

# ኣይሁዳዊ

## ነዛ ዓለም ምስ ዚገዝኣ

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ግደ እስራኤል ኣብ መደብ ኣምላኽ እንታይ የስተምህር

ዮኤል ሪቻርድሰን

ትርጉም፡ ኣማን ደስበለ

# ርእይቶ ኣንበብቲ

*ዮኤል ሪቻርድሰን፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ መጽሓፍ ጽሒፉ ኣሎ። ኣንጻር ሱፐርሰሽንዝም ወይ መተካእታዊ ስነ-መለኮት ኣስፊርዎ ዘሎ መጐተታት ጭቡጥን ድልዱልን እዩ። ኣብ መወዳእታ ናይ'ተን መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ጸበባ መዓልታት ዝብለን እዋናት ጽቡቕ ግዝያት ከም ዝመጽእ ተስፋ ኣሎኒ። በዚ ኾይኑ በቲ ግና መሰረታዊ ትሕዝቶ'ዛ መጽሓፍ ሓቅን ቅኑዕን እዩ'ሞ ስለዚ ድንቂ ኣበርክቶ እብል።*

--*ዳንኤል ጃስተር፣* TH. D. TIKKUN INTERNATIONAL, JERUSALEM

*እዛ ዳሕረይቲ መጽሓፍ ናይ ዮኤል፡ ኣዝያ ኣድላይት'ያ እሞ ዕቱብ ክርስትያን ዘበለ የንብባ። ዮኤል፡ ማሕለፍያ ፍልጠቱን ክርስትያናዊ ትግሃቱን ንኹሉ ሰም ክርስቶስ ዝጽውዕ ዘበለ ሰብ ዓብዪ ኣብነት እዩ። ሓደ ነገር ግዳ፡ እዚ መጽሓፍ ዘየናሕሲ ነቐፌታ ክዘንቦ ምኽኣሉ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እዚ ኸኣ ኣብዚ መጽሓፍ ተገሊጹ ዘሎ ዛዕባታት፡ ሕመረት ናይ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ዶክትሪናት እምነት ብምኻኑን ንኹሉ እቲ እንፈልጦ ናይ መወዳእታ ዘመን ኣስተምህሮታትን ዳግመ ግምት ክንገብረሉ ዝቐስብ ስለዝኾነ'ዩ። ብርግጽ ንኹላትና ዓብዪ ኣበርክቶ።*

--*ቻክ ሚዝለር፣* KOINONIA HOUSE

*እዚ መጽሓፍ'ዚ፡ ንኣንባቢ፡ ብዛዕባ ዳግመ ምሕዳስ ህዝቢ ኣይሁድ፡ መሰረታዊ ዝኾነ መጽሓፍ ቅዱሳውን ታሪኻውን ኣፍልጦ ክህቦ'ዩ። ብዘይ'ዚ እውን፡ እቲ ክቡር ታሪኽ ቤተክርስትያን ምስ ጽሕፍቶ እስራኤል እንታይ ምትሕሓዝ ኣለዎ ኬርእየና'ዩ። ሰሃሮን ኣኽብሮትን ዝተመልአ ሓጋዝን ሃናጽን መጽሓፍ።*

--*ኣሸነር ቦስኪ፣* FINAL FRONTIER MINISTRIES, BEERSHEVA, ISRAEL

*ኣብቲ ታሪኽ ቤተክርስትያን እተቐርጸሉ ሽራዕ፡ ብርሃን ዘብርሁ ሓያለይ ጨራታት ኣለዉ። ይኹን ግዳ፡ እዞም ጨራታት'ዚኣቶም ክንዮ'ቲ ዝዋውዓዊ ድሕረ ባይታ እዮም ዝበርሁ ዘለዉ። ብዙሓት ኣህዛብ ኣብ ልዕሊ እቲ ንወዲ ኣምላኽ ዝወለደ ህዝቢ ዘርኣይዎ ጽልእን ድሌት ደምን ንብርሃን ኣምላኽ ኣደብዚዙ፡ ነቲ ንሱ ክገልጾ ዝመጸ መገዲ ፍቕሪ ኣጸልሚትዎ ኣሎ። ኣብዚ መጽሓፍ'ዚ ዮኤል፡ ታሪኻዊ ሱር ናይዚ ጽልኢ'ዚ ከምኡ'ውን ነቲ ኣምላኽ ካብ ጥንቲ ዝሓረዮ ህዝቢ (እስራኤል) ዘለዎ መደብ እንታይ ምኻኑ ገሊጽዎ ኣሎ። እዚ መጽሓፍ'ዚ ብዘንበብካዮ የዒንትኻ ክኽፈትን ነቶም ኣምላኽ መጀመርታ ዝሓረዮምን ከም ምኽሩ ድማ ዝጸውዖምን ህዝቢ ዘሎካ ፍቕሪ ከምቲ ናይ ኣምላኽ ዝበለ ክኸውንን እምነየልካ።*

--*በርት የሊን፣ ፓስተር/ረቢ፣* ROEH ISRAEL – DENVER

*ንእስራኤል - ኣብ ፕረስ፡ ፖለቲካ፡ ዋላ'ውን መድረኻት ሰብከት ከይተረፈ - ቀይዲ ኣልቦ ሃገር ጌርካ ምቕራብ እናገነነ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ እንሆ መንፈስካ ዘሐድስ፡ እምነት ዝሃንጽ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ማእከል ዝገበረን ንነፍሲ ወከፍ ደጊ ኣንባቢ ኸኣ እቲ ዘይልወጥ ልቢ ኣምላኽ ንህዝቡ እንታይ ምኻኑ ኣጸቢቑ ዘረድእን መጽሓፍ።*

--*እስኮት ቮልክ፣* TOGETHER FOR ISRAEL

# ኣይሁዳዊ

ነዛ ዓለም ምስ ዚገዝኣ

# ኣይሁዳዊ

## ነዛ ዓለም ምስ ዚገዝኣ

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ግደ እስራኤል ኣብ
መደብ ኣምላኽ እንታይ የስተምህር

ዮኤል ሪቻርድሰን

# ኣይሁዳዊ ነዛ ዓለም ምስ ዚገዝኣ

መሰል ቅዳሕ © 2015 ብጆኤል ሪቻርድሰን

ኩሉ መሰላት ዝተሓለወ እዩ። ዝኾነ ክፋል ናይዚ መጽሓፍ ብዝኾነ መልክዑ - ብኤሌክትሮኒካዊ፡ መካኒካዊ፡ ፎቶኮፒ፡ ስካኒንግ ወይ ብኻልእ፡ ብዘይ ብጽሑፍ ፍቓድ ካብቲ ኣሕታሚ፡ ወይ ከኣ ንመገምገሚ ተባሂሉ ኣብ ክለሳ ዝጥቀስ ሓጸርቲ ክፍልታት እንተ ዘይኮይኑ፡ ክባዛሕ ኣይፍቀድን።

ብዋይንፕረስ ሚድያ፡ ሊዉድ፡ ካንሳስ እተሓትመ።

ካልእ ምልክት እንተ ዘይተገይሩሉ፡ ኩሉ ጥቕስታት ካብቲ ኣብ 1957 እተሓትመ መጽሓፍ ቅዱስ ቋንቋ ትግርኛ እተወስደ'ዩ።

# እተወፈየ ን . . .

ኣይሁድ፣ ነቶም ዘርኢ ኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን ዝኾኑ ህዝቢ። ተጸናንዑ፣ እንሆ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓይሊ ይመጽእ፡ ብቕልጽሙ ድማ ይገዝእ።።። ዓስቡ ምስኡ ኣሎ፣ ካሕሳኡ ኸኣ ቀቅድሚኡ ይኸይድ።

# መበገሲ ሓሳብ ተርጓሚ

**እዚ ዕዮ'ዚ ብሓልዮት ቤተክርስትያን ሙሉእ ወንጌል ደቡባዊ ምዕራብ ኣስመራ- ኣገልግሎት ትምህርቲ - እተሰናደወ'ዩ። ቤተ ክርስትያን ኣብዚ ዕዮ'ዚ ንዝተሳተፉ እዞም ዝስዕቡ ኣሕዋት ተመስግን፣**

1. **ኣማን ደስበለ** (**ትርጉም**)
2. **ፓስተር ዳዊት ብርሃነ** (**ኣስተራትያ**)
3. **እስቲፋኖስ ፍስሃየ** (**ኣስተራትያን ምድላው መውጽኢ ቃላትን**)



*ሕያዋይ ብጻያይ ፣ ካብ ውሽጢ'ቲ መሪር ፈተና'ኳ ንየሱስ ምኽባር ማለት እንታይ ማለት ምዃኑ ልዕሊ ኹሉ ዝመሃረኒ ሰብ የኰነ።*

*ኤፍሬም ዳኘው*

*1969 - 2022*

# ትሕዝቶ

## መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ግደ እስራኤል ኣብ መደብ ኣምላኽ እንታይ የስተምህር


1 እቲ መጠንቀቕታ፡ ድንቁርናን ትዕቢትን 3

2 ሬስቶሬሽንዝም ወይስ ሱፐርሰሽንዝም 9

3 ኪዳን ኣብርሃም 18

4 ኪዳን ሙሴን ኪዳን ዳዊትን 32

5 ሓዲሽ ኪዳን 37

6 ኣመንቲ ኣህዛብ ነቶም ዘይኣመኑ ኣይሁድ ከመይ ክቐጽሩዎም ይግባእ 56

7 እታ ትመጽእ መንግስቲ ኣምላኽ 63

8 ምሕዳስ መንግስቲ ኣይሁድ 72


## ክልተ ሽሕ ዓመታት ሱፐርሰሽንዝምን ጽልኣት ኣይሁድን


9 ክርስትያናዊ ጽልኢ ኣይሁድ፡ ካብ መፈለምታ ክሳብ ራብዓይ ክፍለ ዘመን 89

10 ክርስትያናዊ ጽልኢ ኣይሁድ፡ ካብ ራብዓይ ክፍለ ዘመን ክሳብ ህልቂት ናዚ 107

11 ሱፐርሰሽንዝምን ጽልኣት ኣይሁድን 125

12 እስላማዊ ሱፐርሰሽንዝም 131

13 ሓዲሽ ክርስትያናዊ ጸረ-ሴማውነት 136


## ዳሕሮት መዓልታትን ፍርዲ ኣህዛብን


14 ትንቢታዊ ዳግመ ምምላስ ኣይሁድ ናብ ምድሮም 151

15 እስራኤል ናይ ምጥፋእ ቍጥዓ ሰይጣን 166

16 ጸበባ ያእቆብ 175

17 ደትሪክ ቦንሆፈር፡ ኮሪ ተን ቡምን ፍርዲ ኣህዛብን 189

መውክኢ [NOTES] 206

መውጽኢ-ቃላት [INDEX] 219

# ምስጋና

በርግጽ ብመጀመርታ ምስጋናይ ዝግብኦ ነቲ ንጉስ ነገስታት፡ ጐይታ ጐይቶት ናፍቖት ልበይ ዝኾነ የሱስ በዓል ናዝሬት'ዩ። ድሕር'ዚ ልዕሊ ክብርቲ በዓልቲ ገዛይ ኤይሚ ዊልሶን ምስጋና ዝወስድ ዘሎ ኣይመስለንን። ከምዚ ዝበለ ዓሚቝ ጽባቖን ሓያል ባህርን ዘለዋ ሰበይቲ ኢኺ'ሞ ብሓቂ ተባሪኸ'የ። እቲ ካብ ጎይታ እትረኽብዮ "ሕራይ፡ ኣታ ሕያዋይ፡ እሙን ባርያ፡" ዝብል ናይ ምስጋና ቃላት ካብቲ እትሓስብዮ ንላዕሊ ክኾነልኪ'ዩ። በታ መዓልቲ'ቲኣ እቲ ኣብ ገጽኪ ዝንበብ ትርኢት ክርእዮ ተስፋይ'ዩ። ኣዝዩ ዜደንቕ ክኸውን እዩ።

ኣብዘን ዝሓለፋ ሒደት ዓመታት፡ ነቶም ዝባረኹኒ ብኣጻብዕ ዝቑጸሩ ፈተውተይ ልዑል ምስጋና ይብጻሕኩም። ብሓቂ ነዛ መጽሓፍ እዚኣ ክውንቲ ጌርኩማ ኢኹም።

ንሳሙኤል ክሎው፡ ፖል ብሌክ፡ ሼን ሜሪዲት፡ ስቲቨን ሆልምስ፡ ጁሊ ሉሚስ፡ ኣሮን ማኤንደል፡ ዳክስ ካብሬራ፡ ኣቨነር ቦስኪ፡ ብሮክ ሆሌት፡ ኒክ ኡቫን ዳን ማካርቲን ነቲ ቀዳማይ ኢደ-ጽሑፍ ርእዮም ርእይቶ ስለ ዝሃቡኒ ምስጋና ይብጻሕኩም።

ኣብ መወዳእታ ንዮሴፍን ኤልሳቤጥ ፋራህን ንዝገበርኩምለይ ደገፍ ዓብዪ ምስጋናይ ክገልጽ እደሊ። ምስጋና ንመላእ ጋንታ ዎርልድ ኔት ደይሊ እውን። ምስጋና ንዳይረክተር ኣዳላዊ ጀፍ ስቶን፡ ስለ'ቲ ኹሉ ስራሕካን፡ ከምኡ'ውን ኣብቲ ኢደ-ጽሑፍ ዝሃብካዮ ርእይቶን ምኽርን። ምስጋና ንኣዳለውተይ ንሬኒ ቻቨዝን ኬልሲ ዋይትድን። ስለ'ቲ ዝገበርኩሞ ዓስብኹም ኣብ ሰማይ ዓብዪ እዩ! ንማርክ ካሪስ ንድፊ ገበር ስለዝሰርሓለይ ምስጋና ይብጽሓዮ። ኩሉ ግዜ ስራሕካ ኣዝየ እየ ዝፈትዎ። ምስጋና ንኣተሓባበርቲ ዕዳጋ ማይክል ቶምፕሰንን ኣማንዳ ፕሪቨትን። ምስኣ ምስራሕ ዘብህግ ከመይ ዝበለት ዓባይ ጋንታ እያ ዘላትኩም። ደጊመ የቐንየለይ ብዙሕ በረኸት ንኹልኻትኩም።

# ክፍሊ ሓደ

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ግደ እስራኤል ኣብ መደብ ኣምላኽ እንታይ የስተምህር

# ፩

## እቲ መጠንቀቕታ፡ ድንቁርናን ትዕቢትን

- - - - - - ◆ - - - - - -

እቲ ዓብዩ ናይ ኪኒሻ ተሃድሶ መራሒ ዝነበረ ማርቲን ሉተር፡ ሰለስተ ዓመት ቅድሚ ሞቱ ኣብ 1546 ዓ.ም.፥ ***ብዛዕባ ኣይሁድን ሓሶቶምን*** ዝብል ጸረ-ኣይሁዳዊ ድርሳን ጽሒፉ ነይሩ። ቅድሚኡ፡ ኣብ መላእ ኤውሮጳ ዝነበሩ ክርስትያን ንልዕሊ ሽሕ ዓመት፡ ነቶም ኣብ ማእከሎም ዚነብሩ ኣይሁድ ብኸመይ ኪሕዝዎም ከም ዘለዎም ኣብ ንሓድሕዶም ይካትዑ ነበሩ። ብግዜ ሉተር፡ ዝነበሩ ፍሉጣት ሰባቲ ነዚ "ናይ ኣይሁድ ጸገም" ውዱእ ፍታሕ ክግበረሉ ይጽውዑ ነበሩ። ሉተር ከኣ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ንጹር ብዝኾነ ቃላት ናቱ መፍትሒ ኣቕረበ። ናቱ ቃላት ንባዕሉ ክዛረብ ክፈቕድ'የ፣

> *እሞ'ኸ ደኣ ንሕና ክርስትያን ብዛዕባ'ዚ ርጉምን ፍንፉንን ዝኾነ ዓሌት ኣይሁድ እንታይ ንግበር፧ . . . መጀመርታ ቤት ጸሎቶም ብሓዊ ይንደድ፣ እቲ ብሓዊ ዘይተቓጸለ ድማ ኣብ ሓመድ ይቀበር። በዚ ኸምዚ ድማ ማንም ሰብ ሓንቲ ጸጸር ወይ እምኒ ናይ ምኩራባቶም ከምዘይርኢ ይኹን። እዚ ድማ ኣምላኽ ንሕና ክርስትያን ምኳንና ምእንቲ ክርኢ ንኽብሪ ኣምላኽን ንክብሪ ክርስትናን ክግበር ይግባእ . . .*
>
> *ካልኣይ ድማ ኣባይቶም ብተመሳሳሊ ክፈርስን ክዓኑን ይግባእ። ኣብኡ ድማ ከምቲ ኣብ ምኩራባቶም ዝገብርዎ ይፍጽሙ እዮም እሞ። በዚ ምኽንያት እዚ ከም ጂፕሲ ኣብ ትሕቲ ሓደ ናሕሲ ወይ ኣብ ጋጽ ናይ ኣፍራስ ክቕመጡ ይግባእ ነይሩ። ከምቲ ዝምክሑዎ ኣብ ምድርና ጎይቶት ዘይኮኑስ ሕሱራት ምሩኻት ምኳኖም ኣጸቢቖም ይፍለጡ።*
>
> *ሳልሳይ፡ ነቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣምልኾ ጣኦት፡ ሓሶት፡ መርገምን ጸርፍን ዝምሃሩሉ መጻሕፍቲ ጸሎቶምን ታልሙዳቶምን ክሕረሙ ይግባእ . . .*

*ራብዓይ፡ ረቢታቶም ካብዚ ንላዕሊ ንኺይምህሩ ብምፍርራህ ሞት ክኽልክሉ ኣለዎም።*

*ንምጥቕላል ኣብ ዓድታትኩም ኣይሁድ ዘለዉኹም፡ ክቡራን መሳፍንትን መኳንንትን ከበርቴታትን፡ እዚ ምኽረይ ዘይጥዕመኩም እንተኾይኑ፡ ንስኻትኩምን ንሕናን ኩላትና ካብዞም ዘይጽወሩ ዲያብሎሳዊ ሸኽሚ (ኣይሁድ) ነጻ እንኾነሉ ዝሓሸ መገዲ ድለዩ። ንክርስትያን፡ ድሕሪ ድያብሎስ፡ ከም ኣይሁድ ዝበለ ርኹስን መሪርን ጸላኢ የብሉን።*[1]

መብዛሕትኦም ክርስትያን ናይ ሉተር ቃላት ንመጀመርታ ግዜ ከንብብዎ ከለዉ ይሰንብዱ እዮም። እቲ ዘሕዝን ግና፡ ጸኒሕና ከም እንርእዮ፡ ሉተር ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ዝነበሮ ጽልእን ግህሰትን ኣብ በይኑ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ብዙሓት ፍሉጣት ክርስትያን መራሕቲ ዝነበረ'ዩ። እወ፡ ብሓቂ ኣተሓሳስባኡ ኣብ መብዛሕትኡ ታሪኽ ቤተክርስትያን ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ዝነበረ ኣተሓሳስባ'ዩ ነይሩ።

እቲ ዘሕዝን ድማ፡ ሉተር ነዚ ካብ ዝጸሓፈሉ ኣስታት ሓሙሽተ ሚእቲ ዓመት ጸኒሑ፡ ኣዶልፍ ሂትለር ኣብ እማመታት ሉተር መሰረት ብምግባር ናይ ገዛእ ርእሱ “ናይ መወዳእታ ፍታሕ” እዩ ዝበሎ ውሳነ ወሲዱ። ከም ውጽኢቱ ድማ ክልተ ሲሶ ካብቶም ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ኤውሮጳ ዝነበሩ ኣስታት ትሽዓተ ሚልዮን ኣይሁድ ሞይቶም።

ከመይ ኢሉ እዩ ነገራት ናብዚ ኹሉ በጺሑ፧ እቲ ንኣይሁዳዊ መሲሕ ኢና እንስዕብ ዝብል እምነት ክርስትና፡ ንኣይሁድ ኣበይ ይርከቡ ብዘየገድስ ዘሳድድ ብኣህዛብ ዝዕብለል ሃይማኖት ከመይ ኢሉ ኾይኑ፧ እቶም ብኣምላኽ እስራኤል ኢና እንኣምን ዝብሉ ክርስትያን ከመይ ኢሎም እዮም ንደቂ እስራኤል ብመሪርን ዕረፍቲ ዘይብሉን ጽልኢ ክጸልእዎም ዝኸኣሉ፧ ነዚ ሕቶ እዚ ንምምላስ፡ በቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮሜ ዝጸሓፎ መልእኽቲ ምዕራፍ 11 ክንጅምር ኣሎና። ኣብዚ ክፍሊ ጳውሎስ ብፍሉይ ነቶም ካብ ወገን ኣህዛብ ዝኾኑ ክርስትያን ሓደ ኣዝዩ ዕቱብ መጠንቀቕታ ጽሒፉሎም ኣሎ። ፈለማ፡ ጳውሎስ ንኣንበብቱ ብዛዕባ እቲ ዝቕጽል ዘሎ ጽውዓን ሕርየትን እስራኤል ብምዝኽኻር፡ ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ (ዋላ'ውን ነቶም ዘይኣምኑ ኣይሁድ ወሲኹ) ከይዕበዩ የጠንቅቖም። ብኻልኣይ፡ ኣህዛብ ኣመንቲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብዝረኸቡዎ ጸጋ ከይዕበዩ እውን የጠንቅቖም። ኣብ ክንዳኡስ፡ “ክፈርሁ እምበር ከይዕበዩ” ይመኽሮም። እስከ ነቲ ጳውሎስ ዝሃቦ መጠንቀቕታ ነንብብ፤

*ኣብቶም ጨነፍር ኣይትከበር።* እንተተኸበርካ ግና፡ እቲ ሱር እዩ ንዓኻ ጸይሩካ ዘሎ እምበር፡ ነቲ ሱር ንስኻ ኣይኮንካን ጸይርካዮ ዘሎኻ። ምናልባሽ ንስኻ፡ ኣነ ምእንቲ ኽትከል እዮም እቶም ጨነፍር እተሰብሩ፡ ትብል ትኸውን። ጽቡቕ፡ ንሳቶም ሰኣን ምእማኖም ተሰብሩ፡ ንስኻ ግና ሳላ ዝኣመንካ ደው ኢልካ ኣሎኻ። *ፍራህ ደኣ እምበር*

*ብልብኻ ኣይትተዓበ። ኣምላኽ ነቶም ካብ ባህርዮም ጨነፍር ዘነበሩ ካብ ዘይነሓፎም፡ ንዓኻውን ኣይክንሕፈካን እዩ። እምብኣርሲ ናይ ኣምላኽ ለውሃትን ጭከናን ተመልከት፡ ኣብቶም ዝወደቑ ጭከናኡ፡ ንኣኻ ግና፡ ኣብቲ ለውሃቱ እንተጸናዕካ፡ ለውሃት ኣምላኽ። ንተዘይኮነስ ንስኻውን ክትቁረጽ ኢኻ።* (ሮሜ11፡18-22)

እዚ ረዚን ብህለት እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ኣመንቲ ኣህዛብ ብዛዕባ ዘይኣመንቲ እስራኤል ሓበሬታን ትሕትናን እንተ ዘይብሎም ካብ ኣምላኽ "ከቍርጾም" ይኽእል እዩ። ጳውሎስ ኣብዚ ዝተጠቐመሉ ቃል ብግሪኽኛ ekkoptō ዝብል እዩ። ዮሓንስ መጥምቕ ነቶም ናብኡ ክጥመቑ ዝመጹ ከጠንቅቕ ከሎ ዝተጠቐመሉ ሓደ ቃል እዩ፡ "ካብ ብሕጂ እኳ ማሕጸ ናብቲ ጕንዲ ኦም ተነቢሩ ኣሎ፡ እምበኣርሲ ጽቡቕ ፍረ ዘይፈሪ ዘበለ ኹሉ ኦም ይቍረጽ፡ ናብ ሓዊ ድማ ይድርበ፡" (ማቴ3፡10)። ኣብታ ናብ እምነት መጺአ ህይወተይ ንየሱስ ኣሕሊፈ ዝሃብኩላ ለይቲ፡ በዘን ቃላት እዚኣተን እዩ ጕይታ ብዛዕባ ሓጢኣተይ ዝረትዓኒ፣ እንተ ዘይተነሲሐ ዘለኣለማዊ ዕድለይ ኣብ ሲኦል ከም ዝኸውን ኣጸቢቓን ዘርኣያኒ ቃላት እየን ነይረን። ስለዚ ጳውሎስ፣ ኣህዛብ ኣመንቲ "ጭካነ ኣምላኽ" ከለልዩን ክፈልጡን ምጽዋዑ ዘገርም ኣይኮነን። የሱስ እውን ብተመሳሳሊ ኣብ ስብከቱ ነዚ ቃል'ዚ ተጠቒምሉ ኣሎ፣ "ጽቡቕ ፍረ ዘይፈሪ ዘበለ ኹሉ ኦም ይቘረጽ፡ ናብ ሓዊ ድማ ይድርበ፡" (ማቴ7፡19)።

ሎሚ፡ ክልተ ሽሕ ዓመት ንድሕሪት ተመሊስና ነቲ ጳውሎስ ዝሃቦ መጠንቀቕታ ክንርእዮ ከለና፡ ብኡንብኡ ሓደ ዘስካሕክሕ ክውንነት ንዕዘብ። ኣብታ ኣብ ኩሉ ታሪኻ ብኣህዛብ እተዓብለለት ቤተክርስትያን፡ መብዛሕትኦም ኣመንቲ ንመጠንቀቕታታት ጳውሎስ ፍጹም ሸለል ኢሎምዎ እዮም። ካብተን ቀዳሞት መዓልታት ክርስትና ጀሚሩ፡ ብዙሓት መእመን ቤተክርስትያን፡ ካብ ላዕሊ ክሳዕ ታሕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ዘይኣመንቲ ኣይሁድ ኣብ ግጉይ ሓሳባትን ትዕቢትን ወዲቖም ኣለዉ። ብዛዕባ መብጽዓታት ኣምላኽን ተራ እስራኤል ኣብ መደቡን ክንደይ ቀልጢፎም ረሲዖምዎ! ውጽኢቱ ድማ ኣዝዩ ዘስካሕክሕ ኮይኑ ኣሎ።

ቤተክርስትያን ብዛዕባ ተራ እስራኤል ኣብ ውጥን ኣምላኽ ብሰንኪ ዘይምፍላጥ፡ መብዛሕትኡ ክፋል ቤተክርስትያን ብዛዕባ ኣፈጻጽማ ትንቢት ብዝምልከት ኣብ ዓሚቝ ዑረት ወዲቖ ኣሎ። ብዙሓት ክርስትያን ብዛዕባ'ቲ "ደቂ ይሳኮር" ዝብል ኣብ 1ዜና12፡32 ተጠቒሱ ዘሎ ሓሳባት ሰሚዖም ኣለዉ። መጽሓፍ ቅዱስ እዞም ሰባት'ዚኣቶም "እስራኤል እንታይ ኪገብር ከም ዚግብእ ዚፈልጡ፡ ምስትውዓል ዘመናት ዝነበሮምን" ከምዝነበሩ ይነግረና። ሎሚ ቤተክርስትያን ምርዳእ ግዜን ዘመናትን ከምኡ ኸኣ ብግቡእ መልሲ ናይ ምሃብ ክእለትን ኣዝዩ የድልያ ኣሎ። ነብያትን ሃዋርያትን ከምዚ ዝበለ ዓሚቝ ህያብ ሂቦምና እዮም፣ ቃላቶም፡ ንመጻኢ እንታይ ከምዘጋጥም ብዝምልከት ኣዝዩ ብዙሕ ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ። ኣብ ምሉእ ገጻት ቅዱሳት መጻሕፍቲ፡ ብዛዕባ መጻኢና

ብዝምልከት፡ ብኣምላኽ ዝተገልጸ ናይ ግዜ መስመር ብዓብዪ ዝርዝር ተቐሚጡ ኣሎ። ግዜ ምርዳእን ኣብዚ ናይ ግዜ መስመር ኣበይ ከምዘለና ምፍላጥን ንቤተክርስትያን መለኮታዊ ተልእኾኣ ክትፍጽም ኣብ እትጽዕረሉ ዘላ እዋን ዓብዩ ስትራተጂካዊ ረብሓ ኣለዎ። ይኹን'ምበር ቤተክርስትያን ነቲ ኣብ ዙርያ ምድርን ህዝብን እስራኤል ዝዘውር መስመር ግዜ ከተለልዮ ምስ ዘይትኽእል ቀልጢፋ ካብዚ ተልእኾ ትጥምዝዝ፣ ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ልዕሊ ራእይ ቤተክርስትያን ረጕድ ግመ ድንቍርና ይፍጠር። ሎሚ ቤተክርስትያን ዘላቶ ኩነታት ከምዚ እዩ። እዚ መስመር ግዜ እዚ፡ እወ እቲ ጕይታ ንህዝቡ ዝሃቦ ዓብዩ ስትራተጂካዊ ንድፊ፡ ብመሰረቱ ተጓሒፉ፡ ብጌጋ ትምህርቲ ኣህዛብ ዝዕብለል ቤተክርስትያን ተጕቢኡ ኣሎ። ብዙሓት ኣመንቲ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ትንቢታዊ መስመር ግዜ ኣምላኽ ኣበይ ኮፍ ኢሎም ከምዘለዉ ኣይፈልጡን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ከምዚ ዝበለ ንጹር ናይ ግዜ መስመር ከይተረፈ ኣሎ ዝብል ሓሳብ ይነጽግዎ። ቤተክርስትያን ንሓዋሩ ነዚ ግመ ድንቍርና ኣልያ፡ ነቲ ኣብ ቅድመኣ ዘሎ ጸልማት መዓልታት ንምስዓር ትንቢታዊ መንፈስ ዳግማይ ክትረክብ እንተኾይና፡ ብኣጋኡ ነቶም ሰሊኾም ዝኣተዉ ናይ ሓሶት ትምህርትታት ከተለልዮምን ክትነጽጎምን ኣለዋ። እዚ መስርሕ ምንጻህ እዚ ንእስራኤል ከም ትንቢታዊት ናይ ግዜ ሰሌዳ ኣፍልጦ ብምሃብ ክጅምር ኣለዎ። እዛ መጽሓፍ እዚኣ ንዝኾነ ነቲ ጕዳይ ተገዲሱ ቀላሕታ ክህቦ ፍቓደኛ ዝኾነ፡ ነዚ ምርዳእ ከተሕድረሉን ንኣስታት ክልተ ሽሕ ዓመት ዝጸንሐ ምድንጋር ከተጽርዮን ዓሚቚ ተስፋይ እዩ።

ቤተክርስትያን ብዛዕባ እስራኤል ዘለዋ ድንቍርና ዘኸተሎ ካልእ ኣሉታዊ ሳዕቤን እንተሎ ነቲ ምሉእ መልእኽቲ ናይ ወንጌል ብትኽክል ከተመሓላልፎ ዘይምኽኣላ እዩ። ብፍላይ'ኳ ንህዝቢ ኣይሁድ። ዝበዝሑ ክርስትያን ንወንጌል ኣዝዩ ድሩት ብዝኾነ መግለጺ ይሓጽርዎ ኣለዉ፣ እዚ ኸኣ "ሓደ መዓልቲ ምስ ሞትካ ንዘልኣለም ኣብ መንግስተ ሰማይ መታን ክትነብር'ዩ የሱስ ስሌኻ ኣብ መስቀል እተሰቕለ፣" ዝብል ቁንጣሮ መግለጺ'ዩ። እቲ ሓቂ ግና፡ እቲ ብየሱስን ብሃዋርያትን እተነግረ ወንጌል ክንየ እዚ ኣዝዩ ዝኸይድ'ዩ። እቲ ምሉእ ወንጌል፡ ካብ ፍጥረት ኣምላኽ ክሳብ እቶም ዓበይቲ ኪዳናት እግዚኣብሔር ክሳብ ሞትን ትንሳኤን ናይቲ መሲሕ ክሳብ ንምድሪ ክፈርድን መንግስቲ እስራኤል ኬቕውምን ዳግም ምምላሱ ዘጠቓልል'ዩ። እዚ ኩሉ ነገራትን ካልእ ብዙሕን'ውን ሕመረታዊ ኣካል ናይ ወንጌል እዩ። ቤተክርስትያን ንዝኾነ ይኹን ኣይሁዳዊ ሸንኻት መልእኽቲ ወንጌል ስለ ዝነከየቶን ዝጸልጸለቶን ግን፡ እቲ ብየሱስን ሃዋርያትን እተኣወጀ ምሉእ መልእኽቲ ተሸራሪፉ ኣሎ። ከምቲ ኣብ ኦርእስቲ ናይዚ መጽሓፍ ተተንቢሁ ዘሎ፡ ዝኾነ ሰብ ዝሰብኮ ወንጌል፡ ኣብ መወዳእታ "ሓደ ኣይሁዳዊ ሰብኣይ ንዓለም ኪገዝኣ ክመጽእ'ዩ" ብዝብል ጽንሰ-ሓሳብ ዘይእሰር እንተኾይኑ፡ እዚ እቲ ምሉእ ወንጌል ሓድሽ ኪዳን ኣይኮነን ማለት እዩ። እንተኾነ ግዳ ሎሚ ዘሎ ወንጌል ናብ ሓደ ሰብ "ክድሕነሉ ጥራይ" ዘኽእል ብዛዕባ'ታ ክትገዝእ እትመጽእ መንግስቲ ዘየውስእ ናብ ዝቐለለ ቀመር ተቐኒሱ ኣሎ። ጴጥሮስን ጳውሎስን እስጢፋኖስን ወንጌል

ኣብ ዝሰብኩሉ ዝነበሩ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ክፍልታት ርእዩ። ንሳቶም ኣብቲ እዋን ነቶም ሰማዕቶም ኣብ ውሽጢ እቲ ዝዓበየ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትረኻ ብምቕማጥ እዮም ዝሰብኩ ነይሮም። እዚ ድማ ኣብ ዘፍጥረት ኣምላኽን ኪዳን ኣምላኽን ታሪኽን መከራን ህዝቢ ኣይሁድ ሱር ብዝሰደደ ትረኻ ስብከቶም ይጅምሩ ነይሮም። ብመዓልቲ ፍርድን ስዒቡ ዝመጽእ መንግስቲ ኣምላኽን ድማ ይዛዝሙ እምበር ስብከቶም ብዛዕባ ሞትን ትንሳኤን የሱስ (ዋላ'ኳ ዝዓበየ ኣርእስቲ ስብከቶም ይንበር) ጥራይ ኣይነበረን። ቤተክርስትያን ነቲ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትረኻ ወንጌል ክሳብ ዘይመለሰቶን ኣብዚ ትረኻ እዚ ቀጻሊ ተራ እስራኤል ክሳብ ዘይፈለጠትን፡ ነቲ ሓቀኛ ወንጌል ብኣድማዕነት ናይ ምትሕልላፍ ዓቕማ - ብፍላይ ድማ ንህዝቢ ኣይሁድ - ብተዛማዲ ድኹም ኮይኑ ክቕጽል እዩ። እዛ መጽሓፍ'ዚኣ ክርስትያን ንወንጌል ኣብቲ ምሉእ ኣይሁዳዊ ሰኹዒ የእትዮም ብዝበለጸ ንኽርድእዎ ክትሕግዞም ተስፋይ'ዩ። ምናልባት ንስኻ ኣይሁዳዊ ምስ እትኸውን የሱስ እቲ መሲሕ ምዃኑ ዘይትኣምን ከአ ምስ እትኸውን ነዚ መጽሓፍ ብምሉኡ እንተ ኣንቢብካዮ ካብቲ እትሓስቦ ንላዕሊ እትሰማማዓሉ ብዙሕ ነገራት ከም እትረክብ ቃል እኣትወልካ።

ሳልሳይ ውጽኢት ናይቲ ቤተክርስትያን ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዘለዋ ድንቁርናን ትዕቢትን ዝፈጠሮ ነገር፡ እቲ ብውልቀ ክርስትያን ጥራይ ዘይኮነስ መብዛሕትኡ ግዜ ብወግዓዊ ደገፍ ቤተክርስትያን ዝተገብረ ዜሰክሕ ደማዊ ታሪኽ ጸረ-ሴማውነት እዩ። ነዚ ሓቂ እዚ ክገጥሙ ትብዓት ዝረኸቡ ሒደት'ዮም። ኮይኑ ግና ብመሰረት ጳውሎስ፡ ቤተክርስትያን ካብዚ ሓጢኣት ኣብ ክንዲ ምንሳሕ፡ ኣብ ድንቁርና ምጽናሕን ነቲ ናይ ብሓቂ እኩይ ተግባራት ምቕጻልን እንተ መሪጻ፡ ኣብ ሓደጋ "ምቑራጽ" ክትኣቱ'ያ። ስለዚ ቤተክርስትያን ብምልኣትን ብጽሕናንን ክትመላለስ እንተኾይና፡ ነዚ መሪር ጸረ-ሴማዊ ሕሉፍ ታሪኻ ብምግጣምን ብምንሳሕን ክትጅምር ኣለዋ። ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ንስሓ ጻውዒት ብቐሊሉ ሰባት ዝቕበልዎ ኣይኮነን። ኣብዛ ሰዓት እዚኣ፡ ናብተን ናይ መወዳእታ መዓልታት ኣብ እንቐርበሉ ዘሎና፡ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ግዴታታት ቤተክርስትያን፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣይሁድ ዝነበራ ነዊሕ ታሪኽ ጽልእን ሕማቕ ኣተሓሕዛን ዓሚቑን ልባዊን ንስሓ ምእታው እዩ። ሱር ናይዚ ሓጢኣት'ዚ፡ ኣብቶም ሎም'ውን ኣብ ቤተክርስትያን ዘለዉ ገለ ፍሉያት ዶክትሪናትን ስነ-መለኮታዊ ትምህርታትን መሰረት ዝገበረ'ዩ። እዚ ግጉይ ሓሳባት እዚ ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን መሰረት ዝገበረ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ኣካል መዋቕር ናይ ከኒሻዊ ተሃድሶ ኮይኑ፡ ዳርጋ ብኹሎም ዓበይትን ፍሉጣትን ተሃድሶኣውያን ኣገልገልቲ ብልቢ ተደጊፉ'ዩ። እዞም ዶክትሪናት እዚኣቶም - ብፍላይ'ኳ ሱፐርሰሽንዝም፡ ፕሪተሪዝምን ኣሚለንያሊዝምን - (እንታይ ምዃኖም ድሒርና ክንርእዮም ኢና) ፡ ብዘይ ዓብዪ ቅልስ ካብ ቤተክርስትያን ሱቕ ኢሎም ዝለቁ ኣይኮኑን።

እቲ ዘጉሂ ግን ቤተክርስትያን ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዘለዋ ትዕቢት ገና ንቕድሚት ዝግለጽ ኣዕናዊ ሳዕቤን'ውን ኣለዎ። እግዚኣብሄር ኣብ ዳሕሮት መዓልታት ንኩሎም ኣህዛብ በቲ ንህዝቢ ኣይሁድ ከመዮ መዳርግቲ ዘይብሉ ዝበጽሖም መከራ - መጽሓፍ

ቅዱስ “ጸበባ ያእቆብ” (ኤር30፡7) - ብምባል ዝገልጾ ብዝህብዎ ምላሽ ክፍትኖምን ክዕዘቦምን እዩ። እቲ ሎሚ ዓለም ክትርእዮ ከላ ዜስካሕክሓ ዘሎ ብዘመነ ናዚ ዝተፈጸመ መቕዘፍቲ ኣይሁድ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብዝሓኦም ክርስትያን መራሕቲ ኤውሮጳ ንኣይሁድ ክረድእዎም ስለ ዘይተበገሱ'ዩ ተፈጺሙ። ንሕና'ውን ኣይሁድ ካልእ ናይ መከራ ግዜ እንተ ኣጋጢምዎም ዝተፈለየ ምላሽ ከም እንህብ እንታይ መረጋገጺ ኣሎና፧ ክሳብ ሕጂ ኣብ ቤተክርስትያን ነቲ ንነዊሕ እዋን እተዓቑረ ግጉይ ትምህርትን ኣተሓሳስባን ንምልላይን ካብ ሱሩ ንምምሓውን ዘድሊ መሪርን ንውሽጢ ዝጥምትን “ናይ ንስሓ ግብሪ” ክገብሩ ቃል ዝኣተዉ ሒደት እዮም። እቶም ጐይታ “መርዓት ዓይኑ” ዝበሎም ህዝቢ (ዘካ 2፡8) ቃልብቓሉ ብሚልዮናት እናተሓርዱ፡ ቤተክርስትያን ሱቕ ኢላ ክትርኢ ካብኡ ሓሊፋ'ውን ክትድግፎ ዝገበረ እዚ ኣረኣእያታት'ዚ እዩ። ኣብተን ዳሕሮት መዓልታት ሰይጣን ብምሉእ ቁጥዐ ኣንጻር እቲ ኣምላኽ ንህዝቢ እስራኤል ንምምላስ ዝሓንጸጾ መደብ ከም ዝትንስእ ቅዱሳት ጽሑፋት ብንጹር ይነግሩ። ብሓጺሩ፡ ቤተክርስትያን ነቲ ኣብ እዋን መቕዘፍቲ ናዚ ብኽምዚ ዝኣመሰለ ሕማቕ መልክዑ ክትፈሽል ዝገበራ ኣተሓሳስባ ኣለሊያ ብዕምቀት እንተ ዘይኣጽሪያቶ፡ መጻኢ ሓጢኣታን ውድቀታን ካብ ዝኾነ ሕሉፍ ታሪኻ ኣዝዩ ክብእስ እዩ። ብርግጽ እዚ ከይከውን እጽሊ። ቤተክርስትያን ካብ ጌጋኣ ክትእረም እጽሊ። እዛ መጽሓፍ እዚኣ ንገሊኦም ብዛዕባ ህዝቢ ኣይሁድ ኣብ ቅድሚ ጐይታ ብትሕትና ክቖሙ ከተበራብርን ኣብ ዝቕጽሉ ጽንኩራት መዓልታት ከም ሰዓብቲ የሱስ ዘለና ሓላፍነት ዝያዳ ከተንቅሕን እያ። እቲ ውሽጣዊ ጸሎተይ፡ እዛ መጽሓፍ ንገሊኣቶም ብዛዕባ ኣይሁድ ዝምልከት ኣብ ቅድሚ ጐይታ ትሕት ክብሉ ከተበራብሮምን ነቲ ኣብዘን ዝቕጽላ ጽንኩራት መዓልታት ክንላበሶ ዝግባኣና ሓላፍነት ከተንቅሓናን እዩ። ብዙሓት ሰባት ነዚ ብዘንበቡ በቲ ድሮ ኣብዚ ጉዳያት እዚ ዘለዎም እምነት ክድልድሉን፡ ዝያዳ ንጹርነትን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅኑዕ ንምግባር ድማ ቀራጽነትን ክረኽቡ ተስፋ እገብር። ካልኦት'ውን ቀዲሞም ብዛዕባ ህዝቢ ኣይሁድ ምስ ቅዱሳት ጽሑፋት ዘይቃዶ መርገጺታቶም መሊሾም ክሓስቡሉን ዳግመ-ግምት ክገብሩሉን ክነቓቕቑ እጽሊ። ምኽንያቱ እዛ መጽሓፍ ክንዮ ስነ-መለኮታዊ ምጕት ልቢ ክትቅይርን ንልምድታትን ኣካይዳን ቤተክርስትያን ክትጸሉ እዩ ድሌተይ። ሓደ ኣንባቢ ጥራይ'ኳ እንተ ተቐይሩን ሓደ ልቢ ብልቢ ኣቦ ንህዝቡ እንተ ተተንኪፉን ነዛ መጽሓፍ ምጽሓፈይ ካብ ዋጋኣ ንላዕሊ ክኾነለይ'ዩ። ሓንቲ ነፍሲ ጥራይ'ኳ መልእኽቲ ናይዚ መጽሓፍ ሰሚዓ ካብቶም ጳውሎስ ናብ “ምቑራጽ” የብጽሑ ዝበሎም እምነታት እንተ ተነሲሓ፡ ሽዑ እዚ ከም ዓብዩ ዓወት ክሓስቦ'የ።

# 2

## ሪስቶሬሽንዝም ወይስ ሱፐርሰሽንዝም

ንዝሓለፉ ክልተ ሚለንያታት፡ እቲ ዝበዝሐ ክፋል ቤተክርስትያን፡ ኣይሁድ፡ ንየሱስ ከም መሲሕ ስለዝነጸግዎ፡ ኣምላኽ ብግዲኡ ንሕብረት እስራኤል ነጺግዎ'ዩ ዝብል ኣረኣእያ ሒዙ'ዩ መጺኡ። ርግጽ'ዩ ገለ ጒጅለ ሞራቭያውያንን ብዙሓት ፒዩሪታውያንን ዝተፈላለዩ ሉተራውያን ፒየቲስትን ናይ መጻኢ ምሕዳስ እስራኤልን ድሕነት ህዝቢ ኣይሁድን ዝደልዩ'ኳ እንተ ነበሩ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ግን እዞም ጒጅለታት እዚኣቶም ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን ውሑዳን እዮም ነይሮም። ሓደ ኣብነት ናይዚ ኣብ 1827 ዓ.ም. ብሓያሎ ጒጅለታት ኣንግሊካውያን ክርስትያን ኣብ ዳብሊን ኣየርላንድ ንዘይወግዓዊ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስን ድራር ጐይታ ምክፋልን ብምባል እተጀመረ'ዩ። እዞም ጒጅለ እዚኣቶም፡ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ መወዳእታ ምንጪ ስልጣኖም ምዃኑ ብምእማን፡ ወግዓዊ ኣኼባታት ከካይዱ ጀመሩ። ኣብ መወዳእታ ድማ ኣሕዋት ፕሊማውስ ተባሂሉ ዝፍለጥ ጒጅለ መስረቱ። እዚ ጒጅለ እዚ፡ ቤተክርስትያን ኣንግሊካን ንብዙሕ ቀዳማይ ትምህርቲ ሃዋርያዊት ቤተክርስትያን ብፍላይ ድማ ብዛዕባ እቲ ቀጻሊ ተራ እስራኤል ኣብ ውጥን እግዚኣብሔርን ናይ መጻኢ ክቡር ምሕዳስ ህዝቢ ኣይሁድን ምቛም መንግስቲ እስራኤልን ዝምልከት ከም ዝገደፈቶ ኣስተምሃረ። እዚ ምንቅስቓስ እዚ ኣብ መወዳእታኡ ውቕያኖስ ኣቋሪጹ ናብ ኣመሪካ ብምኻድ ከም ሓዊ በረኻ ተላብዐ። ድሕሪ ግዜ፡ ዓበይቲ ኽፋላት ህዝበ-ክርስትያን ነቲ እስራኤል ብኣምላኽ ተደርብያ ተነጺጋ'ያ፣ ደጊም ብቤተክርስትያን ተተኪኣ እያ፣ ዝብል ንነዊሕ እዋን ዝጸንሐ ኣረኣእያ ክነጽግዎ ጀመሩ። ድሕሪ ዳግመ-ምቛም ሃገረ እስራኤል ኣብ 1948፡ ቁጽሪ ናይቶም እዚ ዝእምንትኦም ብተዓጻጻፊ እናዓበየ መጺኡ። ኣብዚ ቀረባ እዋናት ግና እቲ ብሉይ ክትዓት እተመልሰ ይመስል፣ ክሳዕ ምምላስ የሱስ ዝኸውን ድማ እዚ ክትዓት ፈኺም ከምዝብል ርግጽ'ዩ። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ብሕጽር ዝበለ ናይዚ ዝጋጮ ክልተ ደምበታት-ኣረኣእያ ከብርሆ ክፍትን'የ።

## ***<u>ደምበ ረስቶረሽንዝም</u>***

*ቅድሚ መሰረታውያን ኣዕኑድ "ረስቶረሽንዝም" ምግላጸይ፡ እዚ ደምበ እዚ ንመጽሓፍ ቅዱስ ብኸመይ ከም ዝርእዮን ከም ዝትርጉሞን ምግላጽ ኣገዳሲ እዩ። ረስቶረሽናውያን፡ መጽሓፍ ቅዱስ ከምቲ ዘለዎ ክውሰድ ኣለዎ ብዝብል እምነት እዮም ዝጅምሩ። ቅዱሳት መጻሕፍቲ፡ ቅኑዕን ባህርያዊን ብዝኾነ ኣገባብ ክንበቡ ከምዘለዎም ይጽውዑ። እዚ ማለት ርትዓዊ ብዝኾነ መገዲ ቃልብቓሉ ንመጽሓፍ ቅዱስ ምውሳድ ማለት'ዩ። ረስቶረሽናውያን ገለ ክፋላት መጽሓፍ ቅዱስ ሓድሓደ ግዜ ንምርዳእ ኣሸጋሪ'ኳ እንተኾኑ፡ ብርግጽ ግን ካብቲ ማእከላይ ሰብ ናይ ምንባብን ምርዳእን ዓቕሙ ንላዕሊ ከም ዘይኮኑ ይኣምኑ። ሓደ ሰብ ንመጽሓፍ ቅዱስ ብኸመይ ከም ዝርድኦ ምእንቲ ከስተምህሮ የኔታ ወይ ጉሩ ኣየድልዮን'ዩ። እዚ ማለት ግና ነቲ ኣብ ኣካል ክርስቶስ ዘሎ ኣገዳስነት ኣገልግሎት መምህራንን ዋጋኡ ንምንካይ ኣይኮነን። ብዘይጥርጥር ሓላፍነታውያን መምህራን መጽሓፍ ቅዱስ የድልዩና እዮም። የግዳስ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ንሳቶም ነቲ ተራ ሰብ ምእንቲ ከስተምህርዎ፡ ነቶም ተመራመርቲ ስነ-መለኮት ጥራይ እተገልጸ ኣይኮነን። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ መወዳእታ ንዝኾነ ተራ ኣማኒ ዝተጻሕፈ ኮይኑ፡ ንቃላቱን ዓውደ-ጽሑፉን ትርጉሙን ንምርዳእ ብትግሃትን ብትሕትናን ምንባብ ጥራይ እዩ ዘድሊ። ካብዚ ኣረኣእያ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብምብጋስ ድማ ረስቶረሽናውያን ነዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ዶክትሪናት መወዳእታ ዘመን ይሕዙ፣*

***ዳግመ-ምሕዳስ፥*** እዚ ኣረኣእያ እዚ፡ እግዚኣብሄር በቶም ዓበይቲ ኪዳናት ኣቢሉ ንደቂ እስራኤል ዝሃቦም ተስፋ ገና ከም ዘይተፈጸመ እዩ ዚኣምን። የሱስ ዳግም ምስ ተመልሰ ኩሉ እስራኤል ክድሕን መንግስቲ እስራኤል ድማ ኣብታ ኣምላኽ ንኣብርሃም እተመባጽዓላ ምድሪ ዳግም ከም እትቕውም ይገልጽ። ኣብ መወዳእታ ኸኣ የሱስ ንህዝቢ ኣይሁድ ከም ንጉሶምን ኣብ ኵላ ምድሪ ልዑላን ኰይኑ ኺገዝእ እዩ።

***ፊዩቸሪዝም፥*** እዚ ኣረኣእያ እዚ ነቲ ዝበዝሕ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትንቢታት ንመጻኢ ምስ ምምላስ የሱስን ንእኡ ዝኸበበ ፍጻመታት ከም ዝተሓሓዝ ይገልጽ። እዚ ፍጻመታት'ዚ ከምዚ ዝስዕብ ኣብ ሰለስተ ኽፋፊልና ክንርእዮ ንኽእል፣ (1) ቅድሚ ምምላስ የሱስ ዘጋጥሙ ፍጻመታት። (2) ምምላስ የሱስ ከምኡ'ውን (3) ምትካል ናይ ሽሕ ዓመት መንግስቲ ናይ የሱስ። እዚ ኣረኣእያ'ዚ ኣብ ነብያት፡ የሱስ፡ ሃዋርያት ከምኡ'ውን ቀዳሞት ኣመንቲ ዝነበረ እዩ።

***ቅድመ-ሚለንያሊዝም፥*** እዚ ኣረኣእያ'ዚ፡ ኩሉ እቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ እታ የሱስ ምስ ተመልሰ ኣብዛ ምድሪ እትቐውም መንግስቲ ኣምላኽ ዚገልጽ መግለጺታት ቃልብቓሉ ኪውሰድ ኣለዎ ዚብል ኣረኣእያ እዩ። ጸኒሕና ከም እንርእዮ እዚ ኣረኣእያ'ዚ'ውን ኣብ የሱስን ሃዋርያትን ነብያትን ቀዳሞት ኣመንትን ዝነበረ'ዩ።

ረስቶረሽናውያን፡ መጽሓፍ ቅዱስ ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ ትንቢታት መጽሓፍ ቅዱስ ብመንጽር እዞም ኣብ ላዕሊ እተጠቕሱ ሰለስተ ኣረኣእያታት ምስ እነቋጽሮም ጥራይ ምሉእ ትርጉም ከም ዝህልዎም ይነግሩ። ቤተክርስትያን፡ እስራኤል ዘማእከለ ዳግመ-ሕዳሰኣዊ፡ ፊዩቸሪኣዊ ቅድመ-ሚለንያዊ ርድኢት ኣብ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትንቢታት ኣብ እተጥፍኣሉ እዋን፡ ቀልጢፉ ካብ ናይ ጕይታ ትንቢታዊ ሰሌዳ-ግዜ ትሃጽጽ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብተወሳኺ ብዛዕባ ወንጌል ርድኢት ኣጥፊኣ እቲ ኣብ ምድሪ እተዋህባ ቀንዲ ዕማም ካብ ምፍጻም ትወጽእ። እዚ ኩሉ ነገራት ንቕድሚት እናሰጎምና ብዝኸድና ብሰፊሑ ክንዛተየሉ ኢና።

## ደምበ ሱፐርሰሽንዝም

ዘይከም ኣረኣእያታት ዳግመ-ምሕዳስ፡ ፊዩቸሪዝም፡ ቅድመ-ሚለኒያሊዝምን፡ እዚ ደምበ ኣረኣእያ'ዚ ንቅዱሳት ጽሑፋት ንምርዳእ ዝያዳ ምሳልያዊ (Allegorical) ኣገባብ ክኽተል ዝፍትን'ዩ። ካብዚ ኣረኣእያ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ተበጊሱ፡ እዚ ደምበ ነዞም ዝሰዕቡ ሰለስተ ስነ-መለኮታውያን መርገጺታት ዝሓዘ'ዩ፤

**መተካእታነት ስነ-መለኮት/ ሱፐርሰሽንዝም ፥** እዚ ብተለምዶ "መተካእታዊ ስነ-መለኮት" ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣረኣእያ፡ ቤተክርስትያን ንእስራኤል ከም ህዝቢ ኣምላኽ ከም ዝተክኣቶ ይገልጽ። ብመሰረት እቲ ኣብ 2002 ዓ.ም. እተጻሕፈን ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኖክስ ቲዮሎጂካል ሰሚናር እተዘርግሐን ህቡብ ሰነድ፡ "እቲ ኣምላኽ ንኣብርሃም ዝሃቦ ተስፋታት ርስቲ . . . ንቤተክርስትያን የሱስ ክርስቶስ፡ ንሳ ኸኣ እታ ሓቀኛ እስራኤል እምበር፡ ንዝኾነ ይኹን ፍሉይ ብሄር ዚምልከት ኣይኮነን፣"[2] ይብል። እዚ ዶኩመንት ግኑናት ብዝኾኑ ወንጌላውያን መራሕቲ፡ ፓስቶራትን ፕሮፈሰራትን ተፈሪምሉ።

ከምቲ ፍሉጥ ሱፐርሰሽንስታዊ ተሓላቒ ኣልበርቱስ ፒተርስ ዝገለጾ፡ "እዛ ዘላ ቤተክርስትያን ንሳ ናይ ሓድሽ ኪዳን እስራኤል ብምዃና እዞም 'ኣይሁድ' ኢልና እንጽውዖም ኣጋይሽን፣ ዝተቐርጹ ጨናፍርን እዮም፣ ካብ ዝኾኑ ጕጅለ ኣህዛብ ንላዕሊ ምስ ተስፋታት ይኹን ትንቢታት ምትእስሳር የብሎምን። እቶም ሕጂ 'ኣይሁድ' ተባሂሎም ዝጽውዑ ዘለዉ፡ . . . ዝኾነ . . . ትንቢታዊ ጽሕፍቶ የብሎምን፣ ብዘይካ ምቕጻል ናይቲ ዘሕዝንን መሪርን ሃለዋቶም ተዘይኮይኑ . . . እቲ ዕጹው መጽሓፍ ታሪኽ እስራኤል ዳግማይ ኣይክኽፈትን'ዩ።"[3]

ኩላቶም ዘመናውያን ሱፐርሰሽንስታውያን ኣረኣእያኦም ክገልጹ ከለዉ ከምዚ ደባንን ተሪርን ቃላት'ኳ እንተ ዘይተጠቕሙ፡ ፒተርስ ግን ነቲ ታሪኻዊ ሱፐርሰሽንስታዊ መርገጺ ኣዝዩ ብልክዕ ገሊጽዎ ኣሎ። ካብዚ መንጽር'ዚ ቤተክርስትያን እታ "ሓዳስ እስራኤል" ስለዝኾነት ወራሲት ኩሉ ነቲ ናይ ቀደም ንእስራኤል እተዋህበ ተስፋታትን በረከታትን (መርገም ዘይብሉ ማለት'ዩ) እያ። እስራኤል ንኣምላኽ ዝነበራ ዘይተኣማንነት ኣዝዩ ጽኑዕ ስለ ዝነበረ ኣብ መወዳእታ ጐይታ ነቲ ኣብ ምሉእ ዘመነ ብሉይ ኪዳን ሒዛቶ

ዝነበረት ፍሉይ ጸዋዕታን ሕርየትን ንሓዋሩ ከም ዝቐንጠጣ ሱፐርሰሽንዝም ይገልጽ። ንሱፐርሰሽንዝም ንምግላጽ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉ ካልኦት ቃላት (ቡቶም ልዝብ ዝበለ ቅዳሕ ሱፐርሰሽንዝም ክፈጥሩ ዝደልዩ ሰባት ዝዘውተር) "ስነ-መለኮት ምልኣት" ወይ "ስነ-መለኮት ምትእትታው" ዝብል'ውን ኣለዉ።

**ፕሪተሪዝም፥** እዚ ኣረኣእያ'ዚ፡ እቲ ዝበዝሕ ክፋል ትንቢታት መጽሓፍ ቅዱስ ድሮ ተፈጺሙ'ዩ ይብል። ፕሪተሪዝም መብዛሕትኦም ብዛዕባ "ዳሕሮት መዓልትታት" ወይ "መወዳእታ ዘመን" ዝዛረቡ ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ፡ ኣብቲ ኣብ ከባቢ 70 ድ.ል.ክ ሮማውያን ለጌዎን ንየሩሳሌምን ቤት መቕደስ ኣይሁድን ኬዕንዉዎ ከለዉ ከም እተፈጸመ ይነግር። ፕሪተራውያን ክንደይ ዝኣክል ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ትንቢታት እዩ ድሮ ተፈጺሙ ዘሎ ብዝብል ኣብ መንጎኦም ኣይሰማምዑን እዮም። ስለዚ ገሊኦም "ከፊላዊ ፕሪተሪዝም" ክቕበሉ እንከለዉ ገሊኦም ድማ ኣብ "ምሉእ ፕሪተሪዝም" ይኣምኑ። ፕሪተሪዝም መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ ኣብ መጻኢ ዝግለጽ "እቲ ዓብዩ ጸበባ"፡ "ጸረ ክርስቶስ"፡ "ምልክት ናይቲ ኣራዊት"፡ "ዓብዩ ክሕደት" ዝብል ኣምራት ወይ ካልእ ብዙሕ ግዜ ምስቲ ቅድሚ ምምላስ የሱስ ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት ዘጋጥም ፍጻመታት ከምዝየለ እዩ ዝገልጽ። እዚኣቶም ኩላቶም ኣብ 70 ድ.ል.ክ. ከም ዝተፈጸሙ ገይሩ ይርእዮም። ወረ "ምሉእ ፕሪተሪዝም" ካብዚ ሓሊፉ ምምላስ የሱስ ብተምሳል ኣብታ ዓመት እቲኣ እዩ ኣጋጢሙ ኣብ ምባል ይበጽሕ። ከምቲ ቅድም ኢልና ዝርኤናዮ ፕሪተሪዝም ምስ ፊዩቸሪዝም ፍጹም ተቓራኒ'ዩ።

**ኣሚለኒያሊዝም፥** ነዚ ኣረኣእያ'ዚ ዝሓዙ ሰባት የሱስ ምስ ተመልሰ ንሽሕ ዓመት (ሚለኒየም) ከም ዝነግስን ኣብ ዙፋን ዳዊት ተቐሚጡ ንኹላ ዓለም ከም ዝገዝኣን ነይሁድ ድማ ነቲ ብመገዲ ኣብርሃም ኣቢሉ ኣምላኽ ዝሃቦም ተስፋታት ከም ዝፍጽመሎም ኣይቕበሉን። ኣሚለኒያሊዝም ነቲ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብዛዕባ እቲ ሽሕ ዓመት እተጠቕሰ ዝተፈላለየ መወከሲታት ኣምሳሌኣዊ ወይ መንፈሳዊ ትርጉም ይህቦ። ስለዚ ድማ ነዚ መወከሲታት ብቐጥታ ምትርጓም ስለዘይከኣል፡ ቤተክርስትያን ድሮ ኣብቲ ናይ ሽሕ ዓመት ዘመነ ንግስትነት ኣላ ይብል። ካብዚ ቁሩብ ፍልይ ዝብል፡ ድሕረ-ሚለንያሊዝም ዝበሃል ኸኣ፡ ቤተክርስትያን ድሕር'ቲ ዓብዩ ጸበባ ናይተን ቀዳሞት ኣርባዕተ ክፍላተ-ዘመን ናብ ናይ ዓወት ዘመን ትሰጋገር ኣላ፡ ቅድሚ የሱስ ምምላሱ ንዓለም በብቑሩብ ትስዕራን ክርስትያን ትገብራን ኣላ ይብል። ክልቲኣቶም ኣረኣእያታት (ኣሚለኒያሊዝምን ድሕረ-ሚለንያሊዝምን) ምስ ቅድመ-ሚለኒያሊዝም ጭውው ዝበለ ተጻራርነት ኣለዎም። ነፍሲ ወከፍ ካብዞም ዶክትሪናዊ ኣረኣእያታት (መተካእታነት፡ ኣሚለኒያሊዝም፡ ፕሪተሪዝም) ምስ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ኣብ ውሽጢ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝተኣሳሰሩ'ኳ እንተኾኑ፡ ብሓቂ ግን ኩሎም ብስነ-መጉታዊ መገዲ ዝተኣሳሰሩን ዘይፈላለዩን ምኽንያም ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ሓደ ሰብ ንሱፐርሰሽንዝም እንተ ደኣ ሒዙ - እሞ ድማ ኣብ ርድኢቱ ወለም ዘለም ዘይብል እንተኾይኑ - ንፕሪተሪዝምን ኣሚለኒያሊዝምን እውን ክሕዝ እዩ። እዞም ትምህርትታት እዚኣቶም ኣዝዮም ዝተኣሳሰሩ

ስለ ዝኾነ፡ ሓዲኦም ምስ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ምስ ዝጋጮ፡ ሰለስቲኦም ብሓባር ከም ዝፈርሱ ምርዳእ እውን ኣገዳሲ እዩ። ሱፐርሰሽንዝም ምስ ፕሪተሪዝምን ኣሚለኒያሊዝምን እንታይ ዝምድና ኣለዎ እስኪ ንርአ።

## ሱፐርሰሽንስታዊ መበቆል ናይ ፕሪተሪዝም


ሓደ ሰብ ከምቲ ሱፐርሰሽንስታዊ ኣረኣእያ ዝብሎ፡ ኣምላኽ ብመሰረቱ ንእስራኤል ካብቲ ከም ሕሩያት ህዝቢ ኣምላኽ ዝነበራ ደረጃ ፈቲሕዋ ዝብል ኣተሓሳስባ እንተ ደኣ ሒዙ፡ ገለ ጕሊሖም ዝረኣዩ ጸገማት ብኡንብኡ ይለዓሉ። ንኣብነት ኩሎም እቶም ቅድሚ ምምላስ የሱስ ዝፍጸሙ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተነግሩ ኩናትን ውግኣትን ብፍሉይ ኣብ ከባቢ የሩሳሌምን እስራኤልን ይፍጸሙ። ንቕድሚት ከም እንርእዮ፡ ሰፊሕ ጥቕስታት ነዚ ሓቂ እዚ ብዕምቈት ይምስክረሉ። እዚ ንሱፐርሰሽንዝም ዘይስገር ጸገም እዩ። ደሓር ከኣ እቶም ብሰይጣን ዝተደረኹ ኣህዛብ ምድሪ፡ ምስታ ድሕሪ ደጊም ምስ ኣምላኽ ዝኾነ ፍሉይ ምትእስሳር ዘይብላ ሃገር እስራኤል ውግእ ክገብሩ እንታይ ትርጉም ኣለዎ፤ ኣምላኽ ምስ እስራኤል ዝነበሮ ርክብ እንተ ወዲኡ፡ ድሕር'ዚ ስለምንታይ'ዩ ሰይጣን ብፍሉይ ንኣኣቶም ዕላማ ገይሩ ከጥፍኦም ዝፍትን፤ ሱፐርሰሽንዝም ሓቂ እንተ ዝኸውን ነይሩ፡ ቁጥዐ ሰይጣን ናብ ክርስትያን ጥራይ እምበር ኣብ እስራኤል ኣይምቐንዐን። እዚ ምስቲ ሕጂ ዘሎ ዓለማዊ ክውንነት ዝጻረር ጥራይ ዘይኮነስ፡ እቲ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝነግርዎ ዛንታ እውን ፈጺሙ ኣይኮነን።

ፕሪተሪዝም ከም ኣግባብ ምትርጓም ቅዱሳት ጽሑፋት መጠን ንሱፐርሰሽንዝም ከተርንዕ ዝመጸ'ዩ። ፕሪተሪዝም ኣብቶም ቅድሚ የሱስ ምምላሱ ዝኽሰቱ ፍጻመታት ግብራዊ ሱፐርሰሽንዝም'ዩ። ፕሪተሪዝም ነቲ ብዛዕባ ናይ መወዳእታ መዓልታት ምትእኽኻብ ኣህዛብ ኣንጻር የሩሳሌም ዝዛረቡ ቅዱሳት ጽሑፋት ዳግመ-ትርጉም ብምሃብ ሙብዛሕትኡ ኣብ 70 ድ.ል.ክ. ሮማውያን ሰራዊት ንየሩሳሌምን ቤት መቕደስን ኬዕንዉዎ ከለዉ ከምተፈጸመ ይነግር። ብመሰረት ሱፐርሰሽንዝም፡ ኣብታ ዓመት እቲኣ ዘጋጠመ ፍጻመታት፡ እግዚኣብሄር ንሕብረት እስራኤል ናይ መወዳእታ ናይ ፍትሕ ኣዋጁ ኣዊጁ ኩሉ ሞገሱ ናብ ቤተክርስትያን ዘሰጋገረሉ ህሞት ኣብ ታሪኽ ምዃኑ ይግለጽ። ዝኾነ መጽሓፍ ወይ ስብከት ናይ ሱፐርሰሽንስታውያን-ፕሪተሪያውያን መምህራን እንተ ርኢኹም ኣብ 70 ዓመተ ምሕረት ኣዝዩ ዝዘጠጠ ኣተኩሮ ከም ዝገብሩ ክትርእዩ ኢኹም፣ በንጻሩ ኣብቲ መጽሓፍ ቅዱስ "ብሩኽ ተስፋ" (ቲቶ2፡13) ዝብሎ ዳግማይ ምጽኣት ናይ ክርስቶስ ወላሓንቲ ትኹረት ኣይገብሩን። ኣብ ክንዲ ነቲ ዝመጽእ ምድሓንን ምሕዳስን እስራኤል ዘጉልሑ (ግብ 1፡6-7፤ ሮሜ 11፡26)፡ ሱፐርሰሽንስታውያን-ፕሪተሪያውያን ምፍታሕን ምፍራስን ሃገር እስራኤል የጉልሑ። በዚ ምኽንያት እዚ፡ ሓደ ሰብ ንሱፐርሰሽንዝም ንምውካስ ክጥቀመሎም ካብ ዝኽእል ዝተፈላለዩ ኣስማት፡ "ናይ ፍትሕ ስነ-መለኮት" እንተ ተበሃለ ፍትሓውን ቅኑዕን ምኾነ።

ክዉንነት ግዳ ነዚ ሱፐርሰሽንስታዊ-ፕሪተሪያዊ ኣረኣእያ ዝደገፎ ኣይመስልን። ካብ 1948 ዓ.ም. ጀሚሮም ነቲ ዘሕፍር ጸገም ተኣምራታዊ ዳግመ-ልደት ሃገረ እስራኤል ክገጥምዎ ተገዲዶም ኣለዉ። ስለዚ ድማ መርገጺኦም ንኽይፈርስ ዘመናዊት ሃገረ እስራኤል ምስ ልኡላውነት ወይ ፍቓድ ኣምላኽ ዝኾነ ርክብ ኣለዋ ዝብል ዝኾነ ይኹን ሓሳብ ክነጽጉ ኣለዎም። እስራኤል ብሓቂ ኣብ ጎኒ እቶም ነዚ ኣረኣእያ እዚ ዝሕዙ እሾኽ ምዃና ዘጠራጥር ኣይኮነን። ነዞም ጉዳያት እዚኣቶም እናቐጸልና ብዝኸድና ብዝያዳ ብዝርዝር ክንድህስሶም ኢና።

## ሱፐርሰሽንስታዊ መበቆል ናይ ኣሚለንያሊዝም

ኣሚለኒያሊም እውን መጒታዊ መቐጸልታ ሱፐርሰሽንዝም'ዩ። ፕሪተሪዝም ኣብቶም ቅድሚ ምምላስ የሱስ ዝመጹ ፍጻመታት ግብራዊ ሱፐርሰሽንዝም ጥራይ ክኸውን ከሎ፡ ኣሚለንያሊዝም ግን ኣብቶም ድሕሪ ምምላስ የሱስ ዝመጹ ፍጻመታት ግብራዊ ሱፐርሰሽንዝም እዩ። እቲ ምኽንያት ሕጂ'ውን ንጹር እዩ። ኩላቶም ነብያት ብኸምዚ ዝኣመሰለ ዓብዪ ዝርዝር ብዛዕባ የሱስ ንጉስ ኣይሁድ ኣብ ዝፋን ዳዊት ኣብ የሩሳሌም ኣብ ልዕሊ ዝተሓደሰት መንግስቲ ኣይሁድ ዝገዝኣሉ እዋን ክዛረቡ እንከለዉ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ክውንነት ግን እስራኤል ንዘልኣለም ብኣምላኽ ኣብ እተነጽገትሉ ሱፐርሰሽንስታዊ ዓለም ፍጹም ቦታ ክህልዎ ኣይክእልን እዩ። እዚ ዝስዕብ ሰንጠረዥ ርክብ ሱፐርሰሽንዝምን ረስቶረሽንዝምን ምስቶም ብስነ-መጒታዊ መገዲ ዝጠልብዎምን ዘፍርይዎምን ተዛመድቲ ዶክትሪናት ዘርኢ እዩ፤




## ሓድሽ ኪዳንዶ ንብሉይ ኪዳን ሓድሽ ትርጉም ይህቦ እዩ፧

ሓደ መሰረታዊ ፍልልይ ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ደምበታት-ኣረኣእያ፡ እቲ ንመጽሓፍ ቅዱስ ዚትርጒሙሉን ኣብ መንጎ ብሉይን ሓድሽን ኪዳን ዘሎ ርክብ ዚርእዩሉን ሓፈሻዊ ኣገባብ እዩ። ከምቲ ኣቐዲሙ እተገልጸ፡ ረስቶረሽንዝም፡ ንመጽሓፍ ቅዱስ ብመሰረት ዝተገልጸሉ ኣገባብን ስርዓትን ብባህርያዊ መገዲ እዩ ዝቐርቦ። ረስቶረሽናውያን፡ ሰባት ንሓድሽ ኪዳን ብግቡእ ንኽርድኡ መጀመርታ ብሉይ ኪዳን ክርድእዎ ከም ዘለዎም ይግንዘቡ።

ሱፐርሰሽንስታዊ ኣተረጓጉማ ግና ንመጽሓፍ ቅዱስ ብግልባጡ እዩ ዝቖርቦ። ካብ ሓድሽ ኪዳን ጀሚሩ ድሕሪኡ ነቲ መበቀላዊ ትርጉም ብሉይ ኪዳን ዳግማይ ንምትርጓም ወይ ምሉእ ብምሉእ ንምኽላስ ይፍትን። ምኽንያቱ ሱፐርሰሽንስታውያን እግዚኣብሄር ምስ ኣይሁድ ዝነበሮ ዝምድና በቲ'ኸዎ'ዩ ብዝብል ኣረኣእያ ስለ ዝጅምሩ፡ ኣብ ምሉእ ብሉይ ኪዳን ንህዝቢ ኣይሁድ ዝተዋህበ ብዙሕ መብጽዓታት ክጥምቱ ከለዉ፡ ምስ ሓድሽ ኪዳን ንጹር ግርጭት ይርእዩ። ነዚ ንምፍታሕ ድማ ምስቲ ሱፐርሰሽንስታናዊ ኣረኣእያኦም ዝጋጮ ዝኾነ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፡ "ምሳሌኣዊ ወይ መንፈሳዊ" ምግባር ዝብል ናይ ግሪኻውያን ኣገባብ ኣተረጓጉማ ይጥቀሙ። ሱፐርሰሽንዝም ኣብ ብሉይ ኪዳን "እስራኤል" ዝብል ኣምር ናይ "ቤተ ክርስትያ" ምሳሌ ምዃኑ ይኣምን። እዚ መስርሕ "ዳግመ ትርጉም" ኣብ ሓያሎ ካልኦት ተዛመድቲ ጉዳያት'ውን የእትዎ። ንኣብነት፥ ከም (1) ምድሪ እስራኤል፡ (2) የሩሳሌም፡ ከምኡውን (3) ቤተ መቕደስ ኣይሁድ ብሓደ ዓይነት ዳግመ-ትርጉም ንቤተክርስትያን ከም ዝውክሉ የስተምህር። ኤን.ቲ.ራይት ዝተባህለ ፍሉጥ ሱፐርሰሽንስታዊ ስነ-መለኮታዊ ምሁር፡ የሱስ ንትርጉም "ምድሪ እስራኤልን" "መንግስቲ ኣምላኽን" ከም ዝቐየረ ዝገልጽ እምነቱ ዝገልጽ ቃላት እስከ ንርአ፣

> [የሱስ] *ንመንግስቲ እስራኤል ንምሕዳስ ዘይኮነስ ኣብ ውሽጢ ካልእ ካብኣ እትዓቢ መንግስቲ ንኽጽንብራ እዩ መጺኡ፣* እዛ *መንግስቲ* እዚኣ *ንኹሉ* ፍጥረት *እትሓቑፍ'ያ።* . . . የሱስ ንኹሉ ኣገልግሎቱ እዛ *መንግስቲ እንታይ ማለት ምዃና ዳግማይ* ብምግላጽ ኣሕለፎ። ብምሳሌኣዊ ቋንቋ ብዛዕባ እዛ *መንግስቲ* እናተዛረበ ግን ከኣ ብ'ሽምዚ ዝኣመሰለ *ሓድሽ ትሕዝቶ* ስለዝኾነ፣ *ንትጽቢታት ኣይሁድ ብሓይሊ ኣፍረሶ።*[4]

ዳልተን ቶማስ ብዛዕባ'ዚ ናይ ራይት ጽሑፍ መብርሂ ክህብ ከሎ፡ ሓደ ካብቲ ጥልቂ ኣጋውል ናይዚ ብህለት ይፈትሕ። ቶማስ ይብል፣

> ብመሰረት ራይት [ተስፋታት ብሉይ ኪዳን] ካብቲ መበቀላዊ ንጥረ ነገር ባዶ ኮይኑ ብኻልእ "ሓድሽ" ነገር "ተመሊኡ" እዩ። እቲ ኣምላኽ ንኣብርሃም ዝኣተወሉ ተስፋ፡ በቲ ዝተኣወጀሉ መገዲ ክፍጸም ኣይተሓሰበን። እንታይ ደኣ ንሱ ዳግማይ ክትርጉም ዘለዎ "ምሳሌኣዊ" ተስፋ'ዩ። እዚ "ዳግመ-ትርጉም" እዚ ኣዝዩ ሱር በተ'ኻዊ ብምዃኑ መጠን ከኣ፡ ንኣሽሓት ዓመታት ኣብ ኣይሁድ ዝጸንሐ "ትጽቢት ምፍጻም" እቲ ዘይልወጥ ቃልን ዕላማን ኣምላኽ "ብሓይሊ ተገላቢጡ"።[5]

ብመሰረት መዝገበ-ቓላት ሜርያም-ዌብስተር፡ ነዚ ዳልተን ቶማስ ተጠቒምሉ ዘሎ "ምግልባጥ" ዝብል ናይ እንግሊዝኛ ቃል "ካብ መሰረቱ ምኽንባል ወይ ምዕላው"[6] ዝብል ትርጉም ኣለዎ። ኣዝዮም ውሑዳት ሱፐርሰሽንስታውያን ነዚ ክእመኑ ዝፈትዉ'ኳ

እንተኾነ፡ እቲ ዝድግፍዎ ኣረኣእያ ግን ብልክዕ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ከምኡ እዩ፤ *ኑቲ ኣምላኽ ኣብ ብሉይ ኪዳን ንህዝቢ ኣይሁድ ዝኣተዎ ተስፋታት ንምኽንባል፡ ንምዕላው፡ ንምግምጣል . . . ዝግበር ጻዕሪ!!* የሱስ ነቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣምላኽ ዝሃቦ ተስፋታት "ክግልብጥ" ከም ዘይመጸ ምግላጽ ዘድልዮ ኣይኮነን። ንሱ መጀመርታ ግዜ ንደቂ ሰባት መተዓረቒ መስዋእቲ ሓጢኣት ክህብ እዩ መጺኡ። ሕጂ ዳግማይ ክምለስ ከሎ ግና ነቲ ንኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን ዳዊትን ዝተኣተወሎም ተስፋታት ካብ ተራ ተስፋታት ናብ ክውንነት ናብ ፍረ ክብጽሖ እዩ ክመጽእ።

ኣብ መንጐ መጻሕፍቲ ብሉይን ሓድሽን ኪዳን መሰረታዊ ሓድነት ከምዘሎ ብጽኑዕ'የ ዝኣምን። ክልቲኣቶም ብጥራሽ ኣይጋጨዉን እዮም። እቲ ንብሉይ ኪዳን ዝደረኸ ኣምላኽ ንሓድሽ ኪዳን እውን ንሱ እዩ ደሪኽዎ። ከምቲ ናይ ቀደም ምስላ "ሓድሽ ኣብ ኣረጊት ተሓቢኡ ኣሎ፤ እቲ ኣረጊት ድማ ኣብቲ ሓድሽ ዝተገልጸ እዩ"። ሓድሽ ኪዳን ንብሉይ ኪዳን የሰፍሖን ዝያዳ ኣብሪሁ ይገልጾን። እዚ ፍጹም ውጹእ ሓቂ እዩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝተኣንፈተ ነገር ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዝያዳ ምሉእ ብምሉእ ተገሊጹ ምባል ግን፡ ሓድሽ ኪዳን ብሓቂ ናይ ብሉይ ኪዳን ተስፋታት እስራኤል ይቕይሮ፡ ይሰርዞ፡ "ዳግማይ ይገልጾ"፡ "ይግልብጦ" ወይ "ይኽምብሎ" ካብ ምባል ኣዝዩ ዝተፈልየ እዩ። ኣብዚ ነጥቢ እዚ ምስቲ ኣብ መበል ዓሰርተው ሸሞንተ ክፍለ ዘመን ዝነበረ ተሃድሶኣዊ ሓተተኛ ጀይ.ሲ.ራይል ምሉእ ብምሉእ ይሰማማዕ'የ። ንሱ ጸገም ሱፐርሰሽንስታዊ ኣገባብ (ዳግማይ) ትርጓሜ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብርጥበት ኣስፊሩዎ ኣሎ። ከምዚ ይብል፡ "ሓደ ዝቃወሞ ነገር እንተ ሃልዩ፡ ብዛዕባ ናይ መጻኢ ፍጻመታት ሃገረ እስራኤል ብዝምልከት ንጹር ቃላት መጽሓፍ ቅዱስ እናሃለወ ከም ምሳሌ ጌርካ ናይ ምቕራብ ልምዲ'ዩ። እዚ ኸኣ ነታ ካብ ወገን ኣህዛብ ዝኾነት ቤተክርስትያን ኣብቲ ትረኻ ንምጥቕላል ምእንቲ ክጥዕም ተባሂሉ ዝግበር ግን ከኣ ነቲ ቀንዲ ትሕዝቶኡ ዝብልል ዘሎ'ዩ። እዚ ልምዲ ብዝኾነ ነገር ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዘይምኽኑይ ምኽኑን፣ ብድሕሪኡ ድማ ነዊሕ ቃፍላይ ናይ እኩይ ሳዕቤን ከምዝስሕብን'የ ዝኣምን"።[7]

እዚ "እኩይ ሳዕቤን" እንታይ ምኳኑ ንቕድሚት ብዝኸድና ክንምርምሮ ኢና። ንሕጂ ግን ስራሕ ዝኾነ ይኹን ሓላፍነታዊ መምህር መጽሓፍ ቅዱስ፡ ንኣመንቲ ትርጉም ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብዝበለጸ ንኽርድእዎ ምሕጋዝ ምኳኑ ንፍለጥ። ነቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ብግልጺ እተጻሕፈ ንምፍራስ፡ ዳግማይ ንምትርጓም ወይ ንምምሕያሽ ኣይኮነን። እስከ ሓንቲ ተወሳኺት ርእይቶ ናይ ጀይ.ሲ. ራይል ብምርኣይ ክንዓጽዎ። ንኹላትና ኣዝዩ ዝምጥን ምዕዶ እዩ፣ ኣብ ብምሉኡ'ዚ መጽሓፍ ድማ ክንሕዞ ዜድልየና ምዕዶ'ውን እዩ፣

> ትንቢት ብሓንቲ ዓይኒ ናይ ምንባብን ምርዳእን ልምዲ ክህልወና ኣለዎ። መጽሓፍ ቅዱስ፡ ያእቆብ፡ እስራኤል፡ ይሁዳ፡ የሩሳሌም ወይ ጽዮን ክብል ከሎ ኩሉ ግዜ ቤተክርስትያን እዩ ዝውክል ዝብል ናይ ቀደም ባህላዊ

> ሓሳብ ንግደፎ። ብዛዕባ ካልኣይ ምጽኣት ክርስቶስ ዝዛረብ ትንቢታት ብምሳሌ ክውሰድ ኣለዎ፣ ብዛዕባ ቀዳማይ ምጽኣት ድማ ቃልብቓሉ ክውሰድ ኣለዎ ምባል'ውን ቅኑዕ ኣይኮነን። እስኪ ፍትሓውያን ንኹን። ኣይሁድ፡ ትንቢት ኢሳያስ ምዕራፍ 53 ቃልብቓሉ ክወስድዎ ንጽበ እንተ ኼንና፡ ንሕና ከኣ ምዕራፋት 54ን 60ን መበል 62ን ቃልብቓሉ ከም ዘወስድናዮ ርግጸኛታት ንኹን።[8]

ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ኣይሁድ ነቲ ኣብ ኢሳይያስ 53 ዘሎ ብዛዕባ ስቓይ ናይቲ መሲሕን ስለ ሓጢኣት ህዝቡ ዝኸፍሎ መስዋእትን ዝዛረብ ትንቢት ቃልብቓሉ ክወስድዎ ንጽበ እንተ ኼንና፡ ከምኡ ድማ ንሕና ብማዕረ ብዛዕባ መጻኢ ምሕዳስ መንግስቲ ኣይሁድ ዝዛረብ ትንቢታት ኢሳይያስ 54፡ 60፡ 62 ቃልብቓሉ ክንወስዶ ኣሎና። ሱፐርሰሽንስታውያን፡ ንኹሉ በረኸታት እስራኤል ንቤተክርስትያን (ንገዛእ ርእሶም) ከም ዝውክል ገይሮም ከቕርብዎ ቅልጡፋት'ዮም። ብዛዕባ ፍርዲ ንእስራኤል - ወይ'ውን መሰማዕታ ናይ ፍርዲ ጥራይ - ኣብ ዘለዎ ክፍሊ ግን ኣይግድን። በዚ መንጽር ሱፐርሰሽንዝም ንመጽሓፍ ቅዱስ ንምትርጓም ኣዝዩ ዘይርጉእ ኣገባብ እዩ።

ኣብ ዝቕጽላ ሰለስተ ምዕራፋት፡ ደምበ-ሱፐርሰሽንዝምን ደምበ-ረስቶረሽንዝምን ነቶም ዓበይቲ ኪዳን ተስፋታት ኣምላኽ ብኽልተ ዘይራኸብ ሱር በተኻዊ መገዲታት ከም ዝትርጉምዎ ክንርኢ ኢና።

# 3

# ኪዳን ኣብርሃም

\- - - - - - ◆ - - - - - -

ሓደ ሰብ ንሓድሽ ኪዳን ኣጸቢቑ ክርድኦ እንተኾይኑ ብመጀመርታ ኣብ ብሉይ ኪዳን ክርድኦም ዜድልዮ መሰረታውያን ኣርእስታት ኣለዉ። ካብዞም ኣርእስታት ብቐዳምነት ዝጥቀስ፡ እቶም ኣርባዕተ ዓበይቲ ኪዳናት ኣምላኽ'ዮም። እዚኣቶም (1) ኣብርሃማዊ ኪዳን፡ (2) ኪዳን ሙሴ፡ (3) ኪዳን ዳዊት፡ (4) ሓድሽ ኪዳን እዮም። እቲ ዝገርም፡ እዞም ኪዳናት መሰረት ናይቲ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትረኻ እኳ እንተኾኑ መብዛሕትኦም ክርስትያን ብዛዕባኣቶም ዝፈልጥዎ ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ቤተክርስትያን ብዛዕባ እዞም ዓበይቲ ኪዳናት ብግቡእ እንተ ትፈልጥ ማለት ዕላማታቶም እንታይ ምዃኑን ኣብ ነንሕድሕዶም ብኸመይ ከም ዝዛመዱን ብኸመይ ከም ዝፈላለዩን፡ ሽዑ ኩሉ እቲ ኣብ መንጎ ረስቶረሽንዝምን ሱፐርሰሽንዝምን ዘሎ ክርክርን ምጉትን ምፈረሰ። በቲ ናይ መጀመርታ ኪዳን ክንጅምር፡ ካልኦት ኪዳናት ኩላቶም ኣብ ልዕሊ'ዚ ኪዳን እዮም ተሃኒጾም።

## <u>ኣምላኽ ዝሃቦ ተስፋ</u>

ምሉእ መደብ ምድሓን ኣምላኽ ካበይ ከም ዝጀመረ ንምርዳእ፡ ኣብ ሓደ ቀሊል ኣበሃህላ ክንጥቕልሎ ንኽእል ኢና። ንሱ ኸኣ "ኣምላኽ ተስፋ ስለዝሃበ'ዩ" ክንብሎ ንኽእል። እዚ ተስፋ እዚ፡ ንገጻት ብሉይን ሓድሽ ኪዳንን ብማዕረ ዝዓብለሎ፡ ሓደ ካብቲ ኣገዳሲን መሰረታውን ቴማታት ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ምዃኑ ንሓደ መጽሓፍ ቅዱስ ዘንብብ ሰብ ብሩህ እዩ። ኣምላኽ ንኣብርሃም ዝሃቦ ኪዳን መበገሲ ናይ ጉይታ ናይ ቤዛነት ዕዮ'ዩ። እዚ ኪዳን'ዚ ታሪኻዊ መፍሰል ድማ'ዩ። ከመይሲ እዚ ኪዳን'ዚ እቲ ቀንዲ ጠንቂ ረቛሒ ናይቲ ሎሚ ኣብ ምድሪ እንኮ ጉሊሑ ዝረአ ዘሎ ዓለማዊ፡ መንፈሳውን ጂኦፖለቲካውን ግጭት እዩ። ብዛዕባ እዚ "ኣብርሃማዊ ኪዳን" ክንፈልጦም ዝግብኣና ሰለስተ ነጥብታት ኣለዉ፣

1. ኣብርሃማዊ ኪዳን ብፍሉይ ንዘርኢ ኣብርሃም፡ ብይስሃቅ፡ ቀጺሉ ድማ ብያእቆብ (ደሓር እስራኤል ዝተባህለ) ዝተዋህበ ተስፋ እዩ።
2. እቲ ቀንዲ ትኹረት እቲ ተስፋ፥ ኣብዛ ምድሪ ንዘሎ ኣዝዩ ፍሉይን ውሱንን ቁራጽ መሬት ዚምልከት እዩ ነይሩ።
3. በዚ ኣብርሃማዊ ኪዳን እተዋህበ ተስፋ፥ ኣብ መስርሕ ዝርከብ፡ ዘይቅየር፡ ዘልኣለማዊ ተስፋ'ዩ።

ሱፐርሰሽንዝም፡ ብዝተፈላለየ ደረጃ ንሓደ ወይ'ውን ንሰለስቲኦም ካብዞም ተጠቒሶም ዘለዉ ባእታታት ናይ ኣብርሃማዊ ኪዳን ከም ዝኽሕድ ክጥቀስ ይግባእ። ጸኒሕና ከም እንርእዮ ግን፡ ብዛዕባ'ዚ ኣርእስታት'ዚ ዚምልከት መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምስክርነት ንጹርን ቅኑዕን ምሉእን እዩ።

## ኣምላኽ ምስ ኣብርሃም ዝኣተዎ ኪዳን

መብዛሕትና እቲ ትረኻ ከም እንፈልጦ፡ ኣምላኽ ንኣብርሃም ካብ ምድሪ ኡር ናይ ከለዳውያን፡ ናይ ሎሚ ዒራቕ ዘላትሉ ቦታ ጸዊዕዎ። ድሕር'ዚ ድሕሪ ገለ ግዜ ኣብርሃም ካብ ምድሪ ኡር ምስ ወጸ፡ "ቓል እግዚኣብሄር ብራእይ ከምዚ ኢሉ ናብ ኣብራም መጸ፡ ኣብራም፡ ኣይትፍራህ፡ ዋልታኻ ኣነ እየ፡ ዓስብኻ ኣዝዩ ኺበዝሕ እዩ፡" (ዘፍ15፡1) ይብለና። ብርግጽ ኣብራም "ኣዝዩ ዓብዩ" ዓስቢ ከም ዝወሃቦ ምስ ሰምዐ፡ ዓስቡ ዘመሓላልፈሉ ወዲ ስለ ዘይነበሮ፡ ከመይ ገይሩ ነዚ ዓስቢ ከም ዝረኽቦ ንኣምላኽ ሓተቶ። ጎይታ ድማ ነቲ ዓስቢ ንሓደ ኣብ ቤቱ ዝርከብ ተራ ኣገልጋሊ ከም ዘይወሃብ፣ ብሓቂ ንገዛእ ስጋኡን ደሙን ዝኾነ ወዱ ከም ዝወሃብ ኣረጋጊጹሉ። "ካብ ከስዔኻ ዝወጸ እዩ ዚወርሰካ፡" (ቁ.4) ይብል። ድሕር'ዚ ኣምላኽ ንኣብራም ናብ ግዳም ኣውጺኡ "ናብ ሰማይ ከምዝጥምት" (ቁ.5) ገበሮ። ከም ዝመስለኒ ኣብታ ለይቲ እቲኣ ሰማይ ብውዕውዕ ድምቀት ዓሰርተታት ሚልዮናት ኣምባሳደራት ተስፋ በሪሂ ነይራ ትኸውን። ይዝከረኒ ቅድሚ ዕስራ ዓመት ኣቢሉ ምስ ቤድዊን ዓረብ ስድራቤት ኣብ ምድረ በዳታት ዮርዳኖስ "ዋዲ ሩም" ኣብ ዝበሃል ከባቢ ንገለ እዋናት ተቐሚጠ ነይረ። እቲ ስም ትርጉሙ "ለሰ ወርሒ" ማለት እዩ። ምኽንያቱ እቲ ዜስተንክር ዝተቐልቀለ ሜሳታቱ ንገጽ ወርሒ ስለ ዝመስል'ዩ። ከምቲ ኣብ ዋዲ ሩም ዝርኤኹዎ ከምኡ ዝኣመሰለ ዘደንቕ መስተንክር ቁጽሪ ከዋኽብቲ ምሉእ ህይወተይ ርእየ ኣይፈልጥን። ኣብኡ ዘለዉ ከዋኽብቲ ከም ሓደ ሓያል ሩባ ኣብ ልዕሊ ገምገምታቱ ብለጕግታ ዝውሕዝ ከምኡ ድማ ብህድኣት ንሰማያት የዕለቕልቕዎ ነይሮም። ኣብራም ኣብታ ለይቲ እቲኣ ዝረኣዮ እውን ካብዚ ዝፍለ ከም ዘይነበረ እግምት። ቁጽሪ ዘይብሎም ከዋኽብቲ ኣብ ልዕሊኡ እናውራሕርሑ ከለዉ፡ እግዚኣብሄር ንኣብራም በሎ፡ "ኣይፋሉን፡ ካብ ከስዔኻ ዝወጸ እዩ ዚወርሰካ እምበር፡ እዝስ ኣይወርሰካን እዩ፣ . . . ንሰማይ ጠምት፡ ምቝጻሮም እትኽእል እንተኾንካ፡ ከዋኽብቲ ቝጸር፡ በሎ። ዘርእኻውን ከምኡ ኪኸውን እዩ፡ በሎ፡" (ቁ.4-5)። መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝነግረና ኣብራም ኣብታ ህሞት ኣምላኽ ውሉድ ከም ዝህቦን ከም ዘብዝሖን

ጥራይ ዘይኮነ ኣሚኑስ ብእግዚኣብሄር ተኣሚኑ፡ ካብ ሕቖኡ ዝወጽእ ውሉድ ኣምላኽ ከም ዝህቦ ድማ ምሉእ ተስፋ ገይሩ። እዚ እምንቶኡ ኣብ ኣምላኽ ድማ "ንጽድቂ ኮይኑ ተቖጺርሉ፣" (ቁ.6)። ነዚ ክፋል እዚ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ምሉእ መልእኽታቱ ድሕነት ብእምነት ከም ዝርከብ ከረድእ ብዙሕ ኣተኩሮ ገይሩ ዝጽሕፈሉ (ሮሜ4፡3 ገላ3፡6)።

ድሕርʼዚ ኣምላኽ ንኣብራም "ሰለስተ ዓመት ዝገበረት ኣርሕን ሰለስተ ዓመት ዝገበረት ጤልን ሰለስተ ዓመት ዝገበረ ድዑልን ምስ እዚ ኸኣ ባሬቶን ርግብን ኣምጽኣለይ፡" (ዘፍ15፡9) ኢሉ ኣዚዝዎ። ኣብርሃም ድማ ከምዝተኣዘዞ ገይሩ። ድሕሪኡ ከምዚ ይብል፡ "ነዚ ኹሉ ኣምጺኡ ድማ ኣብ ፈፍርቂ ቈረጾ፡ ነቲ ፈፍርቂ ኸኣ ንሓድሕዱ ኣመናጺሩ ኣቐመጦ፡ ነተን ኣዕዋፍ ግና ኣይቈረጸንን። ናብቲ ስጋ ድማ ኣሞራታት ወረዱ፡ ኣብራም ግና ይሰጎም ነበረ። ጸሓይ ክትዓርብ ከላ ድማ ንኣብራም ከቢድ ድቃስ ወደቖ . . . ግብ ዝበለ ጸልማት ከኣ ምስ ኰነ፡ እንሆ ድማ ዚተክኽ እቶንን ሃልሃልታ ሓውን ብመንጎ እቲ ቈረርጽ ሐለፈ፡"።

ኩሉ ክርስትያን ክፈልጦ ዘለዎ ኣዝዩ ኣገዳሲ መዳይ ናይዚ ዛንታ፡ ኣምላኽ ጥራይ እዩ ብማእከል እቲ ቀረርጽ ዝሓለፈ። እዚ ኹሉ ኪፍጸም ከሎ፡ ኣብራም ኣብ "ዓሚቝ ድቃስ" ወዲቑ ነይሩ (ቁ.12)። እቲ ፍረ-ነገር እዚ ኣብ መንጎ ክልተ ተወዓዓልቲ ወገናት ዝተገብረ ክልተኣዊ ስምምዕ ኣይነበረን። እግዚኣብሔር ንኣብርሃምን ዘርኡን ዝኣተዎ ኪዳን ሓደ ጕናውን ዘይቅድመ-ኩነታውን ኪዳንʼዩ ነይሩ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ኣብ ተኣማንነት ናይቶም እቲ ተስፋ ዝተኣተወሎም ዘርኢ ኣብርሃም ዝተመርኮሰ ኣይኮነን። ብተወሳኺ፡ ዋላʼኳ እዚ ተስፋታት ብይስሃቕ፡ ድሕሪኡ ድማ ብወዲ ይስሃቕ ዝኾነ ያእቆብ ኣቢሉ እንተ ተመሓላለፈ እቲ ሓቐኛ ወራሲ እዚ ተስፋ የሱስ እቲ መሲሕʼዩ። ኣብርሃም በዚ ወራሲʼዚ እዩ ተስፋ ገይሩ ነይሩ። ብዛዕባ እዚ ንቕድሚት እናሰጎምና ብዝኸድና ብዝያዳ ክንዛተየሉ ኢና። ነዚ "ኪዳን ኣብርሃም" ብምባል እንፈልጦ ኪዳን፡ ኣብ ኣይሁድ "ብሪት በይን ሃቤታሪም" ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ማለት ድማ "ኪዳን ኣብ መንጎ ቊርጽራጽ" ማለት እዩ። ንምኳኑ ኣምላኽ ነቶም እንስሳታት ኣብ ክልተ ቀሪጹ ኣብ መንጎኦም ዝሓለፈሉ ምኽንያት እንታይ እዩ ነይሩ፤ ስለምንታይ እዩ ከምዚ ዝበለ ስእላውን ግብራውን ኣብነት ተጠቒሙ፤

## <u>ኪዳን ኣምላኽ ክሳዕ ሞት</u>

ዋልተር ሲ. ካይዘር ንኡስ፡ ሓደ ካብቶም ኣዝዮም ሕፉራት ዓቃባውያን መምህራን መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳንʼዮም። ዶክተር ካይዘር ልዕሊ ኣርብዓ መጻሕፍቲ ጽሒፎምን የሕቲሞምን፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ትሪኒቲ ኢቫንጀሊካል ዲቪኒቲ ንልዕሊ ዕስራ ዓመት ከም ኣካዳሚያዊ ዲንን ፕሮፌሰርን ብሉይ ኪዳን ኮይኖም ኣገልጊሎም። ድሕሪኡ ድማ ፕረዚደንት ናይ ጎርደን-ኮንዌል ስነ-መለኮታዊ መንበረ ጽጽስና ኮይኖም ኣገልጊሎም። ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብ ስነ-መለኮት ድማ ብኹሉ ዝፍርሁ ክቡር ሰብኣይʼዮም። ስለዚ

ምስ ዶክተር ካይዘር ብዛዕባ ጉዳይ ሱፐርሰሽንዝም/መተካእታዊ ስነ-መለኮትን ኣብርሃማዊ ኪዳንን ካልእ ምስኡ ዝተሓሓዝ ኣርእስቲ ክዛተየሉ ምኽኣለይ ዓብዩ ክብሪ ይሰምዓኒ።

ካብ ገማግም ቀላይ ሚሺጋን ሓደ ማይል ኣብ ዘይመልእ ርሕቀት ናብ ሕርሻ ስድራቤት ካይዘር ምስ በጻሕኩ፡ ምስ በዓልቲ ቤቶም ማርጋሬት ኣብ ቅድሚት በረንዳ ኮፍ ኢሎም እናዕለሉ፡ ናይ ክረምቲ ናይ ኣጋ ግዜ ጸሓይ ጽቡቕ ገይሮም የስተማቕሩ ነበሩ። ኣብቲ መረባ ሓያሎ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለወን ላማታት እናተዘዋወራ ይምእርራ ነበራ። ንሳተን'ውን ንሕርሻ ካይዘር ገዛና'ዩ ዝብላ ዝነበራ ይመስላ።

ናብ ውሽጢ ብዝኣተኹ፡ እመቤት ማርጋሬት ንውልቃዊ ቤተ-መጻሕፍቲ ዶክተር ካይዘር ክርኢ ዓደማኒ። ነቲ መስርዕ ብጽኑዕ ዝተሰርዐ መደርደሪታት መጻሕፍቲ እናተዓዘብኩ ከለኹ፡ እዚ ሰብኣይ ኣብ ዓውዲ መጽናዕቲ ብሉይ ኪዳን ዘሕደሮ ዓሚቕ ጽልዋን ብዛዕባ እቶም ኣብ ትሕቲኡ ኮፍ ኢሎም ኣመና ረብሓ ዝረኸቡ ብዙሓት ተማሃሮ ክሓስብ ጀመርኩ። ዶክተር ካይዘር ኣትዮም፡ ካብቲ መደርደሪታት መሪጾም፡ ሓድሽ ቅዳሕ ናይተን ክልተ ዳሕረዎት መጻሕፍቶም ሃቡኒ። ካብ መንበረ ፕረዚደንትነት ጎርደን-ኮንዌል ጡረታ ወጺኦም፡ ሕጂ ድማ ኣብ ሰማንያታት ዕድሚኦም እኳ እንተ ነበሩ፡ ኣእምሮኦም፡ ብልሓቱን ኣፍራይነቱን ከም ቀደሙ እዩ ነይሩ። ናብ ሳሎኑ ኣቲና ኮፍ በልና።

ነዊሕ ከይጸንሐ ድማ ዕላልና ናብ ጉዳይ ኣብርሃማዊ ኪዳን ተቐየረ። ፍሽኽ እናበሉ ቅልጡፍ ትንፋስ ኣስተንፈሱ ድሕሪኡ ብቐጥታ ናብ ርእሲ እቲ ጉዳይ ብምእታው፡ ነቲ ኣምላኽ ንኣብርሃም መብጽዓኡ ዝኣተወሉ ንጹር "ስእላውን ግብራውን" ኣገባብ ኣመልኪቶም፡ "ኣብ ዘፍጥረት 15፡ ኣብ መንገ እቲ ቍርጽራጽ ዚተመላለሰ ኣምላኽ ባዕሉ እዩ፡ ኣብርሃም ኣይተመላለሰን" በሉኒ። ሰለስተ ዝተቐርጹ እንስሳታት ድሕሪኡ ክልተ ኣዕዋፍ ነበራ። እግዚኣብሄር ድማ ኣብ መንጎ እቶም ቁርጽራጻት እናተመላለሰ ብግብሪ "ኣነ ኣምላኽ ነዚ ቃል ዝኣተኹሉ እንተዘይፈጺመ ከምዞም እንስሳታት ይሙት፡" እዩ ዝብል ዘሎ በሉኒ። ስለዚ ቤተክርስትያን ሎሚ መተካእታዊ ስነ-መለኮት ከተምጽእ ከላ ኣብታ ናይ ኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን ዘርኡን ዝነበረት መንበር ተቐሚጣ፡ ነቲ ኣምላኽ ብርእሱ እናመሓለ ዝሃቦ ተስፋ'ያ ከንቱ ክትገብሮ ትፍትን ዘላ!" ወሰኹ ካይዘር። ንሓጺር እዋን ሱቕ ብምባል ድማ ቀጺሎም፡ "ከም ዝመስለኒ ኣምላኽ ነዚ ክፍጽሞ እዩ" ኢሎም ዛዘሙ።

ጕይታ ነዚ ኪዳን ብኸምዚ ዝበለ ግብራውን ብስእላዊ ኣገባብን ክፍጽሞ ዝመረጸሉ ምኽንያት፡ ንኣብርሃም ዓሚቕን ብዕምቈት ዘጕልሕን መግለጺ ገይሩ ኣጸቢቑ ከረድኦ ስለዝደለየ'ዩ። ናይ ዶ/ር ካይዘር መብርሂ ንኹሉ ናተይ ስምዒት መረጋገጺ ገበረሉ። እግዚኣብሄር ንኣብርሃም ዝሃቦ ተስፋ ክፍጽሞ እዩ ኢልካ ምእማን ማለት፡ ኣብ እሙንነት ኣምላኽ ተስፋ ምግባር ማለት'ዩ። ብቐልል ዝበለ ዘረባ፡ ዝኾነ ክርስትያን ውሉድ ኣብርሃም ክበሃል እንተ ደልዩ፡ ነቲ ኣብርሃም ዝኣመኖ ዘበለ ክኣምን ይግደድ (ሮሜ4፡6,

ገላ3፡7, ከምኡ'ውን 1ጴጥ3፡6 ርአ)። እግዚኣብሄር ከምቲ ዘተስፈዎ "ቃልብቓሉ" ነታ ምድሪ ንዘርኢ ኣብርሃም ክህባ እዩ። እግዚኣብሄር ነቶም ኣብ መንጎ ህዝቢ ኣይሁድ ዘለዉ እሙናት ተረፍ ተስፋታቱ ኣይክፍጽምን እዩ እንተ ኢልና ግን፡ ከመይ ጌርና ኢና ከም ክርስትያን ተመሊስና ብዛዕባ ድሕነትና ኣመልኪትና ንኣምላኽ ንኣምኖ ኢና ክንብል ንኽእል፧ ምስ ዶክተር ካይዘር እሰማማዕ እየ፣ ንስኻትኩም እውን ከምኡ ክትገብሩ ተስፋ እገብር። እግዚኣብሄር ተስፋታቱ ክፍጽም ምኽኑ እኣምን። ንሱ ሓላዊ መብጽዓ፡ ኣዝዩ ድማ ቃሉ ዘኽብር ኣምላኽ'ዩ።

ንምኽኑ ኣምላኽ ንኣብርሃም ዝሃቦ ተስፋ እንታይ እዩ ነይሩ ኢልካ ምሕታት ኣገዳሲ ይመስለኒ። ብልክዕ ኣምላኽ እንታይ ዝብል ናይ ተስፋ ቃል'ዩ ንኣብርሃም ሂብዎ፧ ኣብዚ እዩ ድማ ነቲ ጭቡጥ ቃላቱ ኣዝዩ ብጥንቃቐ ምምርማር ኣገዳሲ ዝኸውን።

__እታ ናይ ተስፋ ምድሪ እንታይ እያ፧__

ኣብ መንጎ እግዚኣብሄርን ኣብርሃምን ዝነበረ ናይ ኪዳን ምትእትታው ወግዒ ምስ ተወደአ። ኣስዒቡ እታ ኣብርሃምን ዘርኡን ክወርስዋ ዘለዎም ምድሪ የርእየ። ዶባት እዛ ናይ ተስፋ ምድሪ ካበይ ናበይ ከም ዝዝርጋሕ ንምእማኑ ብዘጸግም ዝርዝራዊ ልክዕነት እዩ ገሊጽሉ። እዛ ምድሪ ካብዛ ሎሚ ሃገረ እስራኤል ተባሂላ ትጽዋዕ ዘላ ቁራስ መሬት ኣዝዩ ዝዓበየ ስፍሓት ዘጠቓለለት እያ። እታ ኣምላኽ ዘተስፈዎም ምድሪ ከምዚ ትስዕብ'ያ ነይራ፣ ". . . እዛ ምድሪ እዚኣ ኻብ ርባ ግብጺ ኽሳዕ እቲ ዓብዩ ርባ፡ እቲ ርባ ኤፍራጥስ፡ ምድሪ ቄኔውያንን ቄኔዛውያንን ቃድሞናውያንን፡ ሂታውያንን ፈረዛውያንን ሬፋውያንን፡ ኣሞራውያንን፡ ከነኣናውያንን ጊርጋሳውያንን ይቡሳውያንን ንዘርእኻ ክህቦ እየ፡" (ዘፍ15፡18-21)

ብመሰረት'ዚ መግለጺ፡ በዚ ናይ ሎሚ ሃገራውን ተፈጥሮኣውን ምልክታት ብምጥቃም ነዛ "ናይ ተስፋ ምድሪ" ካበይ ናበይ ከም እትዝርጋሕ ክትገልጻ ቀሊል እዩ። ዶባታ ከምዚ ዝስዕብ'ዩ፣

*ሰሜናዊ ምዕራብ ዶብ እታ ምድሪ ተስፋ "ዓብዩ ባሕሪ" ወይ "ምዕራባዊ ባሕሪ" እዩ።* እዚ ብርግጽ ማእከላይ ባሕሪ እዩ (ዘሁ 34፡6፣ ህዝ 47፡20)።


*ደቡባዊ ምዕራብ ዶብ ናይታ ምድሪ ተስፋ "ርባ ግብጺ"* (ብእብራይስጢ፡ ናኻል ሚዝራይም) ተባሂሉ ተገሊጹ ኣሎ። ምሁራን ስነ-መለኮት እዚ ርባ መን'ዩ ብዝብል ክሳብ ሕጂ ተኸፋፊሎም ኣለዉ። ገለ መብርሂታት መጽሓፍ ቅዱስ ዋዲ ኤል-ኣሪሽ ወይ "ርባ ግብጺ" ምኽኑ ይገልጹ። ብርግጽ'ውን ኣብ ዘጽ 23፡31 ህዝ47፡19 ዘለዉ ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ ነዚ ዘረጋግጹ ይመስሉ። ዋዲ ኤል-ኣሪሽ ካብ ደቡባዊ ዶብ ታባ፡ ካብ ዘመናዊት እስራኤላዊት ከተማ ኤይላት ንደቡብ ቁሩብ ዝውሕዝ ኮይኑ፡ ናብ ሰሜን ናብታ ኣብ ባሕሪ ሜዲተራንያን ኮፍ ኢላ እትርከብ ከተማ ኣሪሽ ይዝርጋሕ። እዚ ካብ ምድረበዳ ጋዛ ኣብ ሓውሲ ደሴት ሲናይ ብግምት ኣርብዓ ማይልስ ንምዕራብ ኣቢሉ

ይበጽሕ። ብኻልእ ኣዘራርባ እዚ ማለት እታ ናይ ተስፋ ምድሪ ንዘበዝሐ ክፋል ሓውሲ ደሴት ሲና ኣይተጠቓልልን'ያ ማለት እዩ። ኣብዚ ኣረኣእያ እዚ ግን ገለ ርእሱ ዝኸኣለ ጸገማት ኣለዎ። ስለዚ እቲ ዝያዳ ተኸእሎ ዘለዎ ኣረኣእያ ድማ "ርባ ግብጺ" ዝበሃል እቲ ፔሉስያዊ ቅልጽም ፈለግ ኣባይ እዩ ማለት'ዩ። እዚ ቦታ ኣብዚ ሕጂ እዋን ማይ ዝበሃል ኣይውሕዞን'ዩ ዘሎ። እዚ እንተ ኾይኑ፡ እታ ናይ ተስፋ ምድሪ ዳርጋ ንኹሉ ሓውሲ ደሴት ሲና እተጠቓልል'ያ ማለት'ዩ።

*ሰሜናዊ ዶብ* ናይታ ምድሪ ተስፋ ካብ ማእከላይ ባሕሪ ኣትሒዙ እንተወሓደ ክሳብ ሰሜን ክሳብ ሲዶን (ምናልባት ክሳብ ቤሩት) ናይ ሊባኖስ ይዝርጋሕ፣ ድሕሪኡ ድማ ብሶርያ ኣቢሉ ንምብራኽ ክሳብ ሩባ ኤፍራጥስ ይዝርጋሕ (ዘፍ 15፥18, ዘዳ 11፥24, ህዝ 47፥17, እያሱ 1፥4)።

*ምብራቓዊ ዶብ* እታ ምድሪ ተስፋ፡ ካብ ብሰሜን ካብ ርባ ኤፍራጥስ፡ ብደቡባዊ ምዕራብ ብሶርያ ኣቢሉ፡ ብሸነኽ ምብራቓዊ ባሕሪ ገሊላ፡ (ወይ "ቀላይ ኪነሬት"፡ ሓድሓደ ግዜ "ምብራቓዊ ባሕሪ" ተባሂሉ ተተርጒሙ ኣሎ) ንመብዛሕትኡ ደቡባዊ ሶርያን ንኹሉ በረኻታት ጎላንን ሓዊሱ፡ ካብ ደቡባዊ ጫፍ ባሕሪ ገሊላ፡ መስመራት ዶብ ነቲ ብደቡብ ናብ ምዉት ባሕሪ ዝውሕዝ ፈለግ ዮርዳኖስ ይበጽሕ። (ዘሁ 34፥11–12, ህዝ. 47፥18)።

ኣብ ገሊኡ ብዛዕባ ልክዕነት ዝርዝራት ናይዚ ዶባት ዝዛረብ ክፍልታት ኣዘዮም ዘይተነጸሩ መወከሲ ነጥብታት ኣለዉ፣ ይኹን'ምበር ሓፈሻዊ ፓራመተር ናይታ መሬት ንጹር'ዩ። ዋላ'ኳ ብዙሓት እታ "ምድሪ ተስፋ" ነዛ ዘመናዊት ሃገረ እስራኤል ጥራይ ከም እተጠቓልል እንተ ኣመኑ፡ እቲ ሓቂ ግን እቲ ተስፋ ንሰፊሕ ክፋል ምድረበዳ ሲናይ፡ መብዛሕትኡ ናይ ዘመናዊት ሊባኖስ፡ ሰፊሕ ክፋል ደቡባዊ ሶርያ፡ ሰፊሕ ክፋል ዮርዳኖስ፡ ብምሉኡ ኣኽራን ጎላን፡ ከምኡ'ውን ምዕራባዊ ገማግም ባሕርን ጋዛን የጠቓልል።




ካርታ ናይታ ምድሪ ተስፋ

## መኣስን ኣበይን'ዩ እዚ ተስፋታት ክፍጸም፧

ኣይሁድ ኣብ ታሪኾም ኩሉ፡ ነዛ ኣምላኽ ንኣብርሃም ክህቦ ዘተስፈዎ ምድሪ ብምልእታ ወሪሶማ ከምዘይፈልጡ ንሓደ ኣቀማምጣ መሬት ማእከላይ ምብራቕ ዝፈልጥ ሰብ ርዱእ እዩ። እምበኣር ነዚ ትንቢት እዚ ኺርኢ ኸሎ፡ ዝኾነ ኣማኒ ናብ ኣርባዕተ ኪኸውን ዚኽእል መደምደምታታት እዩ ዝበጽሕ፦

1. ጎይታ ነቲ ዝሃቦ ተስፋ ክፍጽም ኣይከኣለን።
2. ጎይታ ቃልብቓሉ ተስፋታቱ ክሕሉ ሓሲቡ ኣይፈልጥን። እቲ ናይ ምድሪ ተስፋታቱ ኩሉ ግዜ ብመንፈሳዊ መዳይ ክርዳእ ዝዓለመ እዩ ነይሩ፣ ስለዚ ድማ እቲ ንኣብርሃም ዝሃቦ ተስፋ ንምምጻእ ክርስቶስ ዘመልክት ጥራይ እዩ።
3. እቲ ተስፋ ቃልብቓሉ ብመሰረት እቲ ጐይታ ዝሃቦ ቀጥዒ ፈጺሙ ኣይፍጸምን እዩ። ኣብ ክንድኡስ ብመንፈስ ኣብ "መንግስተ ሰማይ" ወይ ኣብታ "ሓዳስ ምድሪ" ዝፍጸም እምበር ምስዚ ዘለናሉ ምድሪ ወይ ምስቲ ኣብቲ ኪዳን ተስፋ ዝተገልጸ ቦታ ቀጥታዊ ምትእስሳር ዘይብሉ እዩ።
4. ጎይታ ዋላ'ኳ ተስፋታቱ ክሳብ ሕጂ ኣይፈጸሞ፡ ዳግማይ ምስ ተመልሰ ግና ቃልብቓሉ ኩሉ መብጽዓታቱ ክፍጽሞ'ዩ።

ካብዞም ኣማራጺታት እቲ እንኮ ዚመስል ተግባራዊ ኣማራጺ እቲ ራብዓይ እዩ። ጎይታ ናይ ሓቂ ሓላዊ ተስፋኡ እዩ ክንብሎ እንተ ኼንና እዚ ጥራይ እዩ እቲ እንኮ ኣማራጺ። ናይ ረስቶረሽንዝም ኣረኣእያ'ዚ እዩ። እዚ ኣረኣእያ እዚ ጥራይ እዩ ጐይታ ኣብ ቃሉን ተስፋኡን እሙን ኣምላኽ ምኳኑ ኣፍልጦ ዝህብ። ስለዚ ኣብ ውሽጢ እቲ ኣብርሃማዊ ኪዳን፡ ኣምላኽ፡ ንህዝቢ ኣይሁድ ዝኣተዎ መብጽዓታት ገና ንመጻኢ ዝፍጸም'ዩ።

## ኣብ ምድሪ ወይስ ኣብ ሰማይ፧

ብዛዕባ እታ ምድሪ ተስፋ ዝምልከት ብብዝሒ ንጹር ተስፋታት ኣምላኽ ክገጥሞም ከሎ፡ ሱፐርሰሽንስታውያን-ኣሚለንየማውያን ቁሩብ ስነ-መለኮታዊ ምትዕጽጻፍ ክፍጽሙ ኣለዎም። ብዙሓት ካብቶም ኣሚለንየማውያን ጐይታ ንዝኾነ ሰብ ዝኾነ ጭቡጥ ምድራዊ መሬት ክህብ መደብ ከምዘይብሉ፣ እንታይ ደኣ ነቶም ወረስቲ ተስፋታት "መንግስተ ሰማይ" ንምሃብ ጥራይ መደብ ከምዘለዎ ይምጉቱ። ሓደ ካብዚኦም "መንግስተ-ሰማያውያን ኣሚለንያውያን" ዝኾነ ንሱፐርሰሽንዝም-ኣሚለንያሊዝምን ብግህዶ ዝድግፍን ኣብ ዊተን ኮለጅ ፕሮፌሰርን ናይ ስነ-መለኮት ምሁርን *ጋሪ ኤም በርጅ* እዩ። በርጅ፡ ኣብታ *የሱስን እታ ምድርን* እትብል መጽሓፉ ነታ ኣብርሃም ብሃንቀውታ ዝጽበያ ዝነበረ ዮሩሳሌም "ሰማያዊት እምበር—ምድራዊት ከተማ ኣይኰነትን" ኢሉ ይጠቅስ።[1] በርጅ ንጉዳዩ ንምድጋፍ እብራውያን 11፡13-16 እናጠቐሰ ከምዚ ይብል፣

> እዚኦም ኵላቶም ነተን ተስፋታት ኣይረኸብወንን፡ ግናኸ ካብ ርሑቕ ርእዮም ተሳለምወን እሞ ***ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ኣጋይሽን ስደተኛታትን***

> ***ምዃኖም እናተኣመኑ፡*** ብእምነት ሞቱ። እቶም ከምዚ ዚብሉ ኸኣ ሃገሮም ከም ዚደልዩ፡ የርእዩ ኣለዉ። *ነታ ዝወጹላ ሃገር ሐሲቦም እንተ ዝኾኑስ፡* ኪምለሱ ጊዜ ነይርዎም። ሕጂ ግና እትሐይሽ፡ ማለት ***ሰማያዊት፡*** ይናፍቑ ኣለዉ፡ ስለዚ ድማ ኣምላኽ፡ ከተማ ኣዳሊውሎም ኣሎ እሞ፡ ኣምላኾም ኪብሃል ብኣታቶም ኣይሐፍርን እዩ።

በርጆ ቅኑዕ ዲዩ ዘሎ፧ እዚ ኽፍሊ'ዚ "ኣብርሃም ሰማያዊት ከተማ ዝናፍቕ ጋሻን ስደተኛን እዩ ነይሩ ኣብዛ ምድሪ" ክብል ከሎ እንታይ ማለት'ዩ። እቲ መልሲ ብሓቂ ኣዝዩ ቀሊል እዩ። ናይ እብራውያን ጸሓፊ፡ የሱስ ዳግማይ ምስ ተመልሰ፡ ነቲ ሕጂ ሰፊኑ ዘሎ ብሓጢኣት ዝተበላሸወ ስርዓታት ከምኡ'ውን ነቶም ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዘመሓድሩን ዝገዝኡን እኩያት ርእሰ-መንግስታት ከጥፍኦምን ናይ ገዛእ ርእሱ መለኮታዊ ምሕደራ ክምስርት ምዃኑን እዩ ዝገልጽ ዘሎ። ነዚ እኩይ ስርዓታት እዚ ምውጋድን ናይ ገዛእ ርእሱ መለኮታዊ መንግስቲ ምምስራትን፡ ነዚ እዩ መጽሓፍ ቅዱስ እቲ ዚመጽእ "ሰማያዊ" መንግስቲ ዝብሎ። ጸሓፊ እብራውያን፡ ብዛዕባ መቓምጦ ናይቲ ዝመጽእ መንግስቲ ዘይኮነስ እንታይነት ናይቲ ዝመጽእ መንግስቲ እዩ ዝዛረብ ዘሎ። ኣይትጋገ፡ የሱስ ነዛ ሕጂ ዘላ ስጋዊት ምድሪ ብሓቂ ኺመልሳን ኪብጀዋን ምዃኑ ቃል ኣምላኽ ኣዝዩ ብንጹር እዩ ዝነግር። ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እዚ ኽሳዕ ክንደይ ብንጹር ከም እተዛረበ እስከ ንርአ።

> ***ሃረርታ ፍጥረት ነቲ ምግላጽ ደቂ ኣምላኽ ይጽበዮ ኣሎ*** እሞ፡ ከምኡ ኸኣ ኣነ ንስቓይ እዚ ዘመንዚ ነቲ ኣባና ኺግለጽ ዚመጽእ ዘሎ ኽብሪ ኸም ዘይመዓራረየ፡ እኣምን ኣሎኹ። ***እቲ ፍጥረት ንኸንቱ ተገዚኡ ኣሎ፡*** ስለቲ ብተስፋ ዘግዝኦ እዩ እምበር፡ ብፍቓዱስ ኣይኮነን እሞ፡ ***እቲ ፍጥረት ንርእሱ ድማ ካብ ባርነት ጥፍኣት ናብ ሓርነት ክብሪ ደቂ ኣምላኽ ሓራ ኺወጽእ እዩ።*** ብዘሎ ***እቲ ፍጥረት ክሳዕ ሕጂ ምሳና ኹይኑ ኸም ዜስቈርቍርን ቅልውላው ከም ዝሐዞን፡ ንፈልጥ ኣሎና*** እሞ፡ ንሱ ጥራይ ከኣ ኣይኮነን፡ ንሕና ብኹርነት መንፈስ ዘሎናውን፡ መሰል ውልድነትና፡ ማለት ***ምድሓን ስጋና፡ እናተጸቤና ብውሽጥና ነስቈርቍር ኣሎና።*** (ሮሜ 8፥19-23)

ብመሰረት ጳውሎስ፡ እዚ ዘሎ *ግኡዛዊ ፍጥረት* የስቀርቍር እዩ ዘሎ። ካብ መግዛእቲ ከንቱነት ወጺኡ ናብቲ ክብሪ ደቂ ኣምላኽ ሓራ ዝኾነሉ ግዜ እናተጸበየ ብኸንቱ ተገዚኡ ኣሎ። ከምቲ ኣብ መንጎ እቲ ሕጂ እንውንኖ ስጋን ድሕሪ ምምላስ የሱስ ክንውንኖም ዝግበኣና ዘይመውት ስጋን ቀጥታዊ ምትእስሳር ዘሎ (1ቆሮ 15፥35-44 ርአ)፡ ኣብ መንጎ እዛ ሕጂ ዘላ ምድርን እታ የሱስ ዝገዝኣን ሓራ ዝገብራን ዝብጀዋን መጻኢት ምድርን እውን ቀጥታዊ ምትእስሳር ኣሎ። ምድሪ ኣብ ትሕቲ ሓድሽ ምሕደራ ክትኣቱ እያ። እቲ ኣረጊት ምድራውን ብሓጢኣት እተበላሸወን ስርዓታት ኣብ ትሕቲ ምሉእ ስልጣንን

ቊጽጽርን ሰማያዊ ንጉስ እናኣተወ ክጠፍእ እዩ። እዚ እዩ ትርጉም ናይታ ኣብርሃም ዝናፍቃ ዝነበረ “ሰማያዊት” ከተማ። እዚ ማለት ብዝኾነ ይኹን መገዲ ርስቲ ኣብርሃም ካብዛ ፕላኔት ወጻኢ ኣብ ካልእ ቦታ ክኸውን'ዩ ማለት ኣይኮነን። ዓቃላት “ንምድሪ ክወርስዋ እዮም” ይብል ቃሉ (ማቴዎስ 5፡5)። እግዚኣብሄር ንዘርኢ ኣብርሃም ኣብ መንጎ ርባ ግብጽን ርባ ኤፍራጥስን ዘሎ ምድሪ ክህቦም ቃል እንተ ኣትይሎም፡ እግዚኣብሄር ኣብ ዝመጽእ ዘመን ልክዕ ከምኡ እዩ ክህቦም።

## ምልዋጥ ቃል ኣምላኽ

ምስ ናይ በርጅ ኣበሃህላ ናይታ “ሰማያዊት መንግስቲ” ዝሰማምዑ ብዙሓት ኣሚለኒያላውያን እንተ ሃለዉ'ኳ፡ ብዙሓት ካልኣት ድማ ብዛዕባ ጸገማት ክላሲካዊ ኣሚለንያሊዝም ዘይሰማምዑ “ምድራውያን ኣሚለንያልያውያን” ዝበሃሉ ኣለዉ። እዚኣቶም እግዚኣብሄር ኣብ ምድሪ ክገዝእ እዩ ኢሎም ይምጉቱ። እቲ ጸገም ግና እታ ንሱ ዝገዝኣ ምድሪ ካብታ ኣብ ቃሉ ንኣብርሃም ዘተስፈዎ ምድሪ ብመሰረቱ ዝተፈልየት ክትከውን እያ ኢሎም ይምጉቱ። ፍሉጥ ፓስተርን ደራስን ሳም ስቶርምስ ኣብታ መንግስትኻ ትምጻእ እትብል መጽሓፉ ብዛዕባ ኣብርሃማዊ ኪዳን ብምጥቃስ ከምዚ ይብል፡ “እዚ ተስፋ እዚ ቃልብቓሉ ከም ዚፍጸም እኣምን እየ፣ ግናኸ ብቐንዱ ኣብ ምድሪ ከነኣን ጥራይ ኣይኩነን ኪፍጸም፡”።[2] እዚ ኣበሃህላ ብዙሕ ኣይተረድኣንን። ሓደ ሰብ ከመይ ኢሉ እዩ እቲ ተስፋታት “ቃልብቓሉ” ኪፍጸም እዩ፣ ግናኸ ካብቲ ኣምላኽ እተዛረቦ መገዲ ብፍጹም እተፈልየ መገዲ እዩ ኪኸውን ዝብል፧ እዚ ግርምቢጥ ኣበሃህላ እዩ። ከም በዓል ስቶርምስ ዝኣመሰሉ ሱፐርሰሸንስታውይን-ኣሚለንያላውያን፡ የሱስ ምስ ተመልሰ፡ ብዘይ ናይ ጣልቃ መሰጋገሪ እዋን ብኡንብኡ ናብቲ “ዘለኣለምነት” ከም እንኣቱ ይኣምኑ። ብመሰረት ስቶርምስ፡ እታ ርስቲ ተስፋ፡ እታ ኣምላኽ ንኣብርሃም ዘተስፈዎ ምድሪ ጥራይ ዘይኮነትስ ካብዛ ሕጂ ዘለናያ ምድሪ ኣዝያ ዝተፈልየት ካልእ ምልእቲ ምድሪ'ያ ኽትከውን። ከምዚ እንተኾይኑ ስለምንታይ ኣምላኽ ኣዝዩ ደቂቕን ዝርዝራውን ዝኾነ ምልክታት ዶብ ተጠቒሙ ነታ መሬት ክሳብ ክንድዚ ብልክዕ ስፍሓታን ዕምቀታን ክገልጻ ኣድለየ፧ እዞም ጕይታ ዝብሎም ዘለዉ ወሰናስን ዶባት እታ ምድሪ ኣብታ ሓዳስ ዓለም ካብ ዘይሃለዉ ንምንታይ ከምኡ ኢሉ ምግላጽ ኣድለየ፧ ንኣብነት ስቶርምስ፡ የሱስ ምስ ተመልሰ ብድሕሪ ደጊም ቃልብቓሉ ባሕሪ ከም ዘይህሉ ይዛረብ። እምበኣር ኣብታ ሓዳስ ምድሪ ባሕሪ ካብ ዘይህሉ ንምንታይ ጐይታ ብፍሉይ “ዓብዪ ባሕሪ” ከም ፍሉይ ዶብ ናይታ ምድሪ ተስፋ ዝጥቀመሉ፧ እዚ ብፍጹም ርትዓዊ ትርጉም የብሉን። ካልእ ሓያሎ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣብነታት ክርአ ይከኣል እዩ። እዚ ሓደ ኣብነት ጥራይ እዩ። ናይ ኣሚለንየማውያን ምስክርነት ግና ብቐሊሉ ምስ መጽሓፍ ቅዱስ ዝሰማማዕ ኣይኮነን። ኣሚለንየማውያን ከምቲ መግለጺኦም እንተኾይኑ፡ ንጐይታ ከም መሽፋፈኒ ቃላት ዚፈቱ ወይ ድማ ከም መታለልን መብጽዓኡ ዝጠልምን ገይሮምም እዮም ዝስእልዎ።

ስቶርምስ ንጉዳዩ ንምክልኻል፡ ነቲ ካልእ ፍሉጥ ሱፐርሰሽንስታዊ-ኣሚለንያማዊ ዝኾነ ጂ.ኬ.ቢል ዝተጠቐመሉ ስነ-ሞጎት ይግባይ ይብል። ቢል ኣብታ *ቤተ መቕደሰን ተልእኾ ማሕበርን* እትብል መጽሓፉ፡ ብዛዕባ ሓደ ኣቦ ብ1900 ዓ.ም. ንንእሽቶ ወዱ ምስ ዓበየን ምስ ተመርዓወን ፈረስን ካሮሲናን ክገዝኣሉ ቃል ዝኣተወሉ ብምግላጽ ይጅምር። ድሕሪ ዓመታት፡ ወዱ ዓብዩን ተመርዕዩን እቲ ኣቦ ግና፡ ብሓቂ ፈረስን ባጎኒን ኣይገዝኣሉን'ዩ፡ ኣብ ክንድኡስ መኪና ይገዝኣሉ። ኣብዚ እዩ ምጥዋይ ናይ ኩሉ ጥዑይ ስነ-መጐት ዝጅምር። ቢል ከምዚ ኢሉ ይቕጽል፣

> ኣብተን ቀዳሞት ዓመታት ትጽቢት፡ እቲ ወዲ ብዛዕባ ፍሉይ ዓቓን ናይታ ካሮሲና፡ ቅርጻን ቀዲኣን፡ ብጽቡቕ ቀርበት ዝተሰርሐ መንበራን ነታ ባጎኒ ዝስሕብ ዓይነት ፈረስን የስተንትን። ምናልባት እቲ ኣቦ ካልእ መኪና እትበሃል ምህዞ ከም እትመጽእ ኣፍልጦ ነይርዎ ይኸውን፡ እንተኾነ ግን ነቲ መብጽዓ ወዱ ክርድኦ ብዝኽእል ቃላት እዩ ዝገልጸሉ። ድሕሪ ዓመታት እቲ ወዲ ምስ ተመርዓወ፡ እቲ ኣቦ ነቶም መጻምድቲ መኪና ይህቦም. . . ከምዚ እንተ ገበረ እቲ ኣቦ "ቃልብቓሉ" መብጽዓኡዶ ፈጺሙ ኣይኩነን፧

ብጥራሽ ኣይፈጸመን። እወ ኣይፈጸመን!! ብዝኾነ ይኹን መገዲ እዚ ከም ምፍጻም መብጻዓኡ ክሕሰብ ኣይክእልን። ካልእ ኣብነት ከካፍለኩም። ንወደይ ብፍሉይ ንኮሎራዶ ስፕሪንግስ ክህቦ ቃል እንተ ኣትየሉ፡ ኣብ ክንድኡ ግን ንብምልእታ ግዝኣት ሞንታና እንተሂበዮ፡ ሽሕ'ኳ ዝዓበየ ህያብ እንተ ሃብኩዎ መብጽዓይ ግና ኣይፈጸምኩን። ንጓለይ ብፍሉይ ናይ 2006 ፎርድ ፎከስ መኪና ክህባ ቃል ኣትየላ፡ ኣብ ክንድኡ ግን ናይ 2014 ማዘራቲ እንተሂበያ፡ ቃልብቓሉ መብጽዓይዶ ፈጺመ'የ፧ ኣይፈጸምኩን። ንሓደ ዘተሰፈኹዎ ነገር ብዝዓበየ ወይ ዝሓሸ ዝበልኩዎ ነገር እንተ ለዊጠዮ፡ ቃልብቓሉ መብጽዓይ ኣይፈጸምኩን። ጐይታ ንዘርኢ ኣብርሃም ኣዝዩ ብፍሉይ ምድሪ ከነኣን "ካብ ሩባ ግብጺን ዓብዩ ባሕሪ ክሳብ ኤፍራጥስን" ቃል እንተ ኣትዩሎም፣ ኣብ ክንድኡ ግን ጠቕሊሉ ካልእ ዓለም እንተሂብዎም ሽዑ ቃልብቓሉ መብጽዓታቱ ኣይፈጸመን። ምስናይዚ ግን ልክዕ እዚ ከምዚ ዓይነት ደጊ ዝመስል ግን ከኣ ስሕተት ዝመልኦ ስነ-ሞጎት እዩ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብቶም ንስነ-መለኮት ሱፐርሰሽንዝም ኣሚለንያሊዝምን ዝድግፉ ሰባት ከም ውሁብ ቅቡል መረዳእታ ኮይኑ ዝውሰድ። ብተወሳኺ፡ ከምቲ ኣሚለንየማውያን ዝገብርዎ ንጹር ትርጉም መብጽዓታት ጐይታ ምቕያር ዋላ'ኳ ዘስካሕክሕ እንተኾነ፡ እቲ ዝገደደ ግን ከምዚ ዝኣመሰለ ስሕተት ዝመልኦ ስነ-ሞጎት ድሕሪ ምጥቃም፡ ድሕሪኡ ነቲ ቀኑዕ ትርጉም ትረኻ መጽሓፍ ቅዱስ ይንዕቕዎ። እንግሊዛዊ ምሁር ስነ-መለኮት ኤን.ቲ.ራይት ብዘይ ቅሬታ ነቲ ቃልብቓሉ ምፍጻም መብጽዓታት ኣምላኽ ምቕባል ዝብል ትርጉም "ዓንጃል ትርጓሜ" ብምባል የላግጸሉ።

**እቲ ተስፋታት ንመን'ዩ ተዋሂቡ፧**

ሕጂ እቲ መብጽዓ ኣበይ ከም ዝፍጸም ካብ ፈለጥና፡ እቲ ተስፋኽ ንመን'ዩ ተዋሂቡ ኢልና ክንሓትት ግቡእ'ዩ፧ ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ፡ እቲ ንኣብርሃም እተዋህቦ ተስፋታት፡ ነቶም ብስጋ ዘርኡ ዝኾኑ ዚምልከት እዩ ነይሩ። እዚ ግን ንኹሎም ዘጠቓልለ ድዩ፧ ኣይፋሉን፡ ከመይሲ፡ ከምቲ ኣብ ዘፍጥረት 25 እተገልጸ፡ ኣብርሃም ብድምር ሸሞንተ ኣወዳት ነበርዎ። ብመሰረት ቅዱሳት መጻሕፍቲ ግን እቲ ተስፋታት ንሓደ ወዱ ይስሃቕ ጥራይ እዩ እተዋህበ (ዘፍጥረት 17፡15-21, 21፡9-13 ርአ)። እግዚኣብሄር ንኣብርሃም ብፍሉይ ነታ ዝተመባጽዓላ ምድሪ ብእኡ ኣቢሉ ዝወርስ እስማኤል ዘይኮነስ ይስሃቕ ከም ዝኾነ ብዘይውልውል እዩ ነጊርዎ። ጸኒሑ እቲ መብጽዓ ናብ ወዲ ይስሃቕ ያእቆብ/እስራኤል (ዘፍጥረት 28፡13 ርአ) ሰጊሩ ናብ ሓዉ ኤሳው ግን ኣይሰገረን። እግዚኣብሄር ንዘርኢ እስማኤል ከም ዘፍቅሮም ንጹር እኳ እንተኾነ፡ ናይ ተስፋ ኪዳን ግና ብያእቆብ ኣቢሉ ንሕብረት እስራኤል ጥራይ እዩ እተዋህበ።

ጉይታ ንኣይሁድ ኣብዚ እዋን'ዚ ተስፋኡ ከምዘየሕደጎም ክእመኑ ዘይፈትዉ ብዙሓት ሱፐርሰሽናውያንን ደገፍቲ ጸረ-እስራኤላዊ ምንቅስቓስን ነቲ ኣብዚ ጉዳያት'ዚ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝምስክርዎ ምስክርነት ክሓብእዎ ወይ ክጥምዝዝዎ ይጽዕሩ። ካርል ሜዳሪስ ዝተባህለ ህቡብ ደራስን ዕሉል ደጋፊ ጸረ-እስራኤላዊ ምንቅስቓስን፡ ጽቡቕ ኣብነት ናይዚ ብመጠኑ ድፍረት ዝመልኦ ኣብ ልዕሊ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝግበር ዘሎ ዕልወት እዩ። ኣብቲ ንሱ ዝጽሕፎ ናቱ ብሎግ፡ "ኣብ እስራኤል ዘለካ መርገጺ እንታይ እዩ?" ተባሂሉ ምስ ተሓተተ፡ ሜዳሪስ ብዘሰንብድ መልሲ "እታ ምድሪ ንዘርኢ ኣብርሃም እያ ተዋሂባ- ዘርኢ ኣብርሃም ድማ ይስሃቕን እስማኤልን እዮም። ስለዚ እዚኣቶም ድማ ክልቲኣቶም ኣብታ ኣምላኽ ንኣብርሃም ብተስፋ ዝሃቦ ምድሪ ይነብሩ ኣለዉ እሞ ኣምላኽ ነቲ ዝሃቦ ተስፋ ፈጺምዎ እዩ!" ኢሉ'ዩ መሊሱ።[4]

ምስ ካርል ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ተራኺበ'የ። ንሱ ኣዝዩ ተፈታዋይ ሰብእና ዘለዎ በዓል ተረካቢ ዘረባ እዩ። ንየሱስ ከም ዘፍቅሮ ድማ ርግጸኛ እየ። ስነ-መለኮቱ ግና ብሓቂ ሓደገኛ ምኳኑ ብግልጺ ምዝራብይ የሕምመኒ። እቲ ዘሕዝን ግን እዚ ሕጂ ዝጠቐስክዎ ርእይቶ ሓደ ኣብነት ናይቲ ብዙሓት ሱፐርሰሽንስታውያን ንመርገጺኦም ምኽኑይ ንምግባር ዝጥቀሙሉ ምምዝባዕ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምስክርነት ጥራይ እዩ።

ስለዚ ከምቲ ሜዳሪስ ዝብሎ እግዚኣብሄር፡ ንምድሪ እስራኤል ንይስሃቕን ንእስማኤልን ብማዕረ ክህቦም ቃል ኣትዩ ዲዩ፧ መባእታዊ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ንዝገበረ ሰብ'ውን እቲ መልሲ ኣይፋል ምኳኑ ግልጺ'ዩ። ብሓቂ ናብቲ ኣብ ዘፍጥረት 17 ዘሎ ጸብጻብ እንተ ተመሊስና፡ ኣብርሃም ብዛዕባ እስማኤል ብፍሉይ ንጉይታ ወራሲ ኪኾኖ ከም ዝለመኖ፡ እግዚኣብሄር ግና ንሕቶኡ ብግልጺ ከምዝነጸጎ ንንብብ፤

> ኣብርሃም ድማ ንኣምላኽ፡ እስማኤል ግዳ ኣብ ቅድሜኻ እንተ ዚነብር፡ በሎ። ኣምላኽ ከኣ በለ፥ *ኣይፋልን፡ ሰበይትኻ ሳራ ደኣ ወዲ ኽትወልደልካ እያ፡ ስሙ ድማ ይስሃቅ ክትውጽኣሉ ኢኻ። ኪዳነይ ከኣ ምስኡን ብድሕሪኡውን ምስ ዘርኡን ኪዳን ዘለኣለም ከቕውም እየ።* ብዛዕባ እስማኤል ድማ ጸሎትካ ሰሚዔ አሎኹ። እንሆ፡ ባሪኽየ አሎኹ፡ ከፍርዮን ኣዝየ ኸኣ ከብዝሖን እየ። ዓሰርተው ክልተ ሹም ኪወልድ እዩ፡ ዓብዪ ህዝቢ ድማ ኽገብሮ እየ። *ግናኸ ምስቲ፡ ሳራ ንዓመታ ኸምዛ ጊዜ እዚኣ እትወልደልካ ይስሃቅ ኪዳነይ ከቕውም እየ።* (ዘፍ17፡ 18-21)

ድሕሪ ዓመታት፡ እስማኤል ወዲ ዓሰርተው ኣርባዕተ ዓመት ከሎ፡ ይስሃቅ ድማ ገና ህጻን ጥራይ ከሎ፡ ሳራ እስማኤል ንንእሽቶ ሓዉ ይስሃቅ ከም ዘላግጸሉ (ወይ ከምቲ ጳውሎስ ኣብ ገላትያ 4፡29 ዝጸሓፎ ከም "ዜሳጉጎ") ረኣየት፤ "ንኣብርሃም ድማ፡ ወዲ እዛ ባርያ እዚኣ ምስ ወደይ፡ ምስ ይስሃቅ፡ ኣይወርስን እዩ እሞ፡ ነዛ ባርያ እዚኣን ንወዳን ኣውጽኣዮም፡ በለቶ። እዚ ነገርዚ ኸኣ ንኣብርሃም ብምኽንያት ወዱ ኣዝዩ ኽፉእ ኰይኑ ተራእዩ፡" (ዘፍ21፡10-11) ይብል። ብሓቂ እስማኤል መዋርስቲ ተስፋታት ጕይታ እንተ ዝኸውን ብርግጽ ጕይታ ኣንጻር ድሌት ሳራ ጣልቃ ምኣተወ። ኣብ ክንድኡ ግን ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብግልጺ ከምዘስተምህርዎ ኣምላኽ ምስ ሳራ ተሰማሚዑ ንኣብርሃም፡ ንኣጋርን ወዳ እስማኤልን ንሓዋሩ ካብ ደምበ ስድራቤቱ ከውጽኦም ኣዘዞም። "ኣምላኽ ድማ ንኣብርሃም፡ ብናይ እዚ ወድን ብናይ እዛ ባርያኻን ክፉእ ኰይኑ ኣይርኤኻ። ብይስሃቅ እዩ ዘርኢ ዚጽውዓልካ እሞ፡ ብዅሉ ሳራ እትብለካ ዘላ ቓላ ስማዕ። ንወዲ እዛ ባርያ ድማ፡ ዘርእኻ ስለ ዝኾነ፡ ህዝቢ ኽገብሮ እየ፡ በሎ።"(ዘፍ 21፡ 12-13 ተወሳኺ ዘፍ 28፡10-16)

ካብዚ ንላዕሊ ንጹር ክኸውን ዝኽእል ኣይመስለንን። እግዚኣብሄር ንኣብርሃም ደጋጊሙ ብይስሃቕ ደኣ እምበር ብእስማኤል ወራሲ ከም ዘይህቦ ኣጽቢቑ ነጊርዎ'ዩ። ድሒሩ እቲ ተስፋ ንያእቆብ/እስራኤል (ዘፍጥረት 28፡13 ርአ) ኸኣ እምበር ንኤሳው ሓዉ ግን ኣይተዋህቦን። ሕጂ'ውን እግዚኣብሄር ንዅሎም ሰባት ከም ዘፍቅር ንጹር እኳ እንተኾነ፡ እቲ ብኣብርሃማዊ ኪዳን እተዋህበ ተስፋታት ግን ንሕብረት እስራኤል ወይ ንህዝቢ እስራኤል ጥራይ እዩ ነይሩ።

## እቲ ዘልኣለማዊ ኪዳን

ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ፡ እቲ ኣምላኽ ንኣብርሃም ዝሃቦ ኪዳን ተስፋ ብዛዕባ ኣገዳስነቱ ኣብ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትረኻ ዝምልከት ንምግላጹ ብዘይ መጠን ኣጸጋሚ እዩ። እቲ ምሉእ መደብ ምድሓን ኣምላኽ ኣብዚ ኪዳን'ዚ እዩ መሰረት ገይሩ ተሃኒጹ። ነዚ እዩ ድማ ድሕሪ ሞት ኣብርሃም ነዊሕ ድሕሪ ምጽናሕ ከይተረረፈ፡ ተስፋታት ኣብርሃም ኣብ ብምሉእ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብዙሕ ግዜ ዝደጋገም። ደቂ እስራኤል ንብዙሕ ዘመናት ኣብ ግብጺ ባሮት ምስ ኰኑ፡ እግዚኣብሄር ንመከራኦም ምላሽ ዝሃቦም፡ ነዚ ኪዳን እዚ

ስለ ዝዘከረ እዩ። ኣብ ማእከል ጸበባኦም፡ ንሱ እቲ “ንኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን” ዝተራእየ ኣምላኽ ምዃኑ ንሙሴ ብምግላጽ፡ “እታ ተሰዲዶምዋ ዝነበሩ ምድሪ ስደቶም፡ ሃገር ከንኣን ክህቦም ምሳታቶም ኪዳኑ ከምዘቖመ፡” (ዘጽ 6፡3-4) ገለጸሎም። ደሓር ከኣ፡ ብኣዝዩ ዘየወላውል ኣገባብ፡ እግዚኣብሄር ነታ ምድሪ ን“ደቂ እስራኤል” ከም “ናይ ዘለኣለም ርስቲ” ክህቦም ከም ዝኾነ ቃል ኣተወ (ቍ. 5-8)። ጸኒሑ ኣብ 1ዜና16፡13–18 ከምኡ’ውን ኣብ መዝ105፡6–12፡ እዚ ኪዳን “ምስቶም ሕሩያቱ ምስ ደቂ ያእቆብ” ከም ዝተገብረ ይነግረና። ካብዚ ንላዕሊ ኣገዳሲ ዝኾነ ድማ እዚ ኪዳን “ንእስራኤል ናይ ዘለኣለም ኪዳን ኪኸውን . . . ንሸሕ ወለዶ ዝኣዘዞ ቃል፡” ምዃኑ ይብል። ኣብ 1ነገ 8፡35–36 እስራኤል፡ “ኣምላኽ ምድሩ ንርስቲ ዝሃቦም ርስቱ” ምዃኖም ተገሊጾም ኣለዉ። ኣብ ኢሳይያስ 14፡1–3፡ እታ ምድሪ ተስፋ ንሕብረት “ቤት ያእቆብ”ን “ቤት እስራኤልን” ከም እተዋህበት ተገሊጹ ኣሎ። ኣብ ህዝቅኤል 11 እግዚኣብሄር ነቶም ኣብ ስደት ዝነበሩ ብዘለዉ ቤት እስራኤል ኩሎም፡ “ካብቶም ህዝብታት ክእክበኩም፡ ካብቲ ፋሕ ኢልኩምዎ ዘሎኹም ሃገራት ከኣ ክኣኻኽበኩም፡ ሃገር እስራኤልውን ክህበኩም’የ፡” እናበለ ተሰፋኡ ይዝክረሎም (ቍ. 15, 17)። ጉይታ ብነቢይ ኣሞጽ ኣቢሉ ብዛዕባ እቲ “ህዝቡ እስራኤል ኣብታ ዝሃቦም ምድሪ ከምዝመልሶም፡ ደጊሙ’ውን ከምዘይነቕሎም” እናበለ ኣብ ትንቢ ትኣሞጽ 9፡14–15፡ ብዛዕባ’ቲ ናይ መጻኢ ትንቢታዊ ምሕዳስ እስራል ይዛረቦም።

ብሉይ ኪዳን ተገዲስና ምስ እነንብቦ፡ እዚ ተስፋታት’ዚ ብዘይ መጠን ትኹረትን ዋጋን ተዋሂብዎ ኢና ንርኢ። ብድምር ኣብ መጽሓፍ ዘዳግም ብዛዕባ እዚ ተስፋን እዛ ናይ ተስፋ ምድርን ዳርጋ ሰብዓ ግዜ ተደጋጊሙ ተጻሒፉ ኣሎ። ብሓደ መገዲ ወይ ብኻልእ መገዲ ድማ ኣብ ምሉእ ቅዱሳት ጽሑፋት ልዕሊ ክልተ ሚእቲ ግዜ ተደጊሙ ኣሎ። ንደቂ እስራኤል ዝተዋህበ ብዛዕባ እዚ ተስፋን እታ ምድርን ዝብል ኣርእስቲ ካብቶም ኣብ ኩሉ መጽሓፍ ቅዱስ ብዕምቀት ዝተደጋገሙን ዝተዳህሰሱን ኣርእስታት ምዃኑ ኣብ ሕቶ ክኣቱ ኣይክእልን።

ኣብርሃማዊ ኪዳን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ክንደይ ዝኣክል ኣገዳስነት ከምዘለዎ ክሓስብ ከለኹ፡ ብናይ በዓል ካርል ሜዳሪስ ርእይቶ ኣዝየ እየ ዝግረምን ዝሓዝንን። ሜዳሪስ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ሲኤንኤን *“የሱስ ናይ ፍልስጤማውያን መንግስታዊ ጻውዒት ከም ዝድግፎ እምንቶይ’ዩ፡”* ብዝብል ኣብ ዝጸሓፎ ናይ ኦንላይን ዓንቀጽ ብዛዕባ ኣብርሃማዊ ኪዳን ክዛረብ ከሎ፡ “ናይ ወጻኢ ፖሊሲና ኣብ ናይ ብሉይ ኪዳን ዝተዘባረቐን ዘይንጹርን ተስፋ ክምእዘን ካብ ምፍቃድ፡ ኣብቲ ንጹር ትእዛዛት ኣምላኽ ንሱ ከኣ ንብጻይካ፡ ንጸላኢኻ፡ ነቲ ኣብ ማእከልካ ዝነብር መጻእተኛ ኣፍቅር ዝበሎ ብእኡ ምኽያድዶ ኣይምሔሸናን፣ እዚ ብንጹር ኣብ ዘጸኣት፡ ዘሌዋውያንን ሰለስተ ካብቶም ኣርባዕተ ወንጌላትን ተገሊጹዶ ኣየሎን፣” ይብል።

ሜዳሪስ ከም ዝብሎ እንተ ኾይኑ፡ እቲ ኣምላኽ ሰማይን ምድርን ቃልብቓሉ ብማሕላ ርእሱ ዝኣተወሉ ኣብርሃማዊ ኪዳን፡ "ዝተዘባረቐን ዘይንጹርን ተስፋ ብሉይ ኪዳን" እዩ። ከምዚ ዝበለ ኣበሃህላ ብሓቂ ዘሕዝን እዩ። ንመጽሓፍ ቅዱስን ቃል ኣምላኽን ልቢ እንተ ሂብናዮ፡ እቲ ጉይታ ንኣብርሃም ዝሃቦ ተስፋታት ኣዝዩ ንጹር ምዃኑ ክንርኢ ኢና። ሕጂ'ውን እዚ ተስፋ'ዚ መሰረት ናይቲ ኹሉ መደብ ምድሓን ኣምላኽ እዩ። ብተወሳኺ ሜዳሪስ ተዋቓዕነት ኣብ ዘይብሉ ተዋቓዕነት ንምፍጣር ይጽዕር። ኣብርሃማዊ ኪዳንን ንጸላእትና ከነፍቅር ዝተዋህበ ትእዛዛትን ዝጋጮ ኣይኮነን። ከምኡ እዮም ኢልካ ምምሃር ዘይቅኑዕ መስተጫልድ ምፍጣር እዩ። እቲ ንኣብርሃም ኪዳን ዝሃቦ ኣምላኽ ንብጻይና ከነፍቅር እውን ትእዛዛት ዝሃበ ንሱ እዩ። ኣብ መወዳእታ፡ ከምቲ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ምዕራፍ ዝተጠቐሰ፡ ብዙሓት ክርስትያን ብዛዕባ'ዚ ኪዳናት ብዓቢኡ እንዶ ስለዘይብሎም፡ ርእይቶ ሜዳሪስ ከገርም የብሉን። ኣብርሃማዊ ኪዳን ሕጂ'ውን ንብዙሓት ክርስትያን ንምርዳኡ ዜጸግም እዩ። ግን ከኣ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣዝዩ ዝተሰመረሉ መሰረት ኩሉ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትረኻ ምድሓን ስለዝኾነ ወሳኒ ኪዳን'ዩ። ነዚ እዩ ድማ ቤተክርስትያን ኣብዚ ኣርእስቲ ጽኑዕ ርድኢት ክህልዋ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኸውን።

## <u>*መደምደምታ*</u>

ኣብ መደምደምታ፡ እግዚኣብሄር ባዕሉ ንኣብርሃም ኪዳን ከም ዝኣተወሉን ጸኒሑ ነቲ ተስፋ ኪዳን ኣብ ምሉእ ቅዱሳት ጽሑፋት ኣማኢት ሳዕ ደጊሙ ከም ዘረጋገጾሉን ንርኢ። እቲ ዝሃቦ ተስፋ ኣዝዩ ፍሉይ እዩ ነይሩ። ኣብ ሓሳብ ዝሰፈረ ወይ ድሩት ወይ ንምርዳእ ብዘጸግም ቋንቋ ዝተገልጸ ኣይነበረን። እግዚኣብሄር ማእከላይ ባሕሪ ብምዕራብ ክሳብ ርባ ኤፍራጥስ ብሰሜናዊ ምብራቕ ክሳብ ርባ ግብጺ ብደቡባዊ ምዕራብ ነታ ምድሪ ክህቦ ምዃኑ ነዚ ተስፋ'ዚ ከም ዝኣተወሉ ንርኢ። እቲ ተስፋ ነቶም ብስጋ ዘርኢ ኣብርሃም ዝኾኑ ብፍሉይ ብወዱ ይስሃቅ ደሓር ድማ ብወዲ ይስሃቅ ያእቆብ/እስራኤል ኣቢሉ ዝተዋህበ እዩ። ኣምላኽ ነዚ ተስፋ እዚ ብርእሱ እናመሓለ ዝኣተዎ'ኳ እንተኾነ፡ ሱፐርሰሽንስታውያን-ኣሚለንየማውያን ግን ቃልብቓሉ ከተግብሮ መደብ ከም ዘይነበሮ ይዛረቡ። ኣብ ክንዳኡ ኣምላኽ ነቲ ተስፋ ንዘርኢ ኣብርሃም ደጊም ከም ዘይህቦም ኣብ ክንዳኡ ግና ንኻልእ ህዝቢ (ቤተክርስትያን) ከም ዝህቦ ይምጉቱ። ነዚ ምዕራፍ እዚ ዝጀመርናዮ ኩሎም ኣመንቲ ነቲ ኣብርሃማዊ ኪዳን ክርድኡ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ ብምግላጽ እዩ። ኣብዚ መዛዘሚኡ ድማ ብዛዕባ'ዚ ኣርእስቲ ድንቁርና ምህላው ዘስዕቦ ኣሉታዊ ጽልዋ ቁሩብ ተረዲእና ይኸውን ኢለ ይሓስብ።

# ፬

## ኪዳን ሙሴን ኪዳን ዳዊትን

- - - - - - ◆ - - - - - -

ድሕሪ ናይ ኣብርሃም ኪዳን ድሕሪ ኣርባዕተ ሚእቲ ዓመት፡ እግዚኣብሄር ደጊሙ ምስ እስራኤል ካልእ ኪዳን ኣትዩ። እዚ ናይ ሕጂ ኪዳን ድማ ብመገዲ ሙሴ'ዩ ነይሩ። እዚ ናይ ሙሴ ኪዳን ካብቲ ናይ ኣብርሃም ብመሰረቱ እተፈልየ'ዩ ነይሩ። ኣብርሃማዊ ኪዳን ቅድመ ኩነት ዘይብሉ፡ ብእግዚኣብሔር ዝተዋህበ ሓደ ወገናዊ መብጽዓ ክኸውን ከሎ፡ ኪዳን ሙሴ ግን ኣብ መንጎ እግዚኣብሄርን ብዘላ እስራኤልን ዝተገብረ ክልተ ወገናዊ ሕጋዊ ውዕል እዩ ነይሩ። ኣብርሃማዊ ኪዳን ብተደጋጋሚ “ክባርኸካ . . . ዘርእኻ ከብዝሖ . . . ዓስብኻ ከዕብዮ” ብዝብል ኣብ ኣብርሃም ዘይምርኮስ ሓደ ወገናዊ ተስፋታት ዝተመልአ ኪኸውን ከሎ፡ ኪዳን ሙሴ ግን ኩሉ “እዚ እንተ ገበርኩም . . . ሽዑ ድማ ኣነ . . .፡” እናበለ ክልተኣዊ ስምምዕ ምዃኑ የፍልጦም።

ገሊኣቶም ብጌጋ ኣብ ኪዳን ሙሴ፡ ጐይታ ብገለ መገዲ ነቲ ኣብ ኪዳን ኣብርሃም ዝተኣተወ መብጽዓ ናይታ ምድሪ ተስፋ ዕሸሸ ኢልዎ'ዩ ኢሎም ይኣምኑ። እዚ ብፍጹም ሓቂ የብሉን። ኣብ ውሽጢ ኪዳን ሙሴ ናብታ ምድሪ ኽኣትዉ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ንሓዋሩ ኺወርሱዋን ምእንቲ፡ ኪሕልዉዎ ዜድልዮም ስርዓታትን ጠለባትን ነይሩ፡ “ሕጂ ድማ፡ ዎ እስራኤል፡ ምእንቲ ብህይወት ክትነብሩን ናብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትኩም ዚህበኩም ምድሪ ኽትአትዉን ክትወርሰዋን፡ ነዚ ኣነ ኽትገብሮ ኢለ ዝምህረካ ዘሎኹ ሕጋጋትን ፍርድታትን ስማዕ። ነዚ ኣነ ዝእዝዘኩም ዘሎኹ ትእዛዛት እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ምእንቲ ኽትሕልዉ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣነ ዝእዝዘኩም ነገር ኣይትወስኹ፡ ካብኡ ኸኣ ኣይትነክዩ።” (ዘዳ 4፡1-2)። ብኣንጻሩ እስራኤላውያን ነቲ ኣብ ኪዳን ሙሴ ብዝርዝር ተጻሒፉ ዘሎ ዝተፈላለየ ሕግታት እንተ ጥሒሶም፡ እግዚኣብሄር ንግዚኡ ካብታ ሃገር ኪሰጕም እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ዘዳግም 4 ሙሴ ንደቂ እስራኤል

ኣብታ ምድሪ ብልሸውና እንተ ገይሮም ኣብ ኣምልኾ ጣኦት እንተ ወዲቖም፡ ሽዑ “ካብታ ዮርዳኖስ ተሳጊርኩም እትወርስዋ ምድሪ ቐልጢፍኩም ከም እትጸንቱ፡ ኣነ ሎሚ ሰማይን ምድርን ኤመስክረልኩም ኣሎኹ። ፈጺምኩም ትበርሱ እምበር፡ ነዊሕ መዓልቲ ኣይትነብርዋን ኢኹም፡ እግዚኣብሄር ናብ ማእከል ህዝብታት ኪብትነኩም እዩ፡ ኣብቶም እግዚኣብሄር ናብኦም ዚወስደኩም ኣህዛብ ሒደት ቍጽሪ ኽትተርፉ ኢኹም፡” (ቁ.26-27) ኢሉ ኣጠንቂቕዎም እዩ። ድሕሪ ከምዚ ዝበለ ናይ ስደት ወቕቲ ግና፡ ድሕሪ ግዜ እግዚኣብሄር ነቲ ብኣብርሃማዊ ኪዳን ዝኣተወሎም መብጽዓ ክዝክርን ናብ ምድሮም ከም ዝምለሶምን ይእውጅ፣ “ምስ ጸበበካ፡ እዚ ኹሉ ምስ በጽሓካ፡ ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ክትምለስ ኢኻ፡ ቃሉ ኽኣ ክትሰምዕ ኢኻ። እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ርሕሩሕ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ኣይሐድገካን ኣየጥፍኣካን፡ ***ነቲ ምስ ኣቦታትካ ዝመሐሎ ኺዳን ኣይርስዖን፤***” (ቁ.30-31)። እዚ ነጥቢ እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣይሁድ ኣብታ ምድሪ ንቐጻሊ ኪነብሩ እንተ ኾይኖም ኣብቲ ኣብ ኪዳን ሙሴ ዝተዋህበ ሕግታት ምእዛዞም ዝተመርኮሰ ክኸውን ከሎ፡ ጐይታ ግን ከምቲ ንኣብርሃም ዘተሰፈዎ ንሕብረት ህዝቡ እስራኤል ናብታ ምድሪ የእቲዎም እዩ። ግናኸ እንተ ዘይተኣዘዙን እግዚኣብሄር ካብታ ምድሪ እንተ ሰጒጎምንከ፤ ድሕር'ዚ እታ ምድሪ ንሓዋሩ ኣይናታቶምን እያ ማለት ዲዩ፤ ብፍጹም ኣይኮነን። ዋላ'ኳ ብሰንኪ ዘይምእዛዞም ካብታ ምድሪ እንተ ተሰጒጉ፡ “እቲ ዘይእሙናት ምኳኖምዶ ነቲ ናይ ኣምላኽ እምንነት ከንቱ ይገብሮ እዩ፤ ያእ ኣይፋሉን፡” ይብል ሃዋርያ ጳውሎስ፡ “ኣምላኽ ሓቀኛ ምኳኑ፡ ኩሉ ሰብ ግና ሓሳዊ ምኳኑ ይረኸብ።” (ሮሜ3፡3-4)

እቲ ጳውሎስ ዝሃቦ ሓሳብ ቀሊል እዩ። እግዚኣብሄር ብዘይ ቅድመ ኩነት መብጽዓ ኣትዩ ከምኡ'ውን ኣምላኽ ክሕሱ ኣይክእልን እዩ። እዛ ምድሪ ተስፋ ንደቂ እስራኤል ዝተዋህበት ብሰናይነቶም ወይ ብእሙንነቶም ዘይኮነስ ብሰንኪ እሙንነት ኣምላኽ እዩ። ዋላ'ኳ ኣብ ኪዳን ሙሴ ዝሃቦም ሰማዕታታት እንተ ሃለወ ጐይታ ግን ሓሳቡ ቀይሩ ወይ መብጽዓታቱ ረሲዑ ኣይፈልጥን። መጽሓፍ ቅዱሳዊ ታሪኽ ከም ዝሕብሮ ብወራራት ኣሶርን ባቢሎንን ኣቢሎም ዘርኢ ኣብርሃም ብሓቂ ዓሰቢ ዘይምእዛዞም ከም ዝረኸቡን ካብታ ሃገር ከም ዝተባረሩን፡ ድሕሪ ግዜ ኸኣ ከም ዝተመልሱን ይሕብር። ድሒሩ ኣብ 70 ድ.ል.ክ ብሮማውያን ኣቢሎም ኣይሁድ መሊሶም ካብታ ሃገር ተሰደዱ። ኣብዚ ዘመንና ድማ ዳግማይ ናብ መሬቶም ተመሊሶም ርኢና ኣሎና።

## <u>እቲ “ብሉይ ኪዳን”</u>

ሓደ ካብቲ ኣብ ቤተክርስትያን ዝርአ ዓብላሊ ድንቍርና ወይ ፍልጠት ቢስነት፡ ብዛዕባ ኪዳናት ኣምላኽ ዝምልከት እዩ። ብዙሕ ሳዕ ንኪዳን ኣብርሃምን ኪዳን ዳዊትን ሓደ ኣጠቓላሊ “ብሉይ ኪዳን” ዝብል ስያመ እዩ ዝወሃቦም። ሱፐርሰሽንስታውያን፡ ሓድሽ ኪዳን ነቲ “ኣረጊት ኪዳን” ተኪእዎ እዩ ዝብል ኣምር ኣብ ብዙሕ ምይይጥ ይጠቕስዎ።

እዚ ግን ንጹር ኣበሃህላ ኣይኰነን። ብመሰረቱ ጭቡጥ ዝኾነ ፍልጠት ናይ ኪዳናት ኣምላኽ ካብ ዘይምህላው እተበገሰ እዩ። ሓደ ክልተ ኣብነታት ንርአ።

ኣሌክስ ዓዋድ ፓስተር ናይ ምብራቕ የሩሳሌም መጥምቕቃዊት ማሕበርን ፕሮፌሰር ቤተልሄም ኮሌጅ መጽሓፍ ቅዱስን ከምኡ’ውን ካብቶም ቀንዲ ኣዳለውቲ ናይቲ ኣብ ክልተ ዓመት ዝካየድ ዋዕላ ቸክፖይንት እዩ። ኣብ ሓደ ዝርርብ፡ “ኣመሪካውያን ወንጌላውያን እንታይ’ዩ ሽግሮም” ተባሂሉ ምስ ተሓተተ። “እስራኤል ናይ ኣምላኽ ትንቢታዊት መሳርሒ እያ ኢሎም ስለዝኣምኑ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ፍልስጤም ዝፍጸም ዘሎ ግፍዒ ክርእዩ ኣይክእሉን። ግና መልእኽቲ ክርስትና ዘርእን ብሄርን ዘይፈሊ ኣድማሳዊ መልእኽቲ እዩ። እቲ ብክርስቶስ ዝመጸ ሓድሽ ኪዳን ነቲ ብሉይ ኪዳን ኣረጊት ገይርዎ እዩ፡” ብምባል መለሱ።[1]

“ብሉይ ኪዳን” ብምምጻእ ሓዲሽ ኪዳን ኣረጊት ኮይኑ እዩ ዝብል ኣምር ኣስተውዕሉሉ። ኣብ ዊተን ኮለጅ ፕሮፌሰር ሓድሽ ኪዳን ዝኾነ ጋሪ በርጅ ብተመሳሳሊ ኣብቲ ዝርርብ “ብሉይ ኪዳን”[2] ኣየናይ ምኳኑ ርግጽ መፍለዩ ከይሃበ “እቲ ሓዲሽ ኪዳን ነቲ ብሉይ ከምዘወገዶ” ተዛሪቡ። በርጅን ዓዋድን ኣብ መንጎ ኣብርሃማዊ ኪዳንን ኪዳን ሙሴን ዝኾነ ፍልልይ ኣይገብሩን እዮም- ኣብ ሓደ “ብሉይ ኪዳን” እዮም ዝጥቕልልዎ። እንተኾነ ኣብቲ ዝርርብ ብፍሉይ ብዛዕባ መሬት እስራኤል ይመያየጡ ስለዝነበሩ ብሉይ ኪዳን ክብሉ ከለዉ ነቲ ኣብራሃማዊ ኪዳን ከምዝኾነ ክንግምት ንኽእል ኢና። ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ ዝኾነ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣበሃህላ ትርጉም ኣልቦ ጥራይ እዩ። ቅዱሳት ጽሑፋት ብዝኾነ ይኹን መገዲ ነዚ ኣይፈቅድን እዩ። ምስናይዚ ግን ልክዕ እዚ ዓይነት መጽሓፍ ቅዱሳዊ መሃይምነት ዘለዎም ሰባት እዮም፡ ኣብቶም ኣብ ውሽጢ እቲ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ሱፐርሰሽንስታውን ጸረ-እስራኤላዊ ምንቅስቓስ ከም መሪሕ ድምጽታት ዝረኣዩ።

ርግጽ’ዩ፡ ሓደ’ኳ ብምምጻእ ሓዲሽ ኪዳን እቲ ብሙሴ እተዋህበ “ሕጋጋትን ስርዓታትን ጽድቂ” ብሉይ ኮይኑ’ዩ እንተበለ ኣጸቢቑ ሓቂ ኣሎ (እብ 7፡22, 8፡13 ርአ)። ግና ኣብ ዝኾነ ይኹን ክፍሊ፡ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ኣብርሃማዊ ኪዳን ተወጊዱ፡ ተሳዒሩ ወይ ተሪፉ ኣይብለናን’ዩ። ከምኡ ከምዘይኮነ ጳውሎስ ኣነጺሩ ይነግር ከምዚ እናበለ፡ “እምብኣርሲ እዚ እብል ኣሎኹ፡ ነቲ ተስፋ ኽነቱ ኺገብሮ ኢሉ፡ ነቲ ኣምላኽ ቀደም ዘጽንዖ ኺዳን እቲ ድሕሪኡ በርባዕተ ሚእትን ሰላሳን ዓመት ዝመጸ ሕጊ ኣየፍርሶን እዩ። እቲ ርስቲ ኻብ ሕጊ እንተ ዚኸውንሲ፡ ደጊም ካብ ተስፋ ኣይምኾነን ነይሩ። ኣምላኽ ግና ንኣብርሃም ብተስፋ እዩ ዝሃቦ፡” (ገላ3፡ 17-18)።

ኣብ ዝቕጽል ምዕራፍ ከም እንርእዮ፡ ሓድሽ ኪዳን ነቲ ኣብርሃማዊ ኪዳን ኣጸቢቑ የጽንዖ እምበር ኣየፍርሶን። ብሓድሽ ኪዳን ኣቢሉ’ዩ ኣብርሃማዊ ኪዳን ኪፍጸም። እዚ ኣብቲ ዝቕጽል ክፍልታት ክንርእዮ ኢና። ሕጂ ግና ናብ ካልእ ቅድሚ ምስጋርና ብዛዕባ ሓደ ተወሳኺ ኪዳን ንሱ ከኣ ኪዳን ዳዊት መጽሓፍ ቅዱስ እንታይ ይብል ክንርኢ።

**ኪዳን ዳዊት**

እዚ ኪዳን ብነብዩ ናታን ኣቢሉ ንንጉስ ዳዊት እተዋህበ ኪዳን'ዩ። ልክዕ ከም ኪዳን ሙሴ፡ ኪዳን ዳዊት እውን ነቲ ብኣብርሃማዊ ኪዳን ኣቢሉ መብጽዓታት ናይታ ምድሪ ተስፋ ብምድጋም እዩ ዚጅምር። "ንህዝበይ እስራኤልውን ቦታ ኽዳልወሉ፡ ድሕሪ ደጊም ከይነቓነቕሲ ኣብታ ቦታኡ ኽትኸሎ እየ። ሽዑ፡ ከምቲ ኻብታ ኣብ ልዕሊ ህዝበይ እስራኤል ፈረዲ ኪኾኑ ዝኣዘዝኩላ መዓልቲ፡ እቶም ደቂ ዓመጽቲ ኸምቲ ናይ ቀደም ገይሮም መሊሶም ኣየጨንቕዎምን። ካብ ኩሎም ጸላእትኻ ድማ ከዕርፈካ እየ። ኤረ እግዚኣብሄርሲ ይነግረካ ኣሎ፡"(2 ሳሙ 7፡10-11) ይብል። እግዚኣብሄር ግና ከመይ ኢሉ እዩ ንእስራኤል ካብ ጸላእቱ ኣብታ ምድሪ ዕረፍቲ ክህቦ፧ እዚ ብየሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ ዝመጽእ። ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ቃላት ብኡንብኡ ስዒቡ፡ ሓደ ዘርኢ ዳዊት ነቲ ንዘለኣለም ዝነብር ንጉሳዊ ስርወ-መንግስቲ እስራኤል ከም ዝወርስ ቃል ይኣትወሉ፣

> መዓልትታትካ ምስ መልአ፡ ምስ ኣቦታትካ ኽኣ ምስ ደቀስካ፡ ብድሕሬኻ ድማ ነቲ ኻብ ከርስካ ዚወጽእ ዘርእኻ ልዕል ክብሎ እየ፡ ነታ መንግስቱውን ከጽንዓ እየ። ንሱ ንስመይ ቤት ኪሰርሕ እዩ፡ ኣነ ኸኣ ዝፋን መንግስቱ ንዘለኣለም ከጽንዓሉ እየ። ኣነ ኣቦ ክኾኖ፡ ንሱ ድማ ወዲ ኪኾነኒ እዩ። እንተ በደለ ኸኣ፡ ብሸበጥ ሰብን ብመውቃዕቲ ደቂ ሰብን ገይረ ኽገርፎ እየ። ግናኸ ከምቲ ነቲ ኻብ ቅድሜኻ ዘግለስክዎ ሳኦል ዘግለስኩሉ፡ ምሕረተይ ካብኡ ኣየግልስን።ቤትካን መንግስትኻን ከኣ ኣብ ቅድሜኻ ንዘለኣለም ኪጸንዓ እየን፡ ዝፋንካውን ንዘለኣለም ኪጸንዕ እዩ። (2ሳሙ 7፡12-16)

ድሒሩ እዚ ኪዳን'ዚ ኣብ 1ዜና 17፡11-14 ከምኡ'ውን 2ዜና 6፡16 ተጸሚቑ ኣሎ። እዚ ኪዳን እዚ ዝፍጸም ካብ ሓረግ ወለዶ ዳዊት ዝኾነ የሱስ ኣብ የሩሳሌም ኣብ ዝፋን ዳዊት ምስ ደየበ ምዃኑ ምዝራብ ዘድልዮ ኣይኮነን። ነዚ እዩ ድማ ወንጌል ማቴዎስ የሱስ "ወዲ ዳዊት" ምዃኑ ብምእዋጅ ዝጅምር (ማቴ 1፡1)። ጴጥሮስ'ውን የሱስ መፈጸምታ ናይቲ ኣምላኽ ንዳዊት ዝሃቦ ቃል ኪዳን ምዃኑ ዝሰበኸ (ግብ 2፡29-36)። ተስፋታት ኣብርሃማዊ ኪዳንን ኪዳን ዳዊትን ፍጻሜኦም ዝረኽቡ ብየሱስ እቲ መሲሕ እዩ። ሕጂ እውን እዚ ኣብ መጻኢ ዝፍጸም መብጽዓ'ዩ።

ብተወሳኺ ኣብዚ ከነብርሆ ዘሎና፡ ኪዳን ዳዊት ልክዕ ከም ኪዳን ኣብርሃም ዘይቅድመ ኩነታዊ እዩ። ኪፈርስ ኣይክእልን። ክሳብ ሕጂ'ውን "ኣይተፈጸመን" ዘሎ። ርግጽነት ናይዚ ተስፋ ኣብ ኣምላኽ ደኣ እምበር ኣብ ምእዛዝ ዳዊት ወይስ ኣብ ምእዛዝ ደቂ እስራኤል እተመርኰሰ ኣይኮነን። እዚ ተስፋ ከም መጠን ዘልኣለማዊ እሙንነት ኣምላኽ ዝፍጸም ሓደ ወገናዊ ተስፋ'ዩ።

## *መደምደምታ*

*ኣብ መደምደምታ ኪዳን ኣብርሃምን ኪዳን ዳዊትን ዘይቅድመ ኩነታውን ሓደ ወገናውን መብጽዓታት ኣምላኽ ምዃኖም ርኢና ኣሎና። በንጻሩ ኪዳን ሙሴ ኩነታውን ክልተ ወገናዊ ስምምዕ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ደቂ እስራኤልን እዩ ነይሩ። ቤተክርስትያን ኣብ መንጎ ኣብርሃማውን ዳዊታውን ኪዳን በቲ ሓደ ወገን ኪዳን ሙሴ ከኣ በቲ ካልእ ዘሎ ዓሚቕ ፍልልይ ናይ ባህሪያቶም ክትፈልጥ ፍጹም ኣገዳሲ እዩ። ካርል ሜዳሪስ "እግዚኣብሄር ካብ ዘዳግም ክሳብ መጻሕፍቲ ነብያት ንእስራኤል ዝሃቦ መብጽዓታት ኩሉ ግዜ ቅድመ ኩነታዊ እዩ ነይሩ፡"[3] ዝበሎ ሓቂ ኣይኮነን። ኣምላኽ ንኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን ንዳዊትን ንህዝቢ እስራኤልን ዝኣተወሎም መብጽዓታት ቅድመ ኩነት የብሉን። እግዚኣብሄር መብጽዓ ክኣቱ ከሎ ይፍጽሞ። ክልተኣዊ ስምምዓት ቅድመ ኩነት ክህልዎ ይኽእል'ዩ፡ ኣምላኽ ዝሃቦ ሓደ ወገናዊ መብጽዓታት ግን ከምኡ ኣይኮነን። ሰማይን ምድርን ክሓልፍ ይኽእል'ዩ፡ ተስፋታት ኣምላኽ ግን ፈጺሙ ኣይክሰዓርን እዩ።*

*ኣምላኽ ብመጀመርታ ንኣብርሃም እዩ ኪዳን ኣቲዩሉ። ኣብቲ ኪዳን ድማ ሓደ ውሱን መሬት ከምዝሀቦ ኣተስፊዎ። እቶም ካልኦት ኪዳናት ኣብ ልዕል'ዚ ኪዳን'ዚ ዝተሃንጹ እዮም። ኪዳን ሙሴ፡ እስራኤል ነታ ምድሪ ረጊኦም ክነብሩዋ እንተ ኾይኖም ዜድልዮም ሕጋጋትን ስርዓታትን ይህቦም። እቲ ኣብ ልዕሊ ኣብርሃማዊ ኪዳን ዝተሃንጸ ኪዳን ዳዊት፡ እስራኤል ኣብታ ምድሪ ኣብ ዝወርሱሉ እዋን ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዝገዝእ ንጉስ ከምዝህቦም ዝነግር ቃል መብጽዓ'ዩ። ኣብ ዝቕጽል ምዕራፍ ከም እንርእዮ ድማ ሓድሽ ኪዳን ኣብ መሰረት ናይ ኣብርሃምን ዳዊትን ኪዳን ዝተሃንጸ ኮይኑ ብፍሉይ ምስ ህዝቢ እስራኤል ዝተገብረ ሓደ ጉናዊ ስምምዕ እዩ።*

*ነዚ ምዕራፍ'ዚ ኣብ መንጎ እዞም ሰለስተ ኪዳናት ዘሎ ክሳብ ሕጂ ዝዳህሰስናዮም ፍልልይ በዚ ዝስዕብ ሰንጠረዥ ብቐሊሉ ብምርኣይ ክንዓጽዎ፡*

| ኪዳን | ንመን ተዋሂቡ | እንታይ ይብል | ኩነታዊ ወይስ ዘይኩታዊ | ሓደ ወገናዊ ወይስ ክልተ ወገናዊ |
|---|---|---|---|---|
| **ኣብርሃም** | ንኣብርሃምን ንዘርኡን | ኣምላኽ ነታ ምድሪ ንደቂ እስራኤል ንሓዋሩ ከም ዝሀቦምን ነህዛብ ኩላቶም ከም ዝባርኾምን ይነግር። | ዘይቅድመ ኩነታዊ | ሓደ ወገናዊ ተስፋ |
| **ሙሴ** | ንሕብረት እስራኤል | ኣምላኽ፡ ቀወምቲ ነበርቲ ናይታ ምድሪ ኪኾኑ ዜድልዮም ሕጋጋትን ስርዓታትን ይነግሮም። | ቅድመ ኩነታዊ | ክልተ ወገናዊ ስምምዕ |
| **ዳዊት** | ንጉስ ዳዊት | ኣምላኽ ካብ ዘርኢ ዳዊት ዝኾነ ሰብኣይ ኣብ ዙፋን እስራል ከምዝቕመጥ የተስፍዎ። | ዘይቅድመ ኩነታዊ | ሓደ ወገናዊ ተስፋ |

# 5

# ሓዲሽ ኪዳን

- - - - - - ◆ - - - - - -

ካብ ኣብዚ እቶም ሰለስተ ኪዳናት፡ ማለት ኪዳን ኣብርሃም፡ ኪዳን ሙሴ ከምኡ'ውን ኪዳን ዳዊት ርኢና ኣሎና። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ድማ ነቲ ራብዓይን ናይ መወዳእታን ኪዳን መጽሓፍ ቅዱስ ንሱ ከኣ ሓዲሽ ኪዳን ክንርእዮ ኢና። ሓዲሽ ኪዳን፡ ኣኽሊል ዘውዲ ኩላቶም ኪዳናት'ዩ። ሓድሽ ኪዳን ንኪዳን ኣብርሃም ወይ ኪዳን ዳዊት ዝትክኦም ኣይኮነን፣ የግዳስ ኣብ ልዕሊኦም ይሃንጽን ናብ መፈጸምታ የብጽሖምን። እግዚኣብሄር ንህዝቡ እስራኤል ሓድሽ ልብን ሓድሽ መንፈስን ዝህቦም ብሓድሽ ኪዳን ኣቢሉ እዩ፣ በዚ ድማ ተኻፈልቲ ነቲ ብኪዳን ኣብርሃምን ኪዳን ዳዊትን ዝተኣተወሎም ዘይቅድመ ኩነታዊ መብጽዓታት ይኾኑ።

እቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ሓዲሽ ኪዳን ተባሂሉ ተጻሒፉ ዘሎ መጀመርታኡን መወዳእታኡን ንሱ ኣይኩነን። ብርግጽ እቶም ቀዳሞት ነቢያት ብሉይ ኪዳን ከም በዓል ኢሳይያስ፡ ኤርምያስ፡ ህዝቂል ብዛዕባ ምምጻእ እዚ ኪዳን እዚ ኣቐዲሞም ተዛሪቦም እዮም።

## ሓዲሽ ኪዳን ኣብ ትንቢት ኢሳይያስ

እቲ ቀዳማይ ብዛዕባ ሓዲሽ ኪዳን ዘተንብህ ክፍሊ ኣብ ትንቢት ኢሳይያስ ዝርከብ እዩ። ኣብዚ መሳጢ ክፍሊ እዚ፡ ሓድሽ ኪዳን ቅድሚ ምእዋጁ፡ ብዛዕባ እቲ እግዚኣብሄር ንህዝቡ እስራኤል ፍትሒ ዝፍጽመሉን፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ዓመጽቲ ኣህዛብ ሕነ ዝፈድየሉ እዋንን፡ ብዕምቈት ኣፖካሊፕቲካዊ ብዝኾነ መግለጺ ይፍልም። ከምዚ ይብል፡ "ንጽድቂ ኸም ድርዒ ገይሩ ተኸድኖ፡ ኣብ ርእሱ ድማ ናይ ምድሓን ቍራዕ ርእሲ ኣእተወ። ክዳን ምፍዳይ ሕነ ኸኣ ተወንዚፈ፡ ንጸዓትውን ከም ባርኖስ ገይሩ ለፈፎ። ከከም ግብሮም ኪፈድዮም እዩ፡ ኩራ ንተጻረርቱ፡ ፍዳ ንጸላእቱ፡ ንደሴታትውን ፍዳ ኺህብ እዩ፡" (ኢሳ59፡17-18)

እቲ ቀዳማይ ክስመረሉ ዘለዎ ባእታ ናይዚ ትንቢት'ዚ፡ ጉይታ ኣብ ልዕሊ ተጻረርቱን ጸላእቱን "ሕነ ኪፈዲ" ክመጽእ ምዃኑ'ዩ። ኢሳይያስ ከምዚ ዝበለ ቋንቋ ኩሉ ግዜ ብዛዕባ ዳግም ምምላስ ጉይታን ብዛዕባ እታ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ጉይታን ንምምልካት እዩ ዝጥቀመሉ (ኢሳይያስ 34፡8, 35፡4, 61፡2, 63፡3–4 ርአ)። እዚ ሕነ ምፍዳይ'ዚ ኣብ መወዳእታኡ ንጽቡቕ ኣህዛብ ክኸውን እዩ። ኢሳይያስ፡ ከም ውጽኢት ናይዚ መቕጻዕቲ ኣህዛብ ናብ እግዚኣብሄር ከም ዝምለሱን ንስሙ ከም ዝፈርሁን ይሕብረና "እምበኣርሲ ስም እግዚኣብሄር ካብ ምዕራብ፡ ክብሩ ኸኣ ካብ ምብራቕ ጸሓይ ኪፍራህ እዩ። ጸላኢ ኸም ውሒዝ ደሪኹ እንተ መጸ፡ ትንፋስ እግዚኣብሄር ኪሰጎ እዩ፡" (ኢሳ 59፡19) ይብል። ቅዱሳት ጽሑፋት ካብዚ ሰኹዒ ተበጊሶም እዮም ምምጻእ ናይ ሓዲሽ ኪዳን ዝነግሩና። ብርግጽ ኣብዚ ክፍሊ "ሓዲሽ ኪዳን" ተባሂሉ'ኳ ብስሙ ኣይጸዋዕ፡ ኢሳይያስ ንመጻኢ ዝኸውን ነገር ይዛረብ ስለዝነበረ ነቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ኪዳናት ዘመልክት ከምዘይኮነ ብሩህ እዩ። እዚ ሓድሽ ኪዳን እዚ ካብ ካልኦት ኪዳናት ዝተፈልየ እዩ ነይሩ፣ ቀዳማይ፡ ምስቲ ናብ ከረን ጽዮን ዝመጽእ መሲሕ ዝተኣሳሰር ስለዝነበረ፣ ካልኣይ ድማ፣ መንፈስ ጉይታ ንዘልኣለም ምስ ህዝቢ እስራኤል ከም ዝነብር ስለዝሕብር። ነዚ ክፍሊ እዚ ፍሉይ ኣቓልቦ ሃብዎ፡ ኣብ መወዳእታ እዛ ምዕራፍ እዚኣ ክንምለሶ ኢና፤

> ንጽዮንን ነቶም ካብ ምዕላዎም ናብ ያእቆብ ዚምለሱን ተበጃዊ ኺመጽእ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። ኣነስ ኪዳነይ ምሳታቶም እዚ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ እቲ ኣባኻ ዘሎ መንፈሰይን፡ እተን ኣብ ኣፍካ ዘንበርክወን ቃላተይን ካብ ኣፍካ ወይስ ካብ ኣፍ ደቅኻ ወይ ካብ ኣፍ ደቂ ደቅካ ኻብ ሕጂ ኽሳዕ ዘለኣለም ኣይኪርሕቕን እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። (ኢሳ59፡20-21)

ትሕት ኢልና ከም እንርእዮ ነቢዩ ኤርምያስን ነቢዩ ህዝቂልን ብሰፊሑ ብዛዕባ'ዚ ኪዳን መብርሂ ጽሒፎም ኣለዉ። ከምኡ'ውን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ነዚ ኪዳን'ዚ ኣብ ዝጠቐሱሉ ክፍሊ፡ እግዚኣብሄር መንፈሱ፡ ቃሉን ልቡን ንምድሓን እስራኤል ከም ዝለዓል ዝብል ቴማ ደጋጊሞሞ ኣለዉ።

## ሓዲሽ ኪዳን ኣብ ትንቢት ኤርምያስ

እግዚኣብሄር ብነቢዩ ኤርምያስ ኣቢሉ እቲ ናይ መወዳእታ እቅድ ንኣብርሃም ክንዮ ንሓንቲ ጭራም መሬት ርስቲ ክትኮኖ ምሃብ ኣጸቢቑ ዝሓለፈ ምዃኑ የተንብህ። ኣብ ትንቢታት ኤርምያስ ኢና ንመጀመርታ ግዜ "ሓዲሽ ኪዳን" ዝብል ሓረግ እንረኽቦ። ኣብዚ ሓዲሽ ኪዳን እዚ፡ ጉይታ ነታ ምድሪ ንደቂ እስራኤል ዝሃበሉ ምኽንያት ንዘለኣለም ምስኡ ብሕብረት ዝነብሩሉ ቦታ ክህልዎም ስለዝደለየ ምዃኑ ንርኢ። እዚ ክውን ክኸውን እንተኾይኑ ግን ጉይታ ብፍጹምን ምሉእን ተኣዛዝነት ምእንቲ

ከገልግልዎ ሕጋጋቱ ኣብ ልቦም ክጽሕፍ ምዃኑ ቃል ይኣትወሎም። ነዚ ክፍሊ ነንብቦ፡ ሓደ ካብቲ ወሳኒ ክፍልታት ናይ ብሉይ ኪዳን'ዩ፡

> በቲ ጊዜ እቲ ኣነ ኣምላኽ ኲላቶም ዓሌት እስራኤል ክኸውን እየ፡ ንሳቶም ድማ ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር . . . እንሆ፡ ምስ ቤት እስራኤልን ምስ ቤት ይሁዳን ሓድሽ ኪዳን ዝኣትወለን መዓልትታት ኪመጻ እየን፡ ይብል እግዚኣብሄር። ከምቲ ኻብ ሃገር ምስሪ ብኢዶም ሒዘ ኸውጽኦም ከሎኹ፡ ምስ ኣቦታቶም ዝኣቶኽዎ ኺዳን ኣይኰነን። ኣነ ጐይታኦም ክነሰይሲ፡ ንሳቶም ነቲ ኺዳን ኣፍረስዎ፡ ይብል እግዚኣብሄር። ድሕሪ እዘን መዓልትታት እዚኣተን ምስ ቤት እስራኤል ዝኣትዎ ኺዳንሲ እዚ ደኣ እዩ፡ ሕገይ ኣብ ውሽጦም ከንብር ኣብ ልቦም ከኣ ክጽሕፎ፡ ኣነ ኣምላኾም ክኸውን እየ፡ ንሳቶም ድማ ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። ኣነ ኣበሳኦም ይቕረ ኽብለሎም፡ ሓጢኣቶም ድማ ድሕርዚ ኣይክዝክርን እየ እሞ፡ ካብ ንእሽትኦም ክሳዕ ዓብዩኦም ኲላቶም ኪፈልጡኒ እዮም፡ ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ንብጻዩ ነፍሲ ወከፍውን ንሓዉ፡ ንእግዚኣብሄር ፍለጦ፡ ኢሎም ድሕርዚ ንሓድሕዶም ኣይኪማሃሩን እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። (ኢሳ31፡1, 31-34)

ተቐበልቲ እዚ ኪዳን፡ "ኲሎም ዓሌታት እስራኤል" ፡ "ቤት እስራኤል" ከምኡ'ውን "ቤት ይሁዳ" እዮም። እግዚኣብሄር እውን "ህዝበይ" ኢሉ ይጽውዖም። ሎሚ ብዛዕባ ኣድማሳዊ ኲነተ-ህላወ ኣይሁድ ክንርኢ ከሎና፣ ብዙሓት ካብኣቶም ኣብ ልዕሊ ኣምላኽ ብዓመጽ ዝነብሩ፣ እቶም ዝበዝሑ ድማ ነቲ መሲሕ ዘይተቐበሉዎ ምስ ምዃኖም እዚ መብጽዓ እዚ ገና ንመጻኢ ዝፍጸም ምዃኑ ንጹር እዩ። እግዚኣብሄር እዚ ኪዳን ከምቲ ናይ ሙሴ ኪዳን ከምዘይከውን ይዛረብ። ኣብቲ ኪዳን'ቲስ ደቂ እስራኤል እሙናት ኮይኖም ኣይተረኽቡን። ኣብዚ ኪዳን'ዚ ግና ልክዕ ከምቲ ምስ ኣብርሃም ዝኣተዎ ኪዳን እግዚኣብሄር ባዕሉ ንምፍጻሙ ክተግሃሉ'ዩ። ከምቲ ናይ ኣብርሃምን ዳዊትን ኪዳን፡ እዚ ሓድሽ ኪዳን እውን ኣምላኽ ንእስራኤል ዝኣተዎ ዘይቅድመ ኲነታዊ መብጽዓ እዩ ነይሩ። ጐይታ ባዕሉ ሕጋጋቱ ኣብ ውሽጢ ልቦም ከንብሮ ከምኡ ኸኣ ሓጢኣቶም ይቕረ ክብለሎምን ኣበሳኦም ክርስዕን ምዃኑ ይብል። ከምኡ ስለ ዝኾኑ ድማ፡ "ንጐይታ . . . ካብቶም ዝነኣሱ ክሳዕ እቲ ዝዓበየ ክፈልጡዎ እዮም"። ጐይታ በዚ ሓድሽ ኪዳን ኣቢሉ ንህዝቡ ምስ እግዚኣብሄር ብቅድስና ክመላለሱሉ ዘኽእል ሓይሊ ክህቦም እዩ።

ኣብታ ዝቐጸለት ምዕራፍ፡ ኤርምያስ ብዛዕባ እቲ እስራኤል ናብ ምድሮም ዳግማይ ዚእከበሉ እዋን ከም ብሓድሽ ከምዚ እናበለ ይገብ፡

> እንሆ፡ ካብቲ ብኹራይን ብቑጥዓይን ብዓብዩ ነድርን ዝሰጐጕክዎም ኲሉ ሃገር ክእክቦም እየ፡ ናብዛ ስፍራ እዚኣ ድማ ክመልሶም፡ ብደሓንውን ከንብሮም እየ። ንሳቶም ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፡ ኣነውን ኣምላኾም

> ክኾውን እየ። ብደሓን ርእሶምን ብድሕሪኦም ከኣ ንደሓን ደቆምን ኪኾውንሲ፡ ንሓዋሩ ምእንቲ ኺፈርሁኒ፡ *ሓደ ልብን ሓደ መገድን ክህቦም እየ። ንኣታቶም ሰናይ ካብ ምግባር ከይዘሓጥሲ፡ ናይ ዘለኣለም ኪዳን ክኣትወሎም፡* ካባይ ከይዘብሉ ኸኣ፡ ፍርሃተይ ኣብ ልቦም ክሕድር እየ። ሓጐሰይሲ ሰናይ ክገብረሎም እዩ። ብኹሉ ልበይን ብኹሉ ነፍሰይን ብሓቂ ኣብዛ ሃገር እዚኣ ኽተኽሎም እየ። እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ከምቲ ኹሉ እዚ ዓብዩ ሕሰም ኣብዚ ህዝቢ እዚ ዘውረድክዎ፡ ከምኡ ድማ ኩሉ እቲ ዘተሰፈኹዎም ሰናይ ከውርደሎም እየ። (ኤር32፡37-42)

ሓይልን ኣገዳስነትን ናይዚ ትንቢት እስከ ንርአ። ኤርምያስ ምስ ምምላስ ካብ ባቢሎን ወይ'ውን ምስ'ዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት እስራኤል ከይተረፈ ዘይተሓሓዝ ዳግማይ ምትእኽኻብ ናብታ ምድሪ እዩ ዝገልጽ ዘሎ። ብመሰረት ኤርምያስ ብፍሉይ በዞም ዝሰዕቡ ቅድመ ኩነታት ዝተሰነየ ምትእኽኻብ ኣይሁድ ናብ ምድሪ እስራኤል ከምዝመጽእ ይብል፤

- እስራኤል ብደሓን ክነብር'ዩ።
- እስራኤል ሓዲሽ ልቢ ክወሃቦ'ዩ።
- እስራኤል ንሓዋሩ ንኣምላኽ ክፈርሆ'ዩ።
- እግዚኣብሄር ንሓዋሩ ኣብ ልቢ እስራኤል ፍርሃቱ ኬሕድር'ዩ።
- እግዚኣብሄር ብኹሉ ልቡን ብኹሉ ነፍሱን ብሓቂ ኣብታ ሃገር እቲኣ ንእስራኤል ክተኽሎ'ዩ።

ሽሕ'ኳ ሎሚ ኣብ እስራኤል ቍጽሪ ናይቶም መሲሓውያን ኣይሁድ ተረፍ እናዓበየ ይመጽእ እንተ ሃለወ፡ ኣብዝሓኦም ግን "ሓዲሽ ልቢ" ኣይተቐበሉን። እዚ ሎሚ ዘሎ ህዝቢ እውን ንእግዚኣብሄር ዚፈርህ ውሁድ ልቢ ኣይውንን እዩ። ግደ ሓቂ፡ ነጋድያን ንመጀመርታ ግዜ ናብታ ቅድስቲ ምድሪ ምስ ከዱ ከም ምድሪ ካልኦት ኣህዛብ ብፍጹም ቅድስና ኣልቦ ኮይና ክረኽብዋ ከለዉ፡ መብዛሕትኦ ግዜ ይግረሙ እዮም። ዝኾነ ሰብ ንኣብነት ኣብ ተልኣቪቭ ካብ ካቢና ወሪዱ ብክለባት ለይታዊ ትልሂት፡ ክለባት ስትሪፕ፡ ብሓሽሽ ዝቐወሱ መናእሰይን ምንዝርናን ክረክብ ከሎ ክግረም ይኽእል እዩ። እዚ ማለተይ ግን ንእስራኤል ካብ ሃገረይ ወይ ካብ ካልኦት ሃገራት ዝኸፍኦት ገይረ ኣይኮንኩን ከቐምጣ ዝፍትን ዘሎኹ። እዚ ሎሚ ድሕሪ ሰሳን ሓሙሽተን ዓመት ምምስራት እዛ ሃገር ዘሎ ኩነታት ምስቲ ኤርምያስ ዝገለጾ ዳግማይ ምትእኽኻብ እስራኤል ከምዘይተኣሳሰር ጥራይ እየ ከስምረሉ ደልየ ዘሎኹ። ኤርምያስ ኣተንቢህዎ ዘሎ ኣብቲ መወዳእታ ዘመን ዝፍጸም እምበር ክሳብ ሕጂ ዘይተፈጸመ ትንቢት ምዃኑ ክበርህ ይደሊ። ነብዩ ኤርምያስ "ነታ ምድሪ ተስፋ ንሓዋሩ ምውናን" ምስ መብጽዓ "ሓድሽ ልቢ" ኣተሓሒዝዎ ኣሎ። እዚ ክልቲኣቱ ብሓደ ዝኸይድ'ዩ። ኣብዚ ክፍልታት

እዚ ኪዳን ኣብርሃምን ሓዲሽ ኪዳንን ተወሃሂዱ ከም ንጽልን ዛዛሚን ዕላማ ናይቲ ጉይታ ንህዝቡ ዝሃቦ ዕዙዝ መደብ ምድሓን ኮይኑ እዩ ዝግለጽ።

## <u>ሓዲሽ ኪዳን ኣብ ትንቢት ህዝቂል</u>

ድሒሩ ነቢዩ ህዝቂል፡ ብዛዕባ'ዚ ህዝቢ እስራኤል ሓዲሽ መንፈስን ሓዲሽ ልብን ዝቕበለሉን ብምሉእ ተኣዛዝነትን ቅድስናን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዝመላለሰሉን ግዝያት ተነቢዩ እዩ፣ "ብትእዛዛተይ ምእንቲ ኺመላለሱ፣ ንፍርደይ ከኣ ኺሕልዉን ኪገብርዎን፣ ሓደ ልቢ፣ ኽህቦም፣ ሓድሽ መንፈስ ድማ ኣብ ውሽጥኹም ከሕድረልኩም እየ። ካብ ስጋኦም ናይ እምኒ ልቢ ኽውጽእ፣ ናይ ስጋ ልቢውን ክህቦም እየ። ንሳቶም ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፣ ኣነውን ኣምላኾም ክኸውን እየ፡" (ህዝ11፡19-20) ይብል። ድሕሪኡ ኣብ ምዕራፍ 36 ህዝቅኤል ከም ብሓድሽ ተመሳሳሊ ትንቢት ጽሒፉ ኣሎ። ሕጂ እውን ልክዕ ከም ኤርምያስ ህዝቅኤል ነቲ ብኣብርሃማዊ ኪዳን እተዋህበ ተስፋ ናይታ ምድሪ ርስቲ ምስ ምቕባል ሓድሽ ልቢ ዝብል ሓድሽ ኪዳናዊ ተስፋ ብንጹር ኣተሓሒዝዎ ኣሎ። ኣብዚ'ውን እዚ መብጽዓ እዚ ናብ "ቤት እስራኤል" ዝቐንዐ እዩ፣

> ስለዚ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካ ንቤት እስራኤል ንገሮም፣ ኣቱም ቤት እስራኤል፣ እዚ ምእንቲ እቲ ኣብ ዘዝኣተኽምዎም ህዝቢ ዘርከስኩምዎ ቅዱስ ስመይ እየ እምበር፣ ምእንታኹም ኣይኰንኩን ዝገብሮ ዘሎኹ። ነቲ ኣብ ህዝብታት ዝረኸስ፣ ኣብ ማእከሎም ዘርከስኩምዎ ዓብዩ ስመይ ክቕድሶ እየ። ኣብ ቅድሚ ኣዒንቶም ኣባኻትኩም ምስ ተቐደስኩ ኸኣ፣ እቶም ህዝብታት ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። ካብ ህዝብታት ከምጽኣኩም፣ ካብ ኵሉ ሃገራት ከኣ ክኣኻኽበኩም እየ፣ ናብ ሃገርኩምውን ክመልሰኩም እየ። ጽሩይ ማይ ክነጽገልኩም እየ እሞ ክትጸርዩ ኢኹም። ካብ ኵሉ ርኽሰትኩምን ካብ ኵሎም ጣኦታትኩምን ከጽርየኩም እየ። ሓድሽ ልቢ ድማ ክህበኩም፣ ሓድሽ መንፈስ ከኣ ከሕድረልኩም፣ ናይ እምኒ ልቢ ኻብ ስጋኹም ከውጽእ፣ ናይ ስጋ ልቢውን ክህበኩም እየ። ንመንፈሰይ ኣብ ውሽጥኹም ከሕድር፣ ብትእዛዛተይ ከመላልሰኩም፣ ፍርደይ ከሐልወኩምን ከግብረኩምን እየ። ኣብታ ነቦታትኩም ዝሀብኩዋ ሃገር ክትነብሩ፣ ህዝቢ ኸኣ ክትኰኑኒ ኢኹም፣ ኣነውን ኣምላኽ ክኾነኩም እየ። (ህዝ36፡22-28)

እዚ ክፍሊ'ዚ፡ ሃዋርያትን እቶም ቀዳሞት ዝኣመኑ ኣይሁድን ንሓዲሽ ኪዳን ብኸመይ ዝበለ ምርዳእ ይርእይዎ ነይሮም ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ክንግንዘብ ዓሚቝ ስውጠት ይህበና። ዋላ'ኳ ብዙሓት ሊቃውንቲ ስነመለኮት ነቲ ብደም የሱስ ዝተገብረ ሓዲሽ ኪዳን ንሕድገት ሓጢኣት ኩላ ዓለም ዝተገብረ ኪዳን ጥራይ ገይሮም ይቕጽሩዎ፡ እዚ ክፍሊ'ዚ ግን ሓዲሽ ኪዳን ምስ ኪዳን ኣብርሃምን ምስታ ናይ ተስፋ ምድርን ብሓይሊ ዝተኣሳሰር

ኪዳን ምኽኑ የብርሃልና። ህዝበ እስራኤል ከምቲ ተስፋ ኣምላኽ፥ ነታ ምድሪ ክወርሱዋን ንኣምላኽ ብዜግባእ መገዲ ከም ዝመላለሱን ክገብሮም ዝኽእል እቲ ብሓዲሽ ኪዳን ኣቢሉ እተዋህበ ተስፋ ናይ ሓዲሽ ልቢን ሓዲሽ መንፈስን እዩ። ጐይታ ናይ መወዳእታ ዕላማኡ ወትሩ ምሉእ ብምሉእ ዘፍቅሮን ኣብታ ክህቦም ቃል ዝኣተወሎም ምድሪ ብሓጐስን ደስታን ዘገልግሎ ህዝቢ ክህልዎ እዩ ነይሩ። ሕጂ እውን ዕላማ ኣምላኽ እዚ እዩ። ተስፋታቱ ድማ ሓንቲ'ኳ ከየጕደለ ክፍጸሞ እዩ።

## ሓዲሽ ኪዳን

ምምጻእ ሓዲሽ ኪዳን ኣብ ብሉይ ኪዳን'ኳ እንተ ተነግረ፥ ብወግዒ ዝተጸምበለሉ ግን ስጋ የሱስ ምእንቲ ህዝቡ ኣብ መስቀል ምስ ተቘርሰ'ዩ።

> ጽዋእ ኣልዒሉ ኣመስጊኑ ድማ፥ መንግስቲ ኣምላኽ ክሳዕ እትመጽእ፥ ካብዚ ፍረ ኦም ወይኒ ኸም ዘይሰቲ እብለኩም አሎኹ እሞ፥ ውሰዱ፥ እዚ ንሓድሕድኩም ተማቐልዎ፥ በለ። እንጌራ ኣልዒሉ ድማ ኣመስጊኑ ቈረሱ፥ እዚ ምእንታኹም ዚውሃብ ዘሎ ስጋይ እዩ፥ እዚ ንመዘከርታይ ግበርዎ፥ ኢሉ ሃቦም። ከምኡ ድማ ድሕሪ ድራር ነታ ጽዋእ ኣልዒሉ፥ እዛ ጽዋዕ እዚኣ እቲ ምእንታኹም ብዚፈስስ ዘሎ ደመይ እተገብረ ሓድሽ ኪዳን እያ። (ሉቃ22፡17-20)

ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኢና እቲ ዓብዩ ትንቢታዊ ክረሸንዶ ናይቲ ጐይታ ዝሃቦ ተስፋታትን ኪዳናትን እንረኽቦ። እቲ ምስ ኣብርሃም ብህይወቱ እናመሓለ ከም ዘይልውጦ ዘተሰፈዎ መብጽዓ፥ ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ህይወቱ ብምሕላፍ ክዉን ገይርዎ። ዋላ'ኳ ጐይታ ነቲ ብዙሕ መስዋእታት ኪዳን ሙሴ ነቶም ዝንስሑ ሰባት እቲ ዘስካሕክሕ ውጽኢት ሓጢኣትን ንዕኡ ንምእላይ ዘድሊ ዓብዩ ዋጋን ንኽርእዩ እንተ ተጠቐመሉ፥ ናይ መወዳእታ ክፍሊት ሓጢኣት ናይ ህዝቡ እስራኤል ዝገበረ ግና ጐይታ ባዕሉ እዩ።

## ምስጢር ምድሓን ኣህዛብ

ክሳብ ኣብዚ እቶም ኣርባዕተ ኪዳናት መጽሓፍ ቅዱስ - እንተላይ ሓዲሽ ኪዳን ወሲኽካ - ንእስራኤልን ንእስራኤል በይናን ከም እተዋህቡ ርኢና ኣሎና። ክሳብ ሕጂ ካብ ዝዳህሰስናዮም ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ፥ ኣህዛብ ተቐበልቲ መብጽዓታት ኣምላኽ ምኻኖም ብግህዶ ኣይተገልጸን። ቅድሚ ዘመነ ሃዋርያት፥ ኣህዛብ ድሕነት ክረኽቡ ወትሩ ዝከኣል እኳ እንተ ነበረ (ህዝቅኤል 18፡20-21 ርአ)፥ እዚ ግን ምስ ህዝቢ እስራኤል እንተ ዘይተጸምቢሮም፥ ኣዝዩ ሳሕቲ እዩ ዘጋጥም ነይሩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ቅድሚ መስቀል ዝነበረ መንፈሳዊ ኩነታት ኣህዛብ ኣብ ዝገለጸሉ እዋን "ንጥፍኣት እተዳለዉ ኣቕሓ ቍጥዓ" (ሮሜ 9፡22) ከምኡ'ውን "ካብ ሕብረት እስራኤል ፍሉያት፥ ነታ ኺዳን ተስፋውን ኣጋይሽ፥ ትጽቢት ዜብሎም፥ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ብዘይ ኣምላኽ ዝነበርኩም" (ኤፌ. 2፡12) ይብል። በዚ ምኽንያት'ዚ እዩ ድማ ኣብ ሓድሽ ኪዳን፥ ምኽፋት ወንጌል

ንኣህዛብ፡ ንብዙሓት ኣይሁድ፡ ኣዝዩ ዝገረሞም ሰውራዊ ኣምር ዝነበረ። ጴጥሮስን ኩሎም ቀዳሞት ኣይሁዳውያን ኣመንትን መንፈስ ኣብ ልዕሊ ቀርኔሌዎስን ኣይሁዳውያን ዘይኮኑ ቤቱን ክፈስስ ከሎ ኣዝዮም ዝሰንበዱ በዚ ምኽንያት እዩ (ግብሪ ሃዋርያት 10-11 ርአ)። ብዙሓት ካብቶም ቀዳሞት ኣይሁዳውያን ኣመንቲ ነዚ ብቐሊሉ ክቕበሉዎ ኣይከኣሉን። ድሒሩ ጴጥሮስ እቲ ዝኾነ ብብዙሕ ምርዳእ ምስ ገለጸሎም ግና "ሃድኡ እሞ፡ እምብኣርስ ኣምላኽ ነህዛብ ድማ ንህይወት ዚኸውን ንስሓ ሂብዎም፡ እናበሉ ንኣምላኽ ኣመስገኑ" (ግብ 11፡18) ይብለና። ሽሕ'ኳ ምድሓን ኣህዛብ ብነቢያት ተኣሚቱ እንተ ነበረ፡ እቶም በርታት ወሓይዝ ግና ክሳብ'ታ ህሞት ኣይተራሕዉን። በዚ እዩ ጳውሎስ፡ ምድሓን/ ምትእትታው ናይ ኣህዛብ "ኣብቶም ካልኦት ደቂ ኣዳም ተሰዊሩ ዝነበረ ንቅዱሳን ሃዋርያትን ነቢያትን እተገልጸ ***ምስጢር***" (ኤፌ3፡4-6) ዝብሎ።

እዚ ብስራት ንኹሉ እዩ - ኣይሁዳዊ ይኹን ኣረማዊ - ብንስሓን ንሕድገት ሓጢኣት ብስም የሱስ ብምእማንን ናብ ኣምላኽ ኪመጽእ እቲ መገዲ ንኹሉ ክፉት'ዩ (ማር 1፡15, 6፡12፡ ዮሃ 3፡16፡ ግብ 2፡21፡ 2፡38፡ 3፡19፡ 10፡42-43፡ 17፡30፡ 26፡20)። ኣይሁዳዊ ምዃን፡ ምግዛር ወይስ ሕጊ ሙሴ ምሕላው እውን ዜድሊ ኣይኮነን (ግብ 15)።

## <u>መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮሜ ምዕራፍ 11 - ምስጢር እስራኤል</u>

ኣብዚ እዋን'ዚ እስራኤል ብልክዕ ኣብ መደብ ኣምላኽ እንታይ ቦታ ኣለዋ ንብዙሓት ክርስትያን ንምርድኡ ዜሸግሮም ነገር'ዩ። ከምኡ ምዃኑ ኣየገርምን፣ ከመይሲ ብመሰረት ቅዱሳት ጽሑፋት፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን፣ ክልተ ዝዋቓዕ ክመስል ዝኽእል መንፈሳዊ ክውንነት ኣሎ። ቀዳማይ፡ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣብ ሓደ ክፍሊ "ተረፍ እስራኤል" ጥራይ ከምዝድሕን ብንጹር ይነግር (ሮሜ 9፡27 ርአ)። ማዕረ ማዕሪኡ ኸኣ "ብዘሎ እስራኤል ክድሕን'ዩ" (ሮሜ 11፡26) ዝብል ካልእ ክፍሊ ከኣ ኣሎ። ተረፍ ጥራይ እዩ ክድሕን፣ ግን ከኣ ብዘሎ እስራኤል ክድሕን እዩ፤ እዚ ክልቲኡ ተጋራጫዊ መግለጺታት ብኸመይ ክፍታሕ ይከኣል፤ ጳውሎስ ነዚ ኣርእስቲ እዚ ኣብ ሮሜ 9–11 ብቐጥታ መልሲ ሂብሉ ኣሎ። እዚ ክፍሊ'ዚ፡ ነዚ ጉዳይ ብፍሉይ ዝምልከት ኣገዳሲ ክፋል መጽሓፍ ቅዱስ'ዩ። ጳውሎስ ነዞም ክልተ ተቓረንቲ ዝመስሉ ክውንነታት ዝሃቦ መፍትሒ ካብ ምድራዊ ኣገልግሎት የሱስ ጀሚሩ ጉይታ ነቲ ዝበዝሐ ህዝቢ ኣይሁድ ብኸፊልን ንግዚኡን ልቦም ንወንጌልን ንመሲሖምን ከትርር ከም ዝመረጸ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ ዝብል'ዩ። ኣብቲ ምዱብ ግዜ - ንሱ ኸኣ የሱስ ዳግማይ ምስ ተመልሰ - እቲ ከፊላውን ግዝያውን ምትራር ንሓዋሩ ክእለን "ብዘሎ እስራኤል" ድማ፡ ኣብታ ህሞት እቲኣ ክድሕንን እዩ። ጳውሎስ ነዚ ግዚኡ እናሓለወ ዝግሃድ ምስጢራት እዩ "መዓሙቕ ምስጢር ኣምላኽ" ዝብሎ። በዚ ኣርእስቲ'ዚ ካብ ዝዛረቡ ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ ሮሜ 11፡25–27 ካብቲ ብቐዳምነት ዝጥቀስ ክፍሊ'ዩ። ሓደ ሰብ ነቲ ንኣይሁድን ንኣህዛብን ዝምልከት እቅድ ኣምላኽ ክፈልጥ እንተ ደሊዩ፡ ነዚ ክፍሊ ብዝግባእ ክርድኦ

ኣለዎ። ጳውሎስ፡ ኣህዛብ ብዛዕባ እዚ "ምስጢር" እዚ ዘይፈልጡ ከይኮኑ ኣሕሚሙ የጠንቅቖም፣

> ኣሕዋተየ፡ ብርእስኹም ብልህታት ዘኾንኩም ምእንቲ ከይመስለኩምሲ፡ ምልኣት ኣህዛብ ክሳዕ ዚኣቱ፡ ንሓያሎ ካብ እስራኤል ትሪ ልቢ ከምዝበጽሖም፡ እዚ ምስጢር እዚ ዘይትፈልጡ ክትኮኑ፡ ኣይፈቱን እየ። ከምቲ ጽሑፍ፡ ተበጃዊ ካብ ጽዮን ኪመጽእ እዩ፡ ካብ ያእቆብ ከኣ ረሲእነት ኬርሕቕ እዩ፡ ሓጢኣቶም ምስ ኣርሓቕኩ፡ ኪዳነይ ምሳታቶም እዚ ኪኸውን እዩ፡ ዚብሎ፡ ብዘሎ እስራኤል ኪድሕን እዩ።

ኣብዚ ክፍሊ'ዚ ኣጸቢቕና ክንርድኦም ዘግብኣና ሓሙሽተ ነጥብታት ኣለዉ፣

1. ምትራር ኣይሁድ ከፊላዊ'ዩ - ንኹላቶም ኣይሁድ ኣይኮነን።
2. እዚ ከፊላዊ ምትራር፡ ግዚያዊ'ዩ - ነባሪ ኣይኮነን።
3. እዚ ምትራር፡ ኣብ ሓደ ውሱን ቊሩጽ ግዜ ክለዓል'ዩ።
4. ብልክዕ ንምዝራብ ድማ ድሕሪ "ምልኣት ኣህዛብ" ክለዓል'ዩ።
5. ኣብቲ ግዜ "ብዘሎ እስራኤል" ክድሕን'ዩ።

<u>**ሱፐርሰሽንስታዊ ተቓውሞ**</u>

ኣብታ ***መንግስትኻ ትምጻእ*** እትብል መጽሓፉ ሳም ስቶርምስ፡ ነቲ ዝጸንሐ ሱፐርሰሽንስታዊ ኣመለኻኽታ የራጉዶ። ስቶርምስ፡ ጳውሎስ "ብዘሎ እስራኤል" ክብል ከሎ ነቶም ብተዛማዲ ክሳብ ሕጂ ዝደሓኑ ሒደት ሚእታዊት ኣይሁድ እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ኪኸውን ከምዘይክእል ይምጉት። ኣብ መጻኢ ዝኾነ ይኹን "ዳግመ ምሕዳስ ኣይሁድ ክህሉ'ዩ"[1] ዝብል ሓሳብ ድማ ይኽሕዶ። ስቶርምስ ነዚ ጉዳይ'ዚ ንምምጓት ኣብ መጽሓፉ ምሉእ ምዕራፍ - ሰላሳን ክልተን ገጻት ዘለዎ - ወሲዱ ኣሎ።

እቲ ዝበዝሐ ስነ-መጐት ስቶርምስ፡ ኣብ ዙርያ'ቲ ጳውሎስ "ኩሎም እስራኤላውያን፡ እስራኤላውያን ኣይኮኑን" ዝበሎ ዝዘውር'ዩ። "ግናኸ እቶም ካብ እስራኤል ዘበሉ ኹላቶም እስራኤላውያን ኣይኮኑን" (ሮሜ9፡6)። ብናይ ስቶርምስ ስነ-መጐት፡ ምናልባት ሓደ መዓልቲ ኣብ ኣይሁድ ምንቅቓሕ ይመጽእ ይኸውን፡ እንተኾነ እዚ ዘለዉዎ ኩነታት ኣብ ግምት የእቲኻ፡ ብዘይካ እቶም ዝኣመኑ ሒደት ተረፍ ገዲፍካ ኩነታቶም ነባሪ ኮይኑ ኪቕጽል'ዩ ዝብል እዩ። ስቶርምስ፡ ምትራር እስራኤል ሓደ ግዜ ክለዓል ተኽእሎ ዘለዎ ኣይመስልን'ዩ ይብል። ብፍሉይ ጳውሎስ "ኣብ ምዝዛም ታሪኽ ምስ ምምላስ ክርስቶስ ተተሓሒዙ ብዙሓት ኣይሁድ ናብ እምነት ኪመጹ'ዮም"[2] ኢሉ ኣይምሃረን ብምባል ይምጉት።

ኣብዚ ሱፐርሰሽንስታዊ መጐት ገለ ዘይሰዓር ጸገማት ኣሎ። ጳውሎስ ኣብ ብዘሎ መልእኽቲ ሮሜ ካብ ታሽዓይ ክሳብ ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ፡ ብዘየማትእ መግለጺ፡ ኣምላኽ

ንሕብረት እስራኤል ነጺግዎ'ዩ ዝብል ኣበሃህላ ውዱቕ ገይርዎ ኣሎ። የሱስ ምስ ተመልሰ'ውን "ምድሓን ብዘሎ እስራኤል" ከም ዝኸውን ብግልጺ ኣስተምሂሩ'ዩ። ገለ ካብቲ ጳውሎስ ብመንፈስ ተደሪኹ ዝበሎ መጕተ እስኪ ንርአ፣

## <u>ናይ ጳውሎስ መዋጥር</u>

ሮሜ 11 ክንርድኦ እንተ ኼንና፡ ብመጀመርታ ጳውሎስ ነቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ጕሊሑ ዝነበረ ሽግር - ከመዮ ጉድ - ኪገልጾ ይፍትን ከም ዝነበረ ክንፈልጥ ኣሎና። እዚ ከኣ ኣብዝሓኦም በቲ መዓልታት ዝነበሩ ኣይሁድ ንየሱስ ነቲ መሲሖም ነጺጎሞ ስለ ዝነበሩ'ዩ። ዋላ'ኳ ገለ ኣይሁዳውያን ናብ እምነት ይመጹ እንተ ነበሩ፡ እቲ ብነቢያት እተዋህበ ተስፋ ኪዳን ግን እስራኤል ከም ህዝቢ ብጥርኑፋ ኪድሕን'ዩ ዝብል እዩ ነይሩ። ጳውሎስ ነዚ ብመዓልታቱ ዝረኣዮ ኵነታት ኣይሁድን፡ ኣብ መወዳእታ ዘመን ማለት የሱስ ምስ ተመልሰ ዝፍጠር ክዉንነትን ብምዝታይ እቲ ብትንቢት እተዋህበ ኪዳን ብኸመይ ከም ዝፍጸም ኪገልጽ ይፍትን። እስከ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ምድሓን ውልቀ ሰባትን ከምኡ ድማ ምድሓን ናይ ህዝቢ ኣይሁድ ብጥርኑፍን ብምዝታይ ንጀምር።

ኣብ ዘመነ ጳውሎስ፡ ልክዕ ኣብ ዘመንና ከምዘሎ፡ ዝኾነ ይኹን - ኣይሁዳዊ ይኹን ኣህዛብ - ብንስሓን ብእምነት የሱስ ክርስቶስን ጥራይ እዩ ናብ ስድራ ቤት ኣምላኽ ኪጽንበር ዝኽእል። ዝኾነ ሰብ ክድሕነሉ ዝኽእል እንኮ ሓቀኛ መገዲ'ውን እዚ ጥራይ እዩ። ጳውሎስ ግን እቶም ኪዳናት ብዘሎ ህዝቢ እስራኤል እምበር ምድሓን ውልቀ ሰባት ጥራይ ከም ዘይዛረቡ ይፈልጥ ነይሩ'ዩ። እዚ ድማ ኣብቶም ብስጋን ደምን ዘርኢ ኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን ዝኾኑ ልክዕ ከምቲ ጕይታ ኣብ ኣብርሃማዊን ዳዊታውን ሓድሽ ኪዳንን መብጽዓታቱ ዝሃቦ ኣገባብ ዝፍጸም'ዩ። መብጽዓታት እግዚኣብሄር ንውልቀ ሰባት ዘይኮነስ ኩሉ ግዜ ንብዘሎ ህዝቢ እስራኤል ዝተዋህበ እዩ። እቲ መብጽዓታት ብልክዕ ንመን ከም ዝተወሃበ ኣብዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ርአ፣

- "ደቂ እስራኤል" (ዘጸ 6፡2–8፣ ህዝ 43፡7፣ 44፡9)
- "ኩሎም ዓሌታት እስራኤል" (ኤር 31፡1)
- "ቤት እስራኤል" ከምኡ'ውን "ቤት ይሁዳ" (ኢሳ 14፡1-3፤ ኤር 31፡31፤ እብ. 8፡8)
- "ብዘሎ ቤት እስራኤል" (ህዝ.11፡15፤ 20፡40፤ 39፡25፤ 45፡6)
- "ደቂ ያእቆብ ሕሩያቱ" (1ዜና 16፡13–18፤ መዝ 105፡6-12)
- "ቤት ዳዊትን ኣብ ልዕሊ ነበርቲ የሩሳሌምን" (ዘካ 12፡10-11)

ካልኦት ብዙሓት ኣብነታት ክጥቀሱ ይኽእሉ እዮም። ኣብቲ ኣምላኽ ምድሓን እስራኤል ከም ዝኸውን ተስፋ ዝሃበሉ ኩሉ ክፍልታት ብዛዕባ ሕብረት እስራኤል ብጥርኑፉ እምበር ብዛዕባ ውልቀ ሰባት ጥራይ ኣይተዛረበን። ጳውሎስ ነዚ ጸገም'ዚ ከም ውዱእ ፍታሕ ኢሉ ዘቕረቦ ድማ፡ ኣብ መንጎ እቲ ኣብ ዘመኑ ገለ ውልቀሰባት ናብ ስጋ መሲሕ

ዝኣትዉሉ ዝነበሩን፡ ኣብ መንጎ እቲ ዳሕሮት መዓልትታት የሱስ ምስ ተመልሰ፡ ብዘሎ ሕብረት እስራኤል ዝድሕነሉ እዋናትን ፍልልይ ምግባር እዩ ነይሩ።

## ብዘሎ እስራኤል መኣስ'ዩ ኪድሕን፤

ጳውሎስ ኣብ ሮሜ 11 ዝተኸተሎ መዋቕር መጕተታት ምስቲ ብግዚኡ ዝነበረ ሃዋህው ኣይሁድነትን የሱስ ዳግም ምስ ተመልሰ ዝኸሰት ሃዋህውን የነጻጽር። ሎሚ'ውን ንሕና ምስ ጳውሎስ ኼንና፡ "በዚ ዘመንዚ ብሕርየት ጸጋ ተረፍ ኣሎ፡" (ቁ.5) ክንብል ንኽእል ኢና። ዋሕዚ መጕተኡ ግና ኣብ ሓደ ንጹር መደምደምታ ይበጽሕ፣ ጳውሎስ እቲ ግዝያዊ ምትራር ምስ ተላዕለ "ብዘሎ እስራኤል" ከም ዝድሕን ብሓጕስ ይእውጅ! ጳውሎስ፡ የሱስ ምስ ተመልሰ ብፍሉይ ደቂ እስራኤል ብሕብረት ክድሕኑ እዮም ኢሉ ይሓስብ ከምዝነበረ እንፈልጠሉ ገለ ምኽንያታት እስኪ ንዛተ።

## ተበጃዊ ካብ ጽዮን ኪመጽእ እዩ

ጳውሎስ ኣብ ሮሜ 11 ብዛዕባ ምምላስ የሱስ ይዛረብ ከምዘሎ ንፈልጥ፣ እዚ ከኣ ምኽንያቱ ኣብዚ ክፍሊ ካብ ኢሳ 59፡17-18 እግዚኣብሄር መንፈሱ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ኬሕድርን ቃላቱ'ውን ኣብ ኣፎም ከንብርን ዝኣተወሎም ኪዳን ኣልዒሉ'ዩ ዝዛረብ ዘሎ። ጳውሎስ ነዚ ክፍሊ ክጠቅስ ከሎ ብቐጥታ ምስ ድሕነት እስራኤል ኣተኣሳሲሩዎ ኣሎ። ኣብ ሮሜ 11፡26፡ ጳውሎስ ኵሉ እስራኤል ኪድሕን እዩ ድሕሪ ምባሉ፡ ብኡንብኡ ንኢሳይያስ 59፡20–21 ይጠቅስ። ሓደ ኽፋሉ ከምዚ ዚስዕብ ይንብብ፡ "ንጽዮንን ነቶም ካብ ምዕላዎም ናብ ያእቀብ ዚምለሱን ተበጃዊ ኺመጽእ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡"።

እዚ ጳውሎስ ዝጠቐሶ ዘሎ ክፋል ትንቢት ኢሳይያስ ብዛዕባ፡ 1) ዳግመ ምምላስ የሱስ። 2) ንእኡ ተኸቲሉ ዝመጽእ ምድሓን እስራኤል ካብ ጸላእቶም። 3) ምድሓን እስራኤል ካብ ሓጢኣቶም። ከምኡ'ውን እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ 4) ኣምላኽ ምስኣታቶም ኪዳን ምእታዉን መንፈሱ ምስኣታቶም ከም ዝኸውንን ድሕሪ ደጊም ድማ ከም ዘየግድፎምን፡ ይነግር። ብርግጽ እዚ ኪዳን'ዚ ሓዲሽ ኪዳን'ዩ። ኣምላኽ ንብዘላ ቤት እስራኤል ሓድሽ ልብን ሓድሽ መንፈስን ክህብ'ዩ። ጳውሎስ ነዚ ክፍሊ እዚ ምጥቃሱ ዘገርም ኣይኰነን!

## እተሓደሰት መንግስቲ እስራኤል

እቲ ትንቢት ግና በዚ ኣየብቅዕን'ዩ። ኣብታ ብኡንብኡ እትስዕብ ምዕራፍ 60 (ትንቢት ኢሳይያስ)፡ እቲ ትንቢት ብዛዕባ *ናይ መጻኢ ምሕዳስ መንግስቲ እስራኤል ይቕጽል!* እወ ምሕዳስ እስራኤል። ብኡንብኡ ተበጃዊ ናብ ጽዮን ድሕሪ ምምጽኡ፡ ኢሳይያስ እተሓደሰትን እተሞገሰትን መንግስቲ እስራኤል ከም ማእከል ዓለማዊ ምሕደራ ከም እትቐውምን ኣህዛብ ናብ መሪሕነታ ከም ዝሰሓቡን ይገልጽ። ከምዚ ይብል፡ "ኣህዛብ ናብ ብርሃንኪ፡ ነገስታት ከኣ ናብ ጸዳል ምብራቕኪ ኺመጹ እዮም" (ቍ.3)። ኣብ ብዘላ ምድሪ ዘለዉ ሃገራት ኣህዛብ፡ ቀረጽ ክኸፍሉን ክብሪ ከርእዩን ንመንግስቲ እስራኤል

ህያባት ኬምጽኡን ከም ዝመጹ ተገሊጾም ኣለዉ፡ "ምልኣት ባሕሪ ናባኺ ኺምለስ፡ ሃብቲ ኣህዛብ ከኣ ናባኺ ኺመጽእ እዩ እሞ፡ ሽዑ ኽትርእዩ፡ ብታሕጓስ ድማ ከተንጸባርቒ ኢኺ፡ ልብኺውን ትርግርግ ኪብልን ኪርሕብን እዩ" (ቍ.5)። ኣህዛብ ነታ መንግስቲ ንምሕዳስን ንምህናጽን ከም ዓየይቲ ኰይኖም ንርእሶም ከም ዘቕረቡ ይብል። "ደቂ መጻእተኛታት ንቐጽርኺ ኺነድቅዎ፡ ነገስታቶም ከኣ ኬገልግሉኺ እዮም። እቲ ዘይግዝኣኪ ህዝብን መንግስትን ኪጠፍእ፡ እወ፡ እዞም ኣህዛብ ብጥራሕ ኪጸንቱ እዮም እሞ፡ ሃብቲ ኣህዛብ ምእንቲ ኼእትውልኪ፡ ነገስታቶም ድማ ተዐጅቦም ኪኣትውኹስ፡ ደጌታትኪ ኹሉ ጊዜ ኽፉት ኪኸውን፡ ለይትን መዓልትን ኣይኪዕጾን እዩ፡"(ቁ.10-12)

ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ኣህዛብ ከይተረፉ ኣብ ምህናጽ ቤት መቕደስ ኪሕግዝዎም'ዮም፡ "ነቲ ስፍራ መቕደሰይ ምእንቲ ኺስልምዎ፡ ክብሪ ሊባኖስ፡ ጽሕድን ሙዝን ዝበን፡ ሐቢሮም ኪመጹኺ እዮም። ኣነውን ንስፍራ መርገጽ እግረይ ከኽብሮ እየ፡" (ቁ.14) ይብል።

ጳውሎስ ብዛዕባ እቲ ናይ መጻኢ ምድሓን እስራኤል ብኸመይ ከም ዝድምደም ኪገልጽ ከሎ፡ ምልዓል ናይቲ ግዝያዊ ምትራር ልቢ እስራኤል ምስቲ ኢሳይያስ ዝገለጾ ምድሓን እስራኤል ኣብዞም ዝሰዕቡ ነጥብታት ኣተሓሒዝዎም ኣሎ፡

- ዳግመ ምምላስ የሱስ
- ምድሓን እስራኤል ካብ ጸላእቶም
- ምድሓን እስራኤል ካብ ሓጢኣቶም
- መንፈስ ኣምላኽ ንዘለኣለም ኣብ ልዕሊኦም ምዕራፉ
- ምድሓን ብዘሎ እስራኤል
- ኣምላኽ ንመንግስቲ እስራኤል ንህዝቢ ኣይሁድን ምሕዳሱ

እዞም ኣብ ላዕሊ እተጠቕሱ ኩላቶም ፍጻመታት ኣብ ሓደ እዋን ኪኾኑ'ዮም። ጳውሎስ ነዚ ነጥቢ'ዚ ክንዲ ዝተኻእሎ እዩ ጸቒጡ ክገልጾ ፈቲኑ። ዝኾነ ይኹን ኣብቲ እዋን እቲ ብሉይ ኪዳን እተማህረ ኣይሁዳዊ ነቲ ጳውሎስ ዝብሎ ዝነበረ ነጥቢ ምሉእ ብምሉእ ምተረድኦ ነይሩ።

## <u>ነቲ ዘወግእዎ ኺጥምቱ እዮም</u>

ጳውሎስ፡ ምድሓን እስራኤል ኣብ መጻኢ ክኸውን ይጽበዮ ከምዝነበረ ዘብርሃልና ካልእ ምኽንያት እዚ ምድሓን'ዚ ኣብ መወዳእታ ዘመን ከም ዝኸውን ዘካርያስን የሱስን'ውን ተዛሪቦም ስለዝነበሩ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ሮሜ 11 ዋላ'ኳ እንተ ዘይትነብር፡ የሱስ ምስ ተመልሰ ኩሉ እስራኤል ክድሕን'ዩ ዝብል ትምህርቲ ኣብ ካልእ ክፋላት መጽሓፍ ቅዱስ ንጹር መሰረት ዝገበረ'ዩ።

እስኪ ብትንቢት ዘካርያስ ንጀምር። ዘካርያስ ኣብታ ቐዳመይቲ ክፍሊ “እቲ ጨንፈር” እናበለ ይዛረብ። እዚ ዳርጋ ኵሎም ክርስትያን ዓለቕቲ ብዛዕባ የሱስ እቲ መሲሕ ይዛረብ ከም ዘሎ ዝሰማምዑሉ ነጥቢ'ዩ። ቀጺሉ ዘካርያስ እዚ ጨንፈር እዚ ንሓጢኣት ምድሪ እስራኤል ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ከም ዝጸርግን መተዓረቒ ከም ዝገብርን ይእውጅ። ድሕሪኡ ድማ እዛ መዓልቲ'ዚኣ ምስቲ ናይ ሰላም ሚለኒያ እስራኤል ከም እትጋጠም ይነግረና፡ “እንሆ፣ ኣነ ነቲ ባርያይ፣ እቲ ጨንፈር፣ ክምጽኦ እየ። ስለዚ ኣታ ኣብ ቅድሚ እያሱ ዘንበርክዋ እምኒ እንሃ፣ ኣብ ሓንቲ እምንስ ሾብዓተ ዓይኒ ኣለዋ፣ እንሆ ኣነ ቅርጻ ክቐርጾ እየ፣ ንኣበሳ እዛ ሃገር እዚኣ ድማ ብሓንቲ መዓልቲ ኽርሕቖ እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ትሕቲ ወይንን ኦም በለስን ንሓድሕዶም ክትተዐዳደሙ ኢኹም፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት” (ዘካ 3፡8-10)።

ድሒሩ ኣብ ትንቢት ዘካርያስ፡ እቲ ነብዩ፡ ነበርቲ የሩሳሌምን “ቤት ዳዊትን” እቲ ዝወግእዎ መን ምዃኑ ምስ ፈለጡ ዝኣትውዎ መሪር ንስሓ ብዝርዝር ይገልጾ። ከምዚ ይብል፡ “ኣብ ልዕሊ ቤት ዳዊትን ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩን መንፈስ ጸጋን ምህለላን ክኽዑ እየ፣ ንሳቶም ከኣ ንኣይ፣ ነቲ ዝወግእዎ ኺጥምቱ እዮም፣ ከምቲ ንሓደ ውሉድ ዚበኽዩሉ፣ ከምቲ ንበዅሪ መሪር ሓዘን ዚሐዝንሉ ኣምሪሮም ኪሐዝኑሉ እዮም። በታ መዓልቲ እቲኣ፣ ከምቲ ኣብ ሃዳድ-ሪሞን ኣብ ጐልጐል መጊዶን ዝኾነ ብኽያት፣ ኣብ የሩሳሌም ዓብዪ ብኽያት ኪኸውን እዩ” (ዘካ12፡10-11)

ድሕር'ዚ እውን ዘካርያስ እዚ ንስሓ'ዚ ናብ ብዘሎ ሕብረት እስራኤልን ነገዳትን ዓሌታትን ከም ዝልሕም ይነግር። ቀጺሉ ኣብ ተመሳሳሊ ዋሕዚ ሓሳባት ኣብ ምዕራፍ 13 እግዚኣብሄር ንሓጢኣት እስራኤል ጠቕሊሉ ከም ዝኣልዮ ይገልጽ፡ “በታ መዓልቲ እቲኣ ንቤት ዳዊትን ነቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩን ንሓጢኣትን ርኽሰትን እትኸውን ዔላ ማይ ክትክፈተሎም እያ” (ቁ. 1) ይብል። እዚ ዓሚቕ ክፍሊ እዩ። ህዝበ እስራኤል ናብቲ ዝወግእዎ ጎይታ ኣቢሎም ክጥምቱን ክሓዝኑን እዮም። ከም ውጽኢቱ ድማ መንፈስ ጸጋ ክፈስሎምን ንሕድገት ሓጢኣት ዝኸውን ፈልፋሊ ክኽፈተሎምን እዩ! ስለዚ ጳውሎስ ንሮሜ9-11 እኳ እንተ ዘይጽሕፍ ነይሩ፡ ዘካርያስ ድሮ ነዚ ሓቂ'ዚ ብፍሉይ የሱስ ዳግም ክምለስ ከሎ፡ በርታት ወሓይዝ ንስሓን ሕድገት ሓጢኣትን ጸጋን ኣብ ልዕሊ እስራኤል ከም ዝኽፈት ኣረጋጊጹልና ኣሎ!

እዚ ዘካርያስ ዝብሎ ዘሎ ምስቲ ጳውሎስ ኣብ ሮሜ ዝበሎ ኣይሰማማዕን'ዩ ዝብል እንተ ሃሊዩ ግን፡ የሱስ ባዕሉ ነዚ ኽፍሊ ዝሃቦ ትርጉም ነዚ ክርክር መዕረፊ ክገብረሉ ይኽእል እዩ። የሱስ ባዕሉ ብዛዕባ እዚ ክፍሊ'ዚ ኣብ ናይ ደብረ ዘይቲ ስብከቱን ዳሕራይ ድማ ኣብ መጽሓፍ ራእይ የሃንስን ብሰፊሑ ዝገለጾ ንዝኾነ እንተታት ቦታ ዝገድፍ ኣይኮነን። መጀመርታ የሱስ ይብል፡ “ሽዑ ትእምርቲ ወዲ ሰብ ኣብ ሰማይ ኪርኤ፡ ሽዑ ድማ ኵሎም ዓሌታት ኣህዛብ ምድሪ ኺበኽዩ። ንወዲ ሰብ ከኣ ብብዙሕ ሓይልን ግርማን

ብደበና ሰማይ ኪመጽእ ክሎ ኺርእይዎ እዮም። ንመላእኽቱ ኸኣ ብብርቱዕ ደሃይ መለኸት ኪልእኮም፡ ነቶም ሕሩያቱ ኻብቲ ሓደ ወሰን ሰማይ ክሳዕ እቲ ወሰን ሰማይ ካብ ኣርባዕቲኡ መኣዝን ንፋሳት ኪእክብዎም እዮም፡” (ማቴ 24፡30-31)። ኣስተውዕሉሉ የሱስ ብዛዕባ ዳግማይ ምጽኣቱ ክዛረብ ክሎ እዩ ነዚ ሓደ ክፋል ዘካርያስ 12 እናጠቐሰ ኩሎም ዓሌታት ኣህዛብ ወይ ምድሪ ብደበና ሰማይ ክምለስ ክሎ ርእዮሞ ከም ዚበኽዩ ዝብል ዘሎ። የሱስ ነዚ ቃላት እዚ ቅድሚ ስቕለቱ ከም እተዛረቦ ርኣዩ። ምስናይዚ ግን ቅድሚ ምእሳሩ'ውን እንተኾነ እቲ ኣብ ትንቢት ዘካርያስ “ዝወግእዎ” ተባሂሉ ዝተገልጸ ንሱ ምዃኑ ይፈልጥ ነይሩ።

ኣብ ራእይ ዮሃንስ'ውን ከይተረፈ እቲ ዘካርያስ ዝተነበዮ ኣብ ዳግማይ ምጽኣት የሱስ ዝፍጸም ምዃኑ በሪሁ ንረኽቦ። ከምዚ ይብል፡ “እንሆ፡ ብደበና ይመጽእ ኣሎ፡ ኵለን ኣዒንትን እቶም ዝወግእዎን ከኣ ኪርእይዎ እዮም፡ ብዘለዉ ዓሌታት ምድሪውን ኪበኽዩሉ እዮም። እወ፡ ኣሜን” (ራኢ.1፡7)። እዞም ዝርኤናዮም ሰለስተ ክፍልታት - ዘካርያስ፡ ማቴዎስ፡ ራእይ - እዞም ዝስዕቡ ፍጻመታት ኩሎም ዘይነጻጸሉ መቓርንቲ ምዃኖም ይገልጹ፥

- ምምላስ የሱስ ብደበናታት ሰማይ (ማቴ 24፡30፤ ማር 13፡26፤ ሉቃ 21፡27፤ ግብ 1፡9-11)
- ኩሎም ነገዳት እስራኤል ብኽብሪ ክምለስ ክሎ ይርእይዎ
- ዓሌታት እስራኤል፡ የሱስ እቲ ንሳቶም ዝወግእዎ ምዃኑ ኣፍልጦ ይህቡ
- ነገዳት እስራኤል ይንስሑን ይሓዝኑን
- መንፈስ ጸጋ ኣብ ልዕሊኦም ይፈስስ
- ጉይታ ንሓጢኣት እቲ ህዝቢ “ብሓንቲ መዓልቲ” የርሕቖ

ጳውሎስ ነዚ ሓቂ እዚ ይፈልጦ ነይሩ'ዩ። ማለት የሱስ ንትንቢት ዘካርያስ ምስ ገዛእ ርእሱ ከም ዘተሓሓዞ ድሮ ፈሊጡ'ዩ። ከምኡ'ውን ምምላስ ክርስቶስ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ዓሌታት እስራኤል ናይ ንስሓን ጸጋን መንፈስ ከም ዘፍስስን ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ኩሉ ሓጢኣት ሕብረት እስራኤል ከም ዝነጽህን ተረዲኡ ነበረ (ኢሳ27፡9)። ስለዚ ከኣ ጳውሎስ ኣብ ሮሜ 11 ነዞም ኣቐዲሞም ዝጸንዑ መንፈሳውያን ሓቅታት እዚኣቶም ይትንትኖም ከም ዝነበረ ዜጠራጥር የብሉን።

እቲ ኣዝዩ ዜጉሂ ግን፡ ስቶርምስ ኣብ ኩሉ'ቲ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚን ብዛዕባ ሮሜ 11ን ዝገበሮ ዳህሳስ፡ ንሓንሳብ'ውን እንተኾነ ንዘካርያስ 12፡ ማቴዎስ 24፡30 ወይስ ራእይ 1፡7 ኣይጠቐሶምን። ብሓቂዶ እዞም ጽሑፋት እዚኣቶም ምስቲ ዳህሳስ ዘይተሓሓዙ ኮይኖሞ እዮም፤

## መጉተ ኤን.ቲ. ራይትን መንቅቡን

ኣብ ውሽጢ ወንጌላውያን ኣመንቲ፡ እንግሊዛዊ ምሁር ቶም ኤን.ቲ. ራይት ሓደ ካብቶም ብርቱዓት ሊቃውንቲ ስነ-መለኮት'ዩ። ውህበት ዘለዎ ውሃ ዘበለ ተዛራባይን፡ ንፉዕን መጋቲን ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ግና እቲ ኣዝዩ ንፉዕ ኣእምሮ እውን እንተዀነ ንሓቂ ዘይኮነ ነገር ክከላኸለሉ ከሎ ተገራጫዊ ምጕታት ከቕርብ ግድን'ዩ። እቲ ዘሕዝን ግና ዋላ'ኳ ራይት ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ከምዚ ዓይነት ስያመ እንተ ኸሓዶ ንሱ ግና ጽኑዕ ሱፐርሰሽንስታዊ እዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ነዚ መርገጺኡ እዚ ብትሪ ተኸላኺሉ እዩ። ራይት ብዛዕባ ሱፐርሰሽንስታዊ ኣመለኻኽታኡ ብድሆ ምስ በጽሖ ገጹ ናብ ፊልጲ 3፡3 ብምቕናዕ፡ ጳውሎስ "ንሕና ንኣምላኽ ብመንፈስ እነገልግሎ፡ ብየሱስ ክርስቶስ ተመኪሕናውን ብስጋ ዘይንእመን ግዝረት ንሕና ኢና" ዝበሎ ክፍሊ እናጠቐሰ ይምጉት። ነዚ ዋቕሲ'ዚ ራይት ብድሱእነት ከምዚ ኢሉ ይገልጾ፡ "ጳውሎስ ብዘገርም መገዲ ነዚ 'ግዝረት' ዝብል ሓረግ ካብ ብሄረ እስራኤል መንጢሉ ንቶም ብክርስቶስ ዘለዉ የግዝሞም። . . . እዚ ንእግረ መገደይ፡ ንቶም 'ጳውሎስ ሱፐርሰሽንስታዊ ኣመለኻኽታ ነይርዎ፡' ኢልኩም ዝበሃለልና ቅኑዕ መልሲ እዩ። እቶም ዝነቕፉና ንፊልጲ 3፡3 እንተ ዘንብብዎ . . . ሽዑ ብዝያዳ ብዕቱብ ምርኤኹዎም፡"[3]

ናይ ጳውሎስ መርገጺ ኣብ ሮሜ 11 ድሕሪ ምርኣይ ከምኡ ድማ ራይት ንዝኾነ ንኣረኣእያኡ ክፈታተን ዝደፍር ሰብ ከቃልሎ ድሕሪ ምርኣይ፡ ኣብ ናይ ራይት ስነ-መጉት ጉሊሑ ዝረአ ጸገም እንታይ እዩ ትብል፤ እቲ መልሲ ቀሊል እዩ። ጳውሎስ ኣብ ዘመኑ ንገለ ጉጅለ ኣይሁድ ዝጸሓፎ መግናሕቲ ኣብ ብዘሎ ሕብረት እስራኤል ኣድማሳውነት ከልብሶ ምፍታኑ'ዩ። ጳውሎስ ባዕሉ ንዝኾነ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣበሃህላ "ትዕቢት" ኢልዎ ኣሎ። እዚ ኣበሃህላ'ዚ ካልእ ዘይኩነስ እቲ ብጸጋ ዝተተኽለ ጨናፍር ኣውሊዕ በረኻ (ኣህዛብ) ኣብ ልዕሊ እቲ ዝተቐርጸ ግና ኸኣ ብባህሪኡ ጨንፈር ኣውሊዕ (ሕብረት እስራኤል) ምጅሃር እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ምስትንዓቕ፡ ንሓደ ሰብ ብሓቂ ካብ ኣምላኽ ከቝርጾ ከም ዝኽእል ጳውሎስ ኣጠንቂቑ'ዩ። ስለምንታይ እያ ግና ቤተክርስትያን ንመጠንቀቕታ ጳውሎስ ዘይምስማዕ ትቕጽሎ ዘላ፤ እቲ ብዘመን ጳውሎስ ንብዙሓት ኣይሁድ (ኩላቶም ኣይኮነን) ዝበጽሖም ትሪ ልቢ ከፊላውን ግዚያውን እዩ ነይሩ። ራይት ግና ነቲ ጳውሎስ ኣብ ግዜኡ ንገለ ኣይሁድ ዝጸሓፎ መግናሕቲ ንብዘሎ "ሕብረት እስራኤል"፡ ክሳብ እታ ናይ መወዳእታ መዓልቲ፡ ንዘልኣለም ተነጺጎም፡ መንነቶም "ተመንጢሉ" ናብ ምባል ጠዊይዎ። እዚ ዋላ'ኳ ኣጸያፍን ብግልጺ ዘይመጽሓፍ ቅዱሳውን እንተዀነ፡ ተጠማዚዙን ተጠዋዊዩን ምትላል ተሓዊስዎን ንብዙሓት ኣብቲ ናይ ብሓቂ ርኹስ ሓሶት ሰይጣን - ሱፐርሰሽንዝም - ከም ዝወድቁ ገይርዎም ኣሎ።

## ፍቑራን ጸላእቲ ኣምላኽን ዘይልወጥ ጽውዓኦምን

ሕጂ'ውን ደጊመ ብርግጸኝነት ክብለኩም፡ ብዘይ እምነት ብየሱስ ክርስቶስ ዝድሕን ሰብ የሎን። ካልኣይ ድማ፡ ብመንጽር እቲ ጎይታ ዘቕረቦ ናይ ምድሓን ጽውዓ ኣብ መንጎ

ኣይሁድን ኣህዛብን ዝኾነ ፍልልይ የሎን። ንኹሉ ነጻ ውህበት'ዩ። "እቲ ጽሑፍ፡ ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ኣይሐፍርን፡ ይብል እዩ እሞ፡ ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ፡ ብኣፉ ተኣሚኑውን ይድሕን እዩ፡ ስለዚ ብኣፍካ የሱስ ጐይታ ምዃኑ እንተ ነገርካ፡ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ፡ ክትድሕን ኢኻ። ማለት፡ ነፍሲ ወከፍ ስም እግዚኣብሄር ዚጽውዕ ዘበለ ኺድሕን እዩ፡ ንሱስ ሓደ ጐይታ እዩ፡ ነቶም ዚጽውዕዎ ኹሎምውን ሃብታም እዩ እሞ፡ ኣብ መንጎ ኣይሁዳውን ጽርኣውን ሌላን ጕሌላን የልቦን" (ሮሜ 10፡11-13) ይብል። ጳውሎስ ግን ሸሕ'ኳ ሎሚ ዝበዝሑ ኣይሁድ "ጸላእቲ" ወንጌል ኮይኖም እንተ ተመላለሱ፡ ብምኽንያት እቲ ኪዳን ግን "ፍቑራት እዮም" ክብል እውን ይሕብረና። ኣምላኽ ዘይጠዓሰሉ ፍሉይ ጻውዒት ገና ኣብ ልዕሊ ሕብረት እስራኤል ኣሎ። "ውህበት ጸጋ ኣምላኽን ጽውዓኡን ዘይጠዓሰሉ ስለዝኾነ፡ ብወንጌል ምእንታኹም ጸላእቲ እዮም፡ ብምሕራይ ግና ምእንቲ ኣቦታት ፍቑራት እዮም። (ሮሜ11፡28-29)

ጳውሎስ ካብዚ ንላዕሊ ዝንጽር ቃላት ክዛረብ ዝኽእል ኣይመስለንን። ጻውዒት እስራኤል "ዘይቅየር" ምዃኑ ብፍሉይ'ዩ ገሊጹ። ኣይትጋገ፡ ሱፐርሰሽንስታውያን ምስ ቃላት ጳውሎስ ብድፍረትን ብቐጥታን ብዝጻረር ኣምላኽ ንጸዋዕታኡን ሕርየቱን ኣብ ልዕሊ ሕብረት እስራኤል ከም ዝሰረዞ ይምጕቱ ኣለዉ። ከም ሓቂ፡ ካልእ ንሱፐርሰሽንዝም ወይ ንመተካእታዊ ስነ-መለኮት ንምምልካት ምሉእ ብምሉእ ገላጺ ዝኽውን ቃል፡ "ናይ ምድምሳስ/ምስራዝ/ምፍራስ ስነ-መለኮት" እንተ ተበሃለ ልክዕ እዩ፣ ምኽንያቱ ሱፐርሰሽንዝም ልክዕ ከምኡ እዩ'ሞ!

ረስቶረሽናውያን፡ ናይ መጻኢ ምሕዳስ እስራኤል ኣፍልጦ ብምሃብ ምስቲ ዘየማትእ ቃላት ጳውሎስ ይሰማምዑ። ምኽንያቱ ጳውሎስ ኣብ ሮሜ 11 ብዙሕ ግዜ ኣምላኽ ንሕብረት እስራኤል ከም ዘይሓደጎ ደጋጊሙ ስለዘረጋግጸ። "እምበኣርሲ እብል ኣለኹ፡ ኣምላኽ ንህዝቡዶ ደርብዩዎ እዩ፧ ያእ ኣይፋሉን። . . . ኣምላኽ ነቲ ቀደም ዝፈለጦ ህዝቡ ኣይደርበዮን። . . . እምብኣርሲ እብል ኣለኹ፡ ምእንቲ ኺወድቁ ድዮም እተዓንቀፉ፧ ያእ ኣይፋሎምን። ምእንቲ ኬቕንኦም እባ ደኣ፡ እቲ ምውዳቖም ነህዛብ ምድሓን ኰነሎም፡" (ሮሜ 11፡1, 2, 11)።

ጳውሎስ ክልተ ሳዕ "ያእ ኣይፋሉን!" ዝበሎ ሓረግ ኣብቲ መበቆላዊ ግሪኽ "mē ginoma" ዝብል ሓረግ'ዩ። እዚ ኸኣ ህዝቢ ኣይሁድ ብኣምላኽ ተነጺጉ እዩ ዝብል እንዶ ኣጸቢቑ ውዱቕ ንምግባር ኣብ ቋንቋ ግሪኽ ክጥቀመሉ ዝኽእል ዝሓየለ ኣቓም ኣንደበት'ዩ ዝጥቀም ዘሎ። ንጳውሎስ፡ እግዚኣብሄር ንእስራኤል ሓዲግዎም'ዩ ዝብል ኣተሓሳስባ ፍጹም ዕሽነት'ዩ ነይሩ።

## <u>ዘርኢ ኣብርሃም</u>

ሱፐርሰሽንስታውያን፡ እቲ ተስፋታት ንእስራኤል ዘይኩነስ ከም ሓቂ ንየሱስ እዩ ተዋሂቡ ብማለት ይምጕቱ። ነዚ ምጕት'ዚ ንምድራዕ ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ገላትያ 3፡16

የመልክቱ። ከምዚ ይብል፡ "እቲ ንኣብርሃምን ንዘርኡን እተነግረ ተስፋ ድማ ንሓደ ኸም ዚብሃል፡ ንዘርእኻ፡ ንሱ ኸኣ ክርስቶስ እዩ እምበር፡ ንብዙሓት ከም ዚብሃል፡ ነዘርእቲ፡ ኣይብልን እዩ፡"።

ኣብዚ ክፍሊ ጳውሎስ ብሓቂ እንታይ ይብል ከም ዝነበረ ቅድሚ ምግላጽና፡ መጀመርታ እንታይ ኣይብልን ከም ዝነበረ ምግላጽ ኣገዳሲ እዩ። ጳውሎስ ብዝኾነ ይኹን ኣገባብ፡ ኣብ ብሉይ ኪዳን ተስፋታት ኣምላኽ "ነዘርእቲ ኣብርሃም (ድርብ)" ኣብ ዝተገልጸሉ ነፍሲ ወከፍ ኣጋጣሚ ንየሱስ ከም ዝውክል ከም "ንዘርኢ (ንጽል)" ገይርና ንውሰዶ ኣይበለን። ሓደ ግዜ ሓደ ሰብ ረኺብ ነይረ፣ ንሱ ኣብ ናይ ጳውሎስ ብህለት ምርኩስ ብምግባር ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣምላኽ ነቶም ኣቦታት መብጽዓታት ኣብ ዝኣተወሉ ብዘሎ ክፍልታት፡ "ዘርኢ ወይ ዘርእኻ" ዝብል ስም ኣብኡ ብቕልል ዝበለ ስም የሱስ የእቲና ክንርድኦ ንኽእል ኢና ብምባል ተዛሪቡኒ።

ንኣብነት ኣምላኽ ምስ ኣብርሃም ኪዳን ክገብር ከሎ፡ "ዘርኢ" ኣብርሃም ብይስሃቕን ያቆብን ኣቢሎም ኣብ መጻኢ ኣብ ግብጺ ባሮት ዝኾኑሉ እዋን ከምዚ ብምባል ተነበየ፡ "ንኣብራም ድማ በሎ፡ ***ንዘርእኻ*** ኣብ ዘይምድሮም ስደተኛታት ኰይኖም ከም ዝገዝእዎም፡ ኣርባዕተ ሚእቲ ዓመት ድማ ከም ዜጨንቕዎም፡ ኣርጊጽካ ፍለጥ። ነቲ ዚግዝእዎ ህዝቢ ድማ ኣነ ክፈርዶ እየ። ድሕርቲ ንሳቶም ብዙሕ ገንዘብ ሒዞም ኪወጹ እዮም፡" (ዘፍ15፡13-14)። ኣብ ክንዲ "ዘርእኻ" ዝብል ስም "የሱስ" ዝብል እንተ ነእቱ እንታይ ምኾነ፧ ትርጕሙ ምሃጸጸ። ምኽንያቱ እቶም ናይ ሓቂ ዘርኢ እስራኤል ደኣ እምበር የሱስ ኣይኮነን ኣብ ግብጺ ባርያ ዝነበረ። ወይስ ኣምላኽ ንኣብርሃም "ንሰማይ ጠምት፡ ምቝጻሮም እትኽእል እንተ ኼንካ፡ ከዋኽብቲ ቍጸር . . . ዘርእኻውን ከምኡ ኪኸውን እዩ፡" (ዘፍ 15፡5) ክብሎ ከሎ፡ ብዛዕባ የሱስ ጥራይ ድዩ ዝዛረብ ነይሩ፧ ዶስ ብዛዕባ እቶም ዘርኢ ኣብርሃም ዝኾኑ ብጥርኑፍ፧ እቲ መልሲ ፍሉጥ እዩ። ካልእ ማእለያ ዘይብሉ ኣብነታት ክጥቀስ ይከኣል ነይሩ።

እምበኣር ጳውሎስ ብምንም መገዲ ኣምላኽ ነቶም ናይ ስጋ ዘርኢ ኣብርሃምን ይስሃቕን ያእቆብን ዝኾኑ ብዙሓን ደቂ እስራኤል ተስፋታት ኣይሃቦምን ኣይኰነን ዝብል ዘሎ። ምኽንያቱ ብኣንጻሩ'ኳ ደኣ ማእለያ ዘይብሉ ተስፋታት ብንጹር ንደቂ እስራኤል ከም ዝተዋህቦም ተጻሒፉ ኣሎ። ሃዋርያ ጳውሎስ ከም ሓደ ብዕምቀት ብሉይ ኪዳን–ንባብን ጽሕፈትን ዝፈልጥ ኣይሁዳዊ፡ ነዚ ሓቂ እዚ ኣጸቢቑ ይፈልጦ ነይሩ'ዩ።

### *ስለዚ ጳውሎስ እንታይ'ዩ ዝብል ነይሩ፧*

ብቐዳምነት፡ ጳውሎስ ኣየኖት ዘርኢ ኣብርሃም እዮም እቶም ተቐበልቲ ተስፋ፡ ኣየኖት እዮምከ እቲ ተስፋ ዘይምልከቶም እዩ ክፈሊ ዝፍትን ነይሩ። ምሁራን ስነ-መለኮት፡ ጳውሎስ ኣብዚ ነጥቢ'ዚ "ዘራ" ዝብል ናይ እብራይስጥ ቃል ከም ንጽል እኩባዊ ስም ይትርጉሞ ከም ዝነበረ ይሰማምዑ። እዚ ማለት ኣብርሃም ብድምር ሸሞንተ ደቂ'ኳ እንተ

ነበርዎ (ዘፍ 25) ተስፋ እግዚኣብሄር ግና ነቲ ሓደ ወዱ ይስሃቅ ጥራይ እዩ ነይሩ (ዘፍ 17፥15-21፤ 21፥9-13)፡ ቀጺሉ ድማ ናብ ዘርኢ ናይ ይስሃቅ ወዲ ያእቆብ ማለት እስራኤል ሓሊፉ። ስለዚ፡ ጳውሎስ እቲ ተስፋታት ን"ዘርኢ" ኣብርሃም እምበር ን"ኣዝርእቲ" ከም ዘይተዋህበ ክብል ከሎ፡ ነቶም ካልኦት ዘርኢ ኣብርሃም ከም እስማኤል ወይ ኤሳው ወዲ ወዱ ካብ ርስቲ'ዚ ተስፋ የውጽኦም ነይሩ። በዚ ድማ ንኣንበብቱ እቲ ተስፋታት ንመን ከም ዝተዋህበ የዘኻኽሮም ነይሩ። ንሱ ኸኣ ናብ "ቤት እስራኤል" እዩ።

ካልኣይ፡ ጳውሎስ ደረት ናይዚ ተስፋታት'ዚ ክሕንጽጽ'ዩ ዝፍትን ነይሩ። እቲ ንእስራኤል ዝተዋህበ ተስፋታት ኣብ መወዳእታ እቶም ብየሱስ ዝኣመኑ (ንሳቶም ከኣ ዘርኢ ኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን እዮም) ጥራይ ከም ዝቕበልዎን፡ ንሱ ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣይሁድ ኣብ መወዳእታ ነታ ኣምላኽ ብተደጋጋሚ ዝተመባጽዓሎም ምድሪ ምስ ወረሱ ከም ንጉስ ኣይሁድ ኮይኑ ክገዝእ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ጳውሎስ ዝኾነ ሰብ በረኸት ናይታ እትመጽእ መንግስቲ ኣይሁድ ከስተማቕር ክመጽእ ከም ዝኽእል ዝገልጽ ነጥቢ የቕርብ ነይሩ። ዝኾነ ሰብ ከምቲ ኣብርሃም ዘርኣዮ ዓይነት እምነት እንተ ኣርእዩ፣ ንሱ ኸኣ ብየሱስ በቲ ተስፋ እተገብረሉ ዘርኢ እንተ ኣሚኑ ተኻፋሊ ናይዚ በረኸት ይኸውን ማለቱ'ዩ።

<u>ትረኻ ሱፐርሰሽንስታውያንን ረስቶረሽናውያንን</u>

ኣብ ትረኻ ናይዞም ክልተ ደምበታት ዘሎ ጽኑዕ ፍልልይ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ካብ ክልቲኣቶም ኣየናይ ዛንታ እዩ ብዛዕባ ባህርያት ኣምላኽ ብዝበለጸ ዝምስክር ኢልና ንርእስና ክንሓታ ግቡእ'ዩ። ኣየናይ ዛንታ'ዩ ዝያዳ እሙንነት፡ ጸዋርነት፡ መሓርነት ኣምላኽ ዘርኢ ዛንታ፧

መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ብንጹር ዝገልጾ ሓደ ነገር እንተ ሃልዩ፡ ሓዲሽ ኪዳን ንኣፍደጌታት መንግስቲ ኣምላኽ ኣግፊሑ ብምርሓው፡ ነቲ ርስቲ ተስፋ ንማንም ህዝቢ ብነጻ ከም ዝረኽቦ ከም ዝገበረ'ዩ። ክልቲኦም ሱፐርሰሽንስታውያንን ረስቶረሽናዋያንን ኣብዚ ይሰማምዑ። ረስቶረሽንዝም ግና ብሓቂ ጐይታ ንኹሎም ኣህዛብ ተስፋታቱን ሂቡ እኳ እንተሎ፡ ንሕብረት እስራኤል ከይነጸገ ከም ዝገበሮ የረጋግጽ። ደሓር ከኣ እቶም ናይ ፈለማ ተቐበልቲ ናይዚ ተስፋታት ንሳቶም እዮም።

ረስቶረሽንዝም፡ ኣምላኽ ነቲ ናይ መጀመርታ እንተላይ ንኣህዛብ ወሲኽካ ናይ ምድሓን መደቡ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ናይ ፍጹም ጠጥዒ ከም ዝመጸ የዘንቱ። እቲ ተስፋ ካብቲ ክንሓስቦ እንኽእል ኣዝዩ ዝዓቢ እዩ! እዚ ማለት ግን ብዝኾነ ይኹን መገዲ ሓድሽ ኪዳን ኣምላኽ ንሕብረት እስራኤል ንምሕዳስ ዝነበሮ መበቀላዊ መደቡ ሰሪዝዎ ወይ ተኪእዎ ኣየስምዕን'ዩ። እቲ ዘሕዝን ግን ሽሕ'ኳ ሱፐርሰሽንዝም ንኣድማሳውነት ናይቲ በረኸት ኣፍልጦ እንተሃበ፡ ንሓድሽ ኪዳን ግን ከም ሱር በተኻዊ ምፍራስ ተስፋታት

ኣብርሃማዊ ኪዳን ንእስራኤል ከም ዝኾነ ገይሩ'ዩ ዝርእዮ። ኣብ ምሉእ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ልዕሊ ክልተ ሚእቲ ግዜ ንርእሱ ኣምላኽ እስራኤል ኢሉ ንዝጽውዐ ኣምላኽ ኣየናይ ኣረኣእያ እዩ ብዝበለጸ ንእሙንነት ኣምላኽ ኣፍልጦ ዝህብ ኢልና እስኪ ብቐንዕና ንርእስና ንሕተት፤ ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ፡ ኣምላኽ ንእስራኤል ከም ህዝቢ ነጺግዎ'ዩ ብማለት ሱፐርሰሽንዝም ብዘይ ፍላጥ ንኣምላኽ ከም ካሕዳይ፡ ሓሳባቱ ዝቐያይር ጠላም-መብጽዓ ገይሩ ይስእሎ። ነዚ ብዘንበብካ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ገለ ዓይነት ሱፐርሰሽኒስታዊ ኣመለኻኽታ እንተሎካ፡ ኣምላኽ ብሓቂ ነቲ ዝበሎ ማለቱ ኣይነበረን ወይስ ቃላቱ ብግቡእ ንኽርድኡ ብመሰረቱ ዳግማይ ክትርጎሙ ወይ ብምሳልያዊ መገዲ ክነበቡ ኣለዎም ዝብል ኣረኣእያ ክትድግፍ ከለኻ፡ ብዛዕባ ባህርይ ኣምላኽ እንታይ ትብል ከምዘሎኻ ብሓቂ ኣብ ግምት ከተእትዎ ብኹሉ ቅንዕና እምሕጸነካ። ኣይሁዳዊ ኤርካ እንተ ትኸውን ከምዚ ዝኣመሰለ ኣበሃህላ እንታይ ስምዒት መሕደረልካ ሕሰብ። ነቲ ቀሊልን ቅኑዕን መርገጺ ረስቶረሽንዝም ሕሰበሉ። ሓደ እሙን ኣምላኽ፣ ንሱ ነቲ ዝተዛረበሉ ማለቱ ዝኾነ ዝኣተዎ መብጽዓ ዝፍጽም እሙን ኣምላኽ!!

ሱፐርሰሽኒስታውያን ንቃላት ብሉይ ኪዳን ዳግመ-ትርጓሜ ምሃብ ጠጠው ክብሉ ኣለዎም። ከምኡ ድማ ጳውሎስ ብዛዕባ ምድሓን ብዘሎ እስራኤል ዝበሎ ቃላት ነቶም ካብ ጥሪቕታ ዘይሓልፎ ቁራቦ ናብ ምድሓን ዝመጹ ኣይሁድ ዝውክል'ዩ ምባል ከይተረፈ ከቋርጹ ኣለዎም። ቁጽሪ ናይቶም ክሳብ ሎሚ ዝደሓኑ ኣይሁድ፡ ከመይ ኣቢሉ'ዩ "ብዘሎ እስራኤል" ክበሃል ዝከኣል። እዚ እንተኾይኑ እሞ እቲ ኢሳይያስ ዝገለጾ ክብሪ ባዶሽን ትርጉመ ቢስን እዩ!! እቲ ተስፋ ናይ ምድሓንን ክቡር ምሕዳስ መንግስቲ ኣይሁድን ኣብቲ ረዚን ቃላት ናይ ነቢያት ዝገበረ ሰብከ ክንደይ ምሓዘነ። ብርግጽ ኣብ መንጐ እቲ ብነቢያት ዝተብሃለን ኣብዚ ሕጂ እዋን ብሱፐርሰሽኒስታውያን ከም ፍጻመ ናይ ነቢያት ቃል ተባሂሉ ዝውሰድ ዘሎ ክዉንነትን ኣዝዩ ዓብዪ ፍልልይ ኣሎ። ስቶርምስ፡ ሓደ ምዕራፍ ምሉእ ወሲዱ፡ እቲ ሕጂ ዘሎ ተረፍ ኣይሁድ ንዝመጽእ እዋናት እውን ንሱ ጥራይ ክኸውን'ዩ እቲ ዝድሕን እምበር ካልእ ምድሓን ኣይሁድ የሎን ድሕሪ ምባሉ መጐተኡ በዚ ዝስዕብ ይድምድሞ፡

> ሮሜ 11 ነቶም ካልኣይ ምጽኣት ክርስቶስ ዘርከቡ ኣይሁድ ተገፊጦም ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ክኣትዉ'ዮም ንዝብል ትጽቢት ብግልጺ ደገፍ ኣይህብን'ዩ። . . . ሮሜ 11 ከምቲ ኣነ ነዛ ምዕራፍ ዝርድኣ እንተኾይኑ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ጃምላዊ ምድሓን ኣይሁድ ምስ ምምላስ ክርስቶስ ኣብ መዛዘሚ ታሪኽ ተተሓሒዙ ክፍጸም ድዩ ወይስ ኣይክፍጸምን ዝኾነ ኣመት ኣይህብን። ዝኾነ ኣማኒ ግዳ እዚ ክኸውን ክጽሊ ይግብኦ እዩ (ልክዕ ሓደ ኣማኒ ኣብ መላእ ዓለም ዘንለዉ ኩሎም ዓሌታት ሰባት ንኽድሕኑ ክጽሊ ከም ዝግባእ)። በዚ ኮይኑ በቲ ሮሜ 11 ብርግጽ እዚ ከም ዝፍጸም ንኽንእውጅ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትእዛዝ ትህበና እያ ዝብል እምነት የብለይን።

እዚ ከመይ ዝበለ መደብደቢ ኮቦርታ እዩ! ከመይ ዝበለ ዕርበተ ሕሊና እዩ። ብሓቂ ከም ናይ ስቶርምስ ዝበለ ጨለምትነት ኣብ ዝኾነ ይኹን ናይ ጳውሎስ ቃላት ኣይርከብ'ዩ። ኣብ ክንዳኡስ፡ ጳውሎስ ነቲ ብሓቂ "ብዘሎ እስራኤል ኪድሕን እዩ" ዚብል ብስራት ምስ ኣበሰረ፡ "ወዳጄ፡ መዓሙቝ ሃብቲ ኣምላኽን ጥበቡን ፍልጠቱን፡ ክንደይ ዘይምርመር ኮታ እዩ ፍርዱ፡ ክንደይ ብኣሰር ኣሰር ዘይርከብ እዩ መገዱ። ሓሳብ እግዚኣብሄር ዝፈልጥ መን እዩ፧ ወይስ መን እዩ ዘማኸሮ፧ መንከ እዩ ቐደም ገለ ዝሃቦ እሞ ዝፍደየ፧ ኵሉ ካብኡ እዩ ብእኡን ንእኡን ድማ እዩ እሞ፡ ንእኡ ንዘልኣለም ክብሪ ይኹኖ። ኣሜን፡" እናበለ ብሓጐስ ይጭድር (ሮሜ 11፡33-36)።

ነዚ ድሕሪ ምስማዕ ብዘሎ ኣማኒ ምስ ጳውሎስ ኮይኑ "ኣሜን እወ ኣሜን" እናበለ ክቕበሎ ይግባእ።

## *መደምደምታ*

ሎሚ እግዚኣብሄር ንኩሎም ሰባት ኣይሁዳውያን ወይስ ኣህዛብ ብየሱስ ክርስቶስ ኣቢሉ ክነስሖ ይጽውዕ ኣሎ። ካብዚ ዝገርም ግና ኣብ ዝቐጽሉ መዓልታት የሱስ ምስ ተመልሰ ንህዝቢ ኣይሁድ ዝኣተዎ መብጽዓታት ክፍጽምን "ኩሎም እስራኤል" ክድሕኑን እዮም፣ *ልክዕ ከምቲ ዝበሎ!* ጉይታ ነቶም ኣብ ታሪኽ ብብዙሕ መገዲ "ዘይክኣል ተልእኾ" ዝኾኑዎ "ፍቑራን ጸላእቱ" ክብጀዎምን ብኣኣቶም ኣቢሉ ድማ እሙን ኣምላኽ ምዃኑ ንዓለም ኬርኢ እዩ። ግደ ሓቅስ ጳውሎስ ኣይሁድ ናብ እምነት ምምጻኦም ኣድማሳዊ ሚለንያዊ ሪቫይቫል ከም ዘምጽእ ይሕብረና፡ "እቲ ምውዳቖም ሃብቲ ዓለም፡ እቲ ምጉዳሎም ሃብቲ ኣህዛብ ካብ ኮነ ግና፡ ምልኣቶም ደኣ ክንደይ ኪበልጽ እዩ። ንኣኻትኩም ኣህዛብ፡ እብለኩም ኣለኹ፡ ምናልባሽ ነቶም ስጋይ ዝኾኑ እንተ ኣቕናእኩዎም ካባታቶም ውን ገለ እንተኣድሓንኩስ፡ ኣነ ነህዛብ ሃዋርያኦም እየ እሞ፡ መልእኽተይ ኤኽብር ኣሎኹ። እቲ ምድርባዮም ንዓለም ዕርቂ ካብ ኮነሳስ፡ ምቕባሎም ደኣ ዘይ ህይወት ካብ ምውታት፡ እንታይ ካልእ ኪኸውን ኢሉ፧" (ሮሜ11፡12, 15)

እዚ ግሩም ኩትዮ ክኸውን እዩ። መጀመርታ ኣብዚ ሕጂ ዘሎ ዘመን ምልኣት ኣህዛብ ክኣቱ ክንርኢ ኢና። ሰዒቡ ድማ ምምላስ የሱስ። ድሕሪኡ ምድሓን ኩሉ እስራኤል። ብድሕሪኡ ምድሓን ብምልእታ ምድሪ ክመጽእ እዩ። ጽባቐን ዕቤትን ጥበብን መደባት እግዚኣብሄር እንሆ! ኣብዚ እዋን'ዚ እግዚኣብሄር ዝሰርዖ ብመጠኑ ዝተሓላለኸ ስርዒት ክመስል ይኽእል'ዩ፡ ኣብ መወዳእታ ግን እስራኤል፡ በኹሪ ውላዱ፡ ሕሩይ ህዝቡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኩላቶም ኣህዛብ ንእስራኤል ከገልግሉዎ እዮም። ከምኡ'ውን ማእለያ ዘይብሉ ቁጽሪ ዘለዎም ኣህዛብ ምስ ህዝቢ ኣይሁድ ተጸንቢሮም ንጐይታ ብሓባር ከገልግሉ እዮም። ኣንታ እቲ መዓልቲ'ትስ ክንደይ ኮን ሃረር ዘብል ክኸውን'ዩ!

# 6

## ኣመንቲ ኣህዛብ ነቶም ዘይኣመኑ ኣይሁድ ከመይ ክቐጽሩዎም ይግባእ

- - - - - - ◆ - - - - - -

ቀድሚ ምኽቓልና፡ ካብ ወገን ኣህዛብ ዝኾኑ ክርስትያን ምስ ኣይሁዳውያን ብፍላይ ከኣ ነቶም ዘይኣመኑ ኣይሁዳውያን ከመይ ክቐጽርዎም ይግባእ ዝብል ወሳኒ ጉዳይ ንምስትንታንን ንምዝታይን ደው ክንብል ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ጳውሎስ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ኣጠማምታ ናይቶም ኣመንቲ ኣህዛብ ኣብ ልዕሊ ዝኣመኑን ዘይኣመኑን ኣይሁድ እንታይ ክመስል ከም ዝግባእ ንኸረድእ ብዙሕ ምዒዱን ኣጠንቂቑን'ዩ። ምዕዶኡ ንምጥቕላል፡ ኣህዛብ ትሑታት ኪኾኑን ናይ ኣምላኽ ሓሳብ ተረዲኦም ክብሪ ኣብ ዝግብኣሉ ክብሪ ኬርእዩን ይግባእ ይብል ነይሩ።

ኣብ ኤፌሶን፡ ጳውሎስ ኣህዛብ ንድሕረ ባይታኦም ዝምልከት ካበይ ከም ዝመጹ ክዝክሩን ክኢመኑን ይጽውዕ። ብርግጽ ዝኾነ ክርስትያን ነቲ ሕጂ ብክርስቶስ ዝረኸቦ ከመስግን፡ መጀመርታ ካበይ ከም ዝመጸ፡ ከምኡ'ውን ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ንኽኣቱ ዝተኸፍለሉ መስዋእቲ ክርዳእ ኣለዎ። ጳውሎስ ነዚ ብዕምቈት ኣብታ ናብ ሰብ ኤፌሶን ዝጸሓፋ መልእኽቱ ገሊጽዎ ኣሎ፣ ኣብኡ ኸኣ ኣህዛብ ቅድም "በቲ ዘመን እቲ ብዘይ ክርስቶስ ከም ዝነብርኩም፡ ካብ ሕብረት እስራኤል ፍሉያት፡ ነታ ኺዳን ተስፋውን ኣጋይሽ፡ ትጽቢት ዜብሎም፡ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ብዘይ ኣምላኽ ከም ዝነበርኩም ዘክሩ" እናበለ ይጽሕፍ (ኤፌ 2፡12)። ነዚ ብዙሓት ክርስትያን ዝርድእዎ ኣይመስለንን። ኣብቲ ዝሓለፈ ዘመናት፡ ሓደ ካብ ወገን ኣህዛብ ዝኾነ ሰብ ምስ ኣምላኽ እስራኤል መጺኡ እንተ ዘይተጸንቢሩ፡ ናይ ምድሓን "ተስፋ" ከም ዘይነበሮን "ብዘይ ኣምላኽ" ከም ዝነበረን ሎሚ ኣዝዮም ውሑዳት ክርስትያን ምሉእ ብምሉእ ዝርድኡ ይመስለኒ። ነዚ ድሕረ ባይታ ምስ እንርዳእ ጥራይ ኢና፡ ነዚ ሕጂ ዘለናዮ ነጻ ውህበት ምድሓንን ዘለኣለማዊ ህይወትን ካብ ልብና ከነማስወሉ ንኽእል።

ኣብ ሮሜ 11 ጳውሎስ፡ ኣህዛብ፡ ንኣይሁድ ክብሪ ክርእዩ ኣጠንቂቑዎም እዩ። ኣብዝሓኦም ኣይሁድ ኣብ ውሽጢ ልዑላዊ መደብ ኣምላኽ ዋላ'ኳ "ጸላእቲ ወንጌል" እንተነበሩን እንተለዉን፡ ኣብቲ ናይ ኣምላኽ ዘልኣለማዊ መደብ ግና ኣህዛብ ምእንቲ ክድሕኑ'ዩ ንኣኣቶም ትሪ ልቢ ዝበጽሖም። እምበኣር ኣህዛብ ክብሪ ኣብ ዝግብኣሉ ክብሪ ክርእዩ እምበር ነቶም "ዝተቐርጹ" ኣይሁድ ከስተናዕቕዎም የብሎምን። ከምኡ ምግባር ማለት "ብድዐን" "ከንቱ ንየታን" ስለዝኾነ ነቲ ዝተቐበልዎ ዘይግብኦም ጸጋ ዘይምምስጋንን እዩ። እዚ ንሓደ ሰብ ኣብ ምቑራጽ ኩብጽሖ ዝኽእል ሓጢኣት'ዩ። ክብሪ ኣብ ዝግበኦ ክብሪ ምሃብ ጎይታ ኣዝዩ ብዕቱብ ዝወስዶ ጉዳይ እዩ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ናብ እስራኤል ኣብ ዝገበርክዎ ምብጻሕ፡ ካብ የሩሳሌም ወጻኢ ኣብ ዝነበረ ጽምብል ጴንጠቆስጠ (ብእብራይስጢ ሻቮት) ተሳቲፈ ነይረ። ኣብዚ ሃገራዊ ምትእኽኻብ እዚ ዓመት መጸ ካብ መላእ ሃገር ዝመጹ መሲሓውያን ኣመንቲ ተኣኪቦም ብሓባር ይሰግዱን የብዕሉን። ኣብ ማእከል እቲ ጽምብል ምስ ኣሸነር ቦስኪ ክቐመጥ ዕድል ረኺበ ነይረ። ኣሸነር ኣዝዩ ዝኸበረ መሲሓዊ ኣይሁዳዊ መራሒ ኮይኑ፡ ዓሚቑ ስነ-መለኮታዊ ንጹርነትን ርድኢትን ኣእምሮን ዝውንን ጥራይ ዘይኮነ፡ ከምዚ ዝበለ ተዋዛዪን በዓል ተረኻብ ዘረባን'ዩ። ኣሸነር መምህረይ ነበር እውን እዩ፣ ልዕሊ ማንም ሰብ መጀመርታ እስራኤል ዘማእከለ ትኹረት ቅዱሳት ጽሑፋት ክርኢ ኣዒንተይ ክኽፈት ምኽንያት ዝኾነ ሰብ ንሱ'ዩ ነይሩ። ኣብ ማእከል ዕላልና ናብቲ ኣህዛብ ኣመንቲ ምስ ህዝቢ ኣይሁድ ከመይ ዝበለ ዝምድና ክህልዎም ኣለዎ ዝብል ኣርእስቲ ኣቕናዕና። ኣሸነር ዝሃቦ ርእይቶ ቀሊልን ርጡብን ነይሩ፡ "ኣምላኽ ንህዝቢ ኣይሁድ ምምራጹን ኣህዛብ ድማ ከመይ ክርእይዎም ኣለዎምን ዝብል ጉዳይ፡ ብሓቂ እቲ ኣነ 'ወግዒ መጋባእያ' ዝብሎ ጉዳይ እዩ ኢሉኒ። እዚ ኣብ ቤት መጋባእያ እቲ ንጉስ ክንመላለሰሉ ዝግበኣና ኣገባብ'ዩ። ስለዚ ነቶም እግዚኣብሄር ክብሪ ዝህቦም ነገራት ክብሪ ክንህቦም ከሎና ምስኡ ወጊንና ኣሎና፣ ብመንጽር ክውንነት ናይታ መንግስቲ ድማ ንመላለስ፡" በለኒ።

እቲ ኩላትና ክንምነዮ ዝግብኣና እዚዶ ኣይኮነን፧ ዕላማ ኩሉ ሰብ ምስ ጎይታ ክሰለፍ፣ ነቲ ዘሐጉሶ ነገራት ክሕዝን ነቶም ንሱ ባዕሉ ዘኽብሮም ነገራት ክብሪ ምሃብን ክኸውንዶ ኣይግባእን፧

ነዚ ኣብ መንጎ ቤተክርስትያንን እስራኤልን ዘሎ ህሉው ኩነታት ንምብራህ፡ ሓደ ምስላ ከካፍለኩም ምፈተኹ። ብዝተኻእለኒ ነቲ የሱስ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዝጥቀመሉ ዝነበረ ምሳሌ ከምስላ ጻዕሪ ገይረ ኣሎኹ። ጳውሎስ እንታይ ዝብል መልእኽቱ እዩ ከመሓላልፍ ዝደሊ ነይሩ፧ ሎሚ'ኸ ኣመንቲ ከመይ ክይተረድእዎ ይሓልፉ ኣለዉ፧ ነዚ ነገራት ብዝበለጸ ንኽተብርህ ተስፋ እገብር።

## <u>ምስላ ክልተ ደቂ</u>

ሓደ እዋን ሓደ ውሉድ ዝነበሮ ሰብኣይ ነበረ። እቲ ኣቦ ነቲ ሓደ ወዱ ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ ኣዚዩ ብፈሪሃ ኣምላኽ ኣዕብይዎ ነበረ። ህጻን ከሎ

ብጸሎትን መንፈሳዊ መዛሙር ቅዱሳት ጽሑፋት መሃሮ። እቲ ወዲ እናዓበየ ምስ ከደ፡ እቲ ኣቦ ንወዱ ዛንታታት መጽሓፍ ቅዱስ ኣንቢቡ ቅዱሳት ጽሑፋት ኣጸቢቑ መሃሮ። ቅኑዕን ጌጋን ክፈሊ መምርሒ ሃቦ። ወዱ ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ እውን እንተኾነ ንፋዕ ተማሃራይ ቃል ኣምላኽ ኮነ። ብኸምዚ ድማ ክቡርን ሕሱርን ኣዐርዩ ክሳብ ዝፈሊ ተማህረ።

ወዱ ዓሰርተ ሽዱሽተ ዓመት ምስ በጽሐ፡ እቲ ኣቦ ብዛዕባ ገዛን ስድራቤትን ዘይብሉ ካልእ ወዲ ሰምዐ። እዚ ወዲ ኣዝዩ ከቢድ ናብራ ከም ዘሕለፈን ብዙሕ ጸገማት ከም ዘጋጠሞን ምስ ፈለጠ፡ ብጸሎት ንውሳኔኡ ድሕሪ ምምዛኑ፡ ነዚ ወዲ ኣብ ቤቱ ምስኡ ክቕመጥ ወሰዶ። እዚ ወዲ ምስኣቶም ክቕመጥ ብዝጀመረ፡ እቲ ኣቦ ምሉእ ስእሊ ሕሉፍ ታሪኽ ሓድሽ ወዱ እናፈለጠ ኸደ። ወዲ ዓሰርተ ሓደ ዓመት ከሎ፡ ድሮ ኣብ ወልፊ ሓሽሽ ጥሒሉ ከም ዝነበረ ፈለጠ። ኣብ ዓሰርተ ሰለስተ ዓመቱ፡ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ሓሺሽ ተዘፊቑ ይውዕል ነበረ። ኣብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመቱ፡ ዳርጋ ዝኾነ ይኹን ዝተረኽበ መድሃኒትን ድሮጋን ይጥቀምን ይሸይጥን ነበረ። ብርግጽ ድማ ምስ'ዚ ተተሓሒዙ ዝኸይድ ስርቂ፡ ግብረ ጸይቂ፡ ዓመጽን ካልእ ብዙሕን ይገብር ነይሩ። ቅድሚ ናብቲ ገዛ ምእታዉ እኳ፡ ክሳብ ዓሰርተ ሸሞንተ ዓመት ዝበጽሕ፡ ብዙሕ ግዜ ተኣሲሩ ነበረ።

ድሕሪኡ ግን እቲ ኣቦ ዘይተጸበዮ ነገር ኣጋጠመ። እዚ ወዲ ንመጀመርታ ግዜ ቃል ኣምላኽ ምስ ሰምዐ፡ ካብ ሓጢኣቱ ምሉእ ብምሉእ ተነሲሑ ብየሱስ ክርስቶስ ኣሚኑ፡ ህይወቱ ምሉእ ብምሉእ ንጉይታ ወፈየ። እቲ ለውጢ ዘገርም'ዩ ነይሩ፣ ብርግጽ ድማ ንልቢ እቲ ኣቦ ካብ ምግላጽ ንላዕሊ ኣሓጉሶ። እዚ ጥራይ ግን ኣይነበረን ዘይተጸበዮ ነገር . . .

እቲ ዝተራዕመ ወዲ ናብ እምነት ኣብ ዝመጸሉ እዋን፡ እቲ ብመገዲ እግዚኣብሄር ዝዓበየ ቀዳማይ ወዱ፡ ሃንደበት ካብ ገዛ ወጸ። ክሰትን ሓሽሽ ክወስድን ጀመረ፣ ነዊሕ ከይጸንሐ ድማ ነቲ ናይ ቀደም ህይወት ናይቲ ሓዉ ምሉእ ብምሉእ ኣተዎ። ዕብዳንን ምንዝርን ናተይ ኢሉ ተተሓሓዞ። እቲ ኣቦ እዚ ኩሉ ብዝርኣየ ልቡ ካብ ምግላጽ ንላዕሊ ተሰብረ። እቲ ዝተራዕመ ወዱ ብዛዕባ ክፍኣት ሓዉ ምስ ፈለጠ፡ ደለዮ፡ ብሰንኪ ሓጢኣቱ ድማ ዘለ፣ ብዛዕባ ባህርያቱ ድማ ኣስተምህሮ ሃቦ። ምንሳሕ ምስ ኣበየ ግን፡ ብጽድቂ-ርእሱ ብዝኾነ ቁጥዐ፡ ተንሲኡ ቀጥቂጡ ቀተሎ።

እቲ ኣቦ ልቡ ብጓሂ ተመልአ። መጀመርታ ነቲ ልቡን ነፍሱን ዘፍሰሰሉ ወዱ ናብ ዓለም ተመሊሱ ክቋማጣዕን ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ ረሳሕ ኩነታት ክመውትን ምርኣይ ዘይንገር ቃንዛ ነይሩ። ብተመሳሳሊ፡ በቲ

> ዘዕበዮ ካልኣይ ውሉዱ ንገዛእ ሓው ብምቕታሉ ድማ ፍጹም ጓሂ ኮኖ። ከመይሲ ወዱ ካብ ሓጢኣቱ ምስ ተነስሐ ኣዝዩ ተሓጉሱ እኳ እንተነበረ፡ ከምዚ ዝበለ ይቕሬታን ምሕረትን ጸጋን ተቐቢሉ ክንሱ፡ ኣዝዩ ብርእሱ ጻድቕን ትዕቢተኛን ብምኳኑ ንሓዉ ብምቕታሉን ልቡ ብዕጽፊ ሓዘነ። እቲ ኣቦ ነቲ ዘዕበዮ ወዲ ከም ዝእሰር ገበሮ፣ ንዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ ድማ ተፈረደ። ምሉእ ዕድሚኡ ድማ በቲ ኣዝዩ መሪር ጣዕሳ ተዋሒጡ ኣብኡ ተረፈ።

ብርግጽ እዚ ምሳሌ እዚ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ሽሕ ዓመታት ኣብ መንጎ እግዚኣብሄር ኣቦን እስራኤልን ብኣህዛብ ዝተዓብለለት ቤተክርስትያን ዘሎ ርክብ ዘንጸባርቕ ዛንታ ንምፍጣር ዝገበርክዎ ዘበለጸ ጻዕሪ ጥራይ እዩ። ኣምላኽ ንእስራኤል "በዅሪ ውሉደይ" ኢሉ ይጽውዖም (ዘጸ 4፡22፣ ኤርምያስ 31፡9 ርአ)። ንሳቶም እግዚኣብሄር ዘተንስኦምን ናይ ተስፋታት ኪዳን፡ ሕጊ፡ ቤተ መቕደስ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ምድርን ዝሃቦምን ህዝቢ እዮም። ወነንቲ እቲ ዓበይቲ ተኣምራት፡ እቲ ታሪኽ፡ እቲ ጽሑፍ፡ እቲ መሲሕን ባዕላቶም እዮም! ድሕረ ባይታን ታሪኽን ጉይታ ምስ እስራኤል ዝገበሮ ርክብ እንተ ተረዲእካ፡ ሽዑ ዝበዝሐ ህዝቢ ኣይሁድ ንንጉሶም ንየሱስ ምንጻጎም ክሳብ ክንደይ ኣዝዩ ዘሰንብድን ዘሕፍርን ጉድ ምኳኑ ክትዕዘብ ኢኻ። ኣብነር ቦስኪ ከምዚ ኢሉ ገሊጹለይ፡ "ንግስቲ ኤልሳቤጥ ኣብ ሃገራ እንተ ትነጽግ፡ ትራጀዲ ምኾና። ድሕር'ዚ ኣብ ኣሜሪካ ተቐባልነት እንተ ትረክብ እውን ዓብዩ ቃንዛ ምፈጠረላ። ንየሱስ እውን ከምኡ። የሱስ መሲሕ ህዝቢ ኣይሁድ እዩ። መሲሕ ዝብል ቃል ማሽያክ ዝብል ናይ እብራይስጢ ቃል እዩ። ናብ ግሪኽ ክትትርጉሞ ከለኻ ጥራይ እዩ ክርስቶስ ወይ ክራይስት ዝብል ቃል ትረኽቦ። እዚ መዓርግ እዩ፣ ካብ ቤት ዳዊት ዝመጸ ማለት እዩ። ዳዊት ድማ ንጉሳዊ ስርወ መንግስቲና እዩ።"

ጳውሎስ በዚ ምኽንያት'ዚ ኣዝዩ ስለዝሓዘነ እዩ፡ ኣብ ክንዲ እስራኤል ንሱ ክቑረጽ ዝተመነየ፡ "ኣነ ብርእሰይ ምእንቲ እቶም ብስጋ ኣሕዋተይን ኣዝማደይን ውጉዝ ኰይነ ኻብ ክርስቶስ ክፍለ ምደሌኹ። ደቂ እስራኤል እዮም እሞ፡ ውልድነትን ክብርን ኪዳንን ምሕጋግ ሕግን ምግልጋል ኣምላኽን ተስፋን ናታቶም እዩ። ኣቦታት ከኣ ናታቶም እዮም፡ ክርስቶስውን ብስጋ ኻባታቶም እዩ፡ ንሱ ንዘለኣለም ብሩኽ ኣምላኽ፡ ልዕሊ ኹሉ እዩ። ኣሜን" (ሮሜ9፡3-5)

ጳውሎስ ኣህዛብ፡ ንዘይኣመንቲ እስራኤል ከይዕበዩሎም ኣምሪሩ ዝገንሖም በዚ ምኽንያት ምኳኑ እውን ክንርዳእ ንኽእል ኢና፣ ከምዚ ዝኣመሰለ ውሬታ ዘይምምላስን ብድዐ ልብን ኣብ ከቢድ ሓደጋ ምቕራጽ ከብጽሕ ከም ዝኽእል የጠንቕቕ።

> እምብኣርሲ እብል ኣለኹ፡ ምእንቲ ኺወድቁ ድዮም እተዓንቀፉ፧ ያእ ኣይፋሎምን። ምእንቲ ኬቕንኦም እባ ደኣ፡ እቲ ምውዳቖም ነህዛብ ምድሓን ኰነሎም። እቲ ምውዳቖም ሃብቲ ዓለም፡ እቲ ምጒዳሎም ሃብቲ

ኣህዛብ ካብ ኮነ ግና፡ ምልኣቶም ደኣ ክንደይ ኪበልጽ እዩ። ንኣኻትኩም ኣህዛብ፡ እብለኩም ኣለኹ፡ ምናልባሽ ነቶም ስጋይ ዝኾኑ እንተ ኣቕናእኩዎም ካባታቶም ውን ገለ እንተኣድሓንኩስ፡ ኣነ ነህዛብ ሃዋርያኦም እየ እሞ፡ መልእኽተይ ኤኽብር ኣሎኹ። እቲ ምድርባዮም ንዓለም ዕርቂ ካብ ኮነላስ፡ ምቕባሎም ደኣ ዘይ ህይወት ካብ ምውታት፡ እንታይ ካልእ ኪኸውን ኢሉ፧ እቲ ቀዳማዩ ቅዱስ እንተኾነ፡ እቲ ብሑቕ ከኣ ቅዱስ እዩ። እቲ ሱር ቕዱስ እንተ ኾነ ኸኣ፡ ጨነፍሩ ውን ቅዱስ እዩ። ካብቶም ጨነፍር ሓያሎ እንተተሰብሩ እሞ ንስኻ፡ ኣውልዕ በረኻ ክነስኻ፡ ኣብ መንጎኦም እንተ ተተኸልካ፡ ካብቲ ሱርን ማራ ኣውልዕን ድማ ተማቓሊ እንተኾንካ፡ ኣብቶም ጨነፍር ኣይትከበር። እንተተኸበርካ ግና፡ እቲ ሱር እዩ ንዓኻ ጾይሩካ ዘሎ እምበር፡ ነቲ ሱር ንስኻ ኣይኮንካን ጾይርካዮ ዘሎኻ። ምናልባሽ ንስኻ፡ ኣነ ምእንቲ ኽትከል እዮም እቶም ጨነፍር እተሰብሩ፡ ትብል ትኸውን። ጽቡቕ፡ ንሳቶም ስኣን ምእማኖም ተሰብሩ፡ ንስኻ ግና ሳላ ዝኣመንካ ደው ኢልካ ኣሎኻ። ፍራህ ደኣ እምበር ብልብኻ ኣይትተዓበ። ኣምላኽ ነቶም ካብ ባህርዮም ጨነፍር ዝነበሩ ካብ ዘይነሓፎም፡ ንዓኻውን ኣይክንሕፈካን እዩ። እምብኣርሲ ናይ ኣምላኽ ለውሃትን ጭከናን ተመልከት፡ ኣብቶም ዝወደቑ ጭከናኡ፡ ንኣኻ ግና፡ ኣብቲ ለውሃቱ እንተጸናዕካ፡ ለውሃት ኣምላኽ። እንተዘይኮነስ ንስኻውን ክትቍረጽ ኢኻ። (ሮሜ11፡17-22)

ኣብ ዘመናት ኩሉ፡ እቲ ዝበዝሕ ክፋል ቤተክርስትያን፡ ናይ ጳውሎስ ምዕዶ ኣብ ክንዲ ምስማዕ ንትምህርቲ ሱፐርሰሽንዝም ሰዒቡ ኣሎ። ንህዝቢ ኣይሁድ ምስትንዓቕ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ጉነጽን ቅትለትን ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን ተፈጺሙ'ዩ። እቲ ነዊሕ ታሪኽ ከመዮ "ክርስትያናዊ ጸረ-ሴማውነት" ካብ ልዕሊ ህዝበ-ክርስትያን ክድምሰስ ዘይክእል ዓብዪ ማከያ እዩ። ንሕና እዞም ሎሚ ዘሎና ብርግጽ ነቲ ሕሉፍ ክንቅይሮ'ኳ ኣይንኽእል ንመጠንቀቕታታት ጳውሎስ ከነስተብህለሉን ካብ ኩሉ ዓይነት ሱፐርሰሽንዝም ክንሳሕን፡ ጉይታ ብዝጽበዮ መገዲ ምስ ህዝቢ ኣይሁድ ዝምድና ክንፈጥር ንኽእል ኢና። እዚ ማለት ሓድሕዳዊ ምሕረትን ፍቕርን ክብርን ብምርኣይ ማለት'ዩ። ካበይ ከም ዝመጻእና ኣጸቢቕና ከነስተብህል ይግብኣና።

ኣብቲ ልዕል ኢለ ዝነገርኩኹም ምሳሌ ዘሎ ዝተራዕመ ወዲ፡ ብብዙሕ መዳዩ ናተይ ታሪኽ ምኻኑ ክጠቕሰልኩም እፈቱ። ከም ውጽኢት ፍትሕ ወለድን ሕማቕ ኣተዓባብያን ኣብ ዓሰርተ ሓደ ዓመተይ ድሮ ሓሸሽ ይጥቀም ነይረ። ምሉእ ዕድመ ኩትትናይ ናብ ህልም ዝበለ ጥፍኣት ዝወሰድ ቁልቁለት እዩ ነይሩ። ክሳብ ወዲ ዓሰርተ ትሽዓተ ዓመት ዝኸውን ሸውዓተ ግዜ ተኣሲረ። ክንደይ ግዜ ሓሸሽን ኣልኮላዊ መስተን ብምውሳድ ውኖይ ክሳብ ዘጥፍእ፡ ወይ'ውን ብስኽራን ተሰኒፈ ምሸት ብመኪና ናብ ገዛይ ከም ዝኸድኩ ወይ ኣብ ባእሲ ከም ዝኣተኹ ክዝክር ኣይክእልን። ንኹሉ'ቲ ዝርዝራት

ምግላጽ ኣየድልየንን’ዩ ይርድኣኩም ይኸውን። ብዙሓት ካልኦት ነዚ ዘንብቡ ዘለዉ ናይ ገዛእ ርእሶም ጸሊም ታሪኽ ከም ዘለዎም እፈልጥ እየ። ናይ ገሊኣቶም ካብ ናተይ ኣዝዩ ዝኸፍአ’ዩ። እተን ናይ መጀመርታ ዕስራ ዓመታት ህይወተይ ክርእየን ከሎኹ፡ ዋላ’ውን ብድሕሪኡ ኣማኒ ምስ ኮንኩ ብሓቂ ከመይ ኢለ ብህይወት ከም ዝተረፍኩ ይገርመኒ’ዩ። ብሓቂ ክመውት ጥራይ’ዩ ዝግብኣኒ ነይሩ። ፍረ ናይቲ ቀዳማይ ምርጫይ እንተ ዝዓጽድ ነይረ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ወይ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ወይ ኣብ ሲኦል ምሃለኹ። ግና ሻቡ ኣብ ክንዲ ዝመውት ኣብ ዓሰርተ ትሽዓተ ዓመት ዕድመይ ምስ ጎይታ ተራኺበ። ስለ ዝደልዮ ግን ኣይነበረን። የግዳስ ንርእሱ ክገልጸለይ ስለዝመረጸ ጥራይ’ዩ። ኣነ ኣካል ናይቲ ካብ ትንቢት ኢሳይያስ እናጠቐሰ ጳውሎስ ኣብ ሮሜ 10፡20፡ ጐይታ “ንዘይደለዩኒ ተረኺብኩሎም” (ኢሳ 65፡1) ዝበሎ ክፍሊ እየ። ኣብታ ብቐጥታ ናብ ቤት ማእሰርቲ፡ ናብ መቓብር፡ ወይ ናብ ሲኦል ክኸደላ ዝግበኣኒ ዝነበረ ህሞት፡ ጐይታ ጣልቃ ኣትዩ፡ ክስዕቦ ጸዊዑ፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ድማ ኣቕረበለይ። ነቲ ዕድመ ድማ ተቐቢለዮ። *ካብቲ ግዜ እቲ ኣትሒዙ ከምዚ ዝበለ ዓብዪ ምሕረት የርእየኒ ኣሎ።*

እዚ ኹሉ ምስ ህዝቢ ኣይሁድ እንታይ ምትሕሓዝ ኣለዎ ትብሉ ትኾኑ። ብጣዕሚ ቀሊል እዩ። ኣብዚ እዋን’ዚ ነቶም ንጐይታ ዘይፈልጡ ዝበዝሑ ኣይሁድ ክርኢ ከሎኹ ብዘይመጠን ንኣኣቶም ዕዳ ከም ዘሎኒ ይስቆረኒ። ብዘይ ናታቶም ታሪኽ፡ ብዘይ ናታቶም ኣምላኽ፡ ብዘይ ናታቶም መሲሕ፡ ብዘይ ናታቶም ትሪ ልቢ፡ ብዘይ ናታቶም ዓብዪ መስዋእቲ፡ ብዘይ ናታቶም ቀር ኣልቦ ክሳራ ናብቲ ሕጂ ረኺበዮ ዘሎኹ በረኸት ኣይምኣቶኹን። ስለዚ ድማ ብርግጽ ከምቲ ኣነ ዝፈልጦ ንኣምላኾም ክፈልጥዎ ሃረር ይብል። ኩላቶም ንእኡ ዘይምግልጋሎም ንልቢ ጐይታ ካብቲ ክንርድኦ እንኽእል ንላዕሊ ከም ዘሕምሞ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ስለዚ ድማ ንሓለዋኦምን ድሕነቶምን ብጸሎት ናብ ብርከይ ክድርብየኒ ካብ ልቢ ጎይታ ሓንቲ ነጥቢ ጥራይ ካብቲ ቃንዛኡ ክቕበል እጽሊ። ጐይታ ብሓይሊ ክድርኽኒን ምናልባት ንገሊኦም እንተ ኣድሓንኩ ቃላት ጸጋ ኣፈይ ክመልእን እልምን። እዚ ንኣይ ጥራይ ዝምልከት ውልቃዊ ምግላጽ ኣይኮነን። እዚ ጐይታ ንዝፈልጡ ኩላቶም ህዝበ ክርስትያን ዝምልከት’ዩ። ኣቦና፡ ኩላትና ትሕት ክንብል፡ ኩላትና ብዛዕባ እዚ ጉዳያት እዚ ግቡእ ኣፍልጦ ክህልወና፡ ክብሪ ኣብ ዝግብኦ ድማ ግቡእ ክብሪ ክንህብ ይጽበየና። እዚ ኩሉ ምሉእ ብምሉእ ርትዓዊ ይመስለኒ፡ ንስኻትኩም እውን ከምኡ ከም እትገብሩ እኣምን።

## <u>ምሕጋዝ መሲሓውያን ኣይሁድ</u>[1]

ንመሲሓውያን ኣይሁድ ፍሉይ ደገፍ ምርኣይ ናይ ኣመንቲ ኣህዛብ ግዴታ እመስለኒ። ሃዋርያ ጳውሎስ ኣህዛብ ኣመንቲ ንዘይኣመንቲ ኣይሁድ (ዝተቖርጹ ጨናፍር ኣውሊዕ) ከኽብሩ ኣለዎም ካብ በለ፡ ነቶም ኣመንቲ ኣይሁድ (ናይቲ ተፈጥሮኣዊ ጨናፍር ኣውሊዕ) ክንደይ ክኽብሩ ዘይግብኦም፤ ኣብ ውሽጢ እታ ኣድማሳዊት ኣካል መሲሕ

[1] መሲሓውያን ኣይሁድ (Messanic Jews) ዝበሃሉ ንየሱስ ከም መሲሕ/ክርስቶስ ዝቕበሉዎ ኣይሁዳውያን እዮም።

እቶም ዘይኣመንቲ ኣይሁድ ክንድምንታይ ቁንጣሮ ምዃኖም ክንርዳእ ኣሎና። ብደረጃ ዓለም ብግምት 2 ቢልዮን ክርስትያን ኣለዉ፣ ካብዚኣቶም ድማ 1 ሚልዮን ጥራይ እዮም መሲሓውያን ኣይሁዳውያን ኣመንቲ። [1] ካብቶም ኣብ እስራኤል ዘለዉ 6 ሚልዮን ኣይሁድ ኣስታት 20,000 ጥራይ እዮም መሲሓውያን ኣይሁድ። ኣበይ ይሃልዉ ብዘየገድስ መሲሓውያን ኣይሁድ ውሑዳት እዮም። ኣይሁዳውያን ኣመንቲ ብዙሕ ግዜ በቶም ደቂ ዓዶም ይሳደዱን ብብዙሓት ኣህዛብ ክርስትያን ብጌጋ ይርድኡን እዮም። ብዙሓት ኣይሁድ፡ ንመሲሓውያን ኣይሁድ "ናይ ሓቂ ኣይሁድ" ገይሮም'ውን ኣይቆጽርዎምን'ዮም። ብዙሓት ኦርቶዶክሳውያን ኣይሁድ[2] ኣይሁድ ማለት ንስርዓታት ኣይሁድነት ምኽታል ስለ ዝኾነ ንባዕሉ'ቲ "መሲሓዊ ኣይሁዳዊ" ዝብል ቃል ትርጉም ቢስ ጌራቂን ቃል እዩ ክሳብ ምባል ይበጽሑ።[3] ብርግጽ እቶም ንጐይታ እተቐበሉ ኣይሁድ ርድኢትን ደገፍን ናይቲ ዝዓበየ ማሕበረሰብ ክርስትያን ኣህዛብ የድልዮም ኣሎ።

ኣመንቲ ኣይሁድ፡ ኣብ ኣካል ክርስቶስ ዝጻወትዎ ዕዙዝ ተራ ኣሎ። ኣይሁዳውያን ኣመንቲ፡ ንኣህዛብ ኣመንቲ ንኣይሁዳዊ ሱር እምነቶም ብዝበለጸ ንኽርድእዎን ዝያዳ ኣብ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሱር ዝሰደደ እምነት ክህልዎምን እንታይነት ናይቲ ዝመጽእ መሲሓዊ መንግስቲ ንኽረድኡን ብፍሉይ ብቐዓት ኣለዎም። ብተወሳኺ ኣብ ማሕበረሰብ ኣይሁድ ከም ደቀባት ኣምባሳደራት ኮይኖም ዘገልግሉ ኮይኖም፡ ንኣይሁድ ወንጌል ንምስባኽ ዝግበር ጻውዒት ካብ መብዛሕትኦም ኣህዛብ ኣዝዮም ብዝበለጸ ክፍጽምዎ ይኽእሉ። ነፍሲ ወከፍ ጉባኤ እንተ ወሓደ ንሓደ መሲሓዊ ኣይሁዳዊ ኣገልግሎት ወይ ጉባኤ ብጸሎትን ፋይናንስን ምትብባዕን ክትድግፍ ከም ዘለዋ ፍጹም ርግጸኛ እየ።

ኣብ መደምደምታ ትንቢት ሚልክያስ፡ ኣብተን ናይ መወዳእታ ክልተ ጥቕስታት ብሉይ ኪዳን፡ ጐይታ ነዚ ዝስዕብ ተስፋ ይህብ፡ "እንሆ፣ እታ ዓባይን እተፍርህን መዓልቲ እግዚኣብሄር ከይመጸት፣ ነብዩ ኤልያስ ክልእከልኩም እየ። ኣነ መጺኤ ንምድሪ ብዘጽንት መርገም ከይወቕዓስ፣ ንሱ ልቢ ኣቦታት ናብ ደቂ፣ ልቢ ደቂ ድማ ናብ ኣቦታቶም ኪመልስ እዩ፡" (ሚል4፡5-6)። እዚ ትንቢት ብዛዕባ እንታይ ምዃኑ ዝተፈላለየ ሓሳባት እኳ እንተሃለወ፡ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ኣተና ጐይታ ግን ኣብ መንጎ እቶም "ኣቦታት"- እቶም ኣመንቲ ኣይሁድ ከምኡ ድማ "ደቂ" - እቶም ኣብ መላእ ምድሪ ዘለዉ ኣመንቲ ኣህዛብ ሚዛናዊ ዝምድና ክህሉ ምዃኑ እኣምን። እዚ ምሉእ ምሕዳስ ዝፍጸመሉ "መዓልታት ኤልያስ" ፍጹም ብሃንቀውታ ንጸበዮ። ማዕረ ማዕሪኡ ግን፡ ነዞም ናይ ቤተክርስትያን ኣቦታት (ከምኡ'ውን ኣዴታትን) ክብሪ ንምርኣይ ክሳብ እተን መዓልታት ኣይንጽበ። ሕጂ ንጀምሮ።

---

[2] ኦርቶዶክስ ኣይሁድ (Orthodox Jews) ዝበሃሉ ብጥብቂ በቲ ኣብ ብሉይ ኪዳንን ኣይሁዳውያን ጽሑፋትን ዘሎ ስርዓታት ዝኸዱ ሓደ ካብቶም ሰለስተ ዓበይቲ ጒጅለታት ኣይሁድ'ዮም።

# ገ

## እታ ትመጽእ መንግስቲ ኣምላኽ

- - - - - - ◆ - - - - - -

የሱስ ኣገልግሎቱ ክጅምር ከሎ፡ "ኣብ ኲላ ገሊላ፡ ኣብ ቤት ጸሎቶም እናመሀረ ወንጌል መንግስቲውን እናሰበኸ፡ ኲሉ ሕማምን ኣብ ህዝቢ ዘሎ ኩሉ ድናሰን እናሕወየ ይዘውር" ነበረ (ማቴ4፡23, 9፡35)። ድሒሩ ኣብታ ናይ መወዳእታ ስብከት ቅድሚ ስቕለቱ፡ ወንጌል መንግስቲ "ንምስክር ኲሎም ኣህዛብ ኣብ ብዘላ ዓለም ኪስበኽ እዩ፡ ሽዑ መወዳእታ ይመጽእ፡" ብምባል ተነቢዩ (ማቴ24፡14)። "ወንጌል" ዝብል ቃል ካብቲ "ኤውገሌዮን (*euaggelion*)" ዝብል ግሪኻዊ ቃል ዝመጸ'ዩ። ብዙሕ ሳዕ "ጽቡቕ ዜና/ ብስራታዊ መልእኽቲ" ተባሂሉ ድማ ተተርጒሙ ሰሚዕናዮ ኣሎና። ብርግጽ ግና እዚ የሱስ ዝሰበኾ "ጽቡቕ ወረ" ናይታ መንግስቲ እንታይ'ዩ፧ "ወንጌል መንግስቲ" ማለትከ እንታይ'ዩ፧ ሎሚ ኣብ ቤተክርስትያን ዘለዉ ብዙሓት ብሓቂ ነዚ ብግቡእ ከመይ ገይሮም ከም ዝምልስዎ ኣይምፈለጡን እዮም እየ ዝብል። ንብዙሓት ክርስትያን፡ ወንጌል ማለት ብመሰረቱ፡ የሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ሓጢኣትካ ሞይቱ'ዩ እሞ ስለዚ ብእኡ እንተ ኣመንካ ናብ መንግስተ ሰማይ ክትከይድ ኢኻ ዝብል ጸቢብ መግለጺ ዝሓዘ'ዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ብሓቂ ዚምህሮ ግን ክንዮ'ዚ ዝሓለፈ እዩ። ሎሚ ዝኾነ ኣማኒ እንተ ዝመውት መንፈሱ ናብ የሱስ ከም ዝኸይድ ብርግጽ ሓቂ እኳ እንተኾነ (2ቆሮ 5፡8ን ራእይ 20፡4ን ርአ)፡ እቲ ሓቀኛ "ተስፋ" ኩሉ ክርስትያን ግን ንሱ ኣይኮነን። ንዘልኣለም መንፈስ ኮይኑ ኣብ ሰማይ ክነብር ኣይኮነን። ተስፋ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ተኻፋሊ ናይ ትንሳኤ ስጋ ብምዃን ኣብታ ኣብዚ ግኡዝ ምድሪ ክትገዝእ ከም እትመጽእ መጽሓፍ ቅዱስ ዝነግረና መንግስቲ ኣምላኽ ግደ ክህልዎ እዩ። ኣብዛ ምዕራፍ እዚኣ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ እዛ እትመጽእ ምድራዊት እምበር መንፈሳዊት ዘይኮነት መንግስቲ እንታይ ከም ዚብል ብልክዕ ንምምርማር ናብ ቅዱሳት ጽሑፋት ክንምለስ ኢና። የሱስ "ወንጌል መንግስቲ" ክብል ከሎ እንታይ ማለት ምዃኑ ክንርኢ ኢና።

## መንግስቲ ፍትሒ/ ፍርዲ

ሓደ ካብቲ ብቐጻሊ ኣምላኽ ካብ ፍጡር ሰብ ዝጠልቦ ጉዳይ፡ ጉዳይ ፍትሒ እዩ። ዓለም ብዘስካሕክሕ ዓመጽ/ኢፍትሓውነት ተመሊኣ'ኳ እንተላ ሒደት ካብኡ ግና ክንርኢ። ብመሰረት ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ፡ ኣስታት 125,000 ካብቶም ናብዛ ዓለም'ዚኣ ዝመጹ "ንርእሶም መከላኸሊ ዘይብሎም" ንጹሃን ዕሸላት እታ ቀዳመይቲ እስትንፋስ ከየስተንፈሱ ይሕረዱ።[1] እዚ ማለት ብገምጋም ኣብ ዓመት ካብ 40 ክሳብ 50 ሚልዮን ምንጻል ጥንሲ የጋጥም። ሎሚ ግዳይ ንግዲ ባርነት ወሲብ (sex slave trafficing) ዝኾና መብዛሕትአን ኣዝየን ንኣሽቱ ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን ናብ 30 ሚልዮን ይበጽሓ። መዓልታዊ እዘን ኣዋልድ እዚኣተን፡ ብጾታዊ፡ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ዘስካሕክሕ ግህሰት ይወርደን። ኣነ ንባዕለይ ከም ኣቦ ኣርባዕተ ኣዋልድ መጠን፡ ብሰንኪ'ዚ ኣረሜናዊ ክፍኣት'ዚ ኣብ ልቢ እግዚኣብሄር ኣቦ ዝነድድ ቁጥዐ ክግምቶ ኣይክእልን። ነፍሲ ወከፍ ገዓር፡ ነፍሲ ወከፍ እህህታ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣውያት፡ እግዚኣብሄር ይሰምዖ እዩ። እግዚኣብሄር ንዝተጨኮኑ፡ ንውጹዓት፡ ንዝተሰብሩ፡ ንዝሳቐዩ፡ ንጥቑዓት፡ ንዝጉሃዩ፡ ንዝተባረሩ፡ ንዝተደርበዩ፡ ንዝጸበቦም፡ ንዝተረስዑ፡ ንሕሙማት፡ ድኻታት፡ ንድኹማት ድማ ርህራሄ ከም ዝመልአ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ይምስክሩ። ነዚኣቶም እዩ ጐይታ ክፍውስን መደምደሚ ፍትሒ ክህብን ከም ዝመጽእ ደጋጊሙ መጽሓፍ ቅዱስ ዝነግረና። እስኪ ብዛዕባ'ቲ ጐይታ ብፍሉይ ዳግም ምስ ተመልሰ ዝገብሮ ግብርታት ፍትሒ ዝዛረቡ ቅምሶ ዝኣኽሉ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ክንርኢ፣

- "እንሆ፡ ዝድግፎ ባርያይ፡ ሕሩየይ፡ ነፍሰይ ብእኡ ባህ ዚብላ፡ መንፈሰይ ኣብ ልዕሊኡ ኣሕዲረ ኣሎኹ፡ ንሱ ነህዛብ ፍትሒ ኼውጽኣሎም እዩ፡" (ኢሳ42፡1)
- "ግናኸ ንድኻታት ብጽድቂ ኺዳኑ፡ ነቶም ዓቃላት ምድሪ ኸኣ ብቕንዕና ኺብይን፡ ብበትሪ ኣፉ ንምድሪ ኺወቕዓ፡ ብመንፈስ ከናፍሩ ድማ ንረሲኣን ኪቐትሎም እዩ፡" (ኢሳ11፡4)
- "በታ መዓልቲ እቲኣ ነታ ሓንካስ ክእክባ፣ ነታ እተሰጐትን ነታ ኣነ ዘጨነቕክዋን ክሕብረን እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር፡" (ሚክ.4፡6)
- "እቶም ዓቃላት ንሓጐሶም ኣብ እግዚኣብሄር ኬዕዝዝዎ፡ እቶም ኣብ ማእከል ሰብ ዘለው ድኻታት ከኣ በቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ ኪሕጐሱ እዮም፡" (ኢሳ29፡19)
- "ሽዑ ኣዒንቲ ዕውራት ኪኽፈታ፡ ኣእዛን ጸማማት ከኣ ጋህ ኪብላ እየን። ሽዑ ሓንካስ ከም እራብ ኪሰርር፡ ልሳን እቲ ዓባስ ከኣ እልል ኪብል፡ ማያት ኣብ በረኻ፡ ወሓይዝ ድማ ኣብ ምድረ በዳ ኺፍልፍል እዩ እሞ፡" (ኢሳ35፡5-6)
- "እንሆ፣ በቲ ጊዜ እቲ ነቶም ዚጭቍንኺ ኹሎም ክጻረሮም እየ፣ ነታ ዝሐንከሰት ከድሕና፣ ነታ እተሰጐት ከኣ ክእክባ፣ ኣብቲ ዝነወርዎ ኹሉ ነገራት ክቡራትን ስሙያትን ክገብሮም እየ፡" (ጸፎ3፡16)

- *"ንመሳኺንን ንድኻታትን ኪድንግጸሎም፣ ንነፍሲ ድኻታት ከኣ ኬድሕን እዩ፡"* (*መዝ*72፡13)
- *"ዝጠፍኤት ክደሊ፣ እተባረረት ክመልስ፣ እተሰብረት ክዘንን፣ ዝሐመቐት ከኣ ከጽንዕ፣ ነታ ዝሰብሔትን ዝበርትዔትን ግና ከጥፍእ፣ ብፍርዲውን ክጓስየን እየ፡"* (*ህዝ*34፡16)

*እቲ ዝርዝር ካብዚ ሓሊፉ ዝቕጽል ምዃኑ ምዝራብ ኣየድልን። መዓልቲ ጕይታ፡ መዓልቲ ፍርዲ'ያ! ሎሚ ብዛዕባ ጕዳይ ፍትሒ ኣዝዮም ኒሕ ዘለዎም፣ ግን ከኣ ኣብ ጕዳይ መወዳእታ ዘመን ፍጹም ተገዳስነት ዘይብሎም ብብዝሒ ናኣሽቱ ክርስትያን ክርኢ ከሎኹ ይግረም። ከመይሲ ፍርዲ ትኹረትን ሕመረትን ናይ መወዳእታ ዘመንን መዓልቲ እግዚኣብሄርን እዩ። እታ መዓልቲ እቲኣ ብዛዕባ ፍርዲ ጥራይ ዘይኮነትስ ብዛዕባ'ታ ምስ ተመልሰ ዘቚማ መንግስቲ እውን እያ። ድሕሪ ደጊም ብኽያት፡ ዋይዋይታ፡ ግፍዒ፡ ባርነት፡ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቂ ሰባት፡ ምንጻል ጥንሲ፡ ዓመጽ፡ ውግእ ኣይክህሉን እዩ። የሱስ ነዚ እዩ ኣብ ገሊላ እናተዘዋወረ ዘበሰሮ "ወንጌል መንግስቲ"።*

## ***<u>ሓዳስ ኣድማሳዊት መንግስቲ</u>***

*የሱስ ነቶም ኣብ ሓመድ ዝወደቑን ዝተረግጹን ከልዕል ጥራይ ዘይኮነስ ነቶም ገፋዕትን ገበርቲ እከይን ንርእሶም ዘልዓሉን ብጕድኣት ካልኦት ረብሓ ዝደለዩን* ሓጸቢቑ ኪድርብዮም *እዩ። ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝብሎ ነቶም ዕቡያት ለጠቕ ኩብሎምን ነቶም ርእሶም ዘልዓሉ ድማ ከዋርዶምን እዩ። "እተን ዕቡያት ኣዒንቲ ሰብ ለጠቕ ኪብላ እየን። ትዕቢት ሰባት ከኣ ኪዋረድ እዩ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ እግዚኣብሄር በይኑ ልዕል ኪብል እዩ፡" ይብል (ኢሳ2፡11)።*

*እቲ ቀዳማይ ዕላማ ናይ ዝዀነ ይኹን ቦታ መሪሕነት ኣብ መዋቕር መንግስታዊ ቤት ጽሕፈታት ወይስ ቤተክርስትያን ወይ ካልእ ትካላት ንምግልጋል'ዩ። ሎሚ ግና ዋላ'ኳ ምሉእ ብምሉእ ኣይበሃል ብዙሓት ፖለቲከኛታትን መራሕቲ ማሕበራትን ስልጣን ዝደልዩዎ ብሓቂ ንኻልኦት ንምግልጋል ዘይኰነስ ዝዓበየ ሃብቲ፡ ሓይሊ ወይ ምሕደራ ንምርካብ እዩ እንተ ተበሃለ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኰነን። እዚ ገጽና ናብ ዘዮርናዮ ዘበለ ዝጸንሓና ሓቂ እዩ። ብርግጽ ግና እምብዛ ጽንፈኛታት ኣብነት ኣለዉ። ንኣብነት ተረት ዝመስል ብእሊ ናይ ነገስታት ሱዕዲ ዓረብ ይገርመኒ። ብማዕሪኡ፡ ህዝቡ ብዘሰካሕክሕ ምረት እናተዳህከ ክነሱ ውልቀ መላኺ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን ማዕረ ኣምላኽ ክብሪ ክወሃቦ ክርኢ ይገርመኒ። ኣብ ኣመሪካ ከይተረፈ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ምድያብ፡ ከም መረጋገጺ ውሕስነት ዕድመ ልክዕ ሃብትን ድሎትን ኮይኑ ኣሎ። ስልጣን ብዘይግቡእ ንረብሓ ርእስኻ ብዋጋ ሕቖ ህዝቢ ምጥቃም፡ ዳርጋ ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓውዲ ሕብረተሰብ ልሙድ ዝዀነ ጸገም እዩ። የሱስ ምስ ተመልሰ ነዚ ብኸመይ ክምልሰሉ እዩ፧ ብዙሓት መዝሙር 110 ብሰንኪ እቲ ዝሓዘቶ ዓሚቝ መሲሓዊ ትንቢት ይፈልጥዋ እዮም፡ "ጐይታይ ንጐይታይ፡ ንጸላእትኻ መርገጺ እግርኻ ክሳዕ*

ዝገብርም፡ ኣብ የማነይ ተቐመጥ በሎ” (መዝ 110፥1) ትብል ቀዳመይቲ ጥቕሲ ናይታ ምዕራፍ። ሳሕቲ ግን እቲ ናይ መወዳእታ ክፋል ናይቲ ትንቢት ካብ መድረኻት ስብከት ዝዝረበሉ ኮይኑ፡ እቲ መሲሕ ምስ ተመልሰ ኣብ መላእ ምድሪ ንዘለዉ ዘይጻድቃን ገዛእትን ፖለቲከኛታትን ክጭፍልቖም እዩ ዝብል፡ “እግዚኣብሄር ኣብ የማንካ ኹይኑ፣ ብመዓልቲ ቍጥዓኡ ንነገስታት ኪጭፍልቖም፣ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ኪፈርድ፣ ብሬሳታት ኪመልኦ፣ ርእሲ ርሒብ ሃገር ኪጭፍልቕ” እዩ ይብል (ቍ.5-6)።

ብርግጽ ከምኡ ክኸውን'ዩ! የሱስ ምስ ተመልሰ ንብዙሓት ዓመጽቲ ንርእሶም ዘገልግሉ ፖለቲከኛታትን ውልቀ መለኽትን መራሕትን ኣብ መላእ ምድሪ ከጥፍኦም እዩ። ከምኡ'ውን ንምድሪ ካብ ጨቆንቲን ንርእሶም ዘገልግሉን መራሕቲ ከንጽሃ ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቶም ኣብ ንኣሽቱ ነገራት እሙናትን ትሑታትን ዝኾኑ ድማ ኪሾሞም እዩ። “ኣታ ሕያዋይ ባርያ፡ ጽቡቕ ገበርካ። ብሒደት እሙን ኴንካ ኢኻ እሞ፡ ኣብ ዓሰርተ ኸተማ ተሸየም፡” ክብሎም'ዩ (ሉቃ 19፡17)። እዚ ካልእ ክፋል ናይቲ የሱስ ኣብ ገሊላ ክዘውርን “ወንጌል መንግስቲ” ክሰብኽን ከሎ ዝእውጆ ዝነበረ መልእኽቲ እዩ።

<u>ዓብዪ ምግልባጥ</u>

ምምጻእ መንግስቲ ኣምላኽ፡ ነቶም ርእሶም ልዕል ዘበሉ ተዋርድ፡ ነቶም ትሑታት ድማ ክብ ተብል ስለዝኾነት፡ መዓልቲ ጉይታ፡ መዓልቲ “ዓብዪ ምግልባጥ” ኢለ እየ ዝጽውዓ። ሎሚ ዘላ ምድሪ ብመሰረቱ ኣዝያ ዘይፍትሓዊት ስለ ዝኾነት፡ ብኸምዚ ዝኣመሰለ ዓብዪ ምግልባጥ ጥራይ እያ ፍትሓዊት ክትከውን እትኽእል። ስለዚ መዓልቲ እግዚኣብሄር ኩሉ በደላት ዝእረመላ መዓልቲ ክትከውን እያ፣ ሙብዛሕትኡ ናይዚ ሕጂ ዘሎ ስርዓት ድማ ብመሰረቱ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ክግልበጥ እዩ። ነዚ እዩ ድማ ኩሉ ደጊ ክርስትያን ነቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ዝሃቦ ምዕዶ ኣብ ልቡ ክሕዞ ዘለዎ። ከምዚ ይብል፡

> ሓንቲ እኳ ንርእሰይ ይጥዓመኒ ብምባል ወይስ ንውዳሴ ኸንቱ ኣይትግበሩ፡ ብትሕትና ግና እቲ ሓደ ነቲ ሐደ ኻብ ርእሱ ኣብሊጹ ይርኣዮ። ነፍሲ ወከፍ ንብጻዩ ድማ እምበር፡ ነፍሲ ወከፍ ንርእሱ ዚሕሾ ኣይጠምት። እቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዝነበረ ሓሳብ ኣባኻትኩምውን ይሃሉኹም። ንሱ ብመልክዕ ኣምላኽ ክነሱ፡ ነቲ ማዕረ ኣምላኽ ምዃኑ ኸም ምምንዛዕ ኣይረኣዮን። መልክዕ ባርያ ወሲዱ ርእሱ ኣሕሰረ፡ ሰብውን መሰለ፡ ብንብረቱ ኸም ሰብ ኰይኑ ተረኸበ። ርእሱ ኽሳዕ ሞት ኣትሐተ፡ ክሳዕ ሞት ኣብ መስቀል እኳ ደኣ ተኣዘዘ። (ፊሊ.2፡3-8)

ምዕዶ ናይ ጳውሎስ ኣብዛ ህይወት እዚኣ እተቐበሉዎን ብትሕትና እናኣገልገሉ ንክርስቶስ ክመስሉዎ ዝደልዩ ልዕል ክብሉ እዮም። ነቶም ምኽሪ ጳውሎስ ነጺጎም ንርእሶም ልዕል ዝብሉ ድማ ተዋሪዶም ክተርፉን ምናልባት'ውን ናብ ቀላይ ሓዊ ክድርበዩን እዮም። እታ የሱስ ምስ ተመልሰ እትቐውም መንግስቲ ኣብ ሰረተ-ፍትሒ

ክትሀነጽ እያ። እቲ የሱስ ዘበሰሮ መልእኽቲ ንዕቡያትን ንርእሶም ዝኣምኑን ንጨኮንትን ከቢድ መጠንቀቕታ ዝህብ መልእኽቲ እዩ ነይሩ። ነቶም ትሑታትን ስቡራትን ውጹዓትን ተሰፋኦም ኣብ ኣምላኽ ጥራይ ዘንብሩን ግና እቲ መልእኽቲ ጽሩይ ብስራት እዩ።

## ምድሪ ክትሕደስ'ያ

በቲ መዓልታት'ቲ መጽሓፍ ቅዱስ "ዓብዩ ጸበባ" ዝብሎ፡ ከበድቲ ተፈጥሮኣውያን ሓደጋታት ከጋጥሙ እዮም። እዚ ኸኣ ብዙሓት ዓበይቲ ከተማታት ብዓበይቲ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ህሙኽ ክብላ እየን። ከም ውጽኢቱ ኣብ መላእ ዓለም ዓብዩ ለውጥታት መልክዓ-ምድሪ ኪፍጠር'ዩ።

> በርቕታትን ደሃያትን ነጐዳታትን ድማ ኹነ። ከምኡ ዝበለ ኸንድዚ ዚኣክል ዓብዩ ምንቅጥቃጥ ምድርስ፡ ሰብ ኣብ ምድሪ ኻብ ዚፍጠር ከቶ ዘይኰነ ዓብዩ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኹነ። እታ ዓባይ ከተማ ኸኣ ኣብ ሰለስተ ኽፍሊ ተመቕለት ከተማታት ኣህዛብውን ወደቓ። እታ ዓባይ ባቢሎን ድማ ናይቲ ብርቱዕ ቍጥዓኡ ጽዋእ ወይኒ ኺህባ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተዘከረት። ብዘለዋ ደሴታት ሀደማ፡ ኣኽራንውን ኣይተረኽቡን። ኣስታት ሓደ መክሊት ዝምዝኖ ገዚፍ በረድ ካብ ሰማይ ናብ ሰብ ወረደ። እቲ መዓት ኣዝዩ ኽፉእ ስለ ዝኾነ፡ እቶም ሰብ ብሰሪ እቲ መዓት በረድ ንኣምላኽ ጸረፍዎ። (ራኢ.16፡18-21)

ስለዚ ኣብዚ ኵነታት እዚ እዩ የሱስ ምስ ተመልሰ ጻድቃን ንምድሪ ምሕዳስ ዝጅምሩ፡ "ነቲ ናይ ቀደም ዑናታት ኪሀንጹ፡ ነቲ ቐደም ዝባደመ ኬቕሙ፡ ነተን ካብ ውሉድ ወለዶ ዝዐነዋ ፍሩሳት ከተማታት ኪሕድሱ እዮም፡" (ኢሳ 61፡4)። ሕጂ፡ ምናልባት ንነብስኻ "ንምድሪ ምህናጽከ እንታይ ማለት'ዩ፧" ወይስ "እዚ ብዙሕ ስራሕ እዩ ዝመስል፧" ብምባል ትሓታ ትህሉ። ግን ነዚ ዝስዕብ እስኪ ሕሰበሉ። ክንደይ ነዚ ዘንብቡ ኣካል ናይ የሱስ ወግዓዊ ናይ መንግስታዊ ናይ ስነ ህንጻን ምህንድስናን ጉጅለ፡ ወይ ወግዓዊ ዓለማዊ ሽማግለ ውጥን ስፍራ ኣታኽልቲ ንምኻን ነዚ ዕድል ምተመነይዎ፧ ኣብቲ ግዜ እቲ እንታይ ዓይነት ቅዲ ስነ ህንጻ እዩ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል፧ የሱስ ባህላዊ ናይ ማእከላይ ምብራቕ ቅዲ ኮንክሪት ብሎክ ገዛውቲ ጥራይ ክንሃንጽዶ ይእዝዘና ይኸውን፧ ወይስ ዘጌጸ ቪክቶርያዊ ግብታት፣ ወይስ ጎቲካዊ ግምቢታት፣ ወይስ ብኦርጋኒክ ኣርት ኖቮው ዝተሰለመ ናይ ሆቢት ዘምሰልሰል ኣባይቲ፣ ወይስ፡ ወዲ ሰብ ቅድሚ ሕጂ ርእይዎ ዘይፈልጥ ምሉእ ብምሉእ ሓድሽ ዝመልክዑ ስነ-ህንጻ እዩ ኺጥቀም፧ እዚ ኩሉ ግምታት ቁሩብ ዕሽነት ክመስል ይኽእል እዩ፡ ብሓቂ ግን ብዛዕባ ባህሪ ናይቲ ዝመጽእ ዘመን ኣብ እነስተንትነሉ እዋን ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሕልሚ ክንጠፍእ ይግባእ ዝብል እምነት ኣለኒ። ከመይሲ እዚ ክውንነት እዚ ማለት ምስቲ ንጉስ ነገስታት ብምትሕብባር ኣብ ዕዮ ምሕዳስ ምድሪ ምክፋልና ሕልሚ ጥራይ ዘይኮነስ ግህዶ ዝኾነሉ መዓልቲ

ኣሎ። እዚ ዓይነት ሕልሚ (ሕልሚ እንተ በልኩሞ ማለተይ'የ) ብጣዕሚ ተስፋ ወንጌል እዩ።

ሽሕ'ኳ እዚኣቶም ናይቲ ዝመጽእ ዘመን ግኡዛውያን ክውንነታት እንተ ኾኑ ኣብ ኣብያተ ክርስትያን ወንጌል ክሰበኽ ከሎ ግና ኣይዝረበሎምን'ዩ፤ እንተ ወሓደ ብተመኩሮይ ዳርጋ ፈጺሙ ኣጋጢሙኒ ኣይፈልጥን። ምስናይዚ ግን ነዚ ነገራት ክንሰምዕ ከለና ልብና ብሓጉስ ይዘልል እዩ። ብርግጽ ምስ ጉይታ ኼንና ምዕሩጋት ስፍራ ኣታኽልቲ ኣባይትን መልክዓ ምድርን ክንፈጥር ኢና። እዚ እዩ ብሓቂ ክርድኣና ዝኽእል ምድራዊ ኣምር እምበር ብደበና ሰማያት ተጸይርና ንዘልኣለም እናንሳፈፍና ኣብ ሰማያዊ ዓለም ክንነብር ኢና ማለት ኣእምሮና ከቑሮ ዝኽእል ኣምር ኣይኮነን። ካብ ስጋ ወጺና ብመንፈስ ኣብቲ ሰማያዊ ዓለም ምንባር ማለት ክርዳኣና ዝኽእል ኣይኮነን፡ ምኽንያቱ ስጋ ለቢስና ኢና ተፈጢርና ሃረርታና ኸኣ ሓንሳብን ንሓዋሩን ዘይመውት ስጋ ክንለብስ ከምኡ ድማ ኣብ ክብሪ ኣምላኽ ብሓርነት ክንነብር ደኣ እምበር ካብ ስጋ ተፈሊና ብመንፈስ ክንነብር ኣይኮነን። ከምዚ ዝኣመሰለ ቁምነገር ዘለዎን ግኡዛውን ሓቀኛን መግለጺታት እዩ ኣብ ውሽጥና ብዕምቀት ዝድመጽ። ንሕና ዝተፈጠርናሉ ነዚ እዩ። ናብ የሱስ እንተ ተመሊስና ኣብ እምነትና እንተ ጸኒዕና ድማ ልክዕ ነዚ ኢና ክንወርስ። የሱስ ንህዝቢ ገሊላ ብስራት መንግስቲ ክሰብኽ ከሎ እዚ እዩ ዝዛረበሉ ዝነበረ!

## <u>ስፍራ ኣታኽልቲ ክህሉ'ዩ</u>

ዳርጋ ንዝኾነ ትፈልጦ ሰብ፡ ናብ መዓልታዊ ስራሓቱ ምኻድዶ ወይ ኣታኽልቱ ኪኹስኩስ እንታይ ከም ዝመርጽ እንተ ትሓቶ - መብዛሕትኡ ሰብ ኣብ ኣታኽልቱ ክውዕል ይመርጽ። ኣብ'ቲ ሓደ ሰብ ኣብ ጀርዲን ዝሰርሖ ስራሕ ዘደስት ነገር ኣሎ። ፍረ ጻዕሪ ናይ ገዛእ ርእስኻ ብምስትምቃርን ምስ ተፈጥሮ ብምሽራኽ ጽባቐን መቐረትን ካብ ምፍራይ ዝመጽእ ዕግበት ዓብዩ'ዩ።

ቅድሚ ገለ ዓመታት፡ ነፍሲ ወከፎም ኣስታት ዕስራ ጫማ ንውሓት ዘለዎም ሓያሎ ዕንጨይቲ ወሲደ፡ ካብ ድሕሪት መስኮተይ ወጻኢ ኣስታት ሓደ ዳርባ እምኒ ዝኸውን ዓብዪ ቴፒ ሰሪሐ ነይረ። ንጹር ኣፍደገ ንኽህሉ፡ ብዘይካ ኣብ ቅድሚት ኣብ ዙርያ እቲ ቴፒ ዝተሓዋወሰ ናይ ኮንቮልቮሎን ባልዶንጓን ዘርኢ ተኺለ። እቲ ሓሳብ፡ ኣብ መወዳእታ ሓጋይ፡ ንደቀይ ከም መጻወቲ ዘገልግል ሰላዕላዕ ዝበለ ስፍራ ኣታኽልቲ ክህልወና እዩ ነይሩ። ደቀይ ኣብ ውሽጢ እናተጻወታ ድማ ኩሉ ዝደለይኦ ቀጠልያ ባልዶንጓ ክበልዓ ይኽእላ ነበራ። ፍጹም ውጥን እዩ ነይሩ ኢለ ሓሲበ። እቲ ጸገም፡ ኣብታ ዓመት እቲኣ፡ ብገለ ምኽንያት ጽቡቕ ኣይዓበየን፡ ስለዚ "ናይ ባልዶንጓ ጀርዲነይ" ከፊላዊ ዓወት ጥራይ እዩ ነይሩ። ምናልባት ኣብ ሓደ እዋን ዝሓሸ ዓወት ክረክብ ዳግማይ ክፍትኖ'የ። ኣብዚ ሕጂ ዘመን ከምዚ እዩ። ኣብቲ ዝመጽእ ዘመን ግን ነቢይ ኣሞጽ ኩሉ ተግባር ኣእዳውና ጽሩይ ዓወት ከም ዝኸውን ይሕብረና።

> እግዚኣብሄር ይብል ኣሎ፣ እንሆ፣ እቲ ሓረስታይ ንዓጻዳይ፣ እቲ ጸማቒ ወይኒ ድማ ነቲ ዘራኢ ዘርክበሉ መዓልታት ኪመጻ እየን። ኣኽራን ከኣ ኰልዒ ወይኒ ኼንጠብጥብ፣ ኹሉ ኹድኹዶታት ድማ ኪመኽኽ እዩ። ኣነ ኸኣ ንህዝበይ እስራኤል ካብ ምርኮ ኽመልሶ እየ፣ ንሳቶም ድማ ነተን ዝባደማ ኸተማታት ኪህንጽወንን ኪነብርወንን እዮም። ኣታኽልቲ ወይኒ ኪተኽሉ፣ ወይኒ ኸኣ ኪሰትዩ፣ ኣታኽልቲ ኺገብሩ፣ ፍሬኡውን ኪበልዑ እዮም። ኣነ ኣብ ምድሮም ክተኽሎም እየ፣ ድሕርዚ ኸኣ ካብታ ዝሀብክዎም ምድሮም ከቶ ኣይኪምንቈሱን እዮም፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። (ኣሞ9፥13-15)

እቲ ሓረስታይ ነቲ ዓጻዲ ከርክቦ'ዩ ክብል ከሎ ዝዕጸድ ብዙሕ ፍረታትን ኣሕምልትን ስለ ዘሎ ጌና እቲ ዝፈረየ ተዓጺዱ ከይተወድአ ናይ ምሕራስ ግዜ ከርክብ እዩ ማለት'ዩ። ብሰንኪ ዋዒ ወይ ዝናብ ወይ ባልዓት ወይ ዝኾነ ነገር ዘይሕረሰሉ ዓመት ፈጺሙ ኣይክህሉን እዩ። ጎይታ ባዕሉ ንተግባራት ኣእዳዎም ክባርኾ እዩ። ነበርቲ እታ ምድሪ፡ ኣታኽልቲ ወይኒ ተኺሎም ነቲ ወይኒ ከም ዘስተማቕሩ፡ ኣታኽልቲ በለስ ተኺሎም ነቲ ፍረ ከም ዘስተማቕሩ ይነግረና። "'በታ መዓልቲ እቲኣ፡' ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ 'ነፍሲ ወከፍኩም ንብጻዩ ኣብ ትሕቲ ወይኑን ኣብ ትሕቲ ኦም በለስን ኪቕመጥ እዩ" (ዘካ 3፥10)። የሱስ ብሰራት ወንጌል ክሰብኽ ከሎ ነቲ ድሮ ብጽሑፋት ነብያት ኣይሁድ ዝተኣወጀ ጥራይ እዩ ዝገልጽ ነይሩ። ኩሉ እቲ ብሓጢኣቱ ዝንሳሕን ናብኡ ዝምለስን ኣምላኽ ኣብቲ ሰናይ መዝገቡ ዘዳለወሉ ሰናይ ነገራት እዩ ዝገልጽ ነይሩ። የሱስ ወንጌል መንግስቲ ክእውጅ ከሎ ዝተዛረቦም ነገራት እዚኣቶም እዮም!

<u>**ደጊም ኲናት ኣይክህሉን**</u>

ኣነ ልኡም ሰላምተኛ ኣይኰንኩን። ብርግጽ ኣብዛ ብኽፍኣት እተመልአት ዓለም ኲናትን ጐነጽን ዜድልየሉ ግዜ ኣሎ። ግን ኲናት ዝናፍቕ ወይ ዝኾነ ሰብ ክሕጎሰሉ ዝግባእ ነገር ፈጺሙ ከምዘይኮነ እውን እፈልጥ እየ። ብዝሒ ናይቶም ሕጂ ብጸቕጢ ድሕረ-ትራውማ ዝሳቐዩ ወይ መዓልታዊ ነብሶም ዝቐትሉ ዘለዉ ኣሜሪካውያን ወተሃደራት ኣብ ግምት ከእቱ ከለኹ፡ ክፍኣት ኲናት ኣዝዩ ይርኣየኒ። ኣብ ህዝብታት ዒራቕን ሶርያን ዝፍጸም ዘሎ ቀጻሊ ቅትለትን ሞትን ክዕዘብ ከለኹ፡ ምሒር የጸይነኒ። ነዚ እዩ ድማ ኩሉ ሰብ - ወተሃደር ይኹን ሰላምተኛ - ብማዕረ ኩላትና ኣብቲ ዝመጽእ ዘመን ክንሕጐስ ከም እንኽእል ዝሰማማዕ፡ "[ክርስቶስ] ኣብ መንጎ ብዙሓት ህዝብታት ኪፈርድ፣ ንብርቱዓት ህዝብታት ድማ ክሳዕ ርሑቕ ኪዳንዮም እዩ። ንሳቶም ከኣ ኣስያፎም ንማሕረሻታት፣ ኲናውቶም ድማ ንገዘሞታት ኪሰርሕዎ እዮም፣ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሰይፌ ኣይኬልዕልን እዩ፣ ደጊምሲ ውግእ ኣይኪምሀሩን እዮም፣" (ሚክያስ 4፥3)።

የሱስ ባዕሉ ንጉስ ምድሪ ክኸውን እዩ። ኣብ መንጎ ኣህዛብ ንዘጋጥም ዘይምርድዳእ ኪፈትሕ እዩ፣ ደጊም ውግእ ኣይኪህሉን እዩ። ኣህዛብ ኣብ ክንዲ ሚሳይል ዘፍርዩ

መሳርሒ ሕርሻ ክእክቡ እዮም። ድሕሪ ደጊም ብሰንኪ ደብዳባትን ቶኽሲ ቦምባታትን ዝበኪ ቀልዓ ኣይክህሉን'ዩ። ድሕሪ ደጊም ኣቦ ደቂ ሓዲት ናብ ኩናት ኣይኪወፍርን። ድሕሪ ደጊም ናይ ባንቡላ መሓውር ኣይክህሉን። ድሕሪ ደጊም ስነ ኣእምሮኣዊ ስምብራት ኩናት ኣይክህሉን። ድሕሪ ደጊም ዝተጻወደ ነታጕ ኣይክህሉን እዩ። ኩሉ እቲ ዘሰካሕክሕ ሳዕቤናት ኩናት ንዘልኣለም ሕሉፍ ክኸውን እዩ። እቲ ዝመጽእ ዘመን ከምዚ'ዩ ክኸውን። የሱስ ወንጌል መንግስቲ ንህዝቢ ክእውጅ ከሎ እዚ ዘይንጸል ኣካል መልእኽቱ እዩ ነይሩ።

## ትንሳኤ ናይ ስጋ

ንብዙሓት፡ ቁሳዊ፡ ምድራዊ ዘለኣለማውነት ዝብል ሓሳብ ምሉእ ብምሉእ ጋሻ ኣምር እዩ። ምስናይዚ ግን ትንሳኤ ስጋን ምሕዳስ ምድርን ክልቲኦም መጽሓፍ ቅዱስ ዝምህሮም ሓቅታት'ዮም። እቲ ኽንዮ-ህይወት፡ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ንዘልኣለም ምዝንባይ'ዩ ክኸውን ዝብል ብፍልስፍና፡ ካብ ምህሮ ግሪኻውያን ዝመጸ'ዩ። እዚ እምነት እዚ ብገለ መልክዑ ኣብ ቤተክርስትያን ዓብላሊ ኣተሓሳስባ ኮይኑ እኳ እንተጸንሐ ብሓቂ ግን እዚ ነቲ ሓቀኛ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ተስፋ ዝብክል እዩ። እቲ ናይ መጻኢ ትንሳኤ ካብቲ ብዙሓት ወትሩ ዝመሃሩዎ ዝተፈልየ እኳ እንተኾነ፡ ብዛዕባ ዝኸበረ ስፍራ ኣታኽልቲ፡ ዝተበጀወ፡ ዝተሓደሰ ፍጥረት ዝኣመሰሉ ነገራት ክንዛረብ ከለና፡ ኣብ ውሽጥና ብዕምቀት ዝድመጽ ነገር ኣሎ። ኣባና ዘሎ ነገር ብዛዕባ እዚ ነገራት እዚ ክንዛረብ ከለና ካብቲ ኣብ ደበናታት ብመንፈስ ንዘልኣለም ከነንሳፍፍ ኢና ዝብል ትጽቢት ዝያዳ ይሕጉስ። ራንዲ ኣልኮርን ዝተባህለ ደራሲ *ሰማይ* ኣብ እትብል መጽሓፍ፡ ነዚ ዳይናሚክ እዚ ብትኽክል ገሊጽዎ ኣሎ፣

> መንፈስ ኮይኑ ክነብር ዝደሊ ሰብ ረኺበ ኣይፈልጥን። እቲ ካብ ሞት ዝተንስኤ የሱስ ነቶም ፈሪሆም ዝነበሩ ደቀ መዛሙሩ፡ "ንመንፈስሲ ስጋን ዓጽምን የብሉን እሞ፡ ኣረምሲስኩም ርኣዩኒ፡" ኢሉ ኣረጋጊጽሎም። ምስናይዚ ግና ኣብቲ ዝመጽእ ኺንዮ-ህይወት፡ መንፈስ ከም እንኸውን ገሊኣቶም ይብሉ። የሱስ ልክዕ ነዚ እዩ ገሊጽሎም። መንፈስ ከም ዘይኰኑ። ኣካላትናን ኣምላኽ ዝሃበና ሽውሃትናን ጭንጫ ወይ ጸጸር ክንበልዕ ክንምነ ኣይፈቕደልናን'ዩ። ንምንታይ፧ ምኽንያቱ ንእኡ ክንበልዕ ስለ ዘይተፈጠርና። ኣብ ዘይስጋዊ መንግስተ ሰማይ ንሓደ ኣካል ዘይብሉ ህላወ ሽውሃት ከተማዕብል ምፍታን ልክዕ ከም ሽውሃት ጸጸር ከተማዕብል ምፍታን እዩ። ኣይሰርሕን'ዩ። ከምኡ እውን ክኸውን የብሉን። እቲ እግዚኣብሄር ክንምነዮ ዝገበረና፡ ስለዚ ድማ እቲ እንምነዮ፡ ልክዕ ከምቲ የሱስ ንሰዓብቱ ቃል ዝኣተወሎም እዩ፡ ማለት እቲ ዝተንስአ ህይወት ኣብ ዝተንስአ ኣካል፡ ምስ ዝተንስአ ክርስቶስ ኣብ ዝተንስአ ምድሪ። ድሌታትና ብልክዕ ምስቲ ኣምላኽ ዝሰርዖ ዝሰማማዕ'ዩ። ሓደ ነገር ካብ

> ውሽጥና ንደልዮ ወይ ሃረር እንብሎ እቲ ነገር ስለዘሎ ወይ ድማ ንመጻኢ ክግለጽ ስለዘኾነ'ዩ። ኣምላኽ ከምኡ ገይሩ'ዩ ፈጢሩና።[2]

የሱስ ዝኣወጆ ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ብልክዕ እዚ እዩ ነይሩ። የሱስ ንኹሉ ሰብ እታ መዓልቲ ፍርዲ ከይመጸት ናብ ንስሓ ዝጽውዕ ዝነበረ ኩላትና ወይ ትንሳኤ ጻድቃን ናብ ህይወት ወይ ትንሳኤ ሓጥኣን ናብ ዘለኣለማዊ ኩነኔ ክንወርስ ስለዝኾንና'ዩ።


## ምጽያቕ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምስክርነት ኣሚለንያሊዝም

ኣብ መብዛሕትኡ ታሪኽ ቤተክርስትያን፡ ክርስትያን ብዛዕባ እቲ ዝመጽእ ዘመን ክልተ ነገራት ይምሃሩ ነበሩ። መጀመርታ ተስፋን ጽሕፍቶን ክርስትያን ኣብ ሰማያዊ፣ ኣካል ዘይብሉ (መንፈስ ጥራይ) ኩነታት እምበር ኣብ ምድሪ ከምዘይከውን ተማሂሮም እዮም። ካልኣይ፡ ክርስትያን፡ ኣምላኽ ምስ ኣይሁድ ዝነበሮ ጉዳይ ስለዝዓጸወ፡ እታ እትመጽእ መንግስቲ ኣምላኽ ዝኾነ ይኹን ፍሉይ ናይ ኣይሁድ ባህርያት ከም ዘይህልዋ ተማሂሮም እዮም። እዚ እምነት እዚ እዩ *ኣሚለንያሊዝም* ዝበሃል። እዚ ኣብ መብዛሕትኡ ታሪኽ ቤተክርስትያን ናይ መብዛሕትኦም ክርስትያን ዓብላሊ እምነት እዩ ነይሩ። ካብ ስራሕ ምሁር ኣንቶኒ ሆከማ (1988 ዓ.ም.ፈ.) ኣትሒዙ ግና ብዙሓት ክርስትያን ሊቃውንቲ ስነ-መለኮት ጌጋ መገዶም ክርእዩ ጀሚሮም ሕጂ ድማ መንግስቲ ኣምላኽ ብሓቂ ኣብ ምድሪ ከም እትኸውን ኣሚኖም ኣለዉ። እዚ ጽቡቕ እዩ! ክርስትያን ሊቃውንቲ ስነ-መለኮት ነቲ ካብ ግሪኻዊ ፍልስፍና ዝሰሎኸ ምህሮ ደርብዮም ናብ ምስክርነት ቅዱሳት መጻሕፍቲ ክምለሱ ምርኣይ ዘገርም ነገር እዩ። ግን እኹል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ብዛዕባ ምድራዊን ንዋታዊን ባህሪ ናይታ እትመጽእ መንግስቲ ጌጋ መገድታቶም እኳ እንተ ኣመኑ፡ ኣሚለንየማውያን ግን ብዝኾነ ይኹን መገዲ እታ እትመጽእ መንግስቲ ኣምላኽ፡ ኣይሁዳዊት መንግስቲ ኣይክትከውንን እያ ኢሎም ይምጉቱ ኣለዉ። ኣብ ዝቕጽል ምዕራፍ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ ብዛዕባ እቲ ኣይሁዳዊ ባህሪ ናይታ እትመጽእ መንግስቲ እንታይ ከም ዚብል ክንርኢ ኢና።

# ፰

## ምሕዳስ መንግስቲ ኣይሁድ

ምንም’ኳ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ዝርኤናዮ መግለጺታት ናይታ ትመጽእ መንግስቲ ድንቒን ክቡርን እንተኾነ ንሱ ግን ሓደ ንእሽቶ ስእሊ ናይቲ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መግለጺ’ዩ። ክንዮ እተሓደሰ ኤደንን ኣታኽልታዊ ኡጦብያን፡ መጽሓፍ ቅዱስ ምምጻእ እተሓደሰት መንግስቲ ኣይሁድ ከም ዝዛረብ ምፍላጥ እውን ኣገዳሲ’ዩ። ድሒርና ከም እንርእዮ፡ የሱስ ምስ ተመልሰ እስራኤል ከም ሃገራዊ መንግስቲ ክትህሉ’ያ ካልኦት ሃገራት ድማ ከም ዓለማዊት መራሒት ሃገር ኣፍልጦ ክህባኣን ናብኣ ክመጻን እየን። በዚ ኣርእስቲ እዚ ምስክርነት ቅዱሳት ጽሑፋት ንጹርን ጽኑዕን ዘይጋራጨን’ዩ። ኣብ ማእከል ሃገረ እስራኤል፡ ከተማ የሩሳሌምን ቤተ መቕደስን ክህልዉ እዮም፣ ካብኡ ድማ የሱስ ንጉስ ኣይሁድ ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ክነግስ እዩ። ኣህዛብ ካብ ኩሉ በረኸት ናይቲ ዘመን ተኻፈልቲ ኪኾኑ እዮም። ብዛዕባ እዚ ዝመጽእ ግዜ እስራኤል ሕምብርቲ ምድራዊ ዳይናሚክ ከም እትኸውን ዝገልጹ ብዙሓት ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ ኣለዉ። እዚ ዝስዕብ ስእሊ ከምቲ ኣብ ምሉእ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ተገሊጹ እንረኽቦ ኣብቲ ናይ ሚለኒያዊ መንግስቲ ክርስቶስ ዝህሉ ዓለማዊ ስርዓት የርኢ፡




*ኣቃውማ እታ ሚለኒያዊት መንግስቲ*

***እዚ ዝስዕብ መጽናዕቲ ኩሉ ዘጠቓልል'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ ግና ገለ ኻብቲ ብዛዕባ እቲ ዚመጽእ መንግስትን ብፍሉይ ኣይሁዳዊ ባህርያታን ዚዛረብ ዝያዳ ጕሊሑ ዚርኣ ክፍልታት እስከ ንርአ።***

***<u>ዙፋን ዳዊት</u>***

***እቲ ቀዳማይ ኣይሁዳዊ መግለጺ እዛ መንግስቲ፡ የሱስ እቲ መሲሕ ኣብታ ኣብ የሩሳሌም ኣብ ከረን ጽዮን እትርከብ "ዙፋን ዳዊት" ክቕመጥ'ዩ ዝብል'ዩ። ልክዕ እዩ፡ ኣብ ምሉእ ቅዱሳት ጽሑፋት፡ "ዝፋን ዳዊት" ዚብል ቃል፡ መንበረ ስልጣን ንጉሳዊ ስርወ-መንግስቲ ኣይሁድ ዜመልክት ምዃኑ ርዱእ እዩ። "ጽዮን" እትብል ቃል፡ መጀመርታ ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ወሰን የሩሳሌም "ከተማ ዳዊት" እተደኮነትሉ ከረን ዘመልክት እዩ (2 ሳሙኤል 5፡7–9 ርአ)፡ ድሒሩ ድማ ከም ቃል መለሳ ቤተ መቕደስ፡ ኵላ የሩሳሌም፡ ወይ ከኣ ንብዘላ እስራኤል እውን ከይተረፈ ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ ንረኽቦ።***

***ነዞም ቃላት እዚኣቶም ካብ ዳዊታዊ (ኣይሁዳዊ) ንጉሳዊ ስርወ መንግስቲ ወጻኢ ንዝኾነ ነገር ከም ዘመልክቱ ንምርዳእ ዝግበር ዝኾነ ይኹን ጻዕሪ፡ ኣብ ምሉእ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዘሎ ንጹር ትርጉሙ ምጥፋእ እዩ። ኪዳን ዳዊት ድሮ ርኢናዮ ኣሎና። ኣምላኽ ንንጉስ ዳዊት ዙፋኑ ንዘልኣለም ከም እትቐውም፡ ኣብ ዙፋኑ ንዘልኣለም ዝቕመጥ "ዘርኢ" ከምዝህቦ እውን ርኢናዮ ኣለና፤***

> "ንህዝበይ እስራኤልውን ቦታ ኽዳልወሉ፡ ድሕሪ ደጊም ከይነቓነቕሲ ኣብታ ቦታኡ ኽትኽሎ እየ። ሽዑ፡ ከምቲ ኣብታ ኣብ ልዕሊ ህዝበይ እስራኤል ፈረዲ ኪኾኑ ዝኣዘዝኩላ መዓልቲ፡ እቶም ደቂ ዓመጸቲ ኸምቲ ናይ ቀደም ገይሮም መሊሶም ኣየጨንቕዎምን። ካብ ኩሎም ጸላእትኻ ድማ ከዕርፈካ እየ። ኤረ እግዚኣብሄርሲ ይነግረካ ኣሎ። መዓልትታትካ ምስ መልአ፡ ምስ ኣቦታትካ ኸኣ ምስ ደቀስካ፡ ብድሕሬኻ ድማ ነቲ ኣብ ከርስካ ዚወጽእ ዘርእኻ ልዕል ከብሎ እየ፡ ንታ መንግስቱውን ከጽንዓ እየ። ንሱ ንስመይ ቤት ኪሰርሕ እዩ፡ ኣነ ኸኣ ዝፋን መንግስቱ ንዘለኣለም ከጽንዓሉ እየ። ኣነ ኣቦ ክኾኖ፡ ንሱ ድማ ወዲ ኪኾነኒ እዩ። እንተ በደለ ኸኣ፡ ብሸበጥ ሰብን ብመውቃዕቲ ደቂ ሰብን ገይረ ኽገርፎ እየ። ግናኸ ከምቲ ነቲ ኣብ ቅድሜኻ ዘግለስክዎ ሳኦል ዘግለስኩሉ፡ ምሕረተይ ካብኡ ኣየግልስን። ቤትካን መንግስትኻን ከኣ ኣብ ቅድሜኻ ንዘለኣለም ኪጸንዓ እየን፡ ዝፋንካውን ንዘለኣለም ኪጸንዕ እዩ፡" (2ሳሙ7፡11-16)

ኪዳን ዳዊት ከመዮ ተስፋ ናይታ ዝተሓደሰት መንግስቲ ተደጋጊሙ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጠቒሱ ኣሎ። ኣብ መዝሙር 110፡ ኣምላኽ ነቲ መሲሕ፡ "ጐይታ ንጐይታይ፣ ንጸላእትኻ መርገጽ እግርኻ ኽሳዕ ዝገብሮም፣ ኣብ የማነይ ተቐመጥ፣ በሎ። እግዚኣብሄር ካብ ጽዮን በትሪ ስልጣንካ ኺልእኽ እዩ፣ ኣብ ማእከል ጸላእትኻ ግዛእ፡" ይብሎ።

ካልእ ፍሉጥ መሲሓዊ ትንቢት ኣብ ኢሳይያስ ኣብ ዝፋን ዳዊት ንዘልኣለም ክገዝእ ውሉድ ተስፋ ከም ዝመጽእ ይሕብር፣

> *ሕጻን ተወሊዱልና፡ ወዲ ተውሂብና እዩ እሞ፡ እቲ ግዝኣት ከኣ ኣብ መንኩቡ እዩ፡ ስሙውን ግሩም፡ መካር፡ ብርቱዕ ኣምላኽ፡ ኣቦ ዘለኣለም፡ መስፍን ሰላም ኪስመ እዩ። ብፍርድን ብጽድቅን ካብ ሕጂ ኽሳዕ ዘለኣለም ምእንቲ ኬጽንዓን ኬቕውማንሲ፡ ኣብ ዝፋን ዳዊትን ኣብ መንግስቱን ዕቤት ግዝኣቱን ሰላሙን መወዳእታ የብሉን። ቅንኣት እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ነዚ ኺገብር እዩ።* (ኢሳ9፡6-7)

ጸኒሑ ድማ ኢሳይያስ፡ "ዝፋን ብምሕረት ኪትከል፡ ኣብኡውን ዚፈርድን ቅንዕና ዚደልን ጽድቂ ንምግባር ዚፈጥንን ብሓቂ ኣብ ድንኳን ዳዊት ኪቕመጥ እዩ፡" ይብል (ኢሳ16፡5)።

ንእስራኤልን ንዳዊትን ዝተዋህበ ተስፋታት ኣብ ትንቢት ኤርምያስ'ውን ብዕምቀት ተደጊሙ ኣሎ፣

> "እንሆ፡ እቲ ብዛዕባ ቤት እስራኤልን ብዛዕባ ቤት ይሁዳን እተዛረብክዎ ጽቡቕ ቃል ዝፍጽመለን መዓልትታት ኪመጻ እየን፡ ይብል እግዚኣብሄር። በተን መዓልትታት እትኤንን በቲ ዘመን እትን ንዳዊት ጨንፈር ጽድቂ

ኸጠዋዓሉ እየ። ንሱውን ኣብ ምድሪ ፍትሕን ጽድቅን ኪገብር እዩ። በተን መዓልትታት እቲኤን ይሁዳ ኺድሕን እዩ፡ የሩሳሌም ከኣ ብደሓን ክትነብር እያ። እግዚኣብሄር ጽድቅና እዩ፡ ተባሂላ ኸኣ ክትስመ እያ፡" (ኤር33፡ 14-16)

እዚ ክፍሊ እዚ ካብ ክልቲኡ ኪዳን ኣብርሃምን ኪዳን ዳዊትን ኣገደስቲ ባእታታት ዝሓዘ እዩ። ቀዳማይ፡ እቲ ብዛዕባ "ቤት እስራኤልን ቤት ይሁዳን" ዚገልጽ መወከሲ፡ ንክልቲኡ ኪዳናት ዚውክል እዩ። ካልኣይ ድማ "ጨንፈር ዳዊት" ዝብል ሓረግ ካልእ ንጹር መወከሲ ናይቲ ብፍሉይ ኣብ ብዘሎ እስራኤልን ይሁዳን ክገዝእን ክነግስን ተስፋ ዝተገብረሉ ዘርኢ ንጉስ ዳዊት ዘመልክት እዩ። ኣብዚ ንኽልቲኣቱ ሰሜናውን ደቡባውን መንግስታት ዘመልክት መወከሲታት ምኻኑ ከነስተብህለሉ ይግባእ። የሱስ ኣብ ልዕሊ "ቤት እስራኤል" ጥራይ ዘይኰነስ፡ "ቤት ይሁዳ" እውን ኪገዝእ እዩ፣ እዚኣተን ክልቲኣን መንግስታት ኣብ ሓደ ሰሚረን እየን ዳግም ክሕደሳ። "ብዘላ ቤት እስራኤል" ክብሃል ከሎ ንሕብረት ክልቲኣተን መንግስታት'ዩ ዘውክል።

## ኣሚለንያሊዝምን ኪዳን ዳዊትን

ሓደ ካብቲ መሰረታዊ ርድኢታት ኣሚለንያሊዝም፡ ብዛዕባ እታ ንመጻኢ እትግለጽ ዝተሓደሰት ኣይሁዳዊት መንግስቲ ዝዛረብ ኩሉ ትንቢታት መጽሓፍ ቅዱስ ምሳሌኣዊ ወይ ኣለጎሪያው ትርጉም ኣለዎ ዝብል'ዩ። ንኣብነት፡ ብመሰረት ኤን.ቲ ራይት፡ ከተማ የሩሳሌም፡ "ናይ ሓደ ንቕድሚት ዝግለጽ ስውያ ወይ ተምሳሌት'ያ"[1]። ብዛዕባ እስራኤል፡ እታ ምድሪ፡ ቤተ መቕደስ፡ የሩሳሌም፡ ወይ ብዛዕባ መንግስቲ ኣይሁድ ዝዛረብ ክፍልታት ኩሉ፡ ብመሰረት ኣሚለንያላዊ ኣረኣእያ፡ ዋላ ሓደ ቃልብቓሉ ክውሰድ የብሉን። ዳርጋ ኩላቶም እዚኣቶም ተምሳሌኣዊ ትርጉም ዘለዎም ኮይኖም ምምጻእ ካብቲ ዝብሉዎ ንላዕሊ ዝሓሸ ነገር የመልክቱ፡ ግን ከኣ ካብቶም ታሪኻውያን መማስልቶም ኣዝዮም ዝተፈልዩ ነገር ዘመልክቱ ምሳሌታት'ዮም። ብርግጽ ብገለ ሸነኽ እዚ ሓቂ'ዩ። ንኣብነት እታ ትመጽእ ቤት መቕደስ ወይ መንግስቲ ኣይሁድ ካብታ ታሪኻዊት ቤተ መቕደስ ኣይሁድ ወይ ጥንታዊት መንግስቲ ኣይሁድ ኣዝየን ዝሓሸ ክኾና'የን። እዚ ማለት ግን ካብቲ ኣምላኽ ቃል ዝኣተወሉ ፍጹም ዝተፈልየ ክኸውን እዩ ንብል እንተሊና ብግልጺ ንምዝራብ ንኣምላኽ ጠዋዩ ቃሉ ንገብሮ ኣሎና። እግዚኣብሄር ቃሉ ኣይጠውን'ዩ። እዚ ማለት መጽሓፍ ቅዱስ ምሳሌ ወይ ምሳልያዊ ቋንቋ ኣይጥቀምን'ዩ ማለት ኣይኮነን። ኣሚለንያላውያን ግና ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ልሙዳት መጽሓፍ ቅዱሳዊ ቴማታት ብተምሳሌኣዊ መገዲ ብምትርጓም ንዘኾነ ፍሉይ ኣይሁዳዊ ሸነኽ ናይዞም ትንቢታት ብምቕናስ ዕሽነት ክትብሎ ትደፍር ስራሕ ይሰርሑ ኣለዉ። ነቲ ኣብ መበል ዓሰርተው ሸሞንተ ክፍለ ዘመን ዝነበረ መሲሓዊ ኣይሁዳዊ ተንታናይ ዳዊት ባሮን፡ "ንትንቢታት መንፈሳዊ ጌርካ ምውሳድ ከምኡ ድማ እስራኤልን ጽዮንን ንቤተክርስትያን ከም ዝውክል

ጌርካ ምዝራብ" ካብ መጠን ንላዕሊ ከይከይድ ዘጠንቀቐ ርእይቶኡ ብዕቱብ ንውሰዶ። ከምዚ ይብል፣

> እዚ ስርዓተ/ኣገባብ ትርጉም እዚ ምሒር ዘይርጉእ'ዩ። ንቕዱሳት ጽሑፋት ድማ ኣብ ዓለም እቶም ኣዝዮም ሕልኽላኽን ትርጉመ-ቢስን ጽሑፋት ይገብሮም። ንኣብነት "እንሆ፡ እተን ንህዝበይ እስራኤልን ይሁዳን ካብ ምርኮ ዝመልሰለን መዓልትታት ኪመጻ እየን፡ ይብል እግዚኣብሄር። ናብታ ነቦታቶም ዝሀብክዋ ሃገር ከኣ ክመልሶም እየ፡ ንሳቶምውን ኪርስተይዋ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር፡" (ኤር. 30፡3)። ኣብዚ እስራኤል ቤተክርስትያን ካብ ኮነት ይሁዳ መን እያ፧ ይሁዳ ቤተክርስትያን ካብ ኮነትከ እስራኤል መን እያ፧ ቤተክርስትያን ዝተዓገስቶ "ምርኮ" እንታይ እዩ፧ ቤተክርስትያን ዝተሳደደትላ ናብኣ ድማ እትምለሰላ ምድሪኸ ኣበይ ዘላ'ያ፧

ካልኦት ኣማኢት ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኣብነታት ክጥቀሱ ይኽእሉ እዮም፣ ገሊኣቶም ንቕድሚት ብዝኸድና ክንርእዮም ኢና። ብሕጽር ዝበለ ግን፡ እቲ ኣሚለንያላዊ ኣረኣእያ ምስ ዝኾነ ቅኑዕ ንባብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ክዕረቕ ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ ቃል ኣምላኽ ደጋጊሙ ብዛዕባ እዚ ናይ መጻኢ ዳግማይ ምሕዳስ መንግስቲ ኣይሁድ ብተደጋጋሚ ስለ ዘረጋግጸልና እዩ። ኣብ ውሽጢ ሓድሽ ኪዳን ኩሉ፡ ኣብ ዝኾነ ቦታ እቲ ንንጉስ ዳዊት ብዛዕባ መጻኢ ምሕዳስ መንግስቱ ዝምልከት መብጽዓታት ከም ዝትክኦ ወይ ከም ዘጥፍኦ ዘእንፍት ንእሽቶ ክፍሊ እኳ የሎን።

እቶም ብዛዕባ እቲ ሓደ መዓልቲ ኣብ ዝፋን ዳዊት ከም ንጉስ ኣይሁድ ኮይኑ ዝገዝእ መሲሕ ዝዛረቡ ትንቢታት ቃልብቓሉ ብምቕባል ካብ ምብራቕ ዝመጹ ሰብ ጥበብ "እቲ እተወለደ *ንጉሰ ኣይሁድ* ኣበይ ኣሎ፧ ኰኾቡ ኣብ ምብራቕ ርኢና እሞ፡ ክንሰግደሉ መጺእና፡" (ማቴ 2፡2) ኢሎም ነይሮም። ብርግጽ እዞም ሰብ ጥበብ ቅኑዓት ነይሮም። ንጉስ ኣይሁድ ተወሊዱ ነይሩ! ጸኒሑ ቅድሚ ስቕለቱ በቲ ሹም፡ ንጉስ ኣይሁድ ምኳኑ ምስ ተሓተተ፡ የሱስ "ንስኻ እኳ ትብል ኣሎኻ፡ በሎ፡" (ማቴ 27፡11)። እወ፡ የሱስ ኣብታ እተሓደሰት መንግስቲ ኣይሁድ *"ካብ ሽዑ ንዘልኣለም"* ንጉስ ኮይኑ ክገዝእ ከም ዝመጽእ ነቲ ሹም ኣረጋጊጽሉ። ከምቲ ብሃዋርያት ዝተኣወጀ፡ ካብ የሩሳሌም ንዓለም ዝገዝእ ኣይሁዳዊ ንጉስ ክመጽእ ምኳኑ እንተ ዘይኣዊጅና እቲ ሃዋርያት ዝተረድእዎን ዝኣወጅዎን ወንጌል ንእውጅ ኣሎና ኣይንበል። ዝኾነ ይኹን ካብዚ ዝንእስ መልእኽቲ፡ ንምሉእ መልእኽቲ ወንጌል ምንካይን ምጥምዛዝን እዩ።

## <u>እስራኤል ከም ርእሲ ኩለን ሃገራት ልዕል ክትብል'ያ</u>

ሓደ ኣይሁዳዊ ሰብኣይ ንዓለም ክገዝእ ክምለስ ጥራይ ዘይኮነስ ከም ንጉስ ህዝቢ ኣይሁድ መጠን ኣብ ልዕሊ ዝተሓደሰት መንግስቲ ኣይሁድ ክገዝእ እዩ። እዚ ድማ ብግዲኡ

ንእስራኤል ልዕሊ ኩሎም ካልኦት ኣህዛብ ልዕል ከብላ እዩ። ኣብ ውሽጢ ትንቢት ኢሳይያስ ብዛዕባ'ዚ ዝዛረቡ ክልተ ኣገደስትን ጽኑዓትን ትንቢታት ንረክብ። እዚኣቶም ነቲ ዝመጽእ መንግስቲ ኣይሁድ ዝገልጹ እዮም። እቲ ቀዳማይ ኣብ ምዕራፍ 2 ዝርከብ ኮይኑ፡ "ኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽ ብናይ ይሁዳን የሩሳሌምን ዝረኣዮ ቓል" ብምባል ጀሚሩ ይቕጽል፣

> ኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽ ብናይ ይሁዳን የሩሳሌምን ዝረኣዮ ቓል እዚ እዩ፡ ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት ኪኸውን እዩ፡ ናይ ቤት እግዚኣብሄር ከረን ኣብ ርእሲ ኣኽራን ኪቐውም፡ ኣብ ልዕሊ ኹድኹዶታት ድማ ልዕል ኪብል፡ ኩሎም ኣህዛብውን ናብኡ ኺውሕዙ እዮም። ሕጊ ኻብ ጽዮን፡ ቃል እግዚኣብሄር ከኣ ካብ የሩሳሌም ኪወጽእ እዩ እሞ፡ ብዙሓት ህዝብታት ኪኸዱ፡ ንዑናይ ናብ ከረን እግዚኣብሄር፡ ናብ ቤት ኣምላኽ ያእቆብ ንደይብ፡ ንሱ ጐደናታቱ ኺምህረና፡ ብመገድታቱ ክንመላለስ ኢና፡ ድማ ኪብሉ እዮም። ኣብ መንጎ ኣህዛብ ኪፈርድ፡ ንብዙሓት ህዝብታትውን ኪዳንዮም እዩ፡ ንሳቶም ከኣ ኣስያፎም ንማሕረሻታት፡ ኲናውቶምውን ንገዘሞታት ኪሰርሕዎ እዮም። ህዝቢ ኣብ ህዝቢ ሰይፊ ኣይኬልዕልን እዩ፡ ደጊምሲ ውግእ ኣይኪመሀሩን እዮም። (ኢሳ2፡1-4)

እቲ ካብዚ ክንወስዶ ዝደለኹዎ ርእሲ ሓሳብ፡ "ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት ኪኸውን እዩ፡ ናይ ቤት እግዚኣብሄር ከረን ኣብ ርእሲ ኣኽራን ኪቐውም፡ ኣብ ልዕሊ ኹድኹዶታት ድማ ልዕል ኪብል፡" ዝብል እዩ። ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት "ከረን" ዝብል ቃል ንመንግስታት ወይ ሃገራት ዝውክል'ዩ (ኤር51፡25, ዳን 2፡35 መዝ30፡7, 72፡3 ከምኡውን ራእይ 17፡9-11 ርአ)። ስለዚ መንግስቲ ቤት እግዚኣብሄር ኣምላኽ (ቅድሚ ሕጂ ብይሁዳን የሩሳሌምን ዝፍለጥ ዝነበረ) ኣብ ማእከል ኩሎም ኣህዛብ ምድሪ መራሒት ክትከውን እያ። ንሳተን ድማ ከም ውሒዝ ናብ የሩሳሌም ክመጻ'የን። ሕጊ ንብዘላ ምድሪ ካብ እስራኤል ክወጽእ እዩ። እዚ ክፍሊ እዚ ኣዝዩ ብንጹር ዝገልጾ ነገር እንተሃልዩ፡ ኣብቲ ዝመጽእ ሚለንየም፡ ፍሉያት ሃገራት ኣብቲ ሽዑ እዋን ክህልዋ እየን፣ እስራኤል ድማ ዝኸበረት መራሒተን ክትከውን እያ።

ነቢዩ ኣሞጽ'ውን ነዚ ናይ መጻኢ ምሕዳስ ኣይሁዳዊ (ዳዊታዊ) ንግስነትን ንኻልኦት ሃገራት'ውን ከመይ ከም ዘጠቓልል ገሊጽዎ ኣሎ። ይብል፡ "በታ መዓልቲ እቲኣ ነታ ዝወደቐት ድንኳን ዳዊት ከልዕላ፣ ነቓዓታ ኸኣ ከጣጥእ እየ፣ ኑቶም ካብ ኤዶም ዝተረፉን ኑቶም ብስመይ እተሰምዩ ዅሎም ህዝብታትን ኪወርሱስ፣ ንዑናኣ ኽልዕሎ፣ ከምቲ ብዘመን ጥንቲ ዝነበረቶ ገይረ ኸኣ ክህንጻ እየ፣ ይብል እቲ ነዚ ዚገብር እግዚኣብሄር፡" (ኣሞ9፡11-12)። (ኣብዚ "ኪወርሱ" ዝብል ቃል ኣብ ትሕቲ መሪሕነታ ክጥቕለሉ ማለት'ዩ)

እተን ናይ መወዳእታ ሸውዓተ ምዕራፋት ትንቢት ኢሳይያስ'ውን ብዛዕባ'ቲ ዝመጽእ ዘመን ብዙሕ ይዛረባ። ኣብ ምዕራፍ 60 ብዛዕባ እታ እትመጽእ መንግስቲ ኣይሁድ ክዛረብ ከሎ፡ “ብርሃንኪ መጺኡ፡ ክብሪ እግዚኣብሄር ከኣ ወጺኡልኪ እዩ እሞ፡ ተንስኢ፡ ብርሂ። እንሆ፡ ጸልማት ንምድሪ፡ ጣቓ ድማ ንህዝብታት የጕልብቦም፡ ግናኸ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሌኺ ኺወጽእ፡ ክብሩውን ኣብ ልዕሌኺ ኺርኤ እዩ” (ቍ.1-2) ይብል። ሕጂ'ውን እስራኤል፡ ካልኦት ኣህዛብ ናብ መሪሕነታ እትስሕብ ሕምብርቲ ምድሪ ተባሂላ ትግለጽ። “ኣህዛብ ናብ ብርሃንኪ፡ ነገስታት ከኣ ናብ ጸዳል ምብራቕኪ ኺመጹ እዮም” (ቍ.3)። ብድሕሪ እዚ፡ ወጻእተኛታት ንኣይሁዳውያን ከካብ ዝተቐመጥዎ ክፍሊ ናይ ምድሪ ናብቲ ኣብ እስራኤል ዚርከብ ቤቶም ከም ዘምጽእዎም ይነግር። “ኣዒንትኺ ናብ ዙርያ ቛሕ ኣብሊ እሞ ጠምቲ፡ ኲሎም ተኣኪቦም ናባኺ ይመጹ ኣለው፡ ኣወዳትኪ ኻብ ርሑቕ፡ ኣዋልድኪውን ተሐቝፈን ይመጻ ኣለዋ” (ቍ.4)። ብድሕሪኡ ኣህዛብ ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ብዘላ ምድሪ ግብሪ ክኸፍሉን ክብሪ ከርእዩን ንመንግስቲ እስራኤል ህያባት ከብጽሑን ከም ዝመጹ ይነግረና።

> ምልኣት ባሕሪ ናባኺ ኺምለስ፡ ሃብቲ ኣህዛብ ከኣ ናባኺ ኺመጽእ እዩ እሞ፡ ሽዑ ኽትርእዪ፡ ብታሕጓስ ድማ ከተንጸባርቒ ኢኺ፡ ልብኺውን ትርግርግ ኪብልን ኪርሕብን እዩ። ብዝሒ ኣግማልን ረብዓት ኣግማል ሚድያንን ኤፋን ኪለማኺ እየን፡ ኲላቶም ካብ ሳባ ኺመጹ፡ ወርቅን ዕጣንን ኬምጽኡ፡ ውዳሴ እግዚኣብሄር ከኣ ኪነግሩ እዮም። ኲላተን መጓሴታት ቄዳር ናባኺ ኺእከባ፡ ድቤላታት ኔባዩት ኬገልግሉኺ፡ ባህ ንምባለይ ናብ መሰውእየይ ኪስውኡ እዮም፡ ኣነውን ንቤት ክብረይ ከኽብሮ እየ። እዞም ከም ደበናን ከም ናብ ኣባይተን ዚነፍራ ረገቢትን ዚመጹ እንታዎት እዮም፧ ደሴታት ይጽበያኒ፡ ንሱ ኣኽቢሩኪ እዩ ኣሞ፡ ንደቅኺ ምስ ብሩሮምን ወርቆምን ናብ ስም እግዚኣብሄር ኣምላኽኪ፡ ናብቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ፡ ካብ ርሑቕ ምእንቲ ኼምጽኣስ፡ መራኽብ ተርሲስ ቅድም ኪመጻ እየን። (ቁ.5-9)

ኣህዛብ፡ ንኣይሁድ ብዓብዩ ሃብትን ገጸ-በረከታትን ናብ ዓዶም ካብ ምምላስ ሓሊፎም፡ ነታ መንግስቲ ኣብ ምህናጽ'ውን ክሕግዝዎም እዮም።

> ብኹራይ ወቒዔኪ፡ ብለውሃተይ ግና ምሒረኪ እየ እሞ፡ ደቂ መጻእተኛታት ንቐጽርኺ ኺነድቅዎ፡ ነገስታቶም ከኣ ኬገልግሉኺ እዮም። እቲ ዘይግዝኣኪ ህዝብን መንግስትን ኪጠፍእ፡ እወ፡ እዞም ኣህዛብ ብጥራስ ኪጸንቱ እዮም እሞ፡ ሃብቲ ኣህዛብ ምእንቲ ኼእትውልኪ፡ ነገስታቶም ድማ ተዐጅቦም ኪኣትውኽስ፡ ደጌታትኪ ኹሉ ጊዜ ኽፉት ኪኾውን፡ ለይትን መዓልትን ኣይኪዕጾን እዩ። ነቲ ስፍራ መቕደሰይ ምእንቲ ኺስልምዎ፡ ክብሪ ሊባኖስ፡ ጽሕድን ሙዝንን ዝበን፡ ሓቢሮም

> ኪመጹኺ እዮም። ኣነውን ንስፍራ መርገጽ እግረይ ከኽብሮ እየ። (ቁ.10-13)

እቶም ፍሉጣት ጸላእቲ እስራኤል ዝነበሩ እውን እንተኾኑ፡ ብሓቂ ኣምላኽ ንእስራኤል ስሙ ብኣኣቶም ክኽብር ከም ዝሓረዮም ኣሚኖም ኣብ ቅድሚ እስራኤል ክሰግዱ እዮም። ካብ ሊባኖስ፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ሶርያ፡ ዮርዳኖስ፡ ኢራንን ካልኦት ኣህዛብ መላእ እቲ ከባቢ ዝመጹ ወከልቲ እሞ ሕሰብዎ! መጺኦም ንእስራኤል "ሰጊዶም"፡ የሩሳሌም ብሓቂ ከተማ ኣምላኽ ምኳና ክእመኑ ከለዉ። "ደቂ ጠቓዕትኺ እናደነኑ ናባኺ ኺመጹ፡ እቶም ዝነዐቑኺ ኹሎም ድማ ናብ ትሕቲ ኣእጋርኪ ፍግም ኪብሉ እዮም እሞ፡ ከተማ እግዚኣብሄር፡ ጽዮን ናይ እስራኤል ቅዱስ፡ ኢሎም ኪሰምዩኺ እዮም። ኣብ ክንዲ እቲ ሓደ እኳ ዘየግልሰኪ ሕድግትን ጽልእትን ዝነበርኪ፡ ኣነ ዘለኣለማዊ መሓበንን ንውሉድ ወለዶ ኸኣ ደስታን ክገብረኪ እየ፡" (ቁ.14-15)

ቅድሚ ገለ እዋን ደቃቶም ምስ ጓለይ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ዘምህሩ ክልተ ሙስሊም የዘራርቦም ነይረ። ኮፍ ኢለ ብእንግሊዛዊ መምህር መጽሓፍ ቅዱስ ዴቪድ ፓውሶን ዝተጻሕፈት ጥብቅና ክርስትያን ጽዮናውነት እትብል መጽሓፍ እናንበብኩ ኣቓልቦ እዞም ክልተ ሙስሊም ስለ ዝሰሓበ፡ ምሕዝነታዊ ዝመስል ግና ብመጠኑ ዜሸኽኽ ዕላል ተጀመረ። ክልቲኦም፡ ጽዮን ዝብል ቃል ንሙስሊም፡ እምብዛ ኣሉታዊ ኣመት ከም ዝመልእ ገሊጾሙለይ። ኣረ፡ ብሓቂ እታ ዝኸፍኣት ዝፈልጥዋ ቃል እያ። ሕጂ ብርግጽ ነቲ ዘይርትዓዊ ፍርሖም ንምቅላልን ኣብቲ መሰርሕ ቁሩብ ወንጌል ክካፍሎም ብምባል መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትርጉም ጽዮን ዝብል ቃል ክረድኦም ፈቲነ፣ እንተኾነ ግን ብዛዕባ እታ ኣብ ልዕሊ ገበር ናይታ መጽሓፍ ብዓብዩ እተጻሕፈት "ጽዮናውነት" እትብል ቃል ዝነበሮም ስኪ ንምህዳእ ብዙሕ ክገብር ዝኽእል ኣይነበረን። እናዕለልና ከለና፡ እዛ ቃል እዚኣ ዘሰደደቶ ጽልኢ ይርኣየኒ ስለ ዝነበረ፡ ነቲ ኢሳይያስ ብዛዕባ ጽዮን እተነበዮ ክሳብ ክንደይ ዓሚቑ ምኳኑ ሓሰብኩ። ሓደ ሰርቢ ናይ ሙስሊም ተነሲሖም፡ ናብ እስራኤል፡ ናብ ህዝቢ ኣይሁድ መጺኦም፡ "የሩሳሌም ከተማ እግዚኣብሄር፡ ጽዮን ድማ ማሕደር ናይ እስራኤል ቅዱስ" ምኳና ክእውጁ እሞ ሕሰብዎ። እዚ ብሓቂ ዓብዩ እዩ! ናይ ተኣምራታት ተኣምር! ዓብዩ ህሞት ዕርቂ ክኸውን እዩ! ነዚ እዩ ኢሳይያስ ኣብ ዝመጽእ ዘመን ድሕሪ ምምላስ የሱስ ብልክዕ ክፍጸም እዩ ዝበሎ። ኣሜን! ጐይታ የሱስ ንዓ!!

ኣብ መወዳእታ ኣብ ኢሳያስ 61 ኣብቲ እዋን ኣይሁድ ምስቶም ካብ ከባቢኦም ዝመጹ ኣህዛብ ሓቢሮም ንእስራኤል ዳግማይ ክሃንጽዋ ምኳኖም ደጊሙ ተነጊሩና ኣሎ። መብዛሕትኡ እቲ ትሕተ ቕርጺ ኣብተን ናይ መወዳእታ ሰለስተ ዓመትን ፈረቓን ናይቲ ዓብዩ ጸበባ ዝዓነወ ወይ ኣዝዩ ዝተሃሰየ ክኸውን እዩ። ብዛዕባ እዚ ድሕሪርና ኣዝዩ ብዝርዝር ክንዛረበሉ ኢና፡

> ነቲ ናይ ቀደም ዑናታት ኪህንጹ፡ ነቲ ቐደም ዝባደመ ኬቕሙ፡ ነተን ካብ ውሉድ ወለዶ ዝዐነዋ ፍሩሳት ከተማታት ኪሕድሱ እዮም። ጓኖት

*ደው ኢሎም ንመጓሴታትኩም ኪጓስዩ፡ መጻእተኛታት ድማ ሓረስቶትኩምን ናበይቲ ኣታኽልቲ ወይንኹምን ኪኾኑ እዮም። ንስኻትኩም ግና ካህናት እግዚኣብሄር ክትስመዩ ኢኹም፡ ሰብ ከኣ ኣገልገልቲ ኣምላኽና ኺብለኩም እዩ፡ ሃብቲ ኣህዛብ ክትበልዑ ብኽብሮም ድማ ክትከብሩ ኢኹም።* (ኢሳ61፡4-6)

## ሚለንያዊ ንግደት

*ነቢዩ ዘካርያስ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣህዛብ፡ ንየሩሳሌም ክወግኡ ኣብ ደብረ ዘይቲ ዝገብርዎ ወተሃደራዊ ምትእኽኻኽብን ድሕሪኡ ተኸቲሉ ዝመጽእ ምምላስ የሱስ ምግላጹ፡ ኣሰዒቡ ብዛዕባ'ቲ ዓመት መጸ ኣህዛብ ንየሱስ ክሰግዱሉን በዓል ዳስ* (ብእብራይስጢ ሱኮት) *ከብዕሉን ናብ የሩሳሌም ዝገብርዎ ዓብዪ ንግደት ይንበ። በብዓመቱ ብዙሓት ኣህዛብ ዝተፈላለያ ሃገራት ነዚ ዕላማ እዚ ናብ የሩሳሌም ክድይቡ እዮም። ትንቢት ዘካርያስ ከምዚ ይብል፣*

> *ኰኸውን ድማ እዩ፣ ካብቶም ኣንጻር የሩሳሌም መጺኦም ዝነበሩ ኹሎም ኣህዛብ ዝተረፉ ዘበሉ ኹላቶም ንንጉስ፣ ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኪሰግዱን በዓል ዳስ ኬብዕሉን ኣብ ዐዓመት ኪድይቡ እዮም። ኪኸውን ድማ እዩ፣ ገለ ኻብዞም ዓሌት ምድሪ ነቲ ንጉስ፣ ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፣ ኪሰግዱሉ፣ ናብ የሩሳሌም እንተ ዘይደየቡ፣ ኣብኦም ዝናም ኣይኪዘንምን እዩ። ዓሌት ግብጺ እንተ ዘይደየቡን ዘይመጹን ከኣ ናብ ኦምውን ኣይኪዘንምን እዩ። እዚ እግዚኣብሄር ነቶም በዓል ዳስ ኬብዕሉ ዘይድይቡ ኣህዛብ ዚቐጽዓሉ መዓት እዩ።* (ዘካ14፡16-18)

*ኢሳይያስ እውን በዚ ኣርእስቲ'ዚ ይንበ፣ ክብሪ ኣህዛብ ከም ውሒዝ ናብ የሩሳሌም ከም ዝጐርፍ ይንበ፡ "እግዚኣብሄርሲ ኸምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ሰላም ከም ፈሳሲ ርባ፡ ክብረት ኣህዛብ ከኣ ከም ደምሳሲ ውሒዝ ኬውሕዘላ እዩ፡ ንስኻትኩም ድማ ክትጠብዉ፡ ክትሕቈፉ ኢኹም፡ ኣብ ኣብራኾም ኬሳራስሩኹም እዮም፡"* (ኢሳ 66፡12)*። ኣብዚ ግዜ እዚ "ሕጊ ኻብ ጽዮን፡ ቃል እግዚኣብሄር ከኣ ካብ የሩሳሌም ኪወጽእ እዩ እሞ፡ ብዙሓት ህዝብታት ኪኸዱ፡ ንዑናይ ናብ ከረን እግዚኣብሄር፡ ናብ ቤት ኣምላኽ ያእቆብ ንደይብ፡ ንሱ ጐደናታቱ ኺምህረና፡ ብመገድታቱ ክንመላለስ ኢና፡" ድማ ኪብሉ እዮም* (ኢሳ 2፡3)*። ካብ ኩሉ እቲ የሱስ* ወንጌል መንግስቲ *ክእውጅ ከሎ ዝተዛረቦ ድንቂ ነገራት ሓደ፡ እቲ ዝመጽእ ዓመታዊ ንግደት ናብ የሩሳሌም ናብታ "ከተማ እቲ ዓብዪ ንጉስ" እዩ ነይሩ* (ማቴ 5፡35)*።*

## ዓብዪ ኢስላማዊ ትምየና

*ብርግጽ ነዚ ዓመት መጸ ኣህዛብ ንየሱስ ክሰግዱ ናብ የሩሳሌም ክድይቡ ምኽኖም መጽሓፍ ቅዱስ ዝነግሮ ትንቢት ክርኢ ከሎኹ ብኡንብኡ ኣእምሮይ ናብቲ ናይ ግዜና*

ዓብዩ ትምዩን ኣምሳል ናይዚ ይኸይድ። ሓጅ ናይ መካ! ሓደ ካብቶም ሓሙሽተ መሰረታውያን "ኣዕኑድ" እስልምና፡ ኩሉ ገንዘብ ከጠራቕም ዝኸኣለ ኣማኒ ሙስሊም እንተ ወሓደ ኣብ ዕድሚኡ ሓደ ግዜ ናብ መካ ሃይማኖታዊ ንግደት ክገብር ኣለዎ ዝብል'ዩ። ከም ውጽኢት ናይዚ ዓመታዊ ናብ መካ ዝግበር ንግደት፡ እቲ ኣብ ከተማ መካ ዝርከብ ዓብዩ መስጊድ ኣብ ዓለም እቲ ዝበዝሐ በጻሕቲ ዝኸዱዎ ቦታ እዩ።

ዝኾነ ሙስሊም፡ ናብ መካ ምስ ዝኸይድ ኣብ ሓደ ኩርናዕ ናይቲ ቅዱስ ሰፈር ዝበሃል ካዓባ ("ኩቦ") ዝተቐመጠ ጸሊም እምኒ ይስዕም። ቅዱሳት ጽሑፋት ኢስላም፡ እዚ ጸሊም እምኒ ካብ ሰማይ ከም ዝወደቐ ይነግሩ፡ "ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) ከምዚ ኢሎም፡ 'እዚ ጸሊም እምኒ ካብ ጃና'ዩ ወሪዱ፡'"[3]። እዚ ምስቲ ኣብ ኤፌሶን ኣብ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን ብዛዕባ ምስሊ ኣርጤምስ ዝነበረ ትውፊት ኣዝዩ ዝመሳሰል'ዩ። "እቲ ናይታ ኸተማ ጸሓፊ ነቶም ህዝቢ ኣህዲኡ በለ፡ ኣቱም ሰብ ኤፌሶን፡ ከተማ ኤፌሶን ነቲ መቕደስ እታ ዓባይ ኣርጤምስን ነቲ ኻብ ሰማይ ዝወረደ ምስላን ከም እትሕሉ ዘይፈልጥ ሰብ እንታዋይ እዩ፧" (ግብ19፡35)። ርእሲ ሓወልቲ ኣርጤምስ ብዝተጸርበ ጸሊም ሚትዮራይት እተሰርሐ'ዩ ነይሩ። ልክዕ ከምኡ'ቲ ጸሊም ከውሒ ናይ ካዓባ ካብ ከውሒ ሚትዮራይት ዝተሰርሐ ምዃኑ ኣየገርምን።

ሙስሊም፡ እዚ እምኒ'ዚ ንዝሰዓሞ ወይ ዝተንከዮ ዘበለ ሓጢኣቱ ናይ ምውሓጥን ምስራይን ክእለት ከም ዘለዎ ይኣምኑ። "እቲ ጸሊም እምኒ ካብ ገነት ክወርድ ከሎ ካብ ጸባ ይጻዓድ ነበረ፣ ሓጢኣት ደቂ ኣዳም ግን ጸሊም ገበሮ፡"[4]

ስለዚ ድማ፡ ብመሰረት እዞም ቅዱሳት ትውፊታት እዚኣቶም፡ ሓደ ሙስሊም ኣብ እዋን ንግደቱ ነቲ ጸሊም እምኒ ምስ ዝትንክፍ፡ ኩሉ እቲ ክሳብ'ቲ እዋን'ቲ ኣብ ህይወቱ ዝፈጸሞ ሓጢኣት ከም ዝድምሰስ ይእመን፡ "ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) . . . በለ '[ነዚ ጸሊም እምኒ] ምትንካፍ ንሓጢኣትካ ካሕሳ ከም ምኽፋል'ዩ፣'"[5]

እቲ ዝገርም፡ እዚ ጸሊም እምኒ'ዚ ኣብ መዓልቲ ቂያማን ፍርድን ህያው ክኸውን እዩ። ኣዒንትን ኣፍን ዝውንን ምስክር ኮይኑ ደው ክብል እዩ፣ ነቶም ሓጢኣቶም ዘደምሰሰሎም ወይ ክኹንን ወይ ነጻ ክብይኖም'ዩ። ከምዚ ይብል፡ "ረሱል (ሰ.ዓ.ወ) . . . ከምዚ ኢሉ ብዛዕባ እዚ እምኒ፡ 'ብኣላህ፡ ኣላህ ኣብ መዓልቲ ቂያማ ክውጽኦ እዩ። ዝርእየሉ ክልተ ዓይኒን ዝዛረበሉ ልሳንን ክህልዎ እዩ። ነቶም ዝተንከፉዎ ድማ ብቕንዕና ስለኣቶም ክምስክር'ዩ፣'"[6]

ስለዚ በቲ ሓደ ወገን፡ መጽሓፍ ቅዱስ ኩሎም ኣህዛብ ናብ የሩሳሌም ናብቲ ኣብ ማእከል ቤት መቕደስ ዝቕመጥ የሱስ ክሰግዱ ሓደ መዓልቲ ክመጹ ምዃኖም ክንበ ከሎ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ሎሚ ካብ ኩለን ሃገራት ዝተኣኻኸቡ ሙስሊም ዓመት መጸ ናብ መካ ብምድያብ ነቲ ኣብ ማእከል ኣል-መስጅድ ኣል-ሓራም (ወይ ቅዱስ መስጊድ) ተቐሚጡ ዘሎ ጸሊም እምኒ ይስዕሙ። እዚ ብርግጽ ጽሩይ ኣምልኾ ጣኦትን ንጹር ተረፍ ናይቲ

ኣረማዊ ሱር እስልምናን እዩ። እስላማዊ ሓጅ እቲ ዓብዩ ሰይጣናዊ ትምየና ናይቲ ሓቀኛ ንግደት ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እወ ትምየና ናይቲ ኣምላኽ ንኹሎም እቶም ዓመት ዓመት ንየሱስ ክሰግዱ ኣህዛብ ናብ የሩሳሌም ክድይቡ ዝሰርዖ ንግደት!

<u>ቤት መቕደስ ኣይሁድ ክትህነጽ'ያ</u>

ምናልባት ሓደ ካብቲ ዝርዝራዊ ትንቢታት መጽሓፍ ቅዱስ ሓደ እቲ ኣብ ህዝቄል 40 ክሳብ 48 ዘሎ ብዛዕባ'ቲ ንመጻኢ ዝግለጽ መሲሓዊ ሚለንያዊ መንግስቲ እስራኤልን ምህናጽ ቤት መቕደስ ኣይሁድ ዝትርኽብ ትንቢት'ዩ። እዚ ጽሑፍ እዚ፡ ኣብ እስራኤል ቃልብቓሉ፡ መጻኢ መሲሓዊ ሚለንየማዊ መንግስቲ ከም ዘይህሉ ዝኽሕዱ ኣሚለንያላውያን ሰጊሮሞ ክሓልፉ ኣጸጋሚ ዝኾነ ጽሑፍ እውን እዩ። እዘን ትሽዓተ ምዕራፋት እዚኣተን ክንድዚ ዝኣክል ጥቁው ዝርዝር ስለዝሓዛ፡ ብተምሳል ይኹን ብኣለጎሪ ንምትርጓመን ዝግበር ዝኾነ ይኹን ጻዕሪ፡ ንኹሉ እቲ ጽሑፍ ግርምቢጥ ትርጉማትን ግምታትን ዝሓዘ ሰርከስ ጌርካ ምቕራብ'ዩ ዝኸውን።

እቲ ቀዳማይ ክፍሊ ናይቲ ራእይ ኣብ ህዝቄል 40 – 43 ይጅምር። ኣብኡ ህዝቄል ብሓደ መልኣኽ ተመሪሑ፡ ኣብታ ንመጻኢ ኣብ የሩሳሌም እትስራሕ ቤት መቕደስ ዑደት የካይድ። ነዛ እትሰዕብ ሓጻር ናሙና እስኪ ንርአ፡

> እንሆ ኸኣ፣ ነታ ቤት ብወጻኢ መንደቕ ከቢብዋ ነበረ። እቲ ሰብኣይ ኣብ ኢዱ ሒዝዋ ዝነበረ መኣመቲት ሻምብቆ ኸኣ ምንዋሓ ሹድሽተ እመት እያ። እተን እመት ድማ ኤእመትን ስድርን እየን። ንሱ ወርዲ እቲ መንደቕ ኣመተ፣ ሓንቲ ሻምብቆ ኹነ፣ ቍመቱውን ሓንቲ ሻብምቆ። ድሕርዚ ናብታ ኣብ ወገን ምብራቕ ዘላ ደገ መጸ፣ ብደረጃታታ ኸኣ ደየበ። ነታ መድረኽ እታ ደገ ድማ ኣመታ፣ ወርዳ ሓንቲ ሻምብቆ ኹነት፣ እታ ኻልኣይቲውን ወርዳ ሓንቲ ሻምብቆ። ነፍሲ ወከፍ እቃቤት ከኣ ምንዋሓ ሓንቲ ሻምብቆ፣ ወርዳ ድማ ሓንቲ ሻምብቆ እያ። ምርሕሓቕ እተን እቃቤታት ከኣ ሐሓሙሽተ እመት እዩ። እታ ኣብታ ናይ ደገ ገበላ ዘላ መድረኽ እታ ደገ ብወገን ውሽጢውን ሓንቲ ሻምብቆ ኹነት። (ህዝ40፡5-7)

እዚ ዝርዝራዊ ባይታዊ ንድፊ ናይታ ቤት መቕደስ'ዩ፣ እቲ ብመለኮት ዝተዛዘመ ኮንትራቱ ሓደ መዓልቲ ኣብ ልዕሊ'ታ ሚለንያዊት ከተማ የሩሳሌም በሪኹ ክርአ'ዩ። እዛ ንእሽቶ መግለጺ ገና እኹል ድርኺት እንተ ዘይሂባ ግን፡ ጽባቕ ናይዞም ዝሰዕቡ መግለጺታት ተመልከቱ።

ኣብ ምዕራፍ 44፡ ብዙሓት ከየስተብሃሉሉ ክሓልፉዎ ዝኽእሉ መወከሲ ኣሎ። ብዛዕባ ዕዮ ናይቶም ሌዋውያን ካህናት ክኾኑ ዝተጸውዑ ክዛረብ ከሎ ኣብ ፍቕዲ 11፡ “ንሳቶም ንመስዋእቲ ምሕራርን ንመስዋእቲ እቲ ህዝብን ኪሐርዱ፣ . . .” ትብል። እዚ ንኹሉ

ነዚ ዘንብብ ሰብ ትርጉም ዘይክህቦ ይኽእል'ዩ። ንኣይ ግን ጨና ግሩም ባርቤኪው ናይ ብሓቂ ክቡር ነገር እዩ። ሓደ ጎረባብተይ "ዓብዪ ቀጠልያ እንቋቑሖ" ዝብሎ ብመሰረቱ ከም ግሪል፡ ፎርኖ ወይ ንመትከኽ ክትጥቀመሉ እትኽእል ዓቢ፡ ቀጠልያ፡ መብሰሊ ፖርቸሊና ኣለዎ። ሓደ ሓደ ግዜ ካብ ንግሆ ክሳብ ለይቲ ስጋ ቀስ ኢሉ ብትኪ ክበስል ኣብኡ ይሓድጎ። እቲ ካብኡ ዝወጽእ ሃገግታ ነቲ ከባቢ ሸፊንዎ ይውዕል። እዚ ንእሽቶ ኣብነት መዘኻኸሪ ናይቲ ካብቲ መጻኢ ቤተ መቕደስ ኣይሁድ ለይትን መዓልትን ዝፍልፍል ጨና እዩ። ኩላትኩም ተቐለብቲ ሓምሊ "ሃሌሉያ" በሉ።

ክንየ ጨና ናይ ዝተጠብሰ ስጋ፡ ሃነን ዝብል ጨና ዕጣን'ውን ክህሉ'ዩ። እቲ ኣብ መሰውኢ ዝቐርብ ዕጣን ዝኸውን ሚላ ኣቃምማ ኣብ ዘጽኣት ተገሊጹ ኣሎ፣ "እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ጥዑም ጨናታት፡ ከርበን ሸኽለትን ከልበናን፡ ጥዑም ጨናታት ምስ ጽሩይ ዕጣንን በብዓይነቱ ማዕረ ማዕረ ኸም ዚኸውን ጌርካ ውሰድ። ንእኡ ድማ ከም ብብልሓት እቶም ገበርቲ ቕብኢ ጨው ዝኣተዎ ጽሩይ ቅዱስ ቅብኢ ዕጣን ግበሮ፡" (ዘጽ30፡34-35)

መነኮሳትን ካህናትን ኦርቶዶክስን ካቶሊክን ኣብ ደብርታትን ቤተ ክርስትያንን ዝጥቀሙሉ ናይ ዕንጺዳ ዕጣን ብጣዕሚ'የ ዝፈትዎ። ደቂ ሰባት ኣብ ከሚካላዊ ውህደትን ኣርተፌሻላዊ መማቐርትን ጽሙር ሽቶታትን ዝገበርዎ ምዕባለ ብዘየገድስ ነቲ ጉይታ ዝፈጠሮ ክዳረግ ኣይክእልን። መን'ዩ ነቲ ፍሉይ ጣዕሚ ጻዕዳ ሽጉርቲ፡ ጅንጅብል፡ ጋላንጋ፡ ቃርፋ ወይስ ጨና ዕምባባ ያስሚን ወይ ጋርደንያ ክደግሞ ዝኽእል፧ ብርግጽ ምርኣይን ምስማዕን እቲ ዝሓየለ ህዋሳት ጌርና ክንሓስቦ ንኽእል ንኸውን። እቲ ኣዝዩ ዘሸብረቐ ስእሊ ናይ ጸሓይ ዕራርቦ፡ ከም ብዓይንኻ ጸሓይ ዕራርቦ ምርኣይ ከም ዘይመጽእ ኩላትና ንፈልጦ'ዩ። ከምኡ እውን ቅዳሕ ሙዚቃ ልክዕ ከምቲ ብቐጥታ ዝውጸት ሙዚቃ ኣይመጽእን። ክንድኡ ስምዒትን ትዝታን ኣየለዓዕልን። ኣብ ሽቶታትን ጨናታትን ንዝኽርታትን ስምዒታትን ዘለዓዕል ካብዚኣቶም ንላዕሊ ዝኾነ ሓይሊ ኣሎ። ክብሪ ናይታ እትመጽእ ከተማ ከስተንትንን ብጣዕሚ'የ ዝፈቱ። ሓቀኛ ጨና ናይ ዝተጠብሰ ስጋን ጨና ናይቲ ብመለኮት እተቓመመ ዕጣንን ንዙርያ እቲ ቤተ መቕደስ ወርትግ ክመልኦ እዩ። እዚ ኩሉ ምስቲ ናይ ኣምልኾ መዝሙር ናይ ብዙሓት መዘምራን ዝተሓዋወሰ እዩ። እዚ ኩሉ ንልብና ከሐጉስ ይግባእ! ኣብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ክፍልታት፡ ኩላትና ከነድንቐን ክንሕጎሰሉን እንኽእል መግለጺ ናይቲ ዝመጽእ መንግስቲ ኣሎና ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብዛዕባ ብዕምቀት ኣይሁዳዊት መንግስቲ ብንጹር ዝእምት መግለጺ እውን ኣሎና። የሱስ ወንጌል መንግስቲ ክሰብኽ ከሎ እዚ መሰረታዊ ክፋል ናይቲ ዝእውጆ ዝነበረ ወንጌል እዩ።

<u>ርባ የሩሳሌም</u>

ኣብ ህዝቄል 47 ካልእ ሰባት ብዙሕ ከየስተብሃሉሉ ዝሓልፉ ንኣይ ግን ኣዝዩ ጦብላሕታ ዝገድፈለይ ክፍሊ ኣሎ። ቁሩብ ድሕሪ ባይታይ ክነግረኩም። ካብ ቦስተን ንደቡብ

ኣስታት ዕስራን ሓሙሽተን ማይልስ ርሒቑ ካብ ኣትላንቲክ ውቅያኖስ ድማ ዓሰርተ ኣርባዕተ ማይልስ ጥራይ ዝርሕቐቱ ከባቢ እየ ዓብየ። ኣቦይ ገፋፍ ዓሳ'ዩ ነይሩ ስርሑ። ዝበዝሕ ንእስነተይ ምስ ኣቦይ ኣብ ባሕሪ ኢና የሕሊፍናዮ። ብሓባር ኣብ መላእ ጀንፊ ኮድ ቤይ፡ ባዛርድስ ቤይ፡ ናንቱኬት ሳውንድ፡ ክሳብ ገማግም ስቴልዋገን ዓሳ ገፊፍና ኣለና።

ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ፡ ኣዝየ ኣሸጋሪ ቆልዓ እየ ነይረ። ኣብ ዓሰርተ ትሽዓተ ዓመት ዕድመይ ናብ ጉይታ ምስ መጻእኩ፡ እቲ ኣብ ህይወተይ ዘጋጠመ ድራማውን ሃንደበታውን ለውጢ፡ ኣቦይ ኣብ 52 ዕድመኡ ናብ ጉይታ ንኽመጽእ ምኽንያት ኮይንዎ። ጉይታ ንስድራይ ብዙሕ ጸጋን ምሕረትን ገይርሎም። ናብ እምነት ምስ መጻእኩ ድሕሪ ዓመትን ፈረቓን ናብ ቤት ትምህርቲ መጽሓፍ ቅዱስ ናብ ሚድዌስት ገዓዝኩ። እቲ ግዝያዊ ስጉምቲ ክኸውን ዝተሓሰበኩዎ ሕጂ ግን ናብ ልዕሊ ዕስራ ዓመት ኣቢሉ ሓሊፉ። ካብቲ ቀዳማይ ግዜ ቤተይ ዝሓደግኩሉ ሓያሎ ግዜ ተመላሊሰ'ኳ እንተ ኾንኩ፡ ምስ ኣቦይ ዓሳ ክገፍፍ ክኸይድ ግና ኣይከኣልኩን።

ቅድሚ ገለ ዓመታት ኣቦይ ማኩላር ዲጀነረሽን ብዝበሃል ሕማም ስለዝተጠቕዐ ብርሃን የዒንቱ ክስእን ምኳኑ ነጊሩኒ። ዓሳ ናይ ምግፋፍ መዓልታቱ ብፍጥነት ይዛዘማ ኣለዋ። ዓብዩ ስድራቤትን (ኣነን በዓልቲ ቤተይን ሓሙሽተ ቆልዑ ኣለዉና) ኣዝዩ ጽዑቕ መደብን ስለዘለኒ፡ ዳግማይ ምስ ኣቦይ ክገፍፍ ይኸይድዶ ይኸውን፧ እንድዒ። እንክሓስቦ ልበይ ይስበር። ነዚ ዚስዕብ ክፋል ትንቢት ህዝቅኤል፡ ብዛዕባ እታ እትመጽእ መሲሓዊት መንግስቲ ዝዛረብ፡ ሩባ ካብ የሩሳሌም ናብ ደቡብ ገጹ ዚውሕዝ ንምዉት ባሕሪ ናብ ዓሳ ዝመልአ ጽሩይ ቀላይ ዝቕይር ከም ዝህሉ ከንብብ ከሎኹ፡ ልበይ ይዘልል። ኣብ'ቲ ዝመጽእ ዘመን ምስ ኣቦይ ዓሳ ክገፍፍ ክኸይድ እየ! ኣዝየ ይሕጉስ በዚ!

ኣብዚ ቀረባ እዋን ናብ ዮርዳኖስ ንገለ ሚስዮናውያን ኣዕሩኽ ክንበጽሕ ምስ ከድና፡ ናብ ምብራቓዊ ገማግም ምዉት ባሕሪ ተጓዒዝና ኔርና። ኣብ ገማግም እቲ ውዑይን ጨዋምን ቀላይ ደው ኢለ ነዚ ሓደ ዓሳ'ኳ ዘይብሉ ሰፊሕ ቀላይ እናጠመትኩ ብዛዕባ ትንቢት ህዝቅኤል ኣስተንተንኩ። ሓደ መዓልቲ ኣነን ኣቦይን ብሓባር ኣብኡ ዓሳ ክንገፍፍ ኢና ብምባል ሓሰብኩ። ዝኾነ ምግፋፍ ዓሳ ዝፈቱ ሰብ ብዛዕባ እንታይነት ናይታ እትመጽእ መሲሓዊት መንግስቲ ነዚ ዝስዕብ ብምንባቡ ኣዝዩ ከም ዝሕጉስ ኣዝየ ርግጸኛ'የ፣

> በለኒ ድማ፣ እዚ ማያት እዚ ናብ ምብራቕ ኣቢሉ ይውሕዝ ኣሎ፣ ናብ ጉልጉል ኪወርድ ናብ ባሕሪ ኸኣ ኪበጽሕ እዩ። ናብ ባሕሪ ምስ ኣተወ ድማ፣ እቲ ማያት ኪጥዒ እዩ። ኪኸውን ድማ እዩ፣ ኣብቲ እዚ ውሒዝ እዚ ዝበጽሖ ዘበለስ ኵሉ ዚዋሳወስ ህያው ነፍሲ ብህይወት ኪነብር እዩ፣ ዓሳ ኸኣ ኣዝዮም ኪበዝሑ እዮም። እዚ ማያት እዚ ኺኣትዎ እዩ እሞ፣ እቲ ማያት ባሕሪ ኺጥዒ እዩ። እቲ ውሒዝ ኣብ ዝኣተዎ ዘበለ ድማ ኵሉ ብህይወት ኪነብር እዩ። ኪኸውን ከኣ እዩ፣ ገፋፍቲ ዓሳ ኣብኡ

> ኪቔሙ፣ ካብ ዔን-ገዲ ኽሳዕ ዔን-ኤግላይም መዘርግሒ መርበብ ኪኸውን እዩ። ዓሳታት፣ ከምቲ ዓሳ ናይ ዓብዪ ባሕሪ፣ በብዓይነቶም ኣዝዮም ብዙሓት ኣብኡ ኺህልዉ እዮም። (ህዝ47፡8-10)

እዚ ጽቡቕ ዜና'ዚ ወርትግ ንልበይ ምስ ኣሐጕሶ'ዩ። ብዛዕባ ወንጌል መንግስቲ ክሓስብ ከለኹ፡ እዚ ክፍሊ እዚ ኩሉ ግዜ ብቐዳምነት ኣብ ኣእምሮይ ዝቐጀል'ዩ። እዚ የሱስ ዝሰበኾ ወንጌል መንግስቲ እዩ ነይሩ።

## እዛ መሲሓዊት መንግስቲ ኣብ ሓዲሽ ኪዳን

ሽሕ'ኳ ሱፐርሰሽንስታውያን፡ ሓዲሽ ኪዳን ነቶም ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝርከቡ ሓባራውያን ኣምራት "ዳግመ-ትርጓመ" ይገብረሎም'ዩ እንተበሉ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ብዛዕባ እታ ትመጽእ መንግስቲ ዝእምት ክፍሊ ነቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ቴማ ተኸቲሉ ይመጽእን የራጕድን እምበር ደጊሙ ኣይትርጕሞን።

ኣብ መጀመርታ ወንጌል ሉቃስ፡ ገብርኤል መልኣኽ ንማርያም ወዲ ከም ትወልድ ይነግራ። ከምኡ ክገብር ከሎ ድማ፡ ንኣይሁድ ጥራይ ዝምልከት ቃላትን መግለጺታትን ተጠቒሙ፡ "እንሆ፡ ክትጠንሲ ወዲውን ክትወልዲ፡ ስሙ ኸኣ የሱስ ክትሰምይዮ ኢኺ። ንሱ ዓብዪ ኪኸውን፡ ወዲ ልዑልውን ኪብሃል እዩ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ዝፋን ኣቦኡ ዳዊት ኪህቦ እዩ። ንሱ ኣብ ቤት ያእቆብ ንዘለኣለም ኪነግስ እዩ፡ መንግስቱ ኸኣ መወዳእታ የብላን፡" (ሉቃ 1፡31-33)። ገብርኤል ወዳ "ዝፋን ኣቦኡ ዳዊት" ከም ዚቕበልን "ኣብ ልዕሊ ቤት ያእቆብ ንዘለኣለም ከም ዚነግስን" ከም ዝነገራ ኣስተብህል። ገብርኤል መልኣኽ ዝበሎ ቃላት ኣስተብህሉሉ። "ዝፋን ኣቦኡ ዳዊት"፡ "ኣብ ቤት ያእቆብ ንዘለኣለም ኪነግስ'ዩ"።

ድሒሩ የሱስ፡ ንደቀ መዛሙርቱ ብዛዕባ ዳግማይ ዝመጻሉን ኣብ ዝፋን ንግስነቱ ዝቕመጠሉን ግዝያት ክዛረቦም ከሎ ብዕምቀት ናይ ኣይሁድ መግለጺታት ተጠቒሙ ኣሎ። ኣብ ማቴዎስ 19፡ የሱስ ወንጌል መንግስቲ ከመይ ገይሩ ከም ዝገለጾ ጽቡቕ ኣብነት ኣሎና፣

> የሱስ በሎም፥ ንስኻትኩም ዝሰዐብኩምኒ፡ ብሓድሽ ልደት በታ ወዲ ሰብ ኣብ ዝፋን ክብሩ ዚቕመጠላ ጊዜ፡ ንስኻትኩም ንዓሰርተው ክልተ ነገድ እስራኤል ከም እትፈርዱ፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ። ስለ ስመይ ኢሉ፡ ኣባይቲ ኹነ፡ ወይስ ኣሕዋት፡ ወይ ኣሓት፡ ወይ ኣቦ፡ ወይ ኣደ፡ ወይ ሰበይቲ፡ ወይ ውሉድ፡ ወይ ግርሁ ዝሐደገ፡ ሚእቲ ኻዕበት ኪረክብ፡ ናይ ዘለኣለም ህይወትውን ኪወርስ እዩ። (ቁ.28-29)

እዚ ክፍሊ'ዚ እቶም ዓሰርተ ክልተ ደቀ መዛሙርቱ፡ ነቶም ዓሰርተ ክልተ ነገዳት ከም ዝውክሉ ይነግረና። የሱስ ብዛዕባ ምሕዳስ ኩሎም ዓሰርተው ክልተ ነገድ እስራኤል ኣብ

ዝመጽእ ዘመን ምዝራብ ብሓቂ ምሉእ ብምሉእ ዝተሓደሰት መንግስቲ ኣይሁድ ከም እትመጽእ ብንጹር ዘመልክት እዩ።

***<u>ምቛም መንግስቲ እስራኤል</u>***

*ኣብ መወዳእታ፡ ወንጌል የሱስ፡ ኣብ ዙርያ እታ እትመጽእ መንግስቲ ኣይሁድ ከም ዘማእከለ ብሓቂ ዘረጋግጽ ሓደ ተወሳኺ ክፍሊ ንርአ። የሱስ ካብ ሞት ተንሲኡ ኣብ መንጎ ደቀ መዛሙርቱ በቲ ዘይመውትን ዳግም ዝተንስአ ስጋኡ ምስ ተቐመጠ፡ ደቀ መዛሙርቱ ከምዚ ኢሎም ሓተትዎ፡ "ጐይታይ፡ በዚ ወርሓት እዚዶ ንእስራኤል መንግስቲ ኸተቐንዕ ኢኻ፧"* (ግብ 1፡6-7)።

*የሱስ ነዚ ሕቶ ብምሕታቶም ኣይገንሖምን* (*ካልእ ግዜ ዘይከውን ሕቶ ክሓቱ ከለዉ ይገንሖም'ዩ ነይሩ*)*። የግዳስ ነቲ ግዜ እንተ ዘይነገሮም'ኳ፡ ኣብቲ ብኣቦ ዝሰርያ ግቡእ ግዜ፡ ተመሊሱ ንመንግስቲ እስራኤል ከም ዘቐውማ ንደቀ መዛሙርቱ ኣረጋገጸሎም። የሱስ ነታ መንግስቲ ሓድሽ ትርጉም ወይ ሓድሽ መግለጺ ኣይሃባን። ምስ ተመልሰ ከሕድሳ ምኳኑ ጥራይ'ዩ ነጊርዎም።*

*ድሕሪ ሓጺር ግዜ፡ ድሕሪ በዓል ሓምሳ፡ ጴጥሮስ ነቶም ኣይሁድ ወንጌል ክሰብኮም ከሎ፡ የሱስ ዝበሎ ሓሳባት ብፍሉይ ደጊምሎም፡ "ክሳዕ እቲ፡ ኣምላኽ ካብ ጥንቲ ብኣፍ ቅዱሳን ነብያቱ እተዛረቦ ዘመን ምቕናዕ ኩሉ፡ ሰማይ ንየሱስ ክትቅበሎ ይግባእ እዩ፡"* (ግብ3፡21)። "*ምቕናዕ*" *ዝብል ቃል ብቛንቋ ግሪኽ* "*ኣፖካታስታሲስ*" *ዝብል እዩ። እዚ ድማ ብመሰረት ናይ ታየር ግሪኽ ሌክሲኮን* "*ዳግመ ምህናጽ ተዮክራስያዊ መንግስቲ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ምምላስ ናይታ ቅድሚ ውድቀት ዝነበረት ፍጽምቲ መንግስቲ*" *ማለት እዩ።*[7] *እታ* "*ምቕናዕ*" *እትብል ቃል ቅድሚ ሕጂ ቀኒኑ ዝነበረ ነገር ናብ ንቡር ምምላስ ምኳኑ የመልክት። ብኻልእ ኣዘራርባ ናብቲ ቅድም ዝነበሮ ቅኑዕ ኩነት ህላወ ምምላስ እምበር ሓድሽ ነገር ምፍጣር ኣይኮነን። እዛ እትመጽእ መንግስቲ ዝኾነ ይኹን ናይ ኣይሁድ ባህርያት እንተ ዘይብላ ግን ምቕናዕ ክበሃል ኣይከኣልን። ግብሪ ሃዋርያት ኣብ መንጐ ሱፐርሰሽንዝምን ረስቶረሽንዝምን ዘሎ ቅሉዕ ፍልልይ ኣጕሊሑ የርእየና። ብዛዕባ ግብሪ ሃዋርያት* 1፡6-7 *ብሱፐርሰሽኒስታውያን ዝተጻሕፈ መብርሂታት እንተ ኣንቢብና፡ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ብመሰረቱ ጌጋ ኣረኣእያ ምሓዞም ብሰሪ ጕድለት ፍልጠት፡* "*እንዶ ስለዘይነበሮም*" *ዝበሉዎ'ዩ ነይሩ ዝብል ብዙሕ ላግጺ ንረክብ። ከምቲ ጋሪ በርጅ ዝበሎ* "[*እቶም ደቀ መዛሙርቲ*] *ፍጹም ተጋግዮም ነይሮም፣*"[8]*። ጆን ካልቪን ከይተረፈ ኣብዚ ክፍሊ ኣብ ዝሃቦ ሓተታ፡ የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ጠሚቱ ክሳብ ክንድዚዶ በሃም ይኸወን'ዩ ወደይ፧ ኢሉ ሓሲቡ ነይሩ ክኸውን ኣለዎ፡ ይብል።*[9] *እምበኣር ከምዚ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ጴጥሮስ ድሕሪ ክልተ ምዕራፋት ጥራይ፡ ብኞብኣት መንፈስ ቅዱስ ተመሊኡ፡ ገና ብዛዕባ ምሕዳስ ዳዊታዊ ተዮክራስያዊ ስርዓት ዝሰብኸ ዝነበረ ስለምንታይ እዩ፧ ነዞም ክፍልታት እዚኣቶም ብዓይኒ ሓደ ተሰፋታት ብሉይ ኪዳን እንታይ ከም ዝነበረ ኣጠንቂቑ ዝፈልጥ ሰብ* (*ከምቲ የሱስን ሃዋርያትን ገይሮም ዝፈልጡዎ*

**ዝነበሩ) ጌርካ እንተ ርኢኻዮ ንምርድኡ ቀሊልን ዘየሸግርን'ዩ። የሱስ ምስ ተመልሰ፡ በቲ ኣቦ ዝመደቦ ግዜ፡ ከም ተሰፋ'ቲ ዘይልወጥ ቃሉ፡ ነታ ዳዊታዊት መንግስቲ እስራኤል ከቐንዓ እዩ። የሱስ ኣብ ገሊላ እናዞረ ብዛዕባ እታ እትመጽእ መንግስቲ ብስራት ክእውጅ ከሎ፡ ምሕዳስ መንግስቲ ኣይሁድ ልክዕ ከምቲ ዝሰብኮ ዝነበረ እዩ ነይሩ!**

***"ጨናፍር ኦም ስየ ኣልዒሎም ኪቐበልዎ ወጹ። እናጨደሩ ኸኣ፡ ሆሳእና፡ ብስም እግዚኣብሄር ዚመጽእ ንጉስ እስራኤል ብሩኽ እዩ፡ በሉ!"** (ዮሃ12፡13)*

# ክፍሊ ክልተ

## ክልተ ሽሕ ዓመታት ሱፐርሰሽንዝምን ጽልኣት ኣይሁድን

# ፱

# ክርስትያናዊ ጽልኢ ኣይሁድ፡ ካብ መፈለምታ ክሳብ ራብዓይ ክፍለ ዘመን

- - - - - - ◆ - - - - - -

ዝኾነ ይኹን ታሪኽ ቤተክርስትያን ዘጽንዐ ሰብ፡ ሓደ መሰረታዊ ነገር ካብ መጀመርታ ብዘይቅኑዕ መገዲ ከም ዝኸደ ክግንዘብ ይኽእል'ዩ። እቲ ሓንሳእ ብኣይሁዳውያን ጉጅለ-እምነት ዝጀመረ፡ ንኣህዛብ ሓንጕፉይ ኢሉ ዝቕበል ዝነበረ ክርስትና፡ ብዙሕ ከይደንጐየ ብኣህዛብ ዝዕብለል ኑቶም ኣይሁዳዊ መንነቶም ጠቕሊሎም ሓዲጎም ናብ እምነት ክርስትና ዘይመጹ ኣይሁድ ዘናሸው እምነት ኮይኑ። ዕላማ ናይዚ ምዕራፍ'ዚ፡ ንጹር ዝምድናን ምትእስሳርን ሱፐርሰሽንዝም ምስቲ ነዊሕ ታሪኻዊ ጽልእን ስደትን ስቓይን ህዝቢ ኪዳን ኣምላኽ - እስራኤል - ከመይ ነይሩ ንምግላጽ'ዩ።

## ጸረ-ሴማውነት ወይ ጽልኣት ኣይሁድ

ሎሚ ሰባት ንጽልኣት ኣይሁድ ዝምልከት ከም መግለጺ ዝጥቀሙሉ ቃል "ጸረ-ሴማውነት" ዝብል'ዩ። እዚ ቃል እዚ ንመጀመርታ ግዜ ብ1881 ዓ.ም. ብዊልሀልም ማር ዝተባህለ ጀርመናዊ ኣኽራሪን ሃገራውን ንርእሱ ከም ቀሉዕ ጸላኢ ኣይሁድ ዝገልጽ ዝነበረን ዝተጠርገ'ዩ። ካብቲ ግዜ እቲ ኣትሒዙ፡ እዛ ቓል እዚኣ ነታ "ጁደንሃስ" (ትርጉማ 'ጽልኣተ ኣይሁድ') እትብል ናይ ጀርመንኛ ቓል ተኪኣታ። ሽሕ'ኳ ጸረ-ሴማውነት ዝብል ቃል ስነ-ፍልጠታዊ መወከሲ ክህልዎ ዝኽእል እንተኾነ፡ ብቴክኒካዊ ትርጉሙ ግን ንኹሎም ሴማውያን ህዝብታት ዘጠቓልል እዩ፣ ኣዕራብ እንተላይ ኣካቲትካ ማለት'ዩ። ሙስሊም ኣዕራብ ንባዕሎም ሴማውያን ስለዝኾኑ ጸረ-ሴማውያን ክኾኑ ኣይከኣልን'ዩ ዝብል ኣበሃህላ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ሰሚዐ ኣለኹ። ከምዚ ዝኣመሰለ ሃጠው ቀጠው ንምውጋድ፡ ኣዝዩ ዝያዳ ቅሉዕ ቃላት ከም "ጽልኣተ ኣይሁድ" ወይ "ጸረ ኣይሁድ" ወይ ተመሳሳሊ ቃላት ክጥቀም መሪጸ ኣለኹ።

## ሓዲሽ ኪዳን ኣይሁድ ንምጽላእ ዝድርኽ ዲዩ፧

ክርስትያናዊ ጽልኣት ኣይሁድ መበገሲኡ ካበይ እዩ ኢልካ ክተጽንዕ ምስ እትጅምር፡ እዚ ጽልኣት ኣብ ጽሑፋት ሓድሽ ኪዳን ሱር ዝሰደደ ከም ዝኾነ ዝምጉቱ ብዙሓት ዘይክርስትያን ጸሓፍቲ ክትረክብ ኢኻ። ኣብ ውሽጢ ዓለማዊ ስነ-ጽሑፍ እዚ ምጉት'ዚ ተደጋጊሙ ዝርአ'ዩ። ኣብዚ ምጉት ግና ርኡይ ጸገም ኣሎ። እቲ ኣብ ሓዲሽ ኪዳን እንርእዮ ዘቤታዊ ክርክር'ዩ። ገለ ኣዝዮም ጽኑዓት ክስታትን ተሪር ቃላትን ዝሓዙ ገለ ክፍልታት ከምዘለዉ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣብ ኩሉ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣብነታት ግን ሓደ ኣይሁዳዊ ውልቀሰብ ንኻልኦት ኣይሁዳውያን ጉጅለ፡ ቤት ትምህርቲ ወይ ማሕበር ዘቕርቦ ክሲ ወይ መግናሕቲ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰሉ ተመሳሰልቲ ክስታት ከኣ፡ ሓደ ሰብ፡ ኣብ ምሉእ ብሉይ ኪዳን ብእብራውያን ነብያት ዝቐረቡ ብቐሊሉ ክረክብ ይኽእል እዩ። ግና እዚኦም ንጽልኣት ኣይሁድ ከም ዘሰፋሕፍሑ ጌርካ ፈጺሞም ኣይትርጎሙን። ስድራቤታዊ ኩሉ ግዜ ስድራቤታዊ እዩ ካብኡ ዝሓልፍ የብሉን። ድሒሮም ኣህዛብ ክርስትያን ነዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ክፍልታት መደርዒ ጸረ ኣይሁዳዊ ኣጀንዳታቶም ክጥቀሙሉ ምፍታኖም ግን ምሉእ ብምሉእ ካልእ ነገር እዩ። ገለ ጸሓፍቲ ቀዳሞት ክርስትያን፡ ንሓድሽ ኪዳን ጥራይ ዘይኮነስ ንብሉይ ኪዳን እውን ንዕላማ ጸረ ኣይሁዳዊ ክትዓትን ክስን ይጥቀሙሉ ነይሮም። በዚ ኮይኑ በቲ ንቕዱሳት ጽሑፋት ንጸረ ኣይሁዳዊ ኣጀንዳታት ምጥቃም ጽሩይ ግህሰት ቅዱሳት ጽሑፋት ምዃኑ ክፍለጥ ይግባእ። እቲ ጸገም ኣብ ሓድሽ ኪዳን (ወይ ብሉይ) ዘይኮነስ፡ ኣብቶም ኣብ ዝሸፍአ ዓይነት ትዕቢት ዝወደቑን ኣብ ውሽጢ እቶም ቅዱሳት መጻሕፍቲ ንዘለዉ መጠንቀቕታታት ፍጹም ከይሰምዕዎ ዝተረፉን እዮም ነይሮም። (ሮሜ 11፡20–25)።

## ሱፐርሰሽንዝም ከም መሰረት ጽልኣት ኣይሁድ

ቤተክርስትያን ንመጠንቀቕታታት ጳውሎስ ዕሽሽ እንተ ዘይትብሎ፡ እቲ ኣብ ታሪኽ ዘጋጠመ ራስያ ኣይሁድ ኣይመጋጠመን ነይሩ። ጸኒሕና ከም እንርእዮ፡ ሱፐርሰሽንዝም፡ እቲ ቀዳማይ ጠንቅን ደፋኢ ሓይሊን ናይዚ ኣንጻር ኣይሁድ ዝቐንዐ ናይ ኣስታት ክልተ ሽሕ ዓመታት ስደትን ጽልኣትን'ዩ ነይሩ። ንክርስትያናዊ ሱፐርሰሽናዊ ስነ-መለኮት ዝገልጹ ቀንዲ ሓሳባት እዞም ዝስዕቡ እዮም። ዝተፈላለዩ መምህራን ነዞም ሓሳባት ብዝተፈላለየ መገዲ ክገልጽዎ እኳ እንተ ደለዩ፡ እዞም መሰረታውያን ኣምራት እዚኣቶም ብመሰረቱ ኣብ ኩሎም ሱፐርሰሽኒስታውያን ሓባራውያን'ዮም፣

- ቤተክርስትያን እታ ሓዳስን ሓቀኛን እስራኤል እያ።
- እስራኤል ድሕሪ ደጊም ህዝቢ ኣምላኽ ኣይኮኑን።
- ዕንወት ቤተ መቕደስን የሩሳሌምን ኣብ 70 ድ.ል.ክ፡ ኣምላኽ ንእስራኤል ከም ዝነጸጎም ቅሉዕ መርኣያ'ዩ።
- እዚ ድማ ከምቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ንኽመሃሩ ኢሉ ንምርኮ ዝውፍዮም ዝነበረ ዘይኮነስ ናይ ሓዋሩ ምንጻግ'ዩ።

- እቲ ድሕሪ 70 ድ.ል.ክ. ዝሰዓበ ዝተፈላለየ መግደራታት ኣይሁድ ብሰንኪ ዘይምእማኖም፡ ንየሱስ ስለዘይተቐበልዎን ዝቐተልዎን ዝመጾም ጻድቕ ፍርዲ ኣምላኽ'ዩ።
- ኣይሁድ ብሰንኪ ዘይምእዛዞም ኣብ ትሕቲ ናይ ኣምላኽ መርገም ኣለዉ።
- ስለዚ እምበኣር መከራ ናይ ኣይሁድ ባዕላቶም ኣብ ገዛእ-ርእሶም ዘምጽእዎ'ዩ።
- እቶም ሎሚ ንርእሶም ኣይሁድ ኢሎም ዝጽውዑ ህዝቢ፡ ጸላእቲ ወንጌልን ጸላእቲ ቤተክርስትያንን እዮም።

ሓደ ሰብ ነዚኣቶም እንተ ኣሚንሎም፡ እቲ ክስዕብ ዝኽእል ኣዝዩ ሓደገኛ ነገር'ዩ። ኩላቶም ሱፐርሰሽንስታውያን ነዚ እምነታት እዚ ናብ መጉታዊ መደምደምታኡ ዋላ'ኳ ኣይውሰዱዎ፡ ኣብ ታሪኽ ብዙሓት ክርስትያን፡ ሱፐርሰሽንስታዊ ኣረኣእያ ብምእማኖም ግን ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ኣዝዩ ዘይክርስትያናዊ ዓመጽ ፈጺሞም'ዮም። ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን ብፍሉጣት መራሕትን ሊቃውንቲ ስነ-መለኮት ዝሃቡዎ ብዙሕ ርእይቶታት ክንምርምር ከለና፡ እዚ ሓሳባት ብቐጥታ፡ ብተደጋጋሚ፡ ብዙሕ ግዜ ብጉነጻዊ መልክዑ ብኣዝዩ ተጻባኢ ኣገባብ ክግለጽ ክንርኢ ኢና። ክውንነት ከም ዘርእየና፡ ሓደ ህዝቢ ንዘልኣለም ብኣምላኽ ተነጺጉን ተረጊሙን እዩ ካብ ምባል ናብ ጽልኣትን ተግባራት ጽልኢን ዓመጽን ንምፍጻምን እተድሊ ስጉምቲ ንእሽቶ'ያ። መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ዘድሊ፡ ከምዚ ዝበለ ኣረኣእያ ዘለዎም ሰባት ኣብ ጽፍሒ ፖለቲካዊ ስልጣን ወይ ሓይሊ ክድይቡ ጥራይ'ዩ። ነዊሕ ከይጸንሐ ድማ ኣዝዮም ጽዩፋት ተግባራት ይስዕቡ። ነዚ ዝስዕብ ክፉላዊ (ዘይምሉእ) ዝርዝር መርትዖታት ንርአ።

<u>*መስመር ግዜ ክርስትያናዊ ሱፐርሰሽንዝምን ጽልኣት ኣይሁድን*</u>

115 **ድ.ል.ክ** - ኢግናትዮስ ኣቡን ኣንጾክያ ኣብታ ናብ ማግነስያውያን ዝጽሓፋ መልእኽቱ፡ ኣይሁድነት ብዝኾነ መልክዑ ምስ እምነት የሱስ ከም ዘይቃዶ ይነግር። "ክሳዕ ሎሚ ከም ኣገባብ ኣይሁድነት ንነብር እንተ ሃሊና፡ ጸጋ ከም ዘይረኸብና ንፍለጥ፡"[1]

እቲ ምሉእ ህይወቱን ኣገልግሎቱን ፈሪሳዊ ኣይሁዳዊ ዝነበረ ሃዋርያ ጳውሎስ (ግብ 18፡18, 21፡26, 23፡6, ፊሊ.3፡6)፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ንኣይሁድነት ወይ መግለጺታቱ ዝኾነን ጽሑፍ ብዘንበበ ክንድምንታይ ምሰንበደ ሕሰብዎ።

ጳውሎስ ሓደ ነገር ብንጹር ነቶም ኣህዛብ ኣመንቲ ዝተዛረቦ፡ ንሳቶም ቅድሚ ተነሲሖም ብየሱስ ምእማኖም "ብዘይ ክርስቶስ፡ ካብ ሕብረት እስራኤል ፍሉያት፡ ነታ ኺዳን ተሰፋውን ኣጋይሽ፡ ትጽቢት ዜብሎም፡ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ብዘይ ኣምላኽ፡" (ኤፌ2፡12) ነይርኩም ይብሎም። ከምኡ'ውን ዛንታ ናይ ኣህዛብ ኣመንቲ ከም ዛንታ ናይ ዝተነስሑ ኣረማውያን ነበር፡ ናብ ሕብረት እስራኤል መጺኦም ድማ ኣብታ ኣይሁዳዊት ኣውሊዕ ከም ናይ ዝተተኽሉ ዛንታ ገይሩ ኣቕሪብዎ ኣሎ (ሮሜ 11፡17-19)። ጳውሎስ ነዚ ናይ ተኽሊ ኣውሊዕ ተዳራግነት ተጠቒሙ ንኣህዛብ "እቲ ሱር እዩ ንዓኻ ጾይሩካ ዘሎ

እምበር፡ ነቲ ሱር *ንስኻ ኣይኮንካን ጾይርካዮ* ዘሎኻ" (ሮሜ 11፡18) ኢሉ የዘኻኽሮም። ኮይኑ ግና ብመሰረት ኢግናትዮስ በንጻር ናይ ጳውሎስ፡ ኣይሁድ እዮም ናብ ቤተክርስትያን መጺኦም። ኢግናትዮስ ነቲ ምዕራት ብመሰረቱ ገላቢጥዎ። ኢግናትዮስ ይብል፡ "ብዛዕባ የሱስ እናተዛረብካ ከም ልምዲ ኣይሁድነት ምንባር ጉድ'ዩ፡ ከመይሲ ክርስትና ኣብ ኣይሁድነት ኣይኣምንን'ዩ፡ ኣይሁድነት ደኣ'ባ ኣብ ክርስትና፡"[2]

## "ኪዳንና"

120 **ድ.ል.ክ** - ኣብ መልእኽቲ በርናባስ፡ ሓያል ሱፐርሰሽንስታዊ ኣቓም ተገሊጹ ንረክብ። ብተደጋጋሚ ክርስትያን እቶም "ሓደስቲ" ህዝቢ ኣምላኽ ምዃኖምን ኣይሁድ ድማ ንዘልኣለም ብኣምላኽ ከም እተነጽጉን ተጻሒፉ ንረኽቦ። ኣብ ሓደ ክፍሊ፡ ሓድሽ ኪዳን፡ "ኪዳንና" ደኣ እምበር ንኣይሁድ እተዋህበ ኪዳን ኣይኰነን ይብል። ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ከም ዝረኣናዮ ግና፡ ብነቢይ ኤርምያስ ኣቢሉ እግዚኣብሄር "ምስ ቤት እስራኤልን ምስ ቤት ይሁዳን ሓድሽ ኪዳን ክኣቱ እየ" (ኤር 31፡31) ብምባል እቲ ኪዳን ንደቂ እስራኤል ከም ዝተዋህበ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግር። በርናባስ ግን ሓድሽ ኪዳን ምስ እስራኤል ከም ዘይተገብረ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ኣብታ ሙሴ ካብ ከረን ሲና ወሪዱ ነተን ክልተ ጽላት ዝሰበረላ ህሞት፡ ኣይሁድ "ንዘልኣለም . . . ከሲሮሞ'ዮም" ይብል፡

> ገሊኣቶም ብተግባራቶም ሓጢኣት ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት እናኾመሩ፡ ድማ ነቲ ኪዳንና ናታቶም ኪዳን ምዃኑ ይዛረቡ። ናትና እባ ደኣ'ዩ። ሙሴ ዝሃቦም ኪዳን፡ ንሳቶም በዚ ኸምዚ ንዘልኣለም ኣጥፊኦሞ እዮም። እቲ ጽሑፍ ከምዚ ይብል፤ ሙሴ ድማ ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ኣብ ከረን ጾመ፡ በጻብዕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ጽላት እምኒ እተጻሕፈ ኪዳን ድማ ካብ እግዚኣብሄር ተቐበለ። ንሳቶም ግና ናብ ጣኦት ስለ እተመልሱ ኣጥፊኦማ። እግዚኣብሄር ድማ ከምዚ በሎ፡ ሙሴ፡ ሙሴ ቀልጢፍካ ውረድ፡ ከመይሲ እቲ ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘውጻእካዮ ህዝብኻ መንዚሩ ኣሎ። ሙሴ ድማ ነተን ክልተ ጽላት ካብ ኣእዳዉ ደርበየን። ኪዳን እቲ ፍቑር የሱስ በቲ ካብ እምነት ዚፍልፍል ተስፋ ኣብ ልብና ምእንቲ ኪሕተም፡ ኪዳኖም ተበታተነ።[3]

## "ንሕና እቶም ናይ ሓቂ ዓሌት እስራኤል ኢና"

150 **ድ.ል.ክ** - ኣብታ ቅዱስ ጃስቲን ሰማእት ዝጸሓፋ "ውስስእ ምስ ትሪፎ ኣይሁዳዊ" ትብል ድርሳን፡ ኣዝዩ ክብእስ ዝጀመረ ሱፐርሰሽንስታዊ ስነ-መለኮት ንረክብ። ንትሪፎ ኪምልሸሉ ከሎ ጃስቲን ይብል፡ "ካብኡ ንነጀው ኣምላኽ ነዚ ህዝቢ [ቤተክርስትያን] ባሪኹዎን እስራኤል ኢሉ ጸዊዕዎን ርስቱ ምዃኑ ኣዊጁን። እሞ ኣኺልኩም ንሕና በይንና ኢና እስራኤል እናበልኩም ብዛዕባ'ዚ ኣምላኽ ዝባረኾ ህዝቢ ክፉእ እናተዛረብኩም ንርእስኹም ካብ ምትላል ከቶ ኣይክትንስሑን ኢኹም፤"[4]

ብናይ ጃስቲን ርእይቶ ግር ዝበሎ ትሪፎ፡ ከምዚ ኢሉ ይሓትት፡ “እሞኸ ንስኻትኩምዶ እስራኤል ኢኹም፧ ንሱኸ ብዛዕባኻትኩም ከምኡዶ ይብል፧” ጃስቲን ከምዚ ኢሉ መለሰሉ፡ “ክርስቶስ እቲ ናይ ሓቂ እስራኤልን ያቀብን’ዩ። ከምኡ ድማ ንሕና እቶም ካብ ከርሲ ክርስቶስ ዝወጻና ናይ ሓቂ ዓሌት እስራኤል ንሕና ኢና፡”[5]

ኣህዛብ ክርስትያን ድሕሪ የሱስ ድሕሪ ሚእቲ ዓመት፡ ንርእሶም ከም “ናይ ሓቂ ዓሌት እስራኤል” ገይሮም ኪርእይዋ ጀሚሮም ነበሩ። እዚ ኣዝዩ እምብዛ ሓደገኛ ኣተሓሳሰባ እዩ። ቤተክርስትያን “ናይ ሓቂ ዓሌት እስራኤል” ካብ ኮነት፡ ኣይሁድ ናይ ሓሶት ዓሌት እስራኤል ዲዮም፧ ወይስ ፈጺሞም ዓሌት የብሎምን፧ ኣይሁድ ድሕሪ ደጊም እስራኤል ካብ ዘይኮኑ ደኣ መን እዮም፧ ዝኾነ ጉጅለ ብክልሰ-ሓሳብ መንነቱን ህላወኡን ምስተገፈፈ፡ ኣብ ግብሪ ክውዕል ናይ ግዜ ሕቶ ጥራይ እዩ። ዋላ እኳ ዘሕዝን እንተኾነ ንዝቐጽሉ ክልተ ሽሕ ዓመታት እታ ኣህዛብ ዝበዝሓ ቤተክርስትያን ሓዳስ ወይ ሓቀኛ እስራኤል እያ ዝብል እምነት ክሳብ ሎሚ እውን እንተኾነ ንኣተሓሳስባ ብዙሓት ቤተክርስትያን ዓብሊልዎ እዩ። ዶክትሪን ሱፐርሰሽንዝም ንልዕሊ ዓሰርተ ሸሞንተ ሚእቲ ዓመታት ብቐጻሊ እቲ ዝኸፍአ መልክዕ ጽልእን ግህሰትን ኣኸቲሉ’ዩ።

<u>**ስቓይኩም ፍትሓዊ’ዩ**</u>

ጃስቲን፡ ኣይሁድ ብቤተክርስትያን ተተኪኦም ጥራይ ኣይበለን፡ ነቲ ምልክት ኣብርሃማዊ ኪዳን (ግዝረት) መሰረታዊ ሓዲሽ ትርጉም ሂብዎ። ብርግጽ ግዝረት፡ ኣምላኽ ንደቂ እስራኤል ፈልዩ ኪዳን ከም ዝኣተወሎም ምልክት ክኸውን እዩ ሂብዎም። ጃስቲን ግን ነዚ ምልክትን ንመዓልቲ ሰንበትን ኣሉታዊ ዳግመ ትርጉም ሂብዎም። እዚኣቶም ከኣ ከም ምልክታት መብጽዓ ኣምላኽ ዘይኰነስ፡ ኣይሁድ ንዝልኣለም ብሰንኩ ኪስቀዩ ኢሉ ዝሃቦም እዩ ይብል።

> እታ ግዝረት ስጋ - ንሳ ድማ ካብ ኣብርሃም’ያ - ካብ ካልኦት ሃገራትን ካባናን እተፈሌኹም ከም ዝኾንኩም ንምልክት’ያ ተዋሂባትኩም። ንሱ ድማ ከምዚ ሕጂ ኮይንኩሞ ዘለኹም ፍትሓዊ ስቓይ ክበጽሓኩም ምድርኹም ክትባድም፡ ከተማታትኩም ብሓዊ ክትትኮሳ፡ ፍረኹም ጓኖት ክበልዕዎ ካባኻትኩም ከኣ ሓደ’ኳ ናብ የሩሳሌም ከይድይብ እዩ ዝኾነ። ኣብ መንጐ ሰባት ብዘይካ ብግዝረትኩም ብኻልእ ኣይክትልለዩን ኢኹም . . . ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ ብሰንኪ ሓጢኣትኩምን ሓጢኣት ኣቦታትኩምን ትእዛዛቱ ስለዘየኽበርኩም’ዩ ኣምላኽ ሰንበት ክትሕልዉ ዝገደደኩም።[6]

ኣብዚ’ዩ እቲ ሓደገኛ ምጉት ሱፐርሰሽንዝም ዝግለጽ። እንተ ደኣ ኣይሁድ ሓንሳእ ብኣምላኽ ከም እተነጽጉን ፍትሓዊ መቕጻዕቲ ከም ዝበጽሖምን ጌርካ ተወሲዱ ድሕሪኡ ኣብ ልዕሊኦም ዝበጽሕ ዝኾነ ዓይነት ወጽዓ ቅቡል ይኸውን። ከመይሲ እቶም በደል

*ዝፍጽሙ ሰባት ንፍቓድ ኣምላኽ ጥራይ እንድኣሎም ዝድርዑ ዘለዉ። ከምዚ ዝኣመሰለ ግህሰት ኣዝዩ ቀልጢፉ ንቡር ኣተሓሳስባ/ኣጠማምታ ክርስትያናዊ ማሕበረ ሰብ ድማ ይኸውን።*

***ዝተሓድጉ ህዝቢ***

165 **ድ.ል.ክ**.- *መሊቶ በዓል ሳርዴስ ናይ ሰሚርና (በዚ ናይ ሎሚ ኣብ ቱርኪ ዝርከብ ቦታ)፡ ኣቡን ናይ ሳርዴስ ኣብ ዝነበረሉ፡ "ኣብ በዓል ፋሲካ" ዝብል ጽሑፍ ጽሒፉ ነይሩ። ኣብቲ ጽሑፍ መሊቶ፡ ብዛዕባ ዶክትሪን ናይ መለኮታዊ ምንጻግ ኣይሁድ ብንጹር መግለጺ ኣሰፊርዎ ኣሎ። "ህዝቢ እስራኤል ቅድሚ ቤተክርስትያን ምምጽኣ ተፈታዋይ ነይሩ፡ ሕጊ ድማ ቅድሚ ወንጌል ምምጽኡ ክቡር ነይሩ። ሕጂ ግና ቤተክርስትያን ምስ መጸት ወንጌል ከኣ ምስ ተገልጸ እቲ ሞዴል ባዶ ኮይኑ፡ ክብረቱ ንኽዉንነት ኣሕሊፉ ሂቡ . . . ቤተክርስትያን ምስ ተገልጸት ድማ እቲ ህዝቢ ባዶ ኮይኑ"*[7]

*ናይ ሜሊቶ ኣገላልጻ ሱፐርሰሽንዝም ኣዚኻ ምርዳእ ኣገዳሲ'ዩ። ኣምላኽ ባዕሉ ንቤት መቕደስ፡ ንሕጊ፡ ንእስራኤል ነገራት ሕሉፍ ካብ ገበሮም እቲ ዝስዕብ መጉታዊ መቐጸልታ ኑቶም በዞም ነገራት እዚኣቶም ዝተገልጹ ህዝቢ፡ ኣምላኽ ባዕሉ "ባዶ" ገይርዎም ማለት'ዩ። ነዊሕ ከይጸንሐ ድማ እስራኤል ድሕሪ ደጊም ህዝቢ ኣይኮነትን ዝብል ሓሳብን ካብኡ ዝገደደ ነቲ ሓሳብ ንምግሃድ ዝግበር ጻዕሪ ንቡር ኣካል ተልእኾ ቤተክርስትያን ይኸውን ማለት'ዩ።*

***ብኣምላኽ ንዘልኣለም እተነጽጉ***

210 **ድ.ል.ክ** - *ሓደ ካብቶም ዝገነኑ ሊ.ቃውንቲ ስነ-መለኮት ናይ ሳልሳይ ክፍለ ዘመን ዝነበረ ሂፖሊተስ በዓል ሮም "ትንተናዊ ድርሳን ኣይሁድ" ብዝብል ኣርእስቲ ምጉታዊ ጽሑፍ ጽሒፉ። ሂፖሊተስ ኣብ ጽሑፉ፡ ኣይሁድ ንየሱስ ብምቕታሎም ብሕብረት በደለኛታት ስለዝኾኑ፡ ኣብዚ ዘመን ይኹን ኣብ ዝመጽእ ንዘልኣለም ካብ ኣምላኽ ተቐሪጾም እዮም ይብል፣*

> *እምበኣርሲ ኣቱም ኣይሁድ ሕጂ እዝንኹም ናባይ ኣድንኑ፡ ቃላተይ ድማ ስምዑን ኣስተውዕሉን። ንየሱስ በዓል ናዝሬት ናብ ሞት ብምኹናንኩም ኪሰቲ ድማ መጺጽን ሓሞትን ብምሃብኩም ክንደይ ሳዕ ክትምክሑ። በዚ ድማዶ ዓደኹደኹ ትብሉ። እምበኣርሲ ንዑ'ሞ ምናልባት ብዓመጽ ትምክሑ ከይትህልዉ ንርአ። ኦ እስራኤል፡ እታ ንእሸቶ መጺጽን ሓሞትን ዜስተኹሞዶ ናብዚ ዜሰክሕ ህልዋትን ማእለያ ዘይብሉ ሽግራትን ኣብጺሓትኩም ከይትኸውን ንርአ። . . . በሉ ነቲ ካብዚ ንደሓር ዝኸውን ስምዑ፡ "ከይርእዩስ ኣዒንቶም ይጸልምታ" ከምዝብል ብርግጽ ኣዒንቲ ነፍሳትኩም ብናይ ዘልኣለም ግብ ዝበለ ጸልማት ዒሩ። . . . ሕጂ ስሎሙን ብዛዕባ ክርስቶስን ብዛዕባ ኣይሁድን*

> ብግሉጽ ዝኣወጆ ትንቢት ይነግረኩም ኣሎኹ። እዚ ድማ ኣብዚ ዘመን እዝን ኣብቲ ዝመጽእ ዘመንን ኣብ ልዕለኻትኩም ክወርድ'ዩ፣ ከመይሲ ነቲ መስፍን ህይወት ተሃላሊኽኩሞ ኢኹም'ሞ። [8]

ሂፖሊተስ ክልተ ነገራት ኢሉ ኣሎ። ኣይሁድ፡ ብኣምላኽ ምንጻጎም ዘልኣለማዊ'ዩ። ካልኣይ ድማ ስቓዮምን መቕጻዕቶምን ዘልኣለማዊ ኪኸውን'ዩ።

ቤተክርስትያን ንቃላት ጳውሎስ ክንደይ ቀልጢፋ ረሲዓቶ። ብርግጽ እስራል ብምኽንያት የሱስ ተዓንቂፎም እዮም ግና ናይ እስራኤል ምዕንቃፎምከ መን'ዩ ዘልኣለማዊ እዩ ክኸውን ኢሉ፧ ጳውሎስሲ ፡ "እምበኣርሲ እብል ኣለኹ፡ ኣምላኽ ንህዝቡዶ ደርብይዎ እዩ፧ ያእ ኣይፋሉን። . . . ኣምላኽ ነቲ ቀደም ዝፈለጦ ህዝቡ ኣይደርበዮን።. . . እምብኣርሲ እብል ኣለኹ፡ ምእንቲ ኺወድቁ ድዮም እተዓንቀፉ፧ ያእ ኣይፋሎምን። ምእንቲ ኬቕንኦም እባ ደኣ፡" ደኣ እዩ ዝበለ (ሮሜ 11፥1, 2, 11)።

ጳውሎስ ከምቲ ዝበሎ እንተኾይኑ ምትራር ኣይሁድ ከፊላውን ግዜያውን እዩ፡ ኣብቲ ኣምላኽ ዝመደቦ ግዜ እዚ ምትራር ክለዓልን ናብ ኣምላኾም ክምለሱን ምኳኖም ድማ ይነግር (ቁ.25-26)። ውጽኢት ናይ ምምላሶም "ሃብቲ ንዓለምን"ን "ህይወት ካብ ምውታት" ኪኾነላ'ዩ (ቁ.12,15)። ምስናይ'ዚ ግን ቤተክርስትያን ኣይሁድ ንሓዋሩ ብኣምላኽ ተነጺጎም እዮም ንምባል ኣይደንጎየትን። ሎሚ'ውን ሓደ ሰብ ጽሑፋት ናይ ሱፐርሰሽንስታውያን ምስ ዘንብብ እዚ ጌጋ'ዚ ተደጋጊሙ ተጻሒፉ ክረኽቦ'ዩ።

## <u>ቀተልቲ ወዲ ኣምላኽ</u>

ሓደ ዓሌት ምሉእ ንዘልኣለም ንመከራ ዝፍረዶ እንታይ ዓይነት ዘሰክሕ ሓጢኣት ስለዝሰርሐ'ዩ፧ እቲ ዝወሃቦ መልሲ ሓደ'ዩ። እዚ ዓሌት ነቲ ቅዱስ ወዲ ኣምላኽ ብምቕታሉ፡ ይቕረ ዘይበሃሎ ወንጀል ፈጺሙ'ዩ። ሂፖሊተስ ከምዚ ኢሉ ይገልጾ፡

> ኦ ነቢዩ ንገረና፡ ስለምንታይከ እዩ ቤት መቕደስ ዓኒዩ፧ ብሰንኪ እቲ ጣኦት ምራኽ ዲዩ፧ ወይስ ብሰንኪ ምንዝር ናይቲ ህዝቢ ዲዩ፧ ወይስ ብሰንኪ እቲ ዝፈሰሰ ደም ናይ ነቢያት ዲዩ፧ ወይስ ብሰንኪ ዕልወትን ምንዝርናን እስራኤል እዩ፧ ያእ ኣይፋሉን በዚስ ኣይኮነን ይብል፣ በዚ በደላት እዝስ ክፉት ምሕረትን ይቕሬታን ይረኽቡ ነበሩ። ንወዲ ኣምላኽ ስለዝቐተሉዎ ግና'ዩ . . . [9]

ንየሱስ ብምቕታሎም ኲላቶም ኣይሁድ ገበነኛታት እዮም። እዚ በደል እዚ ካብ ኣ ናብ ደቀምን ደቂ ደቀምን እናበለ ተሰጋጊሩ እዩ ዝብል ኣረኣእያ ኣብ ዝበዝሕ ክፋል ታሪኽ ቤተክርስትያን ዝነበረ ኣረኣእያ እዩ። ብዙሓት መራሕቲ፡ ሊቃውንቲ ስነ-መለኮት፡ እንተላይ ገለ "ቅዱሳን" ቤተክርስትያን ነዚ ኣረኣእያ'ዚ ደጊፎሞ እዮም። እዚ ኣረኣእያ ብኸፊል ካብቲ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ዝርከብ ክፍሊ ብጌጋ ዝተሰረተ ክኸውን ይኽእል

እዩ። ኣብኡ፡ ብዛዕባ እቶም ብግዜ የሱስ ዝነበሩ ኣይሁድ ደም የሱስ ኣብ ልዕሊ ገዛእ ርእሶምን ደቆምን ይኹን ክም ዝበሉ ነንብብ፣

> ጲላጦስ ዘይምብዛሕ ጫውጫው እምበር፡ ገለ እኳ ኸም ዘይጠቅም ምስ ረኣየ፡ ማይ ወሲዱ፡ ኣነ ኻብ ደም እዚ ጻድቕ እዚ ንጹህ እየ፡ ባዕላትኩም ፍለጡ፡ እናበለ ኣብ ቅድሚ እቲ ህዝቢ ኣእዳዉ ተሐጽበ። ኵሎም እቶም ህዝቢ ኸኣ፡ ደሙ ኣባናን ኣብ ደቅናን ይኹን፡ ኢሎም መለሱሉ። ሽዑ ንበርባን ፈትሐሎም፡ ንየሱስ ግና ገሪፉ፡ ክስቀል ኣሕሊፉ ሀቦም። (ማቴ27፡24-26)

ንስቕለት የሱስ ብዝምልከት፡ ነዚ በደል'ዚ ንኣይሁድ ከተላግበሎም ምፍታን ብኽልተ ምኽንያታት ግጉይ'ዩ። የሱስ ባዕሉ ብዛዕባ ነፍሱ፡ "ባዕለይ እየ በጃ ዘሕልፋ እምበር ካባይ ዘወስዳስ የልቦን። በጃ ኽሕልፋ ስልጣን አሎኒ፡ መሊሰ ኽወስዳውን ስልጣን አሎኒ። ነዛ ትእዛዝ እዚኣ ኻብ ኣቦይ እየ እተቐበልክዋ፡" ኢሉ ነይሩ'ዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ዋላ'ኳ ስቕለቱ ሓባራዊ ስምምዕ ኣይሁድን ሮማውያንን እንተ ነበረ፡ ኣብ መወዳእታ ግን መስቀል ናቱ ውሳነን ዕላማን'ዩ ነይሩ። ስለዚ እዩ ከኣ ተሰቒሉ። እቲ ኻልኣይ ርዱእ ምኽንያት፡ ሞት የሱስ ብሰንኪ ሓጢኣት ናይ ዓለም ደኣ እምበር፡ ብሰንኪ እኩይ መጋብር ኣይሁድ ኣይነበረን።

<u>**ንየሱስ መን'ዩ ቀቲልዎ?**</u>

ብመሰረት ትንቢት ኢሳይያስ፡ የሱስ ህይወቱ ክሕልፋ ዝገደዶ ምኽንያት ሓጢኣት ናይ ኣይሁድ ጥራይ ዘይኰነስ ናይ ኩላትና ሓጢኣት'ዩ። "ኩላትና ኸም ኣባጊዕ ተባረርና፡ ነፍሲ ወከፍ ነናብ መገዱ ዘምበለ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ኣበሳ ኹላትና ኣብኡ ኣውደቖ፡" (ኢሳ53፡6)። እቲ ብሰንኪ ሞት የሱስ ዝሰዓበ ነዊሕ ታሪኽ ክርስትያናዊ ክስን ውግዘትን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣይሁድ፡ ቤተክርስትያን ብዛዕባ ናይ ገዛእ ርእሳ ሓጢኣትን ናይ ገዛእ ርእሳ በደልን መሰረታዊ ርድኢት ከምዘይብላ ዘርኢ እዩ። እቲ ናይ መወዳእታ ትንቢታዊ ስሕተት፡ ቤተክርስትያን ንህዝቢ ኪዳን ኣምላኽ ብምስጓግ፡ ብመሰረቱ ንኣይሁድ ሰቒላ፡ ነቲ ንምግማት ዘይከኣል መለክዒ መከራን ሞትን ዝኸውን ናይ ደም በደል ኣብ ልዕሊ ገዛእ ርእሳ ኣምጺኣቶ። ብዓይኒ ኣምላኽ፡ ክርስትያን ኵሉ ጊዜ ኣጻብዕቲ ክሲ ናብ ገዛእ ርእሶም ከቕንዑ ከም ዝጸንሑ ዘጠራጥር ኣይኰነን። ሎሚ ቤተክርስትያን ተንበርኪኻ ብዛዕባ ሕሉፍ ሓጢኣታ ምሕረት ኢላ ክትጭድር ኣለዋ። ዋላ ባዕልና ኣብዚ ሓጢኣት እዚ እንተ ዘይተሳተፍና ከኣ፡ ኩላትና በቲ ሕሱር ኣገባብ ኣቦታትና ከይንመላለስ ክንጽሊ ይግባእ።

<u>**"የሱስና"**</u>

220 **ድ.ል.ክ** - እቲ ዝቐጽል ዘሕፍር ንዕቀት ሱፐርሰሽንዝም ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ፡ ኣብ ጽሑፋት ኦሪገን ንረኽቦ። ኦሪገን ኣብ ሳልሳይ ክፍለ ዘመን ኣብ ዝጽሓፎ ጽሑፋት

"ብፍጹም ምትእምማን" ኣይሁድ ብኣምላኽ ተነጺጎም እዮም ይብል። "ስለዚ እምበኣር ብፍጹም ምትእምማን ኣይሁድ ናብቲ ዝነበርዎ ናይ ቀደም ቦታኦም ኣይክምለሱን እዮም ንብል። ከመይሲ ንሳቶም ኣንጻር መድሓኒ ዓለም ውዱእ ብምእላሞም ዜግነብንብ ሃየንታ ሰሪሖም እዮም እሞ፡"[10]። ቀጺሉ ኦሪገን፡ "በዚ ድማ እታ ንየሱስ ዘሳቐየቶ ከተማ ግድን ዓነወት። ኣይሁድ ካብ መረበቶም ተባረሩ። ካልእ ህዝቢ [ቤተክርስትያን] ድማ ናብቲ ዝተባረኸ ሕርየት ተጸውዐ፡" ይብል።

እግዚኣብሄር ንየሩሳሌምን ንቤት መቕደስን ስለ ዘዕነወን፡ ንኣይሁድ ድማ ስለ ዘባረሮም እዚ ኣርኣያ ናይቲ ዘልኣለማዊ ምንጻግ'ዩ ዝብል ቴማ ተደጋጊሙ ንርእዮ። ስለዚ ብዙሕ ግዜ ሓደ ሰብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኹነታት ንዘልኣለም ከም ዝጸንሕ ክበሃል ክረኽቦ እዩ። ዕንወት ኣይሁድን ቤተ መቕደስን፡ ኣምላኽ ንህዝቢ ኣይሁድ ከም ዝነጸጎም መርትዖ እንተ ኾይኑ ግና፡ ዳግማይ ምቛም ሃገረ እስራኤል ኣምላኽ ምስ ህዝቢ ኣይሁድ ጉዳዩ ከም ዘይወድአ ዘመልክትዶ ኣይኮነን፧ ልክዕ በዚ ምኽንያት'ዩ ዘመናውያን ሱፐርሰሽንስታውያን ነቲ ብዙሕ መርትዖታት ናይቲ ተኣምራውን ልኡላውን ዳግመ ምምስራት ሃገረ እስራኤል ከቋናጽቡ ወይ ድማ ሕጋውነቱ ኣብ ምልክት ሕቶ ክሳብ ምእታው ዝበጽሑ።

ኦሪገን ቀጺሉ ነቲ ሱፐርሰሽንስታዊ ማዕቀፉ ከም መሰረት ተጠቒሙ ንህዝቢ ኣይሁድ ዝጸርፍን ዝሹንንን ቃላት የውክእ። እዚ ኹሉ ድማ ብሰንኪ እቲ ኣብ ልዕሊ "ናትና የሱስ" ዝገበርዎ ሓጢኣት ዝመጸ'ዩ ድማ ይብል። "እዚ ኹሉ ድባብ ዝወረዶም ድማ ኣዝዮም ርኹሳት ህዝቢ ስለዝነበሩ'ዩ፡ ዋላ እኳ ብብዙሕ ካልእ ሓጢኣት በደለኛታት እንተኾኑ፣ እዚ ሕጂ ዝረኸቦም ከቢድ መቕጻዕቲ ግን ካልእ ዘይኮነስ ብሰንኪ እቲ ኣብ ልዕሊ የሱስና ዝፈጸምዎ በደል'ዩ፡"[12]

ሕጂ እውን ሃዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ዓይነት ርእይቶታት ብዝሰምዐ ክንደይ ምሓዘነ ይርድኣና ይኸውን። እቲ "ንጉስ ኣይሁድ" ምኳኑ ዝተኣመነ የሱስከ (ማቴ27፡11)፡ ኦሪገን ንኣይሁድ መሲሖም ከሕድጎም እንተ ዝርኢ ከመይ ምተሃየ ኢልኩም ትግምቱ።

## <u>ሕጋዊ ገደባት</u>

ኣብ ራብዓይ ክፍለ ዘመን፡ ኣብ መንጎ ቤተክርስትያንን ማሕበረሰብ ኣይሁድን ዝነበረ ፍልልይ እናበኣሰ ስለዝኸደ፡ ቤተክርስትያን ኣብ መንጎ እዞም ክልቲኦም ጉጅለታት ኣብ ዝተፈላለየ መልክዕ ማሕበራዊ ርክባት ሕየባታት ከተውጽእ ጀመረት። ድሕሪ ግዜ እቲ ሕየባታትን ኣዋጃትን ኣዝዩ እናተረረ ኸደ።

306 **ድ.ል.ክ** - ሲኖዶስ ማሕበር ኤልቪራ ንዝተፈላለየ ማሕበራዊ ርክባትን ኣጋጣሚታትን ኣብ መንጎ ክርስትያንን ኣይሁድን ዝምልከት ገደባት ኣንቢሩ። ነዚ ገደባት ዘየኽበሩ መእመን ድማ ክሳብ ቁርባን ናይ ምኽልካል ስጉምቲ ከም ዝውሰዶም ኣዊጁ። ገለ ካብኡ ንኣብነት፡ ቀኖና 16፡ ክርስትያን ንኣይሁድ ከይምርዓዉ ይኽልክል።

ቀኖና 48፡ እኽለ ማይ ኣይሁድ ምብራኽ ሓጢኣት'ዩ ይብል። ቀኖና 50፡ ክርስትያን ምስ ኣይሁድ ከይበልዑ ይኽልክል።[13] ብሕጊ ቤተክርስትያን ዋላ ምስ ኣይሁድ ኣብ መኣዲ ምቕማጥ ክልኩል ኮይኑ ነበረ።

እዚ ብቤተክርስትያን ዝወጸ ሕየባታት ብዙሕ ከይጸንሐ ድማ ሕጋዊ መንግስታዊ ገደባት ተወሲኽዎ። ክርስትያን ፖለቲካዊ ስልጣን ምስ ሓዙ፡ እቶም መራሕቲ ነቲ ቤተክርስትያን ዘውጻኣቶ ሕጊ፡ ሃገራዊ ሕጊ ክገብርዎ ምርኣይ ልሙድ'ዩ።

315 **ድ.ል.ክ** - ሃጼይ ቈስጣንጢኖስ ብኣዋጅ ሚላን ዝፍለጥ ውሳነ ኣሕለፈ፡ በዚ ድማ ኣይሁድ ደጊም ኣብ የሩሳሌም ከይነብሩ ተኸልከሉ። ኣብታ ጉይታ ባዕሉ ዝሃቦም ከተማ የሩሳሌም (ዘዳ1፡8) ብትእዛዝ ቤተክርስትያን ከይነብሩ ተኸልኪሎም። ዝኾነ ይኹን ኣይሁድነት ገዲፉ ዝኸደ ሰብ፡ ክምለስ ክሓብልዎ ምስ ዝርከቡ ከኣ ኣብ ዝተታሕዙሉ ብህየቶም ብሓዊ ክቃጸሉ ዝብል ትእዛዝ ተመሓላለፈ። ብተወሳኺ ክርስትያን ኮይኑ ናብ ኣይሁድነት ዝኣተወ ዘየናሕሲ መግረፍቲ ከም ዝበጽሖ ተኣዊጁ።

> እምበኣርከስ እዚ ሕጊ'ዚ ካብ ዝተኣወጀሉ ንደሓር፡ ኩላቶም ኣይሁድ፡ ዓበይቶምን ሽማግለታቶምን ክፈልጡ ንደሊ፣ ሓደ ካብኣቶም ካብቲ ሓደገኛ ኑፋቔኦም ኣምሊጡ ንኣምላኽ ክሰግድ እንተመጸ (ክርስትያን እንተኾነ) እሞ፡ ሓደ ካብኣቶም መግለጺ ሕርቃኑ ብእምኒ ወይ ብኻልእ እንተ ኣጥቂዖ፡ እቲ ከምኡ ዝገበረ ብቐልጡፍ ንሃልሃልታ ይወሃብ። ተሓባበርቲ እንተሊዮሞ ድማ ምስኡ ይቃጸሉ። ብተወሳኺ፡ ዝኾነ ሰብ ናብቲ ጽዩፍ ኑፋቔኦም ዝተጸምበረ ኣብ ኣኼባኦም'ውን ዝወዓለ ምስኣቶም እቲ ዝግባእ መቕጻዕቱ ክቕበል'ዩ። [14]

325 **ድ.ል.ክ** - ክርስትያናዊ በዓል ፋሲካ ካብ ፋሲካ ኣይሁድ ንዘልኣለም ክፍለ ኣብ ጉባኤ ኒቅያ ተወሰነ። እቲ ጉባኤ የሱስን ደቀ መዛሙርቱን ኮሎም ፋስጋ ከም ዘብዕሉ ዝነበሩ ዝረስዐ ይመስል፣

> ኣብዚ ኣዝዩ ዝተቐደሰ በዓላት፡ ልምድታት ኣይሁድ ክንስዕብ ምሒር ዘየግባእብእ እዩ። ካብ ሕጂ ንደሓር ምስዚ ፍንፉን ህዝቢ'ዚ ዘመሳስል ነገር የብልናን። . . . ድሕሪ'ዚ ኣምልኾና . . . ዝያዳ ንኣና ብዝምችእ ይኹን።. . . ክቡራን ኣሕዋት፡ ንርእስና ካብዞም ንዑቓት ኣይሁድ ክንፈሊ ንደሊ ኣሎና። . . . ነዞም ዳርጋ ዕዉራት ዝኾኑ ኣይሁድ ከመይ ጌርና ክንስዕቦም ንኽእል።”[15]

330 **ድ.ል.ክ** - ኣብዚ ዓመት'ዚ ሓደ ካብቶም ቀዳሞት ሊቃውንቲ ማሕበር ዝነበረ ተርቱልያን፡ ኣድቨርሰስ ጁዳዮስ (ኣንጻር ኣይሁድ) ዝብል ድርሳን ጽሒፉ፣ እዚ ድማ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ተበጊሱ ብግቡእ ዝተሃንጸ ምጉት ብምቕራብ፡ ኣይሁድ ከም ዝተነጽጉን ብቤተክርስትያን ድማ ከም ዝተተክኡን ጽሒፉ። ካብቶም ሓፈሻዊ

ኣበሃህላታቱ፡ ሕጂ ቤተክርስትያን ወራሲት ናይቲ ኣብ ናይ ኣብርሃም፡ ዳዊትን ሓድሽ ኪዳንን ንህዝቢ ኣይሁድ ዝተዋህበ መብጽዓታት ምዃና ብሰፊሑ ተማጕቱ። ተርቱልያን ንዳንኤል 9 ከም መሰረቱ ብምጥቃም፡ ዕንወት ቤተ መቕደስን የሩሳሌምን ኣብ 70 ድ.ል.ክ፡ ማሕተም ትንቢታት ምንጻግ ኣይሁድ'ዩ ኢሉ። ሎሚ ዘሎ መሰረታዊ እምነት ሱፐርሰሽንስታውያን'ውን ነዚ ይመስል። ፍጻመ 70 ድ.ል.ክ በቲ ኣብ ሕጊ ሙሴ ዘሎ መርገም መሰረት *ግዝያዊ ምስጓግ ኣይሁድን ንሓጺር ግዜ መቕጻዕቲ* ጕይታ ኣብ ልዕሊ ህዝቡን ገይሮም ኣይርእይዎን፣ ኣብ ክንዳኡስ ኣይሁድ ንሓዋሩ ካብ ገጽ ኣምላኽ ከም ዝተባረሩን ንመጻኢ ድማ ነቲ ተስፋ ኪዳን ከም ዘይረኽቡዎ ከም ዝኾኑን ይገልጹ።

<u>*መንግስተ ሰማይ ንኣና'ያ፣ ንኣኻትኩም ኣይኮነትን*</u>

320 **ድ.ል.ክ** - ኣቡን ካርቴጅ ሰጵርያን፡ ኣንጻር ኣይሁድ ዝቐንዐ ሰለስተ መጻሕፍቲ ምስክርነት ጽሒፉ። ኣብዘን መጻሕፍቲ እዚኣተን ኩሉ እቲ ሕጂ ኣብ ቤተክርስትያን ብሰፊሑ ተቐባልነት ዝረኸበ ስነ-ሞጎት ተደጊሙ ኣሎ። ብፍላይ ሰጵርያን ኣይሁድ ዘይኮኑስ ኣህዛብ "*መንግስቲ ሰማያት*" ከም ዝወርሱ ይገልጽ፣

> ኣይሁድ ንእግዚኣብሄር ሓዲጉም፡ ንጣእታት ስለዝሰዓቡ፡ ኣብ ትሕቲ ብርቱዕ ቍጥዓ ኣምላኽ ወዲቖም ኣለዉ። . . . ከምቲ ኣቐዲሙ ብትንቢት እተነግረ፡ ንሳቶም ንጕይታ ኣይፈለጥዎን፡ መገድታቱ ኣይፈለጡን ኣይተቐበሉዎን ከኣ . . . ኣይሁድ ነቲ ቅዱስ ጽሑፍ ኣይተረድእዎን፡ ግና ክርስቶስ ምስ ተመልሰ ድሕሪኡ ኣብቲ መወዳእታ ግዜ ክርድእዎ'ዮም። ኣይሁድ ንየሩሳሌም ክስእንዋ፡ ካብታ ዝተቐበሉዋ ምድሪ ድማ ክስጐጉ'ዮም። ከምኡ'ውን ብርሃን ጕይታ ክጠፍኦም'ዩ። ክልተ ህዝብታት ብትንቢት ተነጊሮም ኣለዉ። እቲ ዓብዩን እቲ ንእሽቶይን። ማለት እቲ ዓብዩ ህዝቢ ኣይሁድ'ዩ፡ እቲ ንእሽቶይ ድማ ንሕና ኢና። ኣይሁድ ዘይኮኑስ ኣህዛብ መንግስተ ሰማይ ክረኽቡዋ'ዮም።[16]

341 **ድ.ል.ክ** - ጉባኤ ኣንጾክያ፡ ክርስትያን ምስ ኣይሁድ ብሓደ ፋሲካ ከየብዕሉ ከልኪሉ። [17]

350 **ድ.ል.ክ** - ክርስትያናዊ ሃጸይ ቈስጣንጢኖስ፡ ኣይሁዳውያን ሰብኡት ክርስትያን ሰበይቲ ከየእትዉ ከልኪሉ። ከምኡ ዝበለ ሓዳር እንተሎ'ውን ክፈርስ ኣዚዙ። ኣይሁዳዊት ሰበይቲ ከእቱ ንዝተረኸበ ክርስትያን ሰብኣይ ድማ ናይ ሞት ብይን የሕሊፉ። [18]

343 – 381 **ድ.ል.ክ** - ሲኖዶስ ሎዲቂያ፡ ንቀኖና 38 ኣጽዲቖዎ። ከምዚ ይብል፡ "ክርስትያን ካብ ኣይሁድ ዘይበኹዐ እንጌራ ክቕበሉ ኣይፍቀድን። ከምኣቶም ደፋራት ክኾኑ ድማ ኣይግባእን፡"[19]

## ዓብዪ ኩምራ ጕሓፍ ኣመንዝራታት

380 **ድ.ል.ክ** - ሓደ ካብቲ ኣዝዩ ጽዩፍን መርዛምን ክርክር ኣንጻር ኣይሁድ፡ ዮሃንስ ክሪሶስቶም ዝጸሓፎ "ስብከት ኣንጻር ኣይሁድ" ዘርእስቱ ተኸታታሊ ዲስኩራት'ዩ። ክሪሶስቶም ካብቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ መራሕቲ ንላዕሊ ሱፐርሰሽንስታዊ ኣረኣእያ ነይርዎ። ክሪሶስቶም፡ ኣምላኽ ንኣይሁድ ኣዝዩ ስለዝጸልኦም፡ ክርስትያን ከምኡ "ክጸልእዎምን ደሞም ክናፍቑን"[20] ይግባእ ይብል። ዋላ'ኳ ብዛዕባ ናይ ክሪሶስቶም ኣበሃህላ ብዙሕ ተጻሒፉ ይኹን፡ ኣብዚ ግን ቅምሶ ካብቲ ንሱ ዝበሎ እንሆ፡

> ኣይሁድ እኽብኻብ ኣንስትን ዓብዪ ኩምራ ጓሓፍ ኣመንዝራታት እዮም።[21]
>
> ንሳቶም ንኽብዶም ጥራይ ኢሎም እዮም ዝነብሩ። ንነገራት ናይዛ ዓለም ኣፎም ኣግፊሖም ይኸፍቱ። ብሰንኪ ሓምባጢ ኣካይድኦምን ገዚፍ ኣኽብዶምን ካብ ኣጣልን ሓሳሙን ኣይሕሹን። ሓደ ነገር ጥራይ እዮም ዝፈልጡ። ኣኽብዶም መሊኦም ምስካር።[22]
>
> እዚ ሕማም እንታይ እዩ፧ በዓላት ናይዞም ነዳያትን ዘደንግጹን ኣይሁድ ኣብ ቀረባ እዋን በብሓደ ተኸታቲሎም ክመጹና'ዮም፡ በዓል መለኸት፡ በዓለ ድንኳን ድሕሪኡ ድማ ኣጽዋማቶም። ገለ ካባታትና ዘይ ከማታትና እዮም ኢሎም ዝዛረቡ ኣለዉ። ምስናይዚ ኣብ በዓላቶም ይስዕብዎም፡ ምስኣቶም ኮይኖም ድማ በዓላትን ኣጽዋማትን ይሕልዉ። ነዚ ቁናን ልምዲ'ዚ ሕጂ ካብ ቤተክርስትያን ጸሪገ ከውጽኦ ምደለኹ።[23]
>
> ንኣይሁድ ዘደንግጹ ምባለይ ግና ኣይትገረሙ። ብሓቂ'ውን ዘደንግጹን ሕሱራትን'ዮም። . . ሸሕ'ኳ ንመሰል ውልድነት ተጸዊዖም እንተ ነበሩ ሕጂ ግና መቕርብ ኣኽላባት ኮይኖም እኔዉ።[24]
>
> ኣይሁድ ካብ ሸፋቱ ዝገደዱ ኣረሜናት'ዮም። ነቶም ኣብ ኢዶም ዝወደቑ ከኣ ዓብዪ ጉድኣት የብጽሑሎም። ከምቲ ኣብ መገዲ ያሪኮ ዝነበሩ ከተርቲ ዝገበርዎ፡ ክዳውንቲ ግዳይኦም ገፊፎም ወይ ወቒዖም ጥራይ ኣይገድፉን። እንታይ ደኣ፡ ኣይሁድ ንነፍሲ ግዳይኦም ብሞት ይጎድእዋ፣ ዓሰርተ ሽሕ ቁስሊ ኣውሪዶም፣ ኣብ ጉድጓድ ረሲእነት ደርብዮማ ይኸዱ።[25]

ኣብ መወዳእታ እዚ ብልምዳውያን ኣብያተ ክርስቲያናት "ቅዱስ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ሰብ ቃልብቓሉ ንህዝቢ ኣይሁድ ከም ዘሰይጠኖም ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ፣

> ቤት ጸሎቶም፡ ቦርዴሎን ትያትሮን ጥራይ'ዩ። በዓቲ ጓሓሉን መሕደር ኣራዊት በረኻን ድማ። ኣምላኽ ንሓደ ህዝቢ ካብ ጠንጠኖ ደጊም እንታይ

ተሰፋ ኣለዎ፤ ኣምላኽ ንሓደ ስፍራ እንተ ሓደገ፡ ማሕደር ኣጋንንቲ እዩ ዝኸውን።[26]

ብርግጽ ካብ ቤት ጸሎቶም መዕረፍ ኣጋይሽ ይኸብር። ቤት ጸሎቶም መሕደር ጓሓሉን ከታሮን ኣጋንንትን ጥራይ እዩ። እዚ ኣብ ቤት ጸሎቶም ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ነፍሳቶም እውን ሓቂ ምኳኑ ኣብ መወዳእታ ስብከተይ ከረጋግጾ ክፍትን እየ።[27]

ሓደ ሰብ ንሓደ ምሉእ ዓሌት ሰብኣውነት ኣልቦ ብምግባር፡ ንኹሎም ምስ ኣጋንንትን ኣራዊትን ምስ ዘመሳሰሎም እንታይ ከም ዘጋጥም ብዙሕ ምዝራብ ኣየድልዮን እዩ። ዮሃንስ ክሪሶስቶም ንኣይሁድ ኣመንዝራታት፡ ኣጣል፡ ሓሰማታት፡ ኣጋንንቲ፡ ኣኽላባትን ክብሎም ከሎ፡ ሂትለር ግን ባልዕ ኢሉ ይጽውዖም ነይሩ። እዚ ሰብ ብክርስትያናዊት ማሕበር "ቅዱስ" ተባሂሉ ዘውዲ ክደፍእ ከሎ፡ ስም ናይቲ ካልእ ድማ ንዘልኣለም ኣብ ጸለመ ክነብር እዩ። ደራሲ ስቲቨን ካትዝ ነቲ ዮሃንስ ክሪሶስቶም ኣንጻር ኣይሁድ ዝጸሓፎ ዲስኩር፡ "ኣብ ታሪኽ ክርስትያናዊ ጸረ-ኣይሁድነት ወሳኒ ምዕራፍ፣ ናይ መወዳእታ ሳዕቤኑ ኣብ ፖለቲካዊ ድንጋገ ጸረ-ሴማውነት ናይ ኣዶልፍ ሂትለር ፍሪኡ ዝተገልጸ"[28] ክብል ይጠቕሶ።

## ክርስትያናዊ መንግስቲ ራዕዲ

379 – 395 **ድ.ል.ክ** - ኣብ ታሪኽ ክርስትያናዊ ጽልኣት ኣይሁድ፡ እዚ ግዝያት እዚ ነጥበ-መቐይሮ'ዩ ነይሩ። ሃጸይ ቴዎዶስዮስ ንክርስትና ወግዓዊ መንግስታዊ ሃይማኖት ሃጸያዊ ግዝኣት ሮማ ገበሮ። ኣብ መንጎ ቤተክርስትያንን መንግስትን ምሉእ መርዓ ስለ ዝነበረ፡ ሕጂ ምሉእ ስልጣን መንግስቲ ናይቶም ሱፐርስቲሽንስታውያን ነበረ።

388 **ድ.ል.ክ** - ኣብዚ ዓመት እዚ ክርስትያን ኣብ ሰሜናዊ ማእከላይ ሶርያ - ኣብ ጥቓ እዛ ናይ ሎሚ ከተማ ኣር-ራቃ - ኣብ ሩባ ኤፍራጥስ እትርከብ ከተማ ካሊንከም ዝርከብ ምኩራብ ኣቃጺሎም። እቲ ናይቲ ከባቢ ኣቡን ነቲ ምንዳድ ኣተባቢዕዎ። እቲ ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ሲቪካዊ ገዛኢ ንሃጸይ ቴዎዶስዮስ ቀዳማይ፡ እቲ ነዚ ዝደገፈ ኣቡን ካሕሳ ክኸፍልን ነቲ ምኩራብ ዳግማይ ክሃንጾን ክእዝዝ እትሓትት ደብዳበ ምስ ሰደደ። ሊቀ-ጳጳሳት ቅዱስ ኣምብሮስ ብዓል ሚላን ጣልቃ ብምእታው እቲ ካሕሳ ናይ ምኽፋል ትእዛዝ ክስረዝ ኣለዎ ብምባል ናይ ገዛእ ርእሱ ደብዳቤ ናብ ሃጸይ ሰደደ። እቲ ኣቡን፡ ንሃጸይ ተኣዚዙ ንኣይሁድ ዝደልይዎ ፍትሒ እንተሂቡዎም ከሓዲ ክኸውን እዩ ኢሉ ኣምብሮስ ተማጕተ። ብዘይካዚ፡ እቲ ምኩራብ ዳግማይ እንተ ተሃኒጹ፡ ኣይሁድ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብቲ ኸባቢ ዝነበሩ ክርስትያን ተዓዊቶም ማለት ምኳኑ ኢሉ ተማጕተ፣ እዚ ኸኣ ፈጺሙ ተቐባልነት የብሉን። ደብዳቤ ኣምብሮስ ከምዚ ዝስዕብ ይንበብ፣

ኣምብሮስ ጳጳስ ንልዑል ቀሌምንጦስ ልኡልን ብጹእ ሃጸይ ቴዎዶስዮስ ኣውጉስጦስን። ሓደ ምኩራብ ከም ዝተቓጸለን እዚ ድማ ብስልጣን

ናይቲ ከባቢ ጳጳስ ከም ዝተገብረን ብወተሃደራዊ ኮንተ ምብራቕ ጸብጻብ ቀሪቡልኩም። እቶም ገበነኛታት ክቕጽዑን እቲ ምኩራብ በቲ ጳጳስ ዳግማይ ክህነጽ ትእዛዝ ሂብኩም። . . . ኦ ሃጸይ ንፍርድኻ ብምእዛዙ ካብ እመነቱ ከይወድቕዶ ኣይትፈርህን ኢኻ፧ . . . እምበኣርከ ኣየናይ እዩ ዝያዳ ዝዓበየ፡ ሕጊ ምድሪ ወይስ እምነት ሃይማኖት፧ ሕጊ ምድሪ ኣብ ቅድሚ ሃይማኖት ክምብርከኽ ኣድላዪ እዩ። እምበኣር ዕግርግር ንምፍጣር እኹል ምኽንያት የለን። እቲ ህዝቢ ንሓደ ህንጻ ብምንዳዱ ክሳብ ክንድዚ ከቢድ መቕጻዕቲ ክወሃቦ የብሉን። ብዘይብእኡ ምኩራብ ምንዳድ ማለት፡ ቤት ከሓድያንን ተጻረፍትን፡ ኣምላኽ ባዕሉ ዝፈረዶ መኽዘን ዕሽነትን ምንዳድ ስለ ዝኾነ ናብ መቕጻዕቲ ምብጻሕ ግቡእ ኣይኮነን። . . . እዚ ኣብ ልዕሊ ቤተክርስትያን ኣምላኽ ዝረኸብካየ ዓወት፡ ኣረ እዚ ዓወት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ክርስቶስ ንኣይሁድ ኣሕሊፍካ ክትህቦምዶ ኢኻ፧ እዚ ፍስሃ እዚ ኦ ሃጸይ ነቶም ዘይኣመንቲ ክትህቦም፧ እቲ ሓጉስ ናብ ምኩራብ፡ እቲ ሓዘን ናብ ቤተክርስትያን፧

ኣምብሮስ ንኣዋጁ፡ “ኣብ ክንዲ ኣይሁድ ዝኾነ ምህለላ ከይግበር ኣምላኽ ከልኪሉ’ዩ፡”[29] ብምባል ይዛዝሞ።

ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ፡ ቤተክርስትያን ሓይሊ ስልጣን መንግስቲ ምስ ረኸበት፡ ብኡንብኡ ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ዝፍጸም ቅሉዕ ግህሰት ልሙድ ነገር ኮይኑ። እቲ ኣብ መጀመርታ ስነ-መለኮታዊ ክልሰ ሓሳብ ዝነበረ ጽልኣትን ግፍዕን ዘለፋን ሕጂ ግን ጎነጽ ዝመልአ ግብራዊ ኮይኑ። ካብዚ ኣብ ዝቐጸለ ሓደ ሽሕ ዓመት፡ ክርስትና ቀንዲ ቀስቃሲ ብመንግስቲ ደረጃ ኣንጻር ኣይሁድ ዝግበር ራዕድን ምስጓግን ኮይኑ።

410 **ድ.ል.ክ** - ቴውዶስዮስ ዳግማዊ፡ ኣይሁድ ዝኾነ ይኹን ናይ ክብሪ መዚ ወይ ስልጣን ኣብ መንግስቲ ሮማ ከይሕዙ ዝኽልክል ሳልሳይ ሕጊ የሕሊፉ። ኣይሁድ ኣብቲ ታሕተዋይ ህዝባዊ ጽፍሕታት ጥራይ ከገልግሉ ይኽእሉ። እዚ ሳልሳይ ሕጊ፡ ኣይሁድ ሓደስቲ ቤት ጸሎት ከይሃንጹ’ውን ዝኽልክል እዩ ነይሩ። እዚ ቀይዲ እዚ ድሒሩ ብእስላማውያን መንግስታት ተራዒሙን ኣብ ግብሪ ውዒሉን’ዩ። እቲ ዘገርም ድማ መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ቀይዲ ኣብ ልዕሊ ቤተክርስትያን ይፍጸም ነይሩ። ሎሚ እውን ተረፍ ናይዞም ሕግታት ኣብ ከም በዓል ስዑዲ ዓረብ ዝኣመሰላ ሃገራት ይረኣ ኣሎ። እዚ ድማ ዝኾነ ቤተክርስትያን ኣብቲ ኢስላማዊ መንግስቲ ዘለዎ ከባቢ ከይህነጽ ዝኽልክል እዩ። ሓደ ክፋል ሳልሳይ ሓድሽ ሕጊ ቴዎዶስዮስ እንሆ፣

. . . ብትእዛዝ እዚ ሕጊ . . . እዚ ዝስዕብ ንኹሉ ግዜ ይጸንዕ፣ ኣይሁዳዊ ዘበለ . . . ሹመኛን በዓል ስልጣንን ኣይከውንን። ኣገልግሎት ምምሕዳር ከተማ፡ ስልጣን ሓለዋ ከተማ ንኣይሁድ ኣይፍቀድን። ብርግጽ ጸላእቲ ሰማያዊ ግርማን ናይ ሮማ ሕግታትን ፈጸምቲ ሕግታትና ክኾኑ ሓጢኣት

> እዩ ኢልና ንኣምን። እቲ ብተንኮል ዝረኸብዎ ምምሕዳርን ስልጣንን መዓርግን ተደላዲሎም ኣብ ልዕሊ ክርስትያን ከም ድላዮም ናይ ምፍራድ ወይ ናይ ምውሳን ስልጣን ክህልዎም ካብኡ ሓሊፉ ከኣ ኣብ ልዕሊ ጻጻሳት ቅድስቲ ሃይማኖትና ከይተረፈ ክፈርዱ ንእምነትና ጸርፊ'ዩ። ብተወሳኺ ዝኾነ ሓዲሽ ምኩራብ ምስራሕ ኣይፍቀድን። ይኹን እምበር ሕጂ ኣዝዮም ክዓንወ ዝቐረቡ ምኩራባት ምሕዳስ ይፍቀድ።[30]

415 **ድ.ል.ክ** - ሲሪል፡ ፓትርያርክ እስክንድርያ፡ ናብ ስልጣን ምስ መጸ ኩላቶም ኣይሁድ ካብ እስክንድርያ ክወጹ ምኽንያት ዝኾነ ተኸታታሊ ስጉምታት ወሲዱ። ኣብ እስክንድርያ ዝነበረ ኩሉ ናይ ኣይሁድ ቤት ጸሎት ከም ዝፈርስ ተገይሩ። ኩሉ ናይ ኣይሁድ ኣባይትን ዋኒን ከኣ ብሓዊ ተቓጺሉ። ጸሓፊ፡ ዘ ዲክላይን ኤንድ ፎል ኦፍ ዘ ሮማን ኢምፓየር (ምንቁልቋልን ምውዳቕን ሃጸያዊ ግዝኣት ሮማ) ኤድዋርድ ጊበን፡ ከምዚ ኢሉ ይገልጾ፣

> ዝኾነ ይኹን ሕጋዊ ብይን ወይ ንጉሳዊ ትእዛዝ ዘይነበሮ ክንሱ፡ እቲ ፓትርያርክ፡ ኣብ ወጋሕታ፡ መባዓድቲ ሰባት መሪሑ ኣባይቲ ጸሎት ኣይሁድ ከጥቅዕ ጀመረ። ኣይሁድ ዘይዓጠቑን ዘይተዳለዉን ብምንባሮም ክቃወሙ ዓቕሚ ኣይነበሮምን። ኣባይቲ ጸሎት ምስ መሬት ተሓዋወሰ። እቲ ኤጲስቆጶሳዊ ተዋጋኢ ድማ ንሰራዊቱ ከም ሞሳ ነቲ ዝተራሰየ ንብረት ሃቦም። ተረፍ ኣይሁድ ካብታ ከተማ ተሰጒጉ . . . ኣብዚ ለኻኻሚ ቁጥዐ እዚ ንጹሃት ምስ ገበነኛታት ግዳይ ኮኑ። ከምኡውን እስክንድርያ ብሰንኪ ምጥፋእ እዚ ሃብታምን ጻዕራምን ህዝቢ ድኻ ኮነት።[31]

415 **ድ.ል.ክ** - ኣውጉስጢኖስ በዓል ሂፖ ምናልባት እቲ ዝዓበየ ምሁር ስነ-መለኮት ኣብ ታሪኽ ክርስትና ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኣብዚ እዋን፡ ኣውጉስጢኖስ ምቁንጻብ እተሓወሶ ንጹር ሱፐርሰሽንስታዊ ምጉት ይጽሕፍ፡ "ህዝበ ክርስትያን እዩ እስራኤል . . . እቶም ስለዝግብኦም እተኾነኑ ደቂ ጥልመት ኣይሁድ ግና ብትምኒት ስጋኦም ንመሰል ውልድነቶም ስለዝሸጡ ደጊም ደቂ ኤሳው እምበር ደቂ ያእቆብ ኣይኮኑን። እቲ፡ 'እቲ ዓብዩ ነቲ ንእሽቶ ኪግዝኦ'ዩ፡' ዝብል ስውር ንግግር እንታይ ምዃኑ ንስኻትኩም ትፈልጡ ኢኹም፣"[32] ይብል።

ኣውጉስጢኖስ፡ ንኣይሁድ "እተኾነኑ" ክብሎም ከሎ፡ ብዛዕባ ዶክትሪን ናይ ዘይቅድመ ኩነታዊ ሕርየት ይዛረብ ከም ዝነበረ ምፍላጥ የድሊ። ማለት ገለ ሰባት ንድሕነት ተሓርዮም፡ ገለ ሰባት ከኣ ንኹነኔ ማለት'ዩ። ኣብዚ እቲ ርኡይ ጸገም ግን ኣውጉስጢኖስ ሕርየትን ዘይሕርየትን ንውልቀሰባት ድማ ዘይኩነስ ንምሉእ ዓሌት ከም ዝውክል ገይሩ ከቕርቦ ምፍታኑ'ዩ። እቲ ዝገደደ ድማ "እተኾነኑ" ዝብል ቃል ብፍሉይ ኣብ ኣይሁድ ተግባራዊት ገይርዋ፡ ብዛዕብኦም ጳውሎስ ገለ ብዘይምእማኖም'ኳ እንተ ተቖረጹ፡ ጽውዓ

ምድሓን ሕብረት እስራኤል ግን ንዘልኣለም ከም ዝነብር ብንጹር ገሊጽዎ ኣሎ (ሮሜ9-11 ርአ)።

ነዚ ቴማ'ዚ ብምቕጻል፡ ኣብቲ ብዛዕባ መዝሙር ዳዊት ዝጸሓፎ ሓተታ፡ ኣውጉስጢኖስ፡ ንኣይሁድ ምስ ኣስቆሮታዊ ይሁዳ እናመሳሰለ ብቕትለት የሱስ ንዘልኣለም ገበነኛታት እዮም ይብል፣

> ይሁዳ ነቶም ጸላእቲ ክርስቶስ ኣይሁድ ይውክል። ከምቲ ሽዑ ዝጸልእዎ፡ ሕጂ'ውን ይጸልእዎ ኣለዉ። እዞም ዓሌት ከይሲነት፡ ጽልኣቶም ኣየቋረጹን። ብዛዕባ እዞም ሰባት እዚኦምን ብዛዕባ እዚ ህዝቢ'ዝን፡ ኣብ መጻሕፍቲ መዝሙር ዳዊት ብግልጺ ዘንበብናዮ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ካብ ይሁዳ ባዕሉ'ውን እንታይነቶም ክንርድኦ ንኽእል ኢና።
>
> መዝሙር [109]፡ "ንመርገም ፈተዋ፡ ንሳ ኸኣ መጸቶ፣" (ቁ.17) ኢሉ ይቕጽል። ዋላ'ኳ ይሁዳ መርገም ይፈቱ እንተነበረ፣ እዞም ሰባት፡ "ደሙ ኣብ ልዕሌናን ኣብ ደቅናን ይኹን" ብምባሎም ብግልጺ ልዕሊኡ መርገም ይፈትዉ ነበሩ። "ንበረኸት ኣይበህጋን፣ ንሳውን ረሓቐቶ፡" ዝበለ፡ ይሁዳ ነቲ ዘለኣለማዊ በረኸት ዘለዎ ክርስቶስ ስለ ዘየፍቀሮ ብሓቂ ከምዚ እዩ ነይሩ። ህዝቢ ኣይሁድ ግን ገና ክሳብ ሕጂ በረኸት ይሕሰም ኣሎ።[33]

ኣውጉስጢኖስ፡ እታ መዓልቲ ፍርዲ ብፍሉይ ህዝቢ ኣይሁድ መቕጻዕቲ ናይ ዘልኣለም ኩነኔ ዝቕበሉላ ክትከውን እያ ይብል። "ወዲ ሰብ ብኽብሪ ምስ ቅዱሳን መላእኽቱ ምስ መጸ፡ ኩላቶም ህዝብታት ናብኡ ኪእከቡ እዮም። ፍርዶም ድማ ክቕበሉ እዮም። ኣይሁድ ድማ ኣብ ክፍኣቶም ስለዝጸንዑ ኣብቲ ፍርዲ ክቕጽዑ እዮም። ከምቲ ኣብ ካልእ ቦታ ዝተጻሕፈ፡ 'ነቲ ዘወግእዎ ክጥምትዎ እዮም።'"[34]

ሕጂ'ውን እቲ ጸገም ኣውጉስጢኖስ፡ ብመሰረቱ ንቓላት ነቢዩ ዘካርያስ ጠውዩ፡ ብልክዕ ኣንጻር እቲ ነብዩ ብሓቂ ዝበሎ ዝነበረ ንምምጓት ይጥቀመሉ ኣሎ። ኣውጉስጢኖስ ንገለ ክፋል ዘካርያስ 12፡10 ጥራይ ጠቒሱ፡ ገምጢሉ ይምጉት። እታ ምልእቲ ጥቕሲ፡ ህዝቢ ኣይሁድ ነቲ ዘወግእ ክጥምት ከሎ፡ ብንስሓ "መንፈስ ጸጋ" ከም ዝቕበል ትገልጽ። ብተወሳኺ ኣውጉስጢኖስ'ውን ነቲ ጳውሎስ፡ ክርስቶስ ምስ ተመልሰ "ብዘሎ እስራኤል ክድሕን'ዩ" (ሮሜ 11፡26) ዝብል ሓሳብ ይጉስዮ። ኣውጉስጢኖስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣይሁድ ዝነበሮ ሱፐርሰሽንስታዊ ኣጠማምታን ጽልእን ነዞም ጽሑፋት ብሓላፍነትን ብቕንዕናን ከይትንትኖም ከም ዘየሮ ንጹር እዩ። ሎሚ'ውን ብዙሓት ብሉጻት መምህራን ስነ-መለኮት ኣብ ትሕቲ ተመሳሳሊ ስራይ ሱፐርሰሽንዝም ስለዘለዉ፣ ንብዙሕ ወሳኒ ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ ብግቡእ ናይ ምትርጓም ዓቕሞም ለሚሱ።

## ምኩራባቶም "መዕቆቢ ዲያብሎስን ጽኑዕ ዕርዲ ሰይጣንን" እዩ

418 **ድ.ል.ክ** - ኣቦ ቤተክርስትያን ላቲን ተባሂሉ ዝፍለጥ ጀሮም፡ ብዛዕባ ቤት ጸሎት ኣይሁድ ክዛረብ ከሎ፡ ብኣዝዩ ዝመረረ መግለጺ "ቦርዴሎ፡ በዓቲ እከይ፡ መዕቆብ ድያብሎስ፡ ዕርዲ ሰይጣን፡ ነፍሲ እትጽየቐሉ ስፍራ፡ መዓሙቕ ክፍኣት እንተበልካዮ እዚ ይንእሶ እምበር ኣይዓብዮን፡"[35] ብምባል ይገልጾ። ኣብ ካልእ ስፍራ ንኣይሁድ ዘለዎ ውሽጣዊ ጽልኣት ክገልጾ ከሎ ጀሮም ይብል፡ "ንዘኾነ ሰብ ወይ ዓሌት ምጽላእን ዜድሊ እንተ ኾይኑ ነቶም ሰብ ግዝረት ዜገርም ጽልኢ ኣሎኒ። ክሳዕ ሎሚ ንጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣብ ምኩራባት ሰይጣን ኮይኖም የሳድድዎ ኣለዉ፣"[36]

በዒንቲ ቤተክርስትያን፡ ኣይሁድ ሕጂ ከም ህዝቢ ኣጸቢቖም ኣጋንንቲ ኮይኖም፡ ምኩራባቶም ድማ መአከቢ ኣዳራሻት ስራሕ ሰይጣን ኣብ ምድሪ ኮይኑ። እቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ንድሕነት ኣይሁድ ክእውጅ ከሎ ዝነበሮ ቃንዛ ዝመልአ ኣውያት ካብ ቃላት ጀሮም ክንደይ ርሑቕ እዩ። "ኣነ ብርእሰይ ምእንቲ እቶም ብስጋ ኣሕዋተይን ኣዝማደይን ውጉዝ ኰይነ ኻብ ክርስቶስ ክፍለ ምደሌኹ፡"(ሮሜ9፡3)

489 – 519 **ድ.ል.ክ** - ኣብዚ ግዝያት እዚ፡ ክርስትያን ዓጋፎ ኣብ ከተማታት ኣንጾክያን ዳፍነን ራሽናን ዝነበረ ሓያሎ ምኩራባት ኣይሁድ ኣዕነዉ።[37]

531 **ድ.ል.ክ** - ሃጸይ ዩስቲንያን፡ ሕጊ ያስቲንያት ተባሂሉ ዝፍለጥ ሕጊ ኣጽዲቑ። እዚ ሕጊ፡ ኣይሁድ ምኩራባት ከይሃንጹ፡ ህዝባዊ ምትእኽኻብ ከይገብሩ፡ ናይ እብራይስጢ መጽሓፍ ቅዱስ ከየንብቡ፡ ቅድሚ ፋሲካ ክርስትያን ናታቶም ፋሲካ ከየብዕሉ፡ ኣብ መጋባእያ ኣንጻር ክርስትያን ከይምስክሩ ይኽልክሎም። "ንሕና . . . ዝኾነ መናፍቕ፡ ዋላ እቶም ሰዓብቲ ማሪት ኣይሁድነት፡ ኣብ ነገራት ምጉት ኣንጻር ኦርቶዶክስ ክርስትያን፡ ክምስክሩ ኣይንፈቅድን፣"[38]

535 **ድ.ል.ክ** - ሲኖዶስ ክለርሞንት፡ ኣይሁድ ዝኾነ ህዝባዊ ኦፌስ ከይሕዙ ወይስ ኣብ ልዕሊ ክርስትያን ምንም ዓይነት ስልጣን ከይህልዎም ኣገደ።[39]

538 **ድ.ል.ክ** - ሳልሳይን ራብዓይን ጉባኤ ኦርሊንስ፡ ኣይሁድ ኣብ ቅንያት ፋሲካ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ክርስትያን ከይቀርቡ ይኽልክል ነይሩ። ቀኖና 30 ይብል፡ "ካብታ ቅድሚ ፋሲካ ዘላ ሓሙስ ኣትሒዙ ንኣርባዕተ መዓልቲ ኣይሁድ ናብ ጥቓ ክርስትያን ኣቢሎም ክቐርቡ ኣይፍቀድን፣"። ከምኡ'ውን ምትእትታው ኣብ መንጎ ኣይሁድን ክርስትያንን ይኹን እምነትካ ካብ ክርስትና ናብ ኣይሁድ ምቕያር ክልኩል'ዩ ይብል።[40]

## መደምደምታ

ካብ መጀመርታ ካልኣይ ክፍለ ዘመን ክሳብ ምዕጻው ራብዓይ ክፍለ ዘመን ኣመዓባብላ ሱፐርሰሽንዝምን ኣብ ቤተክርስትያንን ብኸመይ ሱር እናሰደደ ከም ዝኸደን ርኢና ኣሎና። ቀጺሉ ቤተክርስትያን መንግስታዊ ሓይሊ እናረኸበት ብዝኸደት ህዝቢ ኣይሁድ

**ብቐጻሊ ግህሰትን ጥቕዓትን ሓድሓደ ግዜ ድማ ንኹሉ ማሕበረሰብ ኣይሁድ ብጅምላ ምስጓግ ይወርዶ ነበረ። ንህዝቢ ኣይሁድ ኣብ ልዕሊ ጥሪቱ፡ መነባብሮኡ፡ ሓጉሱ፡ ሰላሙ፡ ክብረቱ፡ ከምኡ'ውን መንነቱን ናይ ምንባር መሰሉን ንምምንዛዕ ዝግበር ጻዕሪ ምስ ሱፐርሰሽንዝም ብቐጥታ ዝተተሓሓዘ እዩ።**

***ኦ ጐይታ ንሕና እዞም ክንስዕበካ እንደሊ ካብ ሓጢኣት እቶም ቅድሜና ዝነበሩ ክንመሃር ደግፈና። ብኣተሓሳስባ ይኹን ብትምህርቲ ኣንጻር ደቂ እስራኤል ብዘርኣናዮ ኣድልዎ ንንሳሕ ኣሎና። ወንጌልካ ክንእውጅ ከሎና ብሓቂ ፍቕሪ ናይ የሱስ እቲ መሲሕ ኑቶም ናይ ኪዳን ህዝብኻ ከነርኢ ደግፈና።***

# 10

# ክርስትያናዊ ጽልኢ ኣይሁድ፡ ካብ ራብዓይ ክፍለ ዘመን ክሳብ ህልቂት ናዚ

\- - - - - - ◆ - - - - - -

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ፡ ሱፐርሰሽንስታዊ ኣመለኻኽታ ኣብታ ቀዳመይቲ ቤተክርስትያን ቀስ ብቐስ ከመይ ኢሉ ከም ዝኣተወን ዝማዕበለን ድሒሩ ናብ ጽልኣት፡ ግህሰትን ቅሉዕ ምስዳድ ከም ዝበጽሐን፡ ቤተክርስትያን ደገፍ ናይ መንግስቲ ኣብ ዝረኸበትሉ ድማ እዚ ነገራት ካዕበታዊ ለውጢ ከምዝገበረ ርኢና ኣሎና። ድሕሪ እዚ እዋን፡ ኣብ ታሪኽ ክርስትና፡ ኣይሁድ ን300 ዓመታት ዝኣክል ዘይባትኽ ስደት በጺሕዎም። ድሕሪ ሓምሻይ ክፍለ ዘመን፡ ጸረ-ሴማውነት ኣብ መዋቕር ክርስትያናዊ ባህሊ ኤውሮጳ ሱር ሰዲዱ። እዚ እዋን እዚ፡ ጸጸኒሑ ዝኽሰት ስደት፡ ምጭዋይ ህጻናት ኣይሁድ፡ ግዱድ ጥምቀትን ምልዋጥን፡ ተሪር ቁጠባዊ ጸቕጢ፡ ምግባት ንብረት፡ ምስጓግ፡ ግዱድ ባርነት፡ ዋላ እውን ብተደጋጋሚ ጃምላዊ ቅትለት ማሕበረሰብ ኣይሁድ ዝፍለጥ እዩ።

ቅድሚ እዚ ክፍሊ ምጅማረይ፡ ነዚ ዝስዕብ ሰነድ ንስለ ምንባብ ኢልኩም ከይተንብቡዎ ከዘኻኽረኩም ይደሊ። ብሰንኪ ተደጋጋሚ ባህርያት ናይዞም ዝስዕቡ ሰነዳት፡ ሚዛን ናይቲ ትረኻ እናጐደለኩም ክኸይድ ከም ዝኽእል ይርድኣኒ እዩ። ሓደ ድሕሪ ሓደ፡ ጸብጻብ ድሕሪ ጸብጻብ፡ ክርስትያን ንኣይሁድ ከሳድዱ፡ ከጋፍዑ፡ ክጠልሙ፡ ባሮት ክገብሩዎም፡ ክቐትሉን ብጃምላ ክጭፍጭፉን ምንባብ ቀሊል ኣይኮነን። ነዚ ጽሑፍ እዚ ብስምዒት ጥራይ ምንባቡ ኣኻሊ ኣይኰነን። ንሓጺር እዋን ደው ኢልካ ንጕይታ ብዛዕባ እዚ ልቡ ክገልጸልካን ንህዝቡ ዘለዎ ፍቕሪ ኣብ ውሽጢ ልብኻ ክፈስስ ክትልምኖን እላቦ። ኣንባቢ ነቲ ብስም ክርስትና ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ሽሕ ዓመታት እተገብረ ዘዘግንን ተግባራት ልባዊ ንስሓ ክገብር የተባብዕ።ከምዚ ዝኣመሰለ ክፉእ መዓልታት ዳግማይ እንተ መጺኡና ቤተክርስትያን ብልክዕ ተመሳሳሊ ጌጋታት ካብ ምፍጻም ክትቁጠብ እትኽእል ብኸምዚ ዝበለ ንስሓ ጥራይ እያ።

558 **ድ.ል.ክ** - *ፈሪዮል ኣቡን ኡዘስ ናይ ፈረንሳ፡ ኩላቶም ኣይሁድ ናብቲ ናቱ ሰበኻ ኣብ ቤተክርስትያን ቅዱስ ቴዎዶሪክ ኣኪቡ ኣስተምህሮ ብዛዕባ ጥምቀት ከም ዝሰምዑ ገበረ። ድሕር'ዚ ዝኾነ ኣይሁድ እምነቱ ናብ ክርስትና ዘይለወጠ ካብቲ ወረዳ ከም ዝባረር ገይሩ።*[1]

613 **ድ.ል.ክ** - *ኣብ ሰጳኛ ከቢድ ስደት ተላዕለ። ኣይሁድ እምነቶም ናብ ክርስትና ክቕይሩ ወይ ካብታ ሃገር ለቒቖም ክወጹ ኣማራጺ ተዋሂብዎም። ብዙሓት ካብ ሽዱሽተ ንላዕሊ ዝዕድሚኦም ኣይሁዳውያን ህጻናት ካብ ወለዶም ብሓይሊ ተወሲዶም ከም ክርስትያን ኮይኖም ክዓብዩ ዳግማይ ተማሂሮም።*[2]

692 **ድ.ል.ክ** - *ኣብ* 692 *ኣብ ትሕቲ ዩስቲንያን ዳግማዊ ኣብ ቁስጥንጥንያ እተኻየደ ጉባኤ ቤተክርስትያን፡ ባይቶ ኲኒሰክስት ወይ ባይቶ ትሩሎ ተባሂሉ ዚፍለጥ፡ ንኹሉ እቲ ኣብ መንጎ ክርስትያንን ኣይሁድን ዚግበር ዝነበረ ማሕበራዊ ርክባት ክብተኽ ዝጠልብ ነበረ። "ሓደ እኳ . . . ዘይበኾዐ እንጌራ ኣይሁድ ኣይብላዕ፡ ምስኣቶም ርክብ ኣይግበር፡ ብሕማም እውን ኣይትጸውዕዎም፡ ካብኣቶም መድሃኒት ኣይትቕበሉ፡ ምስኣቶም ኣይትተሓጸቡ . . . ንኣይሁድ ከይተረፈ ከም ሓኪም ዝጽውዕ ወይ ምስኦም ዝሕጸብ ካባና ክስጉግ እዩ፡"*[3] *ብመሰረት ዘ ካቶሊክ ኢንሳይክሎፒድያ "ኣብቲ ጉባኤ ካብ ምብራቕን ምዕራብን ዝመጹ ኣማኢት ጳጳሳት ተሳቲፎም።"*[4]

694 **ድ.ል.ክ** - *መበል ዓሰርተ ሸውዓተ ጉባኤ ቶለዶ፡ ንጉስ ኤጊካ ኣብ ዘውጽኦ ሻሙናይ ቀኖና፡ "ኣይሁድ . . . ንረብሓ ላዕላይ ቤት ፍርዲ ኩሉ ንብረቶም ይተሓደጉን ንኹሉ ግዜ ድማ ባሮት ይኹኑ። እቶም ባሮት ዝኾኑ ኩሎም ደጊሞም ስርዓት ኣይሁድ ከይሰዕቡ ይጠንቀቑ። ደቃቶም ሸውዓት ዓመት ብዝመልኡ ካብኣቶም ይወሰዱ፡ ምስ ዓበዩ ኸኣ ክርስትያን ይመርዓዉ፡"*[5]

*ብርግጽ ንኣይሁድ ናብ ከምዚ ዝበለ ባርነት ዘብጽሖም፡ ኣብ ጽሑፋት ክሪሶስቶም፡ ኦሪገን፡ ጀሮምን ዝኣመሰሉ ፍሉጣት ክርስትያን መሰረት ዝገበረ ኣድልዎ'ዩ። እዚኣቶም ኩላቶም፡ ህዝቢ ኣይሁድ ንየሱስ ስለዝቐተሉዎ፡ ኩላቶም ገበነኛታት እዮም ኢሎም መጕቶም። ከም ውጽኢቱ ድማ ህዝቢ ኣይሁድ ናብ ዘየቋርጽ ናይ ባርነትን ስደትን ናብራ ተመጢዮም።*

722 **ድ.ል.ክ** - *ሊዮ ሳልሳይ፡ ንኣይሁድነት ብሕጊ ከልኪልዎ። ኣብ መላእ ኤውሮጳ ዝነበሩ ብዙሓት ኣይሁድ ኣንጻር ፍቓዶም ብሓይሊ ከም ዝጥመቑ ተገይሩ።*[6]

1078 **ድ.ል.ክ** - *ርእሲ ሊቃነ ጳጳሳት ግሪጎሪ ሻብዓይ፡ ኣይሁድ ስልጣን ከይሕዙ ወይ ኣብ ልዕሊ ክርስትያን ሓለፍቲ ኮይኖም ከይሸየሙ ከልኪሉ።*[7]

***ቀዳማይ ህልቂት***

1096 **ድ.ል.ክ** - ኣብዚ ዓመት'ዚ፡ ቀዳማይ መስቀላዊ ዘመት ተኻየዱ። እዚ ዘመት መፈለምታ ናይቶም ንልዕሊ 200 ዓመታት ዝሸዱ ተኸታተልቲ ሸሞንተ ዘመተታት'ዩ። ሽሕ'ኳ፡ ቀዳማይ ዕላማ ናይዚ ዘመተታት ነታ ቅድስቲ ምድሪ (የሩሳሌም) ካብ መግዛእቲ ሙስሊም ሓራ ንምግባር ዝብል እንተ ነበረ፡ ብብዙሕ መጠኑ ኣይሁድ'ውን ካልኣይ ዕላማ ዝገበረ ነይሩ። መስቀላውያን ዓቀይቶት ናብ የሩሳሌም ገጾም ብኤውሮጳ ኣቢሎም ክሓልፉ ከለዉ ኣብ ጀርመን፡ ፈረንሳን ዓዲ እንግሊዝን ብዙሓት ኣይሁድ ቀቲሎም እዮም። በዚ ምኽንያት ገለ ተመራመርቲ ታሪኽ ነዚ ግዝያት'ዚ "ቀዳማይ ህልቂት ኣይሁድ"[8] ኢሎም ይጽውዕዎ። ኣብ ቀዳማይ መስቀላዊ ዘመት ጥራይ፡ ኣብ ለሰ ራይን እተባህለ ከባቢ፡ ዓሰርተ ክልተ ሽሕ ኣይሁድ ተሓሪዶም።

1099 **ድ.ል.ክ** - መስቀላውያን፡ ኣብ የሩሳሌም ንዝነበሩ ኩላቶም ኣይሁድ ኣብ ሓደ ምኩራብ ኣኪቦም፡ ነቲ ቤት ሓዊ ረኩዑሉ። እቶም ክሃድሙ ዝፈተኑ ድማ ተደፊኦም ናብቲ ሽባዕባዕ ዝብል ዝነበረ ቤት ተደርበዩ።[9]

**<u>ኣረመኔ፣ ኣራዊት መሮር</u>**

1120 **ድ.ል.ክ** - ጴጥሮስ እቲ ኣርካን፡ ሓደ ካብቶም ዝነኛታት ኣበገዳም ኣብ ፈረንሳ፡ ኣንጻር'ቲ ዘይባትኽ ምኽናብ ኣይሁድ ኣብ ዝብል ድርሳኑ፡ ሓደ ካብቲ ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን ዝኸፈአ ዝዓይነቱ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ይጽሕፍ። እቲ ነዊሕ ሱፐርሰሸንስታዊ ቃላዊ-መጥቃዕቲ ከምዚ ኢሉ ይጅምር፡ "ኣየ ኣይሁድ፡ ክሳብ ሎሚ ንወዲ ኣምላኽ ትኽሕዱዎ ኣሎኹም። ኣቱም ቁርሱሳት፡ ክሳብ መኣስ ኢኹም ነታ ሓቂ ዘይትኣምኑዋ፧"[10]

ቀጺሉ ጴጥሮስ፡ ኣይሁድ፡ ኣብዛ ዓለም ከም ኪነሚንን መንፈሳዊ ጓሓፍን ክኾኑ እተፈጥሩ ኣረመኔ ኣራዊት እዮም ይብል። ". . . ኮይኑ ግዳ፡ እንተ ደኣ ሰባት ኮይኖም፡ ኣነ'ኳ ሓሳዊ ኮይነ ከይርከብ ሰባት'ዮም ንምባል ኣይደፍርን። እቲ ንሰባት ካብ ኣራዊት ዝፈልዮም ርትዓውነት ከምዘይብሎም ይፈልጥ'የ። . . . እምበኣር እዞም ጭራቕ ኣራዊት ካብ መደበቕያኦም ወጺኦም መስሓቕ ዓለምን መስሓቕ ኩላቶም ህዝብታትን ይኹኑ። . . .ኦ ኣይሁድ፣ ኣቱም ኣረመኔ ኣራዊት . . ."[11] ይብል።

1121 **ድ.ል.ክ** - ኣይሁድ ካብ ኣውራጃ ፍላንደርስ (ኣብ ናይ ሎሚ በልጁም ዝርከብ) ተሰጒጎም። ክሳብ ንየሱስ ክርስቶስ ብምቕታሎም ዘይተነስሑ ድማ ከም ዘይምለሱ ተነግሮም።[12]

1146 **ድ.ል.ክ** - ካልኣይ መስቀላዊ ዘመት ተጀሚሩ። ራዱልፍ እተባህለ ኣብ ጀርመን ዝነብር ግኑን ፈረንሳዊ መነኮስ ኣብ ስብከቱ ብተደጋጋሚ ንኣይሁድ ይኹኑኖም ነበረ። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ ራይንላንድ፡ ኮሎኝ፡ መይንዝ፡ ዎርምስ፡ ስፐየር እተባህለ ቦታታት ሓያለይ ጃምላዊ ጭፍጨፋ ኣይሁድ ተኻየዱ። ራዱልፍ፡ ኣይሁድ ክጭፍጨፉ ብቕሉዕ ይጽውዕ ነበረ። ራዱልፍ ይብል፡ "ኣይሁድ ጸላእቲ ሃይማኖት ክርስትና እዮም እሞ

ክሕረዱ ይግብኦም"[13]። ራዱልፍ ኣብ ስብከታቱ ዘዘውትሮ ዝነበረ፡ "መስቀላዊ ዘመተ ካብ ቤትና ይጀምር" ዝብል ሓሳቡ ካብ ጀርመን ናብ ፈረንሳ በጽሐ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ካረንታን፡ ራመሩ፡ ሱሊን ቦሂሚያን ኣይሁድ ብጅምላ ተሓርዱ።[14]

1180 – 1181 **ድ.ል.ክ** - ንጉስ ፈረንሳ ፊሊጶስ ኣውጉስጦስ ናይ ኣይሁድ ዘበለ ኩሉ ጥሪት ገቢቱ ካብታ ዓዲ ኣባረሮም። ኩሉ ኣባይቶም ናይቲ ንጉስ ገንዘቡ ሓላሉ ኮነ።[15] ሪጎርድ እተባህለ መነኮስ፡ ብዛዕባ'ዚ ኣጋጣሚ ከምዚ ኢሉ ይጽሕፍ፣

> ኣይሁድ፡ ዓመት መጸ ኣብ ፋሲካና ወይ ኣብታ ቅድስቲ ሰሙን ሕማማት ጐይታና፡ ብሕቡእ ኣብ ጉሕጓሕ ተኣኪቦም ክርስትያን ሒዞም ከም ዝሰውኡን እዚ ድማ ንሃይማኖት ክርስትና ከላግጹ ከም ዝገብሩዎን ንጉስ ፊሊጶስ ሰምዐ። ንነዊሕ ግዜ በዚ ክፉእ ዲያብሎሳዊ ስራሕ ጸንዑ። ብዘመን ኣቦ ፊሊጶስ ብዙሓት ከምዚ ክገብሩ እተታሕዙ ብሓዊ ተቓጺሎም ነበሩ። . . . ኣብታ ንግስነት ኣብ ሬይሚስ እተቐበለላ ዓመት፡ ብቕዱስ ኣመሓድራ መንግስቲ ፈረንሳ፡ ኣብ 16 የካቲት [1180] ሰንበት መዓልቲ፡ ብትእዛዝ ንጉስ፡ ኣብ ብዘላ ፈረንሳ ዝነበሩ ኣይሁድ ከካብ ቤት ጸሎቶም ተታሕዙ። ወርቀምን ብሩሮምን ክዳውንቶምን ተራሰየ . . . እዚ ንግርቲ ምብራሮም ነበረ። ኣይጸንሐን ከም ፍቓድ ኣምላኽ ድማ ተባረሩ።[16]

1182 **ድ.ል.ክ** - ንጉስ ፊሊጶስ እዚ ዝስዕብ ወግዓዊ ትእዛዝ ምብራር ኣውጽአ፣ "ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ከም ኣባይቲ፡ ግራውቲ፡ ኣጸዳት ወይኒ፡ ሪቓውቲ፡ መጽመቚ ወይኒ ይወረስ . . . ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኩላቶም ካብ ፈረንሳ ይባረሩ። ኣባይቲ ጸሎቶም ድማ ቤት ክርስትያን ይኹን፣"[17]

1189 **ድ.ል.ክ** - ኣብ ዕለተ-ዘውዲ ንጉስ ሪቻርድ እቲ ተባዕ (Richard the Lionheart)፡ ዋላ'ኳ ኣይሁድ ናብቲ ጽምብል ከይመጹ ተኸልኪሎም እንተ ነበሩ፡ ገለ መራሕቲ ኣይሁድ ግና ነቲ ሓዲሽ ንጉስ ህያብ ኬቕርቡሉ መጹ። ዓጀብቲ ሪቻርድ፡ ክዳውንቶም ገፊፎም ገረፍዎም። በዚ ምኽንያት ሪቻርድ ኩላቶም ኣይሁድ ይቀተሉ ዝብል ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ ዝብል ወረ ተነዝሐ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ኩላ ላንደን ኣይሁድ ተጨፍጨፉ። ካልኦት ብዙሓት ብማህረምቲ ሞቱ፡ ተዘምቱን ብህይወቶም ብሓዊ ተቓጸሉን። ናይ ብዙሓት ኣይሁድ ኣባይቲ ብሓዊ ተቓጸለ። ዝተረፉ ድማ ብሓይሊ ተጠምቁ።

## ብኣምላኽ እተነጽጉ ባራዩ

1205 **ድ.ል.ክ** - ርእሲ ሊቃነ ጳጳሳት ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኢኖሰንት ሳልሳይ ናብ ክልተ ጳጳሳት "ብሰንኪ በደሎም" ዝብል መግለጺ ጸሓፈ። ኣብታ ደብዳበ "ኣይሁድ ንጐይታ ስለዝሰቐልዎ ብኣምላኽ ንዘልኣለማዊ ባርነት ተወፍዮም'ዮም። . . . እዞም

ብኣምላኽ እተነጸገ ባራዩ፡ ኣብ ሞቱ ብኽፍኣት ውዲት ኣሊሞም እዮም እሞ፡ በዚ ግብሮም'ዚ ባሮት ናይቶም ክርስቶስ ብሞቱ ሓራ ዝገበሮም ምኳኖም ንርእሶም ይፍለጡ፣"[19] ይብል።

ከምዚ ዝኣመሰለ መግለጺ ኣብ መላእ ኤውሮጳ እንታይ ዓይነት ጽልዋ ክህልዎ ከም ዝኽእል ሓንሳብ ሕሰቡሉ። ጳጳስ ካቶሊክ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝለዓለ መንፈሳዊ ስልጣን ኣብ መላእ ክርስትና ዝነበሮ ሰብ፡ ከመዮ ቀሞስ ክርስቶስ ዝበሃል ሰብ፡ ኩላቶም ኣይሁድ ብሰንኪ ክዕረ ዘይክእል በደል ንዘልኣለም ባሮት ክርስትያን ይኹኑ ኢሉ ኣዊጁ። ኣብዚ እዋን ናይ ጳውሎስ መጠንቀቕታ ጠቕሊሉ ተረሲዑ ጥራይ ዘይኮነስ ተጓሒፉን ተረጊጹን እዩ። ክርስትና ማለት መለሳ ጽልኣትን ሕሰረትን መግዛእትን ኣይሁድ ኮይኑ። *ቤተክርስትያን ክሳብ ክንድዚ ወደቐት።*

## *መለለዪ ምልክት*

እቲ ብግዜ ናዚ ኣይሁዳውያን ክወድይዎ ዝግደዱ ዝነበሩ መለለዪ ምልክት፡ ኣቐዲሙ ኣብ ኤውሮጳ ዝነበሩ ኣይሁድ ብተመሳሳሊ መለለዪ ምልክት ክገብሩ ይግደዱ ከም ዝነበሩ ብዙሓት ኣይፈልጡን'ዮም። ብመሰረት *ኢንሳይክሎፒድያ ኣይሁድ፡* "እዚ ዓይነት ኣድልዎ ካብ ናይ ኢስላም ዝመጸ ይመስል። ኣብቲ ሙስሊም ዝሓዝዎ ቦታታት፡ ካብ ግዜ ኪዳን ናይ ዑመር (640) ኣትሒዙ ኣይሁድ ካብ ሙስሊም ዝተፈልየ ሕብሪ ዘለዎ ክዳን ይኽደኑ ነበሩ። ኣይሁድ ኣብ ላዕላይ ወገን ናይ ቀሚሶም ብጫ ት'ካብ ክገብሩ ይግደዱ ነበሩ። እዚ ፍሉይ መለለዪ ናታቶም'ዩ ነይሩ፣"[20]ይብል።

ብመሰረት ተመራማሪ እስላማዊ ስነ-ታሪኽ በርናርድ ሌዊስ፡ ኣብ ትሕቲ እስላማዊ ግዝኣት ዝነበሩ ኣይሁድን ክርስትያን ኣብ ክዳውንቶም እተፈልየ መለለዪ ምልክት ክገብሩ ይግደዱ ነበሩ። እቲ ብጫ መለለዪ ት'ካብ ኣብ ታሽዓይ ክፍለ ዘመን ኣብ ባቕዳድ ብዝነበረ ካሊፋ ከም ዝተጀመረ ይፍለጥ። ድሕሪኡ ድማ ኣብ ማእከላይ ዘመን ናብ ምዕራብ ገጹ ኣስፋሕፊሑ።[21]

ምንም'ኳ እዚ ልምዲ'ዚ ኣብ ትሕቲ ኢስላም ይጀምር። ድሒሩ ግና በብእብረ ብሙስሊምን ክርስትያንን ኣብ ግብሪ ውዒሉ። ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ መላእ ኤውሮጳ ባህሊ ኮይኑ። ኣብ 1269፡ ሉዊስ ታሽዓይ ናይ ፈረንሳ፡ ዝኾነ ኣይሁዳዊ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ነዚ ምልክት ከይገበረ እንተ ተታሒዙ ከቢድ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ከምዝቕጻዕ ገበረ። ንተፈጻምነቱ ብዝምልከት ዝተፈላለያ ናይ ውሽጢ ዓዲ ጉባኤታት በብግዚኡ ስጉምቲ ወሰዳ። ንኣብነት ኣብ ከተማታት ኣርለስ ኣብ 1234ን 1260፡ ኣብ በዜርስ ኣብ 1246፡ ኣብ ኣልቢ ኣብ 1254፡ ኣብ ኒመስ ኣብ 1284ን 1365፡ ኣብ ኣቪግኖን ኣብ 1326ን 1337፡ ኣብ ሮደዝ ኣብ 1336 ከምኡ'ውን ኣብ ቫንሸስ ኣብ 1368 ተራዕመ።[22] ኣብ ዓዲ እንግሊዝ እዚ መለለዪ (ብቕርጺ ናይ ክልተ ጽላት)፡ ኣብ ፈረንሳ (ብቕርጺ ክቢ ቁራጽ ዓለባ) ከምኡ'ውን ኣብ ስጳኛ፡ ጥልያንን መላእ ኤውሮጳን ኣብ ግብሪ ወዓለ።

እዚ ምልክት ውርደት ኣብ ብዙሓ ኤውሮጳ ንሽዱሽተ ክፍላተ ዘመናት ንኣይሁድ ንምንሻው ጸጺሒሑ ቀጺሉ። ሂትለር ናብ ስልጣን ምስ መጸ፡ ነዚ ኣብ ኤውሮጳ ንነዊሕ ተሰሪቱ ዝጸንሐ ባህሊ እዩ ቀጺልዎ። እታ ንሱ ዝገበራ ሓንቲ ለውጢ ነታ ብጫ መለለዪት ትካብ ብኮኾብ ዳዊት (Star of David)[3] ምልዋጡ ጥራይ'ያ ነይራ።

1215 **ድ.ል.ክ** - ራብዓይ ላተራዊ ዋዕላ፡ እዚ ዝስዕብ ቀኖናዊ ሕጊ ኣጽዲቑ፡ "[ኣይሁድ] ሰብኡት ይኹን ኣንስቲ፡ ኣብ ምድሪ ክርስትያን ዝነብሩ ኲላቶም ካብቲ ካልእ ህዝቢ ክፍለዩ ምእንቲ፡ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ፍሉይ ክዳን ይግበሩ፣"።[23]

1218 **ድ.ል.ክ** - ርእሲ ሊቃነ ጳጳሳት ሆኖሪየስ ሳልሳይ፡ ራብዓይ ላተራዊ ዋዕላ ዘጽደቖ ሕጊ ኣብ ግብሪ ክውዕልን ኣይሁድ እተፈልየ ክዳን ክኽደኑን፡ ዕሸሮም ናብ ቤተክርስትያን ክኸፍሉን ዝጠልብ ጳጳሳዊ ቡላ ልኢኹ።[24] እዚ ብቶም ድሒሮም ዝመጹ ጳጳሳት ከይተረፈ ተደጊሙ'ዩ።

1227 **ድ.ል.ክ** - ሲኖዶስ ናርቦነ፡ ቀኖና 3 ኣጽዲቕዎ። ከምዚ ይብል፡ "ኣይሁድ ካብ ካልኦት ምእንቲ ክፍለዩ፡ ኣብ ደረት (ናይ ክዳውንቶም) ክንዲ ሓደ ኣጻብዕቲ ዝውርዱን ክንዲ ፍርቂ ከብድ-ኢድ ዝቑመቱን ጨላቑ ምልክት ይግበሩሉ፣"[25]

1239 **ድ.ል.ክ** - ርእሲ ሊቃነ ጳጳሳት ግሪጎሪ ታሽዓይ፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ፡ ፈረንሳይ፡ ፖርቱጋልን ስጳኛን ዘለዉ መራሕቲ ቤተክርስትያን በታ ቀዳመይቲ ቀዳም ናይ ጾመርብዓ ኩሉ ናይ ኣይሁድ መጻሕፍቲ ክግድፍዎም ኣዚዙ። መጻሕፍቲ ታልሙድን ካልእ ኩሉ ንክርስትና ወይ ንየሱስ ክርስቶስ ይጸርፍ እዩ ተባሂሉ ዝተጠርጠረ መጻሕፍቲ ብሓዊ ተቓጺሉ። ብትእዛዝ ቤተክርስትያን ካብ 13 ክሳብ 16 ክፍለ ዘመን ሓያለይ ግዜ ምንዳድ መጻሕፍቲ ኣይሁድ ተገይሩ ነበረ።[26]

1259 **ድ.ል.ክ** - ሲኖዶስ ሊቃነ-ሰበኻ መይንዝ ናይ ጀርመን፡ ኣብ ውሽጢ ዶባት ጀርመን ዘለዉ ኣይሁድ ብጫ ዝሕብሩ ፍሉይ መለለዪ ክገብሩ ኣዚዙ።[27]

1285 **ድ.ል.ክ** - ከባቢ 180 ዝበጽሑ ማሕበረሰብ ኣይሁድ ኣብ ሙኒኽ፡ ብደም ስለተጠቀኑ፡ ብምሉኦም ብሓዊ ተቓጺሎም።[28]

1288 – 1293 **ድ.ል.ክ** - እቶም ዝበዝሑ ኣብ ንግስነት ናፐለስ ዝነበሩ ማሕበረ ሰብ ኣይሁድ (ኣብቲ እዋን ማዕከን ኤውሮጳዊ ኣይሁዳዊ ምዕባለ ዝነበረት ንግስትነት) ተደምሲሶም። ብኻልእ፡ ኣብ ጥልያን፡ ኣይሁድ ካብታ ዓዲ ተሳጉጎም ወይ ብሓይሊ ናብ ክርስትና እምነቶም ለዊጦም።[29]

1290 **ድ.ል.ክ** - ንጉስ ኤድዋርድ ቀዳማዊ ኣብ 18 ነሓሰ፡ ንኹሎም ብፍቓዶም ንዓዲ እንግሊዝ ሓዲጎም ዘይወጹ ኣይሁድ፡ ቅድሚ በዓል ኩሎም ቅዱሳን ናይታ ዓመት

[3] ምልክት ኮኾብ ዳዊት፡ ✡

ብሓይሊ ካብታ ዓዲ ክወጹ ናብ ምስለኔታት ኩለን ግዝኣታት ዓዲ እንግሊዝ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ። እንትርፎ ፈኩሸ ኣቕሓ ካልእ ወላሓንቲ ከይወሰዱ ተኸልከሉ። እቲ ዝተረፈ ንብረት ናይ ንጉስ ኮነ። 16 ሽሕ ኣይሁድ ተባረሩ። ብዙሓት ብኣማሓደርቲ ናይተን ግዝኣታት ንብረቶም ተገፊፎም። ካልኦት ናብ ፈረንሳ ክሰግሩ ጥሒሎም ሞቱ። ድሕር'ዚ ኣይሁድ ክሳብ 1655 (ድሕሪ 400 ዓመታት) ናብ ዓዲ እንግሊዝ ብወግዒ ኣይተመልሱን።[30]

1298 **ድ.ል.ክ** - ኣብ ኦስትርያ፡ ባቫርያን ፍራንኮንያን ዝነበራ ኣስታት 140 ናይ ኣይሁድ ማሕበረ ሰብ ተደምሰሳ። በዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ልዕሊ 100 ሽሕ ኣይሁድ ተቐትሉ።[31]

1306 **ድ.ል.ክ** - ሚእቲ ሽሕ ኣይሁድ፡ ብዘይካ ኣብ ዝባኖም ዝነበረ ልብሲ ዋላሓንቲ ከይወሰዱ ካብ ፈረንሳ ተባረሩ።[32]

1337 **ድ.ል.ክ** - ኣብ ቤልጁም ዝነበሩ ኣይሁድ ብተኸታታሊ ጭፍጨፋ ሃለቑ። ብመሰረት *ኢንሳይክሎፒድያ ኣይሁድ*፥

> ኣብ ቤልጁም ዝነበሩ ኣይሁድ ልክዕ ከምቶም ኣብ ኩላ ኤውሮጳ ዝነበሩ ኣሕዋቶም ሕብስቲ ቍርባን ኣራኺሶም፡ ዕሽላት ቀቲሎም ወይ ዔላታት ማይ መሪዞም ብዝብል ክስታት ይሳደዱ ነበሩ። እቲ ብልዕሊ ኣይሁድ ቤልጁም ዝሓለፈ ሞገድ ስደት ብፍጹም ኣንሃሎም። ኣሰር ህላወኦም ክሳብ ዘይርከብ ብጥራሽ ጸነቱ። ንዕስራ ዓመት ዝኸደ ተኸታታሊ ጭፍጨፋታት ኣብ መወዳእታኡ ብናይ ብራስለስ ጭፍጨፋ ናይ 1370 ዓ.መ. ተዛዘመ።[33]

1338 **ድ.ል.ክ** - ቤት ምኽሪ ፍረይበርግ፡ ኣብ ቅንያት ሕማማትን ስቕለትን ጉይታ ዝግበር ዝነበረ ትውኔት ጸረ-ኣይሁዳዊ ሰናርዮ ከይህልዎ ኣጊዱ። ምኽንያቱ ድሕሪ'ዚ ተዋስኦ፡ ብዙሕ ሳብ ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ደማውን ዘይናሕስን ግብረ መልሲ ብክርስትያን የስዕብ ስለዝነበረ።[34]

1347 **ድ.ል.ክ** - ድሕሪ ኣጋጣሚ ናይ "ጸሊም ፌራ (ኣብ 14 ዘመን ኣብ ኤውሮጳን እስያን ብዙሕ ህዝቢ ዘጽነተ ፌራ)" ኣይሁድ ብነቑስ ክሕመዩ ጀመሩ። ኣብ ባቫርያ 12 ሽሕ ተኣርበዱ። ኣብ ኦርፈርት ትብሃል ከተማ ሰለስተ ሽሕ። ኣብ ወሰን ቶረስ፡ ገፊሕ ጋህሲ ተኾዕተ፡ ዕንጸይቲ ተረቢቡ ብሓዊ ኳሃረ፡ 160 ኣይሁድ ድማ ናብኡ ተደርበዩ። ኣብ ስትራውስበርግ ክልተ ሽሕ ብሓዊ ተቓጸሉ። ኣብ መይንተዝ ሽዱሽተ ሽሕ፣ ኣብ ዎርምስ ድማ ኣርባዕተ ሚእቲ።[35]

1366 **ድ.ል.ክ** - ኣብ ሰጳኛ ዓብዩ ስደት ተላዕለ፡ "ሀንሪ ደ ትራስታማራ ከም ሀንሪ ዳግማዊ ኮይኑ ናብ ዝፋን ምስ ደየበ፡ ሻቡ ነቶም ኣብ ካስቲልያ ዝነበሩ ኣይሁድ ናይ

ስደትን ጸበባን እዋናት ጀመረ። ኣብ መወዳእታ ድማ ካብቲ ዓዲ ተባረሩ፣"። ሀንራ፡ "ኣይሁድ ኣብ ህዝባዊ ኦፊሳት ከይሸየሙ፡ ካብ ክርስትያን ተፈሊዮም ክነብሩ፡ ክቡር ዝዋግኡ ክዳውንቲ ከይክደኑ፡ በቐሊ ከይሰሩ፡ ፍሉይ መለለዩ ምልክት ክገብሩ ከምኡ'ውን ስም ናይ ክርስትያን ከየውጽኡ ከልከለ፣"[36]

1394 **ድ.ል.ክ** - ኣይሁድ ንኻልኣይ ግዜ ካብ ፈረንሳ ተባረሩ።

1431 **ድ.ል.ክ** - ቤት ምኽሪ ባሰል፡ ኣይሁድ ናብ ዩኒቨርሲቲ ከይከዱ፡ ኣብ መንጐ ክርስትያን ዝግበር ውዕል ከም ሕጋውያን ኣሳለጥቲ ከይኮኑ ከምኡ ድማ ኣብ ሰበኻ ቤተክርስትያን ብግዲ ክሳተፉ ኣዘዘ።[37]

1434 **ድ.ል.ክ** - ኣብ ኣውስበርግ ዝነብሩ ኣይሁድ ሰብኡት ኣብ ክዳውንቶም ብጫ መላጉም ጥራይ ክጥቀሙ ተኣወጀ። ከምኡ'ውን ኣብ መላእ ኤውሮጳ ዝነበሩ ኣይሁድ፡ ነዊሕ መረሃጫ፡ ብጫ ዝድርዕቶኡ ካቦት፡ ቃጭል፡ ዓበይቲ መላጉም ዘለዎ ነዊሕ፡ ኣናፍ፡ ብጫ ባርኔጣ ክወድዩ ተገደዱ።

1453 **ድ.ል.ክ** - ካፒስትራኖ እተባህለ ፍራንሲስካዊ መነኮስ፡ ንንጉስ ፖላንድ ኩሉ ዓይነት ሲቪላዊ መሰላት ኣይሁድ ጠጠው ክብሎ ሓበሎ።

1478 **ድ.ል.ክ** - ስጳኛውያን ኣይሁድ ካብ 14 ክፍለ ዘመን ኣትሒዙ ብኽቢድ ይስደዱ ነበሩ። ብዙሓት ካብቲ ረስኒ ናይቲ ስደት ንምምላጥ ክርስትያን ተመሲሎም ይነብሩ ነበሩ። እስጳኛዊ መርመራ (The Spanish Inquisition) ሓቂ ዘይብሉ ምልዋጥ እምነት ንምምርማር ብቤተክርስትያን ቆመ። ንኣይሁድን ሙስሊምን ዩኒቨርሲቲ ካብ ምእታው፡ ኣብ ሃይማኖታዊ መሳርዕ ካብ ምእታው፡ ኣብ ህዝባዊ ኦፊሳት ስልጣን ካብ ምሓዝ፡ ካልእ ኣዝዩ ብዙሕ ዓይነት ሞያታት ካብ ምሓዝ ዝኽልክል ሕጊ ተመሓላለፈ።

1490 **ድ.ል.ክ** - ኣብ መፋርቕ ሓጋይ፡ ኩሎም ኣብ ጀነቫን ኣብቲ ከባቢ ዝነበራ ከተማታትን ዝነብሩ ኣይሁድ ብሓይሊ ከም ዝወጹ ተገይሩ።[38]

1492 **ድ.ል.ክ** - ኣብ ስጳኛ፡ ፈርዲናንድን ኢዛቤላን ኣዋጅ ምብራር ኣወጁ። ዕድመኦም ብዘየገድስ ኩሎም ኣብቲ ንግስነት ዝርከቡ ኣይሁድ ክሳብ እታ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ናይ ነሓሰ (ሓደ መዓልቲ ቅድሚ ቲሸ ሃ ቤኣቭ) ክወጹ ተኣዘዙ። ክልተ ኣማራጺ ተዋህቡ፣ ንሱ ኸኣ ወይ ከም ክርስትያን ክጥመቑ ወይ ከኣ ካብ ስጳኛ ክስጐጉ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ብገምጋም ካብ 165 ሽሕ ክሳብ 800 ሽሕ ዝበጽሑ ኣይሁድ ተሰጒጉ።[39]

1497 **ድ.ል.ክ** - ኣብ ፖርቱጋል፡ ማኑዌል ዓብዩ፡ "ኣብ ቁሩጽ መዓልቲ፡ ኩላቶም ኣርባዕተ ዓመት ዝረገጹ ግና ካብ ዕስራ ዓመት ዝንእሱ ኣይሁዳውያን ኣወዳትን ኣዋልድን ቆልዑ፡ ካብ ወለዶም ብሓይሊ ተመንዚዖም ብወጻኢታት ንጉስ ብእምነት ክርስትና ክዓብዩ ዝብል ኢሰብኣዊ ኣዋጅ ኣመሓላለፈ፣"[40]

ነዚ ብዝሰምዑ ኣስታት ዕስራ ሽሕ ኣይሁድ ነታ ሃገር ለቒቖም ጠፍኡ። ብዙሓት ካልኦት ርእሶም ኣጥፍኡ፣ ገሊኦም ድማ ስለ እምነቶም ብሰማእትነት ሓለፉ፣

> ብዙሓት ወለዲ ንደቃቶም ብደሓን ኩን ማለት ዓምሪሮም ዓቢሶም ቀተልዎም፣ ድሕር'ዚ ንርእሶም ናብ ዔላ ወይ ውሒዝ ደርብዮም ኣጥፍእዋ። "ኣነ በዒንተይ ርእየዮ'የ" ይብል እቲ ክቡር ኩቲንዮ፡ "ኣቦ ብጓሂዝን ቃንዛን፡ ነቲ ኩሉ ዝፈልጥ ምስክር እናጸወዐ ምስ ወዱ ኣብ እምነት ሙሴ ጸኒዑ ከም ዝመውት እናተናዘዘ ተጐቲቱ ናብቲ መጥመቒ ፈልፋሊ ማይ ክውሰድ። ካልኦት ብዙሕ ዘሰካሕክሕ ነገራት ዝበጽሖም ርእየ'የ"። ኢሻቕ ኢብን ዣኺን ወዱ ንኣብርሃም ኢብን ዣኺን ንደቁን ንርእሱን ቀተለ። ምኽንያቱ ደቁ ኣይሁዳውያን ኮይኖም ክሞቱ ስለዝተመነየ።[41]

## ጌቶ ኣይሁድ

1516 **ድ.ል.ክ** - ኣመሓዳሪ ሪፓብሊክ ቬኒስ ኣይሁድ ኣብ ሓደ ከባቢ እታ ከተማ ጥራይ ክነብሩ ከም ዝፍቀደሎም ወሰነ። እዚ ኣብ ኤውሮጳ ናይ መጀመርታ ጌቶ እዩ ነይሩ።

ጸኒሑ ብርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ጳውሎስ ራብዓይ ናይ ሮማ ጌቶ ተመስረተ። ኣይሁድ ብ26 ሓምለ 1556 ኣብኡ ክነብሩ ብሓይሊ ተላእኩ። እቲ ሮማዊ ጌቶ ሒደት ጸበብትን ረሳሓትን ጎደናታት ዝሓዘ እዩ ነይሩ፣ እዚ ጎደናታት ድማ ቀልጢፉ ኣጸቢቑ ተጨናነቐ። እዚ ክፋል እታ ከተማ ዓመታዊ ብሩባ ቲበር የዕለቕልቕ ነበረ። ዓመት መጸ ኣይሁድ፡ ኣብታ ዝቐጸለት ዓመት ኣብኡ ክነብሩ ምእንቲ ክፍቀደሎም ብግልጺ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ምልማን ዘጠቓልል ዘዋርድ ስርዓት ክሓልፉ ነበሮም። ብድሕሪ እዚ ድማ ልዕሊ ዓቐን ግብሪ እናኸፈሉ ኣብኡ ይነብሩ። እዚ ኣነዋሪ ስነ-ስርዓት እዚ ክሳብ 1850 ቀጺሉ። እዚ ዜሕስር ፍጻመ ምስቲ ኣብ ታሪኽ ኢስላም፣ "ብድሂሚስ ወይ ተገዛእቲ ህዝብታት" ተባሂሎም ዝፍለጡ ኣብ ትሕቲ ኢስላማዊ መንግስቲ ዝነብሩ ኣይሁድን ክርስትያንን ዝኸፍሉዎ ናይ ውርደት ግብሪ (ጂዝያ) ብዘደንቕ መገዲ ዝመሳሰል እዩ። ከምዚ ዝበለ ዕላማ ዘለዎ ሕስረትን ውርደትን ቡቶም ክርስትያን ኢና በሃልቲ ምፍጻሙ ብሓቂ ዘሕዝን እዩ። ድሒሩ ናይ ኣይሁድ ጌቶ ኣዶልፍ ሂትለር ምስ መጸ'ውን ተራዒሙ'ዩ።[42]

1540 – 1550 **ድ.ል.ክ** - ኣይሁድ ካብ ናፐለስ፡ ጊዮናን ቬኒስን ተባሪሮም።[43]

## ማርቲን ሉተር

1543 **ድ.ል.ክ** - ካብዚ ናይ ሽሕ ዓመት ሰፊሕን ሱር ዝሰደደን ሃዋህው ጽልእን ስሩዕ ሰደትን ኣይሁድ እዩ እቲ ዓብዪ ጀማሪ ከኒሻዊ ተሃድሶ ማርቲን ሉተር ናብ መድረኽ ዓለም ዝመጸ። ኣብ መጀመርታ ካብ ካቶሊካዊ መነኮስ ናብ ቀስቃሲ ከኒሻዊ ተሃድሶ ምስ

ተለወጠ ንኣይሁድ ናብ ክርስትና ንምቕያር ጻዕርታት ኣካይዱ። ጻዕርታቱ ምስ ፈሸለ ግን ኣተሓሳስባኡ ቀልጢፉ ቐይሩ። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣይሁድ ስለ እተቐጥዐ፣ ኣብ ታሪኽ ኩሉ ካብቲ ዝኸፍአ ኣብነታት ጸረ-ኣይሁዳዊ ጽሑፋት ኣዳለወ።

ኣብዚ ዓመት እዚ ሉተር *ብዛዕባ ኣይሁድን ሓሶቶምን* ዘርእስታ መጽሓፍ ጸሓፈ። ሉተር ኣብዛ መጽሓፍ እዚኣ፡ ኣብ ሞንጎ ካልእ ብዙሕ ጸርፊታት፡ ንኣይሁድ "ነውራማት፡ ኣመንዝራ ህዝቢ፡ ዘይህዝቢ ኣምላኽ፣ እቲ ብሓረግ ወለዶ፡ ብግዝረት፡ ብሕጊ ዝምክሕዎ ድማ ከም ግዕዘይ ኪቝጸር ኣለዎ፣" ይብል። ብዘይካ'ዚ፡ "እቶም ዕዉራት ኣይሁድ ብሓቂ ደናቑርቲን ዓያሹን እዮም፡" "ሃካያት ኩታራታት"፡ "ሰረቕትን ሽፋቱን"፡ "ቈርማዳትን ርጉማትን" ከምኡ'ውን፡ "ዝተነጸጉን ዝተኾነኑን ህዝቢ" ኢሉ ይጽሕፍ። ምኩራባቶም "ንርእሰኻ ምኽባርን ብድዐን ሓሶትን ነውርን ዝተመልአ ንስም ኣምላኽ ዘጽርፍ በዓቲ ኣጋንንቲ'ዩ፣" ይብል።[44]

ሉተር ቀጺሉ ንኣይሁድ ምስ ፌራ ይጽብጽቦም፡ "ተስፋ ዘይብሎም፡ ኣጸቢቖም ርኹሳት፡ መርዛማት፡ ርስቲ ድያብሎስን እዮም ኣይሁድ። ንዝሓለፈ 14 ዘመናት፡ ድባብን ፌራን ሕማቕ ዕድልን ኮይኖሙና ኣለዉ፣"[45] ይብል።

ሉተር ክሳብ ክንደይ ነቶም ፍቁራትን ሕሩያትን ህዝቢ ኣምላኽ ከሰይጥኖምን ሰብኣውነቶም ክገፎም ፈቲኑን ንርአ፣ "ሕንዛማት፡ መረርቲ፡ ቂመኛታት፡ ጠበርቲ ኣትማን፡ ቀተልቲ ነፍሲ፡ ውሉድ ዲያብሎስ፡ ብሰላሕታ ዝናኸሱ. . . መርዛማት ኣትማን፡ ናእሽቱ ሰይጣውንቲ። ንክርስትያን ድሕሪ ድያብሎስ፡ ከም ኣይሁዳዊ ዝበለ ርኹስን መሪርን ጸላኢ የብሉን፣" ይብል።

ክንዮ'ዚ ቅሉዕ ምንሻው፡ ሉተር ኣብ መደምደምታ መጽሓፉ ናይ ባዕሉ "ናይ መወዳእታ ፍታሕ" ዝበሎ እማመ ኣቕረበ። ነዚ ዝሰዕብ ቊንጽል ጽሑፍ ከተንብቡ ከሎኹም፡ ኣብ ምሉእ ርእይቶታቱ ሱፐርሰሸንስታዊ ስነ-መለኮት ከመይ እናማዕበለ ከምዝኸደ ኣስተብህሉ። ሎሚ ብህይወት ዘሎ ኩሉ ኣማኒ ምስዚ ቤተክርስትያን ኣብ ታሪኻ ዝገደፈቶ ዓሚቝ ማኪያ ክላለ ይግባእ፣

> እሞ'ኸ ደኣ ንሕና ክርስትያን ብዛዕባ'ዚ ርጉምን ፍንፉንን ዝኾነ ዓሌት ኣይሁድ እንታይ ንግበር፧ ኣብ መንጎና ስለዝነብሩን ብዛዕባ ጸርፎምን ሓሶቶምን መርገሞምን ስለእንፈልጥ ክንጻወሮም ኣይንኽእልን ኢና። እንተ ዘይኮይኑ ግና ንሕና'ውን ክንሓብሮም ኢና። በዚ መገዲ'ዚ ነቲ ኣብ ልዕሊኦም ዝነድድ ቁጥዓ ኣምላኽ ከነጥፍኦ ኣይንኽእልን ኢና፣ ክርስትያን ክንገብሮም'ውን ኣይንኽእልን ኢና። ብጸሎትን ብፍርሃትን ኬንና ምሕረት ዝመልኦ ጭካነ ከነርእዮም ኣሎና። ምናልባት ንገለ ካብኣቶም ካብ ሃልሃልታ [ሲኦል] ከነድሕኖም ንኽእል ንኸውን። ሕነ

ምፍዳይ ክንደሊ የብልናን። ብርግጽ ካብቲ ንሕና እንምነዮ ንላዕሊ ሽሕ ዕጽፊ ይቕጽዑ ኣለዉ።

ብቕንዕና ከማኽረኩም፣

መጀመርታ ቤት ጸሎቶም ብሓዊ ይንደድ፣ እቲ ብሓዊ ዘይተቓጸለ ድማ ኣብ ሓመድ ይቀበር። በዚ ኸምዚ ድማ ማንም ሰብ ሓንቲ ጸጸር ወይ እምኒ ናይ ምኩራባቶም ከምዘይርኢ ይኹን። እዚ ድማ ኣምላኽ ንሕና ክርስትያን ምዃንና ከምኡ'ውን ከምዚ ዝኣመሰለ ኣብ ቅድሚ ወዱን ንክርስትያናቱን ዝግበር ሓሶትን ጸርፍን መርገምን ብፍላጥ ከም ዘይተጻወርናዮ ወይ ከም ዘይተቐበልናዮ ምእንቲ ክርኢ ይገበር።

ካልኣይ ድማ ኣባይቶም ብተመሳሳሊ ክፈርሰን ክዓኑን ይግባእ። ኣብኡ ድማ ከምቲ ኣብ ምኩራባቶም ዝገብርዎ ይፍጽሙ እዮም እሞ። በዚ ምኽንያት እዚ ከም ጂፕሲ ኣብ ትሕቲ ሓደ ናሕሲ ወይ ኣብ ጋጽ ናይ ኣፍራስ ክቕመጡ ይግባእ ነይሩ። ከምቲ ዝምክሑዎ ኣብ ምድርና ጎይቶት ዘይኮኑስ፡ ከምቲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብዘይምቁራጽ ብመሪር ዋይዋይታ ዘማርሩዎ ሕሱራት ምሩኻት ምዃኖም ኣጸቢቖም ይገንዘቡ።

ሳልሳይ፡ ነቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣምልኾ ጣኦት፡ ሓሶት፡ መርገምን ጸርፍን ዝምሃሩሉ መጻሕፍቲ ጸሎቶምን ታልሙዳቶምን ክሕረሙ ይግባእ።

ራብዓይ፡ ረቢታቶም ካብዚ ንላዕሊ ንኸይምህሩ ብምፍርራህ ሞት ክኽልከሉ ኣለዎም።

ሓምሻይ፡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ከይንቀሳቐሱ ብፍጹም ክኽልከሉ ኣለዎም። ምኽንያቱ መኳንንቲ፡ ወይ ሓለፍቲ፡ ወይ ነጋዶ፡ ወይ መሰልቶም ስለ ዘይኮኑ፡ ኣብ ገጠራት ዋላሓንቲ ዋኒን የብሎምን። ኣብ ኣባይቶም ኮፍ ይበሉ። . . . ንስኻትኩም መሳፍንትን መኳንንትን ንኸምዚኦም ዝኣመሰሉ መዝመዝቲ፡ ብሕጋዊ መገዲ እንተ ዘይዓጸኹምዎም፡ ሽዑ ገለ ሰራዊት ኣንጻሮም ክጋልቡ ይግባእ። ምኽንያቱ ካብዛ መጽሓፍ እዚኣ ኣይሁድ እንታይ ምዃኖምን ብኸመይ ክትሓዙ ከም ዘለዎምን፡ ክሕለዉ ከም ዘይብሎምን ክትመሃሩ ኢኹም። ብፍጹም ክትከላኸሉሎም ኣይግባእን። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ግዕዘዮም ክትካፈሉ እንተ ዘይደሊኹም

. . .

ንምጥቕላል ኣብ ዓድታትኩም ኣይሁድ ዘለዉኹም፡ ክቡራን መሳፍንትን መኳንንትን ከበርቴታትን፡ እዚ ምኽረይ ዘይጥዕመኩም እንተኾይኑ፡ ንስኻትኩምን ንሕናን ኩላትና ካብዞም ዘይጽወሩ ዲያብሎሳዊ ሸኽሚ

(ኣይሁድ) ነጻ እንኾነሉ ዝሓሸ መገዲ ድለዩ። ንክርስትያን፡ ድሕሪ ድያብሎስ፡ ከም ኣይሁድ ዝበለ ርኹስን መሪርን ጸላኢ የብሉን።[46]

ሉተር ከም መፍትሒ ዘቕረቦ እማመ ጉነጽን ምፍርራህን ጥራይ እዩ ነይሩ። ኣብ ሓያሎ ኣጋጣሚታት'ውን፡ ኣይሁድ ካብ ዝተፈላለየ ወረዳታት ከም ዝባረሩ ገይሩ'ዩ። እዚ ድማ ከም ውጽኢት ናይቲ ኣብ 1537 ኣብ ሳክሶኒ ንሱ ዘልዓዓሎ ቅስቀሳ ነበረ። ኣብ 1540ታት ተኸተልቲ፡ ንብዙሓት ኣይሁድ ካብ ሓያሎ ከተማታት ጀርመን ኣባረርዎም። ድሕር'ቲ ኣይሁድ ካብ ርንዳንበርግ ንኽስጎጉ ዝገበሮ ፍሹል ፈተነ ድማ፡ ኣብኡ ዝነበሩ ሰዓብቱ ብ1572 ናይ በርሊን ምኩራብ ተራሰይዎ። ኣብ ዝቐጸለ ዓመት ኣይሁድ ካብ መላእ እታ ሃገር ተኣገዱ።[47]

## የሃንስ ካልቪን

1560 ድ.ል.ክ - እቲ ብኣስተዋጽኦኡ ኣብ ከኒሻዊ ተሃድሶ ምስ ማርቲን ሉተር ዝዳረግ የሃንስ ካልቪን፡ ብተዛማዲ ምስ ኣይሁድ ዘይምረርን ተሳናዪን ርክብ ከም ዝነበሮ ይንገር። ከም ሓቂ ግን፡ ካልቪን ብዛዕባ እቶም ብግዚኡ ዝነበሩ ኣይሁድ ኣዝዩ ሒደት'ዩ ጽሒፉ። ምናልባት ብዛዕባኣቶም ዝፈልጦ ነገር ዘይነበሮ ክኸውን ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ ካልቪን ኣብታ ሎሚ ኣብ ውሽጢ ስዊዘርላንድ ኣብ ጥቓ ዶባት ፈረንሳን ጣልያንን እትርከብ ጀነቫ ይነብር ነበረ፣ ኣይሁድ ድማ ኩሎም ቅድሚ ሰብዓ ዓመት ካብታ ከተማ ተሰጉጎም ነይሮም። ይኹን'ምበር ካልቪን ከም ብዙሓት ቅድሚኡ ዝነበሩን ብግዜኡ ዝነበሩን ሰባት ብዛዕባ ኣይሁድ ብተለምዶ ብመሪርን ጽልኣታውን ኣገባብ ሒደት ነገራት ጽሒፉ እዩ። ኣብታ "መልሲ ንሕቶን ተቓውሞን ገለ ኣይሁድ" እትብል ጽሑፉ፡ "ብሰንኪ'ቲ ዝመረተን ዘይሰፍልን ትሪ ክሳዶም መወዳእታ ወይ መለክዒ ንዘይብሉ ጭኮና ክዳረጉ ይግብኦም። ከምኡ ብዘይ ድንጋጸ ናይ ዝኾነ ሰብ ኣብ ሽጋሮም ክሞቱ ይግብኦም፣"[48] ይብል።

ድሕሪ ከኒሻዊ ተሃድሶ ነዚ ዝመስል ሓፈሻዊ ኣረኣእያ ኣብ ዝተፈላለየ ዓንኬላት ማሕበረሰብ ኤውሮጳ ቀጸለ። ከምቲ ከኒሻውያን፡ ምስ ምምጻእ ከኒሻዊ ተሃድሶ፡ ኣብ ኩላ ኤውሮጳ ዝነበሩ ኣይሁድ ሓዲሽ ፍቕሪ ክስተማቕሩ ጀሚሮም ዝብልዎ፡ ክዉንነት ከምኡ ኣይነበረን። እዚ ኣዝዩ ድሩትን ከፊላውን እዩ ነይሩ። ብርግጽ ገለ ገለ ጉጅለታት ሞራቫውያን፡ ፒዩሪታውያንን ሓያለይ ሉተራውያን ፒየቲስትን እቲ ቀጻሊ ጽውዓን ሕርየትን እስራኤል ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት ከለልዩ'ኳ እንተ ኸኣሉ፡ እዚ ኣረኣእያ ኣብ ማሕበር ክዕምብብ ዝጀመረ ግን ድሕሪ ገለ ኣማኢት ዓመታት'ዩ ነይሩ። ጽውዓን ሕርየትን እስራኤል ኣብ ቤተክርስትያን ብግቡእ ኣፍልጦ ክወሃቦ ዝጀመረ፡ ኣብ 19 ዘመን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብኣሕዋት ፕሊማውስ ተባሂሉ ዝፍለጥ ምንቅስቓስ'ዩ። እዚ ጉጅለ እዚ ካብ ዝኾነ ቅድሚኡ ዝነበረ ጉጅለ ንላዕሊ ናብ መርገጺ እታ ቀዳመይቲ ቤተክርስትያን ተመሊሱ፡ ማለት ናብ ረስተረሸንዝም፣ ፊዩቸሪዝም ከምኡ ድማ ቅድመ-ሚለንያሊዝም። ኣብዚ ምንቅስቓስ እዚ ብዛዕባ እተን ናይ ዳሕሮት መዓልትታት

ብዝምልከት ዝያዳ ቅኑዕ ርድኢት ነይሩ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣይሁድ'ውን ሰፊሕ ድንጋጸን ትሕትናን ተራእዩ። ኣብ ምዕራፍ 13 ሓያሎ ካብቶም ካብዚ ምንቅስቓስ ዝተንስኡ ሰባትን፡ ናታቶም ስነ-መለኮቶም ብኸመይ ኣጠማምታ ቤተክርስትያን ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ከም ዝቐየሮን ክንዛረብ ኢና።

## እቲ ጥያቑ ኣይሁድ

1750 ድ.ል.ክ - ድሕሪ ናይ 15 ዘመናት ስደት ኣይሁድ፡ ኑቶም ኣብ ማእከል ህዝበ ክርስትያን ኤውሮጳ ዘለዉ ኣይሁድ እንታይ ንግበሮም ወይ ብኸመይ ንሓዞም ዝብል ክርክር ተላዕለ። "እቲ ጥያቑ ኣይሁድ" ዝብል ሕቶ ኣብ 1750 ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንመጀመርታ ግዜ ዘተ ተኻየደሉ። ድሕሪኡ ነዊሕ ከይጸንሐ ኣብ ፈረንሳ ("la question juive") ከምኡ'ውን ኣብ ጀርመን ("die Judenfrage") ብዝብል ነዚ ሕቶ ብዝምልከት ኣብዘን ሃገራት ብዙሕ ክርክር ተገብረ። ብርግጽ እቲ ሕቶ ሓድሽ ኣይነበረን። ከምቲ ዝረኣናዮ፡ ሉተር ድሮ ነቲ ናይ "ኣይሁድ ጥያቑ" ናይ ገዛእ ርእሱ "ፍታሕ" ኣቕሪቡሉ ነይሩ እዩ።

ድሕር'ዚ "ጥያቑ ኣይሁድ" ዝብል ሕቶ ብወግዒ ኣብ ኤውሮጳዊ ክርስትያናዊ ማሕበረሰብ ዝለዓል፡ ኣማኢት መንሹራት፡ ጋዜጣታት፡ ዓንቀጻትን መጻሕፍትን ብዛዕባ'ዚ ኣርእስቲ ተጻሕፈ። ነፍሲ ወከፍ ድማ ንእኡ ዝጥዕሞ እማመታት ፍታሕ ኣቕረበ። መብዛሕቲኡ ካብቲ ዝቐርብ ዝነበረ ፍታሕ ንማሕበረሰብ ኣይሁድ ጠቕሊልካ ካብ ኤውሮጳ ምጥራዞም ዝብል ክኸውን ከሎ፡ ገሊኡ ድማ ኣይሁድ ብዝተኻእለ መጠን ኣይሁድነቶም ሓዲጎም ኣብ ኤውሮጳ ዝወሃሃዱሉ ኣገባብ ክሕሰብ ዚጽውዕ ነበረ። በዚ ኮይኑ በቲ ግን ሰብኣውነት ዝነበሮ ፍታሕ ኣይቀረበን። ኣብ መፋርቕ 19 ዘመን ኣብ ጀርመን፡ ሓያሎ ሊቃውንትን ፈላሰፋታትን ፕረስ፡ ስርዓት ትምህርቲ፡ ምሕደራ፡ ቁጥባን ባህልን "ካብ ኣይሁድነት ነጻ" ክኸውን ክጠልቡ ጀመሩ። ኣብ መንጎ ኣይሁድን ዘይኣይሁድን ዝግበር መርዓ ምኽኑን እውን ኣብዚ እዋን እዚ ጉሊሑ ዝርአ ዛዕባ እዩ ነይሩ።

ጸሓፊ *ዘ ጁው ኢን ክርስትያን ቲኦሎጂ (ኣይሁድ ኣብ ክርስትያናዊ ስነ-መለኮት)* ገርሃርድ ፋልክ፡ "ብርግጽ ጥያቑ ኣይሁድ ዝበሃል ነገር የሎን። ስለዚ ድማ ህላወ ኣይሁድ ኣብ ጥያቑ ክኣቱ ኣለዎ ዝብል ሓሳብ መፍትሒኡ ብወገን ክርስትያን ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ምግባር ጥራይ'ዩ፣" ብምባል ብልክዕ ይገልጾ።

## እርበዳ ሩስያ

ድሕር'ቲ ነዊሕ ታሪኽ ጉነጽን ዓመጽን ኣይሁድ ኣብ ኤውሮጳ፡ ብዙሓት ካብኣቶም ኣብ መሬት ሩስያ ከም እንደገና ተጣየሱ። ጽልኢ ግን ናብኡ'ውን ሰዓቦም። ኣብ መወዳእታ 19 ዘመን፡ ኣብ ሩስያ ዝነበሩ ኣይሁድ፡ ግዳይ ናይቲ ኣብ ታሪኽ "እርበዳ ሩስያ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ጸረ-ኣይሁዳዊ ናዕብታት፡ ጭፍጨፋታትን ምስጓግን ኮኑ። ኣብ

1905 ኣብ ኦደሳ (ኣብ ናይ ሎሚ ዩክረይን) ክሳብ 2500 ዝበጽሑ ኣይሁድ ከም ዝተቐትሉ ይጽብጸብ።[50] *መጽሄት ዘ ኒውዮርክ ታይምስ፡* ንሓደ ኣብ ፋሲካ 1903 ዝተገብረ እርበዳ ከምዚ ኢሉ ይገልጾ፣

> እቶም ጸረ-ኣይሁድ ናዕብታት . . . ካብቲ ሳንሱር ዝተገብረ ንላዕሊ ዝኸፍኡ እዮም ነይሮም። ድሕሪ በዓል ፋሲካ ኦርቶዶክስ ኣብ ዝሰዓበት መዓልቲ ጃምላዊ ጭፍጨፋ ንምክያድ ውዱእ መደብ ተዳልዩ ነበረ። እቲ ዕስለ ብካህናት ይምራሕ ነበረ፣ እታ ከተማ ድማ "ኣይሁድ ይቀተሉ" እናበለ ብዝጭድር ሓፋሽ ተባዕደት። ኣይሁድ ብምድህላል ተታሕዙን ከም ኣባጊዕ ተሓርዱን። 120 ዝበጽሑ ሞቱ፡ 500 ድማ ቀሰሉ። እቲ ትርኢት ዘርዕድ ነበረ። ዕሽላት ከይተረፈ በቲ ዝዓበደን ደም ዝጸምእን ዕስለ ተቐራረጹ። ፖሊስ እቲ ከባቢ ነዚ ዘርዕድ ትርኢት ንምግታእ ገለ ኣይገበረን። ጸሓይ ክትዓርብ ከላ ጎደናታት እታ ከተማ ብሬሳታት ዝሞቱን ዝቐሰሉን ተጎብአ። እቶም ዝተረፉ ጸሊቖም ካብታ ከተማ ኣምለጡ። ክሳብ ሕጂ ድማ እታ ከተማ ኣይሁድ ዝበሃሉ ኣይቅመጡላን።[51]

ከምዚ ዓይነት ወፍርታት ምጽናት ንነዊሕ እዋን ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ሩስያ ቀጺሉ'ዩ።

## <u>ህልቂት ዘመነ ናዚ</u>

ድሕር'ዚ ዝገበርናዮ ከፊላዊ ታሪኻዊ ዳህሳስ ኣመዓባብላ ክርስትያናዊ ጽልኣትን ምስጓግን ኣይሁድ፡ መበገሲ ሂትለር ካበይ እዩ ነይሩ ብዝበለጸ ክንርዳእ ንኽእል ኢና። ቤተክርስትያን ካብ መጀመርታ ናይ ታሪኻ ኣትሒዛ ሱፐርሰሽንስታዊ ኣረኣእያ እናኣማዕበለት ስለዝመጸት ክርስትናን ጽልኣት ኣይሁድን ዘይነጻጸል ክልተ ገጻት ናይ ሳንቲም ኮይኑ። ብርግጽ ሂትለር ብቕድሚኡ ዘይነበረ ሓድሽ ነገር ሒዙ ናብ መድረኽ ዓለም ኣይመጸን። ኣብዚ ሕጂ እዋን'ውን ሒደት ዝርድእዎ ሓቂ፡ ሂትለር ንኣይሁድ ዝጸልኦም ብግዚኡ እቲ ዓብላሊ ክርስትያናዊ ኣጠማምታ ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ንሱ ስለዝነበረ'ዩ። ፍልስፍና ናዚ እንታይ ከም ዝነበረ ብዝምልከት ክሳብ ሕጂ ብዙሕ ክትዓት ኣሎ። ሂትለር ክርስትያን ዲዩ ነይሩ ኣረሚን፤ ሓደ ሰብ ንኽልቲኡ መርገጺታት ንምድጋፍ ከቕርቦ ዝኽእል ብዙሓት መግለጺታት ኣለዉ። ተግባራት ሂትለር ግና ኣብ ታሪኻዊ ክርስትያናዊ እምነት (ሮማዊ ካቶሊክ ይኹን ምብራቓዊ ኦርቶዶክስ ወይ ከኒሻ) ፍጹም ጋሻ እዩ ነይሩ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ከመይሲ፡ ብመሰረቱ ናይ ሂትለር ኣተሓሳስባ፡ ቤተክርስትያን እቲ ክሳብ ሽዑ ሒዛቶ ብዝመጸት ሰንሰለት ታሪኻዊ ኣተሓሳስባ ዝተቓነየ'ዩ ነይሩ። ሂትለር ነቲ እኩይ ተግባራቱ ንምግባር ፍቓድ ዝሃበቶ'ውን ክርስትያናዊት ሃገር እያ ነይራ።

ብርግጽ ሃንዳሲ ናይቲ እከይ ውጥን ሃይንሪክ ሂምለር'ዩ ነይሩ፡ ግና ሂትለር ባዕሉ እዩ "ናይ መወዳእታ ፍታሕ ኣይሁዳዊ ጥያቄ (die endlösung der Judenfrage)" ዝበሎ ነዚ መደብ። እቲ ን15 ዘመናት ምኽንያት ዘየቋርጽ ግፍዕን ስቓይን ህዝቢ ኣይሁድ ዝኾነ ስነ-መለኮት ሱፐርሰሽንዝም፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ብምልኣት ፍሪኡ ተገልጸ። ኩሉ ምስ ተባህለን ምስ ተገብረን፡ ፍረ ናይቲ ንብዙሕ ዘመናት ዝቐጸለ መጠነ ሰፊሕ ክርስትያናዊ ጽልኣት ኣይሁድ፡ ኣብ መላእ ኤውሮጳ ሞት ሽዱሽተ ሚልዮን ኣይሁድ ኣስዒቡ። እዚ ኸኣ ክልተ ሲሶ ናይቲ ኣብቲ እዋን ዝነበረ ጠቕላላ ህዝቢ ኣይሁድ ኣብ ኤውሮጳ ምዃኑ'ዩ።

እዚ ጽሑፍ ኣብ ዝተጻሕፈሉ፡ ህልቂት ናዚ ሰብዓን ገለን ዓመታት ገይሩ ኣሎ። ሎሚ እውን ነተን እኩያት መዓልታት በዒንቶም ዝርኣዩወን ብዙሓት ብህይወት ኣለዉ። ቁጽሮም ብርግጽ ቀልጢፉ ይንኪ ኣሎ። ንደቅና ምናልባት ቅድሚ ሰብዓ ዓመት ምባል ጥንታዊ ታሪኽ ክመስል ይኽእል እዩ። ግን እዚ ኩሉ ትማሊ ጥራይ እዩ ተፈጺሙ።

**<u>ህልቂት ናዚን ታሪኻዊ ክርስትያናዊ መሰረቱን</u>**

| ሕገ / ኣዋጅ ቤተክርስትያን | ሕገ / ስጉምቲ ኣይሁድ |
|---|---|
| ምትእትታው ኣብ መንጎ ክርስትያንን ኣይሁድን ይኽልክል (ሲኖዶስ ኤልቪራ፣ ቀኖና 15፣ 306) | "ምትእትታው ኣብ መንጎ ኣይሁድን ዜጋታት ጀርመንን ወይ ናይ ደም መቐርቦምን ክልኩል'ዩ። ነዚ ሕጊ'ዚ ጥሒስካ ዝተገብረ መርዓ፡ ፍርሺ'ዩ፣" (ሕጊ ሓለዋ ደምን ክብረትን ጀርመን፣ ክፍሊ 1፣ መስከረም 15, 1935) |
| ኣይሁድን ክርስትያን ብሓደ ኣብ መኣዲ ከይቅመጡ ይኽልክል። (ሲኖዶስ ኤልቪራ፡ ቀኖና 50፣ 306) | ኣይሁድ ኣብ መጓዓዝያ (ከም በዓል ባቡር) ከይምገቡ ተኸልከሉ። (ታሕሳስ 30, 1939) |
| ኣይሁድ ኣብ ህዝባዊ ኦፊስ ከይሰርሑ ተኸልከሉ። (ዋዕላ ክሌርሞንት፣ 535) | ኩሎም ኣይሁድ ካብ መንግስታዊ ኣገልግሎታት ተባሪሮም። (ዳግመ-ምጥያስ ሞያዊ ሲቪላዊ ኣገልግሎት፣ ሚያዝያ 7, 1933) |
| ኣይሁድ፡ ክርስትያን ከደምቲ ወይ ክርስትያን ባሮት ከይህልዎም ተኸልከሉ። (ሳልሳይ ዋዕላ ኦርሊንስ፣ 538) | ኣይሁድ፡ ንጀርመናውያን ደቀኣንስትዮ ወይ ናይ ስጋ መቐርበን ንዘቤታዊ ዕዮ ከይቆጽሩ ተኸልከሉ። (ሕጊ ሓለዋ ደምን ክብረትን ጀርመን፣ ክፍሊ 1፣ መስከረም 15, 1935) |
| ካብ ሓሙስ ጽግቦ ኣትሒዝካ ንኣርባዕተ መዓልቲ (ኣብ ቅነ ፋሲካ) ኣይሁድ ናብ ጥቓ ክርስትያን ገጾም ክቐርቡ ኣይፍቀዶምን። (ሳልሳይ ዋዕላ ኦርሊንስ፣ 538) | ናይ ውሽጢ ዓዲ ኣመሓደርቲ ኣብ ገለ ገለ መዓልታት (መብዛሕትኡ ናይ ናዚ በዓላት ምዃኑ'ዩ) ኣይሁድ ኣብ ጐደና ከይርኣዩ ክኽልክልዎም ዘኽእል ኣዋጅ ተመሓላለፈ። (ታሕሳስ 3, 1933) |
| "ኑፋቔኣዊ" መጻሕፍቲ ኣይሁድ ብሓዊ ክቃጸል ትእዛዝ ተመሓላሊፉ። (መበል 12 ዋዕላ ቶሌዶ፣ 681) | ናዚ፡ መጠነ-ሰፊሕ ምቅጻል መጻሕፍቲ ኣካይዱ። (1933) |

| ሕገ / ኣዋጅ ቤተክርስትያን | ሕገ / ስጉምቲ ኣይሁድ |
|---|---|
| ርእሰ ሊቃነ ጳጳስ ግሪጎሪ ታሽዓይ ንንጉስ ፈረንሳ ኩሉ ኣብ ፓሪስ ዝነበረ ታልሙዳትን መጻሕፍቲ ኣይሁድን ከቃጽሎ ሓበሎ። በዚ ኸኣ ዓሰርተ ክልተ ሽሕ ቅድሓት መጻሕፍቲ ተቓጸለ። (1242)<br>ዝሰዓቡ ር.ሊ.ጳ፡ መጻሕፍቲ ታልሙድ ክቃጸል ኣዘዙ። እቶም ነዚ ዝኣዘዙ ኢኖሰንት ራብዓይ (1243-1254)፣ ክለመንት ራብዓይ (1256-1268)፣ ዮሃንስ መበል ዕስራን ክልተን (1316 - 1334)፣ ጳውሎስ ራብዓይ (1555 - 1559)፣ ፓየስ ሓሙሻይ (1566 - 1572) ከምኡ'ውን ክለመንት ሻምናይ (1592 - 1605) እዮም ነይሮም።<br>ማርቲን ሉተር፡ "ጥንቀላ፡ ሓሶት፡ መርገምን ጸርፍን ዝምሃሩሉ መጻሕፍቲ ጸሎቶምን ታልሙዳቶምን ክሕረሙ ይግባእ፣" ብምባል ጽሒፉ። (1543) | "ሕጂ መዋእል ጥሩፍ ኣይሁዳዊ ማእምርነት መኸተምታኡ በጺሑ'ዩ፣" (ዮሴፍ ጎበልስ) |
| ክርስትያን ኣብ ኣይሁዳውያን ሓካይም ከይደዶም ከይሕከሙ ተኸልኪሎ። (ሲኖዶስ ትሩላኒ፣ 692) | ኣይሁዳውያን ዶክተራት፡ ንዘይኣይሁዳውያን ሰባት ከይሕክሙ ተኸልኪሎም። (ሕግታት ዓሌት ናረምበርግ 1935, ኣዋጅ ነሓሰ 25, 1938) |
| ክርስትያን ምስ ኣይሁድ ኣብ ትሕቲ ሓደ ናሕሲ ከይቅመጡ ተኸልኪሉ። (ሲኖዶስ ናርቦን፣ 1050) | ኣይሁድ ኣብ ኣባይቶም ክዳጉኑ ብሀርማን ዊልሀልም ጎሪን መምርሒ ወጺ። (ታሕሳስ 28, 1938) |
| ኣይሁድ ልክዕ ከም ክርስትያን፡ ኣብ ቤተክርስትያን ዕሸሮም ክኸፍሉ ብግዲ ተባህሉ። (ሲኖዶስ ገሮና፣ 1078) | ኣይሁድ ብፍሉይ ግብሪ መለሳ ናይ ወፈያ ንፓርቲ ናዚ ክኸፍሉ ተኣዘዙ። (ታሕሳስ 24, 1940) |
| ኣይሁድ፡ ኣብ መጋባእያ ኣንጻር ክርስትያን መሰኻኽር ወይ ከሰስቲ ከይኮኑ ተኸልከሉ። (ሳልሳይ ላተራዊ ዋዕላ፣ ቀኖና 26, 1179) | ኣይሁድ ሲቪላዊ ጥርዓናት ካብ ምቕራብ ክእገዱ ብቻንስለር ፓርቲ እማመ ቀሪቡ። (መስከረም 9, 1942) |
| ኣይሁድ፡ ክርስትያን ንዘኾኑ ውልዶም ካብ መሰል ውርሻ ከውጽእዎም ከምዘይፍቀደም ተገብረ። (ሳልሳይ ላተራዊ ዋዕላ፣ ቀኖና 26, 1179) | ሚኒስትሪ ፍትሒ ንኹሉ "ምስ ርትዓዊ ኣተሓሳስባ" ህዝቢ ኣይከይድን'ዩ ዝበሎ ለበዋታት ፍርሺ ገይርዎ። (ነሓሰ 31, 1938) |
| ኣይሁድ ፍሉይ መለለዩ ምልክት ክገብሩ ብግዲ ተባህሉ። (ራብዓይ ላተራዊ ዋዕላ፣ ቀኖና 68, 1215) | ኣይሁድ፡ ፍሉይ መለለዩ ብጫ ትካብ ኮኾብ ናይ ዳዊት ክገብሩ ትእዛዝ ወጺ። (ኣዋጅ መስከረም 1, 1941) |
| ምስራሕ ሓደስቲ ኣባይቲ ጸሎት ተኸልከለ (ዋዕላ ኦክስፎርድ፣ 1222) | ኣብ መላእ ግዝኣት መሬት ናዚ ምዕናው ኣባይቲ ጸሎት ኣይሁድ ተኻየደ። (ሕዳር 10, 1938) |

| ሕጊ / ኣዋጅ ቤተክርስትያን | ሕጊ / ስጒምቲ ኣይሁድ |
|---|---|
| ክርስትያን፡ ናብ ዝኾነ ዓይነት ጽምብል ናይ ኣይሁድ ከይከዱ ተኸልኪሉ። (ሲኖዶስ ቬና፣ 1267) | ዕርክነት/ ምሕዝነት ምስ ኣይሁድ ምግባር ተኸልኪሉ። (ጥቅምቲ 24, 1941) |
| "ኣይሁድ በቲ ቀንዲ ጉደናታት ከይመላለሱ ክእገዱ ኣለዎም፣" (ማርቲን ሉተር፣ 1543) | ኣይሁድ መምርሒ ፍቓድ መኪና ከይሕዙ ተኸልከሉ፣ ታሴራ (ጁደንከንካርተ) ግን ግድን ክህልዎም ኣለዎ ዝብል ትእዛዝ ብናዚ ተመሓላለፈ። (ጁደንከንካርተ 1935) |
| ኣይሁድ ኣብ ጌቶ ጥራይ ክነብሩ ተገደዱ። (ሲኖዶስ ብረስላው፣ 1267) | ኣይሁድ ብሓይሊ ኣብ ጌቶ ከም ዝቕመጡ ተገብረ። (መስከረም 21, 1939) |
| ክርስትያን ዝኾነ ዓይነት ዘይተንቀሳቐሲ ንብረት ንኣይሁድ ከይሸጡ ተኸልከሉ። (ሲኖዶስ ኦፈን፣ 1279) | ኣይሁድ ብግዲ ዘይተንቀሳቓሲ ንብረቶም ክሸጥዎ ትእዛዝ ወጸ። (ታሕሳስ 3, 1938) |
| ክርስትያን ናብ ኣይሁድነት እምነቱ እንተ ቐየረ፡ ወይ ከኣ ዝተጠምቀ ኣይሁድ ተመሊሱ ናብ ኣይሁድነት እንተ ኣተወ እዚ ክልቲኣቱ ከም መናፍቕነት ይቑጸር። (ሲኖዶስ መይንዝ፣ 1310) | ክርስትያን ዝነበረ እሞ፡ ናብ ኣይሁድነት ዝኣተወ ብኹሉ ነገር ከም ኣይሁድ ይቆጸር። ውሳነ ኦበርላንደስገሪኽት ኮኒግስበርግ፣ ፎርዝ ዚቪልሰናት (ሰነ 26, 1942) |
| ኣይሁድ፡ ኣብ መንጐ ክርስትያን ከም ኣፈጸምቲ ጉዳያት ወይ ውዕል ክኾኑ ኣይፍቀድን። ብፍላይ እኳ ውዕል መርዓ። (ዋዕላ ባሰል፣ እብረ 19, 1434) | ናይ ኣይሁድ ወኪላት ዘይንቀሳቐስ ንብረት፣ ወኪላት ድለላ፣ ወኪላት መርዓ ኮይኖም ንዘይኣይሁዳውያን ዘስተናግዱ ክዕጸዉ ተኣዘዘ። (ኣዋጅ ነሓሰ 6, 1938) |
| ኣይሁድ ኣካዳምያዊ ዲግሪ ከይህልዎም ተኸልከሉ። (ዋዕላ ባሰል፣ እብረ 19, 1434) | ዩኒቨርሲቲ ናይ ጀርመን ብዝሒ ተመሃሮ ከጉድላ ትእዛዝ ተመሓላለፈ። (ሚያዝያ 25, 1933) |
| "ምኩራባቶም ብሓዊ ይቃጸል . . . ልክዕ ከምኡ ኣባይቶም ክፈርስን ክዓኑን ይግባእ፣" (ማርቲን ሉተር፣ 1543) | 119 ኣባይቲ ጸሎትን፡ ካልእ መቑጸሪ ዘይብሉ ዱኳውንትን ኣባይትን ሓዊ ተረኩዕሉ። (ክሪስታልናኽት፣ ሕዳር 9-10, 1938)<br>ኣብ ሪጋን ላትቭያን ዝነበረ ኣባይቲ ጸሎት ብሓዊ ተቓጸለ። ብዙሓት ኣብ ውሽጡ ዝነበሩ ኣይሁድ ድማ በቲ ሓዊ ሞኾ በሉ። (1941) |
| "ከም ዕቡዳት ኣኽላባት ካብታ ምድሪ ይሰጐጉ፣" (ማርቲን ሉተር፣ 1543) | ሓንቲ ኣይሁዳዊት ሰበይቲ ኣብ ሓደ ባኅኒ ተጻዒና እናተወሰደት ከላ፡ ነቲ ሓቝፋቶ ዝነበረት ህጻን ብጨርቂ ጠቕሊላ ኣብኡ ሒደት ገንዘብ ወቲፋ ካብቲ ዝሕሉ ዝነበረ ሾትዝሽስታፈ (SS guard) ሓቢኣ ክትድርብዮ ተረኽበት። እቲ ሓላዊ ነቲ ጨርቂ ቀሊዑ፣ ነቲ ቆልዓ ብእግሩ ድሒሪ ምንጥልጣል፡ ኣብ ቅድሚ የዒንቲ ኣዲኡ ምስ መንኮርኮር ናይታ ባኅኒ ርእሱ ኣላቲሙ ቀተሎ።[53] |
| "ኣብ ምድርና ሕሱራት ምሩኻት እምበር ከምቲ ዝምክሕዎ ጉይቶት ከም ዘይኮኑ ምእንቲ ክፈልጡ ከም ጂፕሲ ኣብ ትሕቲ ሓደ ናሕሲ ወይ ከኣ ኣብ ጋጽ ናይ ኣፍራስ ክቕመጡ | ናዚ፡ ልዕሊ 300 መዳኅኒ መዓስከራት ሰሪሖም። ኣብዚ እቶም ዝበዝሑ ሚእታዊት እሱራት ኣይሁድ ነይሮም። ካብቶም ኣብ ኤውሮጳ ዝነበሩ ትሽዓተ ሚልዮን ኣይሁድ፣ እቶም ሽዱሽተ |

| ሕገ / ኣዋጅ ቤተክርስትያን | ሕገ / ስጉምቲ ኣይሁድ |
|---|---|
| *ይግባእ ነይሩ። . . . ዝፍትን ዲንን ደርብዩሎም፡ ኣበይ እሞ ሓዊ ናይ ሲኦል ናብኣታቶም ክድርበ እንተ ዝከኣል ከመይ ጽቡቕ ነይሩ። እዚ ንኽብሪ ኣምላኽን ንክብሪ ክርስትናን ክግበር ይግባእ፣”* (ማርቲን ሉተር፣ 1543) | *ሚልዮን ብክመማዊ ጭፍጨፋ ሃሊቖም።* (1938 - 1945) |

ኣብ 1961 *ተመራማሪ ታሪኽ ራውል ሂልበርግ ጥፍኣት ኤውሮጳውያን ኣይሁድ* ዝብል *መጽሓፍ ጽሒፉ። እዚ ድማ ናይ መጀመርታ ኩለመዳያዊ ታሪኻዊ መጽናዕቲ ናዚ ምዃኑ ይፍለጥ። ኣብዚ ዓቢይ ስራሕ ሂልበርግ ዝተፈላለዩ ሕግታት ወይ ኣዋጃት ቤተክርስትያን ምስ ተመሳሳሊ ሕግታት ወይ ኣዋጃት ናዚ ዘነጻጸረ ሰንጠረዥ ኣዳለወ። ካብዚ ግዜ እዚ ጀሚሩ እዚ ሰንጠረዥ ኣብ ዝተፈላለዩ ስርሓትን ኣብ ኢንተርነትን ብሰፊሑ ዳግማይ ተሓቲሙ። ልዕል ኢሉ ኣብ ዘሎ ሰንጠረዥ ካብ ናይ ሂልበርግ ዝወሰድኩዎ ነገራት'ኳ እንተሃለወ ነቲ ናይ ማርቲን ሉተር “ፍታሓት” ባዕለይ ዝመላእኩዎን ዘመሓየሽኩዎን'ዩ። ኣንባቢ እማመታት፡ ሕግታትን ኣዋጃትን ስርዓት ናዚ ምስቲ ኤውሮጳውያን ኣብያተ ክርስትያን ኣንጻር ኣይሁድ ዘውጽእኦ ሕግታትን እማመታትን ኣዋጃትን ክሳብ ክንደይ ከም ዝመሳሰል ይገንዘብ።*

***<u>መደምደምታ</u>***

*እዚ ሓጺር መጽናዕቲ ክርስትያናዊ ጽልኣትን ስደትን ኣይሁድ ኣዝዩ ከፊላውን ነቲ ናይ ክልተ ሚለንያታት ግፍዒ ብውሑዱ ዝተናኸፍን ጥራይ እዩ። ኩሉ እቲ ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ብክርስትያንን ቤተክርስትያንን ዝወረደ ግፍዕን ኣደራዕን እንተ ዝጸሓፍ፣ እዚ መጽሓፍ ብምሉኡ'ኳ ኣይምኣኸለን። እቲ ኣብዚ ክገብሮ ዝፈተንኩ ሓደ ነገር፡ ኣብ ኩሉ ታሪኽ ክርስትና እቲ ንህዝቢ ኣይሁድ ዝበጽሖም መከራ ክሳብ ክንደይ ሰፊሕን ዓገብ ዘይበሃሎ ነገር ከምዝነበረን ክርእየኩም ጥራይ'ዩ ነይሩ። ከምዚ ዝበለ ክርስትያናዊ ግፍዒ ኣብ ልዕሊ እቶም ካልኦት ዓሌታት ኣይበጽሐን። እዚ ኣጸቢቐኩም ኣስተብህሉሉ። እዚ ዘየዳሉ ግፍዒ ዝተፈጸመሉ ጉዳይ ኣይነበረን። ህዝቢ ኣይሁድ እቶም ቀዳሞት ግዳይ ናይቲ ብክርስትያን ዝተፈጸመ ዕላማዊ ጽልኣት እዮም። ኣብቲ ዝበዝሐ ክፋል ታሪኽ ቤተክርስትያን “ጽልኣት ኣይሁድን” “ክርስትናን” ዘይነጻጸሉ ገጻት ናይ ሓንቲ ሳንቲም ኮይኖም እዮም መጺኦም። ክንደይ ዘሕምም ሓቂ'ዩ። ዝሓለፈ ዓሰርተ ሸሞንተ ዘመናት ጽልኣት ኣይሁድ ልክዕ ከም ዶክትሪ ስላሴ ወይ ዶክትሪን ልብሰተ-ስጋ ክርስቶስ ሓደ ክፋል ክርስትና ኮይኑ'ዩ መጺኡ። ኣብ ዝቕጽል ምዕራፍ፡ እዚ ዘሕንኽ ታሪኽ ጽልኣት ኣይሁድ ብኸመይ ምስ ዶክትሪን ሱፐርሰሽንዝም ወይ መተካእታዊ ስነ-መለኮት ብቐጥታ ከም ዝጋጠም ክንርኢ ኢና።*

# 11

# ሱፐርሰሽንዝምን ጽልኣት ኣይሁድን

- - - - - - ◆ - - - - - -

ብርግጽ ዋላ'ኳ ኩሎም ሱፐርሰሽኒስታውያን ታሪኻዊ ሕሉፍ ጽልኣት ኣይሁድ ኣይንበሮም፣ እቶም ዝበዝሑ ጸላእቲ ኣይሁድ ግን ሱፐርሰሽኒስታውያን እዮም ነይሮም። ግደ ሓቂ፡ ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን ተመሊስኩም በቶም ዓበይቲ ክርስትያን ሊቃውንቲ ስነ-መለኮት ኣብ ዝተጻሕፈ ጽሑፋት፡ ብዛዕባ ፍቕሪ ንኣይሁድ ዝገልጽ ቁንጣሮ ኣብነታት'ኳ ኣይክትረኽቡን ኢኹም። በንጻሩ ግና ጽልኢ ኣይሁድ ዘውስእ ድርሳናት ልሙድ ነገር ነይሩ። እቲ ዝሓሸ ዝበሃል እትረኽብዎ ጽሑፋት፡ ኣንጻር ኣይሁድ ጐነጽን ኢሰብኣዊ ኣተሓሕዛን ዘኹንን ሒደት ኣብነታት'ዩ። እዚ ግን ግደፍ ከምቲ ኣብ ልቢ ኣምላኽ ዘሎ ፍቕሪ ክመጽእሲ፡ ጳውሎስ ዝጠለቦ፡ ወይ ክህሉ ኣለዎ ዝበሎ ፍቕሪ እኳ ካብዚ ኣዝዩ ዝረሓቐ'ዩ። ብዙሓት ሱፐርሰሽኒስታውያን ዋላ'ኳ ኣይተኣመኑዎ፡ ግና እቲ ብዛዕባ ምንጻግ እስራኤል ኢሉ ዝጀመረ ስነ-መለኮታዊ መጐተታት ዳሕራይ ግና ናብ ግብራዊ ምክልባት ህዝቢ ኣይሁድ ኣምሪሑ። ኣብ ዝሓለፈ 18 ዘመናት ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ዝተፈጸመ ግፍዕታት ምሉእ ብምሉእ ብሰንኪ ዶክትሪን ሱፐርሰሽንዝም ዝሰዓበ'ዩ። ኣብዚ ምዕራፍ ሱፐርሰሽንዝምን ቀጥታዊ ምትእስሳሩ ምስ ጽልኣትን ስደትን ኣይሁድ ከመይ ይመስል ክድህስሶ ይደሊ።

## ስነ-መለኮት ምቕንጣጥ

ታሪኽ ቤተክርስትያን ዕርቃኑ ብዝወጸ ጽልኣት ኣይሁድ ዝገርገረ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብዝሓኦም ዘመናውያን ሱፐርሰሽንስታውያን ግን ነዚ ሓቀኛ ፍረ ናይ እምነቶም ክሸፋፍኑዎ እዮም ዝፍትኑ። ከምኡ ስለዝኾነ፡ ንመርገጺኦም ንምግላጽ መብዛሕትኡ ግዜ ከም "ስነ-መለኮት ምትእትታው" ወይ "ስነ-መለኮት ምልኣት" ዝኣመሰሉ ቃላት ይጥቀሙ። እዚ ዕበጦዕበጦ እዩ። ኣብዚ ኣርእስቲ እዚ ናይ ነዊሕ ዓመታት መጽናዕቲ ንዘይገበረ ክርስትያን፡ የሱሰ-ቅጽጸት ቋንቋ ብምጥቃም፣ "እቲ ንኣይሁድ እተዋህበ ተስፋ ኣምላኽ፡ ሕጂ ብመንፈስ ኣብ ክርስቶስ ተፈጺሙ'ዩ፣" ብማለት ወይ ንእኡ ዝመስል

መግለጺታት እናኣምጻእካ ነቲ ጉዳይ ክትሓላልኾ ምፍታን'ዩ። ከምዚ ዓይነት ርእይቶ ጉልባብ መንፈሳውነት ዘለዎ ግና ነቲ ደባን ሸነኽ ሱፐርሰሽንዝም ዝኸውል'ዩ። እቲ ዘሕዝን ግን ከም "ስነ-መለኮት ምልኣት" ዝኣመሰለ ቋንቋ፡ ልክዕ ከም ናይ ዘመንና "ማሕበራዊ ፍትሒ" ልምድቲ-ሓረግ ብምግባር እንተድለየ'ውን ስም የሱስ ከም መማኽርቲ ምስኡ ኣጣቢቕካ ነቲ ዘይመጽሓፍ ቅዱሳዊ፡ ዓሌታውን መሪርን መድሃኒት ሱፐርሰሽንዝም ከተጠዓዕሞ ምፍታን'ዩ።

ኣብ የሩሳሌም ምስ ኣቨነር ቦስኪ - እስራኤላዊ ምሁር - ኣብ ዝገበርክዎ ቃለ ምልልስ፡ ዕላልና ኣብ መወዳእታ ናብዚ ጉዳይ በጺሑ። "መተካእታዊ ስነ-መለኮት" በለኒ ኣቨነር፡ "ትፈልጥ ኢኻ፡ ገለ ሰባት ነታ ቃል ኣይፈትውዋን እዮም፡ ስለዚ ኣብ ክንድኡ 'ስነ-መለኮት ምትእትታው' 'ስነ-መለኮት ምግንዛብ' ወይ 'ስነ-መለኮት ምልኣት' ዝብሉ ቃላት ይጥቀሙ፣"። ቀጺሉ ነቲ ርእሲ ጉዳይ ከምዚ ብምባል ገለጸለይ፡ "እዚ ልክዕ ከም ኣብ ገዛኻ ኣትየ ሰደቓኻ እንተ ሰሪቐ'ሞ 'እዋእ፡ እዚ ሰደቓ ጽብቕቲ መቐበል ኣጋይሽ ቤት ክትህልወኒ፡ ሕልመይን ተስፋይን ኣጸቢቑ ዘገንዝብን ዘማልእን'ዩ፣' ብምባል እንተወሲደዮ፡ ሕልመይን ተስፋይን ብዘየገድስ እዚ ስርቂ'ዩ። ምኽንያቱ ጳውሎስ እንታይ ይብል፧ እቲ መብጽዓታት ንኣይሁድ ድዩ ተዋሂቡ፧ እወ፡ ሮሜ 11፡28-29 እግዚኣብርሄር ንህዝቢ ኣይሁድ ዝሃቦ ውህበትን ጽውዓን ዘይጠዓሰሉ እዩ ይብል፣"

ኣቨነር ሓቂ'ዩ ነይሩ። ዝኾነ ንኣይሁድ ካብቲ ናይ ሕብረት ጽውዓኦምን ሕርየቶምን ክገፎም ዝፍትን ወይስ ናይ መጻኢ ምሕዳስ ኣይሁዳዊት መንግስቲ እስራኤል ዝነጽግ ትምህርቲ ንሱ ብሓቂ ስነ-መለኮታዊ ስርቂ'ዩ። "ምትእትታው" "ምልኣት" ፡ "መተካእታዊ" ብዝደለየ ስነ-መለኮታዊ ስም ይጸዋዕ ካብዚ ክልቲኡ ንሓዲኡ ወሲዱ ብኻልእ ክቕይሮ እንተ ፈቲኑ "ስነ-መለኮት መተካእታ" እዩ። ሓጺርን ቀሊልን።

ኮይኑ ግን ናይ ሓቂ "ናይ ምትእትታው ስነ-መለኮት" ክበሃል እንተኾይኑ፡ ንዝኾነ ምስ ኣምላኽ እስራኤል ክመላለስ ዝደሊ ሰብ እተእቱ/እትሓቑፍ ኣይሁዳዊት መንግስቲ ንመጻኢ ክትግለጽ'ያ ክብል ነይርዎ። ናይ ሓቂ "ስነ-መለኮት ምልኣት" ክበሃል እንተኾይኑ፡ ኣምላኽ ንህዝቢ ኣይሁድ ዝኣተዎ መብጽዓታት ክምልኦ/ክፍጽሞ እዩ ኢሉ ምተማጎተ። እዚ ሎሚ ሱፐርሰሽኒስታውያን "ስነ-መለኮት ምልኣት" ፡ "ስነ-መለኮት ምትእትታው" ዝብልዎ ግን ክንዮ ደባን መጋረጃ እተሓብአ፡ ዳግመ-ዝተረቕዐ እቲ ናይ ቀደም "መተካእታዊ ስነ-መለኮት" ጥራይ እዩ።

ሚስዮናውን ጸሓፍን ዳልተን ቶማስ እውን ንሱፐርሰሽንዝም ወይ መተካእታዊ ስነ-መለኮት ዝገልጽ ጠቓሚ ቃል ኣቕሪቡ ኣሎ፣ ቶማስ ይብል፣ "ካብቲ ርእሲ ጉዳይ ምእንቲ ከይንወጽእን ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ ንነዊሕ ዝጸንሐ ክርክር ናይ ቃላዊ ስነ-ብህለት ንኸነወግድን 'ስነ-መለኮት ምቕንጣጥ (Divestment Theology)' ዝብል ቃል ክጥቀም ይደሊ። ካልኦት'ውን ከምኡ ኢሎም ክጽውዕዎ የተባብዕ። ኩሉ መግለጺታቱ ኣብ መወዳእታኡ ኣብ ምቕንጣጥ ዝብል ምጉት እዩ ዝእሰር፣"

ቀጺሉ ቶማስ ምቕንጣጥ (Divestment) ዝብል ቃል ኣብ መዝገበ ቃላት ሜርያም ዌብስተር ዝተዋህቦ ትርጉም ይገልጽ፣

- ብፍላይ ንብረት፡ ስልጣን ወይ ርእሰ-ማል ንምምንዛዕ ወይ ምግዳፍ
- ብፍላይ ክዳን፡ ጌጽ ወይ መሳርሒታት ምግፋፍ ወይ ምውላቕ
- ካብ ውጽኢት ሓደ ነገር ምእላይ ወይ ሓራ ንምግባር
- ካብ ሓደ ሰብ ምውሳድ . . .

ቶማስ ከምዚ ኢሉ ይድምድም፣

ኣብ ማእከል [ሱፐርሰሽንስታዊ ኣረኣእያ] ፡ እቲ ንነዊሕ ዝጸንሐ ሃገራዊ ተስፋ ኣይሁድ ተሳዒሩ ብእኡ ድማ "ዳግማይ ተመሓዩሹ"ን "ፍጹም ምልኣታዊ" ኮይኑን ዝብል ሓሳብ ኣሎ። እንታይ ዓይነት ምልኣት፧ በቲ ሓደ ወገን "ኩሉ ፍጥረት" ዝምልኣሉ/ ዝሕወሰሉ/ ዝጥቕለለሉ፡ ድማ በቲ ካልእ ወገን ድማ ኣይሁድ ሃገራዊ ጽሕፍትኦምን ተስፋኦምን ዝቕንጠጡሉ!![1]

ርእይቶ ቶማስ ትኽክል'ዩ። ብርግጽ እቲ ናይ ኪዳን ተስፋታት ንኹሉ ፍጥረት ዝምልእ/ዘጠቓልል እዩ እናበልና ግን ከኣ ኣምላኽ ከምቲ ንዳዊት ዝሃቦ ተስፋ ንመጻኢ ንእስራኤል መንግስቲ ኣይከቕሙላን'ዩ እንተኢልና እዚ ተስፋ ኣይሁድ ምቕንጣጥ እዩ። ቶማስ ብዛዕባ ምቕንጣጥ ሃገራዊ ጽሕፍቶን ተስፋን እስራኤል ጥራይ'ዩ ተዛሪቡ፡ እቲ ሓቀኛ ውጽኢቱ ግን ካብኡ ኣዝዩ ዝዛይድ'ዩ። ሱፐርሰሽንዝም ንህዝቢ ኣይሁድ መንነቱን ከም ህዝቢ ናይ ምህላው መሰሉን እዩ ክቕንጥጦ ዝፍትን። እስከ ነቲ ሓደገኛ ስነ-መጕት ሱፐርሰሽንዝም ተጠንቂቕና ንርኣዮ። ብመሰረት ጋሪ ደማርን ፒተር ሌይትሃርትን ክርስቶስ ናብዛ ምድሪ ክመጽእ ከሎ ሓደ ኻብቲ ቀንዲ ዕላማኡ ሃገረ እስራኤል ንምጥፋእ እዩ ነይሩ፣ "ክርስቶስ ንቤተ ክርስቲያኑ ኣብ ልዕሊ ኣህዛብ ገዛኢት ክገብራ ከም ዝመጸ ዘርኢ ንጹር ኣብነት፡ ምጥፋእ ናይታ ንቀዳመይቲ ቤተክርስትያን ዘሳደደት ሃገር ኣይሁድ እዩ(ማቴ 24፤ ሉቃ 21፤ ግብሪ ሃዋርያት 6፡8-15 ተመልከት)። ክርስቶስ ንእስራኤል ብምጥፋእ በረኸት መንግስቲ ኣምላኽ ካብ እስራኤል ናብ ሓድሽ ህዝቢ ማለት ቤተክርስትያን ኣሰጋጊርዎ። እዚ ኣብ ወንጌላት ዘሎ ኣገዳሲ ቴማ እዩ፣" ይብሉ።

ናይ ደማርን ሌይትሃርትን እምንቶ ዘፈራዊ ኣይኮነን፣ እዚ ተራ/ልሙድ እምንቶ ሱፐርሰሽንዝም እዩ። ፍለጡ ብዛዕባ ግዝያዊ መቕጻዕቲ ዘይኰነስ ነባሪ ጥፍኣት እስራኤል እዮም ዝዛረቡ ዘለዉ። ከምቲ ጀርመናዊ ምሁር ማርቲን ኖት ዝገልጾ፡ ኣብ 70 ድ.ል.ክ "የሩሳሌም ምልክት ዓደቦ ምኺን ኣቋሪጻ፡ እስራኤል ጠፊኣ፡ ታሪኽ ኣይሁድ ድማ ኣኺቲሙ፣"[2] ዝበሎ ዝመስል'ዩ።

እዚ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ፧ ነባሪ ጥፍኣት እስራኤል ፍቓድ እግዚኣብሄር ካብ ኮነ፡ ታሪኽ እስራኤል ድማ ሕጂ ኣብ መወዳእታኡ እንተበጺሑ፡ ሎሚ ክርስትያን ብዛዕባ ሃገረ እስራኤል እንታይ ክብሉ ወይ ክሓስቡ ይኽእሉ፧ ታሪኽ እስራኤል ኣብ 70 ድ.ል.ክ.

እንተ ኣኽቲሙ፡ ቤተክርስትያን ድማ እታ ሓዳስ እስራኤል እንተ፝ኾይና (ወይ ከምቲ ጃስቲን ሰማእት ዝበሎ "ሓቀኛ ዘርኢ እስራኤል" እንተ፝ኾይና) እዞም ሎሚ ንርእሶም እስራኤላውያን ኢሎም ዝጽውዑ ሰባት እንታዎት እዮም፧ ዶስ መንነት-ኣልቦ ሰባት እዮም፧ ብዛዕባ እዚ ዝሓለፈ ናይ 18 ዘመናት ታሪኽ ኣይሁድከ እንታይ ክንብል ኢና፧ እቲ ዝዓበየ ነገር ድማ ንመጻኢኦም ብዝምልከት እንታይ ክንብል ኢና፧ ሓደ ሰብ ንሱፐርሰሽንስታዊ ስነ መጐት ን፝ቐድሚት እንተ ወሲድዎ፡ ንቤተ መ፝ቕደስን ነቲ ህዝቢ ኣይሁድ መንነቱ ኣብ ዙርያኡ ዝረ፝ኽበሉ ሃለዋትን ንሓዋሩ ብምዕናው፡ ጉይታ ብሓቂ ንመንነት ህዝቢ ኣይሁድ ኣጥፊእዎ ነይሩ ማለት እዩ። ም፝ኽንያቱ እዞም ነገራት እዚኣቶም እዮም - ወይ እንተወሓደ ተስፋ መጻኢ ምሕዳሶም - ንህዝቢ ኣይሁድ መንነቱ ዝህብዎ። ሱፐርሰሽንስታዊ ኣልበርቱስ ፒተርስ ከምዚ ኢሉ መደምደምታ ይህብ፣

> ድሕሪ ምምጻእ ሓዲሽ ኪዳን፡ ኣምላ፝ኽ ድሕሪ ደጊም ህዝቢ ኣይሁድ ኣብ ዓለም ከይህልዉ ፈቒዱ፣ ግና እንሄዉ። ብሓቂ እዚ ኣዚዩ ዘጉሂ እዩ፣ ከመይሲ ሕጂ'ውን ኣብ ኣምላ፝ኽ ይዕምጹ ኣለዉ። ብሰንኪ እዚ ክፍኣት'ዚ ድማ ወረስቲ ናይቲ ብዙሕን ኣዝዩ ክቡርን ተስፋታት ኣምላ፝ኽ ካብ ም፝ኧን ተኣልዮም እዮም። ከምዚ ኢልካ ምሕሳብ ዘገርም'ዩ። ከመይ ኢሉ እዩ ኣብ ልዕሊ እዞም ቁጥዓ ኣምላ፝ኽ "ብምልኣት" እተ፝ኻዕወሎም ጉጅለ ገና ትንቢታት መለኮታዊ ጸጋ ኣሎ ክንብል ን፝ኽእል፧[3]

ዋላ'ኳ ኩሎም ሱፐርሰሽኒስታውያን ከም ፒተርስ ብግልጺ ዝዛረቡ ኣይ፝ኾኑ፡ ርእይቶታቱ ግን ብልክዕ ነቲ ቀታሊ ምጉት ሱፐርሰሽንዝም ይውክል። ስነ-መለኮትን ዶክትሪንን እምንቶን ንኣተሓሳስባን ተግባራትን ዝ፝ኾነ ሰብ ይጸልዎ እዩ። ዝ፝ኾነ ይ፝ኹን ሚዛናዊ መጽናዕቲ ታሪኽ ቤተክርስትያን ከምዝሕብሮ እቲ ነዊሕ ታሪኻዊ ስነ-መለኮት ሱፐርሰሽንዝም / ም፝ቕንጣጥ ቤተክርስትያን፡ ብተደጋጋሚ ኣንጻር ኣይሁድ ዓሌታዊ ኣድልዎን ብዙሕ ግዜ ድማ ተግባራት ዓመጽን ቅትለትን ኣ፝ኸቲሉ እዩ። ልክዕ በዚ'የ ድማ ዳልተን "ስነ-መለኮት ም፝ቕንጣጥ" ዝብል ቃል ምጥቃሙ ኣዝዩ ቅኑዕ ኮይኑ ዝረ፝ኸብክዎ። ም፝ኽንያቱ ሱፐርሰሽንዝም ንእስራኤል ካብ "ሃገራዊ ጽሕፍቶኦምን ተስፍኦምን" ጥራይ ዘይኮነ፡ መንነቶምን ከም ህዝቢ ናይ ምህላው መሰሎምን እንተላይ'ዩ ዝ፝ቕንጥጦም። ህዝቢ ኣይሁድ ድሕሪ ደጊም ሃገራዊ ተስፋ፡ ጻውዒት ወይ መጻኢ እንተዘይብሎም፡ ኣብ ሓደ እዋን ዝነበሩ ሕጂ ግና እተሸርቡ ወይ ኣብ መስርሕ ምሽራብ ዘለዉ ምትሃት እዮም ማለት'ዩ። ስለዚ፡ እቲ ህዝቢ ኣይሁድ ህላወኦም ንም፝ቕጻልን ኣብታ ምድሪ ተስፋ ዳግማይ ህልዋቶም ንም፝ቕጻል ዘርኣይዎ ጽኑዕ ቀራጽነት፡ እዚ ከም ፍቓድ ረሲኣን ሰባት ጥራይ እዩ ክረአ ዝ፝ኽእል ማለት'ዩ፡ ወይ ከምቲ ፒተርስ ዝገልጾ፡ ፍጹም ካብ ፍቓድ ኣምላ፝ኽ ውጻኢ ዝ፝ኾነ ተግባራት እከይን ዓመጽን እዩ።

ብርግጽ፡ ሕጂ እውን ኩሎም ሱፐርሰሽንስታዊ ኣረኣእያ ዘለዎም ክርስትያን ንኣይሁድ ይጸልእዎም እዮም ይብል ከምዘየሎ፝ኹ ኣዝዩ ንጹር ክ፝ኸውን ይደሊ። ሎሚ ካብቶም ነዚ

ሓሳባት'ዚ ዝድግፉ መምሃራን መብዛሕቲኦም ኣንጻር ህዝቢ ኣይሁድ ስምዒት ጽልኢ ከምዘይብሎም ዘጠራጥር ኣይኰነን። መብዛሕቲኦም ቅኑዕ ኣንቀጾ ዘለዎም፡ ንየሱስ ዘፍቅሩ፡ ሓቂ ንሰብኽ ኣለና ኢሎም ዝኣምኑ ምናልባት'ውን ንህዝቢ እስራኤል ዘፍቅሩ እዮም። ኮይኑ ግዳ፡ ምህላው ሰናይ ኣንቀጾ ነቲ ብየዋህነት ክስዕብ ዝኽእል ጣጣ ደው ከብሎ ኣይክእልን'ዩ። ኣይሁድ ንምጥፋእ ብዝምልከት፡ ጥሩፍ እስልምና ወይ ናዚነት ወይ እቲ ዝያዳ ረቒቕ ግን ከኣ ብባህሪኡ ዘዳኽም ሳዕቤናት ሱፐርሰሽንዝም ኩላቶም ኣብ ሓደ ስፐክትሩም እዮም ዘለዉ። ኩሎም እዚኦም ብልክዕ ሓደ መወዳእታ'ዩ ዘለዎም። እዚ ድማ ምድኻም፣ ምቕንጣጥ ኣብ መወዳእታ ድማ ምጥፋእ መንግስቲ ኣይሁድን ህዝቢ ኣይሁድን እዩ።

እቲ ፒተርስ ዝሃቦ ርእይቶ ደጊምና ንርኣዮ። ቀዳማይ፡ ሕጂ'ውን ኣብዛ ዓለም ኣይሁድ ምህላዎም "ኣዝዩ ዘጉሂ" እዩ ኢሉ። ድሕር'ዚ "ኣይሁድ ወረስቲ እቲ ብዙሕን ክቡርን ተስፋታት ኣምላኽ" ምባል "ዘገርም" እዩ ይብሎ። ሕጂ እዚ ኣብ 1950ታት ድሕሪ ህልቂት ናዚ ድሕሪ ሒደት ዓመታት ተጻሒፉ ነይሩ ኢልኩም ሕሰቡ። እንታይ ዓይነት ዘይምድንጋጽን ዘይምግዳስን መመላኸተ፧

ሓሳባት እንተስ ብየዋህነት እንተስ ብፍላጥ ኩሉ ግዜ ሳዕቤን ኣለዎም። በጃኹም ስምዑ። ብፍላይ ምስ ጉዳያት ዓሌትን መንነትን ኣብ እንገጥመሉ እዋን ብፍላይ ድማ ኣብ ውሽጢ እዚ ኣዝዩ ጥንታዊ መንፈሳዊ ውግእ ሓሳባት ወሳኒ ሳዕቤን ክህልዎም'ዩ። ንእስራኤል ከም ሃገርን ከም ህዝብን ንሓዋሩ ንምጥፋእ ፍቓድ ኣምላኽ ምንባሩ ምእማን፡ ከምኡ ክሽውን ምምናይ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ነዚ ክውን ንምግባር ኣብ ጎኒ ኣምላኽ ምስላፍ፣ ኢልካ ተግባራዊ ፍሪኡ ክርአ ግዚፍ ዝላ ዘድልዮ ነገር ኣይኮነን። ከም ክርስትያን መጠን ብቕንዕና ክንዛረብ እንተ ኼንና እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣይሁድ ዝሰዓበ ነዊሕ ታሪኽ ጽልኢ፡ ተጻብኦ፡ ጸርፊ ወይ ግሉጽ ዓመጽን ቅትለትን ቀጥታዊ ውጽኢት ናይዞም ዶክትሪናት እዩ።

<u>*መደምደምታ*</u>

ሱፐርሰሽንዝም ብኣህዛብ ኣመንቲ ዝተመሃዘ ዘይመጽሓፍ ቅዱሳዊ ዶክትሪን/ ስነ-መለኮታዊ ትምህርቲ እዩ። ብጸጋ ናብ ህዝቢ ኣምላኽ ምእታውን ዘይግባእ መጉስ ኣምላኽ ምርካብን ድማ ቀሊሉስ ተጠዊኻ ንህዝቢ ኣይሁድ ካብቲ ኣምላኽ ዝሃቦም ተስፋታት ከተግድፎም / ከተላቕቖም ምፍታን ምስ ምንታይ ይቓጸር። ሕጂ'ውን ዝኾነ ሰብ ድላዩ ኢሉ ይጸውዓዮ ከምዝደለየ ገይሩ ወራሪቑ ከቕርቦ ይፈትን ኣብ መወዳእታኡ መሰል ህላወ ኣይሁድ ዝቕንጥጥ፡ ካብቲ ናይ መጻኢ ተስፋን ጽውዓን ሕርየትን ከግልሎም ዝፍትን፡ ንሱ ስነ-መለኮት ዓሌታዊ ኣድልዎ'ዩ። ከምቲ ኣብ መእተዊ ናይዚ ምዕራፍ እተገልጸ፡ ኣብ ታሪኽ ኩሉ ዋላ'ኳ ብምልኦም ሱፐርሰሽኒስታውያን ውሽጣዊ ጽልኣት ኣይሁድ ኣይንበሮም፡ መብዛሕትኦም እቶም ንኣይሁድ ብግልጺ ዝጸልኡን ዘሳድዱን ሰባት ግን ሱፐርሰሽንስታውያን እዮም ነይሮም ምባል ቅኑዕን እምብዛ ሓቅን'ዩ።

ብርግጽ ደገፍቲ ሱፐርሰሽንዝም፡ እቲ ንዝሓለፈ ክልተ ሽሕ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣይሁድ ዝወረደ ግፍዕን ኣደራዕን ቀሉዕ ፍረ ዶክትሪን ሱፐርሰሽንዝም ምዃኑ ኣይእመኑን። ህልቂት ናዚ ሓደ ካብኡ እዩ። ከምቲ ካቶሊካዊ ምሁር ስነ-መለኮት ሃንስ ኩንግ ብልክዕ ዝበሎ፡ "ብዘመን ናዚ ኣብ ኣይሁድ ዝበጽሐ መግደራ ተግባራት ንኣምላኽ ዘይፈርሁ ጸረ-ክርስትያን ገበነኛታት'ዩ። እዚ ግን ብዘይ'ቲ ናይ ክልተ ሽሕ ዓመታት ቅድመ ታሪኽ ክርስትያናዊ ጽልኣት ኣይሁድ ክዉን ኣይምኾነን ነይሩ፣"[4]

ካብ ቤተክርስትያን ወጻኢ ዘለዉ ተመራመርቲ ታሪኽ ከይተረፉ ነዚ ሓቂ'ዚ ርእዮሞ። ሕጂ ድማ ኣይሁዳውያንን ክርስትያንን ተመራመርቲ ታሪኽ ርእዮሞ። እቶም ከይርእይዎ ዝኣብዩ ዘለዉ፡ እቶም ነዚ ዶክትሪን ብንቕጽና ክኽተልዎ ዝደለዩ ጥራይ እዮም። ኣብ ኩሉ ዘለዉ ክርስትያን ነዚ ንቤተክርስትያን ንነዊሕ ዘመናት ዘዕለቕለቓ ፈልፋሊ ክፍኣት ክርእዩ ኣዒንቶም ክኽፈታ ንጸሊ።

# 12

# እስላማዊ ሱፐርሰሽንዝም

- - - - - - ◆ - - - - - -

ኣብ መንጎ ሱፐርሰሽንዝምን ጽልኣት ኣይሁድን ዘሎ ዝምድና ድሮ ዳህሲስናዮ ኣሎና። እስልምና እውን ናይ ገዛእ ርእሱ ዓይነት ሱፐርሰሽንዝም ከም ዝሓቐፈ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ልክዕ ከም ክርስትና፡ ኢስላማዊ ሱፐርሰሽንዝም'ውን ኣብ ዝሓለፉ 14 ዘመናት ንህዝቢ ኣይሁድ ናብ ዘየቋርጽ ግፍዕን ጽልኣትን ኣዳሪግዎም'ዩ። እቲ ብኢስላም ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ዝፍጸም ዝነበረ ሕማቕ ኣተሓሕዛ ኣዝዩ ከቢድ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ 1172 ዓ.ም. ሙሴ ማይሞኒደስ ዝተባህለ ዓብዪ ኣይሁዳዊ መካር ከምዚ ይብል፡ "ህዝበ እስማኤል . . . ኣዝዮም ኣሳዲዶሙናን ንኣና ንምጕዳእን ንምውራድን ክፋእ ኣሊሞምን . . . ንኣና ንምውራድን ንምሕሳርን ዝገበሩዎ ምስ ናይ ወላሓደ ኣይመዓራረን። ከምዚ ናታቶም ገይሩ ዝደቐሰና የሎን፣"[1]

## ኢስላም ብኸመይ ካብ ክርስትና ንሱፐርሰሽንዝም ከም ዘርዓሞ

ትረኻ ኣተኣታትዋ ሱፐርሰሽንዝም ናብ ኢስላም ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ። መሓመድ ኣብ ሻብዓይ ክፍለ ዘመን ከም ዕኳኽ ንእሽቶ ነቢዩ ኮይኑ ኣብ ምድሪ ዓረብ ምስ ተገልጸ፡ ኩሎም እቶም ዘጓነፉዎ ክርስትያን ሱፐርሰሽኒስታውያን እዮም ነይሮም። ሃይማኖት እስልምና እናማዕበለ ብዝኸደ መሓመድ ኣብቶም ዝፈልጦም ክርስትያን ዝጸንሖ ኣረኣእያ ሱፐርሰሽንዝም ተቐቢሉ ናቱ ገበሮ። ጸኒሑ ብትራጀድያዊ ግን ከኣ ዘየገርም ጥውዮ፡ ክርስትያን ምድሪ ዓረብ ንርእሶም ግዳይ ሱፐርሰሽንዝም መሓመድ ኮይና ረኸቡዋ። ኢስላማዊ ሱፐርሰሽንዝም ካብ ክርስትያናዊ ሱፐርሰሽንዝም ኣዝዩ ዝጸንዐ ድማ ነበረ። ኢስላማዊ ሱፐርሰሽንዝም ክንዮ መለኮት መተካእታነት ዝኸደ ንኹላቶም ዘይሙስሊም በርቕቑ ከጥፍእ ዝመጽ ዕጥቃዊ ወፍሪ ነይሩ። ሃይማኖት እስልምና፡ ንክርስትናን ኣይሁድነትን ንኹሉ ካልእ ሃይማኖትን ንምትካእ ጥራይ ዘይኮነስ እንተላይ ሙስሊም፡ ንክርስትያንን ኣይሁድን ንኹሉ ካልእ ህዝብታትን ንምትካእ ዝሓለነ እዩ። በዚ ኸምዚ፡ ኣዝዩ ነዊሕ ከይጸንሐ፡ ኣብ ምድሪ ዓረብ ዝነበሩ ክርስትያንን ኣይሁድን ወይ ይግዝኡ

ወይ ድማ ብጥራሽ ይድምሰሱ ነበሩ። መሓመድ ብዘመኑ ካብ ዝረኸቦም፡ ሓደ ካብቲ ኣዝዩ ዝኸበረ ዓወታቱ ንኹላቶም ኣይሁድ ካብ ሓውሲ ደሴት ዓረብ ምጥፍኡ'ዩ ነይሩ።

መሓመድ ኣብ 632 ምስ ሞተ፡ ብድሕሪኡ ብዙሕ ከይጸንሑ ወራራት ኢስላም ተባሂሎም ዝፍለጡ ወተሃደራዊ ወፍርታት ሙስሊም ተጀመሩ። ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ከሊፋ ኣቡ በከርን ጀነራሉ ኻሊድ ኢብን ዋሊድ፡ ጭጉራፍ ኢስላማዊ ሱፐርሰሽንዝም ነጐደ። ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ዓመት፡ ኣብ መላእ ማእከላይ ምብራቕ (ምድሪ ናይታ ጥንታዊት ቤተክርስትያን)፡ ዝነበሩ ኣስታት ሓደ ሲሶ ናይ ሚልዮን ክርስትያን ተሓርዱ። እቶም ቀዳሞት እስላማዊ መዛግብቲ ናይዞም ፍጻመታት ከም ዘመልክትዎ፡ ሙስሊም ንሓንቲ ከተማ ምስ ከርደኑዋ፡ ንኹሎም ተቓወምቲ ቀቲሎም፡ ነቲ ምርኮ ይማቐሉ፡ ብገምጋም ካብ ሰላሳ ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ዝኾና ምሩኻት ደቂ ኣንስትዮ ድማ ምስ ሙስሊም ክምርዓዋ ሓደው ባሮት ጾታዊ ርክብ ክኾና ናብ መካ ይለኣኻ ከምዝነበራ ይሕብሩ። ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ዓመት ጥራይ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ክርስትያን ተቐትሉ። ሓደ ወለዶ ኣብ ዘይመልእ እዋን እስልምና ነቲ ጥንታዊ ሕምብርቲ ህዝበ-ክርስትያን ጨፍለቖ። ኣብ ውሽጢ ሚእቲ ዓመት፡ ሓምሳ ሚእታዊት ኣብ ገጽ ምድሪ ዝነበረ ክርስትና ኣብ ትሕቲ እስላማዊ መግዛእትን ምልክን ኣተወ።[2]

## ባህሊ ሱፐርሰሽንዝም ኣብ ኢስላም

ብርግጽ እስላማዊ መግለጺ ሱፐርሰሽንዝም ንመጀመርታ ግዜ እንርእዮ ኣብ ቀዳሞት መዓልታት እስልምና'ዩ። መሓመድ ናብቲ ኣብ መካ ዝርከብ ኣረማዊ መቕደስ ካዓባ ከይዱ ካብ ኩሉ ጣኦታቱ ብምንጻህ ናብ ማእከል ኣምልኾ እስላም ቀየሮ። እስላማዊ ሱፐርሰሺኒም፡ ሃይማኖት እስላም ኣብ ዘስፋሕፍሖ ዘበለ ከባቢታት ባህልታትን ሃይማኖታትን እናደምሰሰ ቀጸለ። እስላም እናዓበየ ብዝኸደ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዝነበረ ሃይማኖታዊ ስፍራታት ከም ምልክት እስላማዊ ዓወት ናብ መሳጊድ ተቐየረ። እቲ ኣብ 360 ድ.ል.ክ ዝተሃንጸ፡ ሓደ ግዜ ኣብ ዓለም ዝዓበየ ቤተክርስትያን ዝነበረ ሃግያ ሶፍያ ናይ ቁስጥንጥንያ (ናይ ሎሚ ኢስታንቡል) ብመሕመት ሰዓሪ (Mehmet the Qunquerer) ኣብ 1453 ናብ መስጊድ ተቐይሩ። እቲ ኣብቲ ቁባ ናይቲ ህንጻ ዝነበረ መስቀል፡ ብሂለል ተተኪኡ ኣሎ። ነዋሕቲ መኣዘኒታት ነቲ መዋቕር ብዙርያኡ ከቢቦሞ፣ ኣብ ምሉእ ውሽጣዊ ክፍሊ ከኣ ኣስማት ኣላህ፡ መሓመድን ቀዳሞት ኣርባዕተ ከሊፋታት እስልምና ብፊደላት ዓረብ ኣብ ዝተጻሕፉ ዓበይቲ ጽላት ተሰቒሎም ኣለዉ። ሎሚ እዚ ህንጻ ሙስሊም ንጸሎት ዝእከቡሉ ቤት መዘክር ኮይኑ ኣሎ። ክርስትያን ግን ብውልቂ ከይተረፈ ኣብኡ ከይጽልዩ ክልኩል እዩ።

እዚ ሱፐርሰሽንስታዊ መደብ ኣብ የሩሳሌም ኣብ ከረን መቕደስ'ውን ተንጸባሪቑ ኣሎ። ኣብኡ ሙስሊም፡ ንቑባት ኣስሳኽራ (Dome of the rock) መስጊድ ኣልኣቕሳን ብምስራሕ፡ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብኡ ዝነበረ ህልውና ኣይሁድ ክድምስስዎ ይጽዕሩ ኣለዉ። እስላማዊ ሱፐርሰሽንዝም ኣብ ባምያን ኣፍጋኒስታን ዝነበሩ ሓወልቲ ቡድሃ

ከምኡ ድማ ኣብ መላእ ማእከላይ ምብራቕ፡ ባልካንን ኤውሮጳን ዝነበረ ኣብያተ ክርስትያንን ገዳማትን ብምፍራስ ተገሊጹ ኣሎ። ኣሽሓት ተመሳሰልቲ ኣብነታት ክጥቀስ ይከኣል እዩ። እስላም ንኻልኦት ኩሉ ሃይማኖታት ክትክእ ዝመጸ ሓቐኛን ናይ መወዳእታን መለኮታዊ ሃይማኖት ዝብል ጽኑዕ ሱፐርሰሽንስታዊ ኣረኣእያ፡ ንዝሓለፈ 14 ዘመናት ምኽንያት እስላማዊ ሃጸይነት ኮይኑ ጸኒሑን ይቕጽልን ኣሎ። ክሳዕ ክርስቶስ ዝመጽእ'ውን ክቕጽል'ዩ።

## እስላማዊ ሱፐርሰሽንዝምን ስነ-መለኮታዊ መሰረቱን

ስነ-መለኮታዊ መሰረት እስላማዊ ሱፐርሰሽንዝም ብኽልቲኡ ቁርኣንን ባዕሉ መሓመድን እዩ ዝጅምር። ምኽንያቱ ኣብ ቁርኣን እዩ መሓመድ ንነብሱ "ማሕተም ነብያት" ወይ "ናይ መወዳእታ ነቢይ" (ኻቲም ኣን-ናቢይን) (ቁርኣን 33፡40) ዝብላ። "ማሕተም ነቢያት" ማለት መሓመድ፡ ኣብ መስመር ነቢያት፡ ንመልእኽቲ እስላም ንዓለም ክነግር ዝተላእከ ናይ መወዳእታ ነቢዩ እዩ ማለት'ዩ። ሙስሊም፡ መሓመድ እቲ ኣብ ቁርኣን ተጻሒፉ ዘሎ ንኹሉ ግዜ፡ ንኹሉ ፍጥረት ሰብ ዝኸውን ዘይቅየር፡ ዘይመሓየሽ ናይ መወዳእታ ምግላጽ ካብ ኣላህ ከም ዝተቐበለ ይሰማምዑ። ቁርኣን ብመሰረቱ ናይ መወዳእታን ዛዛምን "ኪዳን" እዩ ዝብል ሓሳብ ኣብ ቁርኣን 5፡3 ተኣሚቱ ኣሎ፣ "በዚ መዓልቲ ሃይማኖትካ ፍጹም ገይረልካ፡ ሞገሰይ ኣብ ልዕሌኻ ፈጺመ፡ ከምኡ ድማ ኢስላም ሃይማኖትካ ክኸውን ሓርየልካ፣" ይብል። እዚኣተን'ውን መሓመድ ኣብ 632 ቅድሚ ምሟቱ ዝወረዳ ናይ መወዳእታ ዋሕይ ምዃነን ይፍለጥ። ኣብ ካልእ እስላማዊ ቅዱስ ትውፊታት መሓመድ "ብሓቂ ኣዳም ገና ኣብ መንጐ ማይን ጭቃን ከሎ ኣላህ ማሕተም ነብያት ገይሩኒ፣" ከም ዝበለ ተጻሒፉ ኣሎ።[3] ከምኡ'ውን "ኣነ ኣብ መስርዕ ነብያት ኣላህ፡ ናይ መወዳእታ እየ፣ ኡማይ ድማ ናይ መወዳእታ ኡማ እዮም፣"[4] ከምኡ'ውን "ስለዚ ድማ መጻእኩ፣ መስመር ነቢያት ከኣ ኣባይ ተዛዚሙ፣"[5] ይብል መሓመድ። እዚ ኩሉ ከም መርትዖ ልዕልና ኢስላም ኣብ ልዕሊ ኩለን ካልኦት ሃይማኖታት ከም ዝኾነ እዩ ዝሕሰብ። ኣብ መንጎ ሊቃውንቲ ኢስላም መሓመድ ካብቶም ንደቂ ሰባት ናይ መወዳእታን ፍጹምን ሕጊ (ሸሪዓ) ዝሃበ ናይ መወዳእታ ነቢዩ ምዃኑ ምሉእ ምርድዳእ ኣሎ። ብመሰረት ኢስላም፡ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣይሁድን ክርስትያንን ተበላሽዮም እዮም። ኢስላም ድማ ከም ምምላስ ናብቲ ቀዳማይ ዝነበረ ሓቀኛ ሃይማኖት እዩ ዝረኣ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ መላእ ኣውስትራልያ ዝተኻየደ ወፍሪ ኢስላም፡ "ቅዱስ ቁርኣን፡ እቲ ናይ መወዳእታ ኪዳን" ዝብል ጭርሖ ዝሓዘ ሰሌዳታት (Billboard) ተዘርጊሖ ነይሩ። ሎሚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዳይ እስላማዊ ስነ-መለኮት፡ እስላማዊ ልዕልናዊ ሱፐርሰሽኒዝማዊ ኣተሓሳስባ ሰፊኑ ኣሎ። ሙስሊም ናታቶም ሃይማኖት ናይ መወዳእታ ምዃኑ ይምሃሩ፣ ካብ ኩሎም ካልኦት ሃይማኖታት ከም ዝበልጽ፣ ኣብ መወዳእታ ከኣ ንኹሎም ሃይማኖታት ክትክኦምን ንመላእ ዓለም ክዕብልላ ምዃኑ ይመሃሩ። ካብ'ዚ ሓሊፉ'ውን ሙስሊም ባዕሎም ንኹሎም ካልኦት ህዝብታት ከም ዝትክኡን ኣብ መላእ

ምድሪ ኩሉ ሰብ "ብዘይካ ኣላህ ካልእ ኣምላኽ የልቦን፣" ዝብለላ መዓልቲ ከም እትመጽእን ይኣምኑ።[6]

## ናይ መወዳእታ ግዝያትን ዓወት ኢስላምን

ኣብቲ ብዛዕባ ናይ መወዳእታ መዓልታት ዝዛረብ እስላማዊ ትውፊታት ከይተረፈ ኢስላማዊ ሱፐርሰሽንዝም ንረኽቦ። ብመሰረት ኢስላማዊ ትንቢታት መወዳእታ ዘመን፡ የሱስ ክምለስ ከሎ ከም ሕጊ ሽሪዓ ክፈርድ'ዩ ክመጽእ። ብመሰረት ቅዱሳት ጽሑፋት ኢስላም፡ ምስ ተመልሰ ንብዘሎ መስቀላት ክሰባብሮን ካልኦት ድማ ከምኡ ክገብሩን ክእዝዞም እዩ። በዚ ድማ ነቲ ምልክት ስሕተት ክርስትያን (መስቀል) ከም ዘይቅበሎ ከርኢ እዩ። ብመሰረት ቁርኣን ክርስትያን፡ የሱስ ኣብ መስቀል ከም ዝሞተ ብጌጋ ይኣምኑ። ብተወሳኺ የሱስ ነቲ ናይ ጅዚያ ግብሪ እውን ከም ዝሰርዞ ይንገር። እዚ ማለት ድማ እቶም ኣብ ትሕቲ እስላማዊ ሕጊ ዝነብሩ ክርስትያን ከም "ድሂሚስ" ወይ ተገዛእቲ ህዝብታት ኮይኖም ግብሪ እናኸፈሉ ክነብሩ ዝብል ኣማራጺ ደጊም ኣይክህሉን እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ብመሰረት ቅዱሳት ጽሑፋት ኢስላም፡ የሱስ ምስ ተመልሰ ንክርስትና ከጥፍኦ እዩ።

## ሓዲዝ ገረብ ጓርቋድ

ካብቲ ኢስላማዊ ትውፊት ምምላስ የሱስ ዝገደደ ድማ፡ እቲ ብሓዲዝ ገረብ ጓርቋድ ዝፍለጥ፡ ንሱ ድማ ሙስሊም ኣብተን ናይ መወዳእታ መዓልታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣይሁድ ኣብ ምድሪ እስራኤል ዝፍጽምዎ ህልቂት ዝገልጽ ትውፊት'ዩ፣ "ሙስሊም ንኣይሁድ ክሳብ ዘይተዋግእዎም መዓልቲ ፍርዲ ኣይክትመጽእን እያ፣ ሽዑ ኣይሁድ ብድሕሪ ገረብን ከውሕን ክሕብኡ እዮም። ግና እቲ ገረብ ወይ ከውሒ፡ ዎ ሙስሊም፡ ዎ ባርያ ኣላህ፡ ንዓ ኣይሁዳዊ ብድሕረይ ተሓቢኡ ኣሎ እሞ ወቒዕካ ቅተሎ ክብል'ዩ - ገረብ ጓርቋድ ግን ናታቶም ገረብ ስለዝኾነ ከምኡ ኣይክብልን እዩ፣"[7]

ከም ሳዕቤኑ ድማ እዚ ሓዲዝ ማእከል ወግዓዊ ቻርተር ሓማስ ኮይኑ፡ ናይቲ ምንቅስቓስ መሪሕ ትውፊት እዩ ክበሃል ይከኣል። እዚ ኣረኣእያ እዚ ማለት ንህዝቢ ኣይሁድን ሃገረ እስራኤልን ምጥፋእ መለኮታዊ ዕጻ/ ርስቲ ሙስሊም እዩ ዝብል ኣረኣእያ ኣብ መንጎ ፖለቲከኛታትን መራሕቲ ሃይማኖትን ፍልስጤም ሽሕ ሳዕ ዝደጋገም ቴማ እዩ። ኣብ ግንቦት 2011 ኣባል ባይቶን መራሒ ሃይማኖትን ሓማስ ዩኒስ ኣል ኣስታል፡ ኣብ ኣል-ኣቕሳ ቲቪ ከምዚ ኢሉ ነይሩ፣

> ኣይሁድ ብመጋርያ ናብ ምድሪ ፍልስጤም ዝመጹ፡ ፍልስጤማውያን (ከምኡ ድማ ዝሓበሩ እስላማውያን ሃገራት ብድሕረና) ነዞም እኩያት ጭፍራ ናይ ምንሃል ክብሪ ንሕና ክንወስዶ ምእንቲ እዩ፣ . . . ድሕሪ ቁሩብ ዓመታት፡ ኩሎም ጽዮናውያንን ነበርቲ እስራኤልን፡ ናብ ምድሪ ፍልስጤም ዝመጹ ነቲ ዓብዩ ማሕረዲ ምዃኑ ክፈልጡ እዮም፣ . . .

> ፍልስጤም ሓራ ወጺኣ ህዝባ ናብኣ ምስ ተመልሰ፡ ምሉእ ዞባና ብጸጋ ኣላህ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኢስላም ምስ ተቐየረ፡ ምድሪ ፍልስጤም ርእሰ ከተማ እስላማዊ ካሊፌት ክትከውን እያ።[8]

ስለዚ ኢስላማዊ ትረኻ መወዳእታ ዘመን፡ የሱስ ከም ሙስሊም ነቢዩ ኮይኑ ንክርስትና ጠጠው ከብሎ'ዩ ኢሉ ጥራይ ደው ኣይብልን ወሲኹ ሙስሊም ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ጃምላዊ ህልቂት ከም ዝፍጽሙ ይነግር። ኣብዚ ትረኻ'ዚ ኢስላማዊ ሱፐርሰሽንዝም ኣብቲ ናይ መወዳእታ መዓልታት ብምልኣትን ብዓወትን ክፍጸም እዩ። ነዚ ራእይ'ዚ ኣቃሊልና ክንወስዶ የብልናን። ከመይሲ መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝነግረና ጸረ ክርስቶስን ሰዓብቱን ብልክዕ ነዚ ተልእኾ'ዚ እዮም ከፈጽሙ ክመጹ።

***መደምደምታ***

ካብዚ ሓንቲ'ኳ ከደንቐና የብሉን። ድሕር'ዚ ኩሉ፡ ምልስ ኢልና እቲ ዓብዩ ስእሊ ክንርእዮ እንተ ፈቲንና፣ እቲ ቀዳማይን ዝዓበየን ሱፐርሰሽንስታዊ ሰይጣን ባዕሉ እዩ። ንኣምላኽ ባዕሉ እውን ከይተረፈ ኺትክእ ዚምነ። "ንሰኻስ ብልብኻ፡ ናብ ሰማይ ክድይብ፡ ንዝፋነይ ኣብ ልዕሊ ኸዋኽብቲ ኣምላኽ ልዕል ከብሎ፡ ኣብ ወሰን ሰሜን ኣብ ልዕሊ ኸረን ማሕበር ክቕመጥ እየ። ኣብ ልዕሊ ርእሲ ደበናታት ክድይብ፡ ነቲ ኣዝዩ ልዑል ክመስል እየ፡ በልካ፣" (ኢሳ14፡ 13-14)

# 13

## ሓዲሽ ክርስትያናዊ ጸረ–ሴማውነት

- - - - - - ◆ - - - - - -

ኣብ ዕስራ ክፍለ ዘመን፡ ክልተ ዓበይቲ ፍጻመታት ነቲ ዝጸንሐ ክርስትያናዊ ኣጠማምታ ጸረ-ኣይሁድነት ቀይሮሞ። ብርግጽ እቲ ቀዳማይ ኣጋጣሚ እቲ ብዘመን ናዚ ህይወት ክልተ ሲሶ ኤውሮጳውያን ኣይሁድ ዘጥፍአ ህልቂት'ዩ። እቲ ኻልኣይ ድማ ዳግም ምላድ ሃገረ እስራኤል ኣብ 1948 እዩ። እዞም ክልተ ኣጋጣሚታት ነቲ ዝጸንሐ ኣጠማምታ ክርስትያናዊ ሱፐርሰሽንዝም ብመሰረቱ ለዊጦሞ። ከምቲ ድሮ ዝርኤናዮ፡ ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን፡ ብዙሓት መራሕትን ሊቃውንትን ብምትእምማን ሃገር እስራኤልን ቤት መቕደስ ኣይሁድን ንዘልኣለም ከም ዝጠፍአ ይዛረቡ ነይሮም እዮም። ንኣብነት ኦሪገን፡ "ስለዚ እምበኣር ብፍጹም ምትእምማን ኣይሁድ ናብቲ ዝነበርዎ ናይ ቀደም ቦታኦም ኣይክምለሱን እዮም ንብል። ከመይሲ ንሳቶም ኣንጻር መድሓኒ ዓለም ውዲት ብምእላሞም ዜግነብንብ ሃየንታ ሰሪሖም እዮም እሞ፡"[1] ይብል። ብመንጽር ሱፐርሰሽንስታዊ ክወና፡ ድሕሪ 70 ድ.ል.ክ ናይ ኣይሁድ ነገር ኩሉ ኣኽቲሙ'ዩ። ኣምላኽ ባዕሉ ነታ ሃገር ኣፍሪሰዋ፣ ነታ ቤት መቕደስ ኣዕኒይዋ፣ ንኣይሁድ ከኣ ንሓዋሩ ናብ ስደት ኣባሪርዎም። ኣምላኽ ባዕሉ ድማ ብኣገልገልቱ ገይሩ ቤተክርስትያን እታ ሓዳሽ ቤት መቕደስ ምኳና፡ እታ ምድሪ ተስፋ ድማ ካብታ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ እትርከብ ቁራስ መሬት ኣዝያ ዝዓበየት ምኳና መልእኽቲ ክሰድድ ጀሚሩ። ንዝሓለፈ 18 ዘመናት ምስክርነት ክርስትያን ሱፐርሰሽናውያን ሊቃውንቲ እዚ እዩ ነይሩ።

ድሕሪኡ ግን እዚ ኩሉ ኣብ ሓጺር እዋን ተለዋወጠ። ሃገር እስራኤል ናይ ተኣምራታት ተኣምር ክበሃል ብዝከኣል መገዲ ዳግም ቀይማ። ነቶም እዚ ፈጺሙ ከም ዘይከውን ኣምላኽ ኣዊጁ እዩ ዝብሉ ዝነበሩ ከኣ ኣዝዩ ዘሕንኽ ምላሽ ዘይብሉ መዋጥር ኮኖም። ከመይሲ ሱፐርሰሽንዝም ሓቂ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ዳግመ ልደት ሃገር እስራኤል ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጻኢ ዘጋጠመ ፍሉይ ዓይነት ወዝቢ ወይ ስሕታን'ዩ ማለት እዩ። ኣብቲ ዘሕዝን ታሪኽ ጸበባ ኣይሁድ፡ ሱፐርሰሽኒስታውያን፡ ነቲ ብመዓልታቶም ኣብ

ልዕሊ ኣይሁድ ዝወረደ ኣደራዕ፡ ዓስቢ ዓመጻ ኣቦታቶም ከም ዝኾነ ይገልጹ ነይሮም። ሎሚ ህዝቢ ኣይሁድ ኣብ ግዝእ ሃገሮም ዲልን ፍናን ምስ ረኸቡ ግን፡ ሃንደበት እዚ ስነ-መለኮት ምትሕሓዝ (ምስ ኩነታት ኣተሓሒዞም ስለዝዛረቡ) ተገላቢጡ። ድሕሪ ሕጂ ኑቶም ናይ ሎሚ ኣይሁድ ምስቶም ኣብ ግዜ የሱስ ዝነበሩ ኣይሁድ ንምትእስሳር ዝግበር ጻዕሪ እናተረፈ መጺኡ። ደሓር ከኣ እግዚኣብሄር ኑቶም ንወዱ ብምቕታል በደለኛታት ዝኾኑ ከመይ ገይሩ ክባርኾም ይኽእል፧ ስለዚ ድማ ሱፐርሰሽንስታውያን ነዚ ንምትዕራቕ ናይ ሎሚ እስራኤል እታ ናይ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ዘመን እስራኤል ከምዘይኮነት ብጽኑዕ ይእውጁ። ንጹር ንምግባር፡ ሎሚ ኣብ መንጎ ሱፐርሰሽንስታውያን ኣንጻር ሕጋውነት እስራኤልን ከም ሃገር ምቛማን ነዚ ሓቂ'ዚ ንምቕላስ ዓሚቑ ስነ-መለኮታውን ስነ-ኣእምሮኣውን ድሌት ኣሎ። ሓደ ሰብ ኣብ ርእይቶታት ኤን.ቲ. ራይት፡ እዛ ሕጂ ዘላ ሃገረ እስራኤል ኮንዶ ኾን ፍጻሜ ልኡላዊ መደብ ኣምላኽ ክትከውን ትኽእል ዝብል ስነ-ኣእምሮኣዊ ፍርሒ ሱፐርሰሽንስታውያን ክርእዮ ይኽእል'ዩ። ራይት ይብል፡ "ስለዚ ከም ክርስትያን መጠን እዛ ሕጂ ዘላ ሃገረ እስራኤል መፈጸምታ ትንቢታት መጽሓፍ ቅዱስ እያ እሞ ክንሕግዛ ይግባእ ኢልካ ምሕሳብ፡ ነቲ ተቐሚጥናሉ ዘለና ጨንፈር ገሪብ ምቑራጽ እዩ፣"[2] ብልክዕ!! ንራይት፡ ንእስራኤል ምድጋፍ ማለት ሱፐርሰሽንዝም ጌጋ ምዃኑ ምእማን ማለት እዩ። ንእስራኤል ምድጋፍ ማለት ነዛ ሕጂ ዘላ እስራኤል ኢድ ኣምላኽ እያ ኣጽኒዓታ ኢልካ ምእማን ማለት'ዩ። እቲ ጸገም ግን ከምቲ ዝረኣናዮ እቲ ሱፐርሰሽንስታውያን እተቐመጡሉ ጨንፈር ብፍልሖ ተበሊዑ ዝቦኽቦኸ ስለዝኾነ ኣብ ቀረባ እዋን ባዕሉ ክወድቕ እዩ። ልክዕ ነዚ'ዩ ድማ ገና ግዜ ከሎካ ካብዚ ጨንፈር ወሪድካ ብእግርኻ ኣብቲ ዘይልወጥ መብጽዓታት ኣምላኽ ኣጽኒዕካ ደው ምባል ዝበለጸ ዝኸውን።

በቲ ኻልእ ወገን ድማ ድሕሪ ህልቂት ናዚ ዝመጹ ዘመናውያን ክርስትያን፡ ክርስትያናዊ ሱፐርሰሽንዝም ምኽንያት ጽልኣት ኣይሁድን ኣብ መወዳእታ ድማ ምኽንያት ዘርዕድ ጥፍኣት ሽዱሽተ ሚልዮን ኣይሁድ ከም ዝኾነ ዝገልጽ ንጹር ክውንነት ይገጥሞም ኣሎ። ስለዚ ሎሚ ሱፐርሰሽኒስታውያን ክርስትያ፡ ነቲ ስነ-መለኮት "ምንጻግ ኣይሁድ" ክገልጹዎ ከለዉ ከምቶም ናይ ቀደም ስነ-መለኮታውያን ኣቦታቶም ብግሁድ ዓሌታውን ጽልኣታውን ኣገባብ ዘይኮነስ፡ ኣዝዩ ብጥንቁቕን ብልሓት ዘለዎ ኣገባብን'ዩ። ወሃቢት ማሕበራውን ፖለቲካውን ርእይቶ ብሪጣንያዊት ሜላኒ ፊሊፕስ ነዚ ሕጂ ዘሎ ክውንነት ኣዝያ ብልክዕ ገሊጻቶ ኣላ፡ "ድሕሪ ኦሽዊትዝ እዚ ክፉእ ስነ-መለኮት እዚ ብዘገርም መገዲ ካብ ትዕይንቲ ጠፊኡ። ኮይኑ ግን ሕጂ'ውን ተደቢቑ ይቕጽል ኣሎ እምበር ኣይጠፍኣን፣"[3] ትብል ንሳ። ስለዚ ብሓደ ወገን ሃገረ እስራኤል ከምዚ ዝኣመሰለ ዓወት ስለ ዝረኸበት፡ ነቲ ስነ-መለኮት ምንጻግ ንምድፋእ ኣዝዩ ዝዓበየ ውሽጣዊ ድሌት ኣሎ፣ በቲ ካልእ ወገን ግን እዚ ነገር፣ ብኣዝዩ ፖለቲካዊ ቅኑዕ ኣገባብን ብውሑድ ግሁድ ዓሌታዊ ኣገላልጻ ክግበር ኣለዎ። ነዚ ንምትዕራቕ እዩ እምበኣር 'ጸረ-ጽዮናውነት' ዝብል ቃል ንምጥቃም ዝመርጹ። ሱፐርሰሽንስታውያን ዘጋጥሞም ዘሎ ወጥሪ እንተ ተረዲኡና፡

ጸረ-ጽዮናውነት ዝብል ቃል ስለምንታይ ከምዚ ዝኣመሰለ ምቹእን ጠቓምን ቃል ኮይኑ ከምዘሎ ክንርዳእ ንኽእል ኢና። ሎሚ ዳርጋ ኩሉ ግዜ ሱፐርሰሽንስታዊ ኣክቲቪዝም ብድሕሪ ቀጽሊ በለስ "ጸረ ጽዮናዊ" ፖለቲካዊ ኣክቲቪዝም ተሓቢኡ እዩ ዝግለጽ። ዋላ'ኳ እቲ እተደበቐ ሓቀኛ ሃቀናኦም፡ ኣይሁድ ብኣምላኽ ከም እተነጽጉን፡ ኣብታ ምድሪ ድማ ዝኾነ መለኮታውን ኪዳናውን መሰል ከም ዘይብሎም ንዓለም ምርኣይ ይኹን፡ እቲ ነዚ ዝገልጹሉ ኣገባብ ግን ኣይሁድ ኣብታ ምድሪ ሕጋዊ፡ ሞራላዊ፡ ወይ ፖለቲካዊ መሰል የብሎምን ኢልካ ብምምጓት እዩ። እቲ ዘሕዝን ድማ ሎሚ ብዙሓት መንእሰያት ወንጌላውያን ክርስትያን፡ ንፕሮፖጋንዳ "ትረኻ ፍልስጤም" ትርጉሙ ከይተረድኡ ከም ሕንጻይ ክደጋግምዎ ወይ ከኣ ንሃገረ እስራኤል ንምድኻም ዝደልዩ ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት ብጉነጻውን ዘይጉነጻውን ኣገባብ ደገፍ ክህቡ ምርኣይ ልሙድ ኮይኑ ኣሎ። ሎሚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣይሁድ ዝግበር ቅሉዕ ክርስትያናዊ ጽልኢ ቅቡል ስለዘይከውን፡ ኣኽረርቲ ሙስሊም ፍጹማት ክርስትያናዊ በዓል ደረባ ኮይኖም ኣለዉ። ኣብዚ ናጻ ዋሕዚ ሓበሬታ ዘለዎ ዘመን፣ ኣምላኽ ንኣይሁድ ካብ ውርሻ ኣልይዎም፡ ወይ ሃገረ እስራኤል ኣንጻር ፍቓድ ኣምላኽ ቀይማ ኣላ ዝብል ሓሳብ፡ ነቶም ንኣይሁድ ዝጸልኡዎም ወይ ከጥፍኡዎም ዝደልዩ ብዘይምግናን ሓይሊ ይህቦም። ሎሚ ምውህሃድ ሱፐርሰሽንዝምን ጸረ-እስራኤላውነትን፡ ነቶም ጥፍኣት እስራኤል ዝደልዩ ቁጽሮም ብቐልጡፍ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ኣኽረርቲ ኢስላማውያንን ኒዮ-ናዚያውያንን ጉጅለታት ኣዝዩ ዘባራትዕ'ዩ።

## ገስጋስ ሱፐርሰሽንዝም

ሎሚ እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን፡ ጸረ እስራኤላዊ ኣክቲቪዝም ዋላ'ውን ቅሉዕ ጽልኣት እስራኤል፡ ኣብተን ዝጸንሓ ዓበይቲ ወንጌላውያን ማሕበራትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ብዙሓት ወንጌላውያን መንእሰያት ህቡብ እናኾነን ይኸይድ ምህላዉ እዩ። እቲ ሓደ ግዜ ፍሉይ ኣረኣእያ ጸጋማውያን ኣክቲቪስትስ ዝነበረ፡ ሕጂ ግን ኣብ መንጎ ብዙሓት ዓቃባውያን ወንጌላውያን ከይተረፈ ፋሽን ኮይኑ ኣሎ። ፈጻሚ ዳይረክተር *ክርስትያን ንእስራኤል* ዝኾነ ደራሲ ዴቪድ ብሮግ ኣብ *ሚድል ኢስት ኳርተርሊ* ኣብ ዝጸሓፎ ሓደ ዓንቀጽ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ወንጌላውያን ሚለንየማውያን ብቐልጡፍ እናዓበየ ዝመጽእ ዘሎ ጸረ እስራኤላውነት ከምዚ ብምባል ይገልጾ፡ "እቲ ንእስራኤል ዝግበር ወንጌላዊ ደገፍ ከም ንቡር ዝውሰደሉ መዓልታት ኣብቂዑ እዩ። ናእሽቱ ወንጌላውያን ዘየቋርጽ ጸረ እስራኤላዊ ትረኻታት እናሰምዑ ኣብ ዝኸዱሉ ዘለዉ እዋን፡ ብዙሓት ካብኣቶም ኣንጻር መንግስቲ ኣይሁድ መርገጺ ይሕዙ ኣለዉ፣ . . . እቲ ሓንሳብ ከም ውሁብ ዝውሰድ ዝነበረ ክርስትያናዊ ደገፍ ንመንግስቲ ኣይሁድ፡ ሕጂ ግና ኣብ መንጎ ሚለንየማውያን ይግባእዶ ኣይግባእን ብዝብል ክትዓት ይሕቀን ኣሎ፣"[4]

እቲ ዘሕዝን ድማ፡ እቶም ዝበዝሑ ሎሚ ዘለዉ ንኣሽቱ ወንጌላውያን፡ ንጽዮናውነት ዝነጽግዎ፡ ነቲ ጉዳይ ኣጸቢቖም ብኽልቲኡ ወገን መርሚሮሞ ዘይኮነስ፡ መብዛሕቲኡ

ግዜ ምስ ጽዮናውነት ወይ ጽዮናውያን ተታሓሒዙ ዝመጽእ ልሙድ ጸለመ ብምስዓብ እዮም። ብርግጽ ሱፐርሰሽንስታውያን ንረስቶረሽናውያን መዘናታቶም፡ ከም ብዙሕ ዘይተመሃሩ፡ ኣኽረርቲ፡ ህልይ ዝበሉ፡ ዘይድንግጹ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ክንዲ ክርድእዎ ዝፍትኑ ብጥሪኡ ዝወስዱ፡ ፖለቲካዊ ሃዋህው ማእከላይ ምብራቕ ዘይርድኡ ገይሮም ኣብ ምቕራብ ዘደንቕ ስራሕ እዮም ሰሪሖም። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ኸኣ፡ ሎሚ እቶም ዘቓጸልጸሉ ኣረኣእያታት ኩሉ ግዜ ኣብ መንእሰያት ዝዓበየ ጽልዋ ዘለዎም እዮም።

ከም ውጽኢቱ ድማ ሎሚ ኣብ ብዙሕ ዓንኬላት ወንጌላውያን ኣመንቲ፡ ንእስራኤል ከም ግናይ ካሪካቸር ገይሩ ክስእላ ዝፍትን "ትረኻ ፍልስጤም" ምድጋፍ ከም ፋሽን ተቖጺሩ ኣሎ። ኣብዚ ትረኻ እስራኤል ብመሰረቱ ነቶም ድኻታትን ውጹዓትን ዜጋታት ፍልስጤም እትጭቁን ከም ቅይዲ በተኽ ሃገር ኮይና ንረኽባ። ብርግጽ ብዙሓት ወንጌላውያን፡ ነዚ ትረኻዊ ዓንቃሪቦ ብምውሓጥ፡ ብዘይፍላጥ ኣብቲ ብእስላማውያን ጉጅለታት ጽልኢ ዝምወል ጽቡቕ ጸጋታት ዘለዎ ፕሮፖጋንዳዊ ኩናት ዕሱባት ክኾኑ ፈቒዶም ኣለዉ። እቲ ዘሕዝን ስሕተት ግን ብዙሓት ክርስትያን ንፍትሕን ርህራህን ደው ኢልና ኣለና ኢሎም ብምእማን፡ ብዘይፍላጥ ታንኳታቶም ኣብቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ መወዳእታ ንህዝቢ እስራኤል ከስጥም እዩ ዝብሎ ሩባ ጽልኢ ኣእትዮም ኣለዉ። እወ ብዘይፍላጥ ኣቀላጠፍቲ ናይቲ መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝመጽእ ዝነግረና መዳርግቲ ዘይብሉ መቕዘፍቲ እስራኤል ኮይኖም ኣለዉ። ነዚ ጉዳይ እዚ እናሰጎምና ብዝሰፍሐ ክንዛተየሉ ኢና።

ከምቲ ንጉስ ሰሎሞን ዝበሎ፡ "እቲ ዝነበረ ንሱ እዩ መሊሱ ዚኮነ፡ እቲ እተገብረ ኸኣ ንሱ እዩ መሊሱ ዚኮነ፡ እቲ እተገብረ ኸኣ ንሱ መሊሱ ዚግበር፡ ኣብ ትሕቲ ጸሓይሲ ሓድሽ ነገር ከቶ የልቦን፣"(መክ1፡9)። ልክዕ ከምቲ ቤተክርስትያን ኣብ ታሪኻ ብዘይምስትውዓል መሳርሒ ሰይጣናዊ ጽልኣት ኣይሁድ ዝኾነት፡ እዚ ዘሕዝን ትራጀዲ ሕጂ'ውን ኣብታ ናይ መወዳእታ ሰዓት ዝድገም ይመስል። ብርግጽ እዚ ከይከውን ንጽሊ፡ ግና እዚ ሕጂ ገለ ወንጌላውያን ሒዘንኦ ዘለዋ ጸረ እስራኤላዊ ኣጋውል፡ ነታ ትመጽእ ዘላ ቤተክርስትያን ጽቡቕ ምልክት ኣይኮነን። ንምኳኑ ኣብዚ እናዓምበበ ዝመጽእ ዘሎ ጸረ እስራኤላዊ ምንቅስቓስ ዘለዉ ቀንዲ ተዋሳእቲ እኒ መን እዮም እስከ ንርአ።

## <u>ሕብረት ሜቶዲያዊት ቤተክርስትያን ዓባይ ብሪጣንያ</u>

ንብዙሓት ኣይሁዳውያን መራሕትን ውድባትን ብዘሕዝን፡ መቶድያዊት ቤተክርስትያን ዓባይ ብሪጣንያ ኣብ ናይ 2010 ዓመታዊ ኮንፍረንስ፡ ጸላኢት እስራኤል ምኳና ግሁድ ገይራቶ። ኣብቲ ኮንፍረንስ፡ መጀመርታ ኣብ ይሁዳን ሰማርያን ዝፈርዩ ኣቑሑትን ኣገልግሎታትን ኣይሁድ ንምእጋድ፡ ካልኣይ ድማ፡ ነቲ ብናይ *ሰነድ ካይሮስ ፍልስጤም* ዝፍለጥ ጸረ-ሴማዊ ሰነድ ንምድጋፍ ድምጺ ተዋሂቡን ተመሓላሊፉን።

እቲ ብመቶድያዊት ቤተክርስትያን ዓባይ ብሪጣንያ ዝተመሓላለፈ እገዳ፡ ሓንቲ ቤተክርስትያን ንሓንቲ ሃገር ክትእግድ ናይ ንመጀመርታ ግዜ'ዩ። እዚ ከኣ ንእስራኤል ንበይና ጥራይ ምዃኑ'ዩ። እዚ እገዳ'ዚ፡ ነቲ ሂትለር ካብ 1933 ኣትሒዙ ኣብ ልዕሊ ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ናይ ኣይሁድ ዋኒናት ዘሕለፎ እገዳ፡ ወይስ ሙስሊም ኣዕራብ ካብ 1922 ኣትሒዞም ክሳብ ሕጂ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ናይ እስራኤል ፍርያት ዘሕለፍዎ እገዳ የዘኻኽረኒ። ሂትለር ድሕሪ ሽዱሽተ ዓመት ድሕሪ እዚ እገዳ እዩ እቲ ሓቐኛ ዕላምኡ ገሊጽዎ፡ "ሎሚ ዳግማይ ነብዩ ክኸውን እየ፣ እቶም ኣብ ኤውሮጳን ወጻእን ዝርከቡ ኣህጉራውያን ኣይሁዳውያን ፋይናንሳውያን፡ ንኣህዛብ ዳግማይ ኣብ ውግእ ዓለም ከጥሕልዎም እንተ ደኣ ፈቲኖም፣ ሽዑ . . . ውጽኢቱ ምንሃል ዓሌት ኣይሁድ ኣብ ኤውሮጳ ክኸውን'ዩ!"[5] ይብል ንሱ።

እዚ ካይሮስ ፍልስጤም ዝበሃል ሰነድ ከምዚ ይብል፡ "ኣብዚ ታሪኻዊ ሰነድ፡ ንሕና ፍልስጤማውያን ክርስትያን፡ ወተሃደራዊ ጉበጣ መሬትና ሓጢኣት ኣንጻር ኣምላኽን ሰብኣውነትን እዩ'ሞ፡ ዝኾነ ዓይነት ስነ-መለኮት ነዚ ሕጋውነት ከልብስ ዝፍትን ካብ ክርስትያናዊ ምህሮ ዝረሓቐ ምዃኑ ንእውጅ፣"[6]። ሕቶይ ግን እዚ እዩ፣ ክርስትያን ንህላወ ኣይሁድ ኣብ ይሁዳን ሰማርያን "ሓጢኣት ኣንጻር ኣምላኽን ሰብኣውነትን" እንተ ኢሎሞ፣ እዚ ኣብ መንጎ ኣኽረርቲ ፍልስጤማውያን ዓመጽ ዘተባብዕ ዲዩ ወይስ ዘወግድ፧ እቲ ዝገርም እዚ ሰነድ ኣብ ዝኾነ ክፋሉ ንግብረ ሽበራ ኣይኩንንን፡ ደው ክብል እውን ኣይጽውዕን፡ ኣብ ክንድኡ ንዓይኒ ዘውጽእ ሽበራዊ ተግባራት ብእወታዊ ቃላት ብምጥቃስ ዝድግፎ ምዃኑ እዩ። ብመሰረት ሰነድ ካይሮስ ፍልስጤም፡ ህዝቢ ፍልስጤም "ብፍላይ ኣብ ቀዳማይ ኢንቲፋዳ (ፍልስጤማውያን ኣንጻር ጉበጣ እስራኤል፡ መሳርያ ብዘይሓዙ ኣጓብዝን ቈልዑን ዜካይድዎ ጉነጻዊ ተቓውሞ) ኣብ ሰላማዊ ቃልሲ ተጸሚዱ" ጥራይ እዩ። እቲ ሰነድ ብርግጽ ንሓቂ ዘላግጽ ኮይኑ፡ ፍልስጤማውያን ንሃገረ እስራኤል ዝገብሩዎ ተቓውሞ፡ ምሉእ ብምሉእ ርእሰ-ምክልኻላውን ምኽኑይን'ዩ ይብል። ናይ ኣዶልፍ ሂትለር ምጕት'ውን ከምዚ እዩ ነይሩ። ኣብ መጽሓፉ *መይን ካምፍ* (Mein Kampf)፡ "ካብዚ ብምብጋስ ሎሚ ከም ፍቓድ እቲ ልዑል ፈጣሪ ይገብር ከም ዘለኹ እኣምን፣ *ንርእሰይ ካብ ኣይሁዳዊ ብምክልኻል ንዕዮ ጐይታ'የ ዝቃለስ ዘሎኹ፣*"[7] ይብል ሂትለር።

እቲ ካልእ ዘገርም ድማ፡ ሰነድ ካይሮስ ፍልስጤም እምንቶ ናይቶም ኣበዋት ሜቶድያዊት ማሕበር ዝነበሩ ጆንን ቻርለስን ዌስሊ ይኹንን። ክልቲኦም፡ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ምምላስ ኣይሁድ ናብታ ናይ ጥንቲ መሬቶም ከም ዝምህሩ ብጽኑዕ ይኣምኑ ነበሩ። እቲ ዘሕዝን ግን መቶድያዊት ቤተክርስትያን ዓባይ ብሪጣንያ፡ ነቲ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምስክርነት ጠንጢና ንበይና ንናይ ምንጻግ ስነ-መለኮት ዝተቐበለት ታሪኻዊት ክርስትያናዊት ማሕበር ዘይምዃና'ዩ።

**ፕረስቢተራዊት ቤተክርስትያን ኣሜሪካ**

ኣብዚ ዝሓለፈ ዕቁድ፡ ፕረስቢተራዊት ቤተክርስትያን ኣሜሪካ [PC(USA)] እውን ጽኑዕ ጸረ-እስራኤላዊ መርገጺ ምሓዛ ዘፍለጥ'ዩ። ኣብቲ ናይ 2012 ዓመታዊ ሓፈሻዊ ስብሰባ፡ ነቲ ኣንጻር እስራኤል ዝካየድ ዘሎ ወፍሪ እገዳ ንምድጋፍ ዝቐረበ እማመ ድምጺ ሂባ፡ ብጸቢብ ግን ተሳዒራ። ዕላማ ናይዚ ምንቅስቓስ ጽንሕ ኢልና ከም እንዛረበሉ፡ ኣንጻር ሃገረ እስራኤል ቁጠባውን ስነ-ሓሳባውን ኲናት ንምክያድ እዩ። ዋላ'ኳ እቲ መስርሕ ምድማጽ ጸኒሑ እንተ ተዓጸወ፡ ኣብ ውሽጢ ፕረስቢተራዊት ማሕበር ኣሜሪካ እናሰሰኑ ዝኸዱ ዘለዉ ውሑዳት ኣኽረርቲ ግን ኣቃሊዑ።

ሓደ ካልእ ኣጋጣሚ ኣብ 2013 ነቲ ኣብዛ ማሕበር እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ጽልኣት ማሕበረሰብ ኣይሁድ ኣጋሊጽዎ። ዛንታ ናይ ቀሺ ኣልበርት ባዘር። ባዘር ጓሳ ማሕበር ኮይኑ፡ ኣብቲ ዓመታዊ ሓፈሻዊ ስብሰብ ናይታ ቤተክርስትያን፡ ካብቲ ዝነበሮ ኣባልነት ኮሚተ ጉዳያት ማእከላይ ምብራቕ ክወርድ ተወሲኑ። እቲ ንሱ ዝገበሮ በደል፡ ብጉጅለ ኣይሁዳውያን ዝተመወለ ክልተ መገሻታት ናብ እስራኤል ምኻዱ'ዩ። ባዘር ምስ ደገፍቲ ፍልስጤማውያን ጉጅለታት እውን ናብ መሬት ፍልስጤም ዑደት እኳ እንተገበረ፣ ንዕላማኦም እውን ከይተረፈ ዝድንግጽ እኳ እንተነበረ፣ ነቲ ካልእ ወገን ናይቲ ትረኻ ክሰምዕ ምስ ኣይሁዳውያን ብምኻያዱ ግን ካብቲ ኮሚተ ተባሪሩ።

እቲ ቅሉዕ መጥቃዕቲ እዛ ማሕበር ኣንጻር ሃገረ እስራኤል እተጋህደሉ ግን ኣብ የካቲት 2014 እዩ ነይሩ። ኣብቲ ግዜ ፕረስቢተራዊ መርበብ፡ ኢስራኤል ፓለስታይን ሚሽን ነትዎርክ (IPMN) "ዘይሰኸነ ጽዮናውነት፡ መምርሒ መጽናዕቲ ማሕበር" ዝብል በዓል 74 ገጻት መብርሂ መጽሓፍ ምስ መሰነይታ ዲቪዲ ዘርግሐ። ላዕለዋይ ኣሰናዳኢ *መጽሔት ኮመንታሪ* ጆናታን ኤስ ቶቢን ከም ዝበሎ፡ እዚ መጽሓፍ ምሉእ መጥቃዕቲ ኣንጻር ጽዮናውነት ኮይኑ፡ ንጽዮናውነት ምስቲ ናብ ህልቂት ናዚ ዘብጽሐ ክርስትያናዊ ጸረ-ሴማውነት የነጻጽር። ዕላምኡ ንእስራኤል ከም ዘይሕጋዊት ኣካል ጌርካ ከተቕርባ ብምፍታን ንኣሜሪካውያን ኣይሁዳውያን ደገፍታ ካብ ክብርታት ሃይማኖቶም ከም ዝረሓቑ ጌርካ ክትቀጽሮም ምፍታን'ዩ። . . ኣብ ልዕሊ እስራኤልን ኣሜሪካውያን ኣይሁድን ኲናት ካብ ምእዋጅ ዝንእስ ኣይኮነን። . . መጽሓፍ ዘይሰኸነ ጽዮናውነት፡ ኣይሁድ ኣብ ምድሪ እስራኤል ክነብሩ ኮነ ንርእሶም ክከላኸሉ መሰል ይብሎምን ዝብል ይመስል። ብኻልእ ወገን ድማ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ንዝፍጸም ዓመጽ ርትዓውን ምኽንያታውን ክገብሮ ይፍትን።[8]

ኣብ መወዳእታ እዛ ማሕበር ኣብ ሰነ 2014፡ ኣብ ልዕሊ ምስ እስራኤል ንግዲ ዘካይዳ ገለ ትካላት እገዳ ኣመሓላሊፉ። ብርግጽ እዚ ኹሉ ብብርሃን እቲ እዛ ማሕበር ኣብ ቀረባ እዋናት ኣንጻር ምንጻል ጥንስን፡ ግብረሰዶማዊ መርዓታትን ዝወሰደቶ ሰንኮፍ መርገጺ ምስ እንርእዮ፡ ንብዙሓት ኣንጻር እስራኤል ዝወሰደቶ ስጉምቲ ዘይከገርሞም

ይኽእል'ዩ። ግና'ዚ ኣብቶም 2.4 ሚልዮን መእመን እዛ ማሕበር ዓሚቝ ጽልዋ ከም ዘህልዎ ፍሉጥ'ዩ።

## <u>ሕብረት ቤተክርስትያን ክርስቶስ</u>

ኣብ ሰነ 2014፡ ሕብረት ቤተክርስትያን ክርስቶስ (ሓንቲ ካብተን ዓበይቲ ክርስትያናውያን ማሕበራት ኣብ ካናዳ)፡ "ጸብጻብ ጕጅለ ስራሕ ፖሊሲ ናይ እስራኤል/ፍልስጤም" ዝብል ኣብ ሰፈራት ኣይሁድ እንተላይ ምብራቕ የሩሳሌም ዝፈረየ ንብረት ክእገድ ዝብል ጸብጻብ ኣውጺኣ። እቲ ዝገርም ግን እዚ ኣብ ዝወጻሉ ኣብ በዓል ሱዳን ኣብ ልዕሊ ክርስትያን ቀሉዕ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ይግበር ነይሩ። ኣብ ልዕሊ ሱዳንን መሰልተንን ግን ናይ ምእጋድ ጻውዒት ኣይተገብረን። ኣብ ልዕሊ እስራኤል ጥራይ። እቲ ጸብጻብ ንዶክትሪን ረስቶረሽንዝም "ናይ ሓሶት ትምህርቲ" ኢሉ ዝጽውዖ ኮይኑ፡ ክርስትያናዊ ደገፍ ንእስራኤል ድማ ዘመናዊ ክሕደት ኣምላኽ ብምባል ይገልጾ።

ሕብረት ቤተክርስትያን ክርስቶስ፡ ኣብ ካናዳ እቲ ዝዓበየ ማሕበር'ዩ። ኣብ ትሕቲ እዚ ማሕበር ካብ ዝርከባ ፍሉጣት ጉባኤታት ሓደ፡ ኣብ ቺካጎ ዝርከብ ፕረዚደንት ባራክ ኦባማ ንልዕሊ ዕስራ ዓመት ዝተመላለሰሉ ንሱን ደቁን ዝተጠመቑሉ *ትሪኒቲ ዩናይትድ ቸርች ኦፍ ክራይስት* እዩ።

## <u>ቤተክርስትያን ስኮትላንድ</u>

ሓንቲ ካብተን ዘብርሃ ብርሃን ሓቂ ዝነበራ ኣብያተ ክርስትያን ሕጂ ግና መኣከብ ጸረ ኣይሁዳዊ ፕሮፓጋንዳታት ዝኾነት ቤተክርስትያን ስኮትላንድ እያ። ኣብ ግንቦት 2013፡ እታ ማሕበር "ርስቲ ኣብርሃም፧ ጸብጻብ ብዛዕባ'ታ 'ምድሪ ተስፋ'" ዝብል ሰነድ ኣውጺኣ ነይራ። እዚ ሰነድ ሕንፋጽ ናይ ክርስትያናዊ ስነ-መለኮት ሱፐርሰሽንዝምን ተሪር ክስታት ሃገር እስራኤልን'ዩ።

እዚ ጽሑፍ ብስነ-መለኮታዊ ሸነኹ፡ ሎሚ ምድሪ ተስፋ ዝበሃል ከም ዘየሎ ይኽሕድ። "መጽሓፍ ቅዱሳዊ ተስፋታት ምድሪ እስራኤል ቃልብቓሉ ክውሰድ፡ ወይ ንዝተወሰነ ጂኦግራፍያዊ መሬት ከም ዝምልከት ጌርካ ክውሰድ ተሓሲቡ ኣይፈልጥን፣"ይብል። ኣየ ኣብርሃም ነዚ እንተ ዝሰምዖ ከመይ ምተገረመ። እዚ ሰነድ ቀጺሉ፡ "እታ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እትርከብ 'ምድሪ ተስፋ' ሓንቲ ውስንቲ ቦታ ኣይኮነትን፣ ንሳ ነገራት ኣብ መንጎ ህዝቢ ኣምላኽ ከመይ ክኾኑ ከም ዘለዎም እትገልጽ ምሳሌ እያ። እዛ 'ምድሪ ተስፋ' እዚኣ ኣብ ዝኾነ ይኹን ቦታ ክትርከብ ትኽእል እያ—ወይ ክትህነጽ ትኽእል እያ፣"[9] ይብል። በጃኹም ደው ኢልኩም ኣብዚ ዝግለጽ ዘሎ ኣብ ግምት ኣእትውዎ። እግዚኣብሄር ባዕሉ'ዩ ነታ ምድሪ ንዘርኢ ኣብርሃም ንርስቲ ክትኮኖም ከም ዝሃቦም ብርእሱ እናመሓለ መብጽዓ ኣትዩ። እዚ ሓቂ እዚ ብዙሕ ግዜ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተደጋጊሙ ኣሎ። ኮይኑ ግና ቤተክርስትያን ስኮትላንድ፡ እዚ መብጽዓ፡ ምሳሌ ጥራይ ከም ዝኾነ ትነግረና ኣላ። ጽንሕ ኢሉ ድማ ኣምላኽ ባዕሉ'ውን ምሳሌ ምዃኑ ክንገረና

እዩ። እዚ ጸብጻብ እዚ ብሓቂ ኣብ ልዕሊ ስምረት ቅዱሳት ጽሑፋት ዘላግጽ ስነ-መለኮታዊ ግብረ ጸይቒ'ዩ። ንኸምዚ ዝኣመሰለ ኣበሃህላታት ብዝምልከት፡ ኣይሁዳዊ ኣመሪካዊ ኣዳላዊ ዓምዲ ደኒስ ፕራገር ነዚ ዝስዕብ ኣዝዩ ልክዕ ርእይቶ ይህብ፡ "እዚ ማለት ልክዕ ከም ሓደ ድሕሪ ክርስትና ዝመጸ ሃይማኖት እሞ 'የሱስ' ፡ 'ክርስቶስ' ፡ 'ትንሳኤ' ፡ 'ሰቕለት' ፡ ዝብሉ ኣምራት ከምቲ ክርስትያንን ሓዲሽ ኪዳንን ዝርድእዎ ዝነበሩ ማለቱ ፈጺሙ ኣይኮነን፡ እንተዝብለና ማለት'ዩ። ሕሰቡዎ ሓደ ዓብዪ እስላማዊ ኣካል፡ የሱስ ማለት መሓመድ ማለት'ዩ፣ ክርስቶስ ከኣ ቁርኣን፣ ሰቕለት ማለት ከኣ ፎቢያ ኢስላም'ዩ፣ ትንሳኤ ድማ ሓጅ ማለት'ዩ እንተዝብል፣"[10]

እቲ ጸብጻብ ቀጺሉ ንእስራኤል ብክርስትያን ክትሕገዝ ዘይግብኣ ዘይፍትሓዊት፡ ጨቛኒት፡ ዘርኣኛ ሚሊታራዊት ሃገር ገይሩ የቕርባ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ብዙሕ ክስታት የቕርብ። መን ይፈጽሞ ብዘየገድስ ንኹሉ ዓመጽ ብዘይንጹር መገዲ ጥራይ ክኹንን እንከሎ፡ ብዛዕባ ሓንቲ'ኳ ትኹን ብፍልስጤማውያን እተገብረ ዕጥቃዊ ጉንጺ፡ ዓሌትነት ወይ ጽልኣት ኣይዛረብ። እቲ ምሉእ ሰነድ ብዕምቀት ኣንጻር እስራኤል ዝቖንዐ ዝኸፍአ ዓይነት ቃላዊ ዘለፋ እዩ።

ድሕሪ ዓብዪ ኣህጉራዊ ነቐፌታ፡ ቤተክርስትያን ስኮትላንድ ነቲ ሰነድ ኣመሓይሻ፡ እስራኤል ክትህሉ መሰል ከምዘለዋ ዝገልጽ መወከሲ ኣካቲታትሉ። እስከ ሕሰቡዎ፡ ቤተክርስትያን ትኣክል ብጸቕጢ ዓለም፡ እስራኤል ከም ሃገር ናይ ምህላዋ መሰል ክትእመን፤ ኣብ ዓለም እንታዋይ ካልእ ህዝቢ እዩ ከምዚ ናይ እስራኤል ገይሩ ህላውነቱ ኣብ ምልክት ሕቶ ዝኣተወ፤ የሎን ብዘይካ እስራኤል። ኣብ መደምደምታ በዚ ነጥቢ'ዚ ኣነ ምስ ደኒስ ፕራገር ምሉእ ብምሉእ ይሰማማዕ'የ፣

> ጸብጻብ ቤተክርስትያን ስኮትላንድ ብመሰረቱ ንእስራኤል ንምንቃፍ ጥራይ ኣይኮነን፣ ኣይሁድ ብታሪኽ እታ ምድሪ ትብጽሓና'ያ ኢሎም ዝገብሩዎ ክርክር ውዱቕ ንምግባር'ዩ . . . ቤተክርስትያን ስኮትላንድ ካብ ማእከላይ ዘመን ጀሚራ ንኣይሁድ ጸለሎ ንምቕባእ ድምጻ ኣስሚዓ'ያ። . . እቲ ጸብጻብ ውህደት ናይ ማእከላይ ዘመን ክርስትያናዊ ጸረ ኣይሁድነትን ናይ ዘመንና ጸጋማዊ ጸረ ጽዮናውነትን እዩ። ንኣይሁድን እስራኤልን እዚ ቀታሊ ውህደት'ዩ።[11]

## ***<u>ተቓውሞ፡ ቅንጠጣ፡ እገዳ</u>*** <u>(Boycotts, Divestment, Sanctions)</u>

ኣብ 1933 ኣዶልፍ ሂትለርን ሰልፊ ናዚን ንኣይሁዳዊ ዋኒናት ብወግዒ ኣጊዶምዎ። እዚ ድማ ጅማሪ ናይቲ ንሓደ ዕቑድ ዝቐጸለ ኣብ ታሪኽ ዓለም ዝኸፍአ ጽልኣት-ኣይሁድ እዩ ነይሩ። ሎሚ ንመንግስቲ ኣይሁድ ንምእጋድ ሓድሽ ምንቅስቓስ ይካየድ ኣሎ። እዚ ንእስራኤል ንምእጋድ ዝግበር ወፍሪ ተቓውሞ፡ ቅንጠጣ፡ እገዳ (Boycotts, Divestment, Sanctions) ወይ BDS ይበሃል። ቢዲኤስ ቁጠባውን ፖለቲካውን

ጸቕጢ ተጠቒሙ ንጸጥታን ሕጋውነትን መጻኢን እስራኤል ብመሰረቱ ዘዳኽም ዓለማዊ ወፍሪ እዩ። እቲ ትካል ዋላ እኳ ብፍልስጤማውያን ዝተመስረተ እንተኾነ ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ዝርከባ ኮለጃት ኣዝዩ ንጡፍ እዩ። ኣብዚ ምንቅስቓስ እዚ፡ ኣብ መንጎ ውሩያት ጸጋማውያን ውድባት፡ ዓመጽቲ ኣኽረርቲ እስላማውያን ጉጅለታትን ዝጸንሓ ኣብያተ ክርስትያንን ቀጥታዊ ምትሕብባር ንረክብ።

ኣስ'ዓድ ኣቡኽሊል ሊባኖሳዊ-ኣመሪካዊ ፕሮፈሰር ፖለቲካዊ ሳይንስ ኣብ ካሊፎርንያ ስቴት ዩኒቨርሲቲ–ስታኒስላውስ እዩ። ዕሉል ደጋፊ ቢዲኤስ እውን እዩ። ኽሊል፡ "እቲ ሓቀኛ ዕላማ ቢዲኤስ ንሃገረ እስራኤል ምውዳቕ እዩ . . . እዚ ብዘየዳናግር ቃላት ክግለጽ ይግባእ። ዘዳናግር ነገር ክህሉ የብሉን። ፍትሕን ናጽነትን ህዝቢ ፍልስጤም ምስ ምህላው ሃገረ እስራኤል ብሓደ ክኸይድ ዘይክእል'ዩ፣"[12] ይብል።

ኣሕመድ ሙር ኣክቲቪስት ኣብ ኣሜሪካን ካልእ ዕሉል ደጋፊ ቢዲኤስን፡ በዚ ኣርእስቲ እዚ ኣዝዩ ብዙሕ ጽሑፋት ናብ ዘ ጋርድያን፡ ዘ ሃፊንግተን ፖስት፡ ዘ ደይሊ ቢስት፡ ሞንዶዋይስ፡ ዘ ኤለክትሮኒክ ኢንቲፋዳን ኣልጀዚራን ዘበርከተ'ዩ። ሙር፡ "ቢዲኤስ ቅልስ ጥራይ ኣይኰነን ዘካይድ ዘሎ፡ እቲ ናይ መወዳእታ ጥምጥም'ዩ . . . ጉበጣ ኣይሁድ ምውዳእ ማለት ንመንግስቲ ኣይሁድ ምጥፋእ ማለት እንተ ዘይኮይኑ ዋላ ሓንቲ ትርጉም የብሉን፣"[13] ይብል።

ሎሚ ዋላ'ኳ ዝበዝሑ መእመን ፕረስቢተራዊት ማሕበር ኣሜሪካ፡ ሕብረት ቤተክርስትያን ክርስቶስን ሕብረት ሜቶድያዊት ቤተክርስትያን ዓባይ ብሪጣኒያ ከም ናይ በዓል ሓማስ ዝመሰሉ ኣኽረርቲ ጉጅለታት ዘውጽእዎ ጸረ እስራኤላዊ መግለጺ ከም ዘይቅበልዎ ይፈልጥ እንተኾንኩ፡ እቲ ዝወሰድዎ መርገጺ ግን ኣብ መንጎ ቤተክርስትያንን ግብረሽበራውያን ውድባትን ዘሎ ክፍተት ብቕልጡፍ ክዕጾ ይገብር ኣሎ። ብዙሓት ቢዲኤስ፡ እስራኤል ናብ ሃገር ፍልስጤም ክትጽንበር ጸቕጢ ዝገብር መግእታዊ ምንቅስቓስ ምዃኑ ይኣምኑ። እዚ ግን ካብ ምንቅስቓስ ኣዝዩ ዝረሓቐ'ዩ። ብዙሓት ካብቶም ናብ ቢዲኤስ ዝተጸንበሩ ክርስትያን መብዛሕትኡ ግዜ ንማዕርነትን ፍትሕን ሓፈሻዊ ክርስትያናዊ ክብርታትን ደው ዝብል ምንቅስቓስ ይድግፉ ከምዘለዉ ክኣምኑ እንከለዉ፡ ብሓቂ ግን ነቲ ኣብ መወዳእታ ንምጽናት ዓሌት ኣይሁድ ዝሰርሕ ጥሩፍ ጉጅለ ይድግፉ ከም ዘለዉ ኣይፈልጡን'ዮም። ኣብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ዝካየድ ዘሎ ምንቅስቓስ ቢዲኤስ ብዓቢኡ ብከም በዓል ሓማስ ዝኣመሰሉ ኣኽረርቲ እስላማውያን ግብረሽበራውያን ትካላት ዝዘወርን ዝቃናዕን እዩ። ክልቲኦም ሓማስን ማሕበር ሕዉነት ሙስሊምን፡ መብዛሕትኡ ግዜ ብመገዲ ማሕበር ሙስሊም ተመሃሮ ኣቢሎም፡ ኣብ ብርክት ዝበሉ ዩኒቨርሲቲታት ኣሜሪካ ንኤውሮጳን ንዝካየድ ጸረ እስራኤላዊ ፖለቲካዊ ንጥፈታትን ዝተፈላለዩ ኣኼባታትን ብድሕሪት ኮይኖም የካይድዎ ኣለዉ። ካልኦት ምስ ምንቅስቓስ ቢዲኤስ ዝተኣሳሰሩ ደገፍቲ ፍልስጤም ዝኾኑ ጉጅለታት፡ ከም ኣመሪካውያን

ሙስሊም ንፍልስጤም ወይ ተማሃሮ ንፍትሒ ኣብ ፍልስጤም ኣማኢት ኣሽሓት ዶላር ናብ ሓማስ ከም ዝሰዱ ተሰኒዶም ኣለዉ።[14]

ኣብ 2014፥ ደገፍቲ ቢዲኤስ ጉጅለታት ኣብ ዝተፈላለያ ናይ ኣሜሪካ ዩኒቨርሲታት፥ "ፍልስጤም ካብቲ ውሒዝ ክሳብ እቲ ባሕሪ ሓራ ክትከውን'ያ" ብዝብል ጭርሖ ሰልፊ ወጺኦም። ሓደ ካብቶም ምርኡያት ሰባት ቢዲኤስ ኣዛም ታሚም፡ ፕሮፈሰር ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ከምኡ'ውን መራሒ ወፍሪ ሓድነት ፍልስጤም ኣብ ላንደን፡ ሓደ ግዜ ኣብ ኣፍደገ ኤምባሲ እስራኤል ኣብ ዝነበረ ተቓውሞ፥ "ዝኾነ ሰብ እምነት ይሃልዎ ኣይሃልዎ ብዘየገድስ፡ ነዞም ካንሰር ደቂ ሰብ ንምጥፋእ ክሓብር ኣለዎ፣"[15] ኢሉ ተዛሪቡ። ምስ ቢቢሲ ኣብ ዝገበሮ ቃል መሕትት፡ ታሚም፡ እንተ ዝኽእል ኣብ እስራኤል ከይዱ ነብሰ ቕትለታዊ መጥቃዕቲ ከም ዝገብር ተዛሪቡ፣ "ርኢኻ ኣሎኻ፡ ንርእሰይ ስለ ፍልስጤም ክስውኣ ንኣይ ኣዝዩ ቅዱስ ነገር'ዩ። ንሱ ንኣምላኽይ ዘሕጉሰሉ ቅኑዕ መገዲ'ዩ። ዕድል እንተ ዝረክብ ምገበርኩዎ፣"[16]

ክርስትያን ነዚ እዮም ዝድግፍዎ ዘለዉ ዕላማ። ስለዚ፡ ኣብቲ ብኽልቲኣን ፕረስቢተራዊት ቤተክርስትያን (ኣመሪካ)ን ሕብረት ሜቶድያዊት ቤተክርስትያን ዓባይ ብሪጣንያን ኣብ ዘውጽእዎ ጽሑፋት፡ ንእስራኤል ዝኽሰሱ ቋንቋ ዳርጋ ምስቲ ናይ ሓማስ ቋንቋ ተመሳሳሊ ምኳኑ ፈጺሙ ኣይገርመናን እዩ።

እቲ ብቢዲኤስ ኣብ ዝተፈላለያ ዩኒቨርሲታት ዝካየድ ጸረ እስራኤላዊ ኣክቲቪዝም ዝፈጠሮ ሃዋህው ጸቕጥን ምፍርራህን ብርቱዕ ካብ ምኳኑ ዝተላዕለ ብዙሓት ኣይሁዳውያን ተመሃሮ ኣብ ቀጽርታት እዘን ዩኒቨርሲቲ ውሕስነት ከም ዘይስምዖም ይግለጹ። ኣብ መጋቢትን ሚያዝያን 2014፡ ኣብ ኖርዝኢስተርን ዩኒቨርሲቲን ኒውዮርክ ዩኒቨርሲቲን ዝርከቡ ኣይሁዳውያን ተማሃሮ፡ ኣብ ትሕቲ ማዕጾታት መደቀሲኦም ናይ መፈራርሂ ናይ ምግፋፍ መልእኽቲ ተቐቢሎም። ብመሰረት ብሬት ኮሄን፡ ዳይረክተር ናይቲ ንእስራኤል ዝድግፍ ጉጅለ ምሳናጃንሶ፥ "ቢዲኤስ ርእሳ ኣብ ዘቐልቀለትሉ ዘበለ ዩኒቨርሲቲ፡ ንደገፍቲ እስራኤል ተመሃሮ ቅሉዕ ምስርጣይን ምሽኩንዳርን ልሙድ ነገር'ዩ፣" ይብል። ኮሄን ከምዚ ዝበለ ናይ ምጉዕባዕ ተግባራት ደገፍቲ ቢዲኤስ ተማሃሮ ተራ ምኳኑ ይነግር። ሕሉፍ ሓሊፉ፣ "ኒዮናዚያዊን ጸረ-ሴማውያን ፕሮፖጋንዳዊ ምስልታት ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣካውንቶም ምልጣፍን" ልሙድ ኮይኑ ይብል።[17]

## <u>ቤን ዋይት</u>

ቤን ዋይት ሓደ ካብቶም ንጡፋት ዕሉላትን ጸረ-እስራኤል ኣክቲቪስቲ እዩ። ዋይት ምሩቕ ኦክስፎርድ ዩኒቨርሲቲ፡ ናይ ነዊሕ እዋን ጸረ-እስራኤላዊ ብሎገር ከምኡ ድማ ኣብ ዙርያ ጸረ-እስራኤላዊ ርክባት ኣዝዩ ተደላዪ ተዛራቢ'ዩ። ኣብ ካውንተር ፓንች ዝተበሃለ ፖለቲካዊ ጆርናል ኣብ ዝጸሓፎ ሓደ ዓንቀጽ፡ "ንርእሰይ ከም ጸረ-ሴማዊ

ኣይቀጽራን'የ፣ ካልኦት ስለምንታይ ከምኡ ይኾኑ ግን ይርድኣኒ እዩ። ከመይሲ ብዙሕ ምኽንያታት ኣለዎም፣"[18] ይብል። ጸረ ሴማዊ ማለት ንኣይሁድ ዝጸልእ ሰብ ማለት እዩ። ዋይት፡ ንጸረ ጽዮናውያን ብፍሉይ ዘይኮነስ ንጸረ-ሴማውያን ይጣበቕ ከም ዝነበረ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ እቲ ንሱ ዝጣበቐሉ ዝነበረ ዓይነት ጽልኢ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ከም ሃገር ዘይኮነስ ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ከም ህዝቢ እዩ። ዋይት ቀጺሉ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ጽልኢ ርትዓዊ ዝገብሮ ኮይኑ ዝስምዖ ብዙሕ ምኽንያታት ይዝርዝር። እዚ ዓይነት ዘመናዊ ክርስትያናዊ ጽልኣት ኣይሁድ ነቲ እሳተ ጎመራ ዝመስል ጽልኢ ኣኽረርቲ ሙስሊም ወይ ኒዮ-ናዚ ጉጅለታት ከም ነዳዲ ኮይኑ እዩ ዘገልግል። እዚ ዓይነት ቋንቋ እዚ ብዝኾነ ይኹን መገዲ ምስ ልቢ ኣምላኽ ዝሳነዶ ይመስል፧ ኣነ ብወገነይ ክሳብ ሕጂ ሓደ ካብዞም ዘመናውያን ደገፍቲ ጸረ እስራኤል ምንቅስቓስ ዝኾኑ ደለይቲ ፍትሒ፡ ንህዝቢ ኣይሁድ ፍቕሪ ክገልጹ ኣይረኣኹን።

## ስተፈን ሲዘር

ካልእ ውሩይ ጸረ-እስራኤላዊ ኣክቲቪስት ዝኾነ ኣንግሊካዊ ቀሞስ ስተፈን ሲዘር'ዩ። ሲዘር ፍጹም ኣብነት ጸረ-ሴማውያን እዩ። ኣብ 2005 ኣብ ዘሕተሞ *ክርስትያናዊ ጽዮናውነት፡ ሓባር-መገዲ ኣርማጌዶን፧* ኣብ 2008 ድማ ብዝተቓለለ ቅዳሕ *ክርስትያን ወተሃደራት ጽዮን፧ መጽሓፍ ቅዱስ፡ እስራኤልን ቤተክርስትያንን* ብዝብል ኣርእስቲ ዘርጊሕዎ። ኣብ ክልቲኦን መጻሕፍቱ ሲዘር፡ ንእስራኤል ዝድግፉ ክርስትያን ብጽልእን ዓሌታውነትን ኢፍትሓውነትን ምናልባት እውን ብደረጃ ኣፖካሊፕቲክ ንውግእ ዝምችእ ሃዋህው ብምፍጣሮም ተሓተትቲ እዮም ይብል። ሲዘር ኣብተን ጸረ-እስራኤላዊ ትረኻ ዝድግፋ ኣብያተ ክርስትያን ጥራይ ዘይኩነስ ኣብ ኢስላማውን ዓለማውን ጸረ-እስራኤላዊ ዓንኬላት ጽቡቕ ተቐባልነት ዘለዎ ሰብ'ዩ። ዋላ እኳ ልዙብ ቃላት የዘውትር፡ ሲዘር ግን ዝኸፍአ ዓይነት ቦምባ ስነ-ሓሳብ እዩ ዝድርቢ። ብተደጋጋሚ ንእስራኤልን ዝኾነት ምስኣ ደው ዝበለት ቤተክርስትያንን ዝምልከት ተባራዒ መግለጺታት'ዩ ዝድርቢ። በዚ መንጽር፡ ሲዘር ብመሰረቱ ኣን ኮልተር ናይ ጸረ እስራኤላዊ ምንቅስቓስ ኮይኑ ኣሎ። ንኣብነት ኣብ ነሓሰ 2013 ኣብ ቅድሚ ብዙሕ ህዝቢ ኣብ ቤተክርስትያን ኮፍ ኢሉ ከምዚ ዝስዕብ በለ፣ "ብርግጽ ኣብ ክልቲኦን ሃገራት እስራኤልን ፍልስጤምን ምስ ጉበጣ ኣይሁድን ምስ ጽዮናውነትን ዝወገና ኣብያተ ክርስቲያናት ኣለዋ። ሓደ ካብቲ ጾረይ ብስነ-መለኮታዊ መዳይ ነዘን ኣብያተ ክርስትያን፡ ንየሱስን ንመጽሓፍ ቅዱስን ዝነጸጋ፡ ፍንፉናት ምኳነን ከርእየን'ዩ።"[19]

በዚ መግለጺኡ፡ ሲዘር፡ ንኹሎም መሲሓውያን ኣይሁድን፡ ወንጌላውያን ዓረብ እስራኤላውያንን "ፍንፉናት"ን "ንየሱስ ዝነጸጉን" እዮም ይብሎም። እዚ ኹሉ ብድሱእ መንፈስ እዩ ተዛሪብዎ። ካብቲ ተኣኪቡ ዝነበረ ህዝቢ ድማ ሰሓቕ ተሰሚዑ። ጸኒሑ ሲዘር በዚ ቃላቱ ይቕሬታ ሓቲቱ ነይሩ፣ ዳሕራይ ከኣ ይቕሬታኡ ኣንሳሒቡ፣ በቲ ዝበሎ ዕጉብ ምኳኑ ነጊሩ። ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ሲዘር ንኹሎም ንእስራኤል ዝድግፉ ክርስትያን

***ወይ መሲሓውያን ኣመንቲ “መናፍቓን” ኢሉ ጸዊዕዎም።[20] ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ እውን ሲዘር መሊሱ ንኹሉ ክርስትያናዊ ደገፍ ንእስራኤል ክኹንኖ ፈቲኑ። ኣብ ትዊተር “ክርስትያናዊ ጽዮናውነት ንመጽሓፍ ቅዱስ ኣመንዝራ ዝገብሮ፣ ምትሕንፋጽ ናይ ዘይሳነዩ ነገራት እዩ”[21] ኢሉ ይትውት። እታ መንፈስ ምስትውዓል ዘለዋ ቤተክርስትያን ንሲዘር ኣብ ልዕሊ ክርስትያን ብጹቱ ከምዚ ዝኣመሰለ ልዕሊ ዓቐን ውግዘትን ክስን ከቐርብን ከምዚ ዝኣመሰለ መሪርን ከፋፋልን ጽልኢ ዝመልኦ ቋንቋ ክጥቀምን ዝድርኾ ዘሎ መንፈስ እንታይ እዩ ኢላ ትሕተት።***

***ይኹን'ምበር፡ ናይ ሲዘር ሕሉፍ ሱፐርሰሽንስታዊ ኣረኣእያ ክንየ ጸረ-እስራኤላዊ መግለጺታት ምቕራብ፡ ኣብ ሕሉፍ ጸረ እስራኤላዊ ንጥፈታት ክዋሳእ ገይርዎ'ዩ። ኣብ 2012 ኣብ “ኣህጉራዊ ዋዕላ ምትሕግጋዝ ምስ ፍልስጤማውያንን ኣዕራብን እሱራትን ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ጉበጣ እስራኤል” ክሳተፍ ናብ ባቕዳድ ከይዱ። ሲዘር ከም ወኪል ክርስቶስ መጠን ኣብ መንጎ ኣይሁድን ኣዕራብን ዕርቅን ሰላምን ክደሊ ኢሉ ኣይኮነን ከይዱ። በንጻሩ፡ ኣብ ቅድሚ ዝበዝሑ ኣዕራብ ተጋባእቲ ነዊሕን ስእላውን መግለጺታት ናይቶም ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ እስራኤል ዝሳቐዩ ዘለዉ ህጻውንቲ ፍልስጤም ኣቕሪቡ። እዚ ምግናን ኣይኮነን። ዋላ'ኳ ሲዘር ከምቲ ቀደም ህዝቢ ኣይሁድ ዝኽሰሱሉ ዝነበሩ፡ ደም ናይ ቀልዑ ንመብኩዒ ቕጫ ይጥቀሙሉ እዮም ኢሉ እንተ ዘይከሰሰ፡ ኣብዚ ግን ዝኾነ ሰብ፡ እቶም ናይ ቀደም ጸላእቲ ኣይሁድ፡ ንሰባት ኣንጻር ኣይሁድ ብሂስተርያ ንምልዕዓል ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ታሪኻዊ ጽውጽዋይ ጸለመ ደም ክርኢ ይኽእል። ብሰንኪ ከምዚ ዝኣመሰለ ክስታት ህዝቢ ኣይሁድ ኣብ ታሪኽ ብዙሕ ጭፍጨፋ ወሪድዎም'ዩ። ብሓቂ እስከ ንዛረብ፡ ሙስሊማዊ ዓለም ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ዘለዎ ጽልኣት ድማ ውሒዱዶ እዩ ከምዚ ዝበለ ቅስቀሳታት ዘድልዩ፧ ስለምንታይ እዮም ከም በዓል ሲዘር ዝኣመሰሉ ጸረ ጽዮናውያን ኣብቲ ድሮ ጽቡቕ ገይሩ ዝነድድ ዘሎ ሓዊ ጽልኢ ሙስሊም ነዳዲ ምውሳኽ ኣድላዪ ኮይኑ ዝስምዖም፧ ነዚ ዓይነት ነገር ክንዕዘብ ከለና፡ እቲ ሓቀኛ ዕላማ እንታይ እዩ፧ መወዳእታኡ እንታይ እዩ፧ ኣየናይ መንፈስከ እዩ ዝድርኾም፧ እንታይ ምንቅስቓስ እዮም ክፈጥሩ ደልዮም፧ ብብዙሕ መምዘኒ ጸረ ኣይሁዳውያን ስነ-መለኮታውያንን ኣዋደድቲ መፈንጥራ ኣይሁድ ምዃኖም ይርድኦምዶ፧ ኢልና ክንሓትት ይግባእ።***

## ***መን'ዩ መለኸት ወዮ ዝሃርም ዘሎ፧***

***ብዛዕባ ተራ ኢስላም ኣብተን ናይ መወዳእታ መዓልታት ዝገልጽ ኣርእስቲ ብምዝራብ ዝፍለጥ መምህር ከም ምዃነይ መጠን፡ ቀስቃሲ ውግእ ኣርማጌዶን ተባሂሉ ብዙሕ ግዜ ተኸሲሰ እየ። ግደ ሓቂ ብዙሓት ሱፐርሰሽንስታውያን ከም ዝብልዎ ኩሎም ንእስራኤል ዝድግፉ ክርስትያን (ጽዮናውያን ክርስትያን) ንኣርማጌዶን እዮም ዘቀላጥፉ ዘለዉ። ብራያን ማክላረን እተበሃለ ውሩይ ደጋፊ ጸረ-ጽዮናዊ ምንቅስቓስ፡ እቶም ብዛዕባ እስራኤል ዝገልጽ ናይ መወዳእታ ዘመን ትንቢታት ብዕቱብ ዝወስዱዎ ሰባት፡ ሳልሳይ***

ኩናት ዓለም ከጋጥም እዮም ዝጽበዩ፣”[22] ይብል። ከም በዓል ሲዘር ዝጸሓፍዎ መጻሕፍቲ *ክርስትያናዊ ጽዮናውነት፡ ሓባር-መገዲ ኣርማጌዶን፤* ወይ ናይ ሃንክ ሃንገራፍ ዝጸሓፎ *መባርዒ ገመድ ኣርማጌዶን* ወይ ናይ ቪክቶርያ ክላርክ ዝጸሓፈቶ *መሻብንቲ ኣርማጌዶን፡ ምልዕዓል ክርስትያናዊ ጽዮናውነት* ዝኣመሰሉ መጻሕፍቲ ምሉእ ብምሉእ ጽዮናውነት ሓደገኛ ምዃኑ ንምምጓት ዝተወፈዩ እዮም። ብሰንኩ ድማ ዓብዪ ዞባዊ ወይ’ውን ዓለማዊ ኣፖካሊፕቲካዊ ኩናት ክኽሰት ዘሎ ተኽእሎ ሰፊሕ ምዃኑ የጠንቅቑ። ግና ሓደ ኣብዚ ዘሎ ግብዝና ክነግረኩም። ቀዳማይ፡ እቶም “ጽዮናውያን ንውግእ ኣርማጌዶን ይቕስቅሱ ኣለዉ” ዝብሉ፡ መብዛሕትኡ ግዜ፡ እቲ ንውግእ ኣርማጌዶን ዝምልከት መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትንቢታት ቃልብቓሉ ዝውሰድ ወይ’ውን ንዘመንና ዝምልከት ከም ዘይኮነ ይኽሕዱ። ምስናይዚ ግን ዝኾነ ንሃገረ እስራኤል ዝድግፍ ክርስትያን ከም ቀስቃሲ ኣርማጌዶን ይኸስዎ። ኣይገርምን፤ ኣይፈለጡዎን ደኣ እምበር እዞም ነቐፍቲ ጽዮናውነት፡ ነቲ መጽሓፍ ቅዱስ ብልክዕ ከም ምኽንያት መበገሲ ውግእ ኣርማጌዶን ገይሩ ዘቐምጦ ዓሌታውን ሃይማኖታውን ጽልኢ (ህዝ35፡5 ‘ናይ ዘልኣለም ጽልኢ’ ይብሎ) እዮም ዝጓሃህርዎ ዘለዉ።

ኣብታ ብወከልቲ ኖክስ ቲኦሎጂካል ሰሚናሪ እተጻሕፈት “ንወንጌላውያን ኣመንትን ኩሎም ግዱሳት ኣካላትን ዝምልከት” እትብል ቅልዕቲ ደብዳበ፡ ሱፐርሰሽንስታውያን ጸሓፍቲ፡ ተሓታትነት ናይ ኩሉ እቲ ብሰንኪ መስቀላዊ ዘመተታት ዝፈሰሰ ደም ኣብ እግሪ እቶም እስራኤል እታ ምድሪ ተስፋ እያ ኢሎም ዝኣመኑ’ሞ ነቲ ዘመተታት ዘካየድዎ የንብርዎ። እቲ ሰነድ “ጠንቂ ናይቲ ኣብ ማእከላይ ዘመን ዝተኻየደ መስቀላዊ ዘመተታት፡ ብዛዕባ እታ ‘ቅድስቲ ምድሪ’ ብዝምልከት ሽዑ ዝነበረ ዝሃጸጸ ክርስትያናዊ ስነ-መለኮት እዩ ነይሩ፣”[23] ይብል። እቲ ርኡይ ሽግር ናይዚ ኣበሃህላ ግን እቲ ናብዚ ደማዊ ኩናት ዘምርሐ ጠንቂ፡ እስራኤል እታ ምድሪ ተስፋ’ያ ዝብል ስነ-መለኮት ዘይኩነስ፡ *እስራኤል ንቤተክርስትያን እትግባእ ምድሪ እያ ዝብል ሱፐርሰሽንስታዊ ስነ-መለኮት እዩ።* እቲ ሰነድ ኣብ ምድሪ እስራኤል ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ መላእ ኤውሮጳ እውን ዝተፈጸመ ጭፍጨፋ ኣይሁድ ሓንሳብ እኳ ኣይጠቐሰን። ሕጂ እውን ናይዚ ጠንቂ ሱፐርሰሽንስታዊ ጽልኣት ኣይሁድ እዩ። መስቀላውያን ኣስያፍ ዝሓዙ ሱፐርሰሽኒስታውያን ጥራይ እዮም ነይሮም። ኮይኑ ግን ከምዚ ዝበለ ዑረት እዩ ንሱፐርሰሽንስታውያን ክሳብ እዚ ሎሚ ኣጥቂዕዎም ዘሎ።

## <u>*መደምደምታ*</u>

ረቢ ኣሚኤል ሂርሽ፡ “እዛ ዓለም ፍቕሪ ብዝሰብኩ፡ ግን ብጽልኢ ዝተዋሕጡ ሰባት መሊኣ’ያ። ትሕትና ይትልሙ ግና ብትዕቢት ዝተነፍሑ እዮም። ብትግሃት ይጽዕቱ ግና ንዘይቅኑዕ ነገራት’ዩ። ብልሳኖም ሰላም የውርዩ፡ ተግባራቶም ግና ኩናት ይእውጁ፣”[24] ብምባል ነቲ ኣብ ቤተክርስትያን እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ጸረ እስራኤላዊ ምንቅስቓስ ብልክዕ ይገልጾ።

እቲ ብስም ሰላም፡ ፍትሒ፡ ርህራሄ ንእስራኤል ንምድኻም ዝዓዪ ዘሎ ምንቅስቓስ፡ ብጉልባብ ፖለቲካውን ማሕበራዊ ፍትሕን ንእስራኤል ብጥራሽ ንምውዳቕ ዝዓዪ ምንቅስቓስ'ዩ። ሳሙኤል ክሎው ዝተባህለ ብጻየይን መምህር መጽሓፍ ቅዱስን፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ዝግብል ዘሎ ጸረ እስራኤላዊ ምንቅስቓስን ሓደገኛነቱን ከምዚ ኢሉ ጠቒሊልዎ ኣሎ፡ "እዚ ኣንጻር እስራኤል ዝቐርብ ምጕት ኣብ መወዳእታ ፍልስፍናዊ ወይ ፖለቲካዊ ምጕት ጥራይ ኣይኰነን። ርእሱ ዝኸኣለ ስርዓት ኣተሓሳስባ'ዩ። ኣብ መወዳእታ ብሰንኪ እዚ ስርዓት ኣተሓሳስባ'ዚ ሰባት ክሞቱ እዮም። ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝመሃረና ነገር፡ ንኣይሁድ መሰሎም ብምግፋፍ ዝጀመረ ስነ-መለኮት ኣብ መወዳእታ ኣብ መዳጕኒ መዓስከራት ናዚ ብህልቂት ሚልዮናት'ዩ ተዛዚሙ፣"[25]

ጸሎተይ እዚ ሕጂ ዝመጽእ ዘሎ ትውልዲ ክርስትያን፡ ነዚ ዝስማዕ ዘሎ ጸረ-እስራኤላዊ ህዱድታ ከምቲ ዝኾኖ እቲ ሓቀኛ መልክዑ ከላልዮ እዩ። ንሱ ከኣ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን እናዓምበበ ዝኸይድ ዘሎ ዘመናዊ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኪዳን ኣምላኽ (ኣይሁድ) ዝቐንዐ ነዊሕ ታሪኻዊ ጽልኢ ምዃኑ እዩ። እወ ንህዝቢ ኣይሁድ ኣብ ናይ ከርተትን ባርነትን ናብራ ክመልሶም ዝፍትን መቐጸልታ ናይቲ ነዊሕ ታሪኻዊ ዓመጽ ቤተክርስትያን'ዩ። ሸሕ'ኳ ብጉልባብ ማሕበራዊ ፍትሒ ይዓዪ እንተ ሃለወ፡ እቲ እተሓብአ ግን ከኣ ንጹር ዓሌታዊ ኣድልዎ ኣንጻር ኣይሁድ እናወሰኸ ይገሃድ ኣሎ። እዞም ሕጂ ዘለዉ ናእሽቱ ወለዶ ኣመንቲ ነዚ ምንቅስቓስ ብሰንኪ እቲ ዘለዎ ኣዕናዊ ስነ-መለኮት ጥራይ ዘይኮነስ ብመሰረቱ ዓሌታዊ ኣጀንዳኡ ተረዲኦም ክነጽግዎ ጸሎተይ'ዩ። ከምኡ'ውን እዚ ሓዲሽ ወለዶ፡ ነቲ የሱስን ሃዋርያትን ዝኣወጅዎ ብሩኽ ራእይ ምሕዳስ፣ ንሱ ኸኣ የሱስ እቲ ንጉስ ኣይሁድ ኣብ ልዕሊ ኣይሁድን ኣህዛብን፣ ኣዕራብን እስራኤልን ብእኩልነት ዝነግሰሉ፣ ከምኡ ድማ እቶም ብዙሃን ዓሌታት ምድሪ ብፍጹም ሓድነት ንኣምላኾም ዘገልግሉሉ እተባረኸ ራእይ ተረዲኦም ብተስፋ ክጽበዩዎ እጽሊ።

# ክፍሊ ሰለስተ

## ዳሕሮት መዓልታትን ፍርዲ ኣህዛብን

# ነ4

## ትንቢታዊ ዳግመ ምምላስ ኣይሁድ ናብ ምድሮም

- - - - - - ◆ - - - - - -

ብራያን ፐርትል ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ናይ ቀረባ ብጻየይ ዝኾነ ፓስተር'ዩ። ብራያን ሰራሕተኛ መጥፋእቲ ሓዊ እዩ ነይሩ። ስድራ ቤቱ'ውን መብዛሕትኦም ሰራሕተኛታት መጥፋእቲ ሓዊ እዮም። ብራያን ከምዚ ከማይ ዓይነት ሰብ'ዩ። ኣእምሮ ናይ ምሁር ስነ-መለኮት ዝውንን ግን ከኣ በዓል ጽዖታም ኣእዳው'ዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ዝበዝሕ ግዚኡ ኣብታ ንእሽቶ ድኳኑ ኮፍ ኢሉ ካብ ብቐርበት ዝተዳለወ መከላኸሊ ሓዊ ቁራዕ ርእሲ ኣብ ምስራሕ የሕልፎ። ኣብ ልዕሊ'ዚ ዝጓሰዩ መእመንን ከምኡ ድማ ዝዓብዩ ሓሙሽተ ቆልዑን ኣለዉዎ። ብራያን ካብቶም ኣነ ዝፈልጦም ኣዝዮም ንባብ ዝፈትዉ ሰባት ሓደ እዩ። ኣዝዩ ዘቕንእ ናይ ውልቁ ላይብረሪ መጻሕፍቲ ስነ-መለኮት ኣለዎ። ኣብኡ ብዙሓት ኣብ ዕዳጋ ዘየለዉ መድብል ናይ ክላሲክስ መጻሕፍቲ ይርከቡ። ኣብ መናድቕ ቤተ-መጻሕፍቱ ኣብ ፍሬም ዝኣተዉ ስእልታት ናይ ዓበይቲ ክርስትያን ፓስቶራትን ስነ-መለኮታውያንን ሚስዮናውያንን፡ ከም በዓል ቻርለስ ስፐርጆን፡ ኣር.ሲ. ቻፕማን፡ ኣዶልፍ ሳፊር፡ ሆራሽየስ ቦናር፡ ዊልሶን ቶዘር፡ ከምኡ'ውን ናይዚ ዳሕረዋይ ግዝያት በዓል ሌናርድ ራቨንሂል ተንጠልጢሎም ኣለዉ።

ስድራቤት ፐርትል ሚስዮናውያን ኮይኖም - ኣብዚ ስማ ክንጠቕሶ ዘየድልየና - ናብ ሓንቲ ኢስላማዊት ሃገር ብዕዮ ወንጌል ዝኸዱ እዮም። ኣብታ ሃገር ኣብ ዝነበሩሉ በጺሖዮም፣ ምስ ብራያን ከኣ ሰፊሕ ምይይጥ ንምክያድ ዕድል ረኺበ ነይረ። ወርቃዊ ዝኾነ ዝርርብ። ኣብ ሳሎን ኮፍ ኢልና፡ ነቲ ከይቀተረ ድሮ ሞይቁ ዝነበረ ኣየር ማእከላይ ምብራቕ እናኣስተማቐርና፣ ሓደ ካብቲ ንፈትዎ ኣርእስቲ ተዘራረብናሉ፣ ንሱ ድማ እቲ ቀጻሊ ሕመረታዊ ተራ እስራኤል ኣብ መደባት ኣምላኽ እዩ። ብራያን ቀልጢፉ ናብቲ ሎሚ ውሑዳት ኣመንቲ ዝፈልጥዎ፡ ንሱ ግን ብፍሉይ ዕምቆት ዘጽንዖ ኣርእስቲ ወሰደኒ፡ "እስራኤል ኣብዚ መወዳእታ ዘመናት ወሳኒ ተራ ዘለዋ ሃገር'ያ ዝብል ሓሳብ ኣብ

ዘመንና ዝመጸ ሓሳብ ኣይኮነን፣” በለኒ። “እዚ ንጹር ብህለት ቅዱሳት መጻሕፍቲ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ካብ መፋርቕ ክሳብ መወዳእታ 1800ታት ኣትሒዙ ብዙሓት ሰባት፡ ኣይሁድ ብጅምላ ናብ ምድሪ ፍልስጤም ከም ዝመጹን ሃገር ድማ ከም ዝምስርቱን ይእውጁ ነይሮም እዮም። ብዙሓት ዓበይቲ ሰበኽትን ሊቃውንቲ ስነ-መለኮትን ነዚ ይጽበይዎ ነበሩ። ከም በዓል ቻርለስ ስፐርጀን፡ ኣዶልፍ ሳፊር፡ ዴቪድ ባሮን፡ ጀይ ሲ ራይል፡ ከምኡ'ውን ሆራሽየስ ቦናር ዝበሃሉ ዓበይቲ ሰበኽቲ፡ ሚስዮናውያንን ናይ ስነ-መለኮት ሊቃውንትን ከምዚ ይብሉ ነይሮም፣” ብምባል ዓሚቕ ፍልጠቱ ኣካፈለኒ።

ብዙሓት ዓበይቲ መምህራን መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብዛዕባ ዳግማይ-ምቛም ሃገረ እስራኤል ምንባዮም፣ ነቲ ዝጸንሐ ቀጥታዊ ፊዩቸሪዝማዊ ትርጓመ ቅዱሳት ጽሑፋት ዝድርዕ'ዩ። ዝበዝሑ ካብዚኦም ቅድሚ ኣማኢት ዓመት፡ ኣብ ሓደ ፍሉይ ኣጋጣሚ ድማ *ቅድሚ ሽሕ ዓመት* ዝተነበይዎ እዩ። ናይ ብዙሓት ደገፍቲ መተካእታዊ ስነ-መለኮት ጽሑፋት ምስ እትፍትሹ፡ ነዚ ዘለናዮ እዋን ዝምልከት መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትንቢታት ኣሎ ዝብል ሓሳብ ወይ ድማ እስራኤል ሎሚ ኣብ መደብ ኣምላኽ ተራ ኣለዋ ዝብል ሓሳብ ክንዓቕን ክላገጹሉን ክትርእዩ ኢኹም። ንሳቶም ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን ዝተነግረ ናይ ሓሶት ትንቢታትን ዝሃጸጸ ትጽቢታትን ኣብ ምጉላሕ ቅልጡፋት እዮም። ናብ ከም በዓል ኤድጋር ሲ. ዋይሰናንት (ጸሓፊ *ስለምንታይ ምንጣቕ ኣብ 1988 ዓ.ም. ከምዝጋጥም ዘረጋግጹ 88 ምኽንያታት*) ወይ ሃሮልድ ካምፒን (መዓልቲ ፍርዲ ብልክዕ 12 ግንቦት 2011 ክትውዕል'ያ ዝበለ) ዝኣመሰሉ ሓሰውቲ ነቢያት ምምልካት ይፈትዉ እዮም። ግና ነቶም እስራኤል ዳግም ከም እትቐውም ብልክዕ ዝተነበዩ መምህራን ኣፍልጦ ኣይህብዎምን እዮም። እስከ ንገለ ካብዞም እተረስዐ ሃብቲ ዝገደፋልና ሰባት ገለ ክንርኢ፣

## <u>**ዴቪድ ባሮን**</u> <u>(1855 - 1926)</u>

ዴቪድ ባሮን ኣብ መወዳእታ 1800ታትን መጀመርታ 1900ታትን ኣገልጋሊ ኣምላኽ ዝነበረ መሲሓዊ ኣይሁድ እዩ። ናብ ክርስቶስ ምስ መጸ፡ ነቶም ብግዚኡ ዝነበሩ ክርስትያን ዘገረመ ሓያሎ ጽሑፋት ጽሒፉ'ዩ። እቲ ዝያዳ ዝፍለጥ ስርሑ፡ ኣብ 1918 ዓ.ም. ብዛዕባ ትንቢት ዘካርያስ ዝጸሓፎ፡ *ራእያትን ትንቢታትን ዘካርያስ* ዝብል ክላሲካዊ መብርሂ፡ ክሳብ ሕጂ ብሰፊሑ ይሕተምን ኣብ ጥቕሚ ይውዕልን ኣሎ። ባሮን ንዘካርያስ 14 ኣብ ዝሃቦ መብርሂ ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ፤

> ኣይሁድ ገና ከምዚ ዘለዉዎ ከይኣመኑ ከለዉ ከም ዝሕደሱ ቅድሚ ኩሉ እዚ ንፍለጥ። ብርግጽ እዚ ምሉእ ሃገራዊ ምሕዳስ ኣይኮነን፣ ምሕዳስ ተረፍ ኣይሁድ ጥራይ እዩ . . . ንእስራኤልን ነታ ምድርን ብዝምልከት፡ ቅዱሳት ጽሑፋት፡ ከምቲ ኣብ ቀዳማይ ምጽኣት የሱስ ዝነበረ ዓይነት ምሕዳስ ቅድሚ ካልኣይ ምጽኣቱ ከጋጥም እዩ ዝብሉ ይመስሉ። ድሕር'ዚ እቲ ኣምላኽ ብደረጃ ሃገር ምስኦም ዘለዎ ጉዳይ “ምልኣት ኣህዛብ ክሳብ ዝኣክል”[1] ጠጠው ክብሎ'ዩ።

ኣይሁድ በዚ ዘለዉዎ ኩነተ ህላወ ዘይምእማን ናብ ምድሮም ናይ ምምላሶም ትንቢት ቅድሚ 30 ዓመታት ቅድሚ ምፍጻሙ ተነጊሩ። እዚ ግን ናይ ባሮን ናይ መጀመርታ ትንቢት ኣይነበረን። ቅድሚ 27 ዓመታት ቅድሚ'ዚ ኣብ 1891 ባሮን *ሽግር ኣይሁድ፣ ሕሉፍ፣ ህሉውን መጻእን* ዝብል መጽሓፍ የሕቲሙ ነይሩ። ልዕሊ 120 ዓመት ዝገበረት መበቀላዊት ቅዳሕ ናይዛ መጽሓፍ ኣላትኒ። እዛ ንእሽቶ መጽሓፍ፣ ብዛዕባ ምምላስ ኣይሁድ ናብ መሬቶም ዝገልጽ መብርሂ ሓዘል መጽሓፍ እያ። ባሮን፣ ኣብዛ መጽሓፍ ብዛዕባ ኤርምያስ 30፡3 ዝሃቦ ርእይቶ እስከ ንርአ።

> እዚ ነቢዩ ኤርምያስ ኣብዚ ክፍሊ ዝዛረበሉ ዘሎ ምሕዳስ ምሉእ ምሕዳስ'ዩ። "እንሆ፣ እተን ንህዝበይ እስራኤልን ይሁዳን ካብ ምርኮ ዝመልሰለን መዓልትታት ኪመጻ እየን፣" ይብል እግዚኣብሄር። ከምኡ'ውን ብዝሒ ናይቲ ዝምለስ ህዝቢ ኣዝዩ ዓብዩ ስለዝኾነ እታ ምድሪ ኣይክትኣኽሎን እያ። እዚ ትንቢት ኣብ ኢሳይያስ[11] ከይተረፈ ተደጊሙ ኣሎ። ኣብኡ እውን ብርግጽ ንመጻኢ እናተነበየ፣ "ካብ እስራኤል እተሰጉ"ን "ካብ ይሁዳ ፋሕ ዝበሉ" ኩሎም ብሓደ ክእከቡ ምዃኖም ይነግር። ካልኦት ብዙሓት ክፍልታት ብዛዕባ ምሉእ ሃገራዊ ምሕዳስ እስራኤል ብዘየወላውልን ዝርዝራውን ልክዕነት ዝዛረቡ ክፍልታት ምጥቃስ ይከኣል እዩ። ብርግጽ እዚ ትንቢት እዚ ብዛዕባ ምልሶት ካብ ባቢሎን ኣይኩነን ዝዛረብ ዘሎ። ምኽንያቱ ሽዑ እተመልሱ ሒደት'ዮም።[2]

ብምቕጻል ባሮን፣ "እስራኤል ድሕሪ እቲ ኣብዚን ካልእን ትንቢታት ዝተኣመተ ሃገራዊ ምሕዳስ፣ ብውሑዱ ሃገራዊ ናጽነት፣ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ልዕልና ከተስተማቕር እያ፣"[3] ይብል። ትንቢታት ባሮን፣ ሃገረ እስራኤል ብዕሊ ቅድሚ ምቛማ ቅድሚ 57 ዓመታት ዝተነግሩ እዮም።

## <u>ናትናኤል ዌስት</u> (1826 - 1906)

ናትናኤል ዌስት ኣብ 1826 ኣብ ሳንደርላንድ ዓዲ እንግሊዝ ተወሊዱ። ናብ ኣሜሪካ መጺኡ ድማ ኣብ ሰሚናሪ ተማሂሩ። ድሕር'ዚ ኣብ ሲንሲናቲ፣ ፒትስበርግን ብሩክሊንን ዝርከባ ሓያሎ ኣብያተ ክርስትያን ፓስተር ኰይኑ። ኣብ መወዳእታኡ ኣብ ዳንቪል ቲኦሎጂካል ሰሚናሪ ፕሮፌሰር ኮይኑ። ዌስት ሓያሎ መጻሕፍቲ ጽሒፉ'ዩ። ንኣብነት ኣብ 1890 ዝጸሓፋ *መጽናዕቲ ኣብ ትንቢታት መወዳእታ ዘመን፣ ሽሕ ዓመት ኣብ ክልቲኡ ኪዳን* እትብል ክላሲካዊት መጽሓፍ ኣላቶ። ዋላ'ኳ ዌስት እቲ ምሉእ ምሕዳስ እስራኤል ኣብቲ ሽሕ ዓመት ንግስነት የሱስ ክኸውን እዩ ኢሉ ይእመን፣ ግና ኣብ ኩሉ ጽሑፋቱ ሃገራዊ ምሕዳስ እስራኤል ዝበሃል ከም ዘሎ ጽሒፉ እዩ።

> እቲ ብሰንኪ ሓጢኣት ዳዊት ዝጀመረ ምግምማዕ መንግስቲ እስራኤል፡ ምስ ምምጻእ ወዲ ዳዊት ኣብቲ ናይ ሽሕ ዓመት ንግስነት መፍትሒ ክረክብ'ዩ። ኣብታ መሬት ዓደቦ፡ እስራኤልን ይሁዳን ንዘልኣለም ክወሃሃድን ሓደ ህዝቢ ክኾውንን'ዩ። እስራኤል ብክርስቶስ ዝኣመነን፡ በህዛብ ዝኸበረን ክኸውን'ዩ።[4]

እዚ ትንቢት'ዚ ኣብ 1890 ዓ.ም. ቅድሚ 58 ዓመታት ምስረታ ሃገረ እስራኤል ዝተነግረ እዩ።

## ጀይ. ሲ. ራይል (1816 - 1900)

ካብዚ ዝርኣናዮ፡ ዕስራን ሰለስተን ዓመት ንድሕሪት ተመሊስና ጽሑፋት ጀይ.ሲ. ራይል ንረክብ። ራይል ብቀጥታውን ፊዩቸርያውን፡ ቅድመ-ሚለንያውን ትርጓመ ቅዱሳት ጽሑፋት ዝኣምን ሪፎርመራዊ መምህር እዩ ነይሩ። ሓያሎ ካብቲ ራይል ብዛዕባ እቲ ናይ መጻኢ ዳግማይ ምትእኽኻብ ህዝቢ ኣይሁድ ናብ መሬቶም ብዝምልከት ዝጸሓፎ ሓተታ ዘገርም ንጹርነት ኣለዎ። ንኣብነት፡ ራይል ይብል፡ "ኣይሁድ ብዓብዩ ጸበባ ምስ ሓለፉ፡ ናብ እምነት ክርስቶስ ከም ዝመጹን ናብ ሃገሮም ከም ዝምለሱን ርእሶም ዝኸኣሉ ህዝቢ ከም ዝኾኑን እኣምን እየ (ኤር. 30፡10-11፤ 31፡10 ፤ሮሜ 11፡25-26፣ ዳን 12፡1፣ ዘካ 13፡8-9)።"[5]

ኣብ ካልእ ክፍሊ ራይል ብቀጥታዊ ኣበሃህላ ከምዚ ይብል፣

> ናይ መጻኢ ምሕዳስ እስራኤል ዝተገልጸሉ ኩሉ ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ ከይጠቕሰልኩም ግዜ ክሓጽረኒ እዩ። ኢሳያስ፡ ኤርምያስ፡ ህዝቅኤል፡ ሆሴእ፡ ዮኤል፡ ኣሞጽ፡ ኦብድያ፡ ሚክያስ፡ ጸፎንያ፡ ዘካርያስ ኩሎም ነዚ ሓደ ነገር ይእውጁ። እዚኣቶም ኩላቶም ብብዙሕን ውሑድን ዝርዝር ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዘመን'ዚ ኣይሁድ ናብ መንሰ ኣምላኾምን ናብ መሬቶምን ከም ዝምለሱ ይነግሩ። በዚ ኣርእስቲ እዚ፡ ኣብ ትርጉም ቅዱሳት መጻሕፍቲ ጌጋ የብለይን ኣይብልን እየ። ግና ብዙሓት ብሉጻት ክርስትያን፡ ከምዚ ኣነ ዝርእዮ ኣጸቢቐም ከም ዘይርእይዎ ይፈልጥ'የ። ንኣይ፡ መጻኢ ምድሓን ህዝቢ እስራኤልን ናብ ፍልስጤም ምምላሶምን ምስ ኣምላኽ ምትዕራቖምን፣ ከም ዝኾነ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዘሎ ትንቢት ንጹርን ግልጽን ኮይኑ ይርኣየኒ።[6]

ሕጂ'ውን ናይ ራይል ትንቢታት ብዛዕባ ምሕዳስ እስራኤል ኣብ 1867፡ እስራኤል ሃገር ቅድሚ ምኳና ቅድሚ 81 ዓመታት ዝተነግሩ እዮም።

**ሰፑቲመስ ሲርስ** (1819 - 1877)

ሪፎርመራዊ ሰባኺ ሰፑቲመስ ሲርስ፡ ሓደ ካብቶም ምርኡያትን ግኑናትን ናይ ዓዲ እንግሊዝ ሰበኽቲ'ዩ ነይሩ። ሲርስ ወዲ ዕስራ ዓመት እንከሎ ኣገልግሎት ጀሚሩ። ክሳብ ዕለተ ሞቱ ኣብ 1877 ዓ.ም. ድማ ኣብ ክሊፍተን ስትሪክት መጥመቓዊት ቤተክርስትያን ከም ጓሳ ማሕበር ኮይኑ ኣገልጊሉ። ኣብታ *"ድሕሪ'ዚ ዝኾኑ ነገራት፡ ካብ ቅዱሳት ጽሑፋት እተኣከበ ምስክርነት ሓምላኽ ብዛዕባ መጻኢ፣"* እትብል መጽሓፉ፡ ሲርስ፡ ብንጹር ብዛዕባ ዳግመ-ምቛም ሃገረ እስራኤል ተነቢዩ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ እዛ መጽሓፍ "ምሕዳስ ኣይሁድ" ኣብ ትብል ምዕራፍ ከምዚ ይብል፣

> ኣይሁድ ጌና ብክርስቶስ ከይኣመኑ ከለዉ ናብ የሩሳሌም ክምለሱ እዮም። ከመይሲ ናብ ሃገሮም ምስ ተመለሱ እዩ እዚ ዝስዕብ ቃል ዝፍጸም፡ "ካብ ህዝብታት ክምጽኣኩም፣ ካብ ኵሉ ሃገራት ከኣ ክኣኻኽበኩም እየ፣ ናብ ሃገርኩምውን ክመልሰኩም እየ። ጽሩይ ማይ ክነጽገልኩም እየ እሞ ክትጸርዩ ኢኹም። ካብ ኵሉ ርኽሰትኩምን ካብ ኵሎም ጣኦታትኩምን ከጽርየኩም እየ። ሓድሽ ልቢ ድማ ክህበኩም፣ ሓድሽ መንፈስ ከኣ ከሕድረልኩም፣ ናይ እምኒ ልቢ ኻብ ስጋኹም ከውጽእ፣ ናይ ስጋ ልቢውን ክህበኩም እየ። ንመንፈሰይ ኣብ ውሽጥኹም ከሕድሮ፣ ብትእዛዛተይ ከመላልሰኩም፣ ፍርደይ ከሐልወኩምን ከግብረኩምን እየ፣" (ህዝ36፡ 24-27)[7]

ሲርስ ቀጺሉ፡ ብዛዕባ ምምላስ ኣይሁድ ናብ ምድሮም ዝዛረብ ትንቢታት ይጠቅስ። ብመሰረት ሲርስ፡ እዚ ነገራት ምስ ኮነ ብድሕሪኡ እዩ፡ "ጸበባ ያእቆብ" ክመጽእ። ኣብቲ ግዜ፡ ድሕሪ ዘሰካሕክሕ ሃገራዊ መዓት፡ ሰዒቡ ድማ ጃምላዊ ምድሓን ኣይሁድ (ብክርስቶስ)፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ናይ ሓዋሩ ምሕዳስ ኣይሁድ ኣብታ ምድሪ ክኸውን'ዩ። ናይ ሲርስ ትንቢት እውን ልክዕ ከም ናይ ራይል ኣብ 1867፡ ቅድሚ 81 ዓመታት ወግዓዊ ምምስራት ሃገር እስራኤል ዝተነግረ እዩ።

**ቻርለስ ስፐርጂየን** (1834 - 1892)

ቻርለስ ሄደን ስፐርጂየን፡ ሓንሳብ ሓንሳብ "መስፍን ሰባኽያን" ተባሂሉ ዝፍለጥ፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝተወልደ መጥመቓዊ ክርስትያን እዩ ነይሩ። ስፐርጂየን ክሳብ ሎሚ ኣብ ብዙሓት ክርስትያን ኣዝዩ ጸላዊ እዩ። ስፐርጂየን ብብዙሕ መዳያቱ ንክርስትና ብዙሕ ዘበርከተ ሰብ'ዩ ነይሩ። ሽሕ'ኳ ኣብ ጉዳይ መወዳእታ ዘመን ብዙሕ ጽሑፋት ኣይጽሓፍ፡ ኣብተን ሒደት ብዛዕባ'ዚ ዝዘተየሉ ኣጋጣሚታት፡ ክላሲካዊ ቅድመ-መለኒየማዊ መርገጺ ከም ዝነበሮ ኣየጠራጥርን። ከም ተስፋ ኣምላኽ፡ ኣይሁድ ናብ መሬቶም ከም ዝምለሱ ይኣምን ነበረ። እቲ ዝነኛ ስፐርጂየን ኣብተን ዳሕረዎት ምዕራፋት ትንቢት ህዝቅኤል ርእይቶ ክህብ ከሎ ከምዚ ይብል፣

> ሎሚ እስራኤል ካብ ካርታ ተሓኺኻ'ያ፣ ደቃ ተበቲኖም፣ ኣዋልዳ ድማ ኣብ ገማግም ወሓይዝ ኩላ ምድሪ ኮይነን ይበኽያ ኣለዋ። ቅዱስ መዛሙራታ ሃጢሙ። ኣብ የሩሳሌም ዝነግስ ንጉስ የሎን፣ ኣብ መንጐ ህዝባ ፈረድቲ የለዉን። ግና ክትሕደስ'ያ። እወ ከም "ትንሳኤ ካብ ሙታን" ክትሕደስ'ያ። ኩሎም ደቃ ብኣኣ ተስፋ ምስ ቀበጹ፡ ኣምላኽ ኣብኣ ክወጽእ'ዩ። ክትዝከር'ያ፣ ፋሕ ዝበለ ኣዕጽምታ ክእከብ'ዩ። ናይ ባዕላ መንግስቲ ክህልዋ'ዩ፣ ብፖለቲካዊ ስርዓት እትመሓደር ንጉስ ዘለዋ ሃገር ክትከውን'ያ። እስራኤል ሕጂ ኣብ ጓና ምድሪ ኣላ። ደቃ ነቲ ቅዱስ ሓመድ ፍልስጤም ፈጺሞም ክርስዕዎ ኣይከኣሉን፣ ካብቲ ዝተቐደሰ ገማግም ባሕራ ርሒቖም ኣብ ተስፋ ዘይብሉ ምድሪ ይሞቱ። ንዘለኣለም ከምዚ ኣይኪኸውንን ግና፡ መሊሶም ብእኣ ኪሕጐሱ እዮም እሞ።[8]

ስፐርጂየን "ብፖለቲካዊ ስርዓት እትመሓደር ሃገር" ከም እትህሉ ይንበ። ኣብ ካልእ ቦታ ስፐርጂየን ንኹላትና ከምዚ ኢሉ ይምዕደና፣

> ምሕዳስ ኣይሁድ ዝብል ኣርእስቲ ብዙሕ ኣቓልቦ ኣይንህቦን ኢና። ብዙሕ ኣይንሓስበሉን ኢና። ግና ብርግጽ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተስፋ ዝበሃል እንተሃልዩ እዚ እቲ ቀዳማይ'ዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዘንበብኩዎ መጠን ሓቀኛ ምሕዳስ ደቂ እስራኤል ከም ዝህሉ እየ ርእየ። . . . ኣይሁድ ምስ ተሓደሱ፡ ምልኣት ኣህዛብ ክኸውን'ዩ። ብኡንብኡ ምስ ተመልሱ ድማ፡ ሽዑ የሱስ ብኽብሪ ናብ ደብረ ጽዮን ክመጽእ እዩ። ሽዑ ድማ እተን ሰለማውያን መዓልትታት ናይቲ ሽሕ ዓመት ግዝኣት ክርስቶስ ክጅምራ'የን። ሽዑ ኩሉ ሰብ ሓውናን ዓርክናን ምዃኑ ክንፈልጥ ኢና። ክርስቶስ ከኣ ንኹሉ ክገዝእ እዩ።[9]

ሎሚ ብዙሓት ክርስትያን "ምሕዳስ ኣይሁድ ዝብል ኣርእስቲ ብዙሕ ኣቓልቦ ኣይንህብዎን" ጥራይ ዘይኰኑስ፡ ምሕዳስ ኣይሁድ ከም ዝህሉ ይኽሕድዎ ኣለዉ። ከምቲ ስፐርጂየን ዝበሎ ግና መጽሓፍ ቅዱስና ብዘንበብናዮ መጠን ነዚ ሓቂ'ዚ ክንርእዮ ኢና። እዚ ዝሰዕብ ሓቂ እንታይ ምዃኑ ክንርዳእ ኢና፣

> ኣይሁድ ምስ ታሪኽ'ዛ ዓለም እዚኣ ዓብዪ ርክብ ኣለዎም። ካብቲ ፋሕ ዝበሉዎ ክተኣኻኸቡ እዮም። ሽዑ እቲ ዝጽበይዎ መሲሖም ክመጽእ'ዩ፣ እቲ ሓንሳብ መጺኡ ዝነበረ ዳግማይ ክመጽእ እዩ። ሽዑ መስፍን ክመጾም እዮም ዝጽበዩ ነይሮም፣ ሕጂ ከምቲ ትጽቢቶም መስፍን ኮይኑ ክመጽእ'ዩ። ንሱ ንጉስ ኣይሁድ ክኸውን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ድማ ብኽብሪ ክነግስ ክመጽእ እዩ። ንሱ ምስ መጸ ኣይሁድን ኣህዛብን ማዕረ

> ሓለፋታት ክረኽቡ እዮም። ዋላ'ኳ እቶም የሱስ ካብ ሕቆኦም ዝወጸ ንጉሳውያን ቤተሰብ ፍሉይ ብልጸት ክህልዎም እንተኾነ። ምስ መጸ ኣብ ዝፋን ኣቦኡ ዳዊት ኪቕመጥ እዩ፣ ኵሎም ኣህዛብ ድማ ናብኡ ኪእከቡ እዮም።[10]

ናይ ስፐርጂየን ትንቢታት ምሕዳስ መንግስቲ እስራኤል ኣብ 1864 ዓ.ም. ቅድሚ 84 ዓመታት ምቛም ሃገረ እስራኤል እዮም ተነጊሮም።

**<u>ኣዶልፍ ሳፊር</u>** <u>(1831 – 1891)</u>

ኣዶልፍ ሳፊር፡ ሃንጋርያዊ ኣይሁድ እዩ ነይሩ። ቤተክርስትያን ነጻ ስኮትላድ፡ ሚስዮናውያን ናብ ሃንጋሪ ምስ ለኣኸት ሳፊር ኣብኡ ንጉይታ ረኺብዎ። ድሕር'ዚ ሳፊር ብፕረስቢተራዊት ቤተክርስትያን ኣየርላንድ ክህንነት ተቐቢሉ። ሳፊር፡ ብምግላጽ ቃል ኣምላኽን ዘነቓንቕ ኣስተምህሮታቱን ኣዝዩ ግሩን ነበረ። ኣብታ *ክርስቶስን እስራኤልን* እትብል ዓባይ መጽሓፉ፡ ቅዱሳት ጽሑፋት ብዛዕባ ምእካብ እስራኤል እንታይ ከም ዝብሉ ብሰፊሑ ተንቲንዎ ኣሎ። ሳፊር ዳግማይ ምትእኽኻብ እስራኤል ከም ሕቶ ዘየድልዮ ናይ መጻኢ ክውንነት ገይሩ'ዩ ርእይዎ ዘሎ። ኣብታ መጽሓፍ ነዚ ጉዳይ እዚ ዚገልጽ ክፍሊ፡ *"ደረጃታት ምሕዳስን ምምጻእ ናይቲ ዓብዪ ንጉስን"* ዚብል ኣርእስቲ ኣለዎ። ሳፊር ብዛዕባ ኢሳይያስ 66፡19, 20 ኣብ መጽሓፉ ርእይቶ ክህብ ከሎ፣

> እዚ ክፍሊ፡ ብርሃን እስራኤል ምስ መጸ፡ ክብሪ እግዚኣብሄር'ውን ኣብ ልዕሊ እስራኤል ምስ ወጸ፡ ኩላቶም ረሲኣን'ውን ምስ ተፈርዱ፡ ካልኣይን ዝዓበየን ምትእኽኻብ ኣይሁድ ካብ ኩለን ሃገራት ከም ዝህሉ ይነግረና። ስለዚ ክልተ ምሕዳስ ክህሉ እዩ። እቲ ሓደ ቅድሚ ቅልውላው እቲ ካልኣይ ከኣ ድሕሪ ቅልውላው። እቲ ሓደ ከፊላዊ፡ እቲ ካልኣይ ምሉእ። እቲ ሓደ ንቑጥዓ ኣህዛብ ዘለዓዕል፡ እቲ ካልኣይ ድማ ኣህዛብ ዝሕጉሱሉን ምስ እስራኤል ዝተሓባበሩሉን'ዩ።[11]

ሳፊር፡ ኣይሁድ ገና ናብ መሲሖም ከይተመልሱን ብዓቢኡ ኣብ ናይ ዘይምእማን ኩነተ ህላወ እናሃለዉን ናብ እስራኤል ከም ዝምለሱ ብዘየወላውል ቃላት ይዛረብ ነይሩ። ብዛዕባ ህዝቅኤል 22፡17-22 ዝጸሓፎ ሓተታ እንሆ፣

> ኣይሁድ ጌና ዘይኣመንቲ ከለዉ ናብታ ምድሪ ክምለሱ እዮም። "ናብ የሩሳሌም ክፍረዱ እዮም ክመጹ። ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ እቶም ቤት እስራኤል ሓርኢ ሓጺን ኰንኒ፣ ኣብ ማእከል እቶን ከኣ ኰላቶም ኣስራዝን ቁርቁሮን ሓጺንን ዓረርን እዮም። ሓተላ ብሩር ኰኑ። ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኵላትኩም ሓርኢ ሓጺን ኢኹም እሞ፣ ስለዚ እንሆ፣ ኣብ ማእከል የሩሳሌም ክእክበኩም እየ። ከምቲ ኪመክኽ ኢሎም፣ ሓዊ ምእንቲ

> ኺነፍሑሉ፣ ንብሩርን ኣስራዝን ሓጺንን ዓረርን ቆርቆሮን ኣብ ማእከል እቶን ዚእከብዎ፣ ከምኡ ኸኣ ብቝጥዓይን ብነድረይን ክእክበኩምን ኣብኡ ኸእትወኩምን ከምክኸኩምን እየ። ክእክበኩም ሓዊ ነድረይ ድማ ክነፍሓልኩም እየ። ኣብ ማእከልውን ክትመኩ ኢኹም። ከምቲ ብሩር ኣብ ማእከል እቶን ዚመክኽ፣ ከምኡ ኣብ ማእከል ኽትመኩ ኢኹም። ንስኻትኩምውን፣ ኣነ እግዚኣብሄር ነድረይ ኣብ ልዕሌኹም ከም ዘፍሰስኩ፣ ክትፈልጡ ኢኹም፣" ይብል ህዝቁል። እምበኣርከስ ናብ ምድሮም ክምለሱ ከለዉ ኣመንቲ ነይሮም እንተ ዘኾኑ፡ ስለምንታይ እግዚኣብሄር ነድሩ ኣብ ልዕሊኦም ዘፍስሶ፧ ከምኡ ብፍጹም ክኸውን ኣይክእልን።[12]

ሳፊር ነዚ ዝተነበዮ ኣብ 1864 ዓ.ም እዩ። ምስቲ ናይ ቻርለስ ስፐርጂየን ትንቢታት ኣብ ሓደ እዋን ማለት'ዩ። እዚ ከኣ ቅድሚ ምምስራት እስራኤል ቅድሚ 84 ዓመታት ምኻኑ እዩ።[13]

## <u>*ሆራሽዮስ ቦናር*</u> (1808 - 1889)

*ሆራሽዮስ ቦናር ሪፎርመራዊ ሰባኺ ኣብ ቤተክርስትያን ነጻ ስኮትላንድ እዩ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ ሪቫይቫሊስት፡ ደራስን ጸሓፊ መዝሙር'ውን። ኣብታ፡ *ትንቢታዊ ምልክታት፣ ንሕቶ ቅድመ-ሚለንያዊ ምጽኣት ክርስቶስ ንምውሳን ዝሕግዝ መረዳእታ* እትብል ስርሑ፡ ቦናር ብናይ መጻኢ ምምላስ ኣይሁድ ናብ ምድሮም ብጽኑዕ ይኣምን ከም ዝነበረ ንርኢ። ነዚ ዝስዕብ ግዜ ዘይደረቶ ናይ ቦናር ቃላት ኣጸቢቕኩም ከተስተብህሉሉ ይምሕጸነኩም፣*

> *ኣነ ሓደ ካብቶም ብምሕዳስን ምልዋጥን እስራኤል ዝኣምኑ ሰባት እየ። ብርግጽ ኣብ መጻኢ፡ ብዘሎ እስራኤል ክተኣኻኸብን ክድሕንን እዩ። ከምዚ ናይ ሎሚ ውርደት እስራኤል ዝኣምኖ ዘለኹ፡ ብናይ መጻኢ ክብርን ልዕልናን እስራኤል'ውን እኣምን። መደብ ኣምላኽ ነዛ ምድሪ ክንርድኦ እንተ ኼንና፡ ብመጀመርታ መደብ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ክንርድኦ ኣሎና ኢለ እየ ዝኣምን። እንተ ደኣ እቲ ዓብዩ መደብ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ናይ መጻኢት እስራኤል ኣብ ግምት ዘይኣትዩ፡ ናይ ደቂ ሰብ ቀመራታት ፖለቲካዊ ይኹን ሳይንሳዊ ወይ ፍልስፍናዊ ወይ ሃይማኖታዊ ጌጋ ከም ዝኸውን እየ ዝኣምን። ሓሳብ ኣምላኽ ኣብ ጽሕፍቶ ናይ ደቂ ሰባት ክንርድኦ እንተ ኼንና እቲ መምርሒ ካርታ እዛ ጥንታዊት ሃገር እያ። ታሪኻ ድማ ከምዚ ሕጂ ዝመስለና ኣየኽተመን፡ እኳ ደኣ ይጅምር እዩ ዘሎ። ከምኡ'ውን ዝኾነ ሰብ ብትዕቢት፡ ኣይሁድከ ምስ ታሪኽ ዓለም እንታይ ርክብ ኣለዎም፧ ኢሉ እንተ ሓተተ፣ ንእስራኤል ብምግዳፍዶ ነቲ ዝመጽእ ታሪኽ ናይዛ ምድሪ ክንርድኦ ንኽእል ኢና፧*

*ኣይፋሉን ንብል። ኣታ ሰብ ንስኻ እንታዋይ ኢኻ ንኣምላኽ ትከራኸር። ንስኻ ዲኻ ነቲ ናይ ምድሪ መዛግብቲ፡ ናይ መጻኢ ወይስ ሕሉፍ ዝገበርካዮ፧ ንስኻ ዲኻ ፈጣሪ ናይዞም መዛግብቲ ወይስ ንኣታቶም ዘቖሙ ፍጻመታት፧ እቲ መጻኢ ናቱ ዝኾነ፡ ንሱ ጥራይ እዩ ዝገልጾም። ንሱ ጥራይ እዩ ነቶም ንመጻኢ ዝኾኑ ዝፈልጥ። ንእስራኤል ከም ዓብዪ ናይ መጻኢ ህዝቢ፡ ንየሩሳሌም ከኣ መዲና ናይ ምድሪ ገይሩ ከቖማ እንተ ደለየ፡ መን ኢና ንሕና ብፍልስፍና ሳየንስ ነቲ መለኮታዊ መደብ ብክልሰ-ሓሳብ ሰባት ክንትክእ፧ ሰብኣዊ ግምታት ካብ ኩሉ ዘይርጉጽነት እቲ ዝያዳ ዘይርጉጽ እዩ፤ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ'ዚ ግምታት'ዚ ዝተሃንጸ ሰብኣዊ ተስፋታት፡ ካብ ኩሉ ውድቀታት እቲ ዝያዳ ዝኸፍአ ውድቀት እዩ። ደቂ ኣብርሃም ንምድሪ ፍልስጤም ዳግማይ ክወርስዋ እዮም ዝብል እምነት ኣለኒ። እታ ምድሪ ድማ ፍረኣ ክምለስ እዩ። በረኻን ጽምዊን ብኣታቶም ክሕጐሱ፡ ምድረበዳ ድማ ከም ጽጌረዳ ክሕጐስን ክዕምብብን እዩ።* እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ግን እስራኤል ኮብለልቲ ኣይኪኾኑን፡ ኣብ ኩሉ ቦታ ዝድሕን ተረፍ ከም ዘለዎም እኣምን። ከምኡ'ውን *ሚስዮናውያንና ዝወጹ ነዚ ተረፍ ንምእካብ እዩ። ኣብዚ ዘሎናዮ ዘመን (ከምቲ ብዘመን እቶም ኣርባዕተ ንግስነታት [ዳን 2]) ዘመን ኣህዛብ ምዃኑ እኣምን። ዘመን ኣህዛብ ክሳዕ ዚመልእ ድማ፡ የሩሳሌምን እስራኤልን ብኣህዛብ ኪርገጻ እየን። ዘመን ልዕልና ኣህዛብ ምስ ተወድአ ወይ ከምቲ እቲ ሃዋርያ ዝበሎ ምልኣት ኣህዛብ ምስ ኣኸለ፡ ኣብ ምድሪ ቅልውላው ክኸውን እዩ፣ ኣብ እስራኤል ግን ምድሓን ክኸውን እዩ። እታ ንነዊሕ ትጽቢት እተገብረላ መንግስቲ ድማ ክትመጽእ'ያ።* [14]

ናይ ቦናር ትንቢታት ቅድሚ 101 ዓመታት ምምስራት ሃገር እስራኤል ኣብ 1847 እዩ ተዘርጊሑ።

## <u>ሳሙኤል ፕሪድዮክስ ትረገለስ (1813 - 1875)</u>

ሳሙኤል ፕሪድዮክስ ትረገለስ፡ ኣባል ምንቅስቓስ ሕውነት ፕሊማውስ ዝነበረ ሓደ ካብቶም ብሉጻት ሊቃውንቲ ስነ-መለኮት እዩ ነይሩ። ትረገለስ፡ ቋንቋታት ግሪኽ፡ እብራይስጢ፡ ኣራማይስጢን ዌልስኛን ኣጸቢቑ ዝመልኽ ፓስተር ነበረ። ኣነ ብውልቀይ ድማ እቲ ኣዝየ ዝፈትዎ ናይቲ እዋን'ቲ መምህር መጽሓፍ ቅዱስ እዩ።

ትረገለስ፡ ሓደ ካብቶም፡ ህዝቢ ኣይሁድ ደጊሞም ኣብ መሬት እስራኤል ከም ዝሰፍሩ ቅድሚ ነዊሕ ዝተነበዩ ሰባት'ዩ። ትረገለስ ብዛዕባ ትንቢታት ዳንኤል ክዛረብ ከሎ፡ "'መዓልታዊ መስዋእቲን' 'ኣጸድ ቤት መቕደስ' ዝብል . . . እዚ ነገራት እዚ [ኣብቲ እዋን እቲ] ከም ዝህሉ ንጹር መመልከቲ እዩ። ገለ ክፋል ኣይሁድ ጌና ከይኣመኑ ከለዉ ናብ ሃገሮም ክምለሱ እዮም፣"[15] ይብል።

ቅድሚ ኩላቶም ናይ 19 ክፍለ ዘመን መምህራን መጽሓፍ ቅዱስ፡ ትረገለስ፡ ኣብ 1846 ዓ.ም. እስራኤል ዳግም ከም እትቐውም ተነቢዩ። እዚ ማለት ቅድሚ 102 ዓመታት ምቛም ሃገር እስራኤል እዩ።

**<u>ዮናታን ኤድዋርድስ</u>** <u>(1703 - 1758)</u>

ከም ዝመስለኒ ብዙሓት ሰባት፡ ቅድሚ 19 ክፍለ ዘመን፡ ብዙሓት ናይ ተሃድሶ ምሁራን ስነ-መለኮት፡ ሉተራውያን ፒየቲስትን ፒዩሪታውያንን ብናይ መጻኢ ምሕዳስ እስራኤል ይኣምኑ ከም ዝነበሩ ኣይፈልጡን እዮም።

ኣብ መንጎ እዞም ጉጅለታት ግና ብዙሕ ናይ ሓሳብ ፍልልያት ነይሩ። ገለ ካብዚኣቶም፡ ኣይሁድ ናብታ ምድሪ የሱስ ምስ መጸ ጥራይ ከም ዚምለሱ ይኣምኑ ነበሩ። ካልኦት ድማ ቅድሚ ምምጽኡ ቅድሚ ነዊሕ እዋን ክምለሱን ብየሱስ እቲ መሲሕ ክኣምኑ ምዃኖም ይኣምኑ ነበሩ። ብዙሓት ድሕረ ሚለንያውያን እዮም ነይሮም። እዚ ማለት ከኣ ኣዝዩ ተሰፈኛዊ ኣሚለኒያሊዝም ማለት እዩ።

ሓደ ካብቶም ኣዝዮም ፍሉጣት ረስቶረሽናውያን፡ ብዘይጥርጥር ኣብ ኣሜሪካ ብቐዳምነት ተጠቓሲ ፍልስፍናዊ ምሁር ስነ-መለኮት ዝነበረ ዮናታን ኤድዋርድስ እዩ። ኤድዋርድስ፡ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ዕውቀተኛታት ሪቫይቫሊስት ናይ ኣሜሪካ'ውን ነይሩ። ኤድዋርድስ ካብ ፒዩሪታዊ ድሕረ-ባይታ ዝመጸ ተሃድሶኣዊ ምሁር ስነ-መለኮት እዩ። ኤድዋርድስ ኣብቲ ቀዳማይ ዓብዩ ምንቅቓሕ (The first great awakening) ኣዝዩ ዓብዩ ኣበርክቶ ስለ ዝነበሮ፡ ከም ብዙሓት ኣብ ግዜኡ ዝነበሩ ስነ-መለኮታውያን፡ ኣይሁድ ናብ መሬቶም ከም ዝምለሱ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንየሱስ ከም መሲሖም ከም ዝቕበሉዎ ብምእማን፡ ኣዝዩ ጽኑዕ ድሕረ ሚለንያዊ ኣረኣእያ ነበሮ። ኤድዋርድስ ኣብታ *ታሪኽ ግብርታት ምድሓን* እትብል መጽሓፉ ብዛዕባ ናይ መጻኢ ምምላስ ኣይሁድ ናብ መሬቶምን ኣብ የሱስ ዝህልዎም እምነትን ብሰፊሑ ተዛሪቡ ኣሎ፣

> ናይ ኣይሁድ ክሕደት ከብቅዕ'ዩ። ንክርስቶስ ብምንጻጉም ክሳብ ክንድዚ ንዓሰርተ ሽውዓተ ዘመናት ዝኣክል ከናባት ኮይኖም ይቕጽሉ ኣለዉ። ካብ ምዕናው የሩሳሌም ኣትሒዝካ ዝደሓኑ ኣዝዮም ሒደት'ዮም። ኣንጻር'ቲ ቅኑዕ ትምህርቲ ነቢያቶም፡ ንክርስቶስ ብምስቃል ኣብ ክፍኣት ኣቦታቶም ጸኒዖም ኣለዉ። እታ መዓልቲ'ቲኣ ምስ መጸት ግን እቲ ረጕድ መጋረጃ ካብ የዒንቶም ክእለ'ዩ (2ቆሮ3፡16)። መለኮታዊ ጸጋ ናብቲ ተሪር ልባቶም ክፈስስ'ዩ፡ "ነቲ ዝወግእዎ ኺጥምቱ እዮም፣ ከምቲ ንሓደ ውሉድ ዚበኽዩሉ፣ ከምቲ ንበዅሪ መሪር ሓዘን ዚሐዝንሉ ኣምሪሮም ኪሐዝኑሉ እዮም፣" (ዘካ12፡10)። ብዘሎ እስራኤል ከኣ ክድሕን'ዩ (ሮሜ11፡26)። ኣይሁድ ኣብ ኩሉ እተበተኑሉ ነቲ ናይ ቀደም ዘይእሙንነቶም ክድርብዩ እዮም። ብዘገርም መገዲ ድማ ልቦም ክቕየር

> እዩ። በቲ ዝሓለፈ ሕንግድናኦምን ትሪ ልቦምን ንርእሶም ክጸልእዋ'ዮም። ብንስሓን ብትሕትናን ብሓጕስን ድማ ከም ክቡር ንጉሶምን እንኮ መድሓኒኦምን ናብቲ ብጹእ የሱስ ብሓባር ክመጹ እዮም። ከም ሓደ ሰብ ድማ ብኹሉ ልቦም ንኻልኦት ኣህዛብ ምስጋናኡ ክነግሩ እዮም (ኢሳ66፡20, ኤር50፡4)። እዚ ሃገራዊ ምልዋጥ ኣይሁድ ኣብ መበል ዓሰርተ ሓደ ምዕራፍ መልእኽቲ ሮሜ ብንጹር ተነጊሩ ኣሎ። ከምኡ'ውን ካልኦት ብዙሓት ብዘይካ'ዚ ካልእ ትርጉም ክንህቦም ዘይንኽእል ክፍልታት ብሉይ ኪዳን ነዚ እውነት የውርዩ። ግና ሕጂ ነዞም ክፍልታት ኣብዚ ክዝርዝረልኩም ዝኽእል ኣይኮንኩን።[16]

ኤድዋርድስ ቀጺሉ፡ እዚ ነገራት መኣስ ከም ዝፍጸም ብልክዕነት ከም ዘይፈልጦ'ኳ እንተ ተኣመነ፡ ቅዱሳት ጽሑፋት ግን ንኣህዛብ ከይተረፈ "ህይወት ካብ ሙታን" ዝኾነሎም ናይ መጻኢ ምሕዳስ እስራኤል ከም ዝመጽእ ከም ዝሕብሩ ብምትእምማን ይዛረብ። ትንቢታት ኤድዋርድስ ኣብ 1739 ዓ.ም እዩ ተነጊሩ። እዚ ድማ እስራኤል ብወግዒ ሃገር ቅድሚ ምዃና ቅድሚ 209 ዓመታት እዩ። ፍርቂ ናይ ኤድዋርድስ ራእይ ተፈጺሙ እዩ፣ ግን ብልክዕ ብዘሎ ህዝቢ ኣይሁድ ብየሱስ ብምእማን መኣስ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝምለስ ገና ንቕድሚት ክንርእዮ ኢና።

## <u>ሰር ይስሃቕ ኒውተን</u> (1642–1727)

ሰር ይስሃቕ ኒውተን መን ከም ዝነበረ ምንጋር ዘድሊ ኣይመስለንን። ኒውተን ኣብ 1727 ዓ.ም. ዝሞተ ሊቕ ፊዚክስን ስነ-ቍጽርን እዩ ነይሩ። ኒውተን ሓቀኛ ተመሃራይ መጽሓፍ ቅዱስ'ዩ ነይሩ። ኒውተን ብዓቢኡ ኣብ ታሪኻዊ ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ ዝኣምን'ኳ እንተ ነበረ፡ ቃልብቓሉ ንምትርጓም ግን ጻዕሪ ገይሩ እዩ። ኒውተን፡ ብዛዕባ ራእይ ዮሃንስ ኣብ ዝጸሓፎ ሓተታ፡ ብዛዕባ ግዝያት ናይቲ "እኩያት ሃገራት ዝድምሰሳሉ፡ ንብዓት ጻድቃን ዝድረዘሉ፡ ኣይሁድ ካብ ምርኮ ተመሊሶም፡ ዘሸብረቐት ዘልኣለማዊት መንግስቲ ዝሃንጹሉ . . . ንጉስ ሰሚን ዝሰዓረሉ ፡ እቲ ዓብዪ ክሕደት ዝኾነሉ፡ ኣይሁድ ካብ ምርኮ ዝምለሱሉን እቲ ዓብዪ ጸበባ ዝገሃደሉን፣"[17] ይዛረብ።

ዋላ'ኳ ኒውተን፡ ምምላስ ኣይሁድ ናብ ምድሮምን ዳግም ምጽኣት የሱስን ብሓደ ግዜ ከጋጥም'ዩ ኢሉ ብጌጋ ይእመን፡ ኣይሁድ ኣብ መጻኢ ናብ ምድሮም ከም ዝምለሱን ቅዱሳት ጽሑፋት ድማ ብልክዕ ነዚ ከም ዘስተምህሩን ብጽኑዕ ይኣምን ነበረ። ኣይሁድ ቅድሚ ምምላስ የሱስ ድዮም ብእኡ ክኣምኑ ወይስ ክምለስ ከሎ ዝብል ክትዕ፡ ኣብቲ ቅድሚ ኒውተን ዝነበረ ኣስታት ሚእቲ ዓመት ኣብ መንጎ ብዙሓት መራሕትን ወሃብቲ ርእይቶን ክርስትያን ብሰፊሑ ተዘሪቡሉ እዩ። ምምላስ ኣይሁድ ናብ መሬቶም ምስ ምምላስ የሱስ ከም ዘይጋጠም ርዱእ እኳ እንተኾነ፡ ኒውተን ግን ኣብ መጻኢ ህዝቢ ኣይሁድ ናብ መሬቶም ከም ዝምለሱ ብልክዕ ኣቐዲሙ ቅድሚ ክልተ ሚእቲን ሓምሳን ዓመት ኣተንቢሁ እዩ።

## ዊልህልመስ ብረከል (1635–1711)

ዊልህልመስ ብረከል ኣብ መዕጸዊ 17 ክፍለ ዘመንን መጀመርታ 18 ክፍለ ዘምንን፡ ኣብ ሮተርዳም ዘገልግል ዝነበረ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ተዋሳእቲ ምንቅስቓስ ተሃድሶ ሆላንድ (De Nadere Reformatie) እዩ ነይሩ። እዚ ምንቅስቓስ'ዚ ብእንግሊዛዊ ፑሪትነት ኣዝዩ ዝተጸልወ ፒየቲስታዊ ምንቅስቓስ'ዩ ነይሩ። ኣብታ ብዙሕ ቅጺ ዝነበራ ኣብ 1700 ዓ.ም. ዝተጻሕፈት "ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ክርስትያን" እትብል ዝዓበየት ወረቡ፡ ብረከል ብዛዕባ'ቲ ናይ መጻኢ ምትእኽኻብ ኣይሁድ ኣብ መሬት ዓደቦኦም ኣመልኪቱ ከምዚ ይብል፣

> ክምለስ ዘለዎ ሕቶታት ኣሎ፡ ህዝቢ ኣይሁድ ከካብቲ ፋሕ ዝበሉዎ ገጻት እዛ ምድሪ ናብታ ናይ ቀደም መሬቶም ክምለሱ ድዮም፤ ኣይሁድ ንብዘላ ምድሪ ከንኣን ክወርሱዋ ድዮም፤ የሩሳሌም ዳግማይ ክትህነጽ ዲያ፤ እዞም ነገራት እዚኦም ክፍጸሙ እዮም ኢልና ንኣምን። እንተ እቲ ቤተ መቕደስ ዳግማይ ከም ዝህነጽን፡ እቲ ናይ ቀደም ስርዓት ኣምልኾ ቤት መቕደስ ከም ዝቐጽልን ዝብል ግና ኣይንቕበሎን። . . . እስራል ብኣዝዩ ብሉጽ ምሕደራ እትምራሕ ናጻ ሪፓብሊክ ክትከውን እያ። ካብዚ ሓሊፉ ከነኣን ኣዝዩ ፍርያም ምድሪ ክኸውን'ዩ፣ ነበርቲ እታ ምድሪ ብፈሪሃ ኣምላኽ ክመላለሱ እዮም። ኣብቲ ኣብ ራእ 20 ዝተገልጸ ሽሕ ዓመት ድማ ኣይሁድ ሓደ ክፋል ናይታ ክብርቲ ቤተክርስትያን ክኾኑ እዮም።[18]

ዋላ'ኳ ብረከል ድሕረ-ሚለንያላዊ ይንበርን ካብ ዝበዝሑ ቅድመ-ሚለንያላውያን ኣዝዩ ተስፈኛዊ ኣረኣእያ ይንበሮን፣ ትንቢታቱ ግን ሽለል ክበሃል ኣይግባእን። ቤት መቕደስ ዳግማይ ከም ዘይስራሕን ኩላቶም ኣይሁድ ከኣ ብየሱስ ከም ዝኣምኑን እኳ እንተ ተዛረበ፡ ኣብ መጻኢ ናብታ መሬት ምምላስ ብዝምልከት ዝነበሮ ሓፈሻዊ ርትዒ ግና ቅኑዕ እዩ ነይሩ። ብራከል እዚ ትንቢት እዚ ቅድሚ ምፍጻሙ ዳርጋ ቅድሚ 250 ዓመት ኣብ 1700 ዓ.ም. እዩ ተነቢዩዎ።

## ቶማስ ብራይትማን (1562–1607)

ብዛዕባ ምሕዳስ ኣይሁድ ብዝምልከት፡ ኣብ መንጎ ፒዩሪታውያን ብርቱዕ እምንቶ ነይሩ። ቶማስ ብራይትማን በዚ ቴማ'ዚ ኣዝዩ ብዙሕ ዝጸሓፈ እንግሊዛዊ ካህን እዩ ነይሩ። *ናይ ምግላጻት ምግላጽ* (ኣብ 1611 ዓ.ም. ዝተጻሕፈ) ፡ *ናብ የሩሳሌምዶ ደጊሞም ክምለሱ እዮም፤* (ኣብ 1615 ዓ.ም. ዝተጻሕፈ) ኣብ ዝብላ መጻሕፍቱ ነዚ ኣርእስቲ ብዕምቆት ዘትዩሉ ኣሎ። ኣይሁድ ናብ ምድሮም ክምለሱ ድዮም ኣብ ዝብል ሕቶ፡ ብራይትማን ይብል፡ "እንታይ፤ ደጊም ናብ የሩሳሌምዶ ክምለሱ እዮም፤ ካብዚ ንላዕሊ ርግጽ ዝኾነ ነገር የሎን። ነብያት ኣብ ኩሉ ቦታ ደጋጊሞም የረጋግጽዎ እዮም፣"[19]

ናይ ብራይትማን ስራሓት፡ ኣብቶም ሽዑ ዝነበሩ መዛኑኡ ፒዩሪታውያን ኣዝዩ ጸላዊ እዩ ነይሩ። ካልኦት ብዙሓት ኣብዚ እዋን እዚ ዝነበሩ ረስቶረሽናውያን ምስ ኣረኣእያኡ ይሰማምዑ ነይሮም። እዚ ርግጽነት ዘለዎ ምጉት ኣብ 1611 ዓ.ም.፡ ቅድሚ 337 ዓመታት ወግዓዊ ምስረታ ሃገረ እስራኤል እተነግረ እዩ።

## ኢሾዳድ በዓል መርቭ (850)

እዚ ክሳብ ኣብዚ ዝርኤናዮ እኹል ኮይኑ እንተ ዘይተሰሚዕኩም፡ ወይ ድማ እዞም ሰባት በቲ ናታቶም ዘመን ዝነበረ ህቡብ ኣጋውል ተኸቲሎም እተዛረቡዎ እዩ ኢልኩም እንተ ሓሲብኩም፡ ነዛ ናይ ታሽዓይ ዘመን ሓንቲ ናይ መወዳእታ ትንቢት ንርአ። ኢሾዳድ በዓል መርቭ፡ ኣቡን ናይ ከተማ ሓዳታ (ኣብ ጥቓ እዛ ናይ ሎሚ ጢቤርዮስ እትርከብ) ዝነበረ'ዩ። ኣብ ሚክያስ 5፡3 ኣብ ዝሃቦ ሓተታ፡ "'ኽሳዕ እታ ወላዲት እትወልደሉ ዘመን ኣሕሊፉ ኺህቦም እዩ፣' ዝብል ቃል፡ እቲ ነብዩ ብዛዕባ የሩሳሌም ዝተዛረቦ እዩ። ክሳብ ግዜ ምምላሶም ዝኣክል ኣብ ምርኮ ክሳቐዩ ክገድፎም እዩ። እዚ ማለት እዞም ትንቢታት ካብ ምርኮ ከይተመለሱ ኣይክፍጸሙን እዮም ማለት'ዩ፣"[20] ይብል።

ኢሾዳድ ብዛዕባ'ዚ መኣስ ከም እተዛረበ ትፈልጡ ዲኹም፧ ኣብ 850 ድ.ል.ክ፡ *ቅድሚ ሽሕን ሚእትን ዓመታት ምስረታ ሃገረ እስራኤል።*

## ከም ዝመጽእ ተነጊርሉ'ዩ

ብዙሓት ካልኦት ኣብዚ ዘይጠቐስናዮም ሰባት ብዛዕባዚ ነገራት ተነቢዮም እዮም። እዞም ትንቢታት እዚኣቶም ኣይሁድ ናብ ምድሮም ከም ዝምለሱ ዝሕብር ዝኾነ ዓይነት ምድራዊ ኣጋውል ኣብ ዘይነበረሉ ከም እተነግሩ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ከመይሲ ብዙሓት ሱፐርሰሽኒስታውያን መላገጽቲ፡ እዞም ሰባት እዚኦም ነቲ ኣብ መወዳእታ መበል ዓሰርተ ትሽዓተን መጀመርታ ዕስራ ክፍለ ዘመንን ዝነበረ ምንቅስቓስ ጽዮናውያን ይደግሙ ምንባሮም ወይ ብውሑዱ ሽዑ ዝበሃል ዝነበረ ዘረባታት ይደግሙ ከም ዝነበሩ ይምጉቱ። እዚ ምጉት እዚ ግን እቲ ግዝያት ስለዘይራኸብ ብቐሊሉ ውዱቕ ይኸውን! ብዓቢኡ እቲ ከም ዘመናዊ ኣቦ ምንቅስቓስ ጽዮናውነት ዝቑጸር ቴዎዶር ሄርዝል ክሳብ 1860 ዓ.ም. እውን ኣይተወልደን። ከምኡ ድማ ሄርዝል ዝመስረቶ ዓለማዊ ውድብ ጽዮናውያን ክሳብ ቀዳማይ ጉባኤ ጽዮናውያን (ኣብ ባሰል ስዊዘርላንድ 1897 ዓ.ም.) ኣይተመስረተን። እቲ ቀዳማይ ምልክታት ናይ ዝኾነ ርኡይ ምንቅስቓስ ጽዮናውያን፡ እቶም ኣብ መንጎ 1870ን 1897ን ኣብታ ሃገር ኣስታት ዕስራ ሰፈራታት ኣይሁድ ዝፈጠሩ *ሆቨቨይ ጾዮን* ወይ ኣፍቀርቲ ጽዮን ዝበሃሉ ጥራይ እዮም ነይሮም። እዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ትንቢታት ግና ኩሎም ቅድሚ 1870 ዓ.ም. ዝኾነ ጥር ዝብል ኣይሁዳዊ ናብ እስራኤል ዘይተመልሰ ከሎ ቅድሚ ነዊሕ እዋን እተነግሩ እዮም። ከምኡ'ውን ነፍሲ ወከፍ ካብቶም ኣብዚ ዝተጠቕሱ ትንቢታት፡ ጽዮናውነት ብሓቂ ኣብ ስነ-መለኮታዊ ኣተሓሳስባ ጽልዋ ከሕድር ቅድሚ ምጅማሩ ቅድሚ ቀዳማይ ጉባኤ

ጽዮናውያን ዝተነግሩ እዮም። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ *እዞም ሰባት ብዛዕባ ጽዮናውነት ቅድሚ እቶም ቀዳሞት ጽዮናውያን ይፈልጡ ነይሮም!* ብሓቂ ክርእ ከሎ፡ ክርስትያናዊ (ወይ መጽሓፍ ቅዱሳዊ) ጽዮናውነት ቅድሚ ዓለማዊ ወይ ኣይሁዳዊ ጽዮናውነት ካብ ነዊሕ እዋን ዝጸንሐ እዩ ክበሃል ይከኣል። ሱፐርሰሽኒስታውያን ነዚ ሓቂ እዚ ክኽሕድዎ ዝቐረጹ ይመስሉ። ኣብ ምሉእ እዚ መጽሓፍ ብዙሕ ግዜ ዝጠቐስናዮ ካርል ሜዳሪስ፡ ብዛዕባ ክርስትያናዊ ጽዮናውነት፡ "[እዚ] ኣብ ዝሓለፈ 100 ዓመታት ወይ ከባቢኡ ጥራይ ዝመጸ ኣዝዩ ናይ ቀረባ እዋን መናፍቕነት፣" ብምባል ነቲ ልሙድ ሱፐርሰሽንስታዊ ዘረባ ብዕሊ ደርጒሑዎ። እዚ ኣበሃህላ እዚ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ምዃኑ ርዱእ እኳ እንተኾነ፡ ኣብቶም ነቲ ኣብ መንጎ ክርስትያን ዘሎ ሃብታም ትውፊት ረስቶረሽንዝም ንምድኻም ዝደልዩ ሱፐርሰሽንስታውያን ክትዓት ክገብሩ ከለዉ ብሰፊሑ ዝደጋግምዎ እዩ። ረስቶረሽንዝምን ክርስትያናዊ ደገፍ ንእስራኤልን ብኸም በዓል ጆን ኔልሰን ዳርቢን ምንቅስቓስ ዲስፐንሸናሊስትን ዝጀመረ፡ ብተዛማዲ ሓድሽ ተርእዮ ናይዚ ቀረባ እዋናት'ዩ ዝብል ኣበሃህላ ክንደይ ግዜ ክደጋገም ክትሰምዕዎ ኢኹም። የግዳስ ከምቲ ዝረኣናዮ ብዙሓት ተጊሆም መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝገበሩ ኣመንቲ፣ ነቲ ብነቢያት እተነግረ ቀጻሊ ጸዋዕታን ምርጫን እስራኤል ኣለሊዮሞ እዮም። እዚ ትንቢታት ምምስራት ናይ ሓንቲ ሃገር እስራኤል ካብ ስምዒታውነት፡ ፖለቲካዊ ኣጋውል ወይ መንፈሳዊ ራእያትን ዝመጸ ኣይኮነን። ካብ ትጉህን ቅኑዕን መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝመጸ'ዩ።

## <u>መደምደምታ</u>

ኣብ መዕጸዊ ናይዚ ምዕራፍ፡ ናብቲ ሓደ ካብቶም ኣብዚ ምዕራፍ ኣብ ቅድሚት ዝተጠቐሰ ናይ 19 ክፍለ ዘመን ምሁር ስነ-መለኮት ዴቪድ ባሮን ክምለስ። ቅዱሳት ጽሑፋት ከመይ ክትርጎም ከምዝግባእ፡ ልክዕ ከምቲ ዘለዎዶ ይወሰድ ዝብል ናይ ቅድመ-ሚለንያላዊ ኣረኣእያ (ኣብዚ መጽሓፍ'ውን ዝተራዕመ) ወይስ ኣለጎሪያዊ ትርጓመ ናይ መታካእታዊ ስነ-መለኮታውያን እዩ ቅኑዕ ኣብ ዝብል ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፣

> ከምቶም ካልኦት ኣሽሓት፡ እቲ ጸሓፊ ካብ ጸልማት ናይ ረባዊ ኣይሁድነት ናብ ብርሃንን ሓርነትን ክርስቶስ ብምምጻእ ማእለያ ዘይብሉ ጸጋ ኣምላኽ ዝተቐበለ እዩ። ንየሱስ በዓል ናዝሬት ከም መሲሕ እስራኤልን መድሓኒ ዓለምን ዝተቐበሎ ብመሰረት ቀጥታዊ ትርጉም ንእኡ ዝምልከት ትንቢታት እዩ። ከምኡውን ብቐጻሊ፡ ካብ ሓደ ድሮ ዝተፈጸመ ጉጅለ ትንቢታት ሓደ መትከል ትርጉም፡ ንኻልእ ገና ዘይተፈጸመ ጉጅለ ትንቢታት ድማ ካልእ መትከል ትርጉም ክቕበል ኣይክእልን እዩ። እንታይ ደኣ፡ እቲ ቅኑዕ ትርጓመ ትንቢታት ሓደ እዩ፣ ንሱ ከኣ ብዛዕባ እስራኤልን እታ ትግለጽ መንግስትን ቅኑዕ ርድኢት ዝህብ እዩ።[21]

ብተወሳኺ ነቶም ንመተካእታዊ ስነ-መለኮት ዝድግፉን ኣምላኽ ድሕሪ ደጊም ንህዝቢ ኣይሁድ ዝሃቦ ናይታ መሬት ተስፋታት ንምፍጻም ግዴታ ከምዘይብሉ ዝማጉቱን ኣዝዩ ተመሳሳሊ ርእይቶ ዝሃበ ዶክተር ዋልተር ሲ ካይዘር ንኡስ፡ "ርኣዩ፡ ከምኡ ኢልካ ምክታዕ ድሮ ግዜኡ ሓሊፉ እዩ፣ ሽዱሽተ ሚልዮን ኣይሁድ ናብታ ምድሪ ተመሊሶም ኣለዉ፣ ስለዚ ከምኡ ኢልኩም ምክታዕ ክትቅጽሉ እንተ ኼንኩም ቅድም ነዚኣቶም ካብታ ምድሪ ክትሰጉዎም ኣለኩም። ከምኡ ምግባር ግን ዝከኣል ኣይመስለንን። እቲ ዝከኣል ሓደ እዩ፣ ንሱ ከኣ ስነ-መለኮትኩም ምስ ክውንነት ከም ዝሰማማዕ ምግባር'ዩ፣"[22] ይብል።

ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣተንቢሆሙልና እዮም። ብዙሓት ናይ ኣምላኽ ሰባት'ውን ካብ ቅኑዕ መጽናዕቲ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ተበጊሶም ኣቐዲሞም ተነቢዮሙልና እዮም። ሕጂ ድማ እቲ ተኣምር ኣብ ቅድሚ የዒንቲ ኩሉ ዓለም ተፈጺሙ ኣሎ። ፓስተር ፐርትል፡ ዝኾነት ቤተክርስትያን ነዚ ብኸመይ ክትርድኦ ኣለዋ ኣብ ዝብል፡ ከምዚ ኢሉ ይድምድም፡ "ስለዚ ነዚ ከነቐልበሉ ኣሎና። እዚ ሓደ ካብ ዓበይቲ ነጎዳታት ጎይታ እዩ። ዳርጋ ባዕሉ ጎይታ ንኣህዛብ 'ምስ'ዚ ህዝቢ ወይ ምስዛ ምድሪ ዝኣተኽዎ ቃል ኪዳን ኣይገደፍኩዎን ወይ ኣይረሳዕኩዎን፣ ስለዚ ኣስተውዕሉ' ኢሉ ዝንበ ዘሎ'ዩ ዝመስል፣"

ሃገረ እስራኤል ኣብ ቅድመና ብጽኑዕ ተሰሪታ ቀይማ ኣላ። ደገፍቲ መተካእታዊ ስነ-መለኮት ግን ነዚ ኹሉ ብቀራጽነት ክኽሕድዎ ከለዉ፡ ንኢድ ጎይታ እዮም ዝኽሕዱ ዘለዉ። እዚ ኹሉ ቀሉዕ ምልክታት መፈጸምታ ናይቲ ትንቢት ምዃኑ ክኽሕዱ ከለዉ፡ ኮነ ኢሎም ልባቶም የትርሩን ኣእዛኖም የጽምሙን እዮም ዘለዉ። ቤተክርስትያን ናብ ቀሊል ንባብ ቃላት ነብያት እንተትምለስ እንታይ ዓይነት ፍልጠት መጻኢ ክትረክብ ትኽእል ንሕሰብ፣ ከምኡ'ውን እቶም ንመጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትንቢት ብንዕቀት ዝጥምቱ ክፋላት ቤተክርስትያን እንታይ ዓይነት ሓበሬታ እዮም ሸለል ዝብሉ ዘለዉ፣ ከመይሲ ብሓቂ እቲ ካብ ሰማይ ዝንፋሕ ዘሎ መለኸት ብቐንዱ ነቲ ኣብ ሕሉፍ ዘጋጠመ ንምዝኽኻር ዘይኮነስ ነቲ ኣብ ቅድመና ዘሎ ንምድላው እዩ። ኣየ ኣብዛ ሰዓት እዚኣ እቲ መንፈስ ንህዝቡ ዝብሎ ዘሎ ቤተክርስትያን እንተ ትሰምዕ! ነዛ ምዕራፍ ወዲእናያ ኢና እሞ እዛ ትስዕብ ጸሎት ምሳይ ምጸለኻያ፣

*ዎ ጎይታ፡ እቲ ንስኻ ኣብ ህዝብታት ትገብሮ ዘሎኻ ከይንሰምዕ ምእንቲ ምስቶም ኣእዛኖም ዝዓጸዉ ኴንና ከይንርከብ ባልሃና። ቤተክርስትያን ነቲ ንስኻ ሕጂ ትገብሮ ዘሎኻ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ነቲ ቅዱሳት ጽሑፋት ንስኻ ኣብ መጻኢ ከም እትገብሮ ዝነግሩና ነገራት ንምስትውዓሉ ትንቃሕ። ንህዝበ ኪዳንካ ኣብ ቀሚኦም እንታይ ከምዘሎ ክንፈልጥ ኣርእየና። ኣንቅሓና ጎይታይ! ንህዝብኻ ኣንቅሕ። ነቲ ኣብ ቅድመና ዘሎ ፈሊጥና ርእስና ከነዳሉ ደግፈና። ብሓቂ ዝተዳለዉ ህዝቢ ግበረና። ኣሜን!*

# 15

## እስራኤል ናይ ምጥቃእ ቍጥዓ ሰይጣን

ዝኾነ ሰብ ታሪኽ ክርስትያናዊ ጽልኣት ኣይሁድን ምስዳዶምን ከመይ ከም ዝነበረ ክፈልጥ እንተ ደልዩ በዚ ኣርእስቲ'ዚ ዝዛረቡ ብዙሓት መጻሕፍቲ ክረክብ ይኽእል እዩ። ክርስትያን፡ ነዚ ዘሕንኽን ዘጕህን ክፋል ታሪኽ ቤተክርስትያን ክፈልጡዎ ኣለዎም ኢለ እኣምን። ኮይኑ ግን እዞም መጻሕፍቲ ዳርጋ ኩሎም ኣብ ታሪኽ ዘተኰሩ እዮም። ኣነ ክሳብ ዝፈልጦ፡ ብዛዕባ መጻኢ እስራኤል ዝዛረቡ ኣይረኸብኩን። መብዛሕትኦም እዞም መጻሕፍቲ ነቲ ጉዳይ ብታሪኻዊ፡ ስነ-መለኮታዊ ወይ ስነ-ማሕበረሰብኣዊ መኣዝን ጥራይ ዝድህስሱ ኣካዳሚያዊ ጽሑፋት እዮም። ከም ኣመንቲ መጠን ግና ንሕና ብዛዕባ መጻኢ እስራኤል ብዝምልከት መጽሓፍ ቅዱስ ዝብሎ'ውን ክንምልከት ኣገዳሲ እዩ። ብሓቂ ንመጻኢ ምርዳእ ካብቲ ሕሉፍ ዝያዳ ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል እዩ። ከመይሲ፡ መጻኢ፡ ንሕና ኣብዚ ትረኻ እጃምና እነበርክተሉ ስለዝኾነ።

እቲ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መሰርሕ ቤዛነት ኣምላኽ ክንርድኦ እንተ ኼንና፡ ነቲ ዝመጽእ ቁጥዐ ሰይጣን ኣብ ልዕሊ ኣይሁድን መፈጸምታኦምን ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ። ቍጥዓ ሰይጣን ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ኣብ ታሪኽ ጥራይ ኣየብቅዐን። ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት፡ የሱስ ቅድሚ ምምላሱ፡ ሰይጣን ንኣህዛብ ብምልዕዓል ዓብዩ ሰራዊቱ ኣኽቲቱ ኣብ ልዕሊ ህዝበ ኪዳን ጐይታ ብቍጥዓ ንምጥፍኦም ክትንስእ ምዃኑ ቅዱሳት ጽሑፋት ብንጹር ይዛረቡ። ኣብ መጽሓፍ ራእይ ዮሃንስ፡ “ኣቱም ምድርን ባሕርን ግና፡ ድያብሎስ ቅሩብ ዘመን ከም ዘለዎ ፈሊጡ፡ ብብርቱዕ ቍጥዓ ወሪዱኩም ኣሎ እሞ፡ ወይለኹም፣”(ራእይ12፡12) ዝብል ነንብብ። እዚ እቲ ናይ መወዳእታ ናይ ስንብታ ዜማ ቀቀኖ ሰይጣን'ዩ። እዚ ስለምንታይ ከም ዝኸውን ክትርድኦ ቀሊል እዩ። ምኽንያቱ እታ ጐይታ ኣብዛ ምድሪ ዜቝማ መንግስቲ ብመሰረቱ እስራኤል ዘማእከለት ስለዝኾነት፡ ናይ መወዳእታ ተቓውሞ ሰይጣን ብቐንዱ ኣብ የሩሳሌምን እስራኤልን ዘተኮረ ክኸውን እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ምድሪ እስራኤል ዘለዎ ኣተኩሮ ክንፈልጦ ጽቡቕ እዩ።

ምኽንያቱ ጕይታ እቲ ናይ መወዳእታ ናይ ምድሪ ቤዛነት ዕዮኡ ዝፍጽመሉን ከምኡ'ድማ ሰይጣን ነዚ ንምጽራር ንኣህዛብ ዘለዓዕለሉ ኣብኡ ስለዝኾነ።

## ናይ መወዳእታ መዓልታት ወራር እስራኤል ኣብ ትንቢት ሚክያስ

የሩሳሌም ጂኦግራፍያዊት ማእከል ናይቶም ኣብተን መወዳእታ መዓልታት ዝገሃዱ ፍጻሜታት እያ። እዚ ቴማ'ዚ ተደጋጊሙ ብነቢያት ብሉይ ኪዳን ተዘራብሉ'ዩ። ንኣብነት፡ ነቢዩ ሚክያስ፡ በታ መዓልቲ'ቲኣ ጸረ-ክርስቶስ ንምድሪ እስራኤል ከም ዝወራ ብንጹር ይዛረብ። ሚክያስ ኣብቲ ፍሉጥ መሲሓዊ ትንቢት ዝበሃል (ሚክ5፡2) ብዛዕባ ቦታ ልደት መሲሕ ክዛረብ ከሎ፡ "ግናኸ፣ ኣቲ ኣብ ማእከል ኣሽሓት ይሁዳ ዝነኣስኪ ቤት-ልሄም ኤፍራታ፣ እቲ ምውጻኡ ካብ ጥንቲ ካብ ዘለኣለም ዝኾነ፣ ኣብ እስራኤል ገዛኢ ዚኸውን ካባኺ ኽወጽለይ እዩ፣" ይብል። ሊቃውንቲ ካህናትን ጸሓፍትን ንጉስ ሄሮድስ እቲ መሲሕ ኣበይ ከም ዝውለድ ምስ ሓተቶም ነዛ ጥቕሲ እዚኣ ከም ዝጠቐሱ ኣብ ወንጌላት ተጻሒፉ ኣሎ። መልሶም 'ኣብ ቤትልሄም ናይ ይሁዳ'(ማቴ2፡5) ዝብል ዘየገኣግእ እዩ ነይሩ። ምምጻእ ናይዚ መሲሕ፡ ንደቂ እስራኤል ሓደ ወቕቲ ናይ ታሪኽ ከም እተዛዘመ ምልክት'ዩ። ድሕር'ዚ ድማ ኣብ ትሕቲ መሪሕነቱ ብዕረፍቲ ከም ዝነብሩ ይኣምኑ ነበሩ፣ "ንሱ ብሓይሊ እግዚኣብሄር ብግርማ ስም እግዚኣብሄር ኣምላኹን ኪቐውምን ኪጓስን እዩ። ሽዑ ንሱ ኽሳዕ ወሰን ምድሪ ዓብዩ ኪኸውን እዩ እሞ፣ ንሳቶም ኪነብሩ እዮም፣" (ሚክ5፡4) ይብል። እስራኤል ድሕሪ ደጊም ኣይክትሰምብድን'ያ፣ ዕብየት ስልጣን ናይዚ መሲሕ'ዚ ድማ ክሳብ ኣጽናፍ እዛ ምድሪ ክኸውን'ዩ። ኣብታ እትስዕብ ጥቕሲ፡ እዚ መሲሕ እዚ ባዕሉ ንእስራኤል ካብ "ወራር ኣሶር" ብፍሉይ ከም ዘናግፋ ትነግር፡ "ንሱ ሰላም ኪኸውን እዩ። እቲ ኣሶራዊ ናብ ሃገርና ምስ መጸ፣ ኣብ ኣዳራሽና ኽኣ ምስ ረገጸ፣ . . . ንሱ ናብ ሃገርና ምስ መጸ፣ ኣብ ዶብና ድማ ምስ ረገጸ፣ ካብቲ ኣሶራዊ ኺናግፈና እዩ፣"(ቁ.5-6)። ብርግጽ የሱስ ንእስራኤል ካብ ኣሶራውያን ከም ዘናገፎም ዘመልክት ታሪኽ የሎን። እዚ ክፍሊ'ዚ ነታ የሱስ ባዕሉ ኣብ መወዳእታ ንእስራኤል ካብቲ ብጥንታዊት ሃጸያዊት ኣሶር ዝተወከለ ሓይልታት ጸረ ክርስቶስ ዘናግፈላ መዓልቲ ዘመልክት እዩ። ስለዚ ብመሰረት ሚክያስ ጸረ ክርስቶስ "ኣደራሻቶም ክረግጽ" ፡ "ዶባቶም ክረግጽ" "ናብ ሃገሮም ክመጽእ" እዩ። ብርግጽ ናይ መወዳእታ ቊጥዓ ሰይጣን ኣብዛ ጂኦግራፍያዊት ሃገር እስራኤል ክፍጸም'ዩ።

## ናይ መወዳእታ መዓልታት ወራር እስራኤል ኣብ ትንቢት ህዝቄል

ነቢይ ህዝቅኤል ነዚ ዘሎ ህልዊ ኩነታት እስራኤል ፍጹም ዘንጸባርቕ ቃላት ብምጥቃም፡ ኣብ ሓደ ካብቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣዝዩ ኣገራሚ ዝኾነ ናይ መወዳእታ መዓልታት ትረኻ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣህዛብ ኣንጻር "ኣኽራን እስራኤል" ዝገብሩዎ ምትእኽኻብ ይንበ፣

> ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ገጽካ ናብ ጎግ ኣብ ሃገር ማጎግ፣ እቲ መስፍን ሮሽን ሚሴክን ቱባልን፣ መልስ እሞ

> *ኣንጻሩ ተነበየሉ . . . ድሕሪ ብዙሕ ዘመን ክትከትት ኢኻ። ኣብተን ዳሕሮት ዓመታት ናብታ ኻብ ሰይፊ እተናገፈት፣ ካብ ብዙሓት ህዝብታት እተኣከበት፣ ናብቲ ነዊሕ ጊዜ ዝባደመ ኣኽራን እስራኤል ክትኣቱ ኢኻ። ካብ ህዝብታት ወጺኣስ፣ ኵላቶም ሀዲኦም ይነብሩላ ኣለዉ። ንስኻ ኽትድይብ ከም ህቦብላ ንፋስ ከአ ክትመጽእ ኢኻ፣ ንስኻ ምስ ኵሉ ጭፍራታትካን ምስቶም ምሳኻ ዘለዉ ብዙሓት ህዝብታትን ከምቲ ንምድሪ ዜጕልብባ ደበና ኽትከውን ኢኻ።* (ህዝ38፡1-2, 8-9)

*ጎግን* ኩሉ ሰራዊቱን ንእስራኤል ብምውራር *ነታ ምድሪ* ከም ደበና ክሸፍናዋ እዮም። ኣብ ሓንቲ ካብተን ዝሓለፉ *መጻሕፍተይ ኣራዊት ማእከላይ ምብራቕ፡ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መርትዖ ምምጻእ እስላማዊ ጸረ ክርስቶስ፡* እትብል፡ ጎግ ጸረ ክርስቶስ ምኻኑ ኣርእየ ኣለኹ። ሓደ ክፋል ናይቲ ነዚ ብጽኑዕ ዘመላኽት ክፋል ትንቢት ህዝቅኤል 38፡17 ኮይኑ ጎግ እቲ ቅድሚ ሕጂ ነቢያት ዝተዛረቡሉ ወራሪ ምኻኑ ይእውጅ፡ "እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እቲ ኣነ ብጥንቲ ኣብኦም ከም ዘምጽኣካ በቶም በታ ዘመን እቲኣ ዓመት ንዓመት እተነበዩ ኣገልገልተይ ነብያት እስራኤል ገይረ ብዛዕባኻ እተዛረብኩስ ንስኻዶ ኣይኰንካን፣" (ህዝ. 38፡17)።[1] እቶም ቅድሚ ህዝቅኤል ዝመጹ ነብያት፡ "*ንብዙሕ ዓመታት*" ኣብቲ *መወዳእታ ዘመን*፡ እግዚኣብሄር ንሓደ ካብ ኣህዛብ ዝኾነ ወራሪን ሰራዊቱን ኣንጻር እስራኤል ከም ዘምጽኣሎም ተነቢዮም'ዮም። እዞም ነዚ ብንጹር ዘመልከቱ ነብያት ኤርምያስ፡ ጸፎንያስ፡ ኣንባቆም፡ ኢሳይያስ፡ ሚክያስን ኣሞስን ምኻኖም ምግላጽ ዘድልዮ ኣይኮነን። እዞም ነብያት እዚኣቶም ኣዝዩ ብዙሕ ግዜ ነቲ ኣብ ቀረባ መጻኢ ዝነበረ ስግኣታት ንእስራኤል ከጠንቅቑ እንከለዉ፡ በዚ ፍጻመታት እዚ ኣቢሎም ናይ መወዳእታ ርእሰ-ጉዳዮም ድማ እቲ ናይ መወዳእታ ወራር ጸረ ክርስቶስን ስዕረቱ ብየሱስ መሲሕን ነበረ።

## <u>ውግእ ጎግ ናይ ማጎግ ዕዉት ውራር ድዩ ክኸውን ወይስ ፍሹል፧</u>

ኣብ መንጐ ተመሃሮ ትንቢታት መጽሓፍ ቅዱስ፡ ውግእ ጎግ ማጎግ ፍጹም ፍሹል ከም ዝኸውንን እቶም ሓሸከት ወረርቲ ኣእጋሮም ኣብ መሬት እስራኤል ብዘንበሩ ብተኣምራት ከም ዝድምሰሱን ዝብል ልሙድ እምንቶ ኣሎ። ብዙሓት መምህራን መጽሓፍ ቅዱስ'ውን ሰራዊት ጎግ ማጎግ ክኣትዉን ክጽረጉን ሓንቲ ክትከውን እያ ኢሎም ይምህሩ። ኣነ እውን ንዓመታት ነዚ ኣሚነሉ እየ። ብርግጽ ኣብ መጀመርታ ከምኡ እዩ ዝመስል። ግና ሓደ ሰብ፡ ኣብ ምጅማር እቲ ወራርን ኣብ ምዝዛም እቲ ወራርን እቲ ጽሑፍ ብዛዕባ ሃገረ እስራኤል እንታይ ከም ዝብል እንተ ኣስተውዒሉ፡ ሽዑ እቲ ወራር ብሓቂ ምሉእ ብምሉእ ዕዉት ከም ዝኸውን ክርኢ እዩ። እስራኤል ርኡይ ስዕረት ክገጥማ'ዩ።

ህዝቂል ብዛዕባ'ዚ ክዛረብ ከሎ፡ ጎግ እቲ ጸረ ክርስቶስ ንህዝቢ እስራኤል ክወሮም ከሎ ንሳቶም ግን ተዛማዲ ስግኣት ኣብ ዘይብሉ ብህድኣት ይነብሩ ከም ዝነበሩ ይገልጾም።

ካብ ፋሕ ዝበሉሉ ምድሪ ኣህዛብ ተኣኻኺቦም፣ ነቲ ናይ ቀደም ዑናታት ሃኒጾም፡ ኣብኡ ድማ ብብዝሒ ጥሪትን ሃብትን ይነብሩሉ ኣብ ዝነበሩ እዚ ወራር ከም ዝፍጸም ይነግረና። ብመሰረቱ ናይዚ ሎሚ እስራኤል ዘላቶ ኩነታት ፍጹም መግለጺ እዩ፣

ከምዚ ይብል ኣሎ፣ በዛ መዓልቲ እዚኣ ነገር ኣብ ልብኻ ኺትንስእ እዩ፣ እኩይ እማመ ኽትእምም ኢኻ፣ እሞ፣ ናብታ ዘይተዐርደት ሃገር ክድይብ፣ ናብቶም ህዱኣም ብደሓን ዚነብሩ፣ ኵላቶም ብዘይ ቀጽሪ ዘለዉ፣ መሃርሃርን መዓጹን ዜብሎም ህዝቢ ሓደጋ ኽወድቖም እየ፣ ክትብል ኢኻ። ክትማርኽን ክትብዝብዝን፣ ናብቲ ዓንዩ ነይሩስ ሕጂ ሰብ ዚነብረሉ ዘሎ፣ ናብቲ ኽብትን ሃብትን ዘጥረየ፣ ካብ ህዝብታት እተኣከበ፣ ኣብ ሕምብርቲ ምድሪ ዚነብር ዘሎ ህዝቢ ኢድካ ኽትዝርግሕ ክትድይብ ኢኻ። (ህዝ38፡10-12)

ስለዚ ጎግ እቲ ጸረ ክርስቶስ ኣብ ልዕሊ እስራኤል መጥቃዕቲ ቅድሚ ምጅማሩ ዝህሉ ኩነታት እስራኤል ነዚ ይመስል። ዳሕራይ ሰራዊት ጎግ ምስ ተደምሰሰ ግን፡ ዝበዝሑ ህዝቢ እስራኤል ከም ምሩኻትን እስረኛታትን ኮይኖም ኣብ መንጎ እቶም “ጸላእቶም ሃገራት” ተባሂሎም ዝተገልጹ ኣህዛብ ናይ ከባቢኦም ፋሕ ክብሉ እዮም። እግዚኣብሄር ከናግፎምን ነፍሲ ወከፎም ድማ ካብዘን ሃገራት እዚኣተን ብሰላም ናብ እስራኤል ከም ዝመልሶም ህዝቄል ይነግር። ህዝቅኤል ብፍሉይ ነቲ ኣብ መጻኢ ኣብ መንጎ ኣህዛብ ምሩኻት ኮይኖም ዝጸንሑሉ ኩነታት ምስቲ ኣብታ ሃገር ንእግዚኣብሄር ጠሊሞም ብርግኣት ዝነብሩሉ ዝነበሩ ግዝያት የነጻጽር። ከምዚ ይብል፣

ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ሕጂ ንያእቆብ ካብ ምርኮ ኽመልሶ፣ ንዅላ ቤት እስራኤል ከኣ ክምሕራ፣ ስለ እቲ ቅዱስ ስመይ ድማ ክጽዕት እየ። ካብ ማእከል ህዝብታት ምስ መለስክዎም፣ ካብ ሃገር ጸላእቶምውን ምስ ኣካኸብክዎም፣ ኣብ ቅድሚ ዓይኒ ብዙሓት ህዝብታት ኣባታቶም ምስ ተቐደስኩ፣ ሓደ እኳ ዜፍርሆም ዜብሎም ኣብ ሃገሮም ህዱኣም ምስ ተቐመጡ፣ ነውሮም ንኣይ ዝጠለምዎ ኵሉ ጥልመት ኪጾሩ እዮም። ኣነ ናብ ማእከል ህዝብታት ኣማሪኸዮም ነይረስ፣ ድሕርዚ ኸኣ ካባታቶም ሓደ እኳ ኣብኣ ኸየትረፍኩ ናብ ሃገሮም ምስ ኣካኸብክዎም፣ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም። (ህዝ39፡25-28)

ብርግጽ ወራር ጎግ ማጎግ ዕውት ወራር እዩ ክኸውን። ብዙሓት ኣይሁድ ተማሪኾም ክውሰዱ እዮም። ኣብታ ዝጸልመተት ሰዓት እስራኤል ግና ኢድ እግዚኣብሄር ጣልቃ ክትኣቱን ሰራዊት ጎግ ማጎግ ምሉእ ብምሉእ ክጠፍእን እዩ። እዚ የሱስ ምስ ተመልሰ ክፍጸም’ዩ። ዘሰንብድ’ዩ። ህዝቄል ግን ከምኡ ኢሉ ተነቢዩ ኣሎ።

## ሀዝቄል 38 – 39፡ *ዳግማይ ምጽኣት ክርስቶስ*

*ሀዝቄል፡ ኣብ መደምደምታ ጥፍኣት ጎግ፡ የሱስ እቲ መሲሕ ብኣካል ኣብታ ምድሪ ከም ዝመጽእ ይገልጽ፡* "*ብቕንኣተይን ብሓዊ ቍጥዓይን እብል ኣሎኹ፣ ርግጽ በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ሃገር እስራኤል ዓብዪ ምንቅጥቃጥ ኪኸውን እዩ። ሽዑ ዓሳታት ባሕርን ኣዕዋፍ ሰማይን እንስሳ መሮርን ኩሉ ኣብ ምድሪ ለመም ዚብል ለመምታን ኣብ ዝባን ምድሪ ዘሎ ኹሉ ሰብን ኣብ ቅድመይ ራዕራዕ ኪብሉ እዮም። ኣኽራን ኪግልበጥ፣ ኣኻውሕ ኪፈርስ፣ ኵሉ መናድቕ ከኣ ኣብ ኣብ ምድሪ ኺወድቕ እዩ፣*" (ሀዝ38፡19-20)። እቲ "*ኣብ ቅድመይ*" ዝብል ቃል ካብ እብራይስጢ ዝመጸ *ፓኒም* ዝብል ቃል እዩ። ናይ ሓቂ ፊዚካዊ ገጽ ናይ ሰብ ማለት'ዩ። እግዚኣብሄር ኣብ ዝባን ምድሪ ዘሎ ኹሉ ሰብ ኣብ ቅድመይ (*ፓኒም*) ራዕራዕ ክብል'ዩ፡ ክብል ከሎ ብዛዕባ ፊዚካዊ ገጽ ንገጽ ምግሃድ ጎይታ እዩ ዝዛረብ ዘሎ እምበር ብዛዕባ ህልውና ኣምላኽ ኣይኮነን። *መጽሓፍ ቅዱሳዊ መዝገበ ቃላት ዘ ኒው ኣንገር፡ ፓኒም* ዝብል ቃል "ህላወ (ገጽ) እግዚኣብሄር ማለት ናይ እግዚኣብሄር ናይ ገዛእ ርእሱ ብሕታዊ ህላወ እዩ፣"[2] ኢሉ ይገልጾ። *ዘ ኒው ኢንሳይክሎፒድያ ኦፍ ባይብል ዎርድስ* ድማ፡ "ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣብ ቅድሚ ህልውና ኣምላኽ ወይ ህልውና ናይ ሓደ ሰብ ምቛም *ፓኒም* ('ገጽ') ብዝብል መስተዋድድ፡ ቅድመ-ጥብቀ ይግበረሉ፣ ትርጉሙ ከኣ ልክዕ ከም ኣብ ፊት ንፊት ናይ ኣምላኽ ወይ ሰብ ቍይምካ ከም ዘሎኻ ማለት'ዩ፣"[3] ይብል።

ሀዝቄል "*ኣብ ቅድሚ ገጹ ራዕራዕ ክብሉ እዮም፣*" ክብል ከሎ ኣብ ምዝዛም ውግእ ጎግ ማጎግ፡ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ምድሪ እስራኤል ብስጋ ክገሃድ ምዃኑ'ዩ ዝገልጽ ዘሎ። ነዚ ወሲኹ ዘረጋግጸልና ክፍሊ ኣብ ሀዝቄል 39፡7 ንረክብ፡ "*እቲ ቅዱስ ስመይ ኣብ ማእከል ህዝበይ እስራኤል ከፍልጦ ኣየ። ድሕርዚ ድማ እቲ ቅዱስ ስመይ ኣይከርክሶን እየ። እቶም ህዝብታት ከኣ ኣነ እግዚኣብሄር እቲ ኣብ እስራኤል ቅዱስ ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም፣*" ዝብል'ዩ።

ኣብ ካልእ ኩሉ ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ "እቲ ኣብ እስራኤል ቅዱስ" ዝብል ሓረግ የሎን። ኣብዛ ክፍሊ'ዚኣ ጥራይ ኢና እንረኽባ። ብእብራይስጢ *ክደሼሽ ካድሼሽ ቢይስራኤል* ዝብል'ዩ። እዚ ልክዕ ነቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ 31 ግዝያት ተደጋጊሙ ዘሎ "እቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ" *(ክድሼሽ ካድሼሽ ይስራኤል)* ዝብል ሓረግ ዝመሳሰል እዩ (ንኣብነት ኢሳ12:6, 43፡3, 55፡5, 60፡9)። ግና ሓደ ኣይኮነን። ኣብዚ ክፍሊ'ዚ (ሀዝ39፡7) ቅዱስ ናይ እስራኤል ጥራይ ዘይኩነስ፡ ኣብታ ምድሪ'ቲኣ ብኣካል ብምህላው እዩ ቅዱስ ናይ እስራኤል ክበሃል። ሀዝቄል ከምኡ እዩ ዝብል ዘሎ። ብዙሓት ኣብ ዝሓለፈ እዋን፡ እዚ ክፍሊ እዚ ቅድሚ ምምላስ የሱስ ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ከም ዝፍጸም ክዛረቡ እንከለዉ፡ እዛ ጥቕሲ እዚኣ ግን ነዚ ፍጹም ውዱቕ ትገብሮ።

እምበኣር ኣብ መደምደምታ፡ እዚ ክሳብ ኣብዚ ዝርኤናዮ ክፍልታት ትንቢት ሀዝቄል ብንጹር ኣብቲ መወዳእታ መዓልታት ሰይጣን ኣብ ልዕሊ ሃገረ እስራኤልን ህዝቢ

ኣይሁድን መጥቃዕቲ ከም ዝፍኑን የሱስ ድማ ብኣካል ናብ የሩሳሌም ከም ዝመጽእን ይዛረብ።

## ናይ መወዳእታ መዓልታት ወራር የሩሳሌም ኣብ ትንቢት ዘካርያስ

ነቢዩ ዘካርያስ'ውን ኣብተ መወዳእታ መዓልታት ኣህዛብ ንየሩሳሌም ክወግኡ ከም ዝተኣኻኸቡ ብንጹር ይዛረብ፡ "እንሆ፣ የሩሳሌም ነቶም ኣብ ዙርያ ዘለዉ ኹላቶም ህዝብታት ጽዋእ ስኽራን ክገብራ እየ፣ የሩሳሌም ተኸቢባ ኸላውን ኣብ ይሁዳ ኸምኡ ኪኸውን እዩ። በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ ኪኸውን እዩ፣ የሩሳሌም ንኹላቶም ህዝብታት ከቢድ እምኒ ኽገብራ እየ፣ ዚስከምዋ ዘበሉ ኹላቶም ኣህዛብ ኣዝዮም ኪቘስሉ እዮም፣ ኵላቶም ኣህዛብ ምድሪውን ንምጽራራ ኺእከቡ እዮም፣" (ዘካ2:3-4) ይብል። እንደገና ኣብ ምዕራፍ 14 ይብል፣

> እንሆ፣ መዓልቲ እግዚኣብሄር ትመጽእ ኣላ፣ ዘመቴኺ ኸኣ ኣብ ማእከልኪ ኺምቀል እዩ። ኣነኸኣ ኵላቶም ኣህዛብ ንየሩሳሌም ኪዋግእዋ ኽእክቦም እየ፣ እታ ኸተማ ኽትትሐዝ እያ፣ ኣባይቲ ኺዝመት እዩ፣ ኣንስቲውን ኪንውራ እየን፣ ፍርቂ እታ ኸተማ ድማ ተማሪኻ ኽትወጽእ እያ፣ ካብቲ ህዝቢ ዝተረፈ ግና ካብታ ኸተማ ብጥራስ ኣይኪጠፍእን እዩ። ሽዑ እግዚኣብሄር ኪወጽእ፣ ከምቲ ብመዓልቲ ውግእ እተዋግኦ፣ ነቶም ኣህዛብ ኪዋግኦም እዩ። *በታ መዓልቲ እቲኣ ኣእጋሩ ኣብቲ ኣብ ቅድሚ የሩሳሌም ኣብ ምብራቕ ዘሎ ኸረን ዘይቲ ኪቐውም እዩ።* እቲ ኸረን ዘይቲ ኸኣ ናብ ምብራቕን ምዕራብን ኣብ ማእከሉ ኺስንጠቕ፣ ኣዝዩ ዓብዩ ሸንጭሮውን ኪኸውን እዩ፣ ፍርቂ እቲ ኸረን ናብ ሰሜን፣ ፍርቁ ድማ ናብ ደቡብ ኪዘብል እዩ፣ (ቁ.1-4)

ጉይታ ባዕሉ ነቶም ንእስራኤል ዝወረሩን ናብ የሩሳሌም ዝመጹን ኣህዛብ ክዋግኦም ምዃኑ ፍሉጥ'ዩ። በታ መዓልቲ እቲኣ ኣእጋሩ ኣብቲ ኣብ ቅድሚ የሩሳሌም ኣብ ምብራቕ ዘሎ ኸረን ዘይቲ ኪቐውም እዩ፡ ይብል። እዚ ማለት የሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ፡ ብስጋ ተመሊሱ ኣእጋሩ ኣብ ምድሪ ክረግጻ እየን ማለት እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ትርጉም ክወሃቦ ኣይክእልን። እቲ ህዝቅኤል ዝገለጾ ነብዩ ዘካርያስ እውን ገሊጽዎ ኣሎ። ብዙሓት ነብያት ብሓቂ ብዛዕባ እዚ ግዝያት ብፍሉይ ተነቢዮም እዮም። ኩሎም ነዚ ዘይከሓድ ክውንነት ኣመላኺቶም እዮም። እዚ ነጥቢ እዚ ኣጸቢቕካ ክስመረሉ ኣለዎ፡ የሱስ ብስጋ ናብ የሩሳሌም ክምለስ እዩ።

## ናይ መወዳእታ መዓልታት ወራር የሩሳሌም ኣብ ትንቢት ዮኤል

ዮኤል'ውን ልክዕ ከምቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ነብያት፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ልዕሊ እስራኤል በተን ከቢበንኣ ዘለዋ ሃገራት ዝፍጸም መጥቃዕቲ ይንበ፣

> እንሆ ኸኣ፣ በተን መዓልታት እቲኣተንን በቲ ጊዜ እቲአንን ንይሁዳን ንየሩሳሌምን ካብ ምርኮ ምስ መለስኩዎም፣ ብዛዕባ ህዝበይን ብዛዕባ ርስተይ እስራኤልን ኑቶም ፋሕ ዘበልዎም ንምድረይ ከኣ እተማቐልዋ ኣህዛብ፣ ኣብኡ ምሳታቶም ንፍርዲ ኺኣቱስ፣ ንዅሎም ህዝብታት ክእክቦም፣ ናብ ለሰ ዮሳፋጥ ከኣ ከውርዶም እየ . . . ኣነ ኑቶም ኣብ ዙርያ ዘለዉ ዅሎም ህዝብታት ክፈርድሲ፣ ኣብኡ ክቕመጥ እየ እሞ፣ እቶም ህዝብታት ይበገሱ፣ ናብ ለሰ ዮሳፋጥ ይውጽኡ። (ዮኤል3፡1-2,12)

እቶም ወረርቲ ሃገራት፡ ንእስራኤል ንሓዋሩ ከጥፍእዋ ተኣኻኺቦም ክመጹ እዮም፣ ጉይታ ግና ተኣኻኺቦም ክመጹ ዝሓደጎም ፍርዱ ከውርደሎም ስለዝደለየ እዩ። ሰኹዒ ናይዚ ትንቢት ብዛዕባ “የሩሳሌምን ይሁዳን” ክነሱ “ለሰ ዮሳፋጥ” ግን ተጠቒሱ ኣሎ። ለሰ ዮሳፋጥ ኑቲ ብምብራቓዊ ወሰን የሩሳሌም ዝሓልፍ ርባ ቄድሮን ዘውክል’ዩ። ዮሳፋጥ ማለት “እግዚኣብሄር ይፈርድ” ማለት’ዩ። ኣብ ወንጌል ማቴዎስ የሱስ ኣብ ደብረ ዘይቲ ኮፍ ኢሉ ነዚ ርባ እናማዕደወ ነዚ ናይ ዮኤል ትንቢት ብምምልካት ብዛዕባ እቲ ንኹሎም ኣህዛብ ዝፈርደሉ ግዜ ተዛሪቡ ነይሩ፡ “ግናኸ ወዲ ሰብ ብኽብሩ ምስ መጸ፡ ኵሎም መላእኽቲውን ምስኡ፡ ሽዑ ኣብ ዝፋን ክብሩ ይቕመጥ። ኵሎም ኣህዛብ ድማ ኣብ ቅድሚኡ ይእከቡ። ንሱ ኸኣ፡ ጓሳ ነባጊዕ ካብ ኣጣል ከም ዚፈላልየን፡ ካብ ነንሓድሕዶም ይፈላልዮም፣” (ማቴ25፡31-32)

ኣቐዲምና ብዛዕባ ኪዳን ዳዊት ክንዘራረብ ከሎና ከም ዝርኣናዮ፡ እቲ የሱስ ዝቕመጦ “ክቡር ዝፋን” ብዘይካ እቲ ኣብ የሩሳሌም ዝርከብ ዝፋን ዳዊት ካልእ ኣይክኸውንን እዩ። እግዚኣብሄር ባዕሉ ከምቲ ንዳዊት ዘተስፈዎ፡ እዚ ዙፋን’ዚ ሓደ ግዜ ወዱ ንዳዊት ክቕመጦ’ዩ።

## ፕሪተርያዊ ሸግር

ኣብ መወዳእታ ዘመን፡ ቅድሚ ምምላስ የሱስን ትንሳኤ ምዉታትን፡ ቊጥዐ ሰይጣን ብቐንዱ ኣብ ሃገረ እስራኤልን ህዝቢ ኣይሁድን የሩሳሌምን ዘተኮረ ምዃኑ፡ እዚ ንፕሪተርያውያን ዘይሕለፍ ጸገም እዩ። ከምቲ ኣብ ቅድሚት ናይዚ መጽሓፍ ዝርኤናዮ፡ ፕሪተርያውያን እቲ ዝበዝሕ ትንቢታት ኣብ 70 ዓ.ም የሩሳሌም ክትዓኑ ከላ ከም ዝተፈጸመ እዮም ዝኣምኑ። እንተኾነ ግን ከምቲ ፕሪተርያውያን ዝብልዎ፡ ምፍራስ ህዝቢ እስራኤል፡ ምዕናው ቤተ መቕደስን ምብታን ህዝቢ ኣይሁድን ኣምላኽ ንእስራኤል ንሓዋሩ ከም ዝፈትሓ ምልክት እንተኾይኖም፡ ሰይጣን ኣብ መወዳእታ እዚ ዘመን ንኹሉ ቊጥዓኡ ኣንጻር ኣይሁድን ምድሮምን ምቕንዑ እንታይ ትርጉም ኣለዎ፣ ወይ ብቐሊል ኣዘራርባ፡ እስራኤል ሕጂ ልክዕ ከም ዝኾነት ካልእ ሃገር እንተኾይና፡ ኣይሁድ ድማ ካብ ካልኦት ህዝብታት ዘይፍልዩ እንተኾይኖም፡ ገለ ጌጋ ክህሉ ኣለዎ ደኣ እምበር *ሰይጣን ነዚ መዘክረ-ውዕል ከምዘይተቐበሎ ንጹር’ዩ*፡ እግዚኣብሄር ንእስራኤል ካብ ናይ *ሕብረት ጽውዓኦም ነጺግዎምን ፈቲሕዎምን እንተኾይኑ፡* ሰይጣን ኣብ መወዳእታ ዘመን

ንየሩሳሌምን ንኣይሁድን ንምጥፋእ ክንድዚ ዝኣክል ጸዓት ዘውጽኣሉ ምኽንያት ኣይምሃለወን። ምኽንያቱ ከምኡ ምግባሩ ፍጹም ትርጉም ዘይብሉ ስለዝኾነ።

ፕሪተሪዝም ሰለስተ መልሲ ዘይብሎም መሰረታውያን ሕቶታት ኣለዎ። ቀዳማይ፡ ስለምንታይ እዩ ቁጥዐ ሰይጣን ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ሽሕ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣይሁድ ዘኺሙ። ብሓቂ ክርአ ከሎ፡ ከም ህዝቢ እስራኤል ገይሩ ኣብ ክንድዚ ዝኣክል ሰፊሕ ቦታታት፡ ኣብ ክንድዚ ዝኣክል ነዊሕ ግዜ፡ ዘየቋርጽ ስደትን መከራን ዝገጠሞ ካልእ ህዝቢ የሎን ምባል ምሉእ ብምሉእ ቅኑዕ እዩ። ካልኣይ፡ ስለምንታይ ሰይጣን ኣብዚ ዘመንና ቁጥዐኡ ኣብ ልዕሊ እስራኤል በቲ ኣብ መላእ ምድሪ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ማዕበላት ጸረ-ሴማውነት ዝቕጽል ዘሎ። እቶም ኣብነታት ንምዝርዛሮም ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። እዚ ጽሑፍ ኣብ ዝጸሓፈሉ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ኣብ ኦቨርላንድ ፓርክ ካንሳስ፡ ሓደ ሰብኣይ ኣብ ሓደ ማእከል ማሕበረሰብ ኣይሁድ ሰለስተ ኣይሁድ ቀቲሉ። “ሃይል ሂትለር” ኢሉ እናጨደረ ድማ ንቤት ማእሰርቲ ተወሲዱ። ኣብ ፈረንሳ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሰልፈኛታት፡ ኩሎም ኣይሁድ ካብ ፈረንሳ ክወጹ ዝጠልቡ ጭርሖታት የስምዑ ኣለዉ። ኣብ ፓሪስ ሓደ ስዊዘርላንዳዊ ኢማም ኣብ ሓደ ቀንዲ እስላማዊ ዋዕላ ደው ኢሉ “ኩሉ ኣብ ዓለም ዘሎ ክፍኣት ካብ ኣይሁድ እዩ ዝምንጩ” ኢሉ ኣዊጁ።[4] ጽባሕ ድማ ብዘይጥርጥር ነዚኣቶም ዝትክኡ ሓደስቲ ዜናታት ክንሰምዕ ኢና። እቲ ሳልሳይን ቀንድን ምኽንያት ድማ ስለምንታይ እዮም ቅዱሳት ጽሑፋት ኣብ መወዳእታ እዚ ዘመን ናይ ሰይጣን ቍጥዐ ብፍሉይ ኣብ ህዝብን ሃገርን እስራኤል ክቕንዕ ምዃኑ ብደቂቕ ዝርዝር ዝነግሩ። ኣብዚ ሱፐርሰሽኒስታውያንን ፕሪተራውያንን ሸለል ንምባሉ ዝቐረጹ ሓደ ስውር መሰርሕ ዘሎ ይመስል። ንረቢ ዮናታን ካህን ኣብታ ዝሰራሕኩዋ ናይ መወዳእታ ዘመን መሰኻኽር ዓይኒ እትብል ሰነዳዊት ፊልም ቃለ መሕትት ክገብረሉ ከለኹ ከምዚ ክብል ገሊጹለይ፡ “ጸላኢ ንህዝቢ ኣይሁድ ብኹሉ ብርታዐ ሲኦል ክድምስሶም ካብ ዝፍትን ክልተ ሽሕ ዓመት ኣቑጺሩ ኣሎ። ገሊኡ ክትኣምኖ’ውን የሸግረካ’ዩ። ናይ ሂትለር ድርጊት - ከመይ ጌርካ ምስ ተግባራት ሰብ ትጸብጽቦ ትኽእል ብርግጽ ክንዮ ተፈጥሮኣዊ ድርኺት ነይርዎ’ዩ። እዚ ኹሉ ግን ኣምላኽ ሓቀኛ ምዃኑ’ዩ ዝምስክር፣ ምኽንያቱ ሰይጣን ንህዝብን መሬትን ኣይሁድ ከጥፍእ ክንድዚ ካብ ተዋግኣ፡ ኣምላኽ ነዚ ህዝብን ነዛ ምድርን ዝሓሰቦ ነገር ኣሎ ማለት እዩ። በዚ ኢሉ በቲ ኢሉ ድማ ሰይጣን ምስክር ዕላማ ኣምላኽ ኣብዚ ህዝቢ’ዚ እዩ ዝኸውን ዘሎ።”

እታ ዓባይ ቤተክርስትያንን ብፍላይ ድማ ሱፐርሰሽንስታውያንን ፕሪተራውያንን ከምዚ ዝኣመሰለ ተራ ኣስተውዕሉ ክህልዎም መን ምሃበ። ኣብቲ ሰይጣን ኣብ ልዕሊ እስራኤልን ህዝቢ ኣይሁድን ዝገበሮ ቁጥዐ፡ ኩላትና መርትዖ ናይቲ ጎይታ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዘለዎ ነባሪ ፍቕርን ጽውዓን ክንርኢ ይግባእ። ከምኡ’ውን ሱፐርሰሽንዝምን ፕሪተሪዝምን ንትንቢታት መጽሓፍ ቅዱስ ኣዝዩ ብዘይ ርጉእ ኣገባብ ስለዝትርጉሙ፡ ኣብ ጉሓፍ ኵምራ ግጉይ ስነ-መለኮታዊ ሓሳባት ክድርብዩ ጥራይ ከም ዘለዎም ድማ ንርኢ።

ፕሪተሪዝም ነቲ ዝበዝሕ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትንቢታት ኣብ ፍጻመታት 70 ድ.ል.ክ ስለዝሓጽሮ፡ ብዛዕባ ምኽሓስ እስራኤልን ምፍጻም ኣብርሃማዊን ዳዊታውን ሓድሽ ኪዳንን ዝዛረቡ ብዙሓት ክፍልታት ወሲዱ ምስቲ ሓደ ካብቲ ንእስራኤል ዘጋጠማ ዝዓበየ ዕንወት ከተሓሕዞ ይፍትን። ኣብ መንጎ ረስቶረሽንዝምን መተካእታዊ ስነ-መለኮትን ዘሎ ፍልልይ ከምዚ ዝስዕብ'ዩ።

ረስቶረሽንዝም-ፊዩቸሪዝም ብዕምቀት ፓሮሲያዊ እዩ። እዚ ማለት፡ ዝዓበየ ኣተኩሮኡ ምምላስ የሱስን እቶም ብኡንብኡ ንምምላሱ ዝኽበቡ ፍጻሜታትን እዩ። እዚ ከኣ ብዛዕባ ምድሓን እስራኤል (በቲ መሲሕ) ካብታ ናይ ጸልማት ሰዓት፡ ፍርዲ ጸላእቲ ኣይሁድን ድሕሪኡ ዝስዕብ ምሕዳስ እስራኤልን ዝምልከት እዩ። ብኣንጻሩ ፕሪተሪዝም ብዕምቀት ኣብቲ ኣስታት 1.5 ሚልዮን ኣይሁድ ዝሃለቑሉ፡ እስራኤል ዝባደመትሉን ኣምላኽ ንእስራኤል ፈቲሕዋ እዩ ዝብሉሉ ግዝያት ዘተኮረ'ዩ። ፕሪተሪዝም ብመሰረቱ ብዛዕባ ዓወት ጸላእቲ እስራኤል'ዩ ዝመጻረ። በዚ ምኽንያት እዚ እየ ድማ ፕሪተሪዝም ከም ኣገባብ ትርጓሜ ምስ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዘይዕረቕ ጥራይ ዘይኮነስ ብዕምቀት ጸረ-ሴማዊ እውን እዩ ዝብል ዘለኹ። ኩሎም ሰናይ ሕልናን ተራ ምስትውዓልን ዘለዎም ክርስትያን ክነጽግዎ ኣለዎም።

## *መደምደምታ*

ቅዱሳት ጽሑፋት፡ ሰይጣን ንመደብ ኣምላኽ ንምቅዋም ኣንጻር እስራኤል፡ የሩሳሌም ድማ ብፍላይ ብቝጥዓ ከም ዝትንስእ ይምስክሩልና። እዚ ምኺኑ ድማ ኣምላኽ ምስ ህዝቡ እስራኤል ጉዳዩ ከም ዘይወድኣን ኪዳኑ ከም ዘይረስዐን የረጋግልና። ኩሎም ኣህዛብ ምድሪ ኣንጻር የሩሳሌም ዝእከቡሉ ኣዝዩ ቀሊል ምኽንያት፡ ሰይጣን ነቲ ኣምላኽ ንገዛእ ስሙ ዘጽድቕን ዘኽብርን ንብዘላ ምድሪ ዝባርኽሉን ክቡር መንግስቲ ኣይሁድ ዳግማይ ንምቛም ዝሓንጸጾ መደባት ንምቅዋም እዩ። ሰይጣን ነቶም ኣምላኽ ብመገዶም ገይሩ ንምድሪ ክባርኻ ዝሓረዮም ህዝቢ ንምንሃል እዩ ድሌቱ። ሰይጣን፡ ምሕዳስ ኣይሁድ እቲ መዛዘሚ ክረሽንዶ ናይ ጕይታ ናይ ቤዛነት ዕዮ እዛ ምድሪ ምኺኑ ይፈልጥ'ዩ። ስለዚ ብዘሎ ቍጥዓኡ ኣንጻር እቶም ጐይታ ዝሓረዮም ህዝብን ኣንጻር እታ ዓለማዊት መዲና ናይታ ትመጽእ መንግስቲ ክትከውን ዝሓረያ ከተማን ከተንፍሶ እዩ።

እዚ ሰይጣን ነቲ ክቡር መደብ ኣምላኽ ንምስንኻል ናይ መወዳእታ ጻዕሪ ዝገብረሉ ግዝያት፡ ብብዙሓት ክርስትያን “እቲ ዓብዩ ጸበባ” ተባሂሉ ዝፍለጥ'ዩ። ወይ ኣብ ካልእ ክፍሊ “ጸበባ ያእቆብ” ተባሂሉ ኣሎ። እቲ ግዜ'ቲ ንኹሉ ፍጥረት ሰብ ናይ መወዳእታን ዝዓበየን ናይ ፈተና ሰዓት ክኸውን እዩ። ኣብዛ እትቕጽል ምዕራፍ ብዛዕባ'ዚ ክንዝቲ ኢና። ድሕሪኣ ዘላ ምዕራፍ ድማ ከም ሰዓብቲ ክርስቶስ ግብረ መልስና እንታይ ክኸውን ከም ዝግባእ ክንርኢ ኢና።

# 16

## ጸበባ ያእቆብ

- - - - - - ◆ - - - - - -

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ፡ ናይ ኣርባዕተ ነቢያት ብሉይ ኪዳን ምስክርነት ርኢና ኔርና። እዞም ነቢያት ኩላቶም፡ ሰይጣን ቅድሚ ምምላስ የሱስ፡ ንእስራኤልን የሩሳሌምን ብፍሉይ ብምውራር ነቲ ናይ መወዳእታ መደብ ኣምላኽ ከሰናኽሎ ከም ዝፍትን ድማ ነጊሮም። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ የሱስ ብዛዕባ እቲ ከቢድ ኣርእስቲ "ጸበባ ያእቆብ" ኣብ "ስብከት ደብረ ዘይቲ" እንታይ ኢሉ ከም ዝመሃረ ክንምርምሮ ኢና። ትሕት ኢልና ከም እንርእዮ፡ የሱስ ንምድሪ ዜንቀጥቅጥ ትራጀዲ ከም ዘጋጥም ተዛሪቡና ኣሎ።

ጸበባ ያእቆብ እንታይ እዩ ክንፈልጥ ናብ ኤርምያስ 30 ክንከይድ ኣሎና። እታ ቃል ንመጀመርታ ግዜ ኣብኡ እያ ተጠቒሳ ዘላ። እቲ ትንቢት፡ ናብ ኤርምያስ ቃል ከም ዝመጸ ብምንጋር ይጅምር፣ ድሕሪ ግዜ ኣምላኽ ንህዝቢ ኣይሁድ ኣብ ዓዶም ዳግማይ ከም ዝድኩኖም ይሕብር፣ "እንሆ፡ እተን ንህዝበይ እስራኤልን ይሁዳን ካብ ምርኮ ዝመልሰለን መዓልትታት ኪመጻ እየን፡ ይብል እግዚኣብሄር። ናብታ ነቦታቶም ዝሀብክዋ ሃገር ከኣ ክመልሶም እየ፡ ንሳቶምውን ኪርስተይዋ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር፣"(ቁ.1-3) ይብል።

ብኡንብኡ ግና እቲ ትንቢት ተቐይሩ ብዛዕባ ሓደ ዘሕዝን ነገር ከም ዝመጽእ ይነግር። ኣብ እስራኤል ኣዝዩ ዜሰክሕ ነገር ክመጽእ ስለዝኾነ፡ ሰብኡት ከይተረፉ ብድህለት ዝኣክል ከም ንሕርሲ ዝቐረበት ሰበይቲ ኣእዳዎም ኣብ ሕቖኦም ከንብሩ ምዃኖም ይነግር፣ "ከምዚ ይብል እግዚኣብሄር፡ ናይ ደሓን ዘይኮነስ ድምጺ ረዓድን ስምባድን ሰማዕና እሞ፡ ተባዕታይ ዚወልድ እንተ ኾነስ፡ ጠይቑን ተምልከቱን። ስለምንታይ ደኣ እየ ኹሎም እቶም ሰብኡት፡ ከምታ ንምውላድ እትጽዕር ሰበይቲ ኹይኖም፡ ኣእዳዎም ኣብ ሕቑኦም ገይሮም ኩሉ ገጽውን ተዳሂሉ ዝርኢ ዘለኹ፧"(ቁ.5-6)። ድሕሪ'ዚ ዘላ ጥቕሲ እያ ንርዝነት ናይቲ ናብ እስራኤል ዝመጽእ መከራ እትነግረና፡ *"ወዮ፡ እታ*

*መዓልቲ እቲኣ ዓባይ እያ እሞ፡ ዚመዓራረያ የልቦን። ንያእቆብ ጊዜ ጸበባኡ እዩ፡ ግናኸ ካብኡ ኺድሕን እዩ፣"* (ቁ.7ሀ)። ዋላ'ኳ እታ ግዜ እቲኣ ንህዝቢ ኣይሁድ መዳርግቲ ዘይብላ ናይ መከራ ግዜ ትኹን፡ እስራኤል ግና "ካብኡ ኺድሕን" (ቁ.7ለ) እዩ። እግዚኣብሄር ንኸሎም ንእስራኤል ዝጨቆኑ ኣህዛብ ኼጥፍኦም እዩ፣ "በታ መዓልቲ እቲኣ ኪኸውን እዩ፡ ኣርዑቱ ኻብ ክሳድካ ኽሰብር፡ መእሰሪታትካ ድማ ክበትኽ እየ፡ . . .ድሕሪ እዝስ ጓኖት ኣይኪገዝእዎን እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፣" (ቁ.8-9ሀ)። እዘን ጥቕስታት እዚኣተን፡ መፈጸምታ ናይዚ ትንቢት ኣብ ግዝያት ምምላስ የሱስን ምሕዳስ መንግስቲ ኣይሁድን ከምዝኸውን ድማ ብንጹር የርእያና፣ "ንእግዚኣብሄር ኣምላኾምን ነቲ ኣነ ዘተንስኣሎም ዳዊት ንጉሶምን ኪግዝኡ እዮም እምበር፡ ድሕሪ እዝስ ጓኖት ኣይኪገዝእዎን እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፣"(ቁ.8-9ለ)

## <u>መዳርግቲ ዘይብሉ ናይ ጸበባ ግዜ</u>

ብዛዕባ'ዚ ትንቢት ተወሳኺ ኣብ ዳን12፡1 ተጻሒፉ ንረክብ። ኣብኡ እቲ መልእኽተኛ ንዳንኤል ብዛዕባ ተመሳሳሊ ግዜ ክሕብሮ ንረኽቦ። ልክዕ ከምቲ ኣብ ኤርምያስ እንርእዮ ኣብዚ'ውን፡ "ከምኡስ ካብታ ህዝቢ ዝሀለዉላ ጀሚሩ ኽሳዕ እታ ጊዜ እቲኣ ከቶ ዀይኑ ዘይፈልጥ ዘመን ጸበባ" ከም ዝኸውን ይነግር። ደሓር ግን ከም ብሓድሽ ልክዕ ከምቲ ኤርምያስ ዝበሎ፡ እቶም ጻድቃን ናይ እስራኤል ካብዚ ጸበባ ከም ዝድሕኑ እቲ መልእኽተኛ ይዛረብ፡ "በታ ጊዜ እቲኣስ ህዝብኻ፣ ኣብ መጽሓፍ ተጽሒፉ እተረኽበ ዘበለ፣ ኪድሕን እዩ። ካብቶም ኣብ መሬት ምድሪ ደቂሶም ዘለዉስ ብዙሓት፣ ገሊኦም ናብ ናይ ዘለኣለም ህይወት፣ ገሊኦም ከኣ ናብ ሕፍረትን ናብ ናይ ዘለኣለም ነውርን ኪበራበሩ እዮም፣" (ቁ.1-2) ይብል። እዚ መዳርግቲ ዘይብሉ መከራ ዘጋጠመሉ እዋን ምስ ትንሳኤ ምዉታት ብቐረባ ስለዝተኣሳሰር፡ እዚ "ዓብዪ ጸበባ" ቅድሚ ምምላስ የሱስ ብቐጽበት ከም ዝፍጸም እንደገና ርዱእ ይኸውን።

## <u>ስብከት ደብረ ዘይቲ</u>

ብሉይ ኪዳናዊ ድሕረ ባይታ "ጸበባ ያእቀብ" እንተ ተረዲኡና፡ ሕጂ ናብ ሓዲሽ ኪዳን ናብ ቃላት የሱስ ንመለስ። ልክዕ ቅድሚ ስቕለቱ፡ የሱስ ብዛዕባ እቲ ናይ መወዳእታ መዓልታት ዝምልከት ኣዝዩ ነዊሕን ዝርዝራውን ስብከት ኣብ ደብረ ዘይቲ ምስ ደቂ መዛሙርቱ ተቐሚጡ ሰቢኹ ነይሩ። እዚ ስብከት'ዚ ኣብተን ሰለስተ ሲኖፕቲካውያን ወንጌላት (ወንጌል ማቴዎስ፡ ማርቆስን ሉቃስን) ተደጊሙ ኣሎ። ኣብ ማቴዎስ 24–25፣ ማርቆስ 13፣ ከምኡውን ሉቃስ 21። እዞም ክፍልታት እዚኣቶም ኣብ መንጎ ሊቃውንቲ ኣዝዩ ብዙሕ ክትዕ ዝግበረሎም ምኽኒያም ምግላጽ ዘድልዮ ኣይኮነን። ብዙሓት ካብኣቶም፡ ንዓብዪ ክፋል ናይዚ ስብከት ወይ'ውን ብምሉኡ ወሲዶም ምስ ፍጻመታት 70 ድ.ል.ክ ከመሳስልዎ ይፍትኑ። ከምቲ ክንርእዮ ዝኾንና ግን፡ ነቲ ጽሑፍ ብጥንቃቐ ምስ እነንብቦን የሱስ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ነብያት ዘውክኦ ክፋላት ምስ እንርድኦን ብዛዕባ 70 ድ.ል.ክ

ይዛረብ ከም ዘይነበረ ግሁድ ይኸውን። የግዳስ ምሉእ ብምሉእ ብዛዕባ እተን ዳሕሮት መዓልታት እዩ ዝዛረብ ነይሩ። ኣብ ብምሉኡ እቲ ስብከት ነዚ ብዘይ ጥርጥር ዘረጋግጹ ሓያሎ ሓረጋት ኣለዉ። እቲ ብዛዕባ "መጀመርታ ቕልውላው" ብዛዕባ "ናይ ጥፍኣት ርኽሰት" ብዛዕባ "ጸበባ ያእቆብ" ከምኡ'ውን እቲ የሱስ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ሽዑ ትእምርቲ ወዲ ሰብ ኣብ ሰማይ ኪርኤ፡ ሽዑ ድማ ኵሎም ዓሌታት ኣህዛብ ምድሪ ኺበኽዩ። ንወዲ ሰብ ከኣ ብብዙሕ ሓይልን ግርማን ብደበና ሰማይ ኪመጽእ ከሎ ኺርእይዎ እዮም" ዝብልን ካልእን መወከሲታት ብመሰረቱ እቲ ስብከት ብዛዕባ እተን ዳሕሮት መዓልታት ምኻኑ የርእየና። ነተን ቀዳሞት ሰለስተ ሓረጋት ካብ "መጀመርታ ቕልውላው" (ማቴ 24፡8) ዝብል መወከሲ ጀሚርና እስኪ ንፍትሓየን።

## <u>መጀመርታ ቕልውላው</u>

የሱስ ቤተ መቕደስ ክትዓኑ ምኳና ንደቀ መዛሙርቱ ክገልጸሎም ከሎ ክብደት ናይቲ ብህለት ክትገልጾ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። እዚ ማለት ንሓደ ኣመሪካዊ፡ ኣብ ዋይት ሃውስን ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ሃገራውያን ሓወልትታትን ዑደት ብዝገበረ፡ እቲ መራሒ ዑደት ተጠውዩ፡ "ብርግጽ እብለኩም ኣለኹ፡ እዚ ኩሉ ነገራት ምሉእ ብምሉእ ክዓኑ እዩ፤ ፍጹም ኩምራ ደናጉላ ክኸውን እዩ፣" ከም ምባል'ዩ። እዚ ንዝኾነ ኣሜሪካዊ ከመይ ዓይነት ስንባድ ምፈጠረሉ። ንዝኾነ ኣይሁዳዊ፡ ቤተ መቕደስ ማለት ልቢ እስራኤል እያ። በዚ ኸኣ የሱስ ንደቀ መዛሙርቲ እታ ቤተ መቕደስ ክትዓኑ እያ ዝብል ናይ ብሓቂ ዘሰንብድ ቃል ምስ ተዛረበ፡ ብስንባድ ዝመልኦ ቃና፡ "እዚ መኣዝ ኪኸውን እዩ፧ ትእምርቲ ምምጻእካን መወዳእታ ዓለምንከ እንታይ እዩ፧" (ማቴ 24፡3) ብምባል ልሳኖም እናተኾላለፈ ከም ዝሓተትዎ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ስለዚ፡ የሱስ ኮፍ ኢሉ ብዛዕባ እቲ ዝተፈላለየ ምልክታት መወዳእታ ዘመንን ዳግማይ ምጽኣቱን ክዘንትወሎም ጀመረ።

ፈለማ ብሊጦን ናይ ሓፈሻዊ ፍጻመታት ይጅምር፡ "ኣነ ክርስቶስ እየ፡ እናበሉ ብዙሓት ብስመይ ኪመጹ እዮም እሞ፡ ንብዙሓትውን ኬስሕቱ እዮም። ውግእን ወረ ውግእን ክትሰምዑ ኢኹም። ርኣዩ፡ ኣይትሰምብዱ፡ እዚ ኹሉ ኪኸውን ብግዲ እዩ፡ ግናኸ መወዳእታ ገና እዩ። ህዝቢ ናብ ህዝቢ፡ መንግስቲውን ናብ መንግስቲ ኺለዐል እዩ። ኣብ በቦታኡ ድማ ጥሜትን ፌራን ምንቅጥቃጥ ምድርን ኪኸውን እዩ፣"(ቁ.5-7) ይብል። ሽዑ የሱስ "እዚ ኹሉ ግና መጀመርታ ቕልውላው እዩ፣" ብምባል ዘረባኡ ወዲኡ።

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ከም ዝረኣናዮ፡ እቲ "መጀመርታ ቕልውላው" ዝብል መወከሲ ንኢሳይያስ 26 ዘመልክት ምኻኑ ብንጹር'ዩ፣ ደቀ መዛሙርቱ'ውን ብኸምኡ ከም ዝወሰድዎ ርዱእ'ዩ። ኣብ ኢሳይያስ 26 ህዝቢ እስራኤል ከም ሓንቲ ብርቱዕ ሕማም ሕርሲ እተታሕዘት እሞ ግን ከኣ ክትወልድ ዘይከኣለት ሰበይቲ ኮይናም ተመሲሎም ኣለዉ፡ "ጠነስና፡ ጻዕሪ ሕርሲ ሐዘና፡ ንፋስ ከም ዝወለደት ኰንና፡ ምድሓን ንምድሪ ኣየምጻእናላን፡ ኣብ ዓለም ዚነብሩ ኸኣ ኣይውለዱን፣"(ቍ.18) ይብል። እግዚኣብሄር ግን

ንእስራኤል እቲ ዓብዩ መከራኦም ብሓቂ ትንሳኤ ካብ ሙታን ከም ዘምጽእ የረጋግጸሎም፡ "ምዉታትትኩም ብህይወት ኪነብሩ እዮም" ይብል ኣብቲ ክፍሊ። "ምውታትካ ህያዋን ኪኾኑ፡ ሬሳታተይ ኪትንስኡ እዮም። ኣውልኻ ኣውሊ ብርሃን እዩ፡ ምድሪውን ንምውታት ከተውጽኦም እያ እሞ፡ ኣቱም ኣብ ሓመድ እትነብሩ፡ ንቕሑ እልል ከኣ በሉ፣" (ቍ.19) ይብል ኢሳይያስ። ምኽንያቱ እዚ ናይ ሕርሲ ተምሳል ናይ ትንሳኤ ሙታን ስለዝኾነ፡ ኢሳይያስ ብዛዕባ መወዳእታ ናይዚ ዘመን ይዛረብ ከም ዝነበረ ንጹር እዩ። ስለዚ የሱስ "እዚ ኩሉ መጀመርታ ቕልውላው (birth pains) እዩ፣" ክብል ከሎ (ቁ. 8)፡ እቶም ልዕል ኢሉ ዝተዛረቦም ፍጻመታት ቅድሚ መወዳእታ ቅድሚ ምእካሉ ከም ዝፍጸሙ ብግልጺ ይገልጽ ነይሩ። እዚ "መጀመርታ ቕልውላው (begnning of birth pains)" ዝብል ቃል፡ ብዘመናዊ ሳይንሳዊ ኣገላልጻ፡ ምጭብባጥ ብራክስተን ሂክስ (Braxton Hicks contraction) ኢልና እንጽውዖ እዩ። እዚ ቅድሚ ሕርሲ ቅድሚ ሰሙናት ኣትሒዙ ከጋጥም ይኽእል። ምጭብባጥ ብራክስተን ሂክስ ግን ልክዕ ከምቲ ኣብ መወዳእታ ሰዓታት ሕርሲ ዝፍጠር ናይ ወሊድ ምጭብባጥ ኣይኮነን። የሱስ ተፈጥሮኣዊ ክስተት ከም ኣብነት ብምጥቃም እዩ ነቲ ናይ ዳግመ-ምምላስን ትንሳኤ ሙታንን ክገልጽ ዝፍትን ነይሩ።

ነዞም መባእታዊውያን ምጭብባጥ ድሕሪ ምግላጹ፡ ድሕሪኡ ብዛዕባ እቲ ናይ ሓቂ ናይ ወሊድ ምጭብባጥ ክዛረብ ጀመረ። እዚኣቶም እቶም ናብ ዳግማይ ምጽኣቱ ዝመርሑ ናይ መወዳእታ ፍጻመታት እዮም። ካብ መባእታዊ ምጭብባጥ ናብቲ ናይ መወዳእታ ቃንዛ ሕርሲ ዘብጽሕ ነጥበ መቐይሮ በቲ የሱስ "መከራ" ጥራይ ኢሉ ዝጠቐሶ እዩ ዝጅምር፣

> ሽዑ ንመከራ ኣሕሊፎም ኪህብኹምን ኪቐትሉኹምን እዮም። ብዛዕባ ስመይ ከኣ ኣብ ኵሎም ኣህዛብ ጽሉኣት ክትኲኑ ኢኹም። ሽዑ ብዙሓት ኪዕንቀፉ፡ ንሓድሕዶም ኣሕሊፎም ኪዋሃሀቡ ንሓድሕዶምውን ኪጻላልኡ እዮም። ብዙሓት ነብያት ሓሶት ኪትንስኡ፡ ንብዙሓትውን ኬስሕቱ እዮም። ዓመጻ ስለ ዝበዝሐ ድማ፡ ናይ ብዙሓት ፍቕሪ ኽትዝሕል እያ። እቲ ኽሳዕ መወዳእታ ዚዕገስ ግና ኪድሕን እዩ። እዚ ወንጌል መንግስቲ ኸኣ ንምስክር ኵሎም ኣህዛብ ኣብ ብዘላ ዓለም ኪስበኽ እዩ፡ ሽዑ መወዳእታ ይመጽእ። (ማቴ24፡9-14)

## ናይ ጥፍኣት ርኽሰት

ቀጺሉ የሱስ፡ ብንጹር ነቢዩ ዳንኤል ዝተነበዮ ይጠቅስ፡ "እቲ ብነብዩ ዳንኤል እተባህለ ናይ ጥፍኣት ርኽሰት ኣብታ ቅድስቲ ስፍራ ቈይሙ እንተ ርኤኹም . . ." (ማቴ 24፡15, ዳን9፡27, 11፡31, 12፡11)። ስለዚ ድማ እዚ ናይ ዳንኤል ትንቢት ንመጻኢ ዝፍጸም ምዃኑ የርኢ።

እቲ ዘገርም ብዙሓት ክርስትያን ዓለቕቲ፡ ቃላት የሱስ ንሃጸይ ቲቶስን ፍጻመታት 70 ድ.ል.ክ ከም ዘመልክት ገይሮም ከቕርብዎ ይፍትኑ። ነቲ ኣብ ዳንኤል ምዕራፍ 12 እቲ መልኣኽ ንዳንኤል ዝበሎ ብጥንቃቐ ምስ እንምርምሮ፡ እቲ ናይ ጥፍኣት ርኽሰትን ምውጋድ ናይ ኩሉ መዓልቲ መስዋእትን ኣብቲ ቅድሚ ምምላስ ክርስቶስ ዘሎ ናይ መወዳእታ ሰለስተ ዓመትን ፈረቓን፡ ቅድሚ እቲ መዳርግቲ ኣልቦ መከራ ኣይሁድን ትንሳኤ ሙታንን ዘጋጥም እዩ። ካብዚ ሓሊፉ እውን ኣብ ትንቢት ዳንኤል ጥራይ ብፍሉይ ሓሙሽተ ግዜ *መወዳእታ ዘመን* ተባሂሉ ተጠቒሱ ኣሎ (*ዳን* 8፡17, 19, 26፤ 12፡9, 13)። እዚ "ናይ ጥፍኣት ርኽሰት" ኣብ 70 ድ.ል.ክ ዘይኮነስ ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት ከም ዝፍጸም እንተ ተረዲኡና፡ ሽዑ እቲ ዝተረፈ ስብከት ደብረ ዘይቲ ነተን መወዳእታ መዓልትታት ከም ዝምልከት ንጹር'ዩ። ኣብዚ ካልእ ዝገርም ነገር፡ እዚ ናይ ጥፍኣት ርኽሰት ዝበሃል ኣብ ቤተ መቕደስ ኣይሁድ ምስ ቀመ፡ ኣብ ይሁዳ ዘለዉ ብኡንብኡ ህይወቶም ንምድሓን ክሃድሙ ከምዘድሊ ንርኢ፣

> እቲ ብነብዩ ዳንኤል እተባህለ ናይ ጥፍኣት ርኽሰት ኣብታ ቅድስቲ ስፍራ ቈይሙ እንተ ርኤኹም፡ - እቲ ዜንብብ የስተውዕል፡ - ሽዑ ኣብ ይሁዳ ዘለዉ ናብ ኣኽራን ይህደሙ። ኣብ ዝባን ናሕሲ ዘለዉ ኸኣ ካብ ቤቱ ገለ ኺማላእ ኣይውረድ። ኣብ ወፍሪ ዘሎ ድማ ክዳኑ ኺወስድ ንድሕሪት ኣይመለስ። በታ ቕነ እቲኣ ግና ንጥኑሳትን ንዜጥብዋን ወይሌኤን። ሽዑ መከራ ኪኸውን እዩ፡ ከምኡ ዝበለ ኻብ መጀመርታ ዓለም ክሳዕ ሎሚ ዘይኮነ፡ ከቶ ድማ ዘይከውን እዩ እሞ፡ እቲ ምህዳምኩም ብኽረምቲ ወይ ብሰንበት ከይከውንሲ ለምኑ።(ማቴ24፡ 15-20)

**<u>ጸበባ ያእቆብ፡ እቲ ዓብዩ ጸበባ</u>**

የሱስ፡ "ናይ ጥፍኣት ርኽሰት" ዝብል መግለጺ ናይ ዓውደ-ስብከቱ ንመወዳእታ ዘመን ዘተኮረ ምኻኑ የርእየና። በዚ እንተ ዘይተሰማማዕና ግን፡ እታ ትቕጽል እተጠቕመላ ሓረግ ነዚ ጉዳይ ምሉእ ብምሉእ መዕረፊ ትገብረሉ። ሕጂ'ውን የሱስ ናብ መጽሓፍ ዳንኤል ተመሊሱ ነቲ መልኣኽ ንዳንኤል ዝሃቦ ቃላት እናጠቐሰ ኣስፊሑ ከምዚ ብምባል ተንቲንዎ፡ *"ሽዑ መከራ ኪኸውን እዩ፡ ከምኡ ዝበለ ኻብ መጀመርታ ዓለም ክሳዕ ሎሚ ዘይኮነ፡ ከቶ ድማ ዘይከውን እዩ እሞ*፡ እቲ ምህዳምኩም ብኽረምቲ ወይ ብሰንበት ከይከውንሲ ለምኑ። እተን መዓልትታት እቲኤን እንተ ዘይሐጽራስ፡ ስጋ ዝለበሰ ኹሉ ኣይምደሐነን። ምእንቲ እቶም ሕሩያት ግና እተን መዓልትታት እቲኤን ኪሐጽራ እየን፣" (ማቴ 24፡21-22 መወከሲ ዳን12፡1)።

እዚ ብሓቂ መሳጢ እዩ። መጀመርታ ነብዩ ኤርምያስ ንያእቆብ መዳርግቲ ዘይብሉ ጸበባ ከም ዘጋጥሞ ይገልጽ (ያእቆብን እስራኤልን ሓደ'ዩ)። ሽዑ እቲ መልኣኽ ንዳንኤል ካብ ቃላት ኤርምያስ ኣስፊሑ፡ ነቲ ኣብ ታሪኽ መዳርግቲ ዘይብሉ ከቢድ ጸበባ መሊሱ ደጊሙ የረጋግጸሉ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ የሱስ ንቃላት እቲ መልኣኽ መለሳ ሓረግ

ብምግባር ዝያዳ ኣስፊሑ፡ እዚ "ጸበባ" ኣብ ታሪኽ መዳርግቲ ዘይብሉ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንመጻኢ'ውን መዳርግቲ ከም ዘይርከቦ የስምረሉ። እዚ ዓለም ካብ ዝርኣየቶ እቲ ዝኸፍአ መከራ እዩ ክኸውን። እቲ መግለጺታት ንርኣዮ፣

1. ኤርምያስ፣ "ወዮ፡ እታ መዓልቲ እቲኣ ዓባይ እያ እሞ፡ ዚመዓራረያ የልቦን። ንያእቆብ ጊዜ ጸበባኡ እዩ፣" (ኤር30፡7)
2. ዳንኤል፣ "ሽዑ ዘመን ጸበባ ኪኸውን እዩ፣ ከምኡስ ካብታ ህዝቢ ዝህለዉላ ጀሚሩ ኽሳዕ እታ ጊዜ እቲኣ ከቶ ኹይኑ ኣይፈልጥን፣"(ዳን12፡1)
3. የሱስ፣ "ሽዑ መከራ ኪኸውን እዩ፡ ከምኡ ዝበለ ኻብ መጀመርታ ዓለም ክሳዕ ሎሚ ዘይኮነ፡ ከቶ ድማ ዘይከውን እዩ፣" (ማቴ24፡20-21)

ሓደ ክንፈልጦ ዘሎና፡ እዚ ኣብ ክርስትያናዊ ዓንኬል "ዓብዩ ጸበባ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣምር፡ መበቆላዊ ዓውደ-ጽሑፉ ኣብቶም እስራኤል ዘማእከሉ ትንቢታት ብሉይ ኪዳን ኢና እንረኽቦ። እዚ ማለት ግን እተን ቅድሚ ዳግም ምጽኣት የሱስ ዘለዋ ናይ መወዳእታ ሰለስተ ዓመትን ፈረቓን ብሓፈሻ ንክርስትያን ናይ ጸበባ ግዝያት ኣይክኾናን እየን ማለት ኣይኮነን። ምኽንያቱ የሱስ ነቶም ስሙ ዝጾሩ ኩላቶም ጸበባ ከም ዝረኽቦም ተዛሪቡ እዩ (ማቴ 24፡9-10, ራእ 13፡15)። እቲ ሓቂ ግን ብዙሓት ክርስትያን ነቲ የሱስ ብዛዕባ ኣይሁድ ዝተዛረቦ ዓብዩ ጸበባ ካብ ዓውደ-ጽሑፉ ኣውጺኦም ክርድእዎ ፈቲኖም እዮም። እቲ ናብ ኣኽራን ህደሙ ዝብል መጠንቀቕታ ብፍሉይ ነቶም ኣብ የሩሳሌምን ይሁዳን ዝነብሩ ሰባት ካብቲ ክወሮም ዝመጽእ ሰራዊት ንኽሃድሙ ዝበሎ እዩ እምበር (ሉቃ 21፡21) ነቶም ኣብ ኩሉ ዓለም ዘለዉ ክርስትያን፡ እቲ ናይ ጥፍኣት ርኽሰት ኣብ ቤት መቕደስ ቀይሙ እንተሰሚዕኩም ናብ ጥቓኹም ዘሎ ጎቦ ህደሙ ንማለት ዝተዛረቦ ቃል ኣይኮነን።

## <u>ዘከራኽር ኣርእስቲ</u>

የሱስ ኣብ መደምደምታ ናይ ደብረ ዘይቲ ስብከቱ፡ ብልክዕ ናይ ዳግማይ-ምጽኣቱ ግዝያት መኣስ ከም ዝኸውን ይገልጽ፣

> ድሕሪ መከራ እታ ቕነ እቲኣ ግና ብኡብኡ ጸሓይ ክትጽልምት፡ ወርሒውን ብርሃና ኣይክትህብን እያ፡ ከዋኽብቲ ኻብ ሰማይ ኪወድቁ፡ ሓይልታት ሰማያትውን ኬንቀጥቅጡ እዮም። ሽዑ ትእምርቲ ወዲ ሰብ ኣብ ሰማይ ኪርኤ፡ ሽዑ ድማ ኵሎም ዓሌታት ኣህዛብ ምድሪ ኺብኽዩ። ንወዲ ሰብ ከኣ ብብዙሕ ሓይልን ግርማን ብደበና ሰማይ ኪመጽእ ከሎ ኺርእይዎ እዮም። ንመላእኽቱ ኸኣ ብብርቱዕ ደሃይ መለኸት ኪልእኮም፡ ነቶም ሕሩያቱ ኻብቲ ሓደ ወሰን ሰማይ ክሳዕ እቲ ወሰን ሰማይ ካብ ኣርባዕቲኡ መኣዝን ንፋሳት ኪእክብዎም እዮም። (ማቴ24፡29-31)

ድሮ ከምዚ ዝርኤናዮ ነቲ ኩሉ የሱስ ዝተጠቐመሉ መወከሲታት ብትዕግስቲ ምስ እንምርምሮ፡ ብቐዳምነት የሱስ ብዛዕባ'ቲ ቅድሚ ምምላሱ ዘሎ ግዝያት ደኣ እምበር ብዛዕባ እቲ ኣብ 70 ድ.ል.ክ ዘጋጠመ ፍጻመታት ይሰብኽ ከም ዘይነበረ ንርዳእ። ብዙሓት ተንተንቲ መጽሓፍ ቅዱስ፡ በዚ ይሰማምዑ እዮም፡ እንተኾነ ግን ብዙሓት ኣብ ወንጌል ሉቃስ ዝርከብ ሓደ ክፋል ደብረ ዘይቲ ስብከት ምስ 70 ድ.ል.ክ ዘተሓሕዝዎ ኣለዉ። እዚ ክፍሊ ስለምንታይ ክሳብ ክንድ'ዚ ኣከራኻሪ ከም ዝኾነ ንምርዳእ ናብታ ክፍሊ ንኺድ።

## ስብከት ደብረ ዘይቲ ኣብ ወንጌል ሉቃስ

ዘይከምቲ ኣብ ማቴዎስን ማርቆስን ዘሎ ትረኻታት፡ ኣብ ሉቃስ 21 የሱስ፡ የሩሳሌም ብሰራዊት ናይ ኣህዛብ ኣብ ክርደና ከም እትኣቱ ይዛረብ፡ "የሩሳሌም ብሰራዊት ተኸቢባ እንተ ርኤኹም፡ ሽዑ ጥፍኣታ ኸም ዝቐረበ ፍለጡ፣" (ቁ.20) ይብል። እዚ ጾብጻብ'ዚ ኣብ ወንጌላት ማቴዎስ ወይ ማርቆስ እኳ እንተዘይተጠቕሰ፡ ነብያት ዘካርያስን ዮኤልን ህዝቅኤልን ሚክያስን ግና ብልክዕ ቅድሚ ምምላስ የሱስ እዚ ከም ዝኸውን ተነቢዮም ኣለዉ። እቲ ዝቕጽል ናይ ሉቃስ ትረኻ ግና ልክዕ ከምቲ ኣብ ወንጌላት ማቴዎስን ማርቆስን ዝርከብ እዩ። የሱስ፡ "ሽዑ ኣብ ይሁዳ ዘለዉ ናብ ኣኽራን ይህደሙ፡ ኣብ ውሽጣ ዘለዉ ኸኣ ካብኣ ይውጽኡ፡ ኣብ ሃገረ ሰብ ዘለዉውን ናብኣ ኣይእተዉ። እዚ፡ እቲ ጽሑፍ ዘበለ ምእንቲ ኺፍጸምሲ፡ *ወርሓት ሕነ እዩ፣*" (ቍ. 21-22) ይብል።

ብተወሳኺ ኣብ ወንጌል ሉቃስ፡ ዘይከምቲ ትረኻ ናይቶም ካልኦት ሲኖፕቲካውያን ወንጌላት፡ ብዙሓት ብሰይፊ ከም ዝወድቁን ተማሪኾም ከም ዝውሰዱን ይዛረብ፣ "በተን መዓልትታት እቲኣተን ግና ንጥኑሳትን ንዜጥብዋን ወይለኤን። ኣብ ምድሪ በርቱዕ መከራ ኪኸውን እዩ እሞ፡ ኣብዚ ህዝቢ እዚ ድማ መዓት ኪወርድ እዩ። ብስሕለት ሰይፊ ኺወድቁ፡ ናብ ኵሎም ኣህዛብውን ኪማረኹ እዮም። ዘመናት ኣህዛብ ክሳዕ ዝፍጸም፡ የሩሳሌም በህዛብ ክትርገጽ እያ፣" (ቁ.23-24) ይብል። ኣብዚ'ዩ እቲ ክርክር ዝለዓል። ቀዳማይ፡ እዚ ነገር ኣብ መጻኢ ኣብ እስራኤል ዳግማይ ክፍጸም ይኽእል እዩ ዝብል ሓሳብ ክቕበሎ ዝደሊ ሰብ የለን። እዚ ብርግጽ ምሉእ ብምሉእ ርዱእ እዩ። ካልኣይ፡ እዚ ክፍሊ እዚ ነቲ ኣብ 70 ድ.ል.ክ ሮማውያን ለጌዎን ብቲቶስ ተመሪሖም ዝገበርዎ ታሪኻዊ ከበባ የሩሳሌም ዘምስልስል ብርቱዕ ምስሊ ስለ ዝፈጥር'ዩ። ብዙሓት ተንተንቲ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ሉቃስ ነቲ ናይ 70 ድ.ል.ክ መሪር ጥፍኣት የሩሳሌም ይጠቅስ ኣሎ ኢሎም ይምጉቱ። ኣብዚ ኣረኣእያ እዚ ግን እንተወሓደ ኣርባዕተ ዘይስገሩ ጸገማት ኣለዉ።

## ንወዲ ሰብ ብደበና ሰማይ ክመጽእ ከሎ ክርእይዎ እዮም

ነዚ ክፍሊ ናይ ሉቃስ ኣብ 70 ድ.ል.ክ ከነቐምጦ እንተ ፈቲንና እቲ ቀዳማይ ዝፍጠር ጸገም፡ ዋሕዚ ናይቲ ጽሑፍ ስለዝሰባበር'ዩ። ምኽንያቱ እቲ ክፍሊ ቀጺሉ ነቶም

ብተደጋጋሚ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ምቅራብ መዓልቲ ጐይታ ዝሕብሩ ቀዝሞሳውያን ምልክታት ይጠቅስ፡ (ንኣብነት ኢሳ13፡10, ዮኤል 2፡10, 31, ማቴ24፡29, ማር13፡24, ራእ6፡12)። ብኡንብኡ ስዒቡ ከኣ ብዛዕባ ምምላስ የሱስ ብደበና ሰማይ ዝዛረብ ኣዝዩ ቀጥታዊ መወከሲ ንረክብ። እዚ ኩሉ ግና ኣብ 70 ድ.ል.ክ ኣይተፈጸመን። እቲ ክፍሊ ከምዚ ይብል፣

> ኣብ ጸሓይን ወርሕን ከዋኽብትን ከኣ ትእምርቲ ኪኸውን እዩ። ኣብ ምድሪውን ጸበባ ኣህዛብ ኪኸውን፡ ብደሃይ ባሕርን ማዕበልን ከኣ ዚገብርዎ ኺጠፍኦም እዩ። ሓይሊ ሰማያት ኬንቀጥቅጥ እዩ እሞ፡ ብፍርሃትን ኣብ ዓለም ብዚመጽእ ምጽባይን ነፍሲ ሰብ ክትወጽእ እያ። ሽዑ ንወዲ ሰብ፡ ምስ ብዙሕ ሓይልን ግርማን ብደበና ሰማይ ኪመጽእ ከሎ፡ ኪርእይዎ እዮም። እዚ ምኳን ምስ ጀመረ፡ ምድሓንኩም ቀሪቡ እዩ እሞ፡ ቅንዕ በሉ ርእስኹምውን ኣልዕሉ። (ሉቃ21፡25-28)

<u>*መዓልቲ ሕነ*</u>

ትረኻ ሉቃስ ኣብ 70 ድ.ል.ክ ከነቐምጦ እንተፈቲንና ዝፍጠር ካልኣይ ጸገም፡ "እዚ፡ እቲ ጽሑፍ ዘበለ ምእንቲ ኺፍጸምሲ፡ ወርሓት ሕነ እዩ፣" (ቁ.21) ዝብል ሓረግ እዩ። እዚ ሓረግ ካብ ኢሳይያስ ዝመጸ'ዩ፣ ብዛዕባ እቲ ናይ መወዳእታ ዘመን ምድሓን እስራኤል ካብ ጸላእቶም ድማ እዩ ዘመልክት። ዝኾነ ኣብ ግዜ የሱስ ዝነበረ ብሉይ ኪዳን እተማህረ ሰብ ነዚ ምፈለጦ ነይሩ። እዛ ሓረግ እዚኣ ኣብ ምሉእ ትንቢት ኢሳይያስ ብዛዕባ መወዳእታ ዘመንን መዓልቲ እግዚኣብሄርን ክዛረብ ከሎ ምድሓን እስራኤልን ጥፍኣት ጸላእታን ንምምልካት ተጠቒምላ ኣሎ፣

> መዓልቲ ሕነ እግዚኣብሄር፡ ዓመት ምፍዳይ ኢድ ብናይ ነገር ጽዮን እዩ እሞ፡ ምሳታቶም ድማ ጎባያትን ኣረውሕን ዝራብዓትን ይወድቁ፡ ሃገሮም ብደም ይሰክር፡ ሓመዶም ብስብሒ ይሰባሕ ኣሎ። (ኢሳ34፡8)

> ነቶም ፈራህ ዝልቦም፡ ኣጆኹም፡ ኣይትፍርሁ፡ እንሆ፡ ኣምላኽኩም ምስ ሕነን ምስ ናይ ኣምላኽ ምፍዳይ ኢድን ኪመጽእ፡ ባዕሉ ኼድሕነኩም ኪመጽእ እዩ፡ በልዎም። (ኢሳ35፡4)

> ንጽድቂ ኸም ድርዒ ገይሩ ተኸድኖ፡ ኣብ ርእሱ ድማ ናይ ምድሓን ቍራዕ ርእሲ ኣእተወ። ክዳን ምፍዳይ ሕነ ኸኣ ተወንዘፈ፡ ንጸዓትውን ከም ባርኖስ ገይሩ ለፈፎ። (ኢሳ59፡17)

> ዓመት ጸጋ እግዚኣብሄርን መዓልቲ ሕነ ኣምላኽናን ክእውጅ፡ ንኹሎም ሕዙናት ከጸናንዕ . . . (ኢሳ61፡2)

*ዓልቲ ምፍዳይ ሕነ ኣብ ልበይ ነይራ፡ ዓመት እቶም ብጅዋተይ ከኣ መጺኣ እያ እሞ፡ ኣነ በይነይ ኑቲ መጽመቕ ዘቢብ ረገጽክዎ፡ ካብ ህዝብታት ሓደ እኳ ምሳይ ኣይነበረን። ብቑራይ ረገጽክዎም፡ ብነድረይ ድማ ጨፍለቕክዎም። ደሞም ኣብ ክዳውንተይ ተናጠረ፡ ብዘሎ ኣልባሰይ ከኣ ጸየቕኩ።* (ኢሳ63፡3-4)

"*መዓልቲ ሕነ*" ዝብል ሓረግ ንመወዳእታ ዘመን ዝምልከት ብዛዕባ ሕነ ጐይታ ኣብ ልዕሊ ጸላእቲ እስራኤልን ናይ መወዳእታ ዓወት እስራኤልን ዝዛረብ *ኣዝዩ ፍሉይ መወከሲ* እዩ። እስራኤል ቅድሚ እዚ ግዜ እዚ ኣዝዩ ዓብዩ ምጽራይ/ምንጻህ ከም ዘጋጥማ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝነግሩ እኳ እንተኾኑ፡ "*መዓልቲ ሕነ*" ግን ብፍሉይ ንጽዮን ምድሓን ዝኾነሉ መዓልቲ'ዩ (ኢሳ 34፡8)። *ኩላቶም ጸላእቲ እስራኤል ኣብታ ናይ ጸልማት ሰዓት ክውሕጡዋ ምስ ተኣኻኸቡ ብዘይ ምሕረት ክቕጽዑ እዮም*። እዚ ብዝኾነ መልክዑ ንፍጻመታት 70 ድ.ል.ክ ከም ዘመልክት መረጋገጺ የብሉን። እታ ዓመት ኣብ ታሪኽ እስራኤል እታ ዝኸፍኣት ዓመት መዓት እያ ነይራ፣ የሩሳሌምን ቤተ መቕደስን ተዳህሚኹ፡ መብዛሕትኡ ክፋል እታ ሃገር ዓንዩ፣ ብግምት 1.5 ሚልዮን ዝበጽሑ ኣይሁድ ተሓሪዶም፡ ተሰቒሎም፡ ብሓዊ ተቓጺሎም። ብዝኾነ ይኹን መገዲ ኣብ ልዕሊ ጸላእቲ እስራኤል ሕነ ናይ ምፍዳይ ግዜ ነይሩ ክበሃል ኣይከኣልን። ንእስራኤል ምድሓን ኣይነበረን። ልክዕ ብኣንጻሩ ዓብዩ ዓወት ናይ ጸላእቲ እስራኤል'ዩ ነይሩ። ፍጻሜታት 70 ድ.ል.ክ ብዝኾነ መዐቀኒ መፈጸምታ ናይቲ የሱስ ዝዛረበሉ ዝነበረ ክበሃል ኣይከኣልን። የሱስ ብርግጽ ናብ ኢሳይያስ ተመሊሱ እዩ ዘመልክት ነይሩ እሞ ብዛዕባ እተን ዳሕሮት መዓልትታት እዩ ዝዛረብ ነይሩ። እዚ ድማ ብሕጂ ዝፍጸም'ዩ።

## ሲኖፕቲካዊ ዘይምስናይ

እቲ ሳልሳይ ጸገም፡ እዚ ኣረኣእያ ኣብቶም ሲኖፕቲካውያን ወንጌላት ዝፈጥሮ ዘይምቅዳው'ዩ። ሕጂ'ውን እቲ ኣብ ማቴዎስ 24ን ማርቆስ 13ን ዘሎ ስብከት ደብረ ዘይቲ ክልቲኡ ኣብ ሓደ እዋን የሱስ ዝተዛረቦ ሓደ ስብከት ምዃኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ የሱስ ብቐንዱ ኣብተን ክልተ ሲኖፕቲካውያን ወንጌላት ብዛዕባ ናይተን ዳሕሮት መዓልትታት ይዛረብ ነይሩ፡ ኣብቲ ሳልሳይ ድማ ብዛዕባ 70 ድ.ል.ክ ይዛረብ ነይሩ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። እቲ ኣብ ሉቃስ ዘሎ ትንቢት ምስቲ ኣብ ማቴዎስን ማርቆስን ዚርከብ ተመሳሳሊ ክፍልታት ክሳዕ ክንደይ ሓደ ምዃኑ ንምፍላጥ፡ ነዚ ዚስዕብ ሰንጠረዥ ንርአ።

| ማቴዎስ 24 | ማርቆስ 13 | ሉቃስ 21 |
|---|---|---|
| እቲ ብነብዩ ዳንኤል እተባህለ ናይ ጥፍኣት ርኽሰት ኣብታ ቅድስቲ ስፍራ ቈይሙ እንተ | እቲ ብነብዩ ዳንኤል እተባህለ ጥፍኣት ርኽሰት ኣብ ዘይግብኦ | የሩሳሌም ብሰራዊት ተኸቢባ እንተ ርኤኹም፡ ሽዑ ጥፍኣታ ኸም ዝቐረበ ፍለጡ። |

| ማቴዎስ 24 | ማርቆስ 13 | ሉቃስ 21 |
|---|---|---|
| ርኤኹም፡ - እቲ ዜንብብ የስተውዕል። | ሰፍራ ቘይሙ እንተ ርኤኹም፡ - እቲ ዜንብብ የስተውዕል። | |
| ሽዑ ኣብ ይሁዳ ዘለዉ ናብ ኣኽራን ይህደሙ። | ሽዑ ኣብ ይሁዳ ዘለዉ ናብ ኣኽራን ይህደሙ። | ሽዑ ኣብ ይሁዳ ዘለዉ ናብ ኣኽራን ይህደሙ፡ |
| በታ ቕነ እቲኣ ግና ንጥኑሳትን ንዜጥብዋን ወይሌኤን። | በታ ቕነ እቲኣ ግና ንጥኑሳትን ንዜጥብዋን ወይለኤን። | በተን መዓልትታት እቲኣተን ግና ንጥኑሳትን ንዜጥብዋን ወይለኤን። |
| ሽዑ መከራ ኪኸውን እዩ፡ ከምኡ ዝበለ ኻብ መጀመርታ ዓለም ክሳዕ ሎሚ ዘይኮነ፡ ከቶ ድማ ዘይከውን እዩ እሞ፡ እቲ ምህዳምኩም ብኽረምቲ ወይ ብሰንበት ከይከውንሲ ለምኑ። እተን መዓልትታት እቲኤን እንተ ዘይሐጽራስ፡ ስጋ ዝለበሰ ኹሉ ኣይምደሐነን። ምእንቲ እቶም ሕሩያት ግና እተን መዓልትታት እቲኤን ኪሐጽራ እየን | ካብታ ኣምላኽ መጀመርያ ፍጥረት ዝፈጠረላ ኽሳዕ ሎሚ ኸምኡ ዘይኮነ፡ ድማ ከቶ ዘይከውን መከራ በታ ቕነ እቲኣ ኪኸውን እዩ እሞ፡ ምህዳምኩም ብኽረምቲ ኸይከውንሲ ጸልዩ። እተን መዓልትታት እቲኤን እግዚኣብሄር እንተ ዘየሕጽረንሲ፡ ስጋ ዝለበሰ ኹሉ ኣይምደሐነን ነይሩ። ምእንቲ እቶም ንሱ ዝሐረዮም ሕሩያት ግና ነተን መዓልትታት እቲኤን ኣሕጺረን። | ኣብ ምድሪ በርቱዕ መከራ ኪኸውን እዩእሞ፡ ኣብዚ ህዝቢ እዚ ድማ መዓት ኪወርድ እዩ። ብስሕለት ሰይፊ ኺወድቁ፡ ናብ ኵሎም ኣህዛብውን ኪማረኹ እዮም። ዘመናት ኣህዛብ ክሳዕ ዝፍጸም፡ የሩሳሌም በህዛብ ክትርገጽ እያ። |

ሽሕ'ኳ ሉቃስ ነታ "ናይ ጥፍኣት ርኽሰት" እትብል ሓረግ ብ"የሩሳሌም ብሰራዊት ተኸቢባ" ዝብል እንተተክኣ፡ ሰለስቲኦም ብዛዕባ ሓደ ስብከት ናይ የሱስ ይዛረቡ ከም ዝነበሩ ርዱእ እዩ። ገለ ገለ ማቴዎስን ማርቆስን ዝገደፍዎ ዝርዝራት ሉቃስ ዘእተዎ እውን ኣሎ፡ ይኹን'ምበር ሓደ ስብከት እዩ፣ የሱስ ድማ ንሓደ ዓይነት ናይ መወዳእታ ዘመን ፍጻመታት እዩ ጠቒሱ።

## ናይ 70 ድ.ል.ክ ከበባ የሩሳሌም ብኽመይ ኣጋጢሙ

ብዛዕባ ኣፈጻጽማ ናይ 70 ድ.ል.ክ ከበባ የሩሳሌም ከመይ ከም ዝነበረ ምስ እንርኢ፡ የሱስ ብዛዕባ እዚ ፍጻመ ከም ዘይተዛረበ ክንርዳእ ንኽእል ኢና። መዛግብቲ ታሪኽ ከም ዝሕብርዎ፡ እቲ ናይ መጀመርታ ወፍሪ ኣንጻር የሩሳሌም ብሮማዊ ጀነራል ቬስፓሽያንን ንሱ ዝመርሖ ዝዓበየ ክፋል ሮማዊ ለጌዎንን ተሓጋገዝቱን ተመሪሑ። ድሕሪኡ ድማ ክሳብ ምውዳቕ የሩሳሌም ብወዱ ቲቶስ ንገለ ዓመታት ቀጺሉ። የሱስ ዝተዛረበሉ መጥቃዕቲ ግና ዘይከምዚ፡ ዝኾነ ሰብ ካብ ቤቱ ዝኾነ ነገር ክሳብ ተማሊኡ ክሃድም ዘየፍቅድ ኣዝዩ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ከም ዝኸውን'ዩ ገሊጹ።

ኣማኽርቲ ቬስፓሽያን ዝነበሩ እቲ መጥቃዕቲ ኣብ 66 ክካየድ ኣማኺሮሞ ነይሮም። እታ ከተማ ግና ድሮ ኣብ ከቢድ ኲናት ሓድሕድ ስለ ዝነበረት፡ ቬስፓሽያን ሱቕ እንተኢልዎም ቀልጢፎም ንሓድሕዶም ክጫረሱ እዮም ኢሉ ስለዝሓሰበ ነቲ ወራር ኣይጀመሮን። ብተወሳኺ ቬስፓሽያን ኲናት ብምጅማር ነታ ኣዝያ ዝተኸፋፈለት ከተማ ናይ ሓባር ጸላኢ ብምፍጣር ናብ ሓድነት ከምጽኣ ኣይደለየን። ስለዚ ድማ፡ ዳርጋ ንሰለስተ ዓመት ዝኣክል ኣብ ሰሜናዊ ገሊላ ዚርከባ እተፈላለያ ከተማታት ወረረን። ንየሩሳሌም ግን ብቐጥታ ኣብ ክርደና ካብ ምእታው ተቐጠበ። ኣብዚ ግዜ እዚ፡ ረጕድ ደበናታት ኲናት የንጸላሉ ከም ዝነበረ ብቐሊሉ ይርአ ነበረ። ኣብ ክልቲኡ 67 - 68 ድ.ል.ክ ካብ ቂሳርያ ብሰሜን እተገብረ ክልተ ዓበይቲ ወራራት ነይሩ፣ በዚ ድማ ሓያሎ ከተማታት ተደቑሰን ነበራ። ኣብ ሰነ 68 ድ.ል.ክ ሃጸይ ኔሮ ስለዝሞተ ቬስፓሽያን ናብ ሮማ ተመልሰ፡ ወዱ ቲቶስ ድማ ነቲ ወፍሪ ቀጸሎ።

ኣብ መወዳእታኡ፡ ኣብ ግንቦት 70 ድ.ል.ክ መጥቃዕቲ የሩሳሌም ተጀመረ። ቲቶስ ካብታ ከተማ ንሰሜናዊ ምብራቕ ዚርከብ ደብረ ስኮፑስ መዓስከር ሰራዊት መስረተ። ብመጀመርታ ጽንዓት ናይ ኣይሁድ ንምፍታን ገለ 600 ዝኾኑ ኣሃዱ ፈረሰኛታት ሒዙ ናብታ ከተማ ተጸግዐ። ኣይሁድ፡ ብመናድቕ እታ ኸተማ ወጺኦም ንሰራዊቱ ፋሕ ኣበሉዎም። ቲቶስ ንባዕሉ ንስክላ ኣምለጠ። ብድሕሪኡ ቲቶስ ኩሎም ለጌዎናቱን ተሓጋገዝቲ ሰራዊቱን ኣኻኺቡ ኣብ ዙርያ እታ ኸተማ ሰለስተ ሰፈር ሰራዊት ብምስራሕ፡ ናይ ከበባ መስመር ኣቐመ። የሩሳሌም ብዙርያኣ ብሰራዊት ተኸበበት። ኣብቲ እዋን እቲ ካብታ ከተማ ሃዲምካ ናብ ኣኽራን ምኽያድ ዝበልና ኣማራጺ ኣይነበረን። ኣረ ብዙሓት ክሃድሙ ዝፈተኑ ተታሒዞምን ተሓሪዶምን እዮም። እቲ ዝነበረ ኣማራጺ ኢድካ ምሃብ ሓደው ተዋጊእካ ምዕዋት ጥራይ'ዩ ነይሩ።

እቲ ክብሎ ዝደለኹ እዚ እዩ፣ የሱስ ኣብ ናይ ደብረ ዘይቲ ስብከቱ ብዛዕባ 70 ድ.ል.ክ የጠንቀቐም እንተደኣ ነይሩ ኾይኑ፣ እቲ ዝሃቦም ምኽሪ ብሓቂ ከንቱ'ዩ ነይሩ። ኣስተውዕሉ፡ የሱስ፡ ሽዑ ሰራዊት ናብ የሩሳሌም ገጾም ክመጹ ምስ እትርእዩ ህደሙ ኣይኮነን ኢልዎም። ወይ'ውን ኣብ ምድሪ እስራኤል ሰራዊት ምስ ዝኣቱ ሽዑ ንምህዳም ተዳለዉ ኣይበሎምን። ኣይኮነን። የሱስ ብልክዕ "የሩሳሌም ብሰራዊት ተኸቢባ እንተርኤኹም፣" ሽዑ ህደሙ እዩ ኢልዎም። "በተን መዓልትታት እቲኣተን ግና ንጥኑሳትን ንዜጥብዋን ወይለኤን፣" (ሉቃ21፡23) ብምባል ከማን ቀልጢፍካ ንምህዳም ዘይምኽኣ እዋን ከም ዝኾነ ይገልጽ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ሓደ ሰብ ነቶም ሰራዊት ብዝረኣዮም ኣብታ ህሞት እቲኣ ብህጹጽ ብምህዳም ጥራይ'ዩ ክድሕን ዝኽእል እዩ ዝበል ነይሩ። ስለዚ ድማ ፣ እቲ ኣብ ሉቃስ 21፡20–21 ዘሎ መጠንቀቕታ ከምቲ ብዙሓት ወሃብቲ ርእይቶ ዝምጉትዎ፣ ንጥፍኣት የሩሳሌም ኣብ 70 ድ.ል.ክ ዝምልከት እንተኾይኑ፣ የሱስ ዝሃቦ ምኽሪ ዘየድሕን ብላሽ ምኽሪ እዩ ነይሩ። ከመይሲ፡ ኣብ የሩሳሌም ዝነበረ ሰብ፡ እታ ኸተማ ኽሳዕ እትኽበብ ተጸቢዩ ኺሃድም እንተ ዚፍትን ወይ ምተማረኸ ወይ ምተቐትለ።

ገሊኦም ድማ የሱስ ካብ የሩሳሌም ንምህዳም ዝሃቦ መጠንቀቕታ ኣብ 66 ድ.ል.ክ ሴስቲዮስ ጋሎስ ቅድሚ ምንስሓቡ ንሓጺር እዋን ነታ ከተማ ከቢቡዋ ከሎ ዝተፈጸመ ምኻኑ ይገልጹ። እዚ ኣበሃህላ ግን ጸገም ኣለዎ። ቃላት የሱስ ክንርእዮ ከለና፡ ነቶም ኣብታ ከተማ ዝነበሩ ብህጹጽ ክሃድሙ ከም ዘለዎም እዩ ኣጠንቂቕዎም። እቲ መጠንቀቕታ ኣዝዩ ህጹጽ ካብ ምኻኑስ፡ ዝኾነ ሰብ ገለ ነገር ክማላእ ኢሉ ንድሕሪት ከይምለሱ ኣጠንቂቕዎም'ዩ። ምስናይዚ ግን ካብቲ ሴስቲዮስ ንየሩሳሌም ዝኸበበሉ ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት እያ እታ ኸተማ ወዲቓ። ስለዚ እዚ ፍጻሚ ናይቲ የሱስ ዝሃቦ መጠንቀቕታ እዩ ክበሃል ኣይከኣልን እዩ። መጠንቀቕታ የሱስ ንኣዋርሕ ወይ ዓመታት ዘይኮነስ ንደቓይቕ ዝምልከት'ዩ ነይሩ።

ብዙሓት ካብቶም ኣብታ ከተማ ዝነበሩ ክርስትያን ንሰራዊት ሴስቲዮስ ምስ ረኣዩ ኣብታ ዓመት እቲኣ ናብ ከተማ ፔላ ክሃድሙ ከም ዝመረጹ ይንገር። ብመሰረት *ዞንደርቫን ሰእላዊ ኢንሳይክሎፒድያ መጽሓፍ ቅዱስ*፡ "ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን እዛ ከተማ እትፍለጠሉ ኣብ 66 ድ.ል.ክ ሮማውያን ሰራዊት ነቲ ተላዒሉ ዝነበረ ናይ ኣይሁድ ኣብዮት ንምድቋስ ናብ የሩሳሌም ምስ መጹ ከተማ ፔላ ነቶም ካብ የሩሳሌም ዝሃደሙ ክርስትያን መዕቀቢ ብምኻና'ዩ፣"[1] ይብል። እዚ ፍጻመ'ዚ ምስ ትንቢት የሱስ ዝተሓሓዝ'ዩ ከይንብል ክልተ ጸገማት ኣለዉ። ቀዳማይ፡ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ፡ እዚ ዘጋጠመ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ምውዳቕ የሩሳሌም'ዩ፣ ስለዚ ድማ ምስቲ ህጹጻዊ ባህሪ ዝነበሮ ናይ የሱስ ትንቢት ዝኸይድ ኣይኮነን።

ካልኣይ፡ ብመሰረት መዛግብቲ ታሪኽ ክርስትና፡ እቶም ሽዑ ዝነበሩ ክርስትያን ናብ ፔላ ዝሃደሙ ሮማውያን ሰራዊት ክመጹ ስለዝረኣዩ ዘይኮኑስ፡ ገለ ሰባት ርእዮሞ ብሰንኪ ዝበሃል መለኮታዊ ራእይ'ዩ። ብመሰረት ኤውሰቢዩስ፡ እቶም ክርስትያን ገና ወራር ከይጀመረ እዮም ሃዲሞም፣

> ምሉእ ኣካል ማሕበር የሩሳሌም፡ ገለ ዝተመስከረሎም ሰባት ብዝርኣይዎ ብመለኮታዊ ራእይ ተደሪኾም ካብታ ከተማ ወጺኦም፡ ክንዮ ዮርዳኖስ ኣብ እትርከብ ፔላ እትበሃል ከተማ ተቐሚጦም። እቶም ናይ ክርስቶስ ቅዱሳን ካብታ ከተማ ብዝወጹ፡ ቅዱሳን ዝበሃሉ ሰባት ኣብታ ከተማን ብዘላ ምድሪ ይሁዳን ከቶ ኣይተረፉን። ኣብ መወዳእታኡ ነቶም ገበርቲ እከይ ብሰንኪ እቲ ኣብ ልዕሊ ክርስቶስን ሃዋርያቱን ዝገበሩዎ ሓጢኣት መለኮታዊ ፍርዲ ረኺብዎም። ዘርኢ እዞም ገበርቲ እከይ ብፍጹም ካብ ምድሪ ጠፊኡ።[2]

ስለዚ ኣብ መወዳእታኡ የሱስ "ብዛዕባ'ዚ እዩ ዝነበ ነይሩ፣" ክብለና ዝኽእል መርትዖ ኣብ ፍጻመታት 70 ድ.ል.ክ ኣይንረክብን ኢና። ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ እዞም ፍጻመታት ምስ ትንቢታት የሱስ ክቃዶ ዝኽእል ኣይኮነን።

ብኣንጻሩ መጠንቀቕታ የሱስ ነቲ ኣብ ዳሕረዎት መዓልታት ብጸረ ክርስቶስ ኣብ ልዕሊ የሩሳሌም ዝፍጸም መጥቃዕቲ ዘመላኽት እንተኾይኑ፡ ምምጻእ ሃንደበታዊ ማዕበል ሰራዊት ኣብ ዙርያ የሩሳሌም ካብ ክውንነት ርሑቕ ኣይኩነን። ውሑዳት ክኾኑ ዝኽእሉ ተርእዮታት ነዚ ከረድኡ ይኽእሉ እዮም።

ምናልባት እዚ እታ ከተማ ኣብ መንጎ ፍልስጤማውያንን እስራኤላውያን ዝተመቕለትሉ እሞ (ዮኤል3፡2)፡ ብዝኾነ ዓይነት ዘይምርግጋእ፡ ኣህጉራውያን ሓይልታት፡ ከም ዓቃብ ሰላም ዝኣመሰሉ ኣብታ ከተማ ኣብ ዝህሉዉሉ ክፍጸም ይኽእል'ዩ። ኣብ ከምኡ ዓይነት ኩነታት ከምቲ የሱስ ዝበሎ ዓይነት ማዕበል ናይ ሰራዊት ነታ ከተማ ብሃንደበት ክኸባ ይኽእል'ዩ። ብልክዕ እቲ ፍጻመታት ብኸመይ ከም ዝገሃድ ንምፍላጥ ኣጸጋሚ እኳ እንተኾነ፡ የሱስ ቅድሚ ምምላሱ ኣብ መንጎ እተን ሸውዓተ ዓመታት ጸረ ክርስቶስ ነቲ ናይ ሓሶት ጉልባቡ ቀሊዑ፡ በቶም ድሮ ብዝተፈላለየ ምኽኒት ኣብታ ከተማ የእትይዎም ዝጸንሑ ሰራዊት ንቤተ መቕደስን ከተማ የሩሳሌምን ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቍጽጽሩ ከእትወን'ዩ። ነዚ እዩ መጽሓፍ ቅዱስ እቲ ጥፍኣት ዘምጽእ ርኽሰት (እዚ ማለት ምቕማጥ ጸረ ክርስቶስ ኣብ ቤት መቕደስ'ዩ) ዝብሎ (2ተሰ2፡4) ። ብርግጽ ድማ እዚ ኹሉ ነቶም ነበርቲ እስራኤል ናብ ብርቱዕ ጸበባ ከእትዎም'ዩ፣ "ብዙሓት ብስሕለት ሰይፊ ኺወድቁ፡ ናብ ኲሎም ኣህዛብውን ኪማረኹ እዮም፣"(ሉቃ21፡24)። እቲ ግዜ ጸበባ ኣዝዩ መሪር ካብ ምዃኑ የሱስ ኣብ ኲሉ ታሪኽ ዓለምን መዳርግቲ ዘይርከቦ ምዃኑ ይገልጽ።

## እቲ ዓብዪ ጸበባን ህልቂት ናዚን

ክሳብ ኣብዚ ዝርኤናዮ ኩሉ ሓበሬታ፡ ነብዪ ኤርምያስ፡ እቲ መልኣኽ (ትንቢት ዳንኤል) ከምኡ ድማ የሱስ ብዛዕባ'ቲ ዝመጽእ ጸበባ ዝበሉዎ ኩሉ ከም ዘመልክቶ እቲ ናይ ሽዑ ጭፍጨፋ ኣይሁድ ካብ ህልቂት ናዚ ዝበኣሰ ክኸውን'ዩ። እዚ ብርግጽ ዘይተርፍ ነገር'ዩ። ግና ነቲ ዝመጽእ ስቓይ እንታይ ይመስል ወይ ክንደይ ህይወት ክጠፍእ'ዩ ኢልና ኣብ መጽናዕቲ ኣቲና ግዜ ከነጥፍእ ኣየድልን። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጻዕርታት ምውፋር ብዙሕ ፍረ የብሉን። ሓቂ ክዛረብ እንተኾይነ፡ ኣነ ንባዕለይ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘሰካሕክሕ ፍጻመ ብሓቂ ዕብየቱ ክርዳእ ዓቕሚ የብለይን። ክትሓስቦ'ኳ ዘፍርህ'ዩ። እቲ ፍረ ነገር ግን ከቢድ ነገር ይመጽእ ስለዘሎ ክንዳሎ ኣሎና።

ብተወሳኺ ነቶም ኣብ ትንተና ትንቢታት መጽሓፍ ቅዱስ ዝግደሱ'ውን ከጠንቅቐም ይደሊ። ሓደ ሓደ ግዜ ከምዚኦም ዓይነት ትንቢታት ከም መጽናዕታዊ ሓቂ እምበር ጦብላሕታኦም ወይ ርዝነቶም ግዲ ኣይወሃቦን'ዩ። ነዞም ነገራት እዚኦም ክንዛተየሎም ከለና ምሉእ ክብደቶም ክስመዓና ዘይከኣል እኳ እንተኾነ፡ ብዛዕባ ጸወታ ቸስ ንዛረብ ከም ዘየሎና ክንሓስብ ግን ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ ናይ ሓቂ ስድራቤታት፡ ናይ ሓቂ ሰባት፡ ናይ ሓቂ ህይወት ኢና ንዛረብ ዘለና። ነዚ ነገራት እዚ ምዝታይ ንልብና ብጓሂ

ዘይመልኣን ብጸሎት ብብርክና ክንወድቕ ዘይገብረናን እንተኾይኑ ብዓይኒ ኣቦ ወይ ወዱ የሱስ ክርስቶስ ኣይንርእዮን ኣሎና ማለት'ዩ።

እዚ ምዕራፍ ክዛዝሞ ከሎኹ፣ ንሕና እቶም ንየሱስ ንስዕብ፡ ርዝነት ናይቲ ዝመጽእ ዘሎ ተረዲእና መስቀልና ንምስካም ልብና ከነዳሉ ይምሕጸን። የሱስ ቅድሚ ገለ ሰዓታት ናይ መስቀል ስቅያቱ እዩ ነዚ ኣዝዩ ዕቱብን መጠንቀቕታታት ኮነ ኢሉ ዝሃበና። ንሕና ከም ኣካል ክርስቶስ መጠን ብውልቒ ይኹን ብሕብረት ነዚ መጠንቀቕታ እዚ እንታይ ዓይነት ምላሽ ንህበሉ ንኣና ዓብዩ መፈተኒ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ዝቕጽል ምዕራፍ፡ ነታ ኣብተን ዳሕሮት መዓልታት ከም ቃላት የሱስ ክትመላለስ እትደሊ ቤተክርስትያን ክትህቦ ዘለዋ ግቡእ ግብረ መልሲ እንታይ ከም ዝመስል ክንዛተ ክንጅምር ኢና።

# 17

## ደትሪኽ ቦንሆፈር፡ ኮሪ ተን ቡምን ፍርዲ ኣህዛብን

\- - - - - - ◆ - - - - - -

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ፡ ንገለ ክፋል ናይ ደብረ ዘይቲ ስብከት መርሚርና ኔርና። ብሓቂ ግን ንብምሉኡ ስብከት ኣይርኣናዮን። እቲ ስብከት ናብ ማቴዎስ 25 ይቕጽል እዩ። ኣብ መደምደምታ ስብከቱ፡ የሱስ ድሕሪ ምምላሱ እንታይ ከም ዝኸውን ይገልጽ። ሓደ ካብኡ ንኣህዛብ ንፍርዲ ክእከቦም እዩ። እዚ ክፍሊ እዚ ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ፡ ግን ከኣ ብሰፊሑ ብጌጋ ዝርድኡ ክፍልታት ኣብ ኩሉ ወንጌላት እዩ። እስከ ነቲ የሱስ ዝሃቦ ቃላት ብጥንቃቐ ብምንባብ ንጀምር፣

> ግናኸ ወዲ ሰብ ብኽብሩ ምስ መጸ፡ ኵሎም መላእኽቲውን ምስኡ፡ ሽዑ ኣብ ዝፋን ክብሩ ይቕመጥ። ኵሎም ኣህዛብ ድማ ኣብ ቅድሚኡ ይእከቡ። ንሱ ኸኣ፡ ጓሳ ነባጊዕ ካብ ኣጣል ከም ዚፈላልየን፡ ካብ ነንሓድሕዶም ይፈላልዮም። ነተን ኣባጊዕ ኣብ የማን፡ ነተን ኣጣል ድማ ኣብ ጸጋሙ የቘመን። ሽዑ እቲ ንጉስ ኣብ የማኑ ንዘለዉ ይብሎም፡ ኣቱም ናይ ኣቦይ ብሩኻት፡ ንዑ፡ እቲ ኻብ ምስራት ዓለም እተዳለወልኩም መንግስቲ ውረሱ። ጠምየ ነበርኩ እሞ፡ ኣብላዕኩምኒ። ጸሚኤ፡ ኣስቴኹምኒ። ገይሸ፡ ተቐበልኩምኒ። ዕሪቐ፡ ከደንኩምኒ። ሐሚመ፡ በጻሕኩምኒ። ተኣሲረ፡ መጻእኩምኒ። ሽዑ እቶም ጻድቃን ይመልስሉ፡ ጐይታይ፡ መኣዝ ጠሚኻ ርኢናካ እሞ ኣብላዕናካ፧ ወይ ጸሚእካስ ኣስቴናካ፧ መኣዝከ ጋሻ ኴንካ ርኢናካ ኣሞ ተቐበልናካ፧ ወይ ዕሪቕካስ ከደንናካ፧ መኣዝከ ሐሚምካ ርኢናካ ወይ ተኣሲርካስ በጻሕናካ፧ ይብሉ። እቲ ንጉስ ከኣ፡ እቲ ኻብዞም ናእሽቱ ኣሕዋተይ ንሓደ ዝገበርኩምሉ ንኣይ ከም ዝገበርኩምለይ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ ኢሉ ይመልሰሎም። ድሕርዚ ኣብ ጸጋሙ ንዘለዉ ይብሎም፡ ኣቱም ርጉማት፡ ካባይ ርሐቑ፡ ናብቲ ንሰይጣንን ንመላእኽቱን እተዳለወ ናይ ዘለኣለም ሓዊ። ጠምየ ነብርኩ እሞ፡ ኣየብላዕኩምንን። ጸሚኤ፡ ኣየስቴኹምንን። ገይሸ፡ ኣይተቐበልኩምንን። ዕሪቐ፡ ኣይከደንኩምንን።

ሐሚመ፡ ተኣሲረ፡ ኣይበጻሕኩምንን። ሽዑ ንሳቶም፡ ጐይታይ፡ መኣዝ ጠሚኻ ርኤናካ፡ ወይ ጸሚእካ፡ ወይ ጌሽካ፡ ወይ ዕሪቕካ፡ ወይ ሐሚምካ፡ ወይ ተኣሲርካ፡ ዘየገልገልናካ፧ ኢሎም ይመልሰሉ። ሽዑ ንሱ፡ እቲ ኻብዞም ናእሽቱ ንሓደ ዘይገበርኩምሉ ንኣይ ከም ዘይገበርኩምለይ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ ኢሉ ይመልሰሎም። እዚኣቶም ናብ ናይ ዘለኣለም ስቓይ፡ ጻድቃን ግና ናብ ዘለኣለም ህይወት ኪኸዱ እዮም።

**<u>ኣሕዋት የሱስ እኒመን እዮም፧</u>**

ሓደ ካብቲ ኣገዳሲ ክንሱ ብብዝሒ ብጌጋ ዝርዳእ ክፋል ናይዚ ትንቢት "ናእሽቱ ኣሕዋተይ" ዝብል ኣብ ፍቕዲ 40ን 45ን ዝተደግመ ሓረግ እዩ። ብመሰረት የሱስ፡ በታ መዓልቲ ፍርዲ፡ ጽሕፍቶ ሃገራት በቲ ነዞም ንኣሽቱ ኣሕዋቱ ዝገብርዎ ኣተሓሕዛ ክውሰን'ዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ ገሊኣቶም ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ክኣትዉ'ዮም፡ ገሊኣቶም ከኣ ክዕጸዎም'ዩ። ከመይሲ ከምቲ የሱስ ዝብሎ እንተኾይኑ፡ *ሃገራት ነዞም ንኣሽቱ ኣሕዋቱ ዝገብሩዎ፡ ንእኡ ከም ዝገበርዎ እዩ*፡ ኣብ ልዕሊኦም ዝግበር ሕማቕ ኣተሓሕዛ ከም ኣብ ልዕሊኡ ዝግበር እዩ። ንኣቶም ዝግበር ጽቡቕ ነገር ከኣ ንእኡ ከም ዝግበር እዩ። ስለዚ እምበኣር ኣብዚ ክንሓቶ ዘሎና፡ እዞም "ናእሽቱ ኣሕዋት" የሱስ በዓል መን'ዮም ዝብል'ዩ፧

ተርጐምቲ ነዚ ቃል ንምርዳእ ሰለስተ ዝተፈላለየ ሓሳባት የቕርቡ። ገሊኦም፡ የሱስ ብዛዕባ እቶም ብደም "ኣሕዋቱ" ዝኾኑ ህዝቢ ኣይሁድ ይዛረብ ከም ዝነበረ ይምጉቱ። ካልኦት ድማ ብዛዕባ ደቀ መዛሙርቱ ወይ ብዛዕባ ዝኾነ ይኹን ፍቓዱ ዝገብር ሰብ ይዛረብ ነይሩ ይብሉ። ካልኦት ከኣ የሱስ ብዛዕባ ድኻታትን ውጹዓትን ስኡናትን እዩ ዝዛረብ ነይሩ ይብሉ። ብርግጽ ክርስትያናዊ ሓልዮት ንድኻታትን ውጹዓትን ሕመረት መለለዪ እምነት ክርስትና እንተኾነ'ኳ፡ እዚ ክፍሊ ግን ብዛዕባኡ ኣይኮነን ዝዛረብ ዘሎ። ብዛዕባ'ዚ ኣርእስቲ ብሰፊሑ ዝጸሓፈን ዝመሃረን መምህር መጽሓፍ ቅዱስ ሳሙኤል ክሎው ከምዚ ይብል፡ "እዞም ሰባት እዚኦም ስለዝተሰቐዩ ኣይኮኑ ኣሕዋት የሱስ ተባሂሎም እንታይ ደኣ ኣሕዋቱ ስለ ዝኾኑ እዮም ዝሳቐዩ ዘለዉ፣"[1]። ወንጌል ማቴዎስ ምዕራፍ 25 እቲ ምሉእ ዓውደ-ጽሑፋዊ ትሕዝቶኣ ምስ እንርእዮ፡ የሱስ ብዛዕባ "ኣሕዋቱ" ክዛረብ ከሎ፡ ነቶም ኣቐዲሙ ኣብ ማቴዎስ 24 ዝጠቐሶም ኣብ እዋን "ጸበባ ያእቆብ" ብብርቱዕ መከራ ክሓልፉ ዝኾኑ ነበርቲ የሩሳሌምን ይሁዳን ይጠቅስ ከም ዝነበረ ንጹር ይኸውን። ነዚ ዝስዕብ ዓውደ-ስብከት የሱስ ንርአ።

> **ማቴዎስ** 23፥ የሱስ "የሩሳሌም፡ የሩሳሌም!" እናበለ ብጓሂ ነታ ከተማ ብዛዕባ እቲ ዝመጽእ ዘሎ ጥፍኣታ ኣልቂሱላ። (ቁ.37)

> **ማቴዎስ** 24፥ የሱስ ኣብተን ዳሕሮት መዓልታት፡ መዳርግቲ ዘይብሉ ጸበባን ህልቂት ብዙሓት ኣይሁዳውያን ኣብ የሩሳሌም ከምኡ'ውን ይሁዳ ከም ዝመጽእ ተነበዩ።

> **ማቴዎስ** 25፥ የሱስ ብሓቂ ኣህዛብ፡ ኣብቲ ዓብዪ ጸበባ ኣሕዋቱ፡ ብከምቲ ዝሓዙዎም መሰረት ከም ዝፍረዱ ምሂሩ።

እዚ ንጹር መጉታዊ ዋሕዚ ዘለዎ ነገር'ዩ። እቲ ምሉእ ዓውደ-ስብከት እንተዘይተረዲእና ግና ብቐሊሉ ከይርኤናዮ ክንሓልፍ ንኽእል ኢና።

__ለሰ ዮሳፋጥ__

ብተወሳኺ፡ ኣብ ናይ ደብረ ዘይቲ ስብከት የሱስ ንትንቢት ዮኤል ሳልሳይ ምዕራፍ ከም መወከሲ ከም ዝተጠቐመሉ እንተ ተረዲእና፡ ብዛዕባ እኒመን ይዛረብ ነይሩ ዝብል ክትዕ ምሉእ ብምሉእ ይዓርፍ። ንትንቢት ዮኤል ንርኣዮ፣

> እንሆ ኸኣ፣ በተን መዓልታት እቲኤንን በቲ ጊዜ እትንን ንይሁዳን ንየሩሳሌምን ካብ ምርኮ ምስ መለስኩዎም፣ ብዛዕባ ህዝበይን ብዛዕባ ርስተይ እስራኤልን ነቶም ፋሕ ዘበልዎም ንምድረይ ከኣ እተማቐልዋ ኣህዛብ፣ *ኣብኡ ምሳታቶም ንፍርዲ ኺኣቱስ፣ ንኹሎም ህዝብታት ክእክቦም፣ ናብ ለሰ ዮሳፋጥ ከኣ ከውርዶም እየ።* ንህዝበይ ዕጭ ኣውድቐሉ፣ ነመንዝራ ሰበይቲ ዋጋኣ ቈልዓ ሀቡ፣ ጓል ድማ ንወይኒ ሸጥዋ ሰተዩ ኸኣ . . . ኣነ ነቶም ኣብ ዙርያ ዘለዉ ኹሎም ህዝብታት ክፈርድሲ፣ ኣብኣ ክቕመጥ እየ እሞ፣ እቶም ህዝብታት ይበገሱ፣ ናብ ለሰ ዮሳፋጥ ይውጽኡ። (ቁ.1-3, 12)

ለሰ ዮሳፋጥ ካብ ሰሜን ናብ ደቡብ ካብ ከረን መቕደስ ኣትሒዙ ክሳብ ደብረ ዘይቲ ይዝርጋሕ። ልክዕ እቲ የሱስ ኣብ ስብከት ደብረ ዘይቲ ኮፍ ኢሉ ናብ ቅድሚኡ ዘማዕድዎ ዝነበረ ለሰ እዩ። ዮኤል ኣብ ትንቢቱ እግዚኣብሄር (ያህወህ) እዩ ንኣህዛብ ዝፈርዶም ይብል፡ የሱስ ግን ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ከም ፈራዲ ብምዝራብ ብቐጥታ ንርእሱ እግዚኣብሄር (ያህወህ) ኣምላኽ ምዃኑ ከም ዝኣወጀ ተረድኡ። ብርግጽ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ነዚ ኣስተብሂሎሞ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፣ ምኽንያቱ የሱስ ኣብቲ ዮኤል ፍርዲ ኣህዛብ ክፍጸም እዩ ዝበሎ ልክዕ ቦታ ኮፍ ኢሉ እዩ ነዚ ነገራት ዝተዛረበ። የሱስ ቀጺሉ ንታሕቲ ናብዚ ለሰ ገጹ እናጠመተ፡ ነተን ኣጣል ብጸጋመይ ክእክበን እየ ክብል ከሎ፡ ነቲ ብጸጋሙ ዝነበረ ለሰ ገሃነም (ኣብቲ ናይ ቋንቋ ግሪኽ'ውን ከምኡ እዩ ዝብል) እዩ ዝጠቅስ ነይሩ። የሱስ ኣብ ካልእ ክፍልታት ብቐጻሊ ነዚ ቦታ'ዚ፡ ነቲ ናይ ዘለኣለም ቦታ መቕጻዕቲ ንምምልካት ዝጥቀመሉ ዝነበረ'ዩ (ማቴ5፥22, 29, 30, 10፥28, 23፥15, 33, ማር9፥43, 45, 47, ሉቃ 12፥5, ያእቀብ 3፥6)። ካብ'ዚ ንላዕሊ ንጹር ክኸውን ኣይክእልን'ዩ። የሱስን ዮኤልን ኣህዛብ ኣብ ልዕሊ'ቲ ጕይታ "ህዝበይን ርስተይን" ኢሉ ዝጽውዖ ህዝቢ ኣይሁድ ብዝገበርዎ ሕማቕ ኣተሓሕዛ ከም ዝፍረዱ ብንጹር ገሊጾም

ኣለዉ (ዮኤል 3፡2)። ስለዚ የሱስ ነታ "ንሓደ ካብዞም ናእሽቱ ኣሕዋተይ" እትብል ሓረግ ክጥቀም ከሎ፡ ብቐጥታ ብዛዕባ'ዚ መወከሲ እዚ ይዛረብ ከም ዝነበረ ንጹር እዩ።

## ጉይታ ኣብ ክንዲ እስራኤል ክፈርድ'ዩ

የሱስ፡ ኣህዛብ በቲ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዝገብርዎ ሕማቕ ኣተሓሕዛ ክፍረዱ'ዮም ክብል ከሎ፡ ብመሰረቱ ብዛዕባ ሓዲሽ ነገር ኣይኮነን ዝዛረብ ዘሎ። በታ መዓልቲ ፍርዲ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላእቲ እስራኤል ቀጥዓ ኣምላኽ ከም ዝከዓው ነቢያት ብሉይ ኪዳን ብዙሕ ሳዕ ዝተነበዩሉ ቴማ'ዩ። ገለ ካብቶም ፍሉጣት ኣብነታት ክጠቅስ፣

ኣብ ትንቢት ኢሳይያስ 34፡ ነቢዩ ኢሳይያስ፡ መዓልቲ ጉይታ ቀጥዓን ሕነ ምፍዳይን ኣብ ልዕሊ ጸላእቲ እስራኤል ዝግለጸላ መዓልቲ ምዃና ይዛረብ፡ "እግዚኣብሄር ኣብ ኩላቶም ኣህዛብ ኲርዩ፡ ኣብ ኩሎም ሰራዊቶም ድማ ተቘጢዑ እዩ እሞ፡ ኣቱም ኣህዛብ፡ ክትሰምዑ ቕረቡ፡ ኣቱም ህዝብታት፡ ጽን በሉ፡ ምድርን መሊእዋ ዘሎን፡ ዓለምን ካብኣ ዚወጽእ ዘበለ ኹሉን ይስማዕ፡ ንጥፍኣት መጥይዎም ንማሕርዲ ኸኣ ወፍይዎም እዩ . . . መዓልቲ ሕነ እግዚኣብሄር፡ ዓመት ምፍዳይ ኢድ ብናይ ነገር ጽዮን እዩ እሞ፡ ምሳታቶም ድማ ጎባያትን ኣረውሕን ዝራብዓትን ይወድቁ፡ ሃገሮም ብደም ይሰክር፡ ሓመዶም ብስብሒ ይስባሕ ኣሎ፣" (ቍ. 1-2, 7-8)። ብርግጽ ሎሚ ኣብ መላእ ምድሪ ብዛዕባ ጽዮን ክትዕ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን እውን እንተኾነ ኣብ መንጎ ጽዮናውያን (ደገፍቲ እስራኤል)ን ጸረ ጽዮናውያንን ዓሚቝ ምፍልላይ ኣሎ። ብመሰረት ኢሳይያስ ግና፡ የሱስ ምስ ተመልሰ፡ በታ መዓልቲ ፍርዲ፡ ነዚ "ነገር ጽዮን" ሓንሳብን ንሓዋሩን መፍትሒ ክገብረሉ'ዩ። "ብናይ ጉዳይ ጽዮን" ብዝምልከት ድማ ኣብ ክንዲ እስራኤል ነቶም ጸላእታ ክፈርዶም'ዩ።

ጸኒሑ ኣብ ኢሳይያስ 63 የሱስ ካብቲ ንሽነኽ ደቡብ እስራኤል ዝርከብ ምድረበዳ ኤዶም ወጺኡ ናብ የሩሳሌም ገጹ ብዓወት ከም ዝጕዓዝ ኮይኑ ተገሊጹ ኣሎ። ልብሱ ብደም እቶም ከም ወይኒ ኣብ ትሕቲ እግሩ ዝረገጾም ጸላእቱ ከም ዝተጠልቀየ ይገልጽ። እዚ ሓደ ካብቲ ስእላዊ መግለጺ ናይቲ የሱስ ዳግማይ ምስ ተመልሰ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላእቲ እስራኤል ዘውርዶ ፍርዲ'ዩ።

> እዚ ብኽዳውንቱ ዘጌጸ፡ ብሓይሊ ጉልበቱ ዚሸነን፡ ካብ ኤዶም፡ ካብ ቦጽራ፡ ግምጃ ለቢሱ ዚመጽእ መን እዩ፧ ኣነ እየ እቲ ብጽድቂ ዝዛረብ፡ ንምድሓን ስልጡን። ስለምንታይ ክዳንካ ቐይሕ፧ ስለምንታይከ ኣልባስካ ነቲ ናይ ርጋጽ ዘቢብ መሰለ፧ መዓልቲ ምፍዳይ ሕነ ኣብ ልበይ ነይሩ፡ ዓመት እቶም ብጅዋተይ ከኣ መጺኣ እያ እሞ፡ ኣነ በይነይ ነቲ መጽመቚ ዘቢብ ረገጽክዎ፡ ካብ ህዝብታት ሓደ እኳ ምሳይ ኣይነበረን። ብኹራይ ረገጽክዎም፡ ብነድረይ ድማ ጨፍለቕክዎም። ደሞም ኣብ ክዳውንተይ ተናጠረ፡ ብዘሎ ኣልባሰይ

> ከኣ ጸየቕኩ . . . ብዅራይ ንህዝብታት ረገጽክዎም፡ ብነድረይ ድማ ኣስከርክዎም፡ ደሞም ከኣ ኣብ ምድሪ ዅዖዅ። (ኢሳ63፡1-4, 6)

ብርግጽ ምስሊ ናይዚ የሱስ'ዚ ካብቲ ስተረዮኣዊ ምስሊ ናይቲ ዕየት ኣብ ዝባኑ ጸይሩ ዝኸይድ ሕያዋይ ጓሳ ክንደይ ዝተፈልየ'ዩ። እዚ እቲ ናይ ፍርድን ሕነን የሱስ እዩ። ሓደ ክንርድኦ ዘሎና ግን ናይዚ ቊጥዓ እዚ ጠንቂ፡ ንህዝቡ እስራኤል ካብ ዘለዎ ክቱር ፍቕሪ ዝተበገሰ'ዩ። እቶም ንእስራኤል ዘጋፍዑ ብኸምኡ ኪኸዱ ኣይክሓድጎምን እዩ። ኢሳይያስ ከምኡ ይብለና፣

> ኣነ ኸምቲ እግዚኣብሄር ዝገበረልና ዅሉ ሰናይ ግብርን፡ ከምቲ ንቤት እስራኤል ዝገበረላ ዓብዩ ግብርን ከም መጠን ምሕረቱን ዕቤት ለውሃቱን እናዘከርኩ፡ ሰናይ ግብሪ እግዚኣብሄርን ውዳሴኡን ክነግር እየ። ብሓቂ ህዝበይ ዘይጠልሙ ደቂ እዮም፡ በለ እሞ፡ መድሓኒኦም ኰነ። ኣብ ኩሉ ጸበባኦም ጸበቦ፡ መልኣኽ ገጹ ድማ ኣድሐኖም። ብፍቕሩን ብለውሃቱን ተበጆዎም፡ ብዝሐለፈ ዘመናት ኩሉ ጊዜ ሐንገሮምን ሐዘሎምን። (ኢሳ63፡7-9)

ካልእ ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ ዝዛረብ ክፍሊ፡ ትንቢት ህዝቂል መበል 35 ምዕራፍ ብምሉኡ እዩ። የሱስ ኣብ ናይ ደብረ ዘይቲ ስብከቱ ነዚ ጠቒስዎ ኣሎ። ኣብ ህዝቂል 35፡ ጕይታ ኣንጻር እቲ ብከረን ሳዒር (ኣብ ኤዶም እቲ ዝያዳ ጕሊሑ ዚርአ ከረን) ተመሲሉ ዘሎ ኤዶም ደጊሙ ይዛረብ። ኤዶም ብናይ እስራኤል "ናይ ሓዋሩ ጽልኢ" ስለ ዝተዋሕጠትን እስራኤል ኣብተን ዳሕሮት መዓልታት ምስ ተገርፈት ክትሕጕስ ስለ ዝኾነትን፡ እግዚኣብሄር ንሓዋሩ ምድረበዳ ከም እትኸውን ይነግራ።

> እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካውን ንገሮ፣ ኣታ ኸረን ሳኦኢር፣ እኔኹ እጥልቐልካ ኣሎኹ፣ ኢደይ ኣባኻ ኽዝርግሕ እየ እሞ ባዶን በረኻን ክገብረካ እየ። ንኸተማታትካ ኮንወን እየ፣ ንስኻ ድማ ክትባድም ኢኻ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይውን ክትፈልጥ ኢኻ። *ናይ ሓዋሩ ጽልኢ ስለ ዝገበርካ፣ ንደቂ እስራኤል በቲ ጊዜ ጸበባኦምን በቲ ኣበሳኦም እተፈጸመሉ ጊዜስ ንኣደዳ ሰይፊ ስለ ዝወፈኻዮም፣* ስለዚ፣ ኣነ ህያው እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ንደም ክውፍየካ እየ፣ ደም ከኣ ኪሰጕካ፣ ደም ኣይጸላእካን እሞ፣ ደም ኪሰጕካ እዩ። ንኸረን ሳዒር ባዶን በረኻን ክገብሮ፣ ነቲ ብእኡ ዚኸይድን ዚምለስን ድማ ከጽንቶ እየ። ነኽራኑ ብቕቱላቱ ኽመልኦ እየ። ኣብቲ በረኽትካን ኣብ ሸንጭሮታትካን ኣብ ኵሉ ርባርባታትካን ብሰይፊ እተቐትሉ ኺወድቁ እዮም። ንሓዋሩ ምድረ በዳ ኽገብረካ እየ፣ ከተማታትካ ድማ ሰብ ዘይነብረለን ኪኾና እየን። ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ከኣ ክትፈልጡ ኢኹም። (ህዝ35፡3-9)

እዚ ትንቢት'ዚ ካብቲ ናይ ኢሳይያስ ዝፈልዮ ሓደ ነገር፡ ኤዶም በተን ዳሕሮት መዓልታት ንደቂ እስራኤል ኣብ ጸበባ እንክለዉ ወሲኹ ከም ዘጻብበሎም ዝነግር ስለዝኾነ'ዩ። ስለዚ ድማ ንኽልቲኣቱ ናይ እስራኤል ናይ መወዳእታ ዘመን ጸበባ (ማቴዎስ 24) ከምኡ ድማ በቲ ሽዑ ግዜ ኣህዛብ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ንዝፍጽምዎ ሕማቕ ኣተሓሕዛ መጠንቀቕታ (ማቴዎስ 25) ዝህብ'ዩ። ብተወሳኺ ኣብ ህዝቅኤል 34 ህዝቢ እስራኤል ከም ኣባጊዕ ጉይታ፡ ነቲ ዝመጽእ መሲሕ ድማ ከም እሙን ጓሳ ዝገልጽ ትንቢት ገይሩ ዝገልጽ ምዕራፍ'ዩ። "ኣነ ኸኣ ዚጓስየን ሓደ ጓሳ፡ ዳዊት ባርያይ፡ ከተንስኣለን እየ። ንሱ ኺጓስየን፡ ጓሳኤን ድማ ኪኸውን እዩ፣" (ቁ. 23)። ብርግጽ ድማ የሱስ ከም ጻድቕ ጓሳ ኮይኑ ነተን ጻድቃን ኣባጊዕ ካብ ዘይጻድቃን ኣጣል ክፈላልየን ከሎ ዘርኢ ምስሊ ካብ ህዝቁል 34 እተወሰደ'ዩ። ስለዚ የሱስ ኣብ ስብከቱ ንኽልቲኦም ዮኤል 3፡ ህዝቅኤል 34-35ን ጠቒሱ እዩ ኣብ ናይ ደብረ ዘይቲ ስብከቱ ዝዛረብ ዘሎ።

ካልእ ብዙሕ ክፍልታት ብዛዕባ'ቲ ጉይታ ምስ ተመልሰ ኣብ ልዕሊ ጸላእቲ ህዝቢ እስራኤል ዝፈድዮ ሕነ ዝዛረቡ ኣለዉ። (ዘሁ 24፥14-20, መዝ102፥13-20, ኢሳ25፥8-11, ህዝ25፥12-17, 30፥1-5, 36፥2-7, ኦብ1፥8-20, ሚክ4፥10-12, ጸፎ2፥2-11, ዘካርያስ 1፥14-17, 14፥2-14 ርአ)። እዚ ኣብ ምሉእ ብሉይ ኪዳን ዝተደጋገመን ደሓር ድማ ብየሱስ ብንጹር ዝተነግረን መሰረታዊ ኣምር መጽሓፍ ቅዱስ'ዩ። ሎሚ ግና ኣብ መላእ ቤተክርስትያን ዳርጋ ፍጹም ዝተረሰዐ ተረት እዩ። እቶም ናይ ምስትውዓል መንፈስ ዘለዎም ኣመንቲ ግና ክፈልጡዎ ይግባእ።

<u>**ክልተ ዘብርሁ ኣብነታት ናይዚ ዘመንና**</u>

ንእስራኤል ገና መዳርግቲ ዘይብሉ ናይ ጸበባ እዋናት ኣብ ቅድሚኣ ምህላዉ ኣብ እንሓስበሉ እዋን፡ እዚ ወለዶ'ዚ ከም ዘብርሁ ኣብነታት ገይሩ ክጥምቶም ኣለዎ ዝብሎም፡ ምስክርነቶም ብጽቡቕ ተዓቂቡ ዝጸንሐ ክልተ ክርስትያን ኣለዉ። ብዛዕባ ደትሪክ ቦንሆፈርን ኮሪ ተን ቡምን ሰሚዕኩም ትኾኑ። እዞም ሰባት እዚኦም ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ትሕቲ መርገጽቲ ናዚ እናሃለዉ ክንሶም ተባዓት መሰኻኽር ጉይታ ከም ዝነበሩ ዘዘንትዉ ብዙሓት መጻሕፍቲ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ክልቲኦም ምንም ዘየንበብኩም እንተ ኼንኩም ግን፡ እንተወሓደ እዘን ዝስዕባ ክልተ መጻሕፍቲ ክተንብቡወን ኣዝየ እላቦ። *ቦንሆፈር፡ ፓስተር፡ ሰማእት፡ ነብዩ፡ ሰላዩ ብኤሪክ ሜታክሳስን* ከምኡ'ውን *መደበቒ ሰፍራ ብኮሪ ተን ቡም*። ኣብ እዋን ካልኣይ ኲናት ዓለም ዛንታታቶም ከይተነግረ ዝሞቱ ካልኦት ብዙሓት እሙናት መሰኻኽር ከም ዝነበሩ ዘጠራጥር እኳ እንተዘይኮነ፡ ዛንታታት ደትሪክ ቦንሆፈርን ኮሪ ተን ቡምን ግን ንኣና ክብል ጉይታ ዝዓቀቦ'ዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ። ዛንታታቶም ነዞም ሎሚ ዘሎና ክርስትያን ዓሚቝ ትምህርቲ ከም ዘለዎ ክነግረኩም ይደሊ። ብደትሪክ ቦንሆፈር ንጀምር።

***<u>ደትሪክ ቦንሆፈር</u>***

*ደትሪክ ቦንሆፈር ብዙሕ ነገራት'ዩ ነይሩ፡ ጀርመናዊ ተቓናዩ፡ ሙዚቀኛ፡ ደራሲ፡ ፓስተር፡ ሊቕ ስነ-መለኮት፡ ፈላስፋ፡ ጸረ-ናዚ ተገንጻሊ ከምኡ'ውን ኣብ 1945 ዓ.ም ዝሞተ ሰማእት። ቦንሆፈር ብዘይካ'ቲ ስነ-መለኮታዊ ጽሑፋቱ፡ ቤተክርስትያን ጀርመን ኣብ ልዕሊ ናዚነት ዘርኣየቶ ሰንኮፍ መርገጺን ስደት ኣይሁድን ብግልጺ ብምቅዋሙ'ውን ዝያዳ ይፍለጥ።*

*ኣብ 1933 ዓ.ም. ገና ስርዓት ናዚ ናብ ስልጣን ከይመጸ ከሎ፡ ቦንሆፈር ዕሉል ተቓዋሚ እዚ ስርዓት ነበረ። ሂትለር ቻንስለር ጀርመን ምስ ኮነ ድሕሪ ክልተ መዓልቲ፡ ቦንሆፈር ኣብ ሓደ ናይ ቀጥታ ናይ ሬድዮ ፈነው፡ ንጀርመናውያን፡ ነቲ እናጠዓዉ ፊዩረር (መራሒ) ዝበልዎ ሂትለር ጽባሕ ንግሆ ግን ናብ ቨርፊዩረር (ወሰላት መራሒ) ክኸውን ስለዝኽእል ጣኦት ከይገብሩዎ ኣጠንቂቑ። እቲ ፈነወ ኣብ መንጎ ተቛሪጹ። ብተወሳኺ ሂትለር ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ብዘብጽሖ ዝነበረ ኣደራዕ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ፡ ክርስትያናዊ ተቓውሞኡ ከስምዕ ጀሚሩ። ቤተክርስትያን "ነቑሳል ግዳያት ዓመጽ ናይቲ ስርዓት ክትሰፍፍ ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ስርዓት ሱቕ ክትብሎ ከምዘይብላ" ኣወጀ።[2]*

*ኣብታ ዓመት እቲኣ ሉተራዊት ቤተክርስትያን ጀርመን ምርጫ ኣካይዳ፣ ኣብኡ ድማ መብዛሕትኦም ደገፍቲ ናዚ ዝነበሩ ኣባላት ቤተክርስትያን (ብጀርመናዊ ምንቅስቓስ ክርስትያን ወይ ዶቸ ክርስተን) ዝፍለጡ ኣብ ቁልፊ ጽፍሕታት ስልጣን ተመሪጾም። ድሕሪኡ ነዊሕ ከይጸንሐ፡ ቦንሆፈር ወኪል ተቓወምቲ እታ ቤተክርስትያን ብምዃን ነቲ "ናይ ቤትኤል ኑዛዜ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ መግለጺ-እምነት ነደፈ። እዚ መግለጺ እምነት እዚ ንክርስትያናዊ ምንቅስቓስ ጀርመን (ዶቸ ክርስተን) ዝቃወምን ነቲ ቀጻሊ ጻውዒትን ምርጫን ህዝቢ ኣይሁድ ዘረጋግጽን እዩ። ብርግጽ እቲ ሰነድ ብኸፊል ሱፐርሰሽንስታዊ ኣረኣእያ ነይርዎ እዩ። ከምዚ ይብል፡ "ቦታ ናይቶም ናይ ብሉይ ኪዳን ህዝቢ ኣምላኽ ብኻልእ ህዝቢ ዘይኮነስ በታ ካብ ኩሎም ኣህዛብ እተጸውዐት ቤተክርስትያን እዩ ተወሲዱ፣" ይብል። ይኹን'ምበር እቲ ሰነድ ንኣይሁድ ከም መፈጸምታኦም ገና ኣብ መጻኢ ዝግለጽ ሕሩያት ህዝቢ ገይሩ ብምቕራብ ዘደንቕ ሕድገታት ገይሩ'ዩ። ከምዚ ይብል፣*

> *እግዚኣብሄር ንእስራኤል እሙን ብምዃን እቲ ዘንጀርብብ እሙንነቱ ኣርእዩ እዩ። ሽሕ'ኳ ድሕሪ ስቕለት ጐይታ ከይተረፈ'ውን ዘይእሙናት እንተኾኑ፡ ክርስቶስ ግና ብስጋ ካባታቶም እዩ። ኣምላኽ ነቲ ንእስራኤል ብምጽዋዕ ዝጀመሮ ናይዛ ምድሪ ናይ ቤዛነት ዕዮ ሕጂ'ውን ክፍጽሞ ይደሊ'ዩ (ሮሜ9-11)። ነዚ እዩ ድማ ኣምላኽ ብስጋ እስራኤላውያን ዝኾኑ ቕዱስ ተረፍ ዝሓደገ . . . እዚ ቅዱስ ተረፍ እዚ ናይቲ ዝተመርጸ ህዝቢ ዘይሃስስ ባህሪ ኣለዎ።[3]*

ድሒሩ ናይዚ ኑዛዜ፡ እሩም ሕታም ዝበሃል ኣዝዩ ዝተቓጠነ ቅዳሕ ስለዝወጸ ቦንሆፈር ባዕሉ ምፍራሙ ኣብዩ።

ሉተራዊት ቤተክርስትያን ጀርመን ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ተደናገጽቲ ናዚ ብዝኣተወት፡ ቦንሆፈርን ብጻዩን መሳርሕቱን ማርቲን ኒሞለርን ነዊሕ ከይጸንሑ ፋረርኖትባንድ ዝበሃል ክርስትያናዊ ምንቅስቓስ ኣቕሙ። ድሒሩ እዚ ምንቅስቓስ እዚ ናብ "ቤተክርስትያን ኑዛዜ" እትበሃል ማሕበር ማዕበለ። ቤተክርስትያን ኑዛዜ፡ ንናዚነት ናይታ ዓባይ ከኒሻዊት ቤተክርስትያን ጀርመን እትቃወም ዝነበረት ማሕበር እያ ነይራ። ቤተክርስትያን ኑዛዜ፡ ኣዋጅ ባርመን ተባሂሉ ዝፍለጥ ወግዓዊ ልፈፋ ኣጽደቐት። እዚ ሰነድ እዚ ፊዩረር ዘይኮነስ ክርስቶስ ርእሲ ናይታ ጀርመናዊት ቤተክርስትያን ምዃኑ፣ ጀርመናውያን ክርስትያን ንምሕደራ ቤተክርስትያን ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ብምቑራን ከም ዘበላሸዉዎን ንወንጌል ምስ ናዚነት ብምስምማዕ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከምዘእተዉዎን ዝገልጽ ሰነድ እዩ ነይሩ።

ኣብ 1935፡ ቦንሆፈር ንፓስቶራት ቤተክርስትያን ኑዛዜ ዘሰልጥን ምስጢራዊ ሰሚናሪ ጀመረ። ድሕሪ ክልተ ዓመት፡ ኣብ ነሓሰ 1937 ዕፈና ናዚ ኣብ ልዕሊ ቤተክርስትያን ኑዛዜ ስለዝዓበየ ብጻይ ቦንሆፈር፡ ኒሞለር ተኣሰረ። ኣብ 1937 ጌስታፖ (ምስጢራዊ ፖሊስ ናዚ) ነታ ሰሚናሪ ብምዕጻው 27 ፓስተራት ዝርከቡዎም ብዙሓት ተመሃሮ ኣሰሩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እዩ ቦንሆፈር ነታ "ዋጋ ወደ መዝሙርነት፡ መጽናዕቲ ናይ ከረን ስብከት" ትብል ዝያዳ እትፍለጥ መጽሓፉ ዘሕተመ።

ቦንሆፈር ኣብተን ዝቐጸላ ክልተ ዓመታት ብሕቡእ ካብ ሓንቲ ዓዲ ናብ ካልእ ዓዲ ብምኻድ ኣብቲ "ናይ ምህዳም ሰሚናሪ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ሰሚናሪ ኣበየ ቦታኡ ፓስተራት ከሰልጥን ኣሕለፎ። መብዛሕትኦም ተማሃሮ ቦንሆፈር ኣብ ንኣሽቱ ሰበኻታት ብዘይሕጋዊ መገዲ የገልግሉ ነይሮም።

ኣብ ሚያዝያ 1943 ድሕሪ ዓሰርተ ዓመት ተቓውሞ ናዚ፡ ቦንሆፈር ተኣሰረ። ንዓመትን ፈረቓን ኣብ ወተሃደራዊ ቤት ማእሰርቲ ተገል ተኣሲሩ፡ ፍርዲ እናተጸበየ ጸንሑ። ኣብ የካቲት 1945 ከኣ ብሕቡእ ናብ መዳጕኒ መዓስከር ቡቸንዋልድ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ መዳጕኒ ደምበ ፍሎሰንበርግ ተሰጋገረ። ቦንሆፈር ብ9 ሚያዝያ 1945 ወጋሕታ ብማሕነቕቲ ተቐትለ። እዚ ማለት ወተሃደራት ኣመሪካ ነቲ መዓስከር ሓራ ቅድሚ ምውጽኦም ቅድሚ ክልተ ሰሙን ማለት'ዩ። ወይ ከኣ ሂትለር ነብሰ ቅትለት ቅድሚ ምፍጻሙ ቅድሚ ሰለስተ ሰሙን። ካብዚ ድሕሪ ወርሒ ስርዓት ናዚ ንመወዳእታ ግዜ ጠፍአ። ሓደ ካብቶም ንቕትለት ቦንሆፈር ዝርኣየ ዶክተር ዝነበረ ከምዚ ኢሉ ጸብጸበ፣

> ፓስተር ቦንሆፈር . . . ኣብ መሬት ተምበርኪኹም ብትብዓት እናጸለዩ ርእየዮም። እዞም ተፈታዋይ ሰብኣይ ክጽልዩ ብዝርኣኹዎም ውሽጠይ ኣዝዩ ተተንኪፈ። ኣዝዮም ፈራሂ ኣምላኽ ነይሮም እዮም'ሞ ኣምላኽ ንጸሎቶም

ከም ዝሰምዖ ርግጸኛ'የ። ኣብቲ ቦታ ማሕነቕቲ ብዝበጽሖ ሓጻር ጸሎት ገበሩ። ድሕር'ዚ ብትብዓትን ርግኣትን ናብቲ ሽለው መበሊ ደየቡ። ሞቶም ድሕሪ ቁሩብ ካልኢታት ተረጋገጸ። ኣብተን ከም ሓኪም ዝሰራሕኩለን ሓምሳ ዓመታት፡ ከምዚ ናቶም ምሉእ ብምሉእ ንፍቓድ ኣምላኽ ተገዚኡ ዝሞተ ኣይረኣኹን።[4]

## ኮሪ ተን ቡም

ኮሪ ተን ቡም ኣብ ሆላንድ እትነብር ዝነበረት ክርስትያን ሰበይቲ እያ። ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ስርዓት ናዚ ንሆላንድ ኣብ ዝተቖጻጸረሉ ንሳን ስድራቤታን ብዙሓት ኣይሁድ ካብ ህልቂት ናዚ ንኸምልጡ ሓጊዞሞም።

ስርዓት ናዚ ኣብ 1940 ንሆላንድ ምስ ተቖጻጸራ፡ ብዙሕ ከይጸንሐ ኣይሁድ ክኣስርን ናብ መዳጕኒ መዓስከራት ክልእኽን ጀመረ። ቤት ተን ቡም፡ ድማ ንዝኾነ ሓገዝ ዝደሊ ሰብ ክፉት ነበረ። ኣብ ግንቦት 1942 ሓንቲ ሰብኣያ ዝተኣሰራን ወዳ ድማ ዝተሰወረን ኣይሁዳዊት ሰበይቲ፡ ብፍርሂ እትድበቐሉ ስፍራ ደልያ ናብ ቤት ተን ቡም ብዝመጸት፡ ኣቦ ኮሪ ካስፐር ብኡንብኡ ተቐበላ። ካስፐር ንኹሉ ዓይነት ሱፐርሰሽንዝም ብዕምቀት ዝነጸገ ብርቱዕ ተማሃራይ ነብያት ብሉይ ኪዳን እዩ ነይሩ። ካስፐር፡ "እዛ ቤት'ዚኣ ወትሩ ንህዝቢ ኣምላኽ ርሕብቲ'ያ" ይብል ነበረ።

መግዛእቲ ናዚ ኣዝዩ እናጸንከረ ብዝኸደ፡ ቤት ተን ቡም፡ ንኣይሁዳውያንን ገለ ምስጢራውያን ሆላንዳውያንን ተቓወምትን መዕቀቢ ኮነ። ኣብ 1943 - 1944 መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ሸዱሸተ ክሳብ ሸውዓተ ሰባት ኣብ ገዝኦም ብዘይሕጋዊ መገዲ ይነብሩ ነበሩ። ብተወሳኺ ሓደ ሓደ ግዜ ስደተኛታት ካልእ ውሑስ መንበሪ ክሳብ ዝርከበሎም ንገለ ሰዓታት ወይ መዓልታት ኣብ ቤት ተን ቡም ይጸንሑ ነበሩ። ኮሪን ሓፍታ ቤትሲን ኣብቲ ኣብ ሃርለም ዝካየድ ሕቡእ ተቓውሞታት ንጡፋት መራሕቲ ስለ ዝነበራ፡ ካልኦት ስደተኛታት ክቕበላ ፍቓደኛታት ዝኾና ተባዓት ሆላንዳውያን ኣባይቲ ይኸትባ ነበራ። ኣብዘን ዓመታት እዚኣተን ኮሪን ቤትሲን፡ ዝበዝሕ ግዚኦን ነቶም ዝተደበቑ ስደተኛታት ኣብ ምንክብኻብ የሕልፋኦ። እንዳ ተን ቡም ነቶም ኣይሁዳውያን ኣጋይሾም ንምስትንጋድ፡ ኮሸር መግቢ (ብሕግን ወግዕን ኣይሁድ ቅቡል ዝበሃል መግቢ) የቕርቡን ንሰንበት ኣይሁድ የኽብሩን ነበሩ። ሓንቲ ሰላሳ ኢንች ጥራይ ዝዕምቀታን ገለ ሒደት ጫማታት ዝውርዳን ምስጢራዊት ክፍሊ ብምስራሕ ከኣ፡ ሃንደበታዊ ተፍትሽ ኣባይቲ ክግበር ከሎ ኣብኡ ሓያሎ ሰባት ክሓብኡ ይኽእሉ ነበሩ። ነዛ ንእሽቶ ቦታ "መደበቒት ስፍራ" ኢሎም ሰመይዋ።

ኣብ የካቲት 1944 ሓደ ሆላንዳዊ ብዛዕባ ኣብቲ ቤት ዝግበር ንጥፈታት ከይዱ ንገለ ኣባላት ናዚ ነገሮም። ኲላቶም ስድራ ተን ቡም ከኣ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣተዉ። ኣባላት ናዚ ነቲ ገዛ ብዝወረሩዎ፡ ኣብቲ መደበቒት ስፍራ ሽዱሽተ ሰባት ተሓቢኦም ነበሩ። ዳርጋ

ክልተ መዓልቲ ኣብኡ ጸንሑ። ካስፐር ንኣይሁድ ብምሕጋዙ ክቕተል ከም ዝኽእል ምስ ተነግሮ፡ "ስለ እቶም ናይ ጥንቲ ህዝቢ ኣምላኽ ህይወተይ ክህብ ንኣይ ክብረ'ዩ፣" ኢሉ መለሰ። ኣብ እዋን ማእሰርቱ ወዲ ሰማንያን ኣርባዕተን ዓመት ዝነበረ ካስፐር፡ ድሕሪ ዓሰርተ መዓልታት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሸቨኒንገን ሞተ።

ኮሪን ቤትሲን ንዓሰርተ ኣዋርሕ ዝኣክል ኣብ ዝተፈላለየ ኣብያተ ማእሰርቲ ተኣሰራ፣ ኣብ መወዳእታኡ ድማ ኣብቲ ሕሱም መዳጎኒ መዓስከር ራቨንስብሩክ ተሓየራ። ኮሪን ቤትሲን ኣብቲ ኣብኡ ዝነበራሉ እዋን ንብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ወንጌል ብምንጋር ናብ ክርስቶስ ብምምጻእ ዓብዪ ዕዮ ይዓያ ነበራ።

ቤትሲ ኣብ ታሕሳስ 16፡ 1944 ኣብ ራቨንስብሩክ ሞተት። ቅድሚ ምሟታ ንኮሪ ከምዚ ኢላ ነገረታ፡ "ካብቲ ዓሚቝ ዝበሃል ጉድጓድ ክይተረፈ ኣምላኽ ይዓሙቕ፣"። ኮሪ ኣብ ታሕሳስ 28፡ 1944 ተፈትሐት። ነዚ ጽውያ'ዚ ንኽትነግር ዝበቕዐት፡ እታ እንኮ ካብ ኩሎም ስድራ ቤታ ብህይወት ዝተረፈት ንሳ ኮነት። እቶም እንዳ ተን ቡም ኣብ እዋን ማእሰርቶም ሓቢኦምዎም ዝነበሩ ኣይሁድ ከይተታሕዙ ተረፉ፡ ብዘይካ ሓንቲ ሸማግለ ሰበይቲ ኩሎም ብህይወት ተረፉ። ብሳላ ስድራቤት ተን ቡምን በቲ ንሳቶም ዝማዕበሉዎ መርበባትን ልዕሊ ሸሞንተ ሚእቲ እስትንፋስ ደሓኑ።

__ኣብነት ነታ ናይ መወዳእታ ዘመን ቤተክርስትያን__

ድትሪክ ቦንሆፈርን ኮሪ ተን ቡምን ነዛ ናይ ሎሚ ቤተክርስትያን ትንቢታውያን ኣብነታት እዮም። ምናልባት ከኣ እዛ ሎሚ ዘሎናያ ቤተክርስትያን ናይ መወዳእታ ቤተክርስትያን ክትከውን ትኽእል እያ። እዛ ሎሚ ዘላ ቤተክርስትያን ክንርእያ ከሎና እቲ እንርእዮ ሃሳስ ጽላሎት ነቲ ናይ ሓቂ ክትኮኖ እተጸውዓቶ ጥራይ እዩ። ሒደት ሓቐኛ ነጸብራቕ ናይ ሃዋርያዊት ቤተክርስትያን ሒዛ ዝተረፈት ቤተክርስትያን እያ ዘላትና። ካብ መንበረ ጵጵስና ናይተን ኣብ ሃገረይ ዝርከባ ዓበይትን ግኑናትን ኣብያተ ክርስትያን ዝፍልፍል ብዙሕ ስብከታት፡ ምስቲ ኣብ ገጻት ሓድሽ ኪዳን ተገሊጹ ዘሎ እምነት ክርስትና ዝመሳሰል ኣይኮነን። መስቀልና ክንጸውር ዝሰብኩ ውሑዳት እዮም። ሕጂ እውን ካብ ሓጢኣት ምንሳሕ ከምዘድሊ ዝሰብኩ ውሑዳት እዮም። የሱስ በይኑ ናይ ምድሓን መገዲ ምዃኑ ዝሰብኩ ውሑዳት እዮም። ኣብ ዝመጽእ ዘመን ምስኡ ምእንቲ ክንነብር ሎሚ ንስሊኡ ህይወትና በጃኡ ከነሕልፉ ዝሰብኩ ድማ ኣዝዮም ቁንጣሮ እዮም። ብዛዕባ እቲ ዝመጽእ ምሕዳስ መንግስቲ ኣይሁድ ዝምህሩ ድማ ዳርጋ የለዉን። ኣብ መንጎ እተን ዓቃባውያንን ዝበሃላ ኣብያተ ክርስትያንን ኣገልግሎታትን እውን እንተኾነ፡ ምስ መንፈስ ናይዚ ዘመን እዚ ገና ዓብዪ ዋጋ ዕዳጋ ክግበር ይርኢ ኣለኹ። ኣብዚ እዩ እምበኣር ህይወት ቦንሆፈርን ተን ቡምን ከምዚ ዝኣመሰለ ድሙቕ ኣብነታት ኮይኑ ዝረአ። ክልቲኦም ቦንሆፈርን ተን ቡምን ነቲ ኣብ ግዜኦም ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ዝነበረ ህቡብ ኣጋውል ተቓዊሞሞ እዮም። ዋላ እኳ ሱፐርሰሽንዝም ብሰፊሑ ተቐባልነት እንተነበሮ፡ እንዳ ተን ቡም ኣብ እምነቶም ኣዝዮም ጽኑዓት ረስቶረሽናውያን ስለ ዝነበሩ፡

ንቓል ኣምላኽ ንምእዛዝ ዘኾነ ሕጊ እታ ሃገር ንምጥሓስ ፍቓደኛታት ነበሩ። ቦንሆፈር እውን ከምኡ ትንቢታዊ ድምጺ እዩ ነይሩ። ኣንጻር እቲ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ብዘመኑ ዝነበረ ኣጋውል ብጽኑዕ ደው ኢሉ ጥራይ ዘይኮነስ፣ እንታይ ከም ዝመጽእ ቅድሚ ዓመታት ኣቐዲሙ ብንጹር ስለዝፈለጠ፣ ንጻውዒት ወንጌል ኣጽኒዖም ዝሕዙ ምንቅስቓስ ተቓወምቲ ከመርሕ ክኢሉ። ቦንሆፈር ንዘመንና ኣብነት ክኾነሉ ካብ ዝኽእል መገድታት እስከ ንርአ፣

## ኣብነት ደትሪክ ቦንሆፈር

ትንቢታውያን ድምጽታት ብዙሕ ሳዕ ኣብ ቤተክርስትያን ከይተረፈ ተጕስዮም እዮም ዝሓልፉ። ሓንሳብ ሓንሳብ እውን ኣደዳ ልግጫን ስደትን ይኾኑ። መብዛሕትኡ ግዜ ኣፍልጦ ዝወሃቦም ድሕሪ ሞቶም'ዩ። ኣብ ህይወት ደትሪክ ቦንሆፈር ኣዝዩ ዝገርም ነገር እንተሃልዩ፣ ንስርዓት ናዚ ዝገበሮ ድምጻዊ ተቓውሞ፣ ብዙሓት ብግዜኡ ዝነበሩ ሰባት፣ እቲ ሓቀኛ ክፍኣት ናዚ ክርእዩ ቅድሚ ምጅማሮም ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ዝጀመረ ምዃኑ እዩ። ሎሚ ብዙሓት ክርስትያን፣ መንፈስ ናይዚ ዘመን እዚ፣ ኣብ ቤተክርስትያን እናተንፈሓኾ ይኣቱ ከምዘሎ ከለልዩ ኣይክእሉን እዮም። ብርግጽ ሓደ ካብኡ ቤተክርስትያን ነቶም ንእስራኤል ብዕላማ ዘኽፍእዋን ከሰይጥንዋ ዝፍትኑን ሰባት ሱቕ ኢላ ትርእዮምን ካብኡ ሓሊፉ ድማ ተኸብሮምን ምህላዋ እዩ። ድሮ'ውን ሰይጣን ኣንጻር'ቶም ህዝበ ኪዳን ኣምላኽ ኣብ ዝገብሮ ውግእ፣ ንመራሕቲ ቤተክርስትያን ከይተረፈ ከም ኣፈኛታቱ ይጥቀመሎም ኣሎ። ግናኸ ከምቲ እቲ መታለሊ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ናቱ ኣፈኛታት ዘእተወ፣ ከምኡ'ውን ጕይታ ንከም በዓል ደትሪክ ቦንሆፈር ዝሰዕቡ ብዘይ ፍርሒ ኣንጻር እቲ ናብ ቤተክርስትያን ዝኣተወ ሞገዳት ሓሶትን ምትላልን ደው ዝብሉ ደቀ መዛሙርቲ ይጽውዕ ኣሎ። ቦንሆፈር ኣብ መጀመርታ 1930ታት ነዛሒ ወረ ራዕዲ ተባሂሉ ተኸሲሱ'ዩ፣ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግን መጠንቀቕታታቱ ኣብ ባይታ ተጋሂዱ። በዚ ምኽንያት ሎሚ ከም ነብዩ ኮይኑ ይርአ ኣሎ። ዋላ'ኳ እዚ ምባለይ ዝርብሽ እንተኾነ፣ እዚ ሎሚ ኣብ ደረት ትርኢትና ዘሎ ጸሊም ደበናታት ካብቲ ኣብ 1930 ዝነበረ ኣዝዩ ዘፍርህን ዘስግእን እዩ። እቶም ንኣምላኽ ዝፈርሁ ድምጾም ከስምዑ ግዚኡ እዩ። ሓያል መሸምቦባ ይመጽእ ኣሎ'ሞ ሕጂ ንምድላው ግዜኡ'ዩ።

ቦንሆፈር ነታ ናይ መወዳእታ ዘመን ቤተክርስትያን ኣብነት ዝኾነሉ ካልእ ኣገዳሲ መገዲ ድማ፣ ምስጢራዊ ሰሚናርን ምስጢራዊ ቤተክርስትያን ኣብ ምቛም ዝሰርሖ ስራሕ እዩ። ምስ ስርዓት ናዚ ተሳኒኻ ክትከደሉ ኣብ ዘይትኽእል ደረጃ ምስ ተበጽሐ፣ ቦንሆፈር ብሕቡእ ደቀ መዛሙርቲ ብምስልጣንን ናእሽቱ መራሕቲ ብምፍራይን ናይታ ሓቀኛ ቤተክርስትያን ተረፍ ከም ዝቐጽል ገይሩ። ከምኡ እውን ኣብዚ ዘመንና ጸረ ክርስትያናዊ ዝኾነ ሕግን ብልሸውናን እናስፋሕፍሐ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፣ መምህራንን ፓስተራትን መንፈሳውያን ኣቦታትን ካብቲ ደምበ ወጺኦም ነታ ተረፍ ቤተክርስትያን ክመርሕዋ

ከድሊ'ዩ። ኣብ ግዜ ሰላም ቤተክርስትያን ትብልጽግ፡ ኣብ ግዜ ህውከት ግን ሓቀኛ ቤተክርስትያን ኩሉ ግዜ ብሕቡእ ጥራይ እያ ክትከይድ ትኽእል። እዚ ድሮ ኣብ ገለ ሃገራት ክውን ኮይኑ ዘሎ ነገር እዩ። ኣብ ዝቐጽሉ መዓልታት ግን ንቡር ተርእዮ ክኸውን እዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። እቶም ሓቀኛታት ሃዋርያውያን መራሕቲ ዝለዓሉሉ ግዜ ሕጂ እዩ።

## ኣብነት እንዳ ተን ቡም

እንዳ ተን ቡም ዝኾነ ሎሚ ክርስትያን እየ ዝብል እንተሎ ክስዕቦ ዝግባእ ኣብነት ኣርእዮሙና ኣለዉ። ኩላትና ክርስትያን ከም ቦንሆፈር ብደረጃ መሪሕነት ክንመላለስ ዘይንኽእል እኳ እንተ ኾንና፡ ከም ስድራ ተን ቡም ግና ጭዋታት ኣገልገልቲ ክንከውን ንኽእል ኢና። ቦንሆፈር ብብዙሕ መዳይ ሎሚ ንዘሎ ክርስትያናዊ መሪሕነት ኣብነት ክኸውን ከሎ፡ እንዳ ተን ቡም ግን ንኩላተን ኣባይቲ ክርስትያን ኣብነት እያ ኢለ እየ ዝኣምን። እንታዎት እዮም ሎሚ ስደተኛታት ንምሕባእ ወይ ንምሕብሓብ ገዝኦምን ልቦምን ዘርሕቡ፧ ዓለማዊ ኣጋውልን መጠንቀቕታታት መጽሓፍ ቅዱስን ኣብ ግምት ከነእቱ ከለና ግና ብሓቂ እዚ ንስደተኛ ምሕብሓብ ዝብል ክርስትያናዊ ግዴታ ኣብተን ናይ መወዳእታ መዓልታት ምስ ጐይታ ዘፈራርደና ከቢድ ጥያቒ ክኸውን'ዩ።

ሎሚ ብዙሓት ኣብ ውሽጢን ወጻእን ቤተክርስትያንን ናብቲ "ፕረፒን" ተባሂሉ ዝፍለጥ ምንቅስቓስ ተጸንቢሮም ኣለዉ። እቲ ሓሳብ ቀሊል እዩ፣ ብመንጽር ምዝሕታል ዓለማዊ ቁጠባ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ዝመጽእ ዘሎ ግብረሽበራን ምልዓል ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታትን፡ ተዳሊኻ ምጽናሕ ዝብል እዩ። ንመጻኢ ብምጥማት ዘድሊ ጸጋታት ኣዳሊኻ ምጽባይ ዓብዪ ጥበብ ከም ዝኾነ ኣየጠራጥርን። ከም ክርስትያን መጠን ግና ቀንዲ ትኹረትና ርእሰ-ምድሓን እንተኾይኑ እዚ ትርጉም የብሉን። እቲ ሓቀኛ መርኣያ ወንጌል ኣብ ክፉእ እዋናት ንኻልኦት ከተድሕን ምዕያይ'ዩ። ጎይታ ነቶም ኣብ ብዘላ ዓለም ዝርከቡ ህዝቡ ኣብ ቅድመና ዘሎ ሕማቕ ግዝያት ገዝኦም መዕቀቢ ጭኑቓት ክኸውን ክኸፍቱዎ ክጽውዖም ምኳኑ እኣምን። ነዚ ንምግባር ፍቓደኛ ንምኳን ግን ሕጂ ልብና ምድላው ይግባእ። እቶም ኣሕዋት የሱስ ዝኾኑ ህዝቢ ኣይሁድ ዳግማይ ኣብ ጥሜትን ጽምእን ዝወድቁሉ መዓልታት ይመጽእ ኣሎ። ዝብላዕን ዝስተን ክትህቦም ድሉው ዲኻ፧ ብዙሓት ካልኦት ዝዕቀቡሉ ቦታ ኣይክህልዎምን እዩ። ቤትካ ክትከፍተሎም ዲኻ፧ የሱስ ከምዚ እንተጌርና ሽዑኡ ንእኡ ከም ዝገበርናሉ ክቖጽሮ እዩ።

ኣብ ራእይ ዮሃንስ12:6 "እታ ሰበይቲ ድማ፡ ሽሕን ክልተ ሚእትን ስሳን መዓልቲ ኺምግብዋ፡ ናብቲ ኣምላኽ ዘዳለወላ ቦታ ናብ በረኻ ሀደመት፣" ዝብል ጥቕሲ ኣሎ። እዛ ሰበይቲ ናብ በረኻ ብዝሃደመት እቶም ዝምግብዋ በዓል መን እዮም ኢልና ሓሲብናሉዶ ንፈልጥ፧ ምናልባት ገሊኣቶም ነዚ ምሒር መንፈሳውነት ብምልባስ፡ ኣምላኽ ባዕሉ ክምግባ እዩ ክብሉ ይኽእሉ እዮም። ብርግጽ ኣምላኽ እዩ እቲ ናይ እለት እንጌራ ዝህብ፡ ጐይታ ግን ኩሉ ግዜ ዕላማኡ ንምህራም ብህዝቡ እዩ ዝጥቀም። የሱስ ነዚ

ብንጹር ገሊጽዎ እዩ። በዚ ኮይኑ በቲ ግን ጉይታ ሎሚ ኣብ ኩላ ዓለም ንዘለዉ ህዝቡ ኣብቲ ዝቖጽል መዓልታት ንህዝቢ ኣይሁድ ክረድኡ የለዓዕል ከምዘሎ ይኣምን'የ።

ንብዙሓት ክርስትያን እዚ ካብ ክዉንነት ዝረሓቐ ክመስሎም ይኽእል እዩ። እዚ ዝለዓዓል ዘሎ ኣጋውል ጽልኣት ኣይሁድ፡ ምዕባይ ሱር-ነቀልነት ኣብ ኢስላማዊ ዓለም ከምኡ'ውን ምጉዳል ጽልዋ ኣሜሪካ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኣብ ግምት ምስ እነእቱ እዚ ነገር ቅልጡፍ ኣቓልቦ ዘድልዮ ኣሻቓሊ ጉዳይ ምዃኑ ክንርኢ ኢና።

ቅድሚ ገለ ግዜ፡ በዚ ኣርእስቲ እዚ ንሳሙኤል ክሎው ቃለ መሕትት ገይረሉ ነይረ። ክሎው ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ፡ ነዚ ፍሉይ ጉዳይ ብዕምቆት መጽናዕቲ ዘካየደ፡ መምህር መጽሓፍ ቅዱስ እዩ። ክሎው ሎሚ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ኣብ መንጎ ብዙሓት መምህራን ድርብ መዐየሪ ከም ዘሎ ይዛረብ። በቲ ሓደ ወገን ቤተክርስትያን ጀርመን ንሂትለርን ስርዓት ናዚን ዝምልከት ብኣግኡ ስለዘየለለየቶም ይፈርድዋ በቲ ካልእ ወገን ድማ ነዚ ኣብ ደረት ትርኢትና ዝቕልቀል ዘሎ ኣዝዩ ተመሳሳሊ ነገር - ተዘይከፊኡ እኳ- ክርእዩ ዘይክእሉ፡ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ነቶም ምምጻእ ናይዚ ወዮ ርእዮም ዘጠንቀቑ ሰባት ከላግጹ ምርኣይ ይገርም'ዩ ይብል።

"ንድሕሪት ተመሊስና ብዛዕባ ናይ 1930ታት ዑረት ጀርመናውያን ክርስትያን ንዛረብ ኣሎና። እቲ ኣብዚ እዋን ብቕሉዕ ዝዝረብ ዘሎ ብፍላይ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ግና ካብቲ ናይ ሰላሳታት ናይ ናዚ ፕሮፓጋንዳ ኣዝዩ ዝኸፍአን ሰራምን'ዩ" በለኒ። ከም ዝመሰለኒ ሓደ ካብቲ ዓብዪ ውግዘት ናይዚ ወለዶ'ዚ፡ ታሪኽ ህይወት በዓል ቦንሆፈርን መሰልቶምን እናኣጽንዐን ብትንቢታዊ መንፈሶም እናተደነቐን ክንሱ እዚ ዘለናዮ ወለዶ ካብቲ ናይ በዓል ቦንሆፈር ኣብ መጀመርታ ስርዓት ናዚ ዘስተብሃሉዎ ኣጋውል ጽልኣት ኣይሁድ፡ ብዕብየቱ ይኹን ዓይነቱ ኣብ ዝኸፍአ ኣጋውል ጽልኣት ኣይሁድ ከም ዝርከብ ክለሊ ዘይምኽኣሉ'ዩ። ሎሚ ከምቲ ናይ ሸው ኣብ ውሽጢ ኤውሮጳ ብዛዕባ እትርከብ ሓንቲ ሃገር ኣይኰንናን ንዛረብ ዘሎና፣ ምስቲ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ዓለማዊ ውሕጅ ኣኽራርነት፡ ቅሉዕ ምጉዕባዕን ስግኣት ምጽናት ዓሌት ኢና እንገጥም ዘሎና።

ክሎው ኣሰዒቡ፡ "ንበዓል ቦንሆፈር ነድቐም ኢና፣ ምስናይዚ ግን ንኣይሁዳውያን ምግልጋል፡ ወይ'ውን ንወለዶና ብዛዕባ'ዚ ንምድላው ኢልና ኣይንሓስብን። ከም ኣርእስቲ'ውን ኣይነልዕሎን። ነዚ ጉዳይ'ዚ'ውን ዝኾነ ኣቓልቦ ዘይምሃብና ንባዕሉ ኣብ ቤተክርስትያን ዘሎ ቅልውላው ዘርኢ እዩ። ቤተክርስትያን ጀርመን ብሓፈሻ ነቲ ኣብ ግዜኣ ዝነበረ ቀውሲ ግቡእ ምላሽ ኣይሃበትን። ስለዚ ድማ ንቤተክርስትያን ጀርመን ብትሪ ፈሪድናያ ኢና። ግቡእ ከኣ'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ቅድሚ ከምኡ ዓይነት ክፍኣትን እከይን ብልኡምነት ምምልላሳ በደል እዩ። ኣብ ወለዶና ግን ንኣይሁድ ካብ ሱሮም ከጽንት ምስ ዝደሊ ዕቡድ ጸረ-ሴማውነትን ኢስላማዊ ኣኽራርነትን እናተፋጠጠ ሱቕ ምባሉ ምስ ምንታይ ክቑጸር'ዩ፣ "ብርግጽ ካብቲ ጻድቕ ፍርዲ ኣምላኽ ኣይክነምልጥን ኢና፣"[5] በለኒ።

ክሎው ብብዙሕ መዳይ ሓቁ እዩ። ሎሚ ኣብ ታሪኽ ወዲ ሰብ ሓያሎ ምብጻሕ እተን ዳሕሮት መዓልታት ዘመልክት ሓባሪ ዓንድታት ንርኢ ዘሎና ወለዶ ኢና። ወንጌል ናብ ነፍሲ ወከፍ ዓሌትን ቛንቋን ክበጽሕ ዝዕዘብ ዘሎ ቀዳማይ ወለዶ ኢና። መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትንቢት ምምስራት መንግስቲ ኣይሁድ እንሆ ብዓይንና ርኢናዮ። ሕጂ ድማ ነቲ መፈጸምታ ናይዚ ዘመን ዘቀላጥፍ ጉሉሕ ዓለማዊ ጸረ-ሴማዊ ህዱድታ ንሰምዕ ኣሎና። ብዙሕ ምልክታት ኣሎና፣ ግና ብዙሓት መወዳእታ እዚ ዘመን ከም ዝበጽሐ ክኸሕዱ ቀሪጾም ዝተላዕሉ ይመስሉ።

"ቤተክርስትያን ጀርመን ንኣና እንታይ ኢላ ምፈረደትና" ክሎው ሓተተኒ። "ንሕና ብዘይንሕስያ ፈሪድናያ ኢና፡ ግን ካብቲ ናታ ዝተፈልየ ንገብር ኣሎናዶ፧ ንሕና ካብ ናታ ንላዕሊ ዝያዳ ግሁድ ምልክታት፡ ዝያዳ መርትዖታት፡ ዝያዳ ቃላት፡ ዝያዳ ንቕሓት ኣለና፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ናታ ኣብነት ኣለና። ህልቂት ናዚ መብዛሕትኡ ብድሕሪ ዕጹው ማዕጾታት ዝተሃንደሰ ኣጀንዳ እዩ ነይሩ። ቡቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይቲ ስርዓት ዝተሓንጸጸ መደባት'ዩ ነይሩ። ኣብ ወለዶና ግን ዝሃምም ዘሎ ማዕበላት ጸረ-ሴማውነት ኣብ መንጎ ውሑዳት ኤሊታት ብድሕሪ ዕጹው ማዕጾ ዝግበር ዘሎ ኣይኮነን። ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታትን ዝተፈላለዩ መርበባት ኢንተርነት ብግልጺ ዝዋደድ ዘሎ እዩ። ካብ መሳጊድን ካልእ ቦታታትን'ዩ ዝጭድር ዘሎ። መለኸት ጸረ-ሴማውነት'ዩ ብግልጺ'ዩ ዝህረም ዘሎ፣" ብምባል ብጓሂ ደምደመ፣ "መብዛሕትኦም ዓይኖም ይዕምቱ ኣለዉ፣" ግና ብሓቂዶ ቤተክርስትያን ናይዚ ወለዶ'ዚ ኣብ መዓልቲ ፍርዲ ኣብ ቅድሚ የሱስ ደው ምስ በለት፡ ዝኾነ ናይ መጠንቀቕታ ምልክት ኣይነበረን ክትብል ትኽእል'ያ፧

## <u>መደምደምታ</u>

